ራእይ ዘለዎ ወለዶ

ብድያቆን ኣሸናፊ መኮንን

ትርጉም ብ ቀሺ ግደይ ገብረጻድቕ

ሕዳር 2008 ግእዝ(2015 ፈረ)

<u>ኣድራሻ</u>

ቀሺ ግደይ ገ/ጻድቕ

ቴል 00972549223797 ኣብ እስራኤል ወይ 002917373615 ኣብ ኤርትራ

Keshigdey2015gmail.com

ምስጋና

ምንባር ሓይሊ ዝሓትት ጽንዓት'ዩ፡ምንባር ዕጥቂ ዝሓትት ዕስክርና ኢዩ፡ምንባር መልሲ ዝደሊ ሕቶ ኢዩ፡ምንባር ፈራዲ ዝጽበ ክሲ ኢዩ፡ምንባር ከፋሊ ዝሓትት ዕዳ ኢዩ፡ምንባር ጃልባ ዝሓትት ጉዕዞ ኢዩ፡ምንባር ሕብረት ዝደሊ ናፍቆት ኢዩ፡ምንባር ርውየት ዝደሊ ጽማኣት ኢዩ፡ምንባር ምሽፋን ዝደሊ ዕርቃን ኢዩ፡ምንባር ብርሃን ዝደሊ ጸልማት ኢዩ፡ምንባር ምልኣት ዝደሊ ባዶነት ኢዩ።

ሓይሊ ናይ ሂወት፡ናይ ዕስክርና ዓወት፡መልሲ ናይ ሕቶ፡ናይ ጉዳይ ዳኛ፡ክፍሊት ናይ ዕዳ፡ጃልባ ናይ ጉዕዞ፡ብጻይ ናይ ናፍቆት፡ዕግበት ናይ ሕጽረት፡ከዋሊ ናይ ዕርቃን፡ብርሃን ናይ ጸልማት፡ምልኣት ናይ ባዶነት ዝኾንካ እግዚኣብሄር ኣልፋ ኮይንካ ስለዘጀመርካኒ ኣሜጋ ኮይናካ ስለዘፈጸምካኒ ተመስገን።

እግዚኣብሄር ኣምላኽይ ነዞም ነዚ ናይ በረኸትካ መልእኽቲ ጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ካብ ጎድነይ ከይተፈለዩ ጎዶሎይ መሊኦም እዚ መልእኽቲ ብመንፈስ ንዝሞቱ ሰባት ኣብ ምድሪ ትንሳኤኦም ከረጋግጹሉ ድሉው ክኸውን ዝሓገዙኒ ኣገልገልትኻ ዋልታ ናይ ሂወት፡ፈለግ ናይ በረኸት ኩኖም።ኣሜን።

※ መዘከርታ ነቶም ኣብ እስራኤል ኣብ እሱርቤት ሆሎት ንዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ትኹነለይ!!

ህያብ

ካብ ----------

ናብ

ዝኸበርካ/ኪ _----------

ብራእይ ገርካ ሂወትካ ለዊጥካ ንገዛእ-ርእስኻን ንእግዚኣብሄርን ዝተገባእካ መታን ክትከውን ነዛ ኣንፈት ናይ ሂወትን ናይ ምንባር ትርጉምን እትሕብር መጽሓፍ ተቐበለኒ።

© መሰል ቶርጓሚ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ!

ቃል ተርጓሚ

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!

ኣቐዲመ ነቲ ኣብ ድኻመይ ሓጊዙ ብዘድሊ ኩሉ መጊቡ ኣብ መፈጸምታ ዘብጽሓኒ እግዚኣብሄር ልዑል ምስጋና ይብጸሓዮ።ነዛ መጽሓፍ ራእይ ያለው ትውልድ(ራእይ ዘለዎ ወለዶ)ዝብል ስም ስም ረኣኹላ ኣዝያ ኢያ መሲጣትኒ ብቐጥታ ከኣ ክንብባ ወሲነ።ነዛ መጽሓፍ ቅድሚ ናብ ምቱርጓማ ምብጋሰይ ሰልስተ(3)ግዜ ኢየ ኣንቢበያ።ሓደ ግዜ ምስ ኣንበብኩዋ እቲ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ንዘሎ ሓሳብ ብትግርኛ ክላለዮን ክርድኦን ክኢለ።ካልኣይ ግዜ ምስ ኣንበብኩዋ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ዘሎ ሓሳባት ቀንዲ ትሕዝትኡ ክበርሃለይ ክኢሉ።ንሳልሳይ ግዜ ድማ ነዛ መጽሓፍ ከም ናይ ቀረባ ኣማኻሪ፡ንሂወተይ ከኣ ከም ተመካሪት ኣቀራሪበ ኣዘራረብኩወን።እዛ መጽሓፍ ንሂወተይ ኣየቀባጠረትላን፡ኣይገንሓታን'ውን ካብዚ ብዝተፈልየ ግን ሓቀኛ መንነታ ኢያ ገሊጻትላ።ሽዑ ሂወተይ ከም ቀደም መልሓሳ ወርዊራ ክተመሳምስ ናይ ቀረባ ሰማዒ ኣይነበራን።ኣብቲ ህሞት'ቲ ዝነበራ ደጋፊ ከኣ እዝኒ ዝደጋፈኡ መልሓስ ዘይኮነስ ሕሊና ኢዩ ኔሩ።ትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ ናብ ሂወተይ ምስ ኣቐንዐ ብሕሉፍ ታሪኻ ኣይከሰሳን ሕጂ ንዘላቶ ከኣ ኣይሰሓታን ንዝቐጽል ጉዕዞ ድማ ከም ቀደማ ፋሉል ክትከይድ ኣይገደፋን።እወ ኣብ ሕሉፍ ዕድሚኣ እትኾርዓሉ ንዝነበረት ባህርያት ክቱር ዕብዳን ምንባሩ ብጭብጥታት ኢያ ተረቲዓ፡ሕጂ'ውን እንተኾነ ንምርኮታት ዘበለ ዝበዝሐ ክፋላት ሰብነታ ወፈያ፡ባዕላ ንገዛእ-ርእሳ ጣኦት ጌራ ኣኽቢራ፡ንሰባት ብኩንነት ዘይኮነስ ብምምሳል ክትረኣዮም ምጽናሓ ኢያ ተቓሊዓ።

መልእኽቲ ናይዛ መጽሓፍ ንሂወተይ ናይ ጽምዋ ግዜ መሪጻ ነዚ ናይ ሕሉፍን እትቐጽሎ ዘላ ዝተዘርገ ባህርያታ ኣመልኪታ ምስ ገዛእ ርእሳ ክትመያየጥን እዚ ዝተነግራ መንነት ሓቀኛ መግለጺ መንነታ ድዩ ኣይኮነን ሓሲባ ቃል ክትህብ ቆጸራ ጌሩ ተፈልያ።ሂወተይ ኣብ ጽምዋ ግዜ ብሙሉኡ እቲ ዝተዋህባ መግለጺታት መንነታ ኣብ ውሽጣ ሓደ ብሓደ ክተረጋግጾ ጀመረት።ንነፍወከፍ ኣሉታዊ ባህርያት ክትኣምነሉ ከላ በዚ መጺኡ ዝይበሃል ዕረፍቲ'ያ ክተስተማቐር ጀሚራ።ንብምሉኡ ምዕግርጋራት ምስ ኣመነትሉ ከኣ ፍጹም ዕረፍቲ ክትረክብ ከኣለት።እዚ ንዝገበረ ፈቃር ኣምላኽ ከኣ ኣመስገነት።ብድሕርዚ ምስ መልእኽቲ ናይዛ መጽሓፍ ኣብ መዓልቲ ቆጸራ ብሓጎስ ተቐባበሉ፡ሓቢሮም ከኣ ንኣምላኽ ዘመሩ።ሂወተይ ኣስዒባ ንመልእኽቲ ናይዚ መጽሓፍ ብሕጂ ንእትነብሮ ሂወት ኣመልኪታ ሓተተት።ኣዚዩ ውሑስን ዕግበት ዘለዎን ጉዕዞ ብርሑቕ ብራእይ ክትጥምት ድማ ከኣለት።በዚ ከይተጸመመት ብሓጎስ ከም ብተይ ክትዘልል ተላዕለት።ንሳ ዝረኽቦቶ ሻኻ ንብዙሓት ከምዝኣክል ተረዲኣ ዝቐመሰቶ ክተቐምስ ሓደራ ናይዚ መጽሓፍ እዚ ተቐበለት።ብርዓን ወረቐታን ኣዋዲዳ ከኣ ክትጽሕፍ ጀመረት።

ነዛ መጽሓፍ ቶርጊመ ናብ ህዝቢ ከመሓላልፋ ዝደረኽኒ ምኽንያት ከኣ፡-ኣብ ሂወቱ ብጭንቀት ንዝርበሸ ዕግቦት፡ኣብ ሓዳር ስምምዕ ንዘይብሎም ሰላም፡ኣብ ኣገልግሎት ድኻም ንዘሰንፎም ሓይሊ፡ኣብ ምሕደራ ምፍልላይ ንዘለዎም ምውህሃድ መታን ክረኽቡ ኢዩ።ስለዚ እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንዝሞተ መንፈስ እተተንስእ፡ንዝደኸመ መንፈስ እተነቓቕሕ ኣንፈት ናይ ምንባር ጠፊኡዎ ንዘዕነኒ ድማ ውሑስ መንገዲ እትሕብር ከም እትኸውን ርግጸኛ ኢየ።

<u>በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን!</u>

<u>ቀዳማይ ቃል</u>

ነዚ"ራእይ ዘለዎ ወለዶ"ተባሂሉ ዝተሰምየ መጽሓፍ ንኽጽሕፍ ዘለዓዓለኒ፡ንራእይ ብብዝሒ ሰብ ዝመዝንዎ ሰባት ምስገጠሙኒ፡ነዞም ሰባት እዚኦም ብዛዕባ መንነት ራእይ ክምህሮም ኣለኒ ኢለ ተላዓልኩ።ንሳቶም ከኣ ድሕሪ'ዚ ትምህርቲ፡ነቲ ራእይ ኢሎም ዝሓዙዎ ነገር ዘይጸረየ ሕልሚ ምኻኑ ተናዘዙ።በረኸት ናይ ራእይ ምብዛሕ ደቂ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ምንካይ ሰባት ክኸውን ከምዝኽእል'ውን ኣስተውዓሉ።ንሓቅነት ራእይ ኣብ መንነት ራእይ ኣብ ክንዲ ምትኳር፡ብይኹን ኣይኹን ዝብል ተመስሪቶም ምንባሮም ተረዲኦም፡ንኹሉ ከሐጉስ ካብ ዝብል ኣታሓሳስባ ከምዝደሓኑ ኣረድኡኒ።እዞም ሰባት እዚኦም ንሶም ዝጠዓምዎ ካልኦት ንኽጥዕምዎ ብዙሕ ግዜ 'ኣታሓሳሰቡኒ።ኣነ'ውን ራእይ ንውሑዳት ሰባት ጥራይ ምግላጽ ሓቅነት ራእይ ምስፍሕፋሕ ከምዘይከኣል ተገንዘብኩ።ንብዙሓትን ንዘመናትን ዝተርፍ መጽሓፍ ንምጽሓፍ ከኣ ተበገስኩ።

ነዚ መጽሓፍ'ዚ "ብ 1998" ዓ/ም ግዕዝ እኳ ወዲኦ እንተነበርኩ፡ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክሕተም ግን ኣይተኻእለን።ንምጽሓፍ ግዜ ከምዘለዎ ንምሕታም ከኣ ግዜ ስለዘለዎ ኣብ "ሰነ 2003 ዓ.ም ግእዝ" ንሕትመት በቒዑ።ምንም'ኳ ብወገነይ ብዛዕባ ራእይ ብዙሕ ዝሓሰብኩዎን፡ዝደኸመለይ መምህርን እንተዘይሃለወ ኣምላኽይ ግን ልዕሊ ኩሉ ናይ ራእይ ጎደና ንኽሕዝ ሓጊዙኒ ኢዩ።እግዚኣብሄር ብሰብ ከምዝሰርሕ ንኣምን ኢና፡ንደልዮ ከኣ ኢና፡ንዓይ ግን ባዕሉ ከምዝሰርሓለይ'የ ዝኣምን።ባዕሉ ንበይኑ ንኽሰርሓለይ ከኣ'የ ዝደሊ።ሕጂ ዝተራእየኒ ነገር ኣሎ፡-ንሱ ኽኣ ወለዶ ምፍዋስ፡ዝተቓጸለ ፍቅሪ ምንጋስ፡ምቅብባል ይቕረታ፡ናይ ሓባር ዝማሬ፡ቀኒዕካ ናይ ምኻድ ናጽነት'ዩ።ናብዚ ንምብጻሕ ከኣ ንወገናተይ ኣብ ምጽንናዕን ናይ ይቕሬታ መልእኽታት እናመሓላለፍኩን ይርከብ።ዕድመይ ከኣ ነዚ ኣገልግሎት ወፊይዮ ኣለኹ።

ከይፈለጥኩዎም ዝሞቱኒ ቅኑዓት ነገራትን ከምኡ ንሙማት ቀሪቦም ዝጸንሑ ብሉጻት ነገራትን ዘስተውዓልኩ በዚ ጽሑፍ'ዚ ገዛእ ራእሰይ ምስ ረኣኹ'የ።ራእይ እናወረደ ሕልሚ ዝኾነሉ፡ብሓይሊ ፍቕሪ ተጀሚሩ ብኽይብሉኒ ጥራይ ዝቕጽለሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን።ንኽይትስነፍ ጥራይ ቃላት ናይ ራእይ እናንበብካ ምጉዓዝ ከምዚ ዝበለ መከራ የለን።ኣብ ህይወት ጽቡቕ ኮይኑ ዝተሰማዓናን ርግጸኛታት ዝኾናሉ ነገርን ብዕላማ ምጅማር ግቡእ'ዩ።ናይ መወዳእታ ሓይሊ እንረክቦ ከኣ ኣብ ምብጋስና ዝተጸጋዕናዮ ዘለኣለማዊ ሓይሊ ኢዩ።ናይ መፈጸምታ ሓይሊ ኣብ መጀመርታ ስለዘሎ ስራሕና ብጸሎትን ንኻልኦት ወገናት ብምብርታዕን ክንጅምሮ ኣለና።ምጅማርን ምፍጻምን ካብ እግዚኣብሄር ዝዋሃቡ ህያባት ኢዮም።ስለዚ ኣነ ካኣ መንገደይ ዘበለ ኩሉ ንዕኡ'ኢየ ሓደራ ዝህብ።ንዝጸሓፍኩዎን ንዝተዛረብኩዎን ካብ ዝቃወም ኣካል ንኽርሕቕ'ውን ኩሉ ግዜ'የ ዝጽሊ።

ብዙሓት ተስፋ ዘቕኑርጹ ነገራት ፊት ንፊት ራእይና ደው ይብሉ'ዮም፡ናይ ቀረባ ፈተውትና ከይተረፉ ራእየይ እትብሎ ነገር ዘይሰልጥን ናይ መዓልቲ ስንፍላን'ዩ ይብሉና ይኾኑ ኢዮም።ዘለማመድናዮም ሰባት ኩናት ሒዞም ክውግኡና ይዕጠቕ ይኾኑ'ዮም፡ብዙሕ ፍክራታት'ውን ንሰምዕ ንኽውን ኢና።ምሳና ሓቢሮም ክደኽሙ ዝጸንሑ

ኣብ መፈጸምታ ናይ ራእይ፡እቲ ክብሪ ንዓና ኮይኑ ስለዝስምዖም ይሰናበቱና ይኾኑ'ዮም።ራእይ ግን እግዚኣብሄር ካብ ዘይፈቐደልና ሓደ ስጉምቲ ዘይንሳዓዘሉ ቅኑዕ መስመር ኢዩ፡ምኽንያቱ ራእይ ናይ ዓይኒ ዘይኮነ ናይ እምነት ጉዳይ ኢዩ።ራእይ ንዓይኒ ዝረሓቐ፡ንእምነት ግን ዝቐረበ ኢዩ።ኣብ ራእይ ብዙሕ ሓዘንን ብኽያትን`ኳ እንተሃለወ ናይ ራእይ ብኽያት ዓይኒ ዘየጥፍእ፡ሓዘኑ ከኣ ዘይቀትል ኢዩ።ምኽንያቱ ኣብ መንነናን ኣብ መንነ ተቓወምትናን እቲ ናይ ራእይ ኣምላኽ ጣልቃ ይኣቱ`ዩ።

ኣብ ህይወት ተማሂርካ ምንባር ኣይከኣልን፡እናተመሃርና ግን ክንነብር ንኽእል ኢና።ንምእራምን ንገዛእ ርእስና ብሓቀኛ ሚዛን ንምምዛንን ኩሉ ግዜ ፍቓደኛታት ክንከውን ይግባኣና።እንፈልጦ ንምፍላጥ መምህር ምንዳይ ጥቕሚ የብሉን።ዘይንፈልጦ ንምፍላጥ ግን መምህር ክነናዲ ይግባኣና።መምህር ኮይንካ ምምሃር እቲ ትምህርቲ ከምዘይስቆረና ይገብረና፡ምኽንያቱ ትምህርቲ ተማሃራይ ናይ ሙኺን መንፈስ ይሓትት ኢዩ።ስለዚ ራእየይ ናይ ብሓቂ ራእይ ድዩ ንምባል ብትሕትና ምንባብን ምሕታትን የድልየና።ክንመሃር ከም መሃይም፡ክንምህር ከም መምህር እንተንኸውን ክሳብ ክንደይ ዘመልክዓልና ሰባት ኢና ንኸውን።ክንሰርሕ ከም ወተሃደር፡ክንበልዕ ከም ጎይታ እንተንኸውን ከኣ ክንደይ ዝተመስገንና ወገናት ምኾና ኔርና።ንሕና ግን ኣብ ኣንጻራውነት ኢና ንነብር።ክንመሃር ከም መምህር፡ክንምህር ከም ተማሃራይ፡ክንሰርሕ ከም ጎይታ፡ክንበልዕ ከም ለማኒ ኢና ንኸውን።

ኣብ ህይወት ካብ ሓፈርኩ ኣይምለሰኒ ዝብል ጉዕዞ ዓቢ ሓደጋ ኢዩ።ሰብ ፍጹም ኣይኮነን፡ዘውጽኦ ቃል ከኣ ናይ ሰብ መግለጺ ስለዝኾነ ካብ መምህር ጥራይ ዘይኮነ ካብ ጌጋና ክንመሃር ድልዋት ክንከውን ኣለና።ትማሊ ከምዚ ኢለ ሎሚ`ኽ ከመይ ኢለ ከምዚ ክብል`የ ምባል ኣይግባእን`ዩ።ንምእራም ደው ዘበለ (ዘይተቐበለ) ህይወት ደው ዘበለ ምኽኑ ክንርዳእ ኣለና።ዝሰልጠኑ ሰባት ታሪኾም ክትርኹ ከለዉ ካብ ዝለዓለ መንነቶም ተላዒሎም`ዮም ዝትርኹ።ንዝተበደሉዎ ኣብ ኣደባባይ ይቕረታ ክሕተቱ ከለዉ ኩርዓት`ዩ ዝስመዖም።ንሳቶም ሰብነቶም ንሕና ከኣ መልኣኻዊ መንነትና ንቕበል ከምዘለና ኢዩ ኽኣ ዝመስል።ዘይምግጋይ ኣብ ዘይካኣለሉ ዓለም ንዘይምግጋይ መሪሕ ሒዝና ስለንነዓዝ ምግጋይ ብጣዕሚ ይርብሸና።ስለዚ ካብ ግጉይ ጠባያትና ምሕጻብ ግድነት ምኽኑ ክንግንዘብ ይግብኣና።በዓል ራእይ ከኣ ንኽእረም ሰብ ምኽኑ ዝተቐበለ ፍጡር እዩ።

ራእይ ንኹሉ ናይ ምሑጻስ ዓቕሚ ኣይህልዎን`ዩ።ክንድ`ቶም ዝቐበሉና ዝኣኽሉ ዝቃወሙና ክንጽበ ኣለና።ምኽንያቱ ሰባት ጽቡቕ ስራሕ ዘይምስርሑም ጥራይ ዘይኮነ፣ንዝተሰርሐ ጽቡቕ ስራሕ ክቃወሙ'ውን ኢዮም ዝፈትዉ።ስራሕ ዘይብሉ ምስክር ወረቐት ግዝይኡ እናሓለፈ ስለዝመጽእ ነቲ ወረቐት ዝትክእ ስራሕ የድልየና።ነዚ ምስንኣምን ከኣ ናብ ራእይ ክንመጽእ ንኽእል።እንተዘይኮይኑ ምስክር ወረቐት እናርኣና ተጠቀምቲ ዳኣ`ምበር ጠቐምቲ ከይኮና ክንሓልፍ ንኽእል ኢና።ኣብ ሓላፍነት ዘለዉ ከኣ ንሓባራዊ ዕብየት ከኽብሩ ይግብኦም ዳኣ`ምበር፣ናይ ወረቐት ኣምልኾኦም ሃገር ከምዘዕቢ ክርዱኡ ኣይግባእን`ዩ።ኣድላዩ ነገር ምሁር ናይ ምኺን መረጋገጺ ዘይኮነስ ራእይ ዘለዎ ተግባር ጥራይ`ዩ።

ዝገበርናዮ ጽቡቕ ነገር ኩሉ ካባና ዝድለ ብምኺኑ ምምጻስ ክንደልየሉ ኣይግባእን።ምምጻስ እንተደሊና ግን፡ኣነ ክገብሮ ኣይግበኣንን`ዩ ኔሩ ኢልና ንሓስብ ኣለና ማለት`ዩ።ከምቲ መግቢ ብምብላዕና ክንምነስ ዘይንደሊ፡ጽቡቕ ስራሕ ከኣ ንርእስና

ዝገበርናዮ ሰለዝኾነ ምምጻስ ክንጽበ የብልናን።እኳ፡ዳኣ በቶም ዘየስተውዕሉ ብዙሕ ካብ ምምስጋን፡ናይ ፈላጣት ክትዕ ናብ ዝበለጸ ደረጃ ከም ዘሰጋግረና ክንኣምን ኣለና።

ንሓቂ ናይ ውልቅኻ ምግባር ኣይካኣልን'ዩ።ስለዚ ንሓቂ ክንሰምዓ ከለና ብምስትውዓል ምስማዕ ክትሓተና'ያ፡ምኽንያቱ ሓቂ ታራ ቃል ዘይኮነት መለኮታዊት ኣዋጅ ኢያ።ኣዋጅ ዘይሰማዕካ ስማዕ፣ዝሰማዕካ ንዘይሰመዐ ኣስምዕ ዝብል ስለዝኾነ፣ሓቂ ናይ ራእይ ምስ እንረክብ ንሕና ተሰሪሕናሉ ንኻልኦት ከነመሓላልፎ ኣለና።ኣብ ጎደናታት ዘበለ ምኻድ ንዝድሊ ወለዶና ናብቲ ቅኑዕ ናይ ራእይ ጎደና ክንመርሖን፣ምድኻር ኣባና ከብቅዕን ይግባእ።ብዛዕባ ራእይ ዝእወጀሉ ግዜ ድማ ሕጂ ኢዩ!!

ናይ ትማሊ ትግሃትናን ናይ ሎሚ ጻዕርናን ብዙሕ ማይን ሓመድን ተሓዊስዎ'ዮ'ሞ መሊሱ ክብእስ'ውን ይኽእል'ዩ።ክሳብ ዘይሞትና ሰናይ ነገር ክነቋርጽ ኣይግባኣናን ኢዩ። ኣብ ሰማይ ሰናይ ነገር ምስራሕ ኣይካኣልን ኢዩ።ምኽንያቱ ሰማይ ናይ ስራሕና ውጽኢት ዘለዋ ስፍራ ኢያ።ስለዚ እዛ ዓለም'ዚኣ ናይ ስራሕ ዓለም ስለዝኾነት ጽቡቕ ስራሕ ንምስራሕ ኣይንሰልኪ።ጽቡቕ ምስራሕ ከኣ ምርጫ ኢዩ!!

ዝሓዝናዮ ሓቂ ንሱ ባዕሉ ሓቂ እንተዘይኮይኑ፣ብብዝሒ ደገፍቲ ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።ሓደ ሓደ ግዜ ሓቂ ዘይኮነ ነገር፣ብብዝሒ ደገፍቲ ብዙሓት ስለዝተሰማምዑሉ ጥራይ ሓቂ ክባሃል ይከኣል ይኸውን'ዩ።ምባልን ምኟንን ግን ከም ሩባ ዝፈልዮም ክልተ ዳሳት ተፋጢጦም ዝነብሩ ኢዮም።ስለዚ ደጋፊ'ኳ እንተ ዘይብሉ ንሱ ራእይ ኮይኑ ክሳብ ዘይተሰማዓና ራእይ ክንጅምር ኣይንኽእልን ኢና።ውሻጠ ራእይ ንምርኣይን ራእይ ዘለዎ ወለዶ ንምርካብን ምስዚ መጽሓፍ'ዚ ክንተሓባበር ተሓቲትና ኣለና ።ሓቂ ናይ ኩልና ደኣ'ምበር ናይ ግለሰባት ስለዘይኮነት ፣ሓሳብ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ከም ናይ ገዛእ ርእስኹም ሓሳብ ቆጺርኩም ክትቅበሉዎን ክትገልጽዎን እምሕጸን።ንኹሉ ዘዳልዎ ግን እግዚኣብሔር ስለዝኾነ ንዕኡ ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ክብርን ምስጋናን ይኹኖ ኣሜን።

መእተዊ

ኣብ ሰማይ ዝበራ ኣዕዋፍ መልክዐንን ከምኡ ናይ ምንባር ኩነታተንን ዝተፈላለየ ኢዩ።ኣብዘን ኣዕዋፍ እዚአን ብቅርጺ ∨(ቪ) ዝበራ ኣዕዋፍ ፍሉይ ዝኾነ ናይ በረራ ስነ ስርዓት ኣለወን።እዚ ብተፈጥሮ ዝተዓደልኡ ናይ በረራ ስነ ስርዓት ንናይ ሳይነስ በረራ ዓቢ መበገሲ ብሙኺኑ ኣገልጊልዎ`ዩ።ብ ቅርጺ ∨ ዝበራ ኣዕዋፍ ኩለን ዘይኮናስ ዝተወሰና እየን።ተመሳሳሊ መልክዕ ዘለወን ብቅርጺ ∨ ዝበራ የዕዋፍ እግዚኣብሄር ክንመሃረለን ዘቐመጠልና ትጓዓዝቲ ሰሌዳታት እየን።ምኽንያቱ ናብ ዓቢ መንፈሳዊ ተመስጦ እንኣቱ ቃል እግዚኣብሄር ብምጽናዕን ንተፈጥሮ ብምስትዋዓልን ኢዩ።ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮ ነቲ ዝፈጠሮ ጎይታ እነድንቐሉ ጥበብ ተቐሚጡ ይርከብ።ንዓና ዝምህር ፍልጠት ከኣ ተሳኢሉ ይነብር።ሰብ ካብ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ኣዕዋፍ ዝመሃሮ ትምህርቲ`ውን ኣለዎ ።ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ ሓደ ፍጥረት ስለ ዘየለ ወዲ ሰብ ካብዚ ብትሕትና ክምሃር ይግብኦ(ኢዮብ 12፡7)።

እዘን ኣዕዋፍ እዚአን ብቅርጺ ∨ ምብራረን ርእሱ ዝኸኣለ ጥቕሚ ኣለዎ።እዚ ፍልጠት'ዚ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዓደለን ኮይኑ ንሰብ ዓቢ ኣብነት ዝኸውን ኢዩ።እተን ኣዕዋፍ ዝበራሉ ቅርጺ ብቕድሚት እቲ ዝሓየለ ዑፍ ናይ መጀመርታ መስመር ክሕዝ ከሎ ፡ካብቲ ቀዳማይ መራሒ ቀጺሉ እቲ መስርዕ ኣብ ክልተ መስመር ንድሕሪት እናሰፍሐ ይኸይድ።ብቕድሚት ዘሎ ዑፍ ሓያል ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ነቲ ናይ ኣየር ድፊኢት ዝጉንጽ ንሱ ስለዝኾነ ኢዩ።እቲ መስርዕ ኣብ ክልተ መስመር ንድሕሪት እናሰፈሐ ክኸይድ ከሎ ኣብቲ በረራ ኩሉ ንኣካል መራሒኡን ናይ በረራ ብጽጻዩን ብቕሊሉ ንኽከታተል ይሕግዞ።ካብቲ መስርዕ ዝወጸ እንተልዩ ከኣ ገዛእ ርእሱ ኣብ ውሽጢ`ቲ መስርዕ ንምምዕርራይ ዝኽእለሉ ጽቡቕ ምክትታል ይፈጥረሉ።ናይ ሓድሕዶም ብራኽ`ውን ናይ ኩሎም ማዕረ ኣይኮነን።ነፍስ ወከፍ ርሕቀቱ እናሓለወ ናይ ብራኽ ደረጅኡ ከኣ እቲ ዳሕረዋይ ካብቲ ቀዳማይ ውርድ ውርድ ኣናበለ ነዚ ናይ ∨ ቅርጺ ይሕሉ።ደረጅኡም እናተሓተ ምብራሮም ንናይ ኣየር ድፊኢት ንምስንጣቕ ይሕግዝ።ብቕድሚት ዘሎ መራሒ ብትሕቲኡ ንዘሎ ድፊኢት ተቓሊሱ ክስንጥቖሉ ከሎ፡ብድሕሪት ዝስዕብ ዑፍ ከኣ ንታሕቲ ንዝጉንጽ ሓይሊ ኣንፈቱ ተቐዪሩሉ ንላዕሊ ዝደፍእ ሓይሊ ይቕይረሉ።ስለዚ እቲ ብቕድሚት ዘሎ ዑፍ ንላዕሊ ከንሳፍፍ ዘኽእል ናይ ኣየር ኩነታት ስለ ዘይገጥሞ እቲ ብድሕሪት ዝስዕብ ዑፍ ክንፉ ብሓይሊ ምንግብጋብ ከየድለዮ ብዝዋሓደ ሓይሊ ብቕልጡፍ ንኽበርር ይሕግዞ።

እዘን የዕዋፍ መብዛሕትኡ ግዜ ጉጅለአን 25 ኣባላት ዘለዎ ምኺኑ`ዩ ተበጺሑ።እዘን የዕዋፍ ካብተን በብውልቀን ዝበራ የዕዋፍ ብዝበለጸ 70% ከምዝበራ ተፈሊጡ ኣሎ።በረራአን ኣብ ንሓድሕደን ዘሎ ርሕቀት ብምሕላውን ብምቁጽጻርን ዝካየድ ኢዩ።

እዚ ቅርጺ ∨ ዘለዎ በረራ መስመሩ ዝሓለወ ደረጃ ኣለዎ።ደረጅኡ ከኣ እቲ ላዕለዋይ ነቲ ታሕተዋይ ዝስሕበሉ፡እቲ ታሕተዋይ ከኣ ነቲ ላዕለዋይ ብቕሊሉ ንክንሳፈፍ ዘኽእል ኢዩ።እዚ ስልቲ በረራ`ዚ ጠቓሚ`ኳ እንተኾነ እቲ ብቕድሚት ዝመርሕ ዑፍ ግን ነቲ ኣሸጋሪ ሓላፍነት ዝብድህ ክኸውን ኣለዎ።እዚ ዑፍ`ዚ ኣብ ዝደኽመሉ ግዜ ድማ ካብ ቅርጺ ∨ ናይ ሓደ ጎድኒ ብምሓዝ ንድሕሪት ክብል ከሎ፡እቲ ካልኣዩ ዝነበረ ድማ ነቲ ናይ መሪሕነቱ ስፍራ ይትክኡ።ምትኽኻእ ስለዘሎ እቲ ናይ መስርዕ ስርዓት ብቕጽበት ተመዓራርዩ ይቕጽል።ሕጂ`ውን እቲ ዝተክኡ ክደክም ከሎ ካብቶም ኣብ ማእከል ዘለዉ

ሓደ ቀልጢፉ ብምኻድ ናይ መሪሕነቱ ሓላፍነት ይቐበል።ነዚ ኣድካሚ ናይ ምምራሕ ቦታ ናይ ምጭባጥ ግብኣም ኩሎም በብተራ ይካፈልዎ።ኩሉ ሓላፍነትን ግቡኡን ብምስካም ነቲ በረራ ብቐልጡፍን ብጻዕርን ናብ ዕላምኡ ንኽበጽሕ ይገብሮ።

ብቅርጺ V ምብራር፡የዕዋፍ ብቀሊሉ ርክብ ንኽፈጥሩ ይሕግዞም።ጽቡቕ ምርእኣይ ስለዝፈጥረሎም ከይተነጻጸሉ ክሳብ መጨረሽታ ንኽበሩ የኽእሎም።ምርእኣይ ከኣ ከይተጋደፍካ ንምእታው ዘኽእል ናይ ሕብረት ሓይሊ ምኻኑ ንርዳእ።ስልቲ ውትህድርና'ውን ነዚ ናይ ተፈጥሮ ትምህርቲ ብምቕሳም ንተመሳሳሊ ዕላማ ይጥቀመሉ ኢዩ።

ኣብዚ በረራ'ዚ ዝዓበየ ሓላፍነት ኣብቲ መራሒ ስለዝኾነ፡ንሱ ነቲ ንፋስ ብሓይሉ ክስንጥቖሎም ከሎ፡እቶም ሰዓብቱ ቀስ ኢሎም ብቐሊሉ ንኽጓዓዙ ይሕግዞም።ካብቶም ዳሕረዎት፡ካብ ሓይሊ`ቲ ቀዳማይ ውሕድ ዝበለ ሓይሊ ዘለዎ ኣባል ናይ ሓላፍነት ቦታ ንኽርከብ ተኽታሊ ናይቲ ቀዳማይ ኮይኑ ይጽበ።እቲ ብቐድሚት ዘሎን ሰዓብቱን ነቲ ጉጅለ ክመርሑ ከለዉ፡እቶም ብድሕሪት ዘለዉ ዝበዝሑ የዕዋፍ ድምጺ ኣስሚያም የበራትዕዎም።እቲ ብድሕሪት ዝስማዕ ድምጺ ከኣ ነቶም ቀዳሞት ፍጥነቶም ንኽውስኹ ሓይሊ ናይ ምሃብ ጥቕሚ ኣለዎ።

ሓደ ናይቲ ጉጅለ ኣባል ካብቲ መስርዕ ወጺኡ ንበይኑ ክጎዓዝ ምስዝፍትን ኣቐዲሙ ዘይረኣዮ ናይ ንፋስ ምግፋዕ ከምዝገጠሞ ይርድኦ።ኣብዚ ግዜ`ዚ እምበኣር ቀልጢፉ ናብቲ መስርዕ ብምምላስ በቲ መስርዕ ጥራይ ምስ ዝጐዓዝ ብዘይ ድኻም ናይ ምንፋር ሓይሊ ከምዝረክብ ይፈልጥ።

<u>ካብ ማእከል እቶም ኣብ መስርዕ ዘለዉ ሓደ ብሕማም ፡ብጥይት ተዋጋእቲ ምስ ዝህረም</u> ወይ ካብቲ መስርዕ ወጻኢ ዘለዉ በረርቲ ምስ ዝጥቃዕ እሞ ኣብ ክንዲ ንቐድሚት ንድሕሪት ምውራድ ምስ ዝጅምር፡ካብቶም ኣብ መስርዕ ዘለዉ ክልተ ብጾቱ ብምውጻእ ንዝተጎድአ ብጻዮም ይሕግዝዎ።ካብ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ድማ ይከላኸልሉ።እቲ ዝተጎድአ ዑፍ ኣብ ገረብ ወይ ኣብ መሬት ምስ ዝዓልብ ምብራር ክሳብ ዝኽእል ወይ ክሳብ ዝመውት ኢዮም እቶም ክልተ ብጾቱ ምስኡ ዝጸንሑ።ኣብ መወዳእታ ናብቲ ዝጸንሕዎ መስርዕ ጉጅለ ክሳብ ዝሕወሱ ምስ ካልኦት መስርዕ ጉዕዞኦም ይቕጽሉ።እቲ በረራ ግን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ኣይቋረጽን ኣይበላሾን ከኣ።ንዝደኸመ`ውን ገዲፎሞን ረሲያሞን ኣይከዱን ኢዮም።ምኽንያቱ እቲ ዝደኸመ ውሕስነት ክህልዎ ግድን ስለዝኾነ።

እቶም ዝደልደሉ ኣዕዋፍ ነቲ መስርዕ ይመርሕዎ።እቶም ድልዱላት ከኣ ኩሉ ግዜ ስለዘይመርሑ፡ማለት ነቶም ሰዓብቶም እቲ ስፍራ (ቦታ) ስለዝገድፉሎም፡ብብዝሒ ስራሕን ተጽዕኖን ወይ ብድኻም ዝሕለል መራሒ ኣይህሉን።ዝተፈላልየ ሓይልን ክእለትን ዘለዎም ኣዕዋፍ ብተመሳሳሊ ቅልጣፈ በይኖም ምብራሮም ኣገራሚ <u>ኢዩ።እቲ ጉጅለ ከኣ ናይ ብርቱዓት ምትእኽኻብ ዘይኮነ እቶም ብርቱዓት እናቐደሙ ንኻልኦት ዘበርትዑ፡ካብቲ ጉጅለ ብሓደጋ ንዝተፈልየ ምብራር ክሳብ ዝኽእል ኣብቲ ዝወደቐ ስፍራ ወዲቐም ዝሕግዝዎ ሓገዝ እናተኻየደ እቲ መስርዕ ግን ጉዕዝኡ ዝቐጽል ምኻኑ ኣዝዩ ኢዩ ዘገርም።</u>

ኣብዞም የዕዋፍ እዚኦም እንዕዘቦ ካልእ ኣደናቒ ነገር ከኣ እቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ኣዕዋፍ ነቶም ዝናኣሱ ናይ በረራ ስልጠና ምክያዶም`ዩ።ጠባይ (ባህሪ) ናይዞም

የዕዋፍ እዚኣም ብምጽናዕ ዝተመሰጡ ሰባት ናዓና ክኸውን ዝግባእ መልእኽቲ ክዛረቡ ከለዉ ከምዚ ይብሉ፡-

- ብምትሕብባርን ብምውሃድን ናይ ሓደ ሓይሊ ንጥቕሚ እቲ ካልእ ጠቕሚ ምግባር ፡ብግልኻ ካብ ዝርከብ ውጽኢት ጻዕሪ ዝበለጸ ውጽኢት ኢዩ።እዚ ከኣ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ኢዩ።
- ውልቃዊ ዕላማ ዘለዎም ሰባት ክጣመሩ (ክሓብሩ) ከለዉ፡ብቕልጡፍን ብቀሊሉን ነዊሕ ክጓዓዙ ይኽእሉ።ምኽንያቱ ጉዕዞኣም ሓይሊ ናይቲ ሓደ ንሓይሊ እቲ ካልኣይ ስለዝደፍኡ'ዩ እቲ ብልጫ።
- ኩላትና ኣብቲ መስርዕ ጸኒዕና ብምጽናሕ ኣብ መወዳእታ ክንበጽሖ ንዝሓሰብናዮ ዕላማ ምስቶም ሰብ ዕላማ ክንራኸብ ኣለና።
- ሓላፍነት ንኽይንስከም ክንሃድም የብልናን።ሰብ ብተፈጥርኡ በይኑ ጎዶሎ ኢዩ።ንሕና ካብ ካልኦት፡ካልኦት ከኣ ካባና እንደላለዮ ፍልጠትን ክእለትን ከምኡ'ውን ውህበት ኣለና።ስለዚ ንሓድሕድና ተመላላእቲ ኢና።
- ናይ ድሕሪት ድምጽና መበራትዒ ምኽኑ ርግጸኛታት ክንከውን ኣለና።ናይ ምብርታዕ ድምጺ ኣብ ዘለዎ ከኣ ውጽኢቱ ብዙሕ ኢዩ።ናይ ምብርታዕ ሓይልን ጉልበትን ዝሓትት ኣብቲ ኣገዳስነት ክነድምጸሉ ዝተደልየሉ ነገር ኢዩ ዝውሰን።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ዝተፈላልየ ተፈጥሮ ናዓና ዝቕመጦ ትምህርቲ ክንረኽቦ እንኽእል ብጽሞና ኢዩ።እግዚኣብሄር ኣብ ንእሽቶ ክፍሊ ብሓደ መምህር ጥራይ ዝዛረብ ኣምላኽ ኣይኮነን።ዓለም ምሉእ ንእግዚኣብሄር ናይ መምሃሪኡ ክፍሊ ኢዩ።ኩሉ ከኣ ንጥቕምናን ንትምህርትናን ኢዩ ተፈጢሩ።ዘረጋግእ ጥቕሚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ምምሃር'ዩ ዝረከብ።እዞም ኣዕዋፍ'ዚኣም ምስ ህይወትና ዝኾነ ዝምድና ከምዘይብሎም ኮይኑ ይስምዓና ይኽውን'ዩ፡ነዚ ስልቲ ናይዞም ኣዕዋፍ ምምሳል ግን ክስዕር ዝኽእል ሓይሊ ምምርማር ማለት ኢዩ።ንሳቶም 'ውን ናዓና ኢዮም ዝዛረቡ።

እግዚኣብሄር ንኹሉ መምስ ጸግዑ ፈጠሮ፡ኩሉ ከኣ መምስ ጸግዑ ይበርር።ጸግዒ ናይ ሰብ ከኣ ሰብ ኢዩ፡ስለዚ ሰብ ምስቲ ካልእ ብጻዩ ሓቢሩ ክጎዓዝን ተሓባቢሩ ክሰርሕን ይግቦኡ።እግዚኣብሄር ዝሃበና ዓለም ብሕብረት እትህነጽ ሓንቲ ቤት'ያ።ኣይኮነን እዛ ሰፋሕ ዓለም፡ሓደ ህንጻ'ኳ እንተተዓዚብናዮ፡ካብ ኣብ ውሽጡ ዲዛይን ዝገበረ በዓል ሞያ ተበጊስና ብዙሓት ሰብ ሞያ ኢና እንረክብ።ነዳቒ፡ሃራሚ-ትኖኮ፡ናይ ኤለትሪክ በዓል ሞያ፡ሕብሪ ዝለኪ. . .ወዘተ ተሓባቢሮም ይራኸቡ።ብሓጺር ቁመት ብጸቢብ ደረት ንዘሎ ህንጻ እዞም ኩሎም ሰባት ዘሳትፍ ካብ ኮነ፡እቲ ዝዓበየ ዓለም'ሞ ኸኣ ናይ ብዙሓት ምትሕብባር'ዩ ዝሓትት።ኣብ ዓለም ዝርከቡ ሰባት ኣብ 3+ ከፊልና ክንሪኦም ከለና፡-

- ፈተውቲ ሕብረት፡-ንጥቕሚ ብዙሓት ዝነብሩ፡
- ፈተውቲ ርእሶም፡-ብዙሓት ናዓይ ይንበሩ ዝብሉ፡
- በይናውነት ዘጥቅዖም፡-ተሸፊኖም ንምሕላፍ ዝደልዩ እዮም።

በይናውነት (ተነጽሎ)ንኻልኦት ጥራይ ዘይኮነ ንገዛእ ርእሱ'ውን ዘይጠቅም ባርዕ ዝበዝሑ ደሴት ኢዩ።ምፍታው ገዛእ ርእስኻ ኣብ መወዳእታ ገዛእ ርእስኻ ንምጥፋእ ናብ ወንጀል ዝደፋፍእ ሓደገኛ ጉዕዞ'ዩ።ሕብረት ምድላይ ግን ንጥቕሚ ብዙሓት ክነብር

ኣለኒ ዝብል መንፈስ ኢዩ።ንመራሕቲ ቤተ ክርስትያንን መራሕቲ ሃገርን ክንነቅፍ ከለና፡ምስ ጥቕሚ ገዛእ ርእስና ዝተተሓሓዘ ድዩ ወይስ ምስ ጥቕሚ ብዙሓት ዝተዛመደ ኢዩ፤ኢልና ንነብስና ክንሓሓትት ይግበኣና።ምስ ናይ ገዛእ ርእስና ጥቕሚ ዝተተሓሓዘ ደገፍ ክንህብ ከለና ወይ ክንቃወም ከለና ፍትሓውያን ኣየቕጽረናን ኢዩ።ንብዙሓት ንኽንነብርን ናይ ተፈጥሮ ዕላምና ኣሳሊጥና ንኽንሓልፍን ዘኽእለና ከኣ ራእይ ጥራይ ኢዩ።ራእይ ንኹሉ ሰብ ከም ጠቕምን ከም ናይ ለውጢ ሰዓቢኡን ጌሩ'ዩ ዝሪአ።ነቲ ክፉእ ሰብ ከይተረፈ ይጥፋእ ኢሉ ኣይውስነሉን ኢዩ።ሃጻይ ቴድሮስ ከምዚ ኢሎም መሲሎም ይበሃል፡-

''ጋርድ ይሙት ኢሉ መን'ዩ ዝመኽረ ፡

ክፉእ ዘይንክፉእ መዓልቲ'ዩ ዝጽበ ዝነበረ''፡

ክፉእ መዓልቲ ክመጽኣና ከሎ እቶም ቅኑዓት ይጭነቑ ይበኽዩልና'ውን፡ተኽሲስና ቤት ፍርዲ ክንቀርብ ከለና ይምለሱ።ክፋኣት ግን ዳኛ ከምዚ እንተበለካ ከምዚ በሎ እናበሉ ምኽሪ ይህቡ።እወ በዓል ራእይ እምበኣር ብሞት እቲ ክፉእ ሰብ ኣይሰማማዕን ምኽንያቱ ንሱ ዝድለየሉ መዓልቲ ከምዘሎ ከኣ'ዩ ዝግንዘብ።ንጥቕምና ኢልና ምስ ካልኦት ሰባት ንሰርሕ ኢና፡ንሳቶም ከምዘድልዩና ግን ብናይ ፍቕሪ ልቢ ክንኣምኖም ኣይንደልን ኢና።ግዴታ ስለዝኾነ ግን ንገብሮ ኢና።ራእይ ዘለዎ ሰብ ግን ካልኦት የድልዩኒ'ዮም፡ድኻመይ ክስከሙለይ ይኽእሉ'ዮም ኢሉ ይኣምን።ኣነ ንባዕለይ ጥራይ ዝብል ከኣ ራእይ ክህሉዎ ኣይክልእን'ዩ።ራእይ ካብ ገዛእ ርእስና ኣማዕዲና ምርኣይ ፡ናትና ንዘይኮኑን ንናይ ቀረባ ኣዝማድና ንዘይኮኑ ወገናት ምቕንዛው (ምስቓይ) ኢዩ።ማዘር ትሬዛ፥ንሰባት ክሳብ ክንደይ ኢና ክንፈትዎም ዘለና ምስ በልዋ፥ቃንዛ ክሳብ ዝስምዓና ኢላ መለሰት ይበሃል።ራእይ ኢልና እንጽውዖ ዘይቀትል ናይ ፍቕሪ ሕማም ኢዩ።ስምዒት ዘይኮነስ ተግባር ዝኾነ ፍቕሪ ካልኣይ መጸውዒኡ ራእይ ዝብል ኢዩ።

ኣብ ሂወት ቀዲሞም ንዝራኣዩን ናይ ብዙሓት ልቢ ብቐሊሉ ምርካብን ምትሕብባርን ንዝኽእሉን ውሽጣዊ ጅግንነት ንዘለዎም ክመርሑና ክነፍቅደሎም ይግባእ።ኩላትና መራሕቲ እንተደኣኮይንና ግን ብዙሓት ዕላማታት ክህልዉና ክኽእሉ'ዮም።ሓደ መራሒ እንተሊዩ ግን፡ሓደ ዕላማ ጥራይ ይህልወና።እዚ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ኢዩ።እወ'ዚ ናይ ዕብየት መምዘኒ'ውን ኢዩ።ቦታ ከርእየና ኣብ ቅድሚት ቀዲሙ ዝኸይድ ሰብ'ሞ ነዳሉ፡ክመርሓና ዝኽእል ከኣ ኣቐዲሙ ስለ ዝረኣየ እዩ።ኣቐዲሙ ናብቲ ቦታ መጺኡ ከምኡ'ውን ናይቲ መንገዲ ምልክት ተረዲኡዎ'ዩ።ኮይኑ ግን ይቐድም ይድሓር እቲ ክመርሕ ዘለዎ እቲ ቀዲሙ ዝረኣየ ኢዩ።መሪሕነት ሽመት ዘይኮነ ናይ ምርኣይ ጉዳይ ኢዩ።እዚ ከኣ'ዩ ራእይ ዝበሃል።

ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብውልቅና ንነዓዞን ብሕብረት ንነዓዞን ወጻኢኡን ምርግጉኡን ፍልልይ ኣለዎ።ኣብ ሕብረት ምስ እንህሉ ብዝዋሓደ ወጻኢ ብዙሕ ንረጋጋእ።ብግልና ምስ እንነዓዝ ግን ብዙሕ ወጻኢ'ኳ እንተገበርና ቁሩብ ምርግጋእ ንስእን።ብሕብረት ምጉዓዝ ብዝኾነ መልክዕ ዝዋሓደ ሓይሊ ከምእተውጽእ'ዩ ዝገብር፡እቲ ዘድሊ ምርግጋእ ከኣ ይበዝሕ።ንሕና ኣብ ህይወትና ናይ በይንና ስሕተት ክንምነ ከለና፡ናይ ግሊ ስልማት ከኣ ንደሊ (ንጽበ)።እንተኾነ ናይ ጌጋ መኣረምታ ኣብ ውሽጢ ሕብረት'ዩ ዝርከብ።ብዝኾነ መልክዕ ኣብ ኩነታት ህይወት ብድሕሪት ኮይና ንመሪሕነት እነስምዖም ዘለና ድምጺ ዘበራትዕ ኣይኮነን።ብጻይ ንብጻዩ፡ሰበይቲ ንሰብኣያ፡ምእመን ንካህናት ፡ዜጋታት ንመንግስታት፡ኣንበብቲ ንደረስቲ. . .ወዘተ ዘስምዕዎ ድምጺ ጽቡቕ ስለዘይኮነ ኣብ ጉዕዞ

ምድንጓይ የጋጥም ኣሎ።እዞም ዝተጠቕሱ ኣዕዋፍ ግን ድምጾም የስምዑ'ዮም።ድምጺ ክስማዕ ከሎ ጉያ ይቕልጥፍ፡ሕብረት ከኣ ብሓደ ምህላዉ ይግለጽ።እቲ ቀዳማይ መራሒ ነቲ ብድሕሪኡ ዘሎ ተመራሒ ብእዝኑ'ዩ ዝሪኡ።

መራሕቲ ይኣኽለና ምስ በሉ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሓይሎም ከለዉ ሓይሊ ክንትካኣሎም ይግባእ።''ጥዑይ ብጻይ መዓር'ዩ፡እንተኾነ ልሒስካ ኣይተወድኣዮ''ይባሃል።እቲ ዘለዎ ሓይሉ ነጊፉ ከገልግለና ዝጸንሐ መራሒ ካብ ስልጣኑ ኣብ ዝወረደሉ መዓልቲ ሓንስ ኣይስምዖን'ዩ።ስለዚ ዝሰርሖ እናረኣየ ንኽሕንስ፡ኣማኻሪ ኮይኑ ንተተካኢ ከሰልጥን መታን ምስ ሓይሉ ከሎ ክንትክኦ የድሊ።እቲ መስርዕ ደው ከይበለ ምትኽኻእ ጽቡቕ'ዩ።እቲ መስርዕ ደው ምስ በለ ምትኽኻእ ግን ኩሉ ግዜ ጀማርን ኣርቃቕን ክትከውን ኢዩ ዝገብር።

መንግስቲ ንሰራሕተኛኡ ደሞዝ ጥራይ ዘይኮነ ጡረታ'ውን ይህብ'ዩ።ደሞዝ ንዝሰርሐ ዝኽፈሎ ናይ ጉልበቱ ዕዳ(ዓስቢ) ኢዩ።ጡረታ ኽኣ ክሰርሓሉ ኣብ ዘይከኣለሉ ግዜ ዝወሃቦ ዓስቢ ሕሉፍ ኣገልግሎቱ'ዩ።ንዝደኽሙ እንገብሮ እንታይ'ዩ፡ብሕማም፡ብጥይት ጸላኢ. .ወዘተ ተጎዲኦም ካብ መስርዕ ንዝወጹ ኣሕዋትና ክንዲ ናይ ኣዕዋፍ ዝኣክል ሓገዝ'ዶ ጌርናሎም ንኽውን፡ሰብ ማለት ተጠቒምና እንድርብዮ ንብረት ኣይኮነን።ሰብ እንተደኽመ'ኳ መሊሱ ሓይሉ ኣሐዲሱ ዝትንስእ ፍጥረት ኢዩ።እንበኣር ንዝሰርሑልና ዋግኦም ምኽፋል ጥራይ ዘይኮነ ንዕኦም ንሰባት ከነኽብሮም ግዴታና እዩ።ምኽንያቱ ሰራሕተኛ ኣብ ዘይብሉ ስራሕ ኣይህሉን'ዩ።

ብዕድመ ዝደፍኡ ብዙሕ ቃልስታት ሪኦም ዓቕሚ ስኢኖም ኮፍ ዝበሉ ሰብ ተመኩሮ፡ነቶም ሓደስቲ ከሰልጥኑ ይግብኦም።ሰኣን ዓቕሞም ዘቋረጽዎ ስራሕ ብኻልኦት እንተ ተሰሪሑ ሕጂ'ውን ይሰርሑ ብምህላዎም ክሕንሱ ይግብኦም።ኩሉ ግዜ ምስ ጉልበትካን ሓይልኻን ምህላው ኣይከኣልን ኢዩ።ዓለም ንገዛእ ርእሳ ብሕጊ ልደትን ሞትን ዝተታሕዘት ኢያ።ስለዚ ምትኽኻእ ክእመነሉ ዝግባእ ተወረራሲ ሓይሊ ኢዩ።እቲ ቀዲሙ ዝረኣየ ንሓድሽ ወለዶ መገዲ ከርእዮ ይግብኣ።ከይመሃርካ ምውቃስን ነቲ ሰናይ ሰናይ'ዩ ከይበልካ ንጌጋ ጌጋ ምባልን ኣይግባእን'ዩ።

እዞም የዕዋፍ እዚኦም ብዛዕባ ራእይ ብዙሕ ትምህርቲ ዝሓዘሉን ጽቡቕ ምሕደራ ዝምህሩን ኢዮም።ኣብ ውሽጢ ራእይ ካብ ብግሊ ንላዕሊ ሓባራዊ ጉያ እቲ ዝበለጸ ኢዩ።ኣብ ውሽጢ ራእይ ብስምረት ናይ መሪሕነት ምጉዓዝ ደኣ'ምበር ንሹመት ኣይኮነን ዝድለ።ኣብ ውሽጢ ራእይ ተጋዲፍካ ምእታው የለን።ኣብ ራእይ ንበዝ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ናይ ትማሊ ንበዝ ሽማግለ'ውን ውሕስነት ኣለዎ።ኣብ ራእይ ዓቕሚ እንተልዩካ ምጉያይ፡እንተዘይብልካ ግን ንናእሽቱ ምስልጣን ይግባእ።ስለዚ እዞም የዕዋፍ እዚኦም "ዓቕሚ ራእይ ዝገልጽ በረራ ሰሌዳታት" ኢዮም ምባል ይከኣል።

ግዝያዊ መነቓቕሒና ብዙሕ ግዜ ኢና እንርኢ፡-ዶብ ሃገር ክድፈር ናይ ገዛና መሐለዊ ሓጹር ምጽናዕ ንጅምር፡ናይ ጽሬት ኣዋጅ ክንገር ኣፈፌት ገዛና ንምጽራይ ንወጽእ፡ጎየይቲ ስዒሮም ክበሃል ንጉሆ ንጉሆ ምጉያይ ንጅምር እዚ ግን ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ቀልጢፍና ኢና ንርስዖ።ራእይ ግን ከምዚ ኣይኮነን።ንሕና እንነብረሉ ዕላማ ናብ ዓለም እነመሓላልፎ ናይ ተፈጥሮ መልእኽቲ ኢዩ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ጎደና ራእይ ንዘይጀመሩ ንኽጅምሩ የበራትዕ፡ጎደና ራእይ ንዝጀመሩ ከኣ ንራኢኦም ንኽግምግሙን ዝገብሩዎ ንኽፈልጡን እዚ መጽሓፍ መነቓቕሒ

ኢዩ።ብዘይ ፍልጠት ዝስራሕ ብዘይ እምነት ስለ ዝስራሕ ዓስቡ ዝወሓደ ኢዩ።እዚ መጽሓፍ'ዚ እምበኣር ንራእይ ብክልተ መንነት ክገልጽ ንምርኣይ ይጽዕር።መጀመርታ ራእይ ዝኾነ ነገር ራእይ ምስ ዘይኮነ ነገር ኣወዳዲሩ፡ኣብ ኢድና ዝሓዝናዮ ሓቀኛ ወርቂ ድዩ ወይስ ሕብሪ'ዩ ንኽንፈሊ መጻረዪ ይፈጥር።ቀጺሉ ትርጉም ናይ ራእይ ድሕሪ ምግላጹ (ምሃቡ) ሓርበኛታት ናይ ራእይ ብምጥቃስ፡ታሪኾም ካብ ምትራኽ ነቲ ታሪኽ ንኽንደግም ይሕግዘና ።ኣብ ህይወትና ከኣ ነቶም ሰብ ታሪኽ ክንዝክሮም የኽእለና።ካብ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ኣብ መደምደምትኡ ''ነስተውዕል'' ብምባል ጽንዓት ይልግስ።እዚ መጽሓፍ ናብቲ መፈጸምታ ራእይ ዕንባባ ዘይኮነ ሴፍ ሒዞም ከምዝቐበሉዎ ብምግላጽ ዋጋ (ዓስቢ) ተምኑ ብምባል'ዩ ዝደፋፍእ።ልዕሊ ኩሉ ከኣ መወዳእታ ፍጻሜ ዘመን ዘለና ሰባት ስለዝኾንና፡ክንቀላጠፍ ከምዝግባኣና መደምደምታ ማሕተም ናይዚ መጽሓፍ'ዩ።ፈርምኡን ቃልኪዳኑን ጸሎት ስለዝኾነ ናብ ናይ ራእይ ኣምላኽ ብምምላድ ብዓወት ይወጽእ።

ንሕና ዘለና ሰባት ዘይኮነስ እንነብር ሰባት እንኸውን ብራእይ ኢዩ።ብዙሓት ሕልኽላኻት ኣለዉ እንተኾነ ኣይነብሩን'ዮም።ዕላማ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ግን ነበርቲ ንምብዛሕ'ዩ።እዚ መጽሕፍ ንጥበባት ዝረተዐ፡ጽልኣት ዘርሓቐ፡ናብ ሓቂ ዝወገነ፡ውድቀት ናይ ወሎዶ ብትንሳኤ ንምልዋጥ ዝጽዕር ናይ ሂወት መጽሓፍ ኢዩ።እዚ መጽሓፍ'ዚ ንኽብሪ ክበቅዕ ብዙሓት ናይ ቤተ ክርስትያን ሊቃውንትን ኣቦታትን ከምኡ ኣንበብትን ምኽሮምን ጸሎቶምን ሓጊዙና ኢዩ።

※ ※ ※

መውጽኢ ኣርእስቲ

ምዕራፍ **ገጽ**

ምዕራፍ ሓደ መንእሰያትን ራእይን **15**

ምዕራፍ ክልተ ኣገዳስነት ራኣይ **20**

ምዕራፍ ሰለስተ ዝመስል ነገር **33**

ምዕራፍ ኣርባዕተ ራእይ ዘይኮነ ነገር **40**

ምዕራፍ ሓሙሽተ ራእይ ትምኒት ኣይኮነን **48**

ምዕራፍ ሽዱሽተ ራእይ ዕላማ ኢዩ **52**

ምዕራፍ ሸውዓተ መጸግሚ ወለዶ **60**

ምዕራፍ ሸሞንተ ናበይ ኢኻ **72**

ምዕራፍ ትሻዓተ ኣይኣክልን **80**

ምዕራፍ ዓሰርተ በትርኻ ሓዝ **85**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ ገዛእ ርእስኻ ምርኣይ **93**

ምዕራፍ ዓሰርተ ክልተ ዓይኒ ዘለዎ **100**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሰለስተ ሪኡ ዝተበገሰ **106**

ምዕራፍ ዓሰርተ ኣርባዕተ ድሕሪ'ቲ ጎቦ **117**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሓሙሽተ ራእይ ዝርከበሉ **128**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሽዱሽተ ራእይ ኣልቦ **138**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሸውዓተ ባህሪ ናይ ራእይ **148**

ምዕራፍ ዓሰርተ ሸሞንተ በዓል ራእይ **159**

ምዕራፍዓሰርተ ትሻዓተ ብራእይ ምዕባይ **174**

ምዕራፍ ዕስራ ዕንቅፋት ናይ ራእይ **185**

ምዕራፍ ዕስራን ሓደን ናይ ውሽጢ ዕንቅፋት **195**

ምዕራፍ ዕስራን ክልተን ውሽጣዊ ማዕበላት **211**

ምዕራፍ ዕስራን ሰለስተን ደጋዊ መሰናኽላት **230**

ምዕራፍ ዕስራን ኣርባዕተን ተቓውሞ **242**

ምዕራፍ ዕስራን ሓሙሽተን ግፍዒ **254**

ምዕራፍ ዕስራን ሽዱሽተ ናይ መወዳእታ ጎያዪ **264**

.....

ምዕራፍ - 1

መንእሰያትን ራእይን

ዕድመይ እንተወሓደ 12 ዓመት ኣቢሉ ኣብ ዝነበረሉ፡"ህጻናት እንታይ ይምነዩ" ፧ዝብል ኣብ ሓደ ዓቢ መደብ ከም ሕቶ ተላዕለ።ኣብ ናይ ቤተ ክርስትያን ዓዉደ-ምህረት ንክልተ ህጻናት ደው ኣቢሎም ከኣ ሓተቱና።ክልቴና ከኣ መሓዙትን መኻይድን ነበርና። " ንመጻኢ እንታይ ክትኮኑ ትሓስቡ " ከኣ በሉና።ኣነ፥ "ሰባኺ ክኸውን ይምነ በልኩ፡እቲ ዓርከይ ከኣ ዘማሪ" በለ፡ህዝቢ ብምሉኡም ኣጣቐዑልና ፍቓድ እግዚኣብሄር ኮይኑ ኣነ ድሕሪ 13 ዓመት ሰባኺ ኮንኩ፡እቲ ፍቑር ዓርከይ'ዉን ዝተዛረቦ ኮነሉ።ኣነ ድምጺ ኔሩኒ'ዩ፡ንሱ'ዉን ካባይ ንላዕሊ ምዝራብ ይኽእል'ዩ እንተኾነ ኣነ ዘማሪ ንሱ'ውን ሰባኺ ሙኺን ኣይመረጽናን።ራእይ ኣብ ክእለትና ኣይምርኮስን'ዩ፡እኳ ደኣ ኣብ ዘይንኽእሎ ነገር ክእለት እግዚኣሄር ክንርኤሉ ንኽእል ሓይሊ ኢዩ።ኣብቲ ዕድመ'ቲ ነዚ ትምኒት'ዚ ንምምናይ ዓቕሚ ኣይነበረናን፡እግዚኣብሄር ግን ኣብ ዉሽጥና ኮይኑ ይምነየልና ነበረ።ብርግጽ ብጸጋ ምስባኽን ምዝማርን ይከኣል'ዩ ራእይ እንተዘይብሉ ግን ምስባኽ ናይ ዘረባ ክእለት፡ምዝማር ከኣ ናይ ድምጺ መቐረት ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ።

ጓል ኣንስተይቲ ከብዳ ገዚፋ ክረአ ከሎ ዝጠርጠራ ኣንስቲ፥" እገሊት ነፍሰ-ጾር ኮይና ድያ ደኣ"፧ኢለን ክጭነቓ ከለዋ እታ ሓንቲ ግን ዕረፍቲ ዝህብ ዘረባ ትዛረብ፥ " መግቢ እንተኾይኑ ክጠፍእ'ዩ፡ቆልዓ እንተኾይኑ ግን ክውለድ'ዩ ከኣ ትብል።ግዜ ንኹሉ ዘጻሪ መንፈት'ዩ፡እወ ትምኒት እንተኾይኑ ክጠፍእ'ዩ፡ራእይ እንተኾይኑ ግን ደፊኡ ክዉለድ'ዩ።ስለዚ እምበኣር ቀደም ኣብቲ እዋን ቁልዕነትና ዝተዛረብናዮ ትምኒት ኣይነበረን እንታይ ደኣ ራእይ ኢዩ ኔሩ።ኣብቲ ዕድመ'ቲ ዘገልግለሎም መድረኻት፡ዝገጥሙኒ ፈተነታት፡ዝረኽቦም በረከታት ጉሊሖም ይረኣዩኒ ነበሩ፡ዝተራእዩኒ ነገራት ኩሎም ኣብ ግዜኣም ክፍጸሙ ከለዉ ከኣ ኣስተዉዓልኩ።

- ሎሚ ሩሑቕ ኮይኖም ዝረኣዩ፡ጽባሕ ግን ቀረባ'ዮም።
- ሎሚ ዘይከኣሉ፡ጽባሕ ግን ቀለልቲ ኢዮም።
- ሎሚ ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾኑ፡ጽባሕ ግን ትሕቲ ዓቕሚ ኢዮም ።
- ሎሚ ክተልዕሎም ዝኽበዱ፡ጽባሕ ግን መጌጺ መኩብ ኢዮም ።
- ሎሚ ሕዉዝዉዝ ዝብሉ ጽባሕ ግን ጎሊሖም'ዮም ዝረኣዩ ።
- ሎሚ ሕልሚ ዝኾኑ ጽባሕ ግን ጋህዲ'ም ዝኾኑ።
- ሎሚ ዝፍርሑ፡ጽባሕ ግን ዝድፈሩ'ዮም ዝኾኑ።
- ሎሚ ተስፋ ዘቑርጹ፡ጽባሕ ግን ዝጭበጡ ኢዮም ዝኾኑ።

ኩሉ ነገር ቅድሚ መዓልቱ ከቢድ'ዩ ኣብ መዓልቱ ግን ቀሊል'ዩ ዝኸውን።ካብ ብኣጋጣሚ ዝተረኽቡ ዓወታት፡ብርድኢት ዝተረኽቡ ዓወታት ኣዚዮም የሐጉሱ፡መሰረት ዘለዎም ከኣ ኢዮም።

እንሓስቦም ነገራት ኩሎም ብናይ ሎሚ ዓቕምና ክንመዝኖም ኣይግባእን'ዩ፡ምኽንያቱ ራኢታትና ብመንፈስ ደኣ'ምበር ብሓይሊ ክትግበሩ ኣይክእሉን እዮም።ኣብ ዓለምና ዘለዉ ዓበይቲ ፕላሶታት መሰረቶም ኣይረኣን'ዩ ፡ንሱ ኸኣ ረቂቕ ዝኾነ ናይ ሰብ ኣእምሮ ኢዩ፡ምኽንያቱ ኣቐዲሞም ብኣእምሮ ሰብ ድሕሪ ምስራሖም'ዮም ዓብዮም ዝተራእዩ።

መሰረት ናይዚ ዝረአ ዓለም ከኣ ፡-

- ዘይረአ እግዚኣብሄርን
- ዘይትረአ ረቃቕ ነፍስን ኢዮም።

ጸሓፊ ናይ ዕብራዊያን መልእኽቲ'ውን፡-"ዓለማት ብቓል እግዚኣብሄር ከምዝተፈጥረ፡እቲ ዝረአ ነገር ዘበለ በቲ ዘይረአ ከምዝተፈጥረ ብእምነት ኢና ነስተውዕል"ምባሉ ነዚ ኢዩ(ዕብ ፲፩፡3)።ሓሳብ ሓይሊ ኢዩ፡ዘይረአ ሓሳብ ክሳብ ዘየለ ግን ገዚፍ ተግባር ክህሉ ኣይክእልን'ዩ፡ስለዚ ሓሳብ ወይ ራእይ ዝነዓቕ ኣይኮነን።ምኽንያቱ መበገሲ ናይ ግዙፍ ነገር እቲ ረቂቕ ምኺኑ ርኢና ኢና። ኣስተውዕሉ ! ወተሃደራዊ ታዕሊም ኣብ ዓዉደ ኩናት ዘይኮነስ ኣብቲ ሰላማዊ ሰፈር ወተሃደራት ጥራይ ኢዩ ዝካየድ፡ራእይ ኽኣ ስልጣን ምስጨበጥና፡ሃብቲ ምስ ሓዝና፡ዝና ምስኣትረፍና ኣይኮነን ዝውለድ።ራእይ ገለ ኣብ ዘይረኣየሉ ስፍራ ዝረኣየና ክቡር ነገር ኢዩ።ሃብቲ ንራእይ ኣይወልዶን'ዩ፡ራእይ ግን ንሃብቲ ክወልዶ ይኽእል'ዩ።ካብቲ ፈረስ እቲ ዓረብያ እንተደኣ ቀዲሙ ጉዕዞ ዘይኮነ ምጉንናጽ ኢዩ ዝኽሰት፡ራእይ ዘይቀደሞ ሂወት ምጉንናጽ'ምበር ጉዕዞ ኣይህልዎንን'ዩ። ተጻዓዚ ካብ ድኻሙ ዘዕርፍ ከኣ ክበጽሖ ዘለዎ ሰፊሩ ምስ ዝጉዓዝ'ዩ።

ተጻዋቲ ኩዕሶ ክስዕር ምስ ዝምድብ'ዩ ሕጉስ ዝኸውን።ብኣጋጣሚ ዝቐላዕናያ ኩዕሶ ጎል ክትኣቱ ከላ ኣይንሕጎስን ኢና፡ብኣጋጣሚ እንረኽቦም ነገራት እምበኣር ኣብ ሂወትና ኣባኽንቲ ወይ ሓጎስ ዘይብሎም ከምኡ'ውን ዕቡዳት'ዮም ዝገብሩና።ከምኡ ኽኣ ራእይ ዘይብሉ ኣሳልጦ ዕግበት ዝበሃል የብሉን።ንህይወት ብመለኮታዊ መደብ-ኣምላኽ ስለዝረኽብናያ ክንዳፋፍኣ ኣይግባኣናን'ዩ።ሂወት ኣይኮነን ብዘይ ራእይ ብመደብ ገዛእ ርእስና'ውን እንደፋፍኣ ኣይኮነትን፡ምኽንያቱ ብመለኮታዊ መደብ-ኣምላኽ ዝተረኽበት ሂወት ብመለኮታዊ መደብ-ኣምላኽ'ያ እትምራሕ፡ስለዚ ብኣጋጣሚ ዘይተረኽበት ሂወት ብኣጋጣሚ ምንባር ከቢድን ዝተሓላለኽን ኢዩ።

እግዚኣብሄር ኣብ ነፍስ-ወከፍና ዕላማ ኣለዎ።መራሕቲ ዓለም ዕላማኣም ኣብ ህዝቢ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።እግዚኣብሄር ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍና ዕላማ ኣለዎ።መንግስታት ኣብ ሕብረት ዘለዎም ዕላማ ንገለ ሰባት ዘይምልከትን ዘይትንክፍን ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ኣካይድኡ'ዉን ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ኢዩ።እግዚኣብሄር ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍና ዘለዎ ዕላማን፡ኣብ ህዝቡ ዘለዎ ዕላማን ይገልጾ ኢዩ።መደብ ኣምላኽ ኣካይዳኡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ኢዩ።እንተኾነ መንነትናን ዓቕምናን ንዑኡ ዘይክርድኦ ይኽእል'ዩ።ዓጽሙ ዝተሰብረ ሰብ መታን ክጽገን ዓቕሙ ገዲፉ ኣብ ጸጋኒ ሓኪም ኣካሉ ከረክብ ኣለዎ።ካብ ናይ ሕጂ ዓቕሙ እቲ ካብ ዝሓወየሉ እዋን ንደሓር ዘሎ ዓቕሙ ከኣ ኢዩ እቲ ጠቕሚ።እግዚኣብሄር ከኣ ንህጻናትን፡ንድኻታትን ስም ንዘይብሎምን ንዕላማ ይጽዉያም ኢዩ።ካብ ናይ ሎሚ ዓቕምና እግዚኣብሄር ሰብ ዕላማ ምስ ገበረና ዝህልወና ዓቕሚ'ዩ ኽኣ እቲ ዝበለጸ።

ሓደ ንብረት ክንገዝእ ከለና፡ኣጠቓቕማኡ ዝሕብር ጹሑፍ'ዩ ዝወሃበና፡ጽሑፍ እናንበብና ኽኣ ነቲ ንብረት ብኣድማሚ ኣገባብ ክንጥቀመሉ ንኽእል።ከምኡ እግዚኣብሄር ሂወት ክህበና ከሎ ንኣጠቓቕማኡ ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱስ ሂቡና ኢዩ።ቃል እግዚኣብሄር ዘለዎ እምበኣር ንሂወት ኣጠዓሚሙ ክነብር ይኽእል ኢዩ።ንብዙሓት ሰባት "ንምንታይ ይነብር ኣለኹ፧"ዝብል ሕቶ ከቢድ ሕቶ ኢዩ።እንነብረሉ ምኽንያት እግዚኣብሄር ምስ ዝምልሰልና ጥራይ ኢና ብሓጎስ ክንነብር እንኽእል።ሓደ ዓቢ ኣቦ ከምእተዛረቡዎ፡"ዕላማ ደሊኻ ዕላማ ኣይርከብን ኢዩ፡እግዚኣብሄር ኣባይ ዘለዎ ዕላማ እንታይ'ዩ ብምባል ግን

ዕላማ ምርካብ ይከኣል በሉ።እግዚኣብሄር ንደቂ-ሰባት ካብ ዝህቦም ዉህበታት ሓደ ራእይ ኢዩ።ስለዚ ንሱ ከኣ ናይ ራእይ ኣምላኽ ኢዩ።

ራእይ ብእግዚኣብሄር ይጅመር፡ብእግዚኣብሄር ይካየድ፡ብእግዚኣብሄር ድማ ይፍጸም።ብነብይ ኢዩኤል ዝተነግረ ትንቢት ከምኡ ኣብ መወዳእታ በዓል ሓምሳ መፈጸምታ ዝረኸበ ትንቢት ብሃወርያ ጴጥሮስ ከምዚ ተባህለ "እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ ኣብ መጨረሽታ መዓልቲ ከምዚ ክኸውን'ዩ፡ስጋ ኣብ ዝለበሰ ዘበለ ካብ መንፈሰይ ከፍስስ'የ፡ ኣጉባዝኩም ራእይ ክሪኡ ኢዮም በለ(ግ.ሃ2፡17፡ኢዩ2፡28)።ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ 2[†] ናይ መወዳእታ መዓልታት ኣለዉ።ሓደ ናይ ዓመተ-ፍዳ (ዓመተ-ኩነኔ) መወዳእታ ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ ማለት'ዩ።

ናይ ነብይ ኢዩኤል ትንቢት ብዛዕባ ናይ ክልቲኡ መጨረሽታ ዝዛረብ ኢዩ፡እንተኾነ እቲ ትንቢት ሙሉእ ብሙልእ ኣብ በዓል ሓምሳ ኣይተፈጸመን።ንኣብነት፡- ኣብቲ ክፍሊ ናይቲ ትንቢት ሓደ ዘደንቕ ኣብ ላዕላይ ኣብ ሰማይ ምልክታት ኣብ ምድሪ ክህብ'የ፡ከምኡ ደምን ሓውን ኣዕኑድ ትኪ ክኸዉን ኢዩ ዓቢ ዝኾነ ዝተሰምዐ መዓልቲ ጎይታ ከይመጸ ጸሓይ ናብ ጸልማት፡ወርሒ'ውን ናብ ደም ክልወጡ ኢዮም (ግ.ሃ 2 ፡ 19-20) ዝብል ፍጻሜ ኣይበጻሕናዮን።ኣብ በዓል ሓምሳ ናይ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዋዜማ ድግስ ምግባዝ ነበረ፡ሃዋርያት ከኣ ካብቲ ዋዜሙኡ በልዑ።ኣብ መጨረሽታ ዘመን ከኣ እዚ ጸጋ'ዚ ክፈስስ ኢዩ።ካብቲ ዝፈሰሰ ጸጋ ሓደ ኣጉባዝ ወይ መንእሰያት ራእይ ምርኣዮም ኢዩ። እንተኾነ መንእሰያት ካብ ዝሓለፈ ዘመናት ንላዕሊ ብዙሕ ራእይ ከምዘይተራእዮም'ዮም ዝዛረቡ።እቲ ልሙድ ናይ ናብራ ኩነታት ካብ ቁልዕነት ናብ መርዓ፡ሓላፍነት ናብ ምስካም ጉዕዞ ይቀያየር።መንእሰያት ብተስፋ እዮም ዝሪኡ።እቲ ዝተራእዮም'ከ ትኽክል ድዩ፥ ንዝብል ሕጂ ትንታነ ኣይንህቦን።እንተኾነ ብዛዕባ ራእይ ምዝራብ ዓቢ ለውጢ ምኻኑ ኢና ንርዳእ።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ናይን፡ነዲኡ ሓደ ዝነበረ ዝሞተ ሬሳ ረኸበ።ኩሎም ሰባት ተስፋ ቆሪጾም ሓመድ ከድብዩዎ ይጉዓዙ ነበሩ፡ኣዲኡ'ውን ክቕበር ወሰነት።ንሳ ብኽያት ምቑራጽ'ያ ትኣቢ ዝነበረት እምበር ወዳ ንኽይቕበር ኣይኮነትን።ብድሕሪኣ ዝተረኽበ ቆልዓ ብቕድሚኣ ክኸይድ ምስ ረኣየት ኣዚያ ሓዘነት።ጐይታ ከኣ ኣብ መገዲ ረኸቦም፡እንተኾነ ጐይታ ምስኡም ኣየልቀሰን።ምኽንያቱ ካብ ሞት ምሕዋዩ ክገልጽ ደለየ።ነቶም ቃሬዛ ዝተሰከሙ ደው በሉ በሎም፡ነታ ኣደውን ኣይትብከዩ በላ።ነቲ ዝሞተ ሰብ ከኣ ብናይ ፍቕሪ ቃና፡-"ኣንታ ጎበዝ ተንስእ እብለካ ኣለኹ"በሎ (ሉቃ 7፡11-17) እቲ ዝሞተ'ውን ተንሰአ።ንመጀመርታ ግዜ ሬሳ ክሰምዕ ኪኢሉ።ነቲ ብኽያት ከይሰምዖ፥"ኣንታ ጎበዝ" ዝብል ድምጺ ሰምዐ።ንዝሞተ ብስም ጎበዝ ምጽዋዕ ዘይተለምደ ኢዩ።ዝሞተ ሰብ ብቕጥታ'ዩ ስሙ ዝሰዓር።ጐይታ ግን ኣብ ኣፈፌት መቓብር፥ኣንታ ጎበዝ ተንስእ ይብለካ ኣለኹ በሎ።

ብዙሓት መንእሰያት ተስፋ ብምቑራጽ ውሽጦም ሞይቱ'ዩ።ክይተቐበሩ'ዉን ጉዕዞኣም ደዉ ኣቢሎሞ ይርከቡ፡እቲ ቤተ-ሰብ ከኣ ይሓዝን።ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሰብ ከኣ ቃሬዛ ኣዳሊዩ ክቕብር ይደሊ።ጐይታ ግን ኣብቶም መንእሰያት ዝራኣዮ ነገር ስለ ዘሎ" ኣንታ ጎበዝ ተንስእ እብለካ ኣልኹ"ይብሎም።ጐይታ ብናይ ሎሚ ሳዉል ምኽና ዘይኮነ ብናይ ጽባሕ ጳዉሎስ ምኽና ዝሪኤና ኣፍቃሪና ኢዩ።እግዚኣብሄር ኣብ ዝተወደአ ምጅማር ዝኽእል ሓያል ከቢሩ ዘኽብር ንጉስ ኢዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናት ሰባት ካብ ዝደቀሱሉ ነገር ንምንቅቓሕ ዝተፈላለየ ቅርጺ ብልሓት ነይሩዎም ኢዩ።ነዚኦም ኣብ ሰለስተ ዘመናት ከፊልና ምስ እንሪኦም ከኣ፡-

ሀ.ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ንሓደ ድኹም መንፈስ መንእሰይ ንምንቕቓሕ ኣንታ ጸማም፡ዘይትረብሕ ዝብል ቃል የበራብሮም ነበረ።

ለ. ኣብዚ ቀረባ ግዜ ከኣ ንበዓል እገሌ'ኽ ዘይትሪኢ ዝብል መወዳደሪ ቃል የነቓቕሑ ኢዩ ተባሂሉ ይሕሰብ ነበረ።

ሐ. ሕጂ ግን ጌና ኢዩ፡ይከኣል ኢዩ፡ክትክእሎ ኢኻ በርትዕ ዝብል ድምጺ ኢዩ ዘንቅሑ ዝበሃል።ስለዚ ጎይታ'ውን እንተኾነ ነዚ ናይዚ ዘመን'ዚ ኢዩ ከም መንቅሒ ዝገለጸ። "ኣንታ ጎበዝ እብለካ ኣለኹ ተንስእ" ከኣ በለ።

ሚካኤል ኣንጀሎ ሃነጽቲ ዝደርበዩዎ እምኒ ኣልዒሉ ክኹሕኩሐ ከሎ ብጻዩ ረኣዮ'ሞ እንታይ ክወጸ ይኽእል ኢልካ ኢኻ ነዚ እምኒ ትጸርቦ ዘለኻ በሎ።ሚካኤል ኣንጀሎ መሊሱ "ምልኩዕ መልኣኽ ስለዝረኣኹሉ ኢየ "ዝጸርቦ ዘለኹ በለ።ድሕሪ ብዙሕ ድኻም ብዘውጽኦ ቅርጺ ከኣ ኣዚዩ ጽቡቕ ምስሊ መልኣኽ ኣውጽኦ።ስለዚ ቅድሚ ምጽራብ ምርኣይ ኣገዳሲ ኢዩ።እቲ ዝዓበየ ዋጋ ከኣ ኣብ ምርኣይ ኢዩ ዘሎ፡ዝረኣየ ሰብ ድኻሙ ኣይቆጽርን ኢዩ።ኣብቲ ዝረኣዮ ክሳብ ዝበጽሕ ከኣ ዕረፍቲ የብሉን።ንዝተራእዮ ክሪኢ ካብ ዝደኽሞ ድኻም ንዝተራእዮ ሸለል ምስ ዝብል ዝያዳ እቲ ድኻም ይብርትዖ።ኣብ መገዲ ክንሳዓዝ ከለና ካብቲ ዘይረአ ቀረባ መንገዲ ብዝያዳ እቲ ዝረኣየና ርሑቕ መንገዲ ኢዩ ዝሓጸረ ዝኸውን።።

ሎሚ ብዙሓት መንእሰያት ሓይሊ ኣለዎም፡እንተኾነ ግን ራእይ የብሎምን።መብዛሕቲኦም ኣራዊት'ውን ዝያዳ ሓይሊ ኣለዎም እንተኾነ ራእይ ስለዘይብሎም ኣብ ሓድሽ ዓለም ኣይዝከሩን ኢዮም።እዞም ራእይ ዘይብሎም ሰባት ከኣ ናይ ውልቂ ስም ደኣ እምበር ፍሉይ ናይ ሓባር ዝና ዘለዎ ስም የብሎምን።ታሪኽ ኣብ ዝተጸንዓሉ መጠን ኣብቲ ዘመን'ቲ በዓል መን ኔሮም ምስ ዝበሃል ነዚ ዝኸውን መልሲ ዝህቡ ከኣ ናይቲ ዘመን'ቲ ሰብ ራእይ ኢዮም።መብዛሕቲኦም መንእሰያት ንምጅማር ኣዚዮም ኢዮም ዝፈርሑዎ፡ንዝተወድአ ነገር ግን ዝያዳ ኢዮም ዝሃርፉዎ።ስለዚ ናይ ዓወት ሓጎስ ስለዘይረኽቡ ስልቹዋት ይኾኑ።ብዘይ ጻዕሪ ዓወት ይምነዩ ግን መንፈሶም ዝሑል ክኸውን ይግደድ።ኣብ መጀመርታ ፍጹም ነገር ብምድላዮም ንገዛእ ርእሶም ምስ ተፈጥሮ የጋጭዉዎ።እቲ ፍጹምነት ዝደሊ ከኣ ምስ ተፈጥሮ ይጋጭ፡ምስ እግዚኣብሄር ግን በይኑ ይሰማማዕ።ብዙሓት መንእሰያት ካብ ዓበይቲ ስድራን ካብ ዝዕበየ ጥበብን ክውለዱ ኢዮም ዝምነዩ።ንራእይ ግን ካብ'ቲ ዝጣጥሐ እቲ ዝተሓላለኸ ኢዩ ዝያዳ ዝሰማምዖ።መንግስቲ ሃይለ-ስላሴ "ካብ ዓቢ ወይ ካብ ንእሽቶ ምውላድ ቁምነገር ኣይኮነን፡ንገዛእ ርእስኻ ካብ ዝዓበየ ቁምነገር ምውላድ ግን ሓቀኛ ቁምነገር ኢዩ" ይብሉ ነበሩ።

"ኣጉባዝኩም ራእይ ክሪኡ ኢዮም "ዝብል ቃል ኣዚዩ ማራኺ ኢዩ።ምኽንያቱ ንጎበዝ ሓይሊ ዘይኮነስ ራእይ ኢዩ ዘድልዮ።ጉብዝና በይኑ ከንቱ ጉበዝና ኢዩ።መኪና ሓይሊ ኣለዋ ነቲ ሓይሊ ኣብ ጥቕሚ ዘውዕሎ ግን እቲ መራሒ ኢዩ።ነታ ዓባይ መኪና ክትበጽሖ ዘለዋ እቲ መራሒ ደኣ'ምበር እቲ ናታ ሓይሊ ኣይኮነን ዝፈልጥ።ሎሚ'ውን ንወለዶና ንብሉጽ ዕላማ ልዕሊ ሓይሊ ራእይ ኢዩ ዘድልዮ።

ነስተውዕል

- ራእይ ኣብ ክእለትና ኣይምርኮስን ኢዩ፡እኳ ድኣ ኣብቲ ዘይንኽእሎ ነገር ዘበለ ክእለት እግዚኣብሄር ክንሪኣሉ ንኽእል ኢና።
- ብጸጋ ምስባኽን ምዝማርን ይከኣል ኢዩ፡፡ራእይ እንተዘይብሉ ግን ምስባኽ ናይ ዘረባ ክእለት፡ምዝማር ከኣ ናይ ድምጺ መቐረት ኮይኑ ኢዩ ዝተርፍ።
- ምኾት እንተኾይኑ ክጠፍእ ኢዩ፡ራእይ እንተኾይኑ ግን ይደፍእ።
- ራእይ ምንም ኣብ ዘይረኣየሉ ስፍራ ዝረኣየና ክቡር ነገር ኢዩ።
- ሃብቲ ንራእይ ኣይወልዶን ኢዩ፡ራእይ ግን ንሃብቲ ክወልዶ ይኽእል ኢዩ።
- ራእይ ዘይብሉ ኣሳልጦ ዕግበት የብሉን።
- እግዚኣብሄር ሂወት ክህበና ከሎ ንኣጠቓቕማኡ ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ ሂቡና።
- እግዚኣብሄር ንደቂ ሰባት ካብ ዝህቦ ዓበይቲ ህያባት ሓደ ራእይ ኢዩ።
- ቅድሚ ምጽራብ ምርኣይ ኣገዳሲ ኢዩ፡ምኽንያቱ እቲ ዝዓበየ ዋጋ ኣብ ምርኣይ ኢዩ ዘሎ።
- ታሪኽ ናይ ዝሓለፈ ዘመናት ኣብ ዝተጸንዓሉ ኣብቲ ግዜ’ቲ በዓል መን ኔሮም ንዝብል ሕቶ ዝምልሱ ናይቲ ግዜ’ቲ ሰብ ራእይ ኢዮም።

※ ※ ※

ምዕራፍ-2

<u>ኣገዳስነት ራእይ</u>

ኣብ ሓደ ከተማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓቢ ፋብሪካ እቲ ቀንዲ ማሽን ተባላሸወ፡ብቐሊሉ ከዐርዮ ዝኽእል ሰብ ውን ኣይተረኽበን።እቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ዓቢ ጭንቀት ተዋሒጦም ከለዉ ነቲ ማሽን ከዐርዮ ዝኽእል ሓደ ሰብ ረኸቡ፡እቲ ሰብ ከኣ ነቲ ማሽን ብልሽቱ እዚ ክበሃል ብዘይከኣል ትዕዝብቲ ረኣዮ።ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ነቲ ገዚፍ ማሽን ንምዕራይ ዝሓዛ ሓንቲ ሞደሻ መሳሊት ጨቢጡ ነበረ፡ንሱ ኸኣ ብስቕታ ኣትዩ ነቲ ብልሽት ኣበይ ምኺኑ ትኽ ኢሉ ተዓዘበ’ሞ በታ ዝሓዛ ሓጺን ጌሩ ሓንሳብ ምስ ሃረሞ እቲ ማሽን ተንቀሳቐሰ ክሰርሕ ድማ ከኣለ።እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ፋብሪካ ኸኣ ብጣዕሚ ተደነቕ’ሞ ነቲ ክኢላ ዋጋ ናይ መዐረዩ ምስ ሓተትዎ “100 ዶላር” ክፈሉኒ በሎም፡ ንሳቶም ከኣ ነዚ ማሽን ሓንሳብ እንዲኻ ዝሃረምካዮ፡ብኸመይ ድኣ 100 ዶላር ትሓተና፡ በልዎ።ንሱ ኸኣ ነቲ ምህራም ዓሰርተ ዶላር፡ቀዲመ ነቲ ብልሽት ናይ ዝረኣኽዎ ከኣ 90 ደላር እዩ ዘኽፍል በሎም።ንሳቶም ግን ነቲ ዝሃረሞ ጥራሕ ተሚኖም ስለ ዝጸንሑ ናይቲ ዝረኣዮ 90 ዶላር ወሲኾም ጠቕላላ እቲ ዘሓተቶም ከፈልዎ።

ዓቢ ዋጋ ኣብ ምህራም ኣይኮነን ዘሎ፡ምኽንያቱ ዋጋ ምህራም 10 ጥራይ እዩ፡፡ብትኽክል ምርኣይ ግን ዋጋኡ ዝለዓለ’ዩ፡ከይረኣና ክንሃርም ከሎና ግን ንበይኑ ቅኑዕ ኣይኮነን፡፡ርኢና ብዘይ ምህራምና ስርሑ ደው ዘበለ ነገር ክቕጽል ኣይክእልን’ዩ።ከይረኣኻ ምህራም ንዝተባላሸወ ኣየዐርን’ዩ፡ካብኡ ንላዕሊ ግን ነቲ ደሓን ዝኾነ ቦታ ኢኻ እተባላሹ።ኣብ ዝተራእየ ምህራም ነቲ ብልሽት ይጽግን፡ዓቢ ዋጋ ኸኣ ኣብ ኢድ ዘይኮነስ ኣብ ዓይኒ’ዩ።ኢድ ንበይኑ ከድምዕ ኣይክእልን፡ምኽንያቱ ኢድ ንዝተረጋገጸ ነገር ፈጻሚ ኢዩ።ናይ ምልላይ መምዘኒ ምርኣይ’ዩ፡ዘውቅስን ዘሸልምን ከኣ ካብ ኣራእያ’ዩ።ንኢድ ልክዕ ዘስርሑ ምርኣይ’ዩ፡ከይረኣና ምስ እንሃርም ከኣ ጥዑይ ክፋል ምብልሻው ጥራይ ዘይኮነ ንኢድና ክንሃርም ንኽእል ኢና።ኣብ ሂወት ከኣ ዝዓበየ ዋጋ(ቁምነገር) ምርኣይ ወይ ድማ ራእይ ኢዩ።

በዓል ራእይ ኩሉ ሰብ ክሪኦ ንዝኽእል ዝርኢ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ዝተሓብአን ማሽን ደው ዘበለ ጸገም ዝርኢ ኢዩ።ምርኣይ ናይ ብዓል-ራእይ እምበኣር ዕጽፊ ምርኣይ’ዩ።ራእይ ብፍልጠት የዕብየና፡እናቐረብና ምስንመጽእ ከኣ ርግጸኛታት ይገብረና፡ ናይቲ ስእሊ ሙሉእነት ከኣ ይማርኸና።ኣቐዲሙ ኣብ ዝተራእየና ቦታ ደው ኢልና ክንረግጽ ከሎና ኣብ ውሽጢ ራእይ ንዝርከብ ምንቅስቓስ ይወልደልና፡ምንቅስቓስ ከኣ ንኹሉ የርእየና፡ምርግጋጽ ናይ ራእይ ከኣ ስጉምቲ ምውሳድ ኢዩ።ኣብ ሂወት ሰባት ዝሓስቡልናን ባዕልና ንዓና እንሓስቦ ነገርን ኣሎ፡እቲ ዝበለጸ ግን እግዚኣብሄር ዘሓስበልና ነገር’ዩ፡ንሱ ኸኣ ራእይ እዩ።ራእይ ንዘለዎ ሰብ መደቡን ፈተንኡን ጥርሑ ደመና ኣይኮነን ዘምጽኣሉ፡ሓይሊ ናይ ራእይ ታሪኽን ቁምነገርን ዘይኮነ እግዚኣብሄር’ዩ።ራእይ ካብ ትማሊ ኣትሒዙ ሰንሰለት ዘይነበሮ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡ትማሊ ዘይተፈተነ ነገር’ውን ሎሚ ብራእይ ክውለድ ይኽእል ኢዩ።ደገፍ ናይ ራእይ ቱውፊት ኣይኮነን፡ደገፍ ናይ ራእይ መንፈሳዊ ቅንኣት ጥራይ ኢዩ። ኣብ ናይ ታሪኽ ፍቕሪ ዝተጸምደ እሞ ንሎሚ ዋጋ ዘይከፍል ሰብ በዓል ራእይ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ።ዝሰራሕክዎ ስራሕ እኹል’ዩ ኢሉ ብናእሸቱ ዓወታት ዝዓገበ ሰብ በዓል-ራእይ ክኸውን ኣይክእልን’ዩ፡ናብ ዕላማ ክበጽሕ’ውን ኣይክእልን’ዩ።

ብዙሕ ክንሰርሕ ዘገድደና ነገር ዘይምዕጋብ'ዩ።ራእይ ትማሊ ንዝተባላሸወ ይጽግን፡ናይ ሎሚ ምድንጓይ ናይ ጽባሕ ዕዳ ምኽኑ ብምሕሳብ ዕላማና ኣብ ግዜኡ ክንፍጽም ይሕግዘና።ንራእይ ብናጻ ኢና እንቕበሎ፡ዋጋ ከፊልና ኸኣ ንፍጽሞ።ራእይ ንዝኾነ ብልሽትን፡ንዘባላሸወ ሰብን ንምውጋዝ ኣይህንደድን፡ስለዚ ራእይ ሓይሉ ኣብ ምጽጋን'ዩ ዘውዕሎ።ስጋዊ ዓይኒ ንእግርና ደኣምበር ንራእይና ዝኾነ ዝገብሮ ውጽኢት የብሉን፡እቶም ብዓይኖም ሓደ ግዜ ሪኦም ዝሓልፉ'ሞ ዘየስተውዕሉ ግን እናረኣዩ ዘይርእዩ ኢዮም።እቶም ሪኦም ኮፍ ዝብሉ ነቲ ሕማም ገሊጾም መድሃኒት ከም ዘይሓዘ ሓኪም ዮም ዝቕጸሩ፡በዓል ራእይ ግና ንዝረኣዮ ጎደሎ ንምምላእ ዝንቀሳቐስ ኢዩ።

ምስጢር ሂወት ካብ ኣብ ላዕሊ ኣብ ታሕቲ'ዩ ዝያዳ ተቐቢሩ ዝርከብ፡ዓሳታት ባሕሪ ብምርኣይ መርከብ ናይ ምስራሕ ቅንኢ፡ናይ ሰማይ ኣዕዋፍ ብምርኣይ ኣውሮፕላን ናይ ምስራሕ ትምኒት ኣብ ውሽጢ ልቢ ሰብ ተቐቢሩ ይርከብ።ክብሪ-ሰብኣውነት ንለውጢ ኣብ ምብጋስ'ዩ።ንእንስሳታት እቲ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝወርድ ዘሎ ጸገማት ዘይክበጽሖም ይኽእል'ዩ፡እንስሳ ምኽኖም ግን ተጠቃዕቲ ደኣምበር መፍትሒ ክደልዩ ዘይክእሉ ምኽኖም'ዩ ዘረድእ፡ሰብ ግን መፍትሒ ብምድላይ ዓወት ክጭብጥ የድልዮ።ዓሳታት ባሕርን ናይ ሰማይ ኣዕዋፍን ዘንጸባርቐዎ ናይ ምንቅስቓስ ቅንኢ፡ኣብ ልቢ ሰብ ራእይ ክጥነስ ኣኽኢሉ'ዩ፡እዚ ራእይ'ዚ ከኣ ተወልደ።ብዘይ ራእይ ዝተረኽቡ ጽቡቓት ሽመታት፡ ጠቓምነቶም ዝቐጸሉ ርክባትን ግና ፈጺሞም የለዉን።

ራእይ ዝደፍኣካ ሓይሊ ኢዩ፡ካብ ደገ ንውሽጢ ዘይኮነ ካብ ውሽጢ ንደገ ዝደፍእ፡ስዉር ንምግሃድን ኣካል ንምብጋስን ዝህውኽ ስምዒት ኢዩ።ሰባት ራኢኹም እንታይ ኢዩ እንተዝበሃሉ፤እቲ ዝጠቕስዎ ራእይ ንዘይኮነ ነገር ማለት ምምሃር፡ሃብቲ ምኽዕባት ሓዳር ምግባር....ወዘተ ነዚ ኩሉ ድልየታት ኢዮም ዝቐጽሩ፡ራእይ ግን ካብዚ ዝበለጸ ትርኢት ኢዩ።ኩሎም ኣገደስቲ ነገራት እምበኣር ራእይ ማለት ኣይኮኑን።እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንእስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ከለዉ ባሕሪ ኤርትራ ኣይመቐለሎምን፡ነቲ ባሕሪ ክረግጹ ከለዉ ግን ባሕሪ መቐለሎም፡ስለዚ ክንረግጾ ከለና ደኣምበር ክንሓስቦ ከሎና ዝጭደድ ባሕሪ ፈጺሙ የለን።

ኣብ ጉዕዞ ህይወት 4 (ኣርባዕተ) ዓይነት ሰባት ኣለዉ፡-

- ✓ እቶም ቀዳሞት ስምዒታውያን ኢዮም፡- እዚኣም ብዝተፈጸመ ኩነታት እናተጋላበጡ ዝነብሩ፡ከም ኩነታት ኣየር ዝቀያየሩ፡ንዝሓየለ ዝድግፉ፡ንዝቐትል ዝንእዱ'ዮም።
- ✓ እቶም ካልኣይ ደረጃ ከኣ ሃደንቲ ገንዘብ ኢዮም፡-እዚኣም ካብ ፍቕሪ ሓው ፍቕሪ ገንዘብ ኣብሊጾም ዝርእዩ "ኣንቲ ጠሓኒት ካብ ዝኾነ ይኹን ሓሩጭ ኣምጽኢ ከምዝበሃል" እንኮላይ ነብሶም ኣርኪሶም ሃብቲ ዘዋህልሉ፡ገንዘብ ኣኪቦም ከም ኣብ ሓጹር ተጋሪዶም ክነብሩ ዝሓስቡ ኢዮም።
- ✓ እቶም ሳልሳይ ደርጃ ድማ ፍልጠት ኣኪቦም ክዕብልሉ ዝሓስቡ ኢዮም፡-ምስተማህሩ ጠቓሚ ዘይኮነስ ተጠቃሚ ንምኳን ሰለዝመሃሩ፡ኣብ ልዕሊ ሰባት ናይ ንዕቀትን ጸርፍን ፍቓድ ዝረኽቡ ኮይኑ ይመስሎም፡ኩሉ ነገር ናይ ሂወት ትምህርቲ መሲልዎም ጀሚሮም ስለዘይውድኡ ናይ ድኽነት ጽልዋ ዘለዎም ሰባት ኢዮም።

- ✓ እቶም ራብዓይ ደረጃ ግን ነዛ ዓለም እዚኣ ዘድልዩ ሰብ ራእይ ኢዮም፡- እዚኣቶም ንዓለም ዘብርሁ ኢዮም፡፡ዝተፈጠርናሉ ምኽንያት እምበኣር ዘብርሁ ከዋኽብቲ ንሙኺንዮ።

ጸለውቲ ኢና

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ናይ ከረን ስብከቱ፡-"ንስኻትኩም ጨው ናይ ምድሪ ኢኹም፡ጨው መቐረቱ እንተጥፍአ ግን ብኸመይ ይምቅር፤ንወጻኢ ተደርብዩ ብሰብ ክርገጽ እንተዘይኮይኑ ገለ ነገር ኣይጠቅምን" በሎም፡፡መሊሱ ድማ "ንስኻትኩም ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም፡ኣብ ጎቦ ዘላ ከተማ ክትስወር ኣይከኣላን ኢዩ፡መብራህቲ ኣብሪሆም ኣብ ትሕቲ ከፈር ዘይኮነ ኣብ በሪኽ'ዮም ዘቐምጥዎ፡ኣብቲ ቤት ንዘለዉ ኩሎም ከኣ የብረሃሎም።ጽቡቕ ስራሕኩም ሪኣም ኣብ ሰማይ ንዘሎ ኣቦኹም ንኽክብሩ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ" በሎም(ማቴ 5፡13-16)።

እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ዝመደበሉ ሙጡን ኣነባብራ፡ልዕልና ናይ ሂወትን መለክዒኡን፡ኣብ ናይ ከረን ስብከቱ ገሊጽዎ።እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ዘሓሰበሉ ጽቡቕ ናብራ፡ብበደል ሰብ'ኳ እንተፈረሰ፡ጎይታና ግን ነቲ ኣነባብራ'ቲ ብምንባርን ብምስባኽን መታን ክንስዕቦ፡ትእዛዝ ሂቡ ኣብነት ኮነና።ናይ ከረን ስብከቱ ኣብ ተግባር'ተዝውዕል፡ኣብ ዓለም ዘሎ ሽግርን ስግኣትን ከምኡ'ውን ዘይምርግጋእ መንፈስ ምተዓረየ ኔሩ።እዉ ደቂ ሰባት ንናይ ጎቦ ትምህርቲ ገዛእ ርእሶም እንተዘገዝኡ ምድሪ ገነት ምኾነት ኔራ።ናይ ከረን ስብከት ኣብ በሪኽ ዝተቐመጠ ነጎዳ ዘይኮነ፡ነቲ ትሕት ዝበለ ኣነባብራና ልዕል ዘብል፡ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክንነብር ዘኽእለና ትምህርቲ ኢዩ፡ዝለዓለ ናይ ስነ ምግባር መምርሒ ድማ ኢዩ።ኣብ ውሽጢ ናይ ከረን ስብከት ንእንነብረሉ ከባብን ዓለምን ጸለውቲ ምኺንና ተገሊጹ ይርከብ፡ነዚ ጽልዋ'ዚ ከኣ ብራእይ ኢና እነዋድዶ።ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ጥቕሲ ክርስትያን ጨውን ብርሃንን ክንከውን ከም ዘለና ተገሊጹ ኣሎ፡ጨውን ብርሃንን ከኣ ክልቲኦም ጽልዋ ዘምጽኡ ነገረት ኢዮም።ጨው ኣብ ኣልጫ ናይ መቐረት ጽልዋ፡ብርሃን ከኣ ኣብ ጸልማት ናይ ወገግታ ጽልዋ የምጽእ፡ከምኡ ኸኣ ክርስትያን ኣብቲ ዝነብረሉ ስፍራ ዘበለ ናይ ጽቡቕ ስነ-ምግባር ጽልዋ ኢዩ።ስፍራ ዝሓዘ ነገር ዘበለ ፡ኣብ ቦትኡ ጽልዋ ምምጽኡ ኣይተርፍን'ዩ፡፡ኣይኮነን ንሕና ግኡዝ ነገር እኳ ኣብ ከባቢኡ ጽልዋ ኣለዎ፡ንኣብነት ኣብ ጠረጴዛ ዘሎ ዕንባባ ናይ መልክዕ ጽልዋ የምጽእ፡ንሕና ኸኣ ካብቲ ዕንባባ ብዝሓሸ(ብዝበለጸ) ናይ ጽቡቕ ወይ ናይ ሕማቕ ጽልዋታት ኢና።ካብ ጽልዋ ወጻኢ ዝኾነ ሰብ ስለዘየለ ናይ ጽቡቕ ነገር ጽልዋ እነምጽእ ኮይና ንኽንሓልፍ ናይ ምድሪ ጨው ኢኹም፡ናይ ዓለም ብርሃን'ውን ኢኹም ተባሂልና ኣሎና።

ንሕና ጨው ናይ ምድሪ እንተድኣ ኮይና፡ምድሪ ከኣ ኣልጫ ኢያ ማለት'ዩ።ንሕና ናይ ዓለም ብርሃን ካብ ኮና ከኣ ዓለም ጸልማት'ያ ማለት'ዩ።ንስኻትኩም ጨው ናይ ምድሪ ኢኹም በለ፡"ጨው ከኣ ካብ እንዳ ንጉስ ክሳብ እታ እንዳ ድኻ ሰበይቲ ዘድልን ዝርከብን'ዩ።ጨው ዋግኡ ሕሱር'ኳ እንተኾነ ዘይጠቅም ግን ኣይኮነን፡ውሑድ ኮይኑ ብዙሕ ናይ ምልዋጥ ዓቕሚ ድማ ኣለዎ።ክርስትያን ከኣ ኣብ ኩሉ ቦታ'ዩ ዝድለ፡ጨው ጥራይ ድኣ ይኹን እንበር ንክርስትያን ቤተ መንግስቲ ከይተረፈ ንዕኡ ኩፉት'ዩ፡ንመፍትሒታት ዘበለ ዘድሊ ከኣ'ዩ።ንንጉስ ይኹን ንድኻ ዝዛረቦ ሰማያዊ መልእኽቲ ኣለዎ።ጨው ጨዋምነቱ ዝዕቅብ እንተደኣ ኮይኑ ኩቡርን ተደላይን ይኸውን።ክርስትያን ገዛእ ርእሱ ትሕት ኣቢሉ ብናጻ ዘገልግል እኳ እንተኾነ፡ንዑቕ ግን ኣይኮነን፡፡ብዝሒ ቁጽሪ ክርስትያን ዝወሓደ እኳ

እንተኾነ ንብዙሕ'ዩ ክልውጥ ዝኽእል፡ጎይታ' ውን ነዚ ዓለም ንምድሓን 'ን 12' ሃዋርያት ጥራይ ኢዩ ዝለኣኸ።መሊሱ ነቶም ዘይተማህሩ ናብ ናይ ግሪኽ ጥበበኛታት፡ንድኹማት ሰባት ከኣ ናብ ሓያላት ናይ ሮማ ክልእኽ ከሎ፡ንግስነተይ ክጽረፍ'ዩ ኢሉ ፈጺሙ ኣይሰግአን፡ምኽንያቱ ወንጌል ጥበብ ሰብ ዘይኮነስ ሓይሊ እግዚኣብሄር'ዩ(ሮሜ፡1፡16)።እቲ ዓቢ ሓረስታይ ዝኾነ እግዚኣብሄር ነዛ ዓለም ብዓሰርተ ክልተ(12) ጽምዲ ሓሪስዋ ዝበሃል ከኣ ከምዚ ስለዝኾነ ኢዩ።

ጨው ሰለስተ(3) ዓበይቲ ቀንዲ ጥቕምታት ኣለውዎ፡ንሳቶም ከኣ፡-ጣዕሙ፡ ንብረትነቱ፡መድሓኒትነቱ ኢዮም።እቲ ቀዳማይ ጥቕሚ ናይ ጨው መቕረት (ጣዕሚ)ኢዩ፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ዘየቋረጸ ስርሑ ከኣ መቕረት ምሃብ'ዩ።ኣብ መግቢ ዝበዝሐ ዋጋ ዝኽፈሎ ጨው ኣይኮነን፡እንታይ ደኣ"ስጋ፡ዘይቲ፡ቀመማ ቕመም'ዮም ዝበዝሐ ዋጋ ዝኽፈሎም። ጨው ዋግኡ ሕሳር'ኳ እንተኾነ ነቲ መግቢ መቕረት ከምጽእ የኽእሎ(ይሕግዞ)፡ሓደ መግቢ ጨው ክህልዎ ከሎን ዘይክህልዎ ከሎን ከኣ ፍልልይ ኣለዎ።ስለዚ ጨው ፍልልይ ከምጽእ ይኽእል ኢዩ።ተወሳኺ ካልኣይ ጥቕሚ ናይ ጨው ከም ገንዘብ ኮይኑ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ምስ ካልእ ንብረት ልውውጥ ይግበረሉ ነሩ'ውን'ዩ።ስለዚ ሃብቲ ኣኪቡ ዝገልጽ ሓጺር መግለጺ(ገንዘብ) ማለት ኢዩ።

ምድሪ ኣልጫ እያ፡ናይ ገዛእ ርእሳ መቕረት ግን የብላን።ኩሉ ሰብ ዕግበት ዝስእነላን ዝሓዝነላን ዓለም ከኣ'ያ።ሃብታማት፡ምሁራት፡ሰበስልጣናት ኩቡር ነገር'ኳ እንተሃለዎም ጨው ስለዘይብሎም ግን ሕጉሳት ኣይኮኑን።እዛ ንነብረላ ዓለም ኣብዚ በጺሐ ኣለኹ'ሞ ይኣኽለኒ ተብል ዓለም ኣይኮነትን፡ኣብ ምድሪ ንዝነብርን ናይ ክርስትና ምስክርነት ንዘይበጽሖ ሰብ ህይወትን ዕላማን ትርጉምን ዘይብላ ኣድካሚት ስራሕ መዓልቲ'ያ። ክርስትያን ግን ነቲ ጨው ዝኾነ ቃል ኣምላኽን ፍቕሩን ሒዙ ናብዞም ዝተጠቕሱ ሓዘንተኛታት ምስ ዝኸይድ፡ሰባት ካብ ዝጎደሎም ነቲ ምስኡም ዘሎ ነገር ሪኡም ናብራኡም ብመቕረት ምምራሕ ይኽእሉ።ንዝተሰወረ ፍቕሮምን ለውሃቶምን ብምውጻእ ምስ ከምኡም ዝበሉ ሰባት ዝምድንኡም ከሐድሱ ይጅምሩ፡እዚ ንምፍጻም ከኣ ንክርስትያን ጥራይ'ዩ ትጽቢት ዝግበረሉ።ከምቲ ጨው ኣብ መግቢ ፍሉይነት ዘምጽእ ሰባት ድማ ንዓና ቅድሚ ምርካቦምን ድሕሪኡን ንዘሎ ሂወት ከወዳድርዎ ኣለዎም፡ብሓቂ ኸኣ ፍቕሪ ክርስቶስ ሒዝና ምስ እንበጽሖም እቲ ውጽኢት ለውጢ ምርካብ ኢዩ።እሞኽ ድኣ እንታይ ይጠቅም? መድፍዕ ኣብ ኢድና፡ጠበንጃ ኸኣ ኣብ ክሳድና'ኳ እንተኾነ ክንትኩስ ኣይከኣለናን።መቕረት ዝሰኣኑ ቤተ-ሰብን ዓበይቲ ትካላትን ሓቀኛ ክርስትያን ክበጽሖም ከሎ ሕብረት ከባቢኦም ዝህረፍ ቦታታት ክኸውን ይኽእል።

ጨው ብዘይካ መቕረት ካልእ ንመድሃኒት'ውን የገልግል ኢዩ፡ኣብ ቁስሊ ንመድሃኒት፡እንጀራ ንኽይስብብ፡ስጋ ኸኣ መቕረቱን መኣዛኡን ዓቂቡ ንኽጸንሕ ብጨው ይዕሸግ፡በርበረ'ውን ካብ ዓመት ንላዕሊ ከይተበከለ ክጸንሕ ዝኽእል ጨው ስለዝግበሮ ኢዩ።ዓለም ምሉእ ኩሉ ነገራት ቀልጢፉ ዝበላሸወሉ ዓለም ኢዩ::ክወልዱዎም ንዘለዎም ብዝሒ ቁጽሪ ኣመልኪቶም ዝካትዑ ሕጹያት ቀልጢፎም ተጻሊኦም ህያባቶም ዘቃጽሉሉ ዓለም ኢዩ፡ንዝገዝኡዎ ከምዘይገዝኡዎ፡ዝመልክዑዎ ከምዘይመልክዑዎ ዝኾኑሉ፡ዝተፈላለየ መልክዕ ክረግፍ ከሎ ዘይግድሶ ዓለም ኢዩ።ኩሉ ነገር መቕረቱን መኣዛኡን ሓሊዩ ንምጽናሕ ናይ ህይወት ጨው የድሊ።ክርስትያን ድማ ናይዚ ነገር'ዚ መልሲ ስለዘለዎ ጨው ናይ ምኽኑ ግቡእ ክፍጽም ኣለዎ።

ጨው ተወሳኺ ንዱኽዒ መዳበርያ ተሰሪሑ ንፍርያም የገልግል ኢዩ።ፍረ ንዘባኽነት ምድሪ ጽቡቕ ፍረ ንኽትህብ ጨው መዳበርያ ኮይኑ የገልግላ።ኣብ ኣገልግሎት ክርስትያን ሓደ ምስዝደክም ምብርታዕ ኣገዳሲ ኢዩ፡ብዙሓት ከኣ ዘበራትዖም ብጻይ ይደልዩ ኢዮም፡ንሕና ድማ ጨው ኮይና ክንድግፎም ይግባእ።ሰናይ ስራሕ ክፍጸም ከሎ ከም ናይ ገዛእ ርእስና ስራሕ ቆጺርና ክነበራትዖ ይግባእ።ሰባት ካብኡም ዝድለ ዘበለ ንኽገብሩን ፡ንዘለዉዎ ቦታ ምሉኣት ንክኾኑን ሓገዝ ናይ ክርስትያን የድልዮም።

ጨው ንገዛእ ርእሱ ምስ ካልእ ምስ ዘወሃሃድ ጨዋምነቱ ይፍለጥ፡ኣብ ውሽጢ መግቢ ጨው ኣብዚ ኣሎ ክበሃል ክሳብ ዘይከኣል ገዛእ ርእሱ ኣብቲ መግቢ ብምውህሃድ መቐረት ይህብ።ንሕና ድማ ንኻልኦት ንምጥቃም ንኣንነትና ሙማት፡ንኽብርናን ጥቕምናን ክንርስዖ የድልየና።ኣይትተንክፉኒ ምባልን ኩርዓትን ምሳና ክሳብ ዘሎ ጨው ምኳን ኣየኽእለናን ኢዩ።ጎይታና ቀጺሉ፡-ጨው መቐረቱ እንተጥፍኣ ብምንታይ ይምቅር፡ንደገ ተደርብዩ ብሰብ ክርገጽ እንተዘይኮይኑ ዝጠቕሞ የብሉን በለ(ማቴ 5፡13)።

ጨው ቀንዲ ኣገልግሎቱ መቐረት ምሃብ ኢዩ፡ጨው ንባዕሉ መቐረት ዘይብሉ እንተኾነ'ኸ ነየናይ ተግባር ክጠቅም ይኽእል፡ተጸሪቡ ንመስርሒ ገዛ ዝኸውን ጡብ ኣይከውንን ኢዩ፡ወይ ናይ መሬት ማቴነላ ኣይከውንን ኢዩ፡ቁምነገር ናይ ጨው እምበኣር ምምቃር ጥራይ ኢዩ።ክርስትያን ከኣ ክርስትያናዊ መቐረቱ ምስዝዕቅብ ጥራይ ኢዩ ተደላዪ ዝኸውን፡እንተዘይኮይኑ ግን ብእግዚኣብሄርን ብሰብን ዝተደርበየ ኢዩ ዝኸውን።ሰለዚ እምበኣር ብሉጽ ክብሪ-ክርስትያን ከም መንነቱን ቃሉን ክነብር ምስ ዝኽእል ጥራይ ኢዩ።ካብ ተራ ሰብ ዝድለ፡ካብ ፖለቲከኛ ዝድለ፡ካብ ወተሃደር ዝድለ፡ካብ ክርስትያን ዝድለ ነገር'ውን ኣሎ።ክርስትያን እምበኣር ኣብ ዘይቦትኡ እንተተረኺቡ ክብሪ የብሉን፡ብኣንጻሩ ከኣ ይነዓቕ።ምኽንያቱ ክርስትያናውነትና ንሕና ካብዘይኣኽበርናዮ ካልእ ከኽብረልና ኣይክእልን ኢዩ።

ጎይታና ቀጺሉ፡-ንስኻትኩም ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም በለ(ማቴ 5፡14)።እንነብረሉ ዕላማ ብርሃን ንሙኺን ኢዩ፡ብልምዲ ጥራይ ንእንነብር "ተወሊዱ ሞተ" ተባሂሉ ስለዝተነግረና ባዶ ዝኾና ሰባት ከምዘለናዮ ከየበርከትና ክንሓልፍ ፍቓድ ጎይታ ኣይኮነን።ጎይታ ንስኻትኩም ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም እኳ እንተበለ ንሕና ግን ኮይናዮ ዘለና ኣይፈለጥናዮን።ንሱ ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም ክብለና ከሎ ንጸሓይ ተኪእኩም ክተብርሁ ኢኹም ማለቱ ኣይኮነን፡እንታይ ደኣ ኣብ ናይ ሰባት ኣእምሮን ሂወትን ነቲ ብርሃን ሂወት ዝኾነ ክርስቶስ ክትገልጹ ክትክእሉ ኢኹም ማለቱ ኢዩ።

ዓለም ናይ ገዛእ ርእሱ ብርሃን ዘይብሉ ጸልማት ስለዝኾነ ካብ ካሊእ ዓለም ዝመጹ ጸሓይ፡ወርሒ፡ከዋኽብቲ ኢዮም ዘብርሁሉ፡ከምኡ ኸኣ ብሰማያዊ ብርሃን ናይ ጸልማት መነባብሮ ይቕንጠጥ።ክርስትያናት ከኣ ብርሃን ለቢስና እነብርህ ክንከውን ይግባኣና።ቅድም ኣብ ምስራት ዓለም ምድሪ ብጸልማት ተዋሒጣ ነበረት፡እግዚኣብሄር ከኣ "ብርሃን ይኹን ብምባል"ስርሑ ጀመረ(ዘፍ 1፡3)።ኣዳም ብሓጢኣት ኣብ ዝወደቐሉ ግዜ ድማ ናይ ሓጢኣትን ናይ ድንቁርናን ጸልማት ኣብ ምድሪ ወደቐ።ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ብርሃን ናይ ሂወት ኮይኑ ብምምጽኡ መንፈሳዊ ጸልማት ተቕንጠጠ፡ንዓና ድማ ብርሃን ናይ ዓለም ጌሩ ሸመና።

ዓለም ጸልማት'ዩ፡ጸልማት ከኣ ንባዕሉን ንኸባቢኡን ኣየርእን ኢዩ፡ኣብ ጸልማት ዘሎ ኣበይ ከምዘሎ ብትኽክል ኣይፍለጥን ኢዩ።ሰብ ኣብ ጸልማት ምስ ዝነዓዝ ከይበጽሐ

ከምዝበጽሐ፡ምስበጽሐ ከኣ ዘይበጽሐን ብዙሕ ዝተረፍን ኮይኑ ይመስሎ።።ጸልማት ብቕድሚትን ብድሕሪትን ንዘሎ ኣየርእን ኢዩ፡ስለዚ ኣብ ሞንጎ ምግጫው ይኽሰት፡ምትእምማን'ውን ኣይህሉን'ዩ።እዚ ዓለም እዚ ብዘይ ክርስቶስ ብድንቁርና ዝተዋሕጠ ዓለም ኢዩ፡ብስርዓት ዓለም ዝተታሕዘ ከኣ ንገዛእ ርእሱ ዘለዎን ዝጎደሎን ከምኡ ክሰርሑ ንዘለዎ ኣይፈልጥን ኢዩ።ኣብ ጎድኑ ንዘሎ ዘሕዝን ነገር'ውን ኣይረኣዮን ኢዩ፡ብዝመጾ ኣናረስዐ ናብ ዝኸዶ'ውን ይጠፍኡ፡ናብርኡ ናይ ውድድርን ፍክራን ይኸውን፡ንዝኾነ ከኣ ኣይኣምንን።ነዚ ዓለም እዚ ጸልማት ኢዩ ወሪሱዎ ዘሎ፡ኣብዚ ጸልማት'ዚ ድማ ንሕና ብርሃን ኮይና ክነብርህ ኢና ተሸይምና።ንእሽቶ ብርሃን ነቲ ድቕድቕ ጸልማት ክስዕሮ ይኽእል ኢዩ፡ንሕና ኸኣ ቁሩብ'ኳ ክንንቀሳቐስ ኣብ እንጅምረሉ መልክዕ ናይ ዓለም ግድን ክልወጥ ይጅምር።

ቀጺሉ ጎይታና፡-ኣብ እንባ ዘላ ከተማ ክትከወል ኣይከኣላን ኢዩ፡መብራህቲ ከኣ ኣብ ቤት ንዘሎ ንኹሉ መታን ከብርህ ኣብ በሪኽ መቐመጢ ደኣ ተንብሮ'ምበር ኣብ ትሕቲ ከፈር ክተንብሮ ኣይተብርሆን ኢኻ በለ(ማቴ 5፡14-15)።።ኣብ ገጠር ኣብ ሰዓት ናይ ምሸት ኣብ እምባ ዝርከባ ዓድታት ብርሑቕ መብራህተን በሪሁ ይረኣ፡ብብራኼኣንን ብመብራህተንን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብርሑቕ ይረኣያ፡እዚ እገሌ ዝበሃል ዓዲ ኢዩ ከኣ ይበሃላ።ከምኡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣብ ዓቢ ፕላሶ መብራህቱ ዘይጠፍኣ ቤት ጽሕፈት ብርሑቕ ንኹሉ ይረኣዮ፡ክሰርሕ ዝንቀሳቐስ ሰብ ምህላዉ'ውን ይፍለጥ።ክርስትያናት ከኣ ከምተን ኣብ በሪኽ ዝተደኮና ከተማታት ብርሑቕ ኢዮም ዝረኣዩ፡ንሶም ንኻልኦት'ኳ እንተዘይረኣዩ ንሶም ብኻልኦት ግን ይረኣዩ ኢዮም።ክርስትያን ጽቡቕ ክሰርሕ ከሎ ዓለም ስቕ' ይብል፡ክፉእ ክሰርሕ ከሎ ግን ህውከት'ዩ ዘልዕል።ሓደ ክርስትያን ክኾኖ ዘለዎ እንተዘይኮይኑ ዓለም ይፈልጦ፡እወ ክርስትያን ካብ ዝኾናዮ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ጠመተ ኢና ንነብር።ዝሰርሑ ሰባት ከኣ ኣብ ጸልማት ናይ ዓለም ይፍለጡን ይገሃዱን።

መብራህቲ ኣብ በሪኽ ቦታ እንተዘይተቐሚጡ ከብርህ ኣይክእልን'ዩ፡ከምኡ ክርስትያን ድማ ቦትኡን ብጽሒቱን ክፈልጥ ኣለዎ፡ብምኽዋል ዘይኮነስ እናተገልጸ ከገልግል ኣለዎ።ዓለም መራሒ ይደሊ ኢዩ፡ስለዚ ክርስትያን ኣብ ሰናይ ዘበለ ኩሉ ማራኺ-ሂወት ክኸውን ይግቦኣ።ጎይታ መሊሱ፡-ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ሪኦም ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ከመስግኑዎ፡ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ በለ(ማቴ 5፡16)።ኣብ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ድሒሩ ሰራሕን ኣስራሕን ኢዩ ዝርከብ፡ክርስትያን ከኣ ጽቡቕ ስራሕ ክሰርሕ ከሎ ብድሕሪኡ እቲ ኣስራሒኡ ዝኾነ ክርስቶስ ደው ምባሉ ኢዩ ዝፍለጥ።ጽቡቕ ክንሰርሕ ከለና፡ሰባት ንዓና ካብ ምድናቕ ሓሊፎም፡-"ንምኂኑ እቲ ዝኣምኖ እንታይ ኢዩ፧"ኢዮም ክብሉ ዝግደዱ፡ባዕልኻ ቅኑዕ ምኂን ከምዘይከኣል ከኣ ይፈልጡ ኢዮም።ኣስራሒ ክርስቶስ ምኂኑ ምስዝፈልጡ ንዕኡ ክብሪ ይህቡዎ፡ቅኑዕ ዘይኮነ ኣምላኽ ጽቡቕ ክገብር ኣይክእልን ኢዩ ከኣ ይብሉ።

እቲ ጽቡቕ ስራሕና ጽባቕ ክርስቶስ ዝዛረብ ህያው ምስክር ኢዩ፡እንምስክሮ ከኣ ብቓል ጥራይ ዘይኮነስ ብዝተለወጠ ህይወትናን ኣድልዎ ብዘይብሉ ፍቕርናን ኢዩ።ናይ ቃል ምስክርነት ናይ ስቕታ ግዜ ኣለዎ፡ናይ ሂወት ምስክርነት ግን ኣየቋርጽን ኢዩ።ናይ ቃልና ምስክርነት ዝኸብዶም ሰባት ክህልዉ እኳ እንተኸኣሉ፡ናይ ሂወት ምስክርነትና ግን ኩሉ ግዜ ኢዩ ዝርድኦም።ንሶም ንቃላትና እኳ እንተተቓወሙ ንሂወትና ምቅዋም ግን ኣይክእሉን ኢዮም።እዚ ቅንዕና'ዚ ንሓዋሩ ተሸፊኑ ዝነብር ኣይኮነን፡ኔሩ ኔሩ ከኣ ብመብራህቲ ዝድለ ኣገዳሲ ነገር ኢዩ፡ምኽንያቱ እሙናት ዝድለዩሉ ግዜ ኣሎ።ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም ቃሉ

ጥራይ ዘይኮነስ ሂወቱ'ውን ኢዩ ዝለኣኸ፡በዚ መሰረት ክርስትያን ተንቀሳቓሲ መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ።

እንበኣር ጨውን ብርሃንን ለውጢ ዘምጽኡ ጽልዋታት ኢዮም፡ክርስትያን ከኣ ለውጢ ዘምጽእ ናይ ጽቡቕ ነገር ጽልዋ ኢዩ።ሃዋርያ ጳውሎስ፡-እምበኣር እቲ ቅንያቱ ክፉእ ኢዩ'ሞ ተጠንቀቑ በለ(ኤፌ 5፡16)።ንግዜ ምጥንቃቕ ማለት ኣብ ግዜ ጽልዋ ምምጻእ ማለት ኢዩ፡እኳ ደኣ ክርስትያን ኣብ ክፉእ ዘመን ናይ ለውጢ ጽልዋ ከምጽእ ኣለዎ።እዉ እቲ ዘመን ኣብ ክርስትያን ዘይኮነስ ክርስትያን ኣብቲ ዘመን ጽልዋ ከምጽእ ይግብኡ።

<u>ኣገዳስነት ራእይ</u>

ራእይ ኣንፈት ዝሕብር መሳርሒ ኢዩ፡ብምኽንያት ራእይ ከኣ ክንደይ ዝኣክል ከምዝተነዓዝናን ከምዝተረፈናን ክንፈልጥ ንኽእል።ራእይ እንተዘይብልና ግን ከምቲ ኣብ ባሕሪ ዝተደርበየ ካበይ ተበጊስና ናበይ ከምእንኸይድ ኣይንፈልጥን ኢና።ራእይ ከኣ ብደረጃ ትምህርቲ ንዝለዓሉ፡ትካላት ገበርቲ ሰናይ ንዝመርሑ፡ንሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ጥራይ ኣይኮነን ዘድሊ፡እዉ ራእይ ንኹሉ ኢዩ ዘድሊ።ቃል እግዚኣብሄር ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ ይብል(ምሳ 29፡18)፡ስለዚ ራእይ ንኹሉ ህዝቢ የድሊ ምኽኑ ንርዳእ።ወድ ሰብ ክፍጠር ከሎ ንምሕደራ ኢዩ ተፈጢሩ፡ሰብ ንእንስሳታት ክገዝእ ከሎ ንዕኡ ብዝመስሉ ሰባት ከኣ ይምራሕ።መሪሕነት ኣብ ነፍሲ ወከፍና ዝተቐመጠ ጸጋ ኢዩ፡ንገዛእ ርእስና ንቤተሰብና፡ንከባቢና፡ማሕበርና፡ቤተክርስትያና፡ሃገርና ክንመርሕ ንኽእል ኢና፡ኣቐዲምካ ምርኣይ ከኣ ካብቲ ቀንዲ መራሒ ንምኽን ዘድሊ ነገር ኢዩ፡ንሱ ከኣ ራእይ ይበሃል።።

ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ ክበሃል ከሎ ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ቀይዲ በተኽ ኮይኑ ብኣዘራርብኡን ኣካይድኡን ዝተጋገየ፡ንመገዱ ዕላማ ንስርሑ ሓቅነት ዘይለበሰ ህዝቢ ማለት ኢዩ።ሎሚ ዘሎ ወለዶ ከኣ ከምዚ ዝበለ ወለዶ ስለዝኾነ ምንጪ ናይ ሽግሩ ራእይ ዘይምህላዉ ምኽኑ ክንርዳእ ንኽእል።ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ ብጥፍኣት ይዓግብ ፡ከኽብርን ክኸብርን ከኣ ፈጺሙ ኣይደልን ኢዩ።ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ጥቕሙ ክማልኣሉ ጥራይ ኢዩ ዝደሊ።።ስለዚ ህዝቢ ብውሑስን ብናይ ስነምግባር ህይወትን ክነዓዝ ራእይ የድልዮ።ናበይ ከምዝኸይድ ዘይፈልጥ ህዝቢ ከኣ ብጣዕሚ ኢዩ ዘሕዝን። ኩላትና'ውን እንተኾነ ብጣዕሚ እንፈርሖም ልዕሊ መንግስቲ እውን ኣዛይድና እንፈርሖም ሰባት ኣለዉ፡ንሳቶም ከኣ "ዕላማ ዘይብሎም ሰባት ኢዮም"።

ዕላማ ዘይብሉ ሰብ ንባዕሉ ኮነ ንካልእ ስለዘይሓስብ ዘፍርሕ ኢዩ፡ዕላማ ዘይብሉ ሰብ ንዑኡ ዘተሓሳስቦ ሙማት ዘይኮነስ፡በይኑ ሙሚት ኢዩ፡ስለዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ ንኹሉ ስግኣት ኢዩ።ንሕና'ውን ዕላማ ዘይብሎም ምስ እንኸውን ከምዚ ዝተገልጸ ኢና እነፍርሕ ንኸውን።።ስለዚ ክንነብር ስለዝግባኣና ጥራይ ዘይኮነስ ንመን ክንነብር ከም ከምዝግባኣና እንፈልጥ ክንከውን የድልየና።ካብ እንስሳታት እንፍለየሉ እቲ እንኮ ክብርና ራእይ ስለዘለና ኢዩ፡ንብልዒ፡ንመስተ፡ንምውላድ፡ንምህብታም ጥራይ ንነብር እንተኾይና እንስሳት'ውን ነዚ ኢዮም ዝነብሩ።እንስሳታት ይበልዑ፡ይሰትዩ፡ይፋረዩ'ሞ ንኽበልዑ ከኣ ይሰርሑ።ብዕራይ ምሉእ መዓልቲ ይሰርሕ፡ከልቢ ከኣ ምሉእ ለይቲ ተጊሁ ይሕሉ።ንሕና'ውን ካብዚ ዝበለጸ ሂወት እንተዘይነቢርና ከም ሰብ ተራኢና ከም ሰብ ክነብር

ከምዘይከኣለና ክንፈልጥ ይግብኣና።ብመልክዕን ብቕርጽን ጥራይ ሰብ ምምሳል ንባዕልኻን ንኻልእን ኣድካምን ትርጉም ዘይብልካ ምኺንን ማለት ኢዩ።

እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሕቶታት-ሰብ ተባሂሎም ኢዮም ዝፍለጡ፡-

1. መን ፈጢሩኒ፤

2. ንምንታይ ይነብር ኣለኹ፤

3. ናበይ ኢየ ዝኸይድ ዘለኹ፤ዝብሉ ኢዮም።

እዞም ሕቶታት እዚኣቶም ብደገ ዘይኮነስ ብውሽጢ እንሕተቶም ሕቶታት ኢዮም።ነዞም ሕቶታት እዚኦም ብዘይግባእ መልሲ ኣዐሸናዮም ክንተርፍ ፈጺምና ኣይንኽእልን ኢና።ካብቶም ሕቶትታት እቲ ካልኣይ "ንምንታይ ይነብር ኣለኹ"ዝብል ኢዩ፡ነዚ ሕቶ እዚ ዓፊንካ [ሸፊንካ] ምሕላፍ ከምኡ ንባዕልኻ ኣታሊልካ ክትሃድም'ውን ኣይከኣልን ኢዩ።ብዙሓት ነዚ ሕቶ እዚ ምምላስ ዘይከኣሉ ንሂወቶም ትርጉም ስኢኖምሉ ካብዚ ዓለም እዚ ሓሊፎም ኢዮም።እወ ነዚ ሕቶ እዚ መንግስታትን ፈላስፋታትን'ውን ክምልስዎ ኣይከኣሉን፡ንሳቶም ነዚ ሕቶ እዚ ዝምልሰሎም'ውን ኢዮም ዝስእኑ።ምሒር ኣብ ዝደኽሙሉ ዕረፍቲ ዝኸልኦም እስትንፋስ ዘስእኖም ነገር እንተልዩ ምስእንብል፡ንምንታይ እነብር ኣለኹ፤ንዝብል መልሱ ስለዘይፈልጡዎ ኢዮም።እዚ ናይ ሂወት ሕቶ ዝምልስ መን ኢዩ፤ምስ እንብል ከኣ፡ንይታ ሂወት እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ።

ነብዩ ኤርምያስ "ንሰብኣይ ኣብ ንእስነቱ ኣርዑት ትዕግስቲ ምጻር ሰናይ ኢዩ፡እግዚኣብሄር ኣሰኪሙዎ ኢዩ'ሞ ሰቕ ኢሉ በይኑ ይቀመጥ" ይብል(ሰቆ-ኤር 3፡27)።ኣርዑት ንኽሳድ ድንን ዘብል ዝኸብድ ሓላፍነት ኢዩ፡ነዚ ኣርዑት እዚ እምበኣር ኣብ ግዜ ንእስነት ምስካም ሰናይ ኢዩ።ኣብ ንእስነት ብዙሕ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ሰባት፡እቲ ዘሰከሞም ከኣ እግዚኣብሄር ኢዩ።ካብ ገዛእ ርእሶም ሓሊፎም ንዝተጸገመ ወገንን ንናብርኦምን ስለዝሓስቡ ርኽሰት ንምፍጻም ኣይረኣዮምን ኢዩ፡እግዚኣብሄር ከኣ መታን ከይጠፍኡ ነዚ ብጥበቡ ዝገበሮ ነገር ኢዩ።ኣርዑት ዘይብሉ ሰብ ንኹሉ ክርኢ፡ንኹሉ ክጭብጥ፡ሓጹር ከምዘይብሉ ገዛ ኩሉ ቡኡኡ ዝሓልፍ፡መልክዕ ሓዊ ደኣ'ምበር ምንዳዱ ዘየስተውዕል ብኽሳራ ጥራይ ዝመሃር ኢዩ።

ንይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ናይ ሓጢኣት ኣርዑት ባርነት ዝተሰከሙ ሰባት ብዓቢ ድምጺ ክጽውዖም ከሎ "ኣርዑተይ ተሰከሙ ካባይ ከኣ ተመሃሩ፡ኣነ ለዋህ'የ ልበይ ከኣ ትሑት ኢዩ'ሞ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም፡ኣርዑተይ ልዙብ ጾረይ ከኣ ፎኪስ ኢዩ" በለ(ማቴ 11፡29-30)።ሰብ እምበኣር ካብ ኣርዑት ንይታ ነጻ ክኸውን የብሉን።ንይታ ከኣ ኣርዑት ኣውሪዱ ኣርዑቱ ኢዩ ዘሰክም።ኣርዑቱ ከኣ ዘየቕስል ልዙብን ዘየውድቕ ፎኪስን ኢዩ።ኣርዑት ህይወት ስለዝኾነ ክንዲ እስትንፋስ ዝኣክል ቀሊል ኢዩ፡እዚ ኣርዑት እዚ ንሰባት ብዓይኒ ፍቕሪ ዝከታተል ኣርዑት ከኣ ኢዩ።

ብቕዕ ምንባር ክንነብር እንጅምር ካብቲ ናይ ምንባር ምስጢር ዝተረደኣና ግዜ ጀሚሩ ኢዩ።ብጣዕሚ ዘሕፍሩን ንኻልኦት ሰባት ኣስጋእቲ ዝኾናዮም ግዜያት እንተኔሮም ዝነበርናሎም ዓመታትና ኣይኮኑን ዝበሃሉ::ዕድሜና ካብቲ ንክርስቶስ ረኺብና ናይ ራእይ ሰባት ካብ ዝኾናሉ ግዜ ኢዩ ክቕጸር ዝግብኦ።ንክርስቶስ ምስ እንፈልጦ ኣብ ዕድመ ራእይ ኢዩ ዝህበና፡ንሱ ዝህበና ራእይ ከኣ መገዲ ብርሃን ኢዩ::እምበኣር ንዓና ራእይ የድልየና

ኢዩ፡ብዘይ ራእይ እንጎዓዞ ጉዕዞ ከኣ ኣብ ዝዓለበ ይዕለብ ኢልና እንውርውሮ ቀስቲ ኢዩ።ከምታ ውሕልነት ዘይብላ ሰበይቲ ኣስቤዛ እተህልኽ፡ሃሊኹ'ውን ከኣ ከምዘይምቅረላ ብዘይ ራእይ ዝነብር ከኣ ዝተዓደሎ ጸጋ ዘባኽን፡ክጠሚ ከሎ ነቲ ናይ ውልድነት መግቢ ገዲፉ ካብ ሓሰር ሓሰማ ማለት ካብ ዝሙትን ጓይላን ንምጽጋብ ዝምነ ሰብ ኢዩ።ስለምንታይ ኢዮ'ኽ ራእይ ዘድልየና ምስ እንብል ብውሑዱ ኣርባዕት(4) ዓበይቲ ምኽንያታት ኣለዉ።ንሳቶም ከኣ፡-

1.ናብ ዝረኣናዮ ንምብጻሕ፡

2. ዝሓሰብናዮ ስለ እንኽውን፡

3.ግዜ ተጠቒምና መታን ክንክእል፡

4. ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ንምምላእ።

1 ናብ ዝረኣናዮ ንምብጻሕ

ራእይ ናይ ልዕሊ ህዋ ገዛ ወይ ከኣ ከም ኵዕሶ ኣንፈት ዘይብሉ ነገር ዘይኮነስ ራእይ ዝፍጸም ነገር ኢዩ።ራእይ ሓይሉ እናወሃሃደ ዝጎዓዝ'ኳ እንተኾነ ብኣንጻሩ ኽኣ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ዝምዘን ኢዩ፡መጀመርታን መወዳእታን ናይ ራእይ ኽኣ እግዚኣብሄር ኢዩ።ገለ ዘይብልና ብዙሕ ንኽንገብር ራእይ ተቐቢልና ንኽውን ኢና ንኣብነት "ማዘር ትሬዛ ዝኾነ ገንዘብ ኣብ ዘይነበራ እዋን ዓበይቲ ገዛውቲ ንምግዛእ ዋጋ-ዕዳጋ ትገብር ነበረት፡ሓደ ግዜ ኽኣ መዕረፊ ድኻታት ዝኽውን ገዛ ንምግዛእ ብ 70.000$ ተወዓዓለት፡ነቲ ገዛ ክትገዝኦ ምኟና'ኳ ርግጸኛ እንተነበረት ኣብ ቦርሳኣ ግን ሳንቲም ትበሃል ኣይነበረታን።ማዘር ትሬዛ ቀጺላ ገንዘብ ንዝሃባ ሰብ ንኽይትርኢ ኣብ ዝባና ጥርሑ ዘንቢል ተሰኪማ ጎደና ክትዘውር ጀመረት።ኩሉ እቲ ዝረኣያ ሰብ ዘበለ ከኣ ናብቲ ዘንቢል ዘለዎ ገንዘብ ክቶኽበላ ጀመረ፡ዙረታ ወዲኣ ናብቲ እንዳ ሽያጢ ገዛ ኪይዳ ነቲ ዘንቢል ካብ ዝባና ኣውሪዳ እስከ ቁጸሮ ምስ በለቶ"እቲ ገንዘብ ካብቲ ዋጋ ናይቲ ገዛ 100$ ጥራይ ጎዲሉ ጸንሐ።ነቲ ዝተረፈ 100$ እቲ ዋና ገዛ መሊኡ በቲ ዘምጽኣቶ ገንዘብ ገዛኺ ተረከቢ በላ።ማዘር ትሬዛ ብኽምዚ ኣገባብ ገዛ ክትገዝእ በቐዐት።ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ነገር ራእይ ደኣ'ምበር ገንዘብ ኣይኮነን።ራእይ እንተደኣ ሃልዩ ድልየታትና እናተማልአ ይመጽእ።

ሓደ ሰባኺ-ወንጌል ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናዞረ ወንጌል ይሰብኽ ነበረ፡ነቶም ብወንጌል ዘእመኖም ወገናቱ ኣኪቡ ንምምሃር ቦታ ኣይነበሮን፡እቲ ከባቢ ናይ ኣረማውያን ስለዝነበረ ቦታ ንምርካብ ኣሸጋሪ ኮነ።እንተኾነ እቲ ሰባኺ ነቲ ኣመሓዳሪ ናይቲ ከባቢ ኣእሚኑ ዓቢ ኣዳራሽ ከወሃብ ከኣለ።እቶም ዝምህሮም ተመሃሮ ግን ኣብ ቅድሚ እቲ ሰባኺ ንዝነበራ ወናብር ዘይመልኡ ኣዝዮም ውሑዳት ነበሩ፡ንሱ ግን ክሰብኽ ከሎ ናብቲ ሰብ ዘይብሉ ጥርሑ ወናብር እናጠመተን እናተዛወረን..ይዛረብ ነበረ።እቶም ሰማዕቱ ከኣ፡ናብቲ ሰብ ዘይብሉ ቦታ እናኸድካ ነቶም ወናብር እትሰብኮስ ንምንታይ ኢዩ፤ምስበሉዎ "እዚ ወናብር ኩሉ ሰብ መሊኡ'ዩ ዝረኣየኒ"በሎም።ድሕሪ ዉሑድ ግዜ ኽኣ እቲ ኣዳራሽ ጥራይ ዘይኾነስ ነቲ ከተማ ዘዕለቕልቕ ሰብ'ዩ ክኽስብ ክኢሉ።እወ እግዚኣብሄር ነቲ ዝረኣናዮ'ዩ ዘውርሰና።

ነብይ ኤልሳእ ናይ እስራኤል ነብይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣማኻሪ ናይ ነግስታት'ዉን'ዩ ዝነበረ፡ኤልሳእ ናይ ምድሪ ጉዕዞኡ ክፍጽም ኣብ ዝተቓረበሉ እዋን ንጉስ

ዮኣስ ተጨነቐ።እቲ ንጉስ ልዕሊ ሞት ናይ ኤልሳእ ንኤልሳእ ምስኣኑ ኣጨነቐ።እቲ ንጉስ ኣማኻሪ ብምስኣኑ ሶርያዉያን ስለዝኸበብዎ ተጨነቐ።ሽዑ እቲ ንጉስ ናብ ነቢይ ኤልሳእ ከይዱ ምስ ተመኽረ፡ኤልሳእ ነዛ ምድሪ ህረማ በሎ፡እቲ ንጉስ ከኣ ንምድሪ ሰለስተ ግዜ ጥራይ ዘበጣ።ሽዑ እቲ ነቢይ ተቐጢዑ ሓሙሽተ ግዜ ወይ ሽዱሽተ ግዜ ዘቢጥካያ እንተትኸውን ኔርካ፡ንሶርያ ክሳብ ተጥፍኣ ምወቓዕካያ ኔርካ፡ሕጂ ግን ሰለስተ ግዜ ጥራይ ኢኻ ንሶርያ እትወቕዓ በሎ (2ነገ 13፡ 19)።እግዚኣብሄር ዓወት ይህበና ኢዩ፡እቲ ዝህበና ዓወት ግን ብመጠን እቲ ዝወቓዕናዮ ኢዩ ዝህበና።ንሕና ክንኾኖ ዘለና እንተደኣ ፈሊጥና፡እግዚኣብሄር ከኣ ክገብሮ ዘለዎ ይፈልጥ ኢዩ።ራእይ ዝድለየሉ ቀዳማይ ምክንያት እምበኣር እግዚኣብሄር ናብቲ ዝረኣናዮ ስለ ዘብጽሓና ኢዩ።

2 ዝሓሰብናዮ ስለእንኸውን

ምሕሳብ ናይ ተግባር መበገሲ ኢዩ፡ምሕሳብ ኣብ ዘይብሉ ተግባር ዝበሃል የለን።ሓቀኛ ሓሳብ ከም ወሓዚ ነቲዑ ይፈስስ፡ብዘይ ምቁራጽ ብምዉሓዝ ከኣ ንዝተበከለ የጽሪ፡ንዝጸምኡ ርውየት፡ንዝረስሑ ኸኣ ጽሬት ይኸውን።ሰብ ኣብ ዓለም ምሕሳብ ምስ ሰናይ ነገር ኣይቁጸርን ኢዩ ብምባል ንምሕሳብ ይንዕቆ፡ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ግን ምሕሳብ ዋጋ ኣለዎ።እግዚኣብሄር ናይ ልቢ ትምኒት ከም ዝሰምዕ ተጻሒፉ ኣሎ፡ዳዊት፡-እግዚኣብሄር ትምኒት ድኻታት ሰመዐ፡እዝኑ ድማ ንሓሳብ ልቦም ሰምዐት በለ (መዝ 10፡17)።

ትምኒትና ዓቕሚ እንተዝረክብ ነዚ ሕዝቢ'ዚ ብኸምዚ ምቐጻዕክዎ ኔረ ዝብል እንተ ደኣ ኮይኑ ናይቲ ህዝቢ ናይ ሓጢኣት ጽውኡ መሊኡ ናይ መቐጻዕቲ ፍርዲ ክእዘዞ ከሎ እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ዓቕሚ እንተዝህልወኒ ምቐጻዕክዎ እናበለ ዝምነ ንዝነበረ ሰብ ሓይሊ ይሕቦ።እዚ ሰብ እዚ በቲ ዝፈጸሞ ክሕተት ከሎ ብሓሳቡ ድዩ ወይስ ብግብሩ ኢዩ ዝሕተት እንተበልና ከኣ ብሓሳቡ'ዩ ዝሕተት።ኩፉእ ሓሳብ ኮነ ጽቡቕ ሓሳብ ኣብ እግዚኣብሄር ዋጋ ኣለዎ።ብነብይ ሚኪያስ ኣብ መደቀሲኡም በደል ዝሓስቡ ክኣፍት'ዉን ዝገብሩ ወይልኡም፡እቲ ሓይሊ ኣብ ኢዶም ስለዘሎ ምስ ወግሐ ከኣ ዝደለይዎ ይገብሩ ይብል (ሚኪ፡2፡1)።ነዚ ቃል እዚ ንጽድቂ ቀይርና ምስ እነንብቦ ኣብ መደቀሲኡም ጽድቂ ዝሓስቡ፡ሰናይ ከኣ ዝገብሩ ዕድለኛታት ኢዮም፡ሓይሊ ኣብ ኢዶም ስለዘሎ ምስ ወገሐ ክፍጽምዎ ኢዮም ዝብል ቃል ይህበና።ሰብ ንጽቡቕ ነገር'ዩ ተፈጢሩ ንዘይተፈጠረሉ ክፍኣት ዓቕሚ ካብረኸበ ንዝተፈጠረሉ ዕላማ'ሞ ኣዚዩ ዝዓዘዘ ሓይሊ'ዩ ዘለዎ።ክፍኣት ካብ ዘስርሕ ሰይጣን ጽቡቕ ዘሰርሕ መንፈስ ቅዱስ ዝበልጽ ምኽኑ ክንኣምን ኣሎና።ነብዩ ዳዊት "ብእግዚኣብሄር ደስ ይበልካ፡ናይ ልብኻ ድልየት ከኣ ክህበካ'ዩ ይብል"(መዝ 37፡4) እግዚኣብሄር ድልየቱ ኪንፍጽም ጥራይ ኣይኮነን ዘንብረና፡ንሕና ድልየቱ ኪንፍጽም ከለና'ውን ድልየትና የማልኣልና'ዩ።ድልየት ልብና ስለዝፍጽም ከኣ ኪንሕጎስ ይግበኣና። ሓጎስ ከኣ ሓይሊ ናይ ራእይ ኢዩ።

እንነብሮ ናብራ ውጽኢት ኣተሓሳስባናን ውሳኔናን ኢዩ።ኣካላትናን ንብረትናን ግን ናይ ገዛእ-ርእሱ ጉዳይ የብሉን፡እንተኾነ ሕማቕን ጽቡቕን ከይበለ ናይ ውሳኔና ጉዳይ ዘተግብር ተመራሒ ኢዩ።እግዚኣብሄር ዝለመናዮ ጥራይ ዘይኮነስ ዝተመነናዮ ከይተረፈ ኢዩ ዝሰምዕ፡ከም ትምኒትና ኸኣ ይህበና።መጽሓፍ ምሳሌ"ሂወት ካብ ኣእምሮ ኢያ ትፍልፍል እሞ ልዕሊ ኩሉ ንኣእምሮኻ ሓልዎ"ይብል (ምሳሌ፡4፡23፡)።ብዙሓት ሰባት ኣነ ከምዚ ኪኸውን እየ እናበሉ ይዛረቡ ነበሩ፡ቀጺሎም ከኣ ነቲ ዝረኣይዎ ኪወርሱ ኢና ንዕዘብ።ገደብ ዘይብሉ ሓሳብናን፡ከም ሕቑ ዓሳ ልምጽምጽ ዝብል ልብናን፡ፍቕሪ ዘይርድኣ ንዕቀነትናን

ኣርሒቕና ብቕዱስ ሓሳብ ምስ እንምላእ ቅኑዕ ራእይ ካብ ዉሽጥና ይወጽእ፡እዉ እምበኣር ራእይ ዘድሌየና፡ዝሓሰብናዮ ስለ እንኽውን ኢዩ።

3.ግዜ ተጠቒምና ክንክእል

ነቢይ ዳዊት ዓሞቕቲ ዝኾኑ ጸሎታት የቕርብ ነበረ፡ሓደ ካብቶም ጸሎታት ከኣ መወዳእታይን ልክዕ መዓልታተይን ክንደይ ምኺኑ ኣዘኻረኒ በልኩ በለ (መዝ 39፡4)። ዕድሜና ብጣዕሚ ውሑድ'ዩ፡ካብ እንነብሮ ኽኣ ዝነበርናዮ ዕድመ ይበልጽ፡ምኽንያቱ ብሕጂ እንነብሮ ዕድመ ክሳብ ሎሚ ምሸት ኪኸውን ይኽእል ኢዩ።ነብይ ዳዊት ዕድመይ ውሑድ ምኺኑ ንገረኒ በለ፡ከምዚ ምባሉ ከኣ ብዙሕ ከም ዝነብር ኮይኑ እናተሰመየ ምዝንጋዕ ኣሸጊርዎ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።እንተኾነ ዕማመይ ቀልጢፈ መታን ክፍጽም ምውሓድ ዕድመይ ንገረኒ በለ።

ንብዙሕ ኣዋርሕ ዝኣክል ዝተዋህለሉ ክሰርሖም ዘይክእል ኮይኖም ዝመስሉኒ ስራሓት፡ካብ ዘለኽዎ ቦታ ኣርሒቖ ክኸይድ ምስ ዝዳሎ ግን ተቐላጢፈ ክፍጽሞም ይለዓል።መብዝሕትኡ ግዜ ከኣ ኣብ ፍርቂ ናይ መዓልቲ ክዓሞም በቒዐ፡ዝተረፈ ፍርቂ መዓልቲ ዕረፍቲ ረኽብኩ።ዕላማታት ቀልጢፎም ዘይሰልጡልና፡ገና ብዙሕ ግዜ ዘሎና ኮይኑ ስለዝመስለና ምኺኑ ተረዲኣ።ንነብሲ ወከፍ መዓልቲ ከም ናይ መወዳእታ መዓልቲ እንተዝቕጽሮ ኔረ፡ብዙሕ ስራሓት ምፈጸምኩ ኔረ።ስለዚ እምበኣር ዕድመይ ውሑድ ምኺኑ ንገረኒ ኢልና ክንጽሊ የድልየና።

ሓደ ግዜ ሓወይ ምስሓመመ ንሕክምና ሒዘዮ ከድኩ፡እቲ ሓኪም ፈታውየይ ስለዝነበረ ኽኣ ብጽቡቕ ተቐበለኒ።ኣብቲ ሕክምና ምስወዓልና እቲ ናይ መርመራ ውጽኢታት ከምዘመልከቶ፣እቲ ብዝሒ ክእዘዘሉ ዝተመደበ መድሃኒት ዕድሚኡ ምሉእ ዘየቋርጽ'ዩ ኔሩ።ሓኪም'ውን መሊሱ "ዝእዝዘልካ ዘለኹ መድሃኒት ንዕድሜኻ ምሉእ ከተቋርጾ ዘይብልካ'ዩ"ምስ በሎ ብጣዕሚ ሰንበደ።እቲ ሓኪም ግን መሊሱ፡-"ናተይን ናትካን ውሱን ዕድመ መዓስ'ዩ፧"ኢሉ ሓተቶ'ሞ ባዕሉ ክምልሶ ጀመረ፣ዕድሜና ሎሚ ምሸት ክኸውን ይኽእል'ዩ በሎ።እዉ ኩላትና ገደብ ናይ ዕድመና ርሑቕ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓና፡ዕድሜና ኣንጻር ናይ መዓልቲ ስለንግምቶ ብዙሕ ዓመታት ዝተረፈና ይመስለና።ንዕድሜና ኣንጻር ናይ ዓመት ምስእንቕጽሮ ግን ውሑድ ግዜ'ዩ ዝተርፈና።ስለ'ዚ ኣብ ምንቅስቓስና ክንቅልጥፍ ይግባኣና።ሓደ ፍላስፋ፣-"ሎሚ ምሸት ከምትመውት ኮይንካ ተዳሎ፣ንዘለኣለም ከምትነብር ኮይንካ ድማ ስራሕ"በለ።

ናይ ሰይጣን እቲ ዝዓበየ ቃልሱ ርኹባትን ስኡናትን ምኺና ኣይኮነን፡እኳ ደኣ ፍግም ኢሎም ንዝሰግዱሉ፣ናይ ዓለም ገንዘብን ወርቅን ክህብካ'የ በሃላይ'ዩ(ሉቃ 4፣5-6)።ናይ ሰይጣን ዝዓበየ ቃልሱ ግዜና ብምትላል ወዲእና፣ድሕሪ ሞት ንዘልኣለም ባሮቱ ክንከውን'ዩ ዝደሊ።እዉ ክንደይ መንእሰያት ከም ኣባሓጎታቶም ብዙሕ ዝጸንሑ እናመሰሎም ሓለፉ! እዉ ብዙሓት ሃብታማት ኣብ ምሽክርካር ሃብቲ ኣትዮም ነፍሶም ድኻ ኮይና ሓለፈት! እዉ ብዙሓት ሰበ-ስልጣናት ሞት ንዋርድዮኣም(ንዘብዐኞኣም)ዘይሓልፎ መሲልዎም ተረትዑ! ብሓቂ ኽኣ ኣብ መገዲ ዘትርፍ ሞት ዝኣክል ነገር ሒዝና ብዘይ ውሕስነት እንቀሳቐስ ደፋራት ኢና።ንዘይንነብረሉ ዓለም እናኣኻዕበትና፣ናብቲ እንነብረሉ ዓለም ጥራይ ኢድና ምኻድና ዘሕዝን ነገር'ዩ።እግዝኣብሄር ንሞት ናይ ግዜ ሰሌዳ ጌሩ'ዩ ሂቡና፡ስለዚ ናይ ዕድሜና ጸሓይ ከይዓረበት ንራእይና ኣብ ሽቱኡ ከነብጽሖ ኣለና።ብዙሓት መረርቲ ብኽያት ምስእንርኢ፣ብዙሕ መዲቦም ከይፈጸሙዎ ንዝሞቱ ኣጉባዝ ዝብከ

ብኽያት ኢዩ።ራእይ ግን ግዜ እንተረኺቡ ይቕጥቦ ኢዩ።ናይ ራእይና ሸቶ ዝኾኑ ደቂ ሰባት፡ ምስሞት ተቐዳዲምና እንረኽቦም ስለዝኾነ ከነድሕኖም ክንቀላጠፍ ኣለና።እወ! ግዜ ንኽንቁጥብ መታን ራእይ የድልየና ኢዩ።

4. ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ምንባር

ንጠረጴዛ ከም ሰድያ ኮፍ መበሊ ምስንጥቀመሉ፣ንርእሱ እናኸበዶ ንዓና'ውን ምቹእ ኣይኮነልናን'ዩ።ስለምን፧ምስ እንብል፧እቲ ሰራሒ ክሰርሖ ከሎ መደገፊ ደኣ'ምበር ኮፍ መበሊ ጌሩ ስለዘይሰርሖ ኢዩ።ንሕና ኸኣ ንኽብሪ እግዚኣብሄር፡ንዘብርህ ራእይ ስለዝተፈጠርና ብሓጢኣትን ብመኻንነትን ምስእንነብር ገዛእ ርእስና ይኸብደና፣ንኸባቢና'ውን ዘይምቹኣት ሰባት ኢና ንኸውን።እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣዳም ኣብ ዝበደለሉ ግዜ ናይ ምድላይ ድምጺ ከስምዖ ከሎ፣"ኣበይ ኣለኻ፧" ዝብል ነበረ።እዚ ከኣ መንገዲ ተጋጊኻ ኣለኻ ማለት'ዩ።ኣዳም ካብ ናይ ሓቅን እምነትን መንገዲ ብምውጽኡ እግዚኣብሄር "ኣበይ ኣለኻ፧" በሎ።ምኽንያቱ ኣብ ፍጥረታት ዝነበሮ ሓደራ ሸለል ኢሉ፣መሪሕነቱ ገዲፉ፣ምስ እግዚኣብሄር ተጻሊኡ፣ብነፍስን ብስጋን ከሲሩ፣ራኢኡ ሸይጡ ስለዝጠፍኣ "ኣበይ ኣለኻ፧" በሎ።እግዚኣብሄር ንሰብ ብኣጋጣሚ ኣይፈጠሮን፡እኳ ድኣ ንሰብ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ምፍጣሩ፣ናይ ፍጥረቱ ርእስን ጉልበትን ምግባሩ ኢዩ ዘርእየና።እዛ ዓለም እዚኣ ነቲ ናይ ምድሪ ዝዓበየ ፍጡርን፣ቀንዲ ተጻዋዕን፣ከም መልክዕ እግዝኣብሄር ንዝተፈጥረ ንወዲ ሰብ'ያ ሓደራ ተዋሂባ።እግዚኣብሄር ከኣ እንተወሓደ ነዚ ሰብ'ዚ ንሰለስተ ዓበይቲ ዕላማታት ፈጠሮ፡-

1'ይ ንእግዚኣብሄር ንምፍላጥን ንምምላኽን፡

2'ይ ባህሪ እግዚኣብሄር ንምንጽብራቕ፡

3'ይ ንዝነብሮ ዓለም ሓለፋ ንኽገብር ተፈጥረ።

ንእግዚኣብሄር ከተምልኽ ኣቐዲምካ ንእግዝኣብሄር ምፍላጥ የድሊ፡ምኽንያቱ እግዝኣብሄር ብምፍላጥ ዝምለኽ ኣምላኽ ኢዩ።ንእግዚኣብሄር እነምልኾ ብመጠን እቲ ንዕኡ ዝፈለጥናዮን ወይ ብዝተገለጸልና መጠን'ዩ።ንእግዚኣብሄር ምስእንፈልጦን ምስእነምልኾን ኩሉ ግዜ ምስሓድሽ ሓይሊ ኢና ንነብር።ነብይ ኢሳያስ፡-"እቶም ንእግዚኣብሄር ዝጽበዩ ሓይሎም ይሕደስ፣ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፣ይጎዩ'ሞ ኣይሕለሉን ይኽዱ'ሞ ኣይደኽሙን" ይብል(ኢሳ 40፣31)።

ካልእ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ባህሪ እግዝኣብሄር ንምንጽብራቕ ኢዩ፡ንሕና ናይ ክብሩ ነጸብራቕ ምኳና'ውን ተገሊጹ ኣሎ(2ቆሮ 3፣18)።ጸሓይ ቀዲማ ኣብ መስትያት ምስትዓልብ ብድሕሪኡ እቲ ብርሃን ከምዝደኽሕ(ከምዘብለጭልጭ)ከምኡ ኸኣ እግዚኣብሄር ንዓና ተንኪፉ ብኣና ንኻልኦት ንምትንካፍ መደብ ኣለዎ።እዚ እንነብረሉ ዓለም ተፈጢሩ ዘብቅዐ ዓለም'ኳ እንተኾነ፣ኣብ መመዓልቱ ዝህነጽ ዓለም ከኣ'ዩ።ኣብ ምድሪ ብዙሓት ናይ ህይወት ቀዳዳት(ጎዶሎታት) ኣለዉ፡ካብ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ሓደ ንእንነብራ ምድሪ ሓለፋ ንምግባር ምኳኑ ብምሕሳብ ክንለዓል ኣለና።እግዝኣብሄር ንኩላትና ናብ ዓለም ክልእከና ከሎ ጥራይ ኢድና ኣይለኣኸናን፡እወ መልእኽቲ ኣሕቑፉ ኢዩ ልኢኹና፡ነዚ መልእኽቲ ድማ ብትኽክል ክነብጽሖ ይግብኣና።

ንመልእኽቲ ኣብ ቦትኡ ምብጻሕ፣ኣነ ንመንን ኣበይን'የ ዘድሊ፡ማለት ራእይ ይበሃል።ራእይ ተፈጥራዊ ዕላማ ንምክያድ ኣድላዪ ኢዩ፡ካብ ዝተመደበልና ኣነባብራ ወጺእና ምንባር ግን ግቡእ ኣይኮነን።ክንኮኖ ዝግባኣና ዘይምኽን ከኣ ክብሪ ምስኣን'ዩ።ሓቀኛ መንነትና ሰባት ንዓና ዝብሉና ዘይኮነ ንሕና ንባዕልና እንብሎ'ዩ፡ራእይ ዘድልየና ሰባት ከኣ ኢና።በጋጣሚ ጽቡቕ ምግባር፣ንዝለመነና ዘበለ ምሃብ፣ራእይ ኣይኮነን፡ምኽንያቱ በዓል ራእይ ንኹሉ ብዕላማ'ዩ ዝገብሮ፣ከይተለመነ ከኣ ንዝተጸገመ ይሕግዝ፡ንዘይለመንዎ ኽኣ ኢዱ ዝተዘርግሐ ኢዩ።ኣብ እንነብሮ ቦታ ዘበለ ጽልዋ ዘለና ክንከውን ግድን ኢዩ፡ምኽንያቱ ካብ ኣሉታውን ኣወንታውን ጽልዋ ወጻኢ ዝነብር የለን።ኣይኮነን ንሕና እቶም ግኡዛት(ዘይሂወታውያን)ነገራት'ኳ ኣብዘለውዎ ቦታ ጽልዋ ኣለዎም።ስፍራ ዝሓዘ ነገር ዘበለ ኩሉ ጽልዋ የምጽእ፡ኣብ ጣውላ ዘሎ ዕንባባ ኣብ ከባቢኡ ናይ ምምልካዕ ጽልዋ የምጽእ። ንሕና ድማ ወይ ናይ ጽቡቕ ወይ ናይ ሕማቕ ነገር ጽልዋ ክህልወና ግድን'ዩ።ስለዚ ናይ ጽቡቕ ነገር ጽልዋ ዘለና ኮይና ከባቢና ክንልውጥ የድልየና።ስለዚ ነዚ'ዩ ከኣ ራእይ ክህልወና ዘድሊ።

ነስተውዕል

- ከይረኣኻ ብምህራም ብልሽት ኣይዕረን'ዩ፣ካብኡ ሓሊፉ ኽኣ እቲ ጥዑይ ይበላሾ።
- ኣብ ሂወት ሰባት ዝሓስቡልና፣ንሕና'ውን ንባዕልና እንሓስቦ ነገር ኣሎ።እቲ ዝበለጸ ግን እግዝኣብሄር ዝሓስበልና ኢዩ።ንሱ ከኣ ራእይ ኢዩ።
- ዝሰራሕኩዎ ስራሕ ብቑዕ'ዩ ኢሉ ብንእሽቶ ዓወት ዝዓገበ ሰብ፡ራእይ ዘለዎ(በዓል-ራእይ)ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።
- ራእይ ብነጻ (ብጥርሑ) ኢና እንቕበሎ፣ብዋጋ ኽኣ ንፍጽሞ።
- ኣገደስቲ ነገራት ዘበሉ ኩሎም ራእይ ኣይኮኑን።
- ክንረግጾ ከለና'ምበር ክንሓስቦ ከለና ዝጭደድ ባሕሪ የለን።
- ክርስትያን ኣብ ዝነብሮ ስፍራ ዘበለ ናይ ጽቡቕ ነገር በዓል ጽልዋ ኢዩ።
- ንኻልኦት ጠቕምቲ ክንከውን ንኣንነትና ክንመውት፣ክብርናን ጥቕምናን ክንርስዕ የድልየና።
- ንእሽቶ ክንንቀሳቐስ ምስ እንጅምር መልክዕ ናይ ዓለም ክልወጥ (ክቕየር)ይጅምር።
- ክርስትያን ተንቀሳቓሲ መጽሓፍ-ቅዱስ ኢዩ።
- ዘመን ኣብ ክርስትያን ዘይኮነ፣ክርስትያን ኣብ ዘመን ጽልዋ ክምጽእ ይግብኡ።
- ራእይ ኣንፈት ዝሕብር መሳርሒ ኢዩ፡ብምኽንያት ራእይ ከኣ ክንደይ ከምዝተጎዓዝናን ክንደይ ከምዝተረፈናን ክንፈልጥ ንኽእል።
- መራሒ ንምኽን ቀዳምነት ዘድሊ ምርኣይ'ዩ።
- ናበይ ከምዝኸይድ ዘይፈልጥ ህዝቢ ኣዝዩ ዘሕዝን'ዩ።
- እግዚኣብሄር ንዝረኣናዮ ዘበለ የውርሰና።
- ምሕሳብ ናይ ተግባር(መስርሕ) መበገሲ ኢዩ፡ምሕሳብ ኣብ ዘይብሉ ምትግባር ኣይከኣልን ኢዩ።
- ክፉእ ሓሳብ ኮነ ሰናይ ሓሳብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዋጋ ኣለዎ።
- ንዘይንነብረሉ ዓለም እናጸዓርና፣ናብ እንነብረሉ ዓለም ጥራይ ኢድና

ምኻድና ኣዝዩ ዘተሓሳስብ'ዩ።

- እግዚኣብሄር ንኹልና ናብ ዓለም ክልእከና ከሎ ጥራይ ኢድና ኣይለኣኸናን፡እንታይ ድኣ መልእኽቲ ኣሕቁፉ'ዩ ልኢኹና።
- ኣነ ኣበይን ንመንን'የ ዘድሊ፤ምባል ራእይ ይብሃል።

❄ ❄ ❄

ምዕራፍ -3

ዝመስል ነገር

ድያሽን ዝተባህለ ፍሉጥ እንግሊዛዊ ሰብኣይ ሓደ መዓልቲ ንጓሉ ናብ መሐንበሲ ቦታ ወሰዳ፡ኣብቲ ቦታ ምስበጽሑ ንጓሉ ክትሕንብስ ብብዙሕ ቅብጥሮት"ኳ እንተለመና ንሳ ግን ናብቲ ዝሑል ባሕሪ ኣትያ ምሕንባስ ኣበየት።ኣብ መወዳእታ እቲ ሰብኣይ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝነበሩ ሰባት በራድ ናይ ሻሂ ለሚኑ ማይ ብምፍላሕ ብኣጋንኖ ናብቲ ዝሑል ባሕሪ ሓወሰሉ። እታ ጓል ድማ ካብዚ ቀጺላ ብሓጎስ ዘሊላ ክትሕንብስ ናብቲ ባሕሪ ኣተወት።

እቲ ባሕሪ ውዑይ ማይ ቅድሚ ምፍሳሱን ድሕሪኡን ሓደ ደኣ ነበረ'ምበር ለውጢ ኣይነበሮን።እቲ ናብቲ ባሕሪ ዝተወሰኸ ሒደት ውዑይ ማይ ነቲ ባሕሪ ካብ ሙሚቅ፡እቲ ባሕሪ ነቲ ዝተወሰኸ ውዑይ ማይ ናይ ምዝሓል ሓይሉ ይብርትዕ ነበረ።ኣብ ኣእምሮ ናይታ ጓል ግን ቅድሚ ምውሳኽን ውዑይ ማይን ድሕሪኡን ለውጢ ኣምጽኡ።ማለት ኣቐዲሙ ዛሕሊ ዝነበረ ባሕሪ ድሒሩ ምውቕ ከምዝኾነ ኣመነት።ስለዚ ነቲ ክትኣትዎ ዘይደለየት ዝሑል ባሕሪ፡ዝሞቐ መሲልዋ ተደዓሚሳ ናብ'ቲ ባሕሪ ኣተወት።ድያሽን ዝገበሮ ዝመስል ነገር እኳ እንተኾነ ኣእምሮ ወድሰብ ግን ጌና ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ንዝመስል ነገር ከምዝግዛእ ይፈልጥ ነበረ።ንሱ ከምዘታለላ'ኳ እንተፈለጠ ጓሉ ግን ንሓሶት ሓቂ ኢላ ክትሕንብስ ጀመረት።እቲ ማይ ዝሑል'ዩ እንተ ዝብላ ምተኻትዓቶ ደኣ'ምበር ኣይምኣመነቶን ኔሪ።ብዝመስል እምነትን ኣተሓሳስባን ዘእመናዮም ሰባት፡ተመሊስና ስርሓት ሰብ ምኽኑ'ኳ እንተነገርናዮም፡ንሳቶም ግን መለኮታዊ ሓቂ'ዩ ኢሎም ተቐቢሎሞ ስለዝጸንሑ ንዓና ኣትሪሮም ይቃወሙና።ንሕና ዝሰቐልናዮ ባዕልና ክነውርዶ ምስ እንደሊ ብዙሕ ግዜ'ዩ ዘሸግረና።ኣተሓሳስባና ኣብ ሰባት እምነት እንተደኣረኺቡ፡ንሳቶም ካባና ንላዕሊ መስዋዕቲ ይኽፍልሉ።

ሰይጣን ድማ ልክዕ ከምዚ'ዩ ዝገብር።ሰይጣን ገና ካብ ስሙ ኣትሒዙ ብሰባት ዝተጸልአ'ዩ።ሰባት ናይ ሰይጣን'ዩ ካብ ዝተባህለ ንዘበለ ንሓሳቡ ከይተረፈ ኢዮም ዘወግዙ። ሰይጣን ድማ ናብቲ ካብ ውቅያኖስ ዝሰፍሕ ሓሶቱ ውሑድ ሓቂ ምስ ዝሕውሰሉ፡ሰባት ከይሓሰቡ ብሓጎስ ምሕንባስ ይጅምሩ።ሓደ ዓቢ ሰብ፡-"ጌጋ ንሓቂ ተጎራቢቱ ስለዝነበር የታልለና" ዝበለ ኸኣ ነዚ እዩ።ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት እቲ ሓደ ዝተራእየ ናይ ሰይጣን ክእለት ምትላል እዩ።ነገራት ንዘይኮኑዎ መሲሎም ክቕርቡ ኣጸቢቑ ዘቀናብሮምን ቀንዲ ዋንኡምን ሰይጣን'ዩ።ሓቅን ሓሶትን ዝተሓወሶ ወረ ከኣ ካብቲ ጠቕሊሉ ሓሶት ዝኾነ ወረ ዝያዳ ንሰይጣን ዕላምኡ ይሃርመሉ።

ዝመስል ነገር ንኻልኦት ምግጋይ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዋና'ውን ከይተረፈ'ዩ ዘጋጊ።ብዙሓት ሓሰውቲ በኽይቲ ኢዮም፡ንብዓቶም ከኣ ከም ዛራ'ዩ ዝፈስስ።ሓሳዊ ደኣ ስለምንታ'ዩ ዝበኪ፤ምስእንብል፡ሓሳዊ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘላቶ እንኮ ደጋፊት ንብዓቱ ጥራይ ስለዝኾነት'ዩ።ሓሶት ከም ሓቂ ቀልጢፉ ክትረግእ ብዘይ ምኽኣላ ክትደክም ከላ ዝሕግዛ መሳርሒ ንብዓት ኢዩ።ኣብ ዓለም ዘእምኑ ነገራት ዘይኮነ ዘታልሉ ነገራት'ውን ኣለዉ።ኣብ ውሽጥና ብምኽንያት'ቲ ብዘይ ቀለም ዝተጻሕፈ ሕጊ እግዚኣብሐር ንሓሶት ምስ እንሕዞ ዕረፍቲ ኣይህበናን።ካልኦት'ኳ እንተኣመኑና ሕሊናና ግን ዕረፍቲ ኣይስምዖን።ኣብ ውሽጥና ዘሎ መንፈሳዊ ሕጊ ዝደልዮ ስለዝፈልጥ ነቲ ዝደልዮ ምስዝረክብ ጥራይ'ዩ ዕረፍቲ ዘስተማቕር።ዝመስል ነገር ምልኩዕ እዩ እንተኾነ ግን ሂወትን ጽጋብን የብሉን።ናይ ፕላስቲክ ፍረታት ኣብ ጣውላ መቕረቢ-መኣዲ ተቕሚጦም ክረኣዩ ከለዉ ናይ ብሓቂ ፍረታት'ዮም ዝመስሉ።ነበርቲ ስለዘይኮኑ ድማ ኣይጽምልዉን'ዮም።ካብቲ ናይ ተፈጥሮ ፍረታት ንምፍላዮም ክሳብ ዘጸግሙ ከኣ የጋግዩ፡ክትቀርቦም ከለኻ ግን ይፍለጡ።ብርሑቕ ጸቢቕም ብቕረባ ደረቕ ምኳኖም ምስ ተፈልጡ ተስፋ የቕሩጹ።እንተኾነ ካብ ጽቡቕ ናይ ፕላስቲክ መልክዖም ሓንቲ ዝጸምልወት ሓቐኛ ናይ ተፈጥሮ ኣራንሺ ትበልጽ።

ብዙሓት ነገራት ተፈጥራዊ ዘይኮኑስ ስራሓት ኢድ-ሰብ ኢዮም፡ብርሑቕ ክረኣዩ ከለዉ ድማ ምልኩዓትን ዘቕንኡን'ዮም፡ብቕረባ ክረኣዩ ከለዉ ግን ባዶ ኢዮም። ብዙሓት ምሁራት ብርሑቕ ክረኣዩ ከለዉ ምልኩዓት'ዮም፡ብቕረባ ግን ተግባር የብሎምን። ብዙሓት ሃብታማት ብርሑቕ የቕንኡ ኢዮም ሃብታማት'ዮም'ውን ዝመስሉ፡ብቕረባ ግን ድኻታት'ዮም።ሃብታማት ካብ ምኳን ሃብታማት ክበሃሉ ዘለዎም ድልየት ይዓዝዝ። ክኾኑዎ ዝኽእሉ መጠነኛ ናብራ ገዲፎም፡ዓበይቲ ሃብታማት ንምምሳል ኣብ ዕዳ ይኣትዉ።ስለዚ ንዝመስል ነገር ጥዕናን ህይወትን ኣሕሊፍካ ምሃብ ካብ ትማሊ ሎሚ እናገደደ'ዩ መጺኡ።

ሓደ መዓልቲ መገዲ እናተጓዕዝኩ ከለኹ ሰራቒ ኢዱ ኣብ ጁባይ የእቲዩ ታሴራ ወሰደለይ።ጁባይ ፈቲሹ ገለ ነገር ከምዘይረኽበ ምስ ፈለጠ ታሴራ ኣውዲቕካ ኢሉ ሃበኒ። ምሳይ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ የዕሩኽተይ ኣማዕድዮም ክከታተሉዎ ጸንሑ፡ብቕልጡፍ መጺኡም ከኣ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረ ከዋጥሩዎ ከለዉ ኣነ ሕቶ ሓተትኩዎ "ክንድዚ ዝኣኽሉ ሰብ ምልኩዕ ክዳን ሰባት እንሃለዉ ስለምንታይ ጁባይ ክትፍትሽ መረጽካ"፤ በልኩዎ።ወዮ ሰራቒ ተረጋግኣ እሞ "ምልኩዕ ክዳን ዝተኽድኑ ሰባት ጅቦኣም ምስ እንፍትሽ ገለ ነገር ኣይንረክብን ኢና፡ምኽንያቱ ነቲ ገንዘብ ኣብ ዝባኖም ንዘሎ ክዳን ስለዘህልኹዎ ባዶ ኢዮም። ዘይረብሕ ክዳን ኣብ ዝተኽድነ ሰብ ግን ብዙሕ ገንዘብ ኢና ንረክብ በለኒ። ምኽንያቱ እቲ ትሑት ክዳን ዝተኽድነ ነዚ ኣከዳድና ዝመረጸ ንኽቕጥብ ኢዩ በለኒ።ጁባና ዝፈልጡ ሰረቕቲ እምበኣር ኩነታት መነባብሮና ይፈልጡ ኢዮም።ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ መንነት ናይቲ ሰብ'ውን'ዮም ዝፍትሹ።ነቲ ገንዘብ ወሲዶም ስቕ ኣይብሉን፡መሊሶም'ዮም ዝመራመርሉ።እወ ደጌና መልኪው ውሽጥና ጥራዩ ምኳኑ ንሓቂ የሕዝና።ሓቂ፡- "ተኣማምነት ገዛእ ርእስኻ ክሳብ ዘይፈለጥካ ጌና እሙን ኣይኮንካን" ኢያ ትብለና።ንኻልኦት <u>" ኣነ ከምዚ'የ ኢልካ ምውራይ ቀሊል እዩ፡" ንገዛእ ርእስኻ(ህሕልናኻ)ንኽተእምን ግን ኣዝዩ ከቢድ'ዩ።</u>

ኣብ ንግዲ ዓለም ካብ ዘለዉ ሸፈጥቲ፡ሓደ ነጋዳይ ገለ ነገር ዘይፈልጥ መሲሉ፡ መስሓቕ ሰብ ክኸውን ፍቓደኛ ኮይኑ ብዘይ ኣገባብ ንብረት ይመናጥል።ሰባት ሰኣን ኣፍልጦኡ ምኳኑ እናተዛረቡሉ ንብረቶም ግን መኽሰብ ዘሎዎ ጌሮም ገዲፎሙሉ ይኽዱ።

ብዝመስል ነገር መኽሰብ ንምርካብ ኣቐዲምካ ወጻኢ ምኽፋል ዝተለምደ'ዩ።ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብዝመስል ነገር ይውቅባ፡ናይ ባዕለን ዘይኮነስ ዝነቓነቐ ኣካላት'የን ዝስከማ፡ብጥንቓቐ ድማ ይንቀሳቐሳ።ብዛዕባ ሓደ ንእሽቶ ነገር ክሓስባ ከለዋ ድማ ነቲ ዝዓበየ ይርስዕኦ።ብመልከዐን ደኣምበር ብስፍሓት ኣረኣእያኣን ክፍተዋ ኣይደልያንየን፡ነዚ ክብላ ድማ ብዙሕ ሰዓታት የጥፍኣ።ምውህላል ናይ ሰዓታት ተኣኪቡ ዕድመ ስለዝኸውን ዕድመኣን ይኽስራ።ልዕሊ ሕጹየን ንቆናኒተን ምስጢረን የካፍላ፡ክልተ ዓይነት ሰብ ኮይነን ድማ ይቐርባ።መልክዐን ደኣ'ምበር ልቦን ኣይገልጻን'የን።ዝመስል ነገር ጸኒሑ ክዉን ምስዝኸውን ከኣ ዝምድና ምፍራሱ ኣይተርፍን'ዩ።

ዝመስል ነገር ሓቐኛ ከምዝመስል ኮይኑ ንኽቐርብ ብጥንቃቐን ብብልሓትን'ዩ ዝዳሎ።ዝመስል ነገር ምስ ሓቀኛ ነገር ፊት ንፊት'ዩ ዝቐዉም።ብዙሓት ወገናት ብዝመስል ነገር ተታሒዞም ይነብሩ።ክታለል ዝፈቱ ሰብ'ኳ እንተዘይሃለወ ዝመስል ነገር ንምፍላይ ግን ስጋዊ ፍልጥትና'ውን ኣይሕግዘናን'ዩ።መንፈስ እግዚኣብሄር ናይ ነገራት ዕምቆት እንተዘይገሊጹልና ብዙሕ ነገር ተሸፊኑና'ዩ ዝነብር።ዓለም ብዝምስል ነገር ዝተመልኣት'ያ፡ ሰባት ድማ ኣብዚ ነገር'ዚ'ዮም ዝሕምብሱ።

መብዛሕቲና ብኽምዚ ዝስዕብ "ዝመስል ነገር" ተሓጺርና ኢና እንነብር፡-

- ፍቕሪ ብዝመስል ዝፈታ
- ሓድነት ብዝመስል ኣድማ
- ሰላም ብዝመስል ምርግጋእ
- ሓጎስ ብዝመስል ሰሓቕ
- ፍቕሪ ሰበይቲ ዝመስል ኣመንዝራነት
- ቁጠባ ዝመስል ስስዕቲ
- ርህራሄ ዝመስል ምብታን
- ህያብ ዝመስል ልቓሕ
- ምስጋና ዝመስል ጸርፊ
- ዲፕሎማሲ ዝመስል ሓሶት
- ሓዘን ዝመስል ምርምጣጥ ከንፈር
- እምነት ዝመስል ወገናውነት
- ክብሪ ዝመስል ምጉምባስ
- ቆራጽነት ዝመስል ጭካኔ
- ትዕግስቲ ዝመስል ስንፍና
- ትግሃት ዝመስል ታህዋኽ
- ምፍታው ዝመስል ምልምማድ
- ስቕታ ዝመስል ዓባስነት
- ግሉጽነት ዝመስል ዕብዳን
- ምስጢር ዝመስል ጥራዩ ነገር
- ዕልልታ ዝመስል ዋይዋይታ
- ደገፍ ዝመስል ፍርሒ
- ምዕባለ ዝመስል ምልፍላፍ

- ፍቕሪ ሃገር ዝመስል ጽልኣት

ዝመስል ነገር ካብ ተፈጥሮን ካብ ሓቅን ዝረሓቐ ኮይኑ ብጣዕሚ'ውን ኣድካሚ ኢዩ።ከምቲ ጻህያይ ኣብ ኣታኽልቲ ተጸጊው ዝብላዕ ዝካፈል፡ዝመስል ነገር ድማ ንሓቀኛ ነገር ተጸጊው ዘይግብኡ ክብሪ ክካፈል ይፍትን።ሓቂ ካብ ሓሶት ብብርሃን ተፈልያ ንኽትልለ ዝከኣል'ዩ፡ሓቂ ካብ ዝመስል ሓሶት ንምውጻኣ ግን ብዙሕ ጻዕሪ'ዩ ዝሓትት።እዚ ዘለናዮ ዘመን ወርቂ ዝመስሉ ሕብርታት፡ፍረታት ዝመስሉ ፕላስቲክ፡ሰብ ዝመስሉ ዝተንጠልጠሉ ባምቡላታት ዘለወሉ ዘመን እዩ።ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ ግን ሓቂ ንኽመስሉ ተጌሮም ብክኢላታታ ዝተለጠፉ ሓሶት'ውን ኣለዉ።ሓሳዊ ምኽን የወግዝ፡ሓቐኛ ምኽን ግን ደረቐኛ ከም ትባሃል ይገብረካ።

ሓቂ ናይ ሓሶት ደገፍ ከይረኽበት ደው ናይ ምባል ተኽእሎ ኣለዋ፡ሓሶት ግን ሓቂ መሲላ'ያ ደው ክትብል ትጽዕር።ዓበይቲ መንፈሳዊ ፍረታት'ኳ በዚ ዝመስል ነገር ተተኪኦም'ዮም።ንሓቂ ከይረኽብና ሰብ-ራእይ ኣይንኽውንን ኢና፡ምኽንያቱ ናይ እምነት ኮነ ናይ ራእይ መሰረት ሓቂ ኢዩ።ብዙሓት ክርስትያናት ጨቢጦም ዘንብርዎ ስርሓት ኢድ ሰብ ዝኾነ ጽድቂ ኣለዎም።ንፍቕሪ ፍቕሪ ዝብሉዎ ብምፍታው ዘይኮነ፡ዝፈትዉዎ ዝመስሎም እንተኾነ ንዘይጸልእዎ ሰብ ኢዮም።ፍቕሪ ግን ምፍታው ደኣ'ምበር ዘይምጽላእ ኣይኮነን።እቶም ንርህራሄ ልቓሕ ጌሮም ዘይምልሱ ድኻታት'ዮም ካብ ዝብል ኣገላልጻኦም፡-"ኣነ ናይ ዝኾነ ይኹን ገለ ነገር ኣይሓልፈንን" ብዝብል ሓሳብ ተጨቢጦም ይነብሩ።ዝመስል ነገር ናብ ቤት ኣምላኽ ኣትዩ ክርስትያን ዝኾኑ ፈሪሳውያን ኣብ ምፍራይ ይርከብ።ሓቀኛ ሓቂ ንምርካብ ንብዙሓት'ዩ ዘጨንቕም ዘሎ፡ሓቂ ግን ክሳብ ክንድዚ ስውር ዘይኮነ፡ንሕጂ ዝመርር፡ንዘለኣለም ግን ዝምቅር እዩ።ካብ ጸኒሑ ዝመርር ንግዚኡ ዝምቅር ሓሶት፡ናይ ሓቂ ግዝያዊ ምረት ይሕሸና።

ብዙሓት ሰባት ራእይ ዘለዎም እናመሰሎም ዘዳኽሩሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ራእይ ብዛዕባ ገዛእ-ርእስና ዝህልወና ዘየቋርጽ ሓሳብ ኣይኮነን።ራእይ ናብ ካልኦት ምጥማት'ዩ።ራእይ ዕግበት ናይ ሎሚ ዘይኮነ ጽባሕ እንበጽሖም ምርኣይ እዩ።ኣብ ዝሓልፍ ዕድመ እንሰርሖ ዘይሓልፍ ስራሕ ብራእይ ዝርከብ ዘበለ እዩ።ንስመይ ንታሪኽይ እናትባህለ ዝስራሕ ስራሕ ራእይ ኣይኮነን፡ራእይ ርእስኻ ክሒድካ ናብ እግዚኣብሔር ምጉዝ'ዩ።ኣነ ንባዕለይ እናበሉ ዝነብሩ፡ዓለም ኩሉ ንዕኦም ክነብር ዝደልዩ ናይ ራእይ ሰባት ክበሃሉ ኣይክእሉን'ዮም።ብዙሓት ድማ ገዛእ ርእሶም ከታልሉ ይውዕሉን ይነብሩን ኣለዉ።

ሽጉራት ንሕግዝ፡መሳኪን ንድግፍ እናበሉ ትካል ተኺሎም ዝንቀሳቐሱ፡ ብዛዕባ ራእይ ክዛረቡ ከለዉ ድማ ኣፎም መዓር ዘንጠብጥብ፡ስርሖም ግን ዕረ ዝኾነ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።ሰብ ንሓደ ርእሱ ትካል ምኽፋት ኣየድልዮን'ዩ፡ተወሳኺ'ውን እቶም ብስም ድኻታት ዝሸቅጡ ሰባት ወረ ደኣ'ምበር ተግባር ዘይብሎም ኮይኖም፡ብዙሕ ግዜ ካብ ምዝራቦም ዝተላዕለ፡ራእይና ዝብልዎ ነገር ከም ጥቕሉል መጽሓፍ ዝገድፍዎ፡ተግባር ዘይብሎም ዓበይቲ ኢና በሃልቲ ኢዮም።ካብ ምድቃሶም ንነሆ ሰዓት ትሸዓተ ይትንስኡ፡ኣብ መሕጸቢ ነብሲ ኣብ ማይ ውዑይ ተኣሊኾም ክሳብ ዓሰርተው-ክልተ ሰዓት ይጸንሑ፡ክልተ ሰዓት ናይ ምሳሕ ግዜ ይወስዱ፡ሰዓት ክልተ ምስኮነ ካብቶም ዝደወሉሎም ሰባት ንሓደ ብዕጫ ኣውጺኦም ሰዓት ሰለስት ቆጸራ ይሕዙ፡ናብዚ ራእይ ብኽመይ ከምዝኣተዉ ክሳብ ሰዓት ሸሞንተ ተሪኾም፡እዚ ኩሉ ንዝሰምዓሎም ሰብ ናይ እዝኖም ኢንሹራንስ ገንዘብ ከፊሎም ንገዝኦም እናተመልሱ ብጣዕሚ ቢዚ ኢና (busy) እናበሉ ዘውርዩ፡ንሕና

ንወገናትና ዘይኮናዮ ነገር እንታይ ኣሎ ብምባል፡ብሓጺር ቃል ተቐሪስናሎም ዝብሉ ሰባት ብዙሓት ኢዮም።ንዘይሕፍሩ ሰባት እናሓፈርና ብዙሕ ዘመን ኢና ኣቑጺርና።ግን ብዝመስል ነገር ከማና ዝጠፍኦ መን ኣሎ፧ሰብ-ራእይ ክንባሃል ደኣምበር ራእይ ዘለዎም ምኻን ኣይተቐበልናዮን።

ሓደ ሓደ ሰባት መኪና ዘይብሎም መፍትሕ-መኪና ሒዞም ካብ ዘሎ ንላዕሊ ይዛረቡ።ድኽነት ድልየት ምኻኑ ኣይተረደኡን፡መኪና መገልገሊት ንብረት'ያ።እታ መኪና ልቢ እንተዝህልዋስ ብኣና ደኣ ምኾርዐት'ምበር፡ንሕና ተመሊስና ብኽመይ ብንብረት ንኾርዕ፧ዝተሰብረ ፍኒስትራኦም ምዕራይ ስኢኖም ቁሪ መስሎኺ ረኺቡ ቁሪ ሃሪሙኒ፡ ከምዚ ካብ ኮነ ንሰራሕተኛይ ክሰጎም እየ ዝብሉ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ።ዘይኮንናዮ ከይንኽውን ክንብል ነቲ ዝኾናዮ ከየተዓራረናዮ ንነብር።ካብዚ ሓሊፉ መጋረጃ ኣብ ዝተቐንጠጠሉ መዓልቲ ክንሓፍር ኢና።ናይ ትምህርቲ መሳረሒ ኣእምሮን፡ንኽመሃሩ ድማ ዕድል ምስ ረኸቡን፡ኣነ ከምዚ'የ እናበሉ ብሓሶት ብናይ ትምህርቲ መዓርግ ዝጽውዑ ሰባት ኣለዉ።ኣምጽኡ ክበሃሉ ከለዉ በቲ ዘርእዩዎ ካብ ምኹራዕ፡ንዝኾኑዎ ምጥቃም ዝደለይዎ ብሓገዝ እግዚኣብሔር ምርካብ ይሓይሽ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዊስኪ ኣውሪዶም ኣነ ካብ ሎምዓንቲ ደጀዥማት እየ ዝበሃል ዝብሉ ነበሩ።ደጀዥማት ናይ ምኻን ድልየቶም ግን ግዝይኡ ምስ ሓለፈ ኣብ ግዜ ደርጊ እዩ ኔሩ።ብዝመስል ዝተመልኡ ሰባት ኢያሱ ኣብ ገባኦን ጸሓይ ደው ከምዘበለ ንሶም ድማ ነቲ ዘመን ደው ዘብልዎ ኮይኑ ይመስሎም።እቲ ዘመን ተንቀሳቓሲ'ዩ ንሳቶም ግን ኣብ ሕሉፍ ደው ይብሉ።ምምስሳሎም ተፈሊጡ ስሞም ሰማይ በጺሑ።ንሳቶም ግን ሎሚ ከታልሉ ዝኽእሉ ይመስሎም።ሰብ ንሓደ ካልእ ሰብ ብሓሶት ዘታልሎ እዚ ሰብ'ዚ ብፍልጠት ካባይ ዝተሓተ'ዩ ኢሉ ምስዝግምቶ ኢዩ።ኣብ መወዳእታ ግን እቶም መታለልቲ ሰባት ዘይፈልጡ ምኻኖም ይገሃድ'ዩ።ፖሊስ ንናይ ኢድ ሰረቕቲ፡ ኣስተውዓልቲ ድማ ንናይ ኣፍ-ሰረቕቲ እዮም ዝሕዝዎም።መምሰሊ ግን ገዛእ ዘመኑ ይሰርቕ ብምህላዉ መን ክሕዞ ይኽእል፧ገዛ ናይ ሓደ ሰብ ክቃጸል ከሎ ነእዊ ኢና፡እዚ ቅንዕና ኢዩ።"ከይተቓጸለ ብሓሶት ተቓጺሉ ኢልና ናይ ምእዋይ-ቅንዕና ግን መን ይህበና"፧ዘመልከዑና ነገራት ብምልኣም ዘርዚርና ከነቕርቦም ኣይንኽእልን ኢና።ምኽንያቱ መበል ካልኣይ መልክዕና ካብቲ ቀዳማይ መልክዕና ካብ ዝረኸብናሉ ንደሓር ስለዘሎ ኢዩ።ኣብ ሸምግልናኦም ገንዘብ፡ካብ ሸምግልና ክብሪ፡ ካብ ምስራሕ'ውን ብርትዐ ዝረኸቡ ናብ ሓጢኣትን ናብ ናይ ምምስሳል ናብራ ኣትዮም'ዮም።ናይ ብሓቂ ኩላትና ጠፊእና ኢና፡ጸኒዑ ዝነብር ዘሎ መዓርግና ዘይኮነስ ሰብነትና ምኻኑ መን ክነግረና ምኽኣለ።ዝመስል ነገር ንናብራናን፡ንእምነትናን ንራእይናን ጎዲኡዎ እዩ።

ቀጺሉ ዘሎ መግለጺታት መንነት ራእይ የብርሃልና፡-

- ተግባር ዘይብሉ ራእይ ናይ መዓልቲ ሕልሚ እዩ፡ራእይ ዘይብሉ ተግባር ድማ ናይ ለይቲ ሻቕሎት'ዩ።
- ተግባር ዘይብሉ ራእይ ሕልሚ ጥራይ እዩ፡ራእይ ዘይብሉ ተግባር'ውን መሕለፊ ግዜ ስራሕ ጥራይ'ዩ።
- ተግባር ዘለዎ ራእይ (ራእይ ምስ ተግባር)ምስዝህሉ ንዓለም ምልዋጥ ይከኣል።

ራእይ ተግባር ከምጽእ ኣለዎ፡ተግባር ዘይብሉ ራእይ ግን መጨረሽታ ዘይብሉ መጀመርታ እዩ።ናይ ኣሳልጦታትና ምሉእ ክብሪ ብራእይ ምስ ዝትግበር እዩ።ሰባት ብዛዕባ ራእይ ጥራይ እናተዛረቡ ዘይክሰርሑ ይኽእሉ እዮም፡እዚ ዓይነት ራእይ ግን ልቢ ኣሊዩዎ እግሪ ዘይብሉ ራእይ እዩ፡ስለዚ ከኣ ኣብ ዝሓሰቦ ኣይበጽሕን'ዩ።ሰባት ተግባር ሒዞም ራእይ ዘይክህልዎም ይኽእል'ዩ።እዚ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ዓወት ስለዝኾነ ኣየሐጉስን'ዩ፡ራእይ ዘሎዎ መስርሕ ግን መልክዕ ናይ ምንባር'ዩ።

ሓደ ህዝቢ ናብ ዕብየት ንኸይመጽእ ካብ ዝኽልክልዎ ነገራት ሓደ ምምሳል'ዩ።ንሕና ፍሉያት ህዝቢ ኢና፡ናይ ቀደም ስልጡናት ኢና ጥራይ ምባል፡ ናብቲ ንሓስቦ ደረጃ ኣየሰጋግረናን'ዩ።"ኣብ ታሪኽ ምድንጓይ ኣብ ሓመድ ምንክብላል እዩ" ዝብል ምስላ ነዓና መግናሕትና እዩ።ሓደ ህዝቢ ናብ ናይ ብርሃን ፍልጠት ንኸወጽእ፡ናይ ታሪኽ ሕምባሻ ካብ ምልሓስ (ምልማጽ) ወጺኡ ሎሚ ንኽበልዕ፡-

1. "ጸገሙ ተረዲኡ ጸገመይ እዚ ኢዩ ክብል ኣለዎ"።
2. "ካብ ካልኦት ሰባት ናይ ገንዘብ ምጽዋት ዘይኮነ፡ናይ ፍልጠት ምጽዋት ክሓትት ኣለዎ'።
3. ብማእከል ርግጸኛ ዝኾነ ሽግር ክሓልፍ ኣለዎ፡ምኽንያቱ ሰብ ግዜ ምስ ዝጭክነሉ እዩ ዝጭክን።

ብዙሓት ናይ ስነ-ልቦና መነቓቓሕቲ፡ ንምምሳል ዝሃንጹ ደኣ'ምበር ንሓቂ ዘርእዩ ኣይኮኑን።ሳይኮሎጂ "ሰብ እንታይ ይደሊ" ዝብል ኣጽኒው የጣጥሕ ደኣ'ምበር፡ሰብ ዝተሰርሓሉ ሓቅን፡ናይ ሕማሙ ፈውስን እንታይ'ዩ፧ ብዛዕባ ዝብል ሓሳብ፡ንወሎዶታት ድንዛዜ ከይከውን'ዩ ስግኣት ዘሕድር።ካብ'ቶም ኣብ ብዙሕ ጎዳኢ ነገራት እንሰማምዖም ሰባት፡ውሑድ ሓቅን ቀጻሊ ቅንዕናን ምስእንነግሮም ይጸልኡና።ብሓሶት ደንዚዞም ስለዝርከቡ፡-"ንምንታይ ኣብ ሓድሽ ተጀምረና"፡ንብዙሕ ዓመታት ዝነበርናሉ ነገር ስለምንታይ ዋጋ ከምዘይብሉ ትገብሮ፧" ክሳብ ዝብሉ'ዮም ዝኾኑ። እሞ'ኸ ደኣ ተጨነቐ ማለትካ ዲኻ፧እናበሉ ከኣ ይሓዝኑ።ንሓቂ እናተለዋወጥና ክንሕጎስ ከምእንኽእል ዝዘንጋዕና ኢና ንመስል።ወርቂ እንተጠፈአ ሚዛን ብኸመይ ይጠፍእ እዩ ኸኣ ዘብል።

ሓደ ሰብ "ኣብ ውሽጢ ፖለቲካ ሓቂ ምስትሕውስ፡ፖለቲካ ዝበሃል ኣይህሉን" በለ።ፖለቲከኛታት ንምምሳል ከም ናይ ፖለቲካ ጽድቂ ይሪኡዎ።ድኻ ንዝኾነ ህዝቢ ንብዓት ሓርገጽ እናነብዑሉ፡ሎሚ ብዘለዎም ውሑድ ነገር ዘይኮነ፡ብዘይ ተጨብጠ ነገር ብትምኒት እናራህርሁሉ ይነብሩ።ድልየቶም ክሳብ ዝተማልኣሎም ልምሉማት፡ድልየቶም ካብ ዘይተማልኣሎም ድማ ቁጡዓት እዮም ዝኾኑ።ዝመስል ነገር ኣብ ዙርያና ክኸበና ከሎ ኣነ'ኸ ሓቀኛ ደኾን'የ፧ኢልና ክንሓትት ኣለና።

ኣብ ዓለም እንሪኦ ነገር መብዛሕቲኡ ጽልዋ ቤት-ክርሲያን እዩ። ቤተ-ክርስትይን ወገነኛ ክትከውን ከላ ዓለም'ውን ወገነኛ ትኸውን።ቤተ-ክርስትያን መምሰሊት ምስ እትኸውን ዓለም'ውን ብኹርዓት ትመሳሰል።ሎሚ ቤተ-ክርስትያናትና ምስእንዕዘብ ሰለስተ ወገናት ይርከቡዋ፡-

- መምሰልቲ
- ጨካናት
- ሓቀኛታት

ዝመስል ነገር ንዕድመ እናስሓቀ ዝጭርሽ ዕብዳን ኢዩ፡ዝመስል ነገር ከም ሓደጋ ቀልጢፉ ዝቐትል ዘይኮነ ቀስ እናበለ ዝድርቢ ኢዩ።ራእይ ዝመስል ግን ራእይ ዘይኮነ ብዙሕ ራእይ ዝመስል ይረአ ኢዩ።ንሕና ዝሓዝናዮ'ኸ ብርግጽ ራእይ'ዶ ይኸውን፤ኢልና ክንሓትት ይግባኣና።ሓቀኛ ወርቂ ደጋዊ መልክዑ ኣብ ውሽጡ ምስእንረኽቦ ኢና ወርቂ ኢልና ንፈልዮ። ላዕላዩ ጥራይ ወርቂ ዝመስል ግን ቅብኣት'ዩ።ኣብ ውሽጢ ራእይ ዘለዎ ትካል ስለንሰርሕ ዲና፡ወይስ ራእይ ስለዘለና ኢና ንጎዱ ዘለና፤ራእይና ኣብ ኣጀማምራ ራእይ ዝነበረ ኮይኑ ሕጂ ግን ዝጀመርናዮ ንምውዳእ ጥራይ ንኸይብሉኒ ዲና እንጎዱ ዘለና፤ኢልና ግዜ ወሲድና ገዛእ ርእስና ክንሓትት ይግባኣና።እምበኣር ነቲ ጸገም ምልላይ ፍርቂ መፍትሒ ስለዝኾነ ኣጀና።

<u>ነስተውዕል</u>

- ብዝመስል እምነትን ኣተሓሳስባን ዘእመናዮም ሰባት፡ተመሊስና ስራሓት ኢድ-ሰብ'ዩ ምስእንብሎም፡ንሳቶም ግን መለኮታዊ ሓቂ ኢዩ ኢሎም ስለዝቐበሉዎ ነዓና ይቃወሙና።
- ነገራት ዘይኮኑዎ መሲሎም ንኸቐርቡ ቀንዲ ኣወሃሃዲኦም ሰይጣን ኢዩ።
- ደጌና መልኪዑ ውሽጥና ጥርሑ ምኺኑ ንሓቂ የሕዝና።
- ዝመስል ነገር ምስ ሓቀኛ ነገር ፊት-ንፊት'ዩ ዝቐውም።
- ሓቂ ናይ ሓሶት ደገፍ ከይደለየት ደው ትብል፡ሓሶት ግን ሓቂ መሲላ ክትቀውም ትጽዕር።
- ንሓቂ ከይረኽብናያ ራእይ ዘለዎም ኣይንኸውንን ኢና፡ምኽንያቱ ናይ እምነት ኮነ ናይ ራእይ መሰረቱ ሓቂ ኢዩ።
- ሓቀኛ ሓቂ ምርካብ ንብዙሓት ጭንቂ ኢዩ።
- ራእይ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ዘለና ሓሳብ ዘየቋርጽ ሓሳብ ኣይኮነን፡ራእይ ናብ ካልኦት ምጥማት እዩ።ራእይ ብናይ ሎሚ ምዕጋብ ዘይኮነ ጽባሕ እትበጽሖ ምርኣይ እዩ።
- ሰብ ንሰብ ዘታልሎ፡እዚ ካባይ ዝተሓተ ፍልጠት ዘለዎ'ዩ ኢሉ ምስዝግምቶ እዩ።
- ዘመልክዑና ነገራት ብምልኦም ዘርዚርና ምዝራብ ኣይንኽእልን፡ምኽንያቱ ካልኣይ ጽባቔና ኣብቲ ቀዳማይ ጽባቔና ድሕሪ ምርካብና እንረኽቦ ስለዝኾነ።
- ዝመስል ነገር ንመነባብሮና፡ንእምነትና ንራይእና ጎዲኡዎ ይርከብ።
- ተግባር ዘይብሉ ራእይ መወዳእታ ዘይብሉ መጀመርታ እዩ፡ራእይ ዘይብሉ ተግባር ድማ መጀመርታ ዘይብሉ መጨረሽታ እዩ።
- ነቲ ሓቀኛ ወርቂ ክንፈልዮ እንኽእል ደጋዊ መልክዑ ኣብ ውሽጡ ምስ እንረኽቦ ጥራይ'ዩ፡ ደጊኡ ጥራይ ወርቂ ዝመስል ግና ቅብኣት(ሕብሪ) ጥራይ'ዩ።

※ ※ ※

ምዕራፍ 4

<u>ራእይ ዘይኮነ ነገር</u>

ሓንቲ ሰበይቲ ናብቲ ኣፍደገ ቤት-መንግስቲ ሃጸይ ቴዎድሮስ መጺኣ ነቶም ወተሃደራት “ንጃኑሆይ ሕልሚ ሪኤሎም’ሞ ክነግሮም መታን ኣእትዉኒ” በለቶም።እቶም ወተሃደራት ድማ “ሻቕሎትኪ ዝሰምዑሉ ጊዜ የብሎምን ተመለሲ”በሉዋ።ንሳ ድማ፡-እንታይ ገደሰኒ ሓደ መዓልቲ ምስ ረኽብኩዎም ምንጋረይ ኣይተርፈንን’ዩ” ኢላ ንድሕሪት ተመልሰት።ገለ ካብቶም ወተሃደራት ግን፡-ረኺባ ምስትነግሮም ንምንታይ ዘየእተኹማ ኢሎም እንተተቕጥዑና’ሽ’ደኣ፤ስለዚ ትእቶ’ሞ እንተ ደለዩ ንሶም ባዕሎም ይምለሱዋ ኢሎም ጸዊዖም ኣእተዉዋ።“ጃንሆይ! ሓንቲ ሰበይቲ ሕልሚ ሓሊመልኩም’ሞ ክነግረኩም መጺኣ ኣለኺ”ትብል ኣላ በሉዎም።ንሶም ከኣ ኣእትዉዋ ኢሎም፡ኣብ ቅድሚኦም ኣቕረብዋ’ሞ “እንታይ ደኣ ረኣኽለይ”፤በሉዋ።ንሳ ኸኣ፡- ጃንሆይ ኣብ ሱዳን ኮይኑ’ዩ ዝመስለኒ ብጽቡቕ ኣብ ዝተነጸፈ ዓራት ኣነን ንስኹምን ደቂስና ሪእ ሓጎስ ከኣ ተሰሚዑኒ በለቶም።ንሶም ከኣ ተገረሙ’ሞ፡-“እቲ ዝረኣኽዮ እዚ ጥራይ ድዩ፤” በሉዋ።እወ ጃንሆይ ኣዝየ ኸኣ’የ ተሓጉሰ በለቶም።ናይቲ ግዜ’ቲ ዕስራ ዲናር ሂቦም“ ንመጻኢ ግን ዓቕምኺ ሕለሚ ኢሎም ሰደዱዋ ይበሃል።ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ እቲ ገንዘብ ብዙሕ’ዩ ኔሩ፡እቲ ገንዘብ ክሳብ ዝውዳእ ከኣ ዓቕማ ክትሓልም ንኸይትርስዕ’ዮም ዝመስሉ።ብርግጽ ዓቕምኻ ምፍላጥ ብልሓት’ዩ።“ዓቕሙ ነይፈልጥ” ዝብል ቃል’ውን ኣብ ሃገርና ዓቢ ጸርፊ’ዩ።

ዓቕምኻ ምሕላም ግቡእ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡ራእይ ግን ብዓቕሚ እንሪኦ ኣይኮነን።ራእይ ብዛዕባ ጎቦ ኣይሓስብን’ዩ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ነገር ምርኣይ ግን ይኽእል’ዩ። ንዝነዓዝ ሰብ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ጎቦ ብድሕሪኡ ይኸውን።“ብኸመይ ክጉነጽ ይከኣል”፤ዝተባህለ ጎቦ ንድሕሪት ዘይሩ ክርእዮ ከሎ መልክዕ’ዩ ዝኾኖ።ራእይ ብዓቕሚ ኣይውሰንን፡ራእይ ግን ንዓቕሚ ዘበለ ይውስኖ።ውሽጥና “ዓቕምኻ እንታይ’ዩ” ይብለና፡ ሰባት’ውን ብዘይርሳዕ ዘረባ ዓቕምና ይነግሩና።ሰባት ብናይ ትማሊ ክመዝኑና ከለዉ እግዚኣብሔር ግን ብናይ ጽባሕ ተግባርና ሎሚ ይጽውዓና።ስምኡን ከለና ጴጥሮስ ይብለና። መጀመርታ ምርኣይ፡ካብኡ ድማ ምትንካፍ ባህሪ ናይ ራእይ እዩ።

ሕጂ ዘለና ዓቕሚ እንታይ’ዩ፤ኢልካ ብናይ ሕጂ ዓቕሚ ምጅማር ክብሪ ናይ ራእይ’ኳ እንተኾነ፡ናይ ኩሉ ግዜ ዓቕመይ እዚ’ዩ ግን ክበሃል የብሉን።ገንዘብን ስልጣንን ስለዘለና ራእይ ኣለና ማለት ኣይኮነን፡ራእይ ግን ስልጣንን ገንዘብን ከምዝመጽእ ይገብር። ሓደ ሰብኣይ፡-“ገንዘብ የብለይን ኢልካ መጽሓፍ ምጽሓፍ ኣይተቋርጽ፡ምኽንያቱ ገንዘብ ኣብ ዝተረኽበሉ መዓልቲ ዝጸሓፍ ካብ ኣእምሮ ይሃስስ’ዩ ይብሉ ነበሩ።እዚ ሓቂ’ዩ ኣብ ዓለም ከቢድ ነገር እንተሎ በዓል ራእይ ደኣ’ምበር በዓል ገንዘብ ምኺን ኣይኮነን።ራእይ ንመዋህለሊ ገንዘብ የመልክዖ፡ገንዘብ ግን ንራእይ ኣይመርሐን’ዩ።

“ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ምዝራብ ብዛዕባ ዘይኮነ ምዝራብ ማለት ኢዩ።ብዛዕባ ዘይኮነ ምዝራብ ድማ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ምዝራብ’ዩ” ይበሃል።ኩለንትና ናይ ራእይ ንምርኣይ ራእይ ንዘይኮኑ ነገራት ምርኣይ የድልየና።

ብሓጺሩ ራእይ እዞም ኣርባዕተ ነገራት ኣይኮነን፡-

- ራእይ መደብ ኣይኮነን

- ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን
- ራእይ ትምኒት ኣይኮነን
- ራእይ ትንቢት ኣይኮነን

1.ራእይ መደብ ኣይኮነ

ሃጸይ ቴዎድሮስ ነታ ብሕልማ ተሓቢና ዝመጸት ሰበይቲ ዓቕማ ከምዘይፈለጠት ብዘይርሳዕ ኣገባብ'ዮም ነጊሮማ።ሕልሚ ከም ዓቕምኻ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ራእይ ግን ብዓቕሚ ዝልካዕ ኣይኮነን።ሃጸይ ቴዎድሮስ ንባዕሎም ንጉስ ዝኾኑሉ ምኽንያት ብራእይ ደኣ'ምበር ብሕልሚ ኣይኮነን ኔሩ።መበገሲኡ ንዓዲ ግብሪ ኣየኽፍሉን ኔሮም። በገዛዝኣ መሳፍንቲ ተበታቲና፡ብናይ ከባቢ ነጋዉስ ተጨኒቕ ንዝነበረት ኢትዮጵያ ሓንቲ ክትከውን ዘኽኣሎም፡ዓቕሚ ቅድሚ ምህላዎም ራእይ ስለዝነበሮም እዩ።ራእይ ካብ መደብ ነጻ ኣይኮነን።ራእይ ካብ መደብ ነጻ'ኳ እንተዘይኮነ፡መደብ ዘበለ ግን ራእይ ኣይኮነን።ራእይ ብመደብ ክዕቀንን ከም እንዳእቲ ክእሰርን ይከኣል'ዩ፡እንተኾነ ግን ራእይ መደብ ኣይኮነን።መደብ መሰረቱ ገንዘብ እዩ፡ራእይ ግን መሰረቱ እግዚኣብሔርን ቅኑዕ ትጽቢትን እዩ።

ተግባራቶም ብመደብ ዘንቀሳቐሱ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ'ዮም።መደብ ጽቡቕን ኣገዳስን'ኳ እንተኾነ መብዛሕቲኡ ግዜ ግን ካብ መደብ ወጻኢ ኢና ንኸይድ።ኣይሁድ ዓሰርተ ትእዛዛት ከይፈጸሙ ገዛእ ርእሶም ካብ ሓጢኣት ንምክልኻልን ናብ ከባቢ ምጥሓስ ዓስርተ ትእዛዛት ንኸይቀርቡን፡ካብ ሓደ ሽሕ ንላዕሊ ዝኾነ ዝርዝራት ሕጊ ኣውጺኦም ነበሩ፡እንተኾነ ግን ምትግባሩን ምፍጻሙን ኣይከኣሉን።ሎሚ'ውን ገዛእ ርእሶምን መነባብሮኦምን ንምቁጽጻር ናይ መደባት ሰነድ ዘዳልዉ ብዙሓት'ዮም፡ንኣፈጻጽማኡ ገዛእ ርእሶም'ኳ እንተተጨነቐ፡መነባብርኦም'ደኣ መርሐም'ምበር ንሂወት ክመርሑዋ ኣይከኣሉን።ወረቐት ነቲ ዘስፈሮ ጽሑፍ ካብ ምስናድ ሓሊፉ፡ንሰብ ኣብ ቃሉ ንኽነብር ኣየኽእሎን'ዩ።ምኽንያቱ ህይወት ንሕና ከምእንሓስባ ኮይና ኣይኮነትን ተፈጢራ።

ንመደብ ገንዘብ ይስዕቦ፡ከምኡ'ውን ብባጀት'ዩ ዝምደብ።ራእይ ግን መደብ ኣይኮነን፡ካብ ባጀት ወጻኢ ናይ ምንባር ተኽእሎ ድማ ኣለዎ።ሃብታማት፡ድኻታት፡ዝተማህሩ፡ዘይተማህሩ ራእይ ክህልዎም ይኽእል'ዩ።ዕንቅፋት ናይ ራእይ ሃብታም ወይ ድኻ ምኳን ዘይኮነስ፡ዕንቅፋት ዘኽትል ዝደንዘዘ መንፈስ'ዩ።እዚ ከኣ ብዕላማ ተፈጢርካ ብዘይ ዕላማ ምንባር ማለት እዩ።ማዘር ትሬዛ ራእይ ዝነበራ ሰበይቲ እያ፡ራኢኣ ድማ ተጨቢጡ ዝተዳህሰሰላ ሰብ'ያ፡ንፈተውቲ ገዛእ ርእሶምን ወገነኛታትን ከምኡ'ውን ንሰረቕቲ ብቓላ ዘይኮነስ ብኣነባብራኣ ዝገሰጸት ሰበይቲ'ያ።ጓል ኣንስተይትን በዓልቲ ስልጣንን ምኳና ንበይና ፍልይ ዘብላ ዓቢ ምኽንያት'ዩ።ጥርሑ ጸሎት ዘይኮነ ስራሕ ዘማልኣ ጸሎት ኣርኣየት። ንድኻታት ንምምጋብ ጥርሑ ቅርጫት ተሰኪማ መገዳ ሒዛ ጥራይ ትንቀሳቐስ ነበረት።ገለ ነገር ንዝሃባ ሰብ ንኸይትርእን ብምሃቡ ጥራይ ፍሉይ ፍቕሪ ከይሓድራን ኣይትሪኣን ነበረት። ገዝኣ በጺሓ ቅርጫታ ምስ ዘርጋግሓቶ ግን ነታ ዕለት እቲኣ ንዘድሊ ወጻኢ ይኣኽለላ ነበረ። ብራእይን ብእምነትን ጌራ ከኣ ንዝጸልመቱ ከባቢታት ኣብረሀት።እዛ ሰበይቲ እዚኣ ንብዙሓት ሰበ-ስልጣን ምእዛዝ፡ንመራሕቲ ሰራዊት ምግናሕ ከኣለት።ድኻታት ንምሕጋዝ ብሞንጎ ሰፈር ወተሃደራት ክትሓልፍ ከላ ድምጺ ናይ ጠያይት ጠፍኣላ።

ሃብቲ ማዘር ትሬዛ ሓንቲ ዝለበሰታ ቀሚኽ ጥራይ ነበረታ፡ናይ መዓልቲ ወጻኢኣ ከኣ 0.75 ሳንቲም ነበረ፡ስሉጥ ራእይ ግን ነበራ።ዓለም ካብ ቢልጌት ንላዕሊ ንማዘር ትሬዛ

ብልቡ ይቐበል።በዓልቲ ራእይ ስለዝነበረትን ዓለም ስለዝነዓቐትን ድማ ብኽብረታ ሓለፈት።ራእይ ካብ ብሰብ ብእግዚኣብሔር፡ካብ ብምድሪ ብሰማይ፡ካብ ብገንዘብ ብፍቐሪ ይኣምን።በዓል ራእይ ሰብ የብለይን ኣይብልን፡ብኣንጻሩ እግዚኣብሔር ኣለኒ'ዩ ዝብል። በዓል ራእይ ዓስቡ ካብ ምድሪ ኣይጽበን፡ስልማቱ ኸኣ ኣብ ሰማይ ምኻኑ ይፈልጥ'ዩ።ኣብ ውድድር እናነየየ ዝሸለም ጎያዪ የለን፡እንታይ ደኣ ጉያኡ ምስወድኣ'ዩ ዝሸለም።ዓለም ከኣ ስፍራ ናይ ጉያ እያ።ስለዚ ብዓል ራእይ ኣብ ሜዳ-ጉያ ስልማት ኣይጽበን።ራእይ ንገንዘብ ዘይኮነ ንፍቐሪ'ዩ ዋጋ ዝኸፍል።በዓል ራእይ ቀንዲ ጠንቂ ናይ ፍቐሪ ንዝኾነ ገንዘብ ተጠንቂቑ ይሕዞ።

ዓቕሚ እንተዝህልወኒ በዓል ራእይ ምኾንኩ ኔረ ኣይበሃልንʼዩ፡ ምኽንያቱ ዓቕሚ ናይ ራእይ እግዚኣብሄር እዩ።ራእይ ንሰብ እናረኣኻ ኣብ እትነየሉ ኣይፍጸምንʼዩ፡ኣብ እግዚኣብሔር ተስፋ ዝገብር ሰብ ግን ሓይሉ ፈጺሙ ኣይደክምን።ምጅማርን ምፍጻምን ናይ ራእይ ብነይታ እዩ ዝወሃብ።ብመሰረቱ ንራእይ ቀዳምነት ዘይሃበ ዓቕሚ ናይ ጭንቀትን ጥፍኣትን መስርሕ እዩ ዝኸውን። ኣብ ዓለም ዘሎ ጸገም ራእይን ዝጸረየ ራእይን ፈላሊኻ ዘይምፍላጥ ኢዩ፡እቲ ረቂቕ ነቲ ገዚፍ ይገዝኣ።ፍቐሪ ረቂቕ እዩ፡ሰብ ንዝፈትዎ ዘበለ ገንዘቡ ጥራይ ዘይኮነ ኣካሉʼውን እዩ ዝህብ።ንምንታይ ምስ እንብል፡ፍቐሪ ልዕሊ ንብረት-ዓለም ስለዝኾነʼዩ።ጽልኢʼውን ረቂቕ እዩ፡እንተኾነ ኒውክለር ከተኩስ ይኽእልʼዩ።ኣብ ዓለም እቲ ረቂቕ ነቲ ግዙፍ ይገዝኣ።ከምኡʼውን ራእይ ረቂቕʼእኳ እንተኾነ ነቲ ግዙፍ ይገዝኣ።እወ! ብዓቕሚ ራእይ ክመጽእ ኣይክእልንʼዩ፡ራእይ ግን ዓቕሚ የምጽእ።

2. ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን

እዚ ዓለምʼዚ ንገዛእ ርእስናን፡ንኻልኦትን ሕልሚ እንሪኣሉ፡ሰባት ካብ ንባዕሎም ሓሊፎም ንዓና ሕልሚ ዝሪኡሉ፡ነቒሕና (ተበራቢርና) እንጻወተሉ ዓለም እዩ። ሕልሚ ናይ እግዚኣብሄር መምርሒ ዝመሓላለፈሉ ክኸወን ይኽእልʼዩ፡እግዚኣብሄር ግን ብቐጥታ ብሕልሚ ጥራይ ኣይኮነን ዝዛረብ።ጽቡቕ ሕልሚ ስለዝረኣየና ብጣዕሚ ደስ ክብለና፡ሕማቕ ሕልሚ ምስረኣና ክንጭነቕ ኣይግባኣናንʼዩ፡ምኽንያቱ ናይ ሕልሚ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ግዝይኡ ነገርʼውን እግዚኣብሔር ምስፈቕዶ እዩ ዝፍጸም።ሕልሚ ክለሳ ናይʼቲ ዝወዓልናዮ እዩ፡ለይቲ ንሪኦ ብዙሕ ግዜ ቀትሪ ዝወዓልናዮ ወይ ኣብ ናይ ነፍሲ ፋይል ዝተቐመጠ ነገር ሓዲኡ ኩነት ኢና ንርኢ።ሰለሙን"ሕልሚ ብብዝሒ ስራሕ ይረአ"ይብል (መክ 5፡3)።እግዚኣብሄር መምርሒኡ ብሕልሚ ከምዝህብ እኳ እንተኣመና (ዘሁ 12፡6) ሰይጣንʼውን ከርእየና ስለዝኽእል ክንጥንቀቕ ኣለና።ጠቕሊሉም ብሕልሚ ዘይኣምኑን፡ ብሕልሚ ጥራይ ዝምርሑን ሰባት ኣለዉ፡እንተኾነ ናይ ክልቲኦም መወዳእታ ከቢድ እዩ።

ሕልምን ራእይን ከኣ ሓደ ኣይኮኑን፡ሕልሚ ሰብ ደቂሱ፡ውንኡ ገዲፉ፡ እናተታኽሰ ዝሪአ ኮይኑ፡እቲ ሰብ ክልተ ክፋል ኮይኑ ማለት ስግኡ ደቂሱ፡ነፍሱ ነቒሓ ዝሪአ ነገር እዩ።ራእይ ግን ከምዚ ኣይኮነን፡ራእይ ሓደ ሰብ ምስ ምሉእ መንነቱ ኣብ መበገሲኡ ኮይኑ ንዝበጽሖ ክርኢ ከሎ እዩ።ራእይ ኢልና ክንዛረብ ከለና ክልተ ዓይነት ራእይ ከምዘሎ ክንርዳእ ኣለና።<u>እቲ ቀዳማይ፡-ናይ ጸጋ ራእይ ኮይኑ ካልኣይ ድማ ናይ ዕላማ ራእይ እዩ።</u>ናይ ጸጋ ራእይ ዘለዎም ብተመስጦ ንቕድሚት ኣማዕድዮም መንፈሳዊ ምስጢር ክሪኡ ይኽእሉ።ኣብ ውሽጢʼዚ ራእይʼዚ ድማ ሃብቲ-ትንቢት ይግለጽ።ናይ ጸጋ ራእይ ንኹሉ ዝተዋህቦ ኣይኮነን፡ምኽንያቱ ጸጋ ስለዝኾነ።ንሓደሓደ ዝተዋህቦም ንቤተ-ክርስትያን ካብ ዝተዋህበ መንፈሳዊ ሃብትታት እዩ።

ናይ ዕላማ ራእይ ግን ኩሉ ሰብ ክነብሮ ዝግብኦ ዝተወሰነ ዕላማ እዩ(ዝተዓቀነ ጉዕዞ'ዩ)፡ዝተመደበ ዓወት'ውን'ዩ።እዚ ራእይ'ዚ ንህይወት ትርጉም ይህባ፡እወ! ህይወት ትርጉም ክህልዋ ዝኽእል ጉዕዞኣ ሓልያ መጀመርታን መወዳእታን ክህልዋ ከሎ ጥራይ'ዩ። ኣብ'ዚ መጽሓፍ'ዚ እንሪኦ ዘለና እምበኣር ናይ ጸጋ ራእይ ዘይኮነ ናይ ዕላማ ራእይ እዩ። ብመሰረቱ ብዛዕባ ናይ ጸጋ ራእይ ክንመሃር ኣየድልየናን'ዩ።ከምቲ ኣብ ቀድሜና ዘሎ ተሌቪዥን ንምርኣይ ትምህርቲ ዘየድልየና፡ንዝመጽእ ናይ ጸጋ ራእይ ንምርኣይ'ውን ትምህርቲ ኣየድልየናን'ዩ።ናይ ዕላማ ራእይ ግን ኩሉ ሰብ ክገብሮ ዝግባእ እንነብረሉ ምኽንያት እዩ።ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን ኢልና ኔርና፡ናይ ዕላማ ራእይ ካብ ሕልሚ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ናይ ጸጋ ራእይ'ውን ዝተፈልየ እዩ።ስለዚ ራእይ ዋጋ ተሚና፡ምስ ነፍስና ተሰማሚዕና እንኣትዎ ጽሩይ ብርሃን'ዩ።

ብዙሓት ሰባት ራእይ ከምዘለዎም ኮይኑ ይስምዖም'ዩ፡ዝጸረየ ነገር ግን ኣይረኣዮምን፡ምስ ዝንቀሳቐሱ ድማ ዝበጽሕዎ ኣይፈልጡን፡ምስ ጎየዩ'ውን ዕግበት ኣይስሞዖምን።ምስትንፋስ ቀሊል ከምዝኾነ ከምኡ ህይወት ማዕረ ምስትንፋስ ኣይቀለሎምን'ዩ፡ክንዲ ናይ ስራሕ ክብደት ከኣ ይብርትዖም፡ምስ ተተንከፉ ድማ ቀልጢፎም ጉዕዞኦም የቋርጹ።ብምቕጻል ኣብ ሞንጎ ሕልምን ራእይን ዘሎ ምውድዳር እስከ ንተዓዘብ፡-

1.ሕልሚ ጽሩይ ኣይኮነን

ሕልሚ ምብህራር ዘለዎ፡ዝበሰለ ስእሊ ደኣ'ምበር ጸብሒ ኣይኮነን።ንሕልሚ መርትዖ ጌርና ከነቕርቦ ኣይንኽእልን።"ይመስልኒ" ዝብል ቃል እንተዘይሃልዩ ብዛዕባ ሕልሚ ምዝራብ ከቢድ'ዩ፡ራእይ ግን ካብ ጸሓይ ዝጸረየ፡ካብ ቀትሪ ዝደመቐ'ዩ።ተኣማሚንካ ትዛረበሉ ደኣምበር ይመስለኒ ኢልካ ዝሕለፍ ነገር'ውን ኣይኮነን።

2.ሕልሚ ንሰባት ኣይነስዕበሉን

ሓንቲ ቆልዓ ኣብ ሕልመይ ከምዚ ሪኦ ኢላ ንቤተሰባ ምስ ነገረቶም ክኣምኑዋ ኣይከኣሉን፡ምኽንያቱ ኣብቲ ዝነበረቶ ዕድመ ሕልሚ ትርኢ ኢሎም ኣይግምቱን ነበሩ።ወያ ቆልዓ መሊሳ ናይ ብሓቀይ'የ እንተዘይኣሚንኩም ንእገሊት ሕተቱዋ ኢላ ኣብ ጥቓኣ ደቂሳ ንዝነበረት ማንታ ሓፍታ ንምስክር ጸውዓታ፡እዛ ቆልዓ ካብቲ ኣቐዲማ ዝገለጸቶ ድሒራ ዘስዓበቶ መርትዖ መሊሱ ንሕልማ ሓሶት ገበሮ።እቲ ሕልሚ ኣብ ጥቃ ኣእምሮኣ ንዝደቀሰ ዘበለ ንነፍስ ወከፍ ዝተገልጸ መሰላ።ሕልሚ ግን ናይ ግሊ ደኣ'ምበር ናይ ሓባር ኣይኮነን።

ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ይሓስቡ፡ብዙሕ ይጎዩ፡ብዙሕ ዋጋ'ውን'ዮም ዝኸፍሉ፡ ዕላምኦም ግን ካብኦም ናብኦም ጥራይ ዝተወሰነ እዩ፡ስለዚ ሓለምቲ ኮይኖም ይተርፉ።ሰብ ራእይ ግን ካብ ገዛእ ርእሶም ወጺኦም ወገኖም ብዛዕባ ዝኾነ ብዛዕባ ካልእ ዝሓስቡ'ዮም። ሰብ ራእይ "እንታይ ጌሩምለይ ዘይኮነ""እንታይ ጌረሎም"፤"እንታይ ክገብሩለይ ዘይኮነ" "እንታይ ክገብረሎም"፤ኢሎም ዝሓስቡ ሰባት እዮም።በዓል ራእይ ዝወሰዶ ልቓሕ ዝመልስ ጥራይ ዘይኮነ ንዘይግብኦም ሰባት ዘድልዮም ነገር ዝገብር እዩ።ጆን ኦፍ ኬነዲ(John F. Keneddy) ኣብ መላእ ዓለም ኣድናቐት ዝረኸበሉ ዘረባ፡"ሃገረይ ነዓይ እንታይ ጌራትለይ ዘይኮነ፡ኣነ ንሃገረይ እንታይ ጌረላ" ክብል ተዛረበ።

ሕልሚ ንኻልኦት ብሓሳብ እነስዕበሉ ንሕና ድማ ብትምኒት እንጎየሉ ነገር እዩ፡ ውጽኢት ጉያኡ ግን ውሑድ ዝኾነ ናይ"ዚ ዓለም መነባብሮ እዩ።ራእይ ግን ናይ ምንባር መግለጺ እዩ።ራእይ ሓቢርና እንሰቕሎ ናይ ዓወት ባንዴራ እዩ።ካብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት ኣትሒዙ ክወሃብ ዝግባእ ነገር፡-"ሓደ ነገር ኣበርኪትካ ብዛዕባ ምሕላፍ" ክኸውን ይግባእ።

ንናይ ቆልዑ ዕብየት፡ንጉብዝና መንእሰይ ለምለም ክገብሮ ዝኽእል እዚ ብንጉሁኡ ዝተረኽበ ራእይ እዩ።ናይ ሃገርና ወላዲ መግቢ ቆልዓ'ምበር ብዛዕባ ራእይ ናይ ቆልዓ ኣይሓስብን'ዩ። ብዘይ ራእይ ክነብር ጸኒሑ፡ራእይ ዘይብሉ ወለዶ ይገድፍ (የትርፍ)።ጉዕዙኡ ሰፊሩ ዝኸይድ ሰብ ኣብ ግዚኡ ከም ዝበጽሕ፡እቲ ናበየ ዝኸዶ ኢሉ ዘቕባሕብሕ ሰብ ግዜኡ ከም ዘጥፍእ፡መብዛሕትና ኣንፈትና ስሒትና ክንከራተትን ዕድሜና ክነባኽንን ንነብር ኣለና። ስለዚ ነቶም ግዜ ዘለዎም ህጻናት ብራእይ ክንሃንጾም ይግባኣና።ራእይ ንሃገርናን ንወገንናን ካብ ዘለና ፍቕሪ ስለዝምንጩ፡ንህጻናት ድማ ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገሮምን ወገኖምን ክንምህሮም ይግባእ።ናይ ብሓቂ እምበኣር ንሰባት ሎሚ ትምኒትና ንንገሮም'ሞ ጽባሕ ራኢኦም ክገብሩዎ ኢዮም።ራእይ መኻን ኣይኮነን፡ንብዙሓት ዝወልድ'ዩ፡መኻን ራእይ'ውን ርኢና ኣይንፈልጥን።ሕልሚ ግን ንሰባት ኣየስዕብን ምስክር ከኣ የብሉን።

3.ሕልሚ ብዝተመቕለ መንነት'ዩ ዝረኣ

ሕልሚ ስጋ ደቂሳ ነፍሲ ግን ነቒሓ ከላ እዩ ዝረኣ፡ስለዚ ሓደ ሰብ ተመቒሉ ዝሪኣ ነገር ሕልሚ ይበሃል።ብዙሓት ሰባት ንዘመናት ሕልሚ ኣለዎም፡ውሽጦም ይደሊ፡ ምጅማር ግን ይሸገሩ፡ወይ'ውን ብዘየድክም ኣገባብ ክፍጽምዎ ይደልዩ።ንኻልኦት ከስርሑ ደኣ'ምበር ንሳቶም ክሳተፉ ኣይደልዩን'ዮም።እዚ ከኣ ራእይ ዘይኮነስ ሕልሚ እዩ።ራእይ ንኩለንትናና ይሓትት ንነፍስን ስጋን ከኣ የሳትፍ።ራእይ ኣብ ልቢ ስለዝምስረት ልቢ ምስተዋህቦ ዝተርፍ ተጎታቲ ስለዘየለ ራእይ ንኹሉ ሰዓቢ ይገብሮ።ልቡ ዝሃበ ግዜኡን ሓይሉን ኣይበቅቕን።ሰብ ልቡ እንተደኣ ሂቡ ካብ ራኢኡ ዝሓብኦ ዓቕሚ የብሉን።

4.ሕልሚ ዝተረጋግአ ኣይኮነን

ዝሓለምናዮ ክንነግር ከለና " ምስ እገሌ ዝኸይድ ኮይኑ ይመስለኒ፡እገሊት ከኣ ምሳይ ዘላ ኮይኑ ይመስለኒ" እናበልና ኢና እንገልጾ።ንሕልሚ"ይመስለኒ" ዝብል ቃል'ዩ ዘመላኽየ።ሕልሚ ዝተረጋገጸ ዘይኮነ ምብህራር ዘለዎ ትርኢት'ዩ።ራእይ ግን ሕልሚ ኣይኮነን፡ሓደ ሓደ ግዜ ንሰባት እንገልጾ ራኢና ነዓና ዘይተረድኣና'ዩ፡እዚ ግን ሓደጋ'ዩ። ጳውሎስ ራእይ ኣብ ዝተቐበለሉ ግዜ ዝወሰዶ ናይ ምስትንታን ግዜ ነበሮ።ዘጽንሖ ፍልጠቱ ምስ ሓዲሽ ፍልጠት ንምትዕራቕ ሰለስተ ዓመታት ኣብ በረኻ ዓረብ ተቐመጠ (ገላ ፡17)። ስለዚ ኣገልግሎቱ ክሳብ ሎሚ ህያው ኮይኑ ይነብር ኣሎ።

5.ሕልሚ ከም ፈታሒኡ ኢዩ

ሓደ ሰብኣይ ሕልሚ ሓሊመ ኢሉ ንፈታሒ ሕልሚ ነገሮ፡ፈታሒ ሕልሚ፡- "እንታይ ርኢኻ" ምስበሎ፡-ጻዕዳ ነጸላ ተኽዲነ ኣብ ዓራት ደቂሰ ከለኹ ረኣኹ" በሎ። ፈታሒ ሕልሚ ከምዚ ክብል ተርጎሞ፡-"ዋይ. . . ክትመውት ኢኻ በሎ"፡እቲ ሓላሚ ሰንቢዱ "ወሪደ እየ'ኮ በሎ፡ፈታሒ መሊሱ "እዚ ደኣ ናብ መቓብር ከምትወርድ ምልክት እንዳኣሉ" በሎ።ሽዑ እቲ ሓላሚ ተበሳጭ'ዩ "ቢቃ በል ኣይሓለምኩን" በሎ።ስለምንታይ፧ ምስበሎ ትርጉሙ ከቢዱኒ በለ ይበሃል።

ሓደ ካብ ሕግታት ሕልሚ፡-"ሕልሚ ከም ፈታሒኡ እዩ" ዝብል ዓቢ ኣንቀጽ እዩ።ራእይ ግን ከም ንባብን ትርጉምን ደኣ'ምበር ከም ሕልምን ፈታሒኡን ኣይኮነን።ዝኾነ ሰብ ከም ዝተርጎመልና ነገር ክንቅበል ዘይኮነ ስፍራ ናይ ሓቐኛ መግለጺ ክንከውን ኣለና። ንራኢና ተርጓሚ ናብ ዘለዎ ቦታ ሒዝናዮ ምስእንኸይድ ኣቐዲሙ ራእይ ኣይነበረን ማለት እዩ።በዓል ራእይ ንኻልኦት የስዕብ፡እንተኾነ ደጋፊ ኣየድልዮን፡ዘጣቐዑሉ ስለዘየለዉ'ውን

ጉያኡ ኣየቋርጽን’ዩ።በቲ ናብኡ ዝውርወር ዘበለ ትርጉም ኣይደናገርን፡ዝተረደኦ ዘበለ ንምትግባር ጥራይ ከኣ’ዩ ዝተግህ።

6.ሕልሚ ኣይብጻሕን’ዩ

“ጉያ ናይ ሕልሚ ኣይብጻሕን” ይበሃል፡ኣብ ሕልሚ ጉያ ኣሎ፡ጉያኡ ግን ዕላማ የብሉን ከምኡ’ውን ኣይብጻሕን’ዩ።ዋላ’ኳ እንተተጨበጠ ምስተበራበሩ ጥርሑ ይኸውን። ራእይ ዕላማን ዝብጻሕ ዕላማ ደኣሉ’ምበር ሕልሚ ኣይኮነን።ራእይ እናኣረጋገጸ እንዳእቲ ንእንዳእቲ እናኣሰረ ኣብ ዝሰዓረሉ ግዝኣት ዘበለ ከም ወተሃደር ባንዴራ እናተኸለ ዝኸይድ ተጨባጢ ዓወት’ዩ።ሕልሚ ግን ከምኡ ኣይኮነን፡ሓደ ሰብኣይ፡-ንጎዪ. . . ንጎዪ፡ ጉያ ሕልሚ ከኣ ኢና ንጎዪ፡ጉያ ሕልሚ ኣይጽገብን፡ኣይብጻሕን’ውን” በሉ ይባሃል።

መገዲ ራእይ ብዙሕ ናይ እግሪ ኣሰር ዘለዎ እዩ።ብዙሓት ዝሓለፍዎ፡ንሳቶም’ኳ ስቕ እንተበሉ እቲ ስርሖም ግን ዝዛረብን ኣብ ውሽጢ ታሪኽ ከም ጉላ ተፈልዩ ዝረአን እዩ።ራእይ ዝብጻሕ ዕላማ እዩ፡እንተኾነ ናብ ዝረኣናዮ ነገር ንምብጻሕ ክንንቀሳቐስ ኣለና።

7.ሕልሚ ካብ ድልየትና ወጻኢ እዩ

ብሕልምና እንሪኦ እንደልዮ ነገር ጥራይ ኣይኮነን፡ሕልምና ክንቆጻጸሮ’ውን ኣይንኽእልን ኢና፡ስለዝተራእየና ኢና እንሪኦ፡ክንእርሞ እንኽእል’ውን ኣይኮነን።ብልሹው ኣረኣእያ ንምቕያር ዝኾነ ዓይነት ጻዕሪ ኣይንገብርን ኢና።ኣብ ሕልምና ስልጣን ዝበሃል የብልናን፡ሕልሚ ንሕና እንሪኦ ኮይኑ ንሕና እንቆጻጸሮ ግን ኣይኮነን።ስለዚ እምበኣር ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን።

ራእይ ድልየትና ስለዝሓትት ድልየት እንተዘይብልና ሰብ ራእይ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና።ናብ ዝኾዱዎ ዘይፈልጡ ህጻናት ጥራይ እዮም፡ፈላጣት ግን መበገሲኦምን መዕለቢኦምን የረጋግጹ ኢዮም።በዓል ራእይ’ውን ናብ ዝኾዶ ፈሊጡ፡ድልየት ኣሊዩዎ፡ ክኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ ተሚኑ’ዩ ዝበገስ።ከምቲ ቃል-ኣምላኽ ምስ ተፈጸመ ዘንጸባርቕ ራእይ ድማ ምስ ተፈጸመ ኣንጸባሪቑ ይረኣ።ብፍላይ ሓደ ሓደ ራእይ ሸቱኡ ምስ ሃረመ እዩ ዝልወጥ።ንኣብነት፡-ሙሴ ንህዝቡ ካብ ግብጺ ኣውጺኡ ከነኣን ከእትዎ ራእይ ነበሮ።እዚ ራእይ’ዚ ግን ህዝቢ እስራኤል ከነኣን ምስ ኣተዉ ዝተፈጸመ ራእይ እዩ።

ኣብ ምጅማር ፍጹም ዝኾነ ራእይ የለን፡ስለዚ በዓል ራእይ ንገዛእ-ርእሱ ከም ፍጹም ኣይቆጽርን።መሊሱ ገዛእ ርእሱ ይርእን ይእርምን፡ትኽክለኛ መኣረምታታት ከኣ ይቕበል።በዓል ራእይ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ንናይ መኣረምታ ቃላት ይጥቀመሎም፡ምኽንያቱ እቲ ዝወሃቦ እርማት የስተኻኽሎ እዩ።ራእይ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ክኸውን ኣይኽእልን፡ ምኽንያቱ ራእይ ስምዒት ኣይኮነን።እኳ ደኣ ራእይ ስምዒትና ተጠቕሊሉ ክጠፍእ ከሎ’ዩ ስርሑ ዝጅምር።ራእይ ብበዓል ራእይ’ዩ ዝፍጸም።ራእይን በዓል ራእይን ንሓድሕዶም ኣይሰሓሓቱን፡ንሓድሕዶምም ከኣ ይጸባበዩ’ዮም።ራእይ ካብ በዓል ራእይ ኣይፍንተትን። በዓል ራእይ መፈጸምታ ዝርዝር ራእይ’ኳ እንተዘይፈለጠ፡ናይ ራእይ ስእሊ ግን እንዳደመቐ እዩ ዝመጸ።ራእይ ፍጻሜኡ ክቐርብ ከሎ ከኣ እናነለሐን ቅርጺ ሒዙ እናገዘፈን ይመጽእ።

8.ሕልሚ ተግባር የብሉን

“ሓደ ድኻ ብሕልሚ ጠስሚ እንተዝብላዕ ኔሩ እንታይ ምበለ”በለ ይበሃል። ሰብ ብውንኡ ብዛዕባ ዘይረኽቦ ነገር ይሸማገል፡ነቲ ዝረኣኹዎ ኣምጽኡለይ ክብል ግን

ኣይክእልን።ሕልሚ ተግባር ኣይሓትትን፡ሕልሚ ተሓታቲ'ውን ኣይኮነን፡ሕልሚ ሕልሚ እዩ።ራእይ ግን ተግባር ደኣ'ምበር ድልይየት ጥራይ ኣይኮነን።

ናይ ሓሳብ መዕረፍን ናይ ዝርርብ መልክዕን ተግባር እዩ።ዝርርብ ብዘይ ተግባር ሞገስ የብሉን፡ተግባር ግን ብዘይ ዘረባ ድምጺ ኣለዎ።ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን፡ምኽንያቱ ተግባር ስለዝኾነ።በዓል ራእይ ናብ ተግባር ይህወኽ፡በዓል ራእይ ሓላፍነት (ተሓታትነት) ይስከም።ዓለም ደልያ ትስእኖ ዘላ፡ስኢና'ውን እትደልዮ ዘላ፡በዓል ሓደራን ሓላፍነት ዝስከምን ራእይ ዘለዎ ወለዶ እዩ።ራእይ ባኒ ምልሓስ ኣይኮነን።ንወረ ምንባር'ውን ኣይኮነን።እንታይ ደኣ ብዙሕ ስራሕን ውሑድ መግለጽን ዘጠቓለለ እዩ።

9.ሕልሚ ክውዳእ ከሎ እንፈልጦ እዩ

ሕልሚ ክውዳእ ከሎ ኢና እንፈልጦ።ጠቕላላ ትሕዝትኡ ንኽንዛረበሉ ክውዳእ ክኽእል ኣለዎ፡እንተዘይኮኑ መቕጸልትኡ ንምግማት'ውን ፈጺምና ኣይንኽእልን ኢና።ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን፡ክውዳእ ከሎ እንፈልጦ ዘይኮነ መፈጸምትኡ ርኢና እንጅምሮ'ዩ።ራእይ ዝስፈር እዩ፡ግምት ዘይኮነ ርግጽ ዝኾነ ነገር ድማ እዩ።

ምናልባት ራእይ ኣለና እንብሎ ነገር ራእይ ዘይኮነ ነገር ሒዝና ክንህሉ ንኽእል ኢና።መደብ ሒዝና ራእይ ኣለኒ ንብል ንኸውን ኢና፡መደብ ብምድራዊ ዓቕሚ ዘተኣማምን ክኸውን ከሎ፡ራእይ ግን ብእግዚኣብሔር'ዩ ዘተኣማምን።መደብ ልዕሊ ዓቕሚ ኮይኑ ምስዘይከኣል ይድምሰስ፡ራእይ ግን ኣብ መገዲ ኣይተርፍን'ዩ።ሕጂ'ውን ራእይ ኣለና እንብሎ ነገር ሕልሚ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ስለዚ ራእይ፡-

- ጽሩይ ኣረኣእያ'ዩ
- ንኻልኦት ሰዓብቲ ይገብር
- ንኹለንትናና የሳትፍ
- ዝተረጋገጸ እዩ
- ትርጉሙ ከም ንባቡ እዩ
- ዝብጻሕ ዕላማ እዩ
- ድልየትና ይሓትት
- ርኢና እንትንክፎ እዩ።

ራእይ ዘይኮነ ነገር ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ ግዜ ከምዝመክን'ዩ ዝፍለጥ። ሓንቲ ሰበይቲ ከብዳ ግዝፍ ኢሉ ምስዝረኣ፡-"ጠኒሳ ድያ"ኢሎም ንዝካትዑ፡ናይ መፈላለዩ ቃል"እንጀራ እንተኾይኑ ክጠፍእ'ዩ፡ቆልዓ እንተኾይኑ ከኣ ደፊኡ ክወጽእ'ዩ"ዝብል'ዩ ዝኸውን።ጽጋብ እንተኾይኑ ግዝያዊ ስለዝኾነ ከብዳ ይዘልቕ፡ቆልዓ እንተኾይኑ ከኣ እናጎልሐ'ዩ ዝመጽእ።ራእይ እንብሎ'ውን ስምዒት እንተዳኣ ኮይኑ ይጠፍእ፡ራእይ እንተዳኣ ኮይኑ ግን እናጎልሐ'ዩ ዝመጽእ።ኣጀንዳ ሒዞም ክኸዱ፡ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢሎም ክስጉሙን፡ብዙሕ ንምዝራብ ክዳለዉ ከለዉን፡ሰብ ራእይ ድዮም ኣይኮኑን ንምባል የጠራጥረና ይኸውን'ዩ፡ራእይ እንተዳኣ ኮይኑ ግን ደፊኡ ክቕጽል'ዩ።

ነስተውዕል

- ራእይ ብዛዕባ ጎቦ ኣይሓስብን፡ራእይ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ምርኣይ እዩ።
- ራእይ ብዓቕሚ ኣይውሰንን፡ራእይ ግን ንዓቕሚ ይወርሶ።
- ራእይ መዋህለሊ ገንዘብ የመልክዕ፡ገንዘብ ግን ንራእይ ኣየመልክዖን።
- ራእይ ካብ መደብ ነጻ ኣይኮነን፡ራእይ ካብ መደብ ነጻ'ኳ እንተዘይኮነ፡መደብ ዘበለ ግን ራእይ ኣይኮነን።
- መሰረት ራእይ እግዚኣብሄርን ጽቡቕ ትጽቢትን'ዩ።
- ዕንቅፋት ራእይ ሃብታም ወይ ድኻ ምኳን ዘይኮነስ ዝደንዘዘ መንፈስ'ዩ።
- በዓል ራእይ ሰብ የብለይን ኣይብልን፡እኳ ደኣ እግዚኣብሄር ኣለኒ'ዩ ዝብል።
- ህይወት ትርጉም ክህልዋ ዝኽእል፡ጉዕዞኣ ፈሊጣ መጀመርታን መወዳእታን ምስዝህልዎ'ዩ።
- ራእይ ዝጸረየን ካብ ቀትሪ ዝደመቕን'ዩ።
- ሕልሚ ናይ ግሊ ደኣ'ምበር ናይ ሓባር ኣይኮነን።ራእይ መኻን ኣይኮነን፡ንብዙሓት ከኣ'ዩ ዝወልድ፡መኻን ራእይ'ውን ርኢና ኣይንፈልጥን።
- ራእይ እናተረጋገጸ፡እንዳእቲ ንእንዳእቲ እናኣሰረ ኣብ ዝሰዓረሉ ግዝኣት ዘበለ ከኣ ከም ወተሃደር ናይ ዓወት ባንዲራ እናተኽለ ዝኸይድ ተጨባጢ ኩነት ኢዩ።
- ናብ ዝረኣናዮ ነገር ንምብጻሕ ክንንቀሳቐስ ኣለና።
- ናብ ዝኸዱዎ ዘይፈልጡ ህጻናት ጥራይ ኢዮም፡ፈላጣት ግን ቅድሚ ምብጋሶም ዝበጽሑዎ የረጋግጹ።
- ራእይ ስምዒትና ተጠቕሊሉ ምስ ዝጠፍእ ኢዩ ዝጅምር።ራእይ ከኣ ኣብቲ በዓል ራእይ ኢዩ ዝፍጸም፡በዓል ራእይን እቲ ራእይን ከኣ ኣይጣፍኡን ኢዮም፡ምኽንያቱ ይጸባበዩ ኢዮም።
- መዕረፊ ናይ ሓሳብን ናይ ዘረባ መልክዕን ተግባር ኢዩ።ዘረባ ብዘይ ተግባር ከኣ ትርጉም የብሉን፡ተግባር ግን ብዘይዘረባ ድምጺ ኣለዎ።
- ራእይ ባኒ ምልሓስ ኣይኮነን፡ንወረ ምንባር'ውን ኣይኮነን::ራእይ እምበኣር ብዙሕ ስራሕን ውሑድ መግለጽን ኢዩ።
- ራእይ ሕልሚ ኣይኮነን፡ክፍጸም እንፈልጦ ዘይኮነ መፈጸምትኡ ርኢና እንጅምሮ ኢዩ።

ምዕራፍ 5

ራእይ ትምኒት ኣይኮነን

ክልተ የሕዋት ብሓደ ኮይኖም ምሸት ኣብ ግዜ ብርሃን-ወርሒ እናተዘናግዑ ክዛወሩ ከልዉ፡እቲ ዓቢ ንሰማይ ቅንዕ ኢሉ“እግዚኣብሄር ኣምላኽይ ክንድዚ ዝኣክል ናይ መጓሰዩ ቦታ እንተዝህበኒ ብጣዕሚ ምተሓጎስኩ ነይረ” በለ።እቲ ንእሽቶ ድማ ናቱ ትምኒት ገለጸ፡-“ነዓይ ከኣ ክንድዞም ከዋኽብቲ ዝኣኽላ ጥሪት እንትዝህበኒ ብጣዕሚ ምተሓጎስኩ” በለ፡ሽዑ እቲ ዓቢ ደው ኢሉ፡-“እግዚኣብሄር ክንድዞም ከዋኽብቲ ዝኣኽላ ጥሪት እንተዝህበካ፡ንምኺኑ ክንድዚኣን ዝኣኽላ ጥሪት ኣበይ ምጓሰካየን፤”በሎ።እቲ ንእሽቶ ምልስ ኢሉ “ኣብቲ ናትካ’ምበር ኣበይ ደኣ፤”በሎ።ሽዑ እቲ ዓቢ ወዲ ንሓው “ኣነ ሓዊ ልሒሰ ሓዊ ዝኹልስ“ክሳብ ክንደይ ዲኻ ትንዕቀኒ ኣብቲ ናተይ መጓሰዩ ንስኻ ክትጓሲ”፤ኢሉ ቀተሎ ይበሃል።

ክንዲ ሰማይ ዝኣክል ሻኻ ክንዲ ከዋኽብቲ ዝኣኽላ ጥሪት የለዋን፡ባእሲ ግን ኣሎ።ትምኒት ዘይተጨበጠ ሃረርታ እዩ፡እንተኾነ ዝተጨበጠ ባእሲ ይወልድ።ሰብ ክምነ ከሎ ዝኣኽሎ ወይ ከመሓደሮ ዝኽእል እንተ ተመነየ ጽቡቕ’ዩ፡እንተኾነ ናይ ካልኦት ሃብቲ ተመኒዮም ህይወት ዘሕልፉ ብዙሓት’ዮም።ንዝረኣዩዎ ከምቲ ብዕራይ ኣብ ጸድፊ ዘሎ ሳዕሪ ዘማዕዱ ነቲ ጸድፊ ግን ዘይሪኡ፡ንሳቶም ንዝመጽእ ሳዕቤን ስለዘይሪኡ ቀቲሎም ክነብሩ ይምድቡ።ንገዛእ ርእሶም ከኣ ብሻቕሎትን ብማእሰርትን ይቐጽዕዎ።ቀቲልካ ምንባር ዘይከኣል ምኺኑ’ውን ክሓስቡ ኣይክእሉን’ዮም፡ምኽንያቱ ትምኒት ንዓይንና ስለ ዘዕውሮ።

ትምኒት ንነገራት ብተፈጥሮኣዊ መገዲ ካብ ምንዳይ ብዘይኣገባብን ብዘይጻዕርን ክረኽቦም ይደሊ።ትምኒት ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ህይወት ይቃወም፡ስለዚ ትምኒት ካብ ዝዓበየ ናብ ዝነኣሰ ጉዕዙኡ ይጅምር።ትምኒት ዘለና ነገር ከምዘይብልና እናገበረ፡ኣብቲ ዘይብልና ነገር ጥራይ ከምነፍጥጥ ዝገብር ክፋእ ኣዛዚ እዩ።ትምኒት ድልየት ካልኦት ጸቒጡ፡ናተይ ጥራይ ይስለጥ ዝብል ፈታዊ ርእሱ እዩ።ጌና ብዘይተጨበጠ ነገር ክንደይ’ዮም ተጋግዮም፡ብሓባር ወጺኦም ብሓባር ዘይተመልሱ፡ብሞት ብጻዮም ሕይወቶም ክምስርቱ ዝሓሰቡ፡ሞይቶም ዝተረፉ ብዙሓት’ዮም።ትምኒት ንኣእምሮ ዝውጥር፡ቅኑዕ ነገር ንምሕሳብ ዕድል ዘይህብ ነገር እዩ።ዓይነት ዕብዳን ብዙሕ እዩ፡እቲ ቀዳማይ ዕብዳን ግን ብትምኒት ምዕባድ እዩ።

ትምኒት ድልየት’ዩ፡ንምፍጻሙ ከኣ ፍቓድ እግዚኣብሄር ምሕታት የድሊ፡ እንተኾነ ግን ብዘይተጨበጠ ነገር ጠባይካ ምቕያር ኣይግባእን’ዩ።ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ “ጽባሕ ዝመጽእ ኣይትፈልጥን’ኻ’ሞ ጽባሕ ብዝኸውን ኣይትመካሕ”ይብል(ምሳሌ 27፡1)። እግዚኣብሄር ኣብ ትምኒትና’ዩ ዝዕዘበና፡እንተኾነ መብዛሕትና ከኣ ብትምኒት ተመዚና ቀሊልና ተረኺብና።እግዚኣብሄር ሃብቲ ሂቡና እንዳሃለወ ንሕና ግን ኣብ ክንዲ ንልግስ ፡ንሕና’ውን ብግዴና ዘይብሎም ካባና ክልምኑ ንምነ።ስልጣን ምስሓዝና ዝተበደሉ ንምሕጋዝ ዘይኮነ ሕነና ክንፈድየሉ ኢና ንምነ።ትምኒትና ፈላጣት ኮይና ንኻልኦት ንምፍላጥ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ከምቲ መምህራንና ዘሳቐዩና ንሕና’ውን ንኻልኦት ክነሳቐየሉ ኢና ንመሃር።ነቲ ንፍጽሞ ግፍዒ ዶብ ዝገብረልና ስለዘይብልና፡ብጭካኔ ክንወዳደር ንነብር ኣለና።

ሓንቲ ሓብትና፡-“ዝተመነናዮ ምስ ተቐበልና ብትሕትና ካብ ዝተቐበልናዮ ንምሃብ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ሰባት ኣኽቲልና ለመንቲ ንምግር’ዩ።እግዚኣብሄር ግና ንትምኒትና

ይዕዘበና"ኢላ ክትዛረብ ሰሚዐያ።ብትምኒት ተመዚንካ ቀሊልካ ምጽናሕ ከቢድ ውርደት'ዩ።"እግዚኣብሄር ናይ ሓደ መዓልቲ ስልጣን እንተዝህበኩም እንታይ ምገበርኩም፧" ተባሂልና እንተንሕተት "ብናይ ሓደ መዓልቲ ስልጣን ዝኾነ ነገር ክንገብር ኣይንኽእልን" ኢልና ብምምላስ ብዙሕ ዝርዝራት ምነገርና ኔርና።ስለዚ እምበኣር ነዚ ርእዩ እግዚኣብሄር እንደልዮ ዘይሃበና።ሓደ ሓደ ግዜ ንሕና ክንድቲ ብዓቕምና እነካይዶ መጥቃዕቲ ነገስታት'ኳ ብዓቕሞም ክንድዚ ከጥቅዑ ኣይክእሉን'ዮም።

ንእግዚኣብሄርን ንእንፈትዎም ሰባትን ዓቢ ነገር ክንገብረሎም ኢና ንምነ። በብመዓልቱ ከነካይዶ ዝግባኣናን ኣብ ዙርያና ዝርከብን ግን ንእሽቶ ነገር እዩ። ንእግዚኣብሄር ኮነ ንእንፈትዎም ሰባትን ንእሽቶ ነገር ክንፍጽም ምስ እንጅምር ኢና ፍቕርና ክንገልጸሎም ንኽእል።እቶም ዓበይቲ ስራሓት ኣብ ህይወትና ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ዝገጥሙና እዮም።እቲ ክንፍጽሞ ዝግባኣና ንእሽቶ ነገር ግን ኣብ ዙርያና ከቢቡና ይርከብ።"እቲ ነቲ ዝኽእሎ ነገር ክገብር ዘይክእል ሰብ፡ነቲ ክገብሮ ዘይክእል እዩ ዝምነ"።ስለዚ ኣብ ውሑድ እሙናት ምስእንኸውን ብብዝሒ ክንወሃብ ከምእንኽእል ክንዝንግዕ የብልናን።ጎይታና፡-ብውሑድ ተኣሚንካ'ኻ'ሞ ኣብ ብዙሕ ክሾመካ እየ ናብ ሓጎስ ጎይታኻ እቶ ዝበሎ ክንዝክሮ ኣለና(ማቴ 25፡2)።

ኩሉ ሰብ ክምነ ይፈቱ፡ትምኒት እንተዘይተወሊዱ ግን ሕማም ኣለዎ፡ ከምኡ'ውን ትምኒት ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ።ትምኒት ነቶም ካብ ዓራቶም ዘይወርዱ፡ካብ መንበሮም ዘይትንስኡ፡ካብ ገዝኡም ድማ ዘይወጹ ናይ ሕማቓት ሃብቲ እዩ።ናይ ትምኒት ሃብቲ መወዳእታ የብሉን፡ትምኒት ብዙሕ ሃብቲ'ኳ እንተተመነየ፡ሰራሕተኛ ግን ኣይቆጽርን'ዩ።ትምኒት ናይ ገዝኡ ጉልላት'ኳ እንተዛዘመ መሰረት ግና ፈጺሙ ኣየውድቕን'ዩ።ትምኒት ልጓም ከምዘይብሉ ፈረስ ደው ኣይብልን'ዩ።ካብ ኣሽሓት ትምኒታት ከኣ ውሑድ ተግባር ይበልጽ።ብዙሕ ምምናይ ግን ከኣ ውሑድ ነገር ክትገብር ዘይምኽኣል ከቢድ ስቓይ እዩ።ትምኒት ኣቋራጭ መንገዲ እኳ እንተመሰለ፡ግና'ኸ ካብቲ ቀንዲ መንገዲ'ዩ ዘርሕቐካ።ብዝሒ ትምኒት የረብርበካን የዳኽመካን፡ናይ ግዜ ባልዕ ኮይኑ ከኣ ዘመንካ የባኽነልካ።

ከምዚ ምባልና ቅኑዕ ትምኒት ምምናይ ግቡእ ኣይኮነን ማለት'ዶ ይኸውን፧ ኣይኮነን፡እግዚኣብሄር'ውን ንቅኑዕ ትምኒት ይፍጽም'ዩ፡ናይ ተግባር መበገሲ ብምኺን ከኣ ንመንገዲ ትምኒት የቃንዖ።ናይ ትምኒት ጸገም ትምኒት ኮይኑ ምትራፉን ንተግባር ተኪኡ ምንባሩን እዩ።ዘይተፈጸመ ትምኒት ምቕልዉላውን ብስጭትን ይፈጥር፡ስለዝኾነ ድማ ተስፋ ምቑራጽ የስዕብ፡ኣብ ጸልማት ዝኾነ ስፍራ ከኣ የቐምጠካ።ንሰብ ናብ ናይ ኣእምሮ ሕማም ከሰጋገሩዎ ካብ ዝኽእሉ ጠንቅታት፡-

1.ሂወቱ ኣብ ዝመስረቶ ነገር

2.ትምኒት

1.ህይወቱ ኣብ ዝመስረቶ ነገር

ሰብ ህይወቱ ኣብ ትምህርቱ፡ሃብቱ፡ሓዳሩ፡ደቂ፡ኣዕርኽቱ. . . ምስዝውከል እሞ ነዚ ምስዝስእን ናይ ምንባሩ መሰል ዝሰኣነ ኮይኑ ይመስሎ።ስለዚ ንኣእምሮኡ ናብ ጭንቀት የሕሊፉ ይህቦ።እንተኾነ ትምህርቲ፡ሃብቲ፡ሓዳር፡ውላድ፡የዕሩኽ ንምንባር ክሕግዙ ይኽእሉ ይኾኑ'ዮም፡ህይወት ግን ክርስቶስ እዩ።

2.ትምኒት

ሕማም ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዘለዉዎ ቦታ ምስ እንንቀሳቐስ ንዓኻ ሚልዮን ናቕፋ ክህበካ'የ፡ነዓኻ ከኣ ከንግሰካ'የ ኢዮም ዝብሉ።እዞም ሰባት ጥዕና ኣብ ዝነበሮም ግዜ እዚ እንተዝረክብ ንእገለ ከምዚ ምገበርኩሉ ኔረ፡እዚ እንተዝህልወኒ ንእገሌ'ውን ክንድዚ ምሃብኩዎ ኔረ ዝብሉ ዝነበሩ ኢዮም።ትምኒቶም መፈጸምታ ምስ ሰኣኑሉ ናብ ናይ ኣእምሮ ሕማም ይቃልዑ።ትምኒት ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ ገደብ ይሓትት እዩ።ሓደ ኣቦ ከይሓተትኩዎም ብዙሕ ስለዝገበርኩ. .ፍርሕ. .ትብዕ እናበልኩ "ኣቦ ከይትቕየሙኒ ስለዘይጠዓመኒ እየ ዘይመጻእኩኹም" ምስበልኩዎም፡-"ዋይ ዝወደይ ልብስ ይጥዕሞ ኔሩ'ዩ፡ንእግሪ ግን ኣይጠዓሞን።ኣነ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ኣሜሪካ በጺሐ ይምለስ።እግረይ ግን ካብ ዓራት ኣይወርድን" በሉኒ።ንትምኒት ዝቐለሉ ምኽንያት ልቢ ስለዝጥዕሞን ጎደና ከኣ ስለዘይጠዋወን እዩ።

ራእይ ትምኒት ኣይኮነን።እኳ ደኣ ራእይ ክህልወና ዝኽእል ስምዒትናን ትምኒትናን ተጠቓሊሎም ካባና ምስ ዝጠፍኡ እዩ።ስምዒትን ትምኒትን ከም ዝተዘርገ ማይ ምስኮኑ ከይረግኡ ኣይስተዩን'ዮም።እሞ'ኸ ደኣ ንምንታይ ኢና ትምኒት እነብዝሕ፡ምስ እንብል፡"እንምነዮ ነገር ዋጋ ከይከፈልና ክንረኽቦ ስለእንደሊ"እዩ።ትምኒት ስምዒት'ዩ፡ራእይ ግን ተግባር እዩ።ትምኒት ናይ ሓሳብ መፈለምታ እዩ።ራእይ ግን ገዛእ ርእስኻ ምውፋይ እዩ።ራእይ ዝመስል ነገር ሒዝና ራእይ ዘይብልና ሰባት ክንህሉ ንኽእል ኢና።ንትምኒት'ውን ራእይ ኢልና ክንሕዞ ንኽእል ኢና።እንተኾነ ዋጋ ንምኽፋል ግን ንፈርሕ ኢና።ሓደ ሓደ ግዜ ዋጋ ንምኽፋል ብምፍራሕ ራእይ ተመሊሱ ትምኒት ዝኾነሉ ግዜ'ውን ኣሎ።

ተፈጥሮና ምስእንዕዘብ እዝኒ እነውጽኦ ድምጺ፡ዓይኒ ምኽፋት ኣፍና፡ልቢ ከኣ ናይ ስጉምትና ዓቕን ይውስኑ።ራእይና ድማ ክንበጽሖ ዘለና ይውስን።ንጽቡቕ መፈጸምታ ጽቡቕ ምጅማር የድልዮ።ስለዚ ራእይ ናይ ኣማራጺ ጉዳይ ዘይኮነ ምርጫና ክኸውን ይግባእ።ራእይ ዝመስል ነገር ሒዝና ገዛእ ርእስና ከይነታልል ምጥንቃቕ የድልየና።

ራእይ ትንቢት ኣይኮነን

ሃገርና ብስርዓት መሳፍንቲ ንዘመናት ተመቓቒላ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ፡ነፍስ ወከፍ መስፍን ድማ ባዕሉ ዝቕልቦ ትንቢት ዝዛረበሉ ኣብ ገዝኡ ዘንብሮ ባሕታዊ ነበሮ። እቲ ባሕታዊ ድማ ንስኹም ቅብኣት ኣለኩም፡ኣርባዓ ዓመት ክትነግሱ ኢኹም እናበለ ናይ ሓሶት ተስፋ ይህቦም ነበረ።እቲ ባሕታዊ ንነፍስ ወከፍ መስፍን ቅብኣት ኣለኩም ስለዝብሎም"ካብ እግዚኣብሄር ቅብኣት ኣለኒ"ብምባል ንዘይኣመነሎም ውግእ የልዕሉ ነበሩ።ብኸምዚ ናይ ሓሳት ትንቢት ብምእማኖም ነቲ ዝነበሮም መስፍንነት ብግቡእ ከይተጠቕሙሉ ሞቱ፡ንቡዙሓት ከኣ ናይ ህልቂት ምኽንያት ኮኑ።ኣብ ቀረባ እዋን'ውን ናይ ፓትርያርክ ቅብኣት ኣለኒ ኢሎም ክባልዑን ክናኸሱን ዝሓለፉ ሰባት ነበሩ።ናይ ከምዚ ዝበለ ገዳም መናኒ ዝተነግረኒ ትንቢት ኣለኒ ክነግስ'የ እናበሉ ስርሖም ገዲፎም ኮፍ ዝበሉ ብዙሓት'ዮም።ብርግጽ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ትንቢት እንተልዩ ኣብ እዋኑ ይረጋገጽ እዩ።

ነብያት እግዚኣብሄር ኣብ ዘዘመኖም ትንቢት ተዛሪቦም'ዮም።እንተኾነ ብዙሕ ግዜ መዓስን ብኸመይን ከምዝፍጸም ኣይፈልጡን ነበሩ።ራእይ ግን ትንቢት ኣይኮነን። ትንቢት ክንዛረብ ከለና ብዛዕባ ካልኦት ክኸውን ይኽእል እዩ፡ራእይ ግን ካባና'ዩ ዝብገስ። ንሕና ናይ ራእይና ናይ መጀመርታ ውጽኢት ኢና።ትንቢት ንዘለናዮ ዘመን ዘይውከል

ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ራእይ ግን ኣብ ዘመና'ዩ ዝጅምር።ብርግጽ ራእይ ኣብ ዘመና ዘይክዛዘም ይኽእል'ዩ፡እንተኾነ ራእይ ዝግብኡ ርሕቀት-ግዜ ምምጣጥ ባህሪኡ ኢዩ።ትንቢት ንዝመጽእ ግዜ ናይ ምፍላጥ ክእለት ምህላው'ዩ፡ራእይ ግን ንሎሚ ዋጋ ምኽፋል እዩ።ትንቢት ፍልጠት'ዩ፡ከምዚ ወይ ከምቲ ከምዝኸውን ምዝራብ እዩ፡ራእይ ግን መፍትሒ ዘናዲ እዩ።

ነብያት ትንቢት'ኳ እንተተነበዩ ብኽመይ ከምዝፍጸም ኣይፈልጡን ነበሩ።ራእይ ግን ኣብ መወዳእታ ፍሉጥ ቅርጺ ይህብ።ካልኦት ብዛዕባና ዝተዛረብዎ ክህሉ ይኽእል እዩ፡ትንቢት ወይ ዝተነግረኒ ኣለኒ ንብል'ውን ንኸውን ኢና።ራእይ ግን ትንቢት ኣይኮነን፡ራእይ ብኣፈት እንሰምዖ ድምጺ ጥራይ ዘይኮነ፡ብውሽጢ ኣብ ኣእምሮና ዝስምዓና ኩነት'ዩ።ናይ ነብያት ብጽሒት ትንቢት ምዝራብ ጥራይ ነበረ፡በዓል ራእይ ግን ንዝረኣዮ ነገር ፈቶውራሪ ኮይኑ ከዐሪ ዘለዎ እዩ።በዓል ራእይ ሰባት ዓቢ ግምት ምስዝህብዎ ዝበራታዕ፡ምስ ዘቃልልዎ ከኣ ደው ዝብል ዘይኮነ፡ናብቲ ዝረኣዮ ንምብጻሕ ዝህንደድ'ዩ። ዝተነገርኩዎ ኣለኒ ዝብሉ ሰባት ንዝመጽእ ክብሮም ዝዛረቡ እዮም፡በዓል ራእይ ግን ንባዕሉ ትሕት ኢሉ ጎይትኡ ዘኽብር፡ንሰዓብቱ ከርብሕ ዝተዳለወ እዩ።

ራእይ ዓርባዕተ ነገራት ኣይኮነን፡-መደብ ኣይኮነን፡ሕልሚ ኣይኮነን፡ትምኒት ኣይኮነን፡ትንቢት'ውን ኣይኮነን።ብዙሓት ንሕልሚ ራእይ እናመሰሎም መጨበጢ ይስእንሉ፡ትምኒት እናመሰሎም ኣብ ህዋ ገዛ ይሰርሑ፡ትንቢት እናመሰሎም ቆጸራ ይሕዙሉ፡ራእይ መደብ መሲሉዎም መወዳእታ ይደልዩሉ።ብዙሓት ብዙሕ ሕልሚ፡ ውሑድ ዘይበሃል ትምኒት፡ዕሹግ ትንቢት፡ኩምራ መደብ ሒዞም ይነብሩ።ንኹላትና ዝመስል ነገር ኣታሊሉና ስለዘሎ ካብዚ ነገር እዚ ቀልጢፍና ክንወጽእ ኣለና።

<u>ነስተውዕል</u>

- ትምኒት ዘይተጨበጠ እዩ፡እንተኾነ ብዘይተጨበጠ ነገር ባእሲ ይወልድ።
- ስምዒትን ትምኒትን ከም ዝተዘርገ ማይ ምስዝኾኑ ከይረግኡ ኣይስተዩን'ዮም።
- ትምኒት ስምዒት እዩ፡ራእይ ግን ተግባር እዩ።ትምኒት ናይ ሓሳብ መበገሲ'ዩ፡ራእይ ግን ገዛእ ርእስኻ ምውፋይ እዩ።
- ሓደሓደ ግዜ ዋጋ ራእይ ንምኽፋል ብምፍራሕ፡ራእይ ብኣንጻሩ ትምኒት ዝኾነሉ ግዜ ኣሎ።
- ራእይ ዝመስል ነገር ሒዝና፡ራእይ ዘይብልና ሰባት ክንከውን ንኽእል ኢና።
- ንጽቡቕ መፈጸምታ ጽቡቕ መጀመርታ የድልዮ።
- ንሕና ናይ ራእይና ናይ መጀመርታ ውጽኢት ኢና።
- ራእይ ትንቢት ኣይኮነን፡ብኣፈት እንሰምዖ ድምጺ ዘይኮነ ብውሽጢ ኣብ ኣእምሮና ዝስመዓና ኩነት እዩ።

ምዕራፍ 6

<u>ራእይ ዕላማ እዩ</u>

ኣብ ሓንቲ ዓዲ ናይ እስክንድርያ ህጻናት ተኣኪቦም ይጻወቱ ነበሩ።ጸወትኡም ከኣ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ነበሮ፡እቶም ህጻናት ምስ ወለዶም ንቤተ-ክርስትያን ኣብ ዝኸዱሉ፡ ስርዓት ኣምልኾ ይማርኾም ነበረ'ሞ ኣብ ጸወታኡም ከኣ ነቲ ዝረኣዩዎ ስርዓት ኣምልኾ ብተዋስኦ መልክዕ ይጻወቱዎ ነበሩ።ሓደ ካብኡም ከም ጳጳስ፡ሓደ ከም ቀሺ ካልኦት ድማ ከም ድያቆናት ኮይኖም ክጻወቱ ከለዉ፡ሓደ ህጻን ግን ፍልይ ኢሉ ይከታተሎም ነበረ።እዚ ህጻን'ዚ ብመልክዕ ተዋስኦ ዝከታተሎ ንዝነበረ ምስጢር ቤት-ክርስትያን ማረኾ፡ናብኡም ቅርብ ኢሉ ከኣ ኣነ'ውን ምሳኹም ከምሓደ ልኡኽ ኮይነ ክጻወት ኣፍቅዱለይ ኢሉ ሓተቶም።እቶም ህጻናት ድማ፡-"ንስኻ ክርስትያን ስለዘይኮንካ ምሳና ክትጻወት ኣይትኽእልን ኢኻ"በሉዎ።እቲ ህጻን መሊሱ ካብ ሕጂ ንደሓር ክርስትያን ክኸውን'የ፡ምሳኹም ከኣ ክጽንበር'የ በሎም፡እቶም ቆልዑት ብሓጎስ ተቐበሉዎ፡ናይ ፓትርያሪክ መዓርግ ብምሃብ ናይ ፓትርያሪክ ክብሪ ቀረቡሉ።እቶም ህጻናት ኣብ ዓቢ ተመስጦ ስለዝነበሩ ከባቢኡም ፍጹም ረሲያም ኣብቲ ጸወትኡም ጥራይ ኣድሂቦም ነበሩ።ኣብቲ ጥቕኡም ናይ እስክንድርያ ፓትርያርክ እለእስክንድሮስ ምስ ሰዓብቱ ኮይኑ ይከታተሎም ነበረ።እለእስክንድሮስ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ብጾቱ ነቲ ካብቶም ህጻናት ፓትርያርክ ዝኾነ ቆልዓ ኣመልኪቱ፡እዚ ህጻን'ዚ "ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዝበጽሕ ርግጸኛ እየ" ብምባል ገለጸሎም።

እቲ ኣብቲ ጉባኤ ህጻናት ፓትርያሪክ ኮይኑ ዝተሸመ ቆልዓ ኣቦኡ ብህጻንነቱ ዝሞቶን ኣዲኡ ብብዙሕ ጻዕሪ እተዕብዮን ቆልዓ ነበረ።ምውዓሉን ፍቕሩን ምስቶም ደቂ ክርስትያን ቆልዑ ስለዝነበረ ብፍቕሪ ክርስትና እናተማረኸ መጸ፡ናብ ቤተ ፓትርያሪክ እለእስክንድሮስ ከኣ ይመላለስ ነበረ።ናይ ክርስትና ፍልጠቱ እናማዕበለ ምስ መጸ ክልተ ነገራት ወሰነ።ንሱ ከኣ ክርስትያን ንምኳንን ብድንግልና ንምንባርን ነበረ።

ዕድሚኡ ንመርዓ ምስበጽሐ፡ኣዲኡ ኣመርዕያ ውላድ ሓደ ወዳ ክትርኢ ነገረቶ። ንሱ ኸኣ ጸገማት ናይ መርዓ ዘርዚሩ፡ብድንግልና ክነብር ምርጫኡ ምኳኑ ሓበራ።ምስዚ ኣተሓሒዙ ከኣ ናይ ክርስትና ህይወት ምኽንያታዊ ምኳኑ ኣረድኣ።በዚ ምኽንያት ኣዲኡ'ውን ምስ ወዳ ክርስትያን ክትከውን ወሰነት።ኣዲኡ ምስ ወዳ ብኢድ እለእስክንድሮስ ተጠመቐት፡ነቲ ህጻን ከኣ ኣብ መንበሪ ናይቲ ፓትርያርክ ክቕመጥ ተፈቐደሉ።እቲ ፓትርያርክ ኣቐዲሙ ኣብቲ ናይቶም ቆልዑ ኣኼባ ክበጽሖ ዘለዎ ስለዝረኣየ ናይ ቀረባ ደጋፊኡ ገበሮ፡መዓርግ ዲቁና ኸኣ ሸሞ።ድያቆን ኮይኑ ብፍልጠት ስነ-መለኮትን ብብቐዕ ናይ ሕቶታትን መልስን ኣድናቐት እናረኸበ መጸ።ዓቢ ናይ ቤተክርስትያን ጉባኤ "ጉባኤ ኒቂያ" ኣብ ዝተገብረሉ ግዜ እለእስክንድሮስ ናብቲ ኣኼባ ሒዙዎ ከደ።እዚ ድያቆን መንእሰይ ፍልጠቱ ምስ እምነቱ፡ጭውነቱ ምስ ትብዓት ኣወሃሂዱ ብዝሃቦ መልሲ ንኣርዮስ ከሕፍሮ ከኣለ።

እለእስክንድሮስ ከኣ ኣብ መዓርጉ ፓትርያርክ ኮይኑ ክትካእ ምስኣፍለጠ፡ኣነ ነዚ ብቐዕ ኣይኮንኩን ኢሉ ተሰወረ፡ብህዝቢ ተደልዩ ምስተረኽበ ናይ እስክድርያ ፓትርያርክ ኮይኑ ተሸመ።እዚ ሰብ'ዚ ንሃይማኖት ብዝኸፈሎ ዋጋ "ሃዋርያ" ተባሂሉ፡ብናይ ምንባሩ ምስክርነት ከኣ "ቅዱስ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣትናቴዎስ እዩ።ናይ መጀመርታ ናይ ኢትዮጵያ ቤተክርስትያን ጳጳስ ንዝነበረ ኣባ ፍሬምናጦስ (ኣባሰላማ) ዝሸመ ኣትናቴዎስ ከኣ'ዩ።

ዕድመ ህጻናት ዓቢ መሰረት ዝንበረሉ ዕድመ እዩ፡ህጻናት ነቲ እንዛረቦ ብምስማዕ እንገብሮ ዘበለ የስተውዕሉ፡ምስንበዙ ከኣ ንዕኡ ንምድጋም ናይ ነዊሕ ቆጸራ ይሕዙ።ሽጋራ እናትከኸ ምትካኽ ሽጋራ ጎዳኢ ምኼኑ ንዝዛረብ ኣቦ ህጻናት ኣይቅበልዎን'ዮም፡ካባይ ተማሃሩ ምስዝብል'ውን ኣይሰምዑዎን'ዮም።ሎሚ ክኹረየሎም ስለዝኽእልን ገንዘብ ስለዘይብሎምን ኣየትክኹን ይኾኑ፡ኣብ ዝንበዝሉ ግን ንመጀመርያ ዝለማመድዎ ካብ ወለዶም ዝወረሱዎ'ዩ።ሓደ ግዜ ሓንቲ ጓል ክትዛረብ ከላ ልበይ ተተንከፈ፡-"ኣቦይ ጓለይ ሕጂ ኩሉ እንተሪኣ፡ደሓር ኣይትሓፍርን'ያ ኢሉ ምሸት ምሸት እንዳ መስተ ሒዙኒ ይኸይድ ነበረ"፡ንዓይ ለስላሳ፡ንዑኡ ቢራ ኣዚዙ ናይዚ ክፉእ ቦታ'ዚ ክፍኣት የለማምደኒ ነበረ። ኣቦይ ደቀንስትዮ ክርኢ ከሎ ዓይኑ ናብኣን ይዘውር ነበረ፡፡ኣነ'ውን ኣብቲ ቦታ ንዝረኣኹወን ደቀንስትዮ ኩሉ ዝፈትወንን ኣብ ምድሪ ብናጽነት ክነብራ ዝተፈቐደለንን ጌረ ሰኣልኩወን (ቀረጽኩወን)።ሽዑኡ ጓል ዓሰርትርው-ሓሙሽተ ዓመት ኮለኹ'የ እንዳ መስተ ዝኣተኹ። ቤት ኣቦይ ዝመልከዐ ቤት ገዲፈ ከኣ'የ ዝወጻእኩ ሎሚ ኣቦይ እዚ ነገር እንተዘይኣቋሪጽክዮ ክቐትለኪ'የ፡ምኽንያቱ ብኣኺ ክጽረፍ ኣይኮንኩን በለኒ፡"ኣነ ዝገበርኩዎ ግን ንሱ ዝመሃረኒ'ዩ" እናበለት ክትዛረብ ሰማዕኩዋ።

ንህጻናት ነቲ ክፉእ እናለማመድናዮም ቅኑዕ እንምህሮም እንተኾይኑ ኣጸጋሚ እዩ።ቅኑዕ ነገር እናርኣናዮም ንኽገብሩዎ'ውን ብዓቕምና እናሓገዝና ከነሰልጥኖም ኣለና። ንድኻታት ንምሕጋዝ ምምሃር ጥራይ ጠቕሚ ኣይኮነን፡ንድኻታት ክድግፉ ብገዛእ ኢዶም ክምጽውቱ ገንዘብ ብምሃብ ክነለማምዶም ኣለና።ብዛዕባ ጽቡቕ ነገር ናይ ቤተክርስትያን ምንጋር ጥራይ ዘይኮነ፡ንቤተክርስትያን ክኸዱ ከምዘለዎም ክንምህሮምን ሒዝናዮም ክንከይድን ኣለና።ምኽንያቱ ህጻናት ናይ ቃል ዘይኮነ ናይ ተግባር ሰባት'ዮም።

ሓምሻይ ፓትርያርክ ናይ ኢትዮጵያ ቤተክርስትያን ኣቡነ ጳውሎስ ብዛዕባ ናይ ቁልዕነት ዕድሚኦም ሓደ ግዜ ከምዚ ክብሉ ኣዕለሉ።"ኣቦይ ናይ ቤተክርስትያን ኣገልጋሊ ስለዝነበሩ ህጻን ከለኹ ንጸሎት ቤተክርስትያን ለይቲ ሒዞምኒ ይኸዱ ነበሩ። ኣነ ከኣ ጌና ንቤተክርስትያን መገዲ ምስጀመርና ደቂሰ'የ ዝኸይድ ዝነበርኩ፡መዐንቀፊ እናሃረመኒ፡እሾኽ እናወግኣኒ ከኣ ይበጽሕ ነበርኩ።ኣብ ቁመት ናይ ማህሌት ኣብ ትሕቲ እግሮም የደቅሱኒ ነበሩ፡ምስወግሐ ኸኣ ይትንስእ ነበርኩ።ኣደይ ግን ኩሉ ግዜ ትቃወም ነበረት፡-ነዚ ቆልዓ ንምንታይ ኢኹም ተሳቐይዎ፡ቤተክርስትያን ከይዱኽ ማህሌት ኣይቀውም፡ኣይቅድስ. . ምድቃስ ምድቃሱ'ኽ ንምንታይ ገዝኡ ዘይድቅስ ትብል ነበረት።ኣቦይ ግን መሊሶም፡-ማህሌት'ኳ እንተዘይቆመ ብሕልምኻ እንታይ ርኢኻ፧ክበሃል ከሎ፡ካህናት ክቐድሱ ሪኡ ክብል'ዩ፡በዚ ኸኣ ፍቕሪ ቤተክርስትያን ክሓድሮ'ዩ ብምባል ነደይ ይምልሱላ ነበሩ።ነዓይ ከኣ ከምቲ ዝበሉዎ ፍቕሪ ቤተክርስትያን እናሓደረኒ መጸ'ሞ ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ናብ መንፈሳዊ ሂወት ኣተኹ" ክብሉ ተዛረቡ።

እቶም ናይ እስክንድርያ ህጻናት'ውን ወለዶም ካብ ቤተክርስትያን ስለዘይፈልዩዎም ዝነበሩ ኩሉ ጸወትኡም መንፈሳዊ ኮነ፡እቶም ህጻናት ኣትናቴዎስ ክርስትያን ኮይነ ኣለኹ ምስበሎም ብቐጥታ ተቐበሉዎ።ክሳብ እንምርምረካ ጽናሕ'ውን ኣይበሉዎን፡እኳ ደኣ ካብቲ ናታቶም ዝበለጸ ናይ ፓትርያርክ ቦታ ሃቡዎ ኣኽበሩዎ ኸኣ፡፡ህጻናት ይቕረ በሃልቲ፡ከምኡ'ውን ናይ እምነት ሰባት'ዮም፡ትሑታት ስለዝኾኑ ካባይ ንላዕሊ ሓወይ ይኽበር ኢዮም ዝብሉ።ስለዚ ነቲ ጋሻ ብፍሉይ ፍቕርን ክብርን ተቐበሉዎ።ናይ ኣትናቴዎስ መወዳእታ መንፈስ ቅዱስ ኣርኣዮም።ኣብቲ ግዜ'ቲ ጌና ዘይተጠመቐ እኳ እንተ ነበረ፡ከም ንኡስ-ክርስትያን'ኳ ኣይቆጸሩዎን።ንሳቶም ግን ኣብ ሞንነ ኮይኑዎ ዘሎ ገዲፎም መወዳእትኡ

ረኣዩ።እዚ ካብ ፍቕሪ ተላዒሎም ክገብሩዎ ከለዉ ኣየስተውዕልዎን ኔሮም ይኾኑ'ዮም።እለእስክንድሮስ ግን ኣብ ዘይተጠመቐ ቆልዓ እግዚኣብሄር ዝሰርሖ ስራሕ ኣማዕድዩ ረኣየ፡እንታይ ከምዝኸውን'ውን ርግጸኛ ኮይኑ ተዛረበ።እግዚኣብሄር ዕላማ ኣለዎ፡ግን ኣብ ክርስትያን ጥራይ ኣይኮነን፡ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቂ ሰባት'ዩ ዕላማ ዘለዎ። ስለዚ ክርስትያን ንዘይኮኑ ሰባት'ውን መጀመርታ ክርስቶስ ደሓር ራእይ ክንምነየሎም ኣለና።ስለዚ ብፍቕሪ ንቀበሎም፡ብሰብኣውነቶም'ውን ነኽብሮም።

ነዚ ቆልዓ ማለት ንኣትናቴዎስ ዝተመነይሉ ኮነ፡ንቤተ-ክርስትያን ከኣ ብብዙሕ ሓዊ እናሓለፈ ኣገልገላ፡ብዘይ ደም ከኣ ሰማዕት ኮነላ።ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ቤተክርስትያን ከኣ በዓል ሰናይ ተግባር ኮይኑ ክዝከር ይነብር ኣሎ።እለእስክንድሮስ መወዳእትኡ ክኾኖ ዘለዎ ካብ ዝረኣየሉ ንደሓር ተኸናኽኖ።ምምናይ ጥራይ በይኑ ብቕዓት የብሉን፡ምሕጋዝ'ውን የድሊ'ዩ።ነፍሰ-ጾር ሰበይቲ ኩሉ ይከናኽና፡እንተዘይተኸናኺኖማ ከተማርር ትኽእል። ንበዓል ራእይ ከኣ ምሕላዉ ኣድላዩ ኢዩ።

ሰባት ከምዝተመነናሎም'ዮም ዝኾኑ፡ክፉእ ክንምነየሎም ከለና ኩፉኣት፡ጽቡቕ ክንምነየሎም ከለና ድማ ቅኑዓት ይኾኑ።ብዙሓት ጨካናት መራሕቲ፡-እዚ ቆልዓ ምስ ዓበየ ኣረሜን ክኸውን እዩ፡እናተባህሉ ዝዓበዩ፡ኣብ ግላዊ ማህደሮም፡-"ዓመጸኛ እዩ"ዝብል ዝተጻሕፈሎም ነበሩ።ሰባት ከምዝጸሓፍናሎም ኢዮም፡ጽቡቕ ክንጽሕፈሎም ጽቡቕ ይኾኑ፡ ክፉእ ምስጸሓፍናሎም ከኣ ኩፉኣት ይኾኑ።ስለዚ ንዓኣቶም ዘለና ዝለዓለ ግምት ንንገሮም።ብሓቅን ብቕንዕናን፡-"ከምዚ ክትከውን'ዩ ዝረኣየኒ" ከኣ ንበሎም።ዘረባና ሓይሊ ክኾኖም ክኽእል እዩ።ራእይ ኣብ ዝጠፍኦም መዓልቲ ዘረባና ራኢኦም ክገብሩዎ ክኽእሉ ኢዮም።ናይ ሎሚ ትምኒትና ናይ ጽባሕ ራኢኦም ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ኣብ ሃገርና ግን ነቐፈታ ደኣ'ምበር ምብርታዕ ኣይተለምደን።ንእሽቶ ጉድለት ኣጉሊሕካ ምግላጽ'ምበር ነቲ ዓቢ ጽቡቕ ስራሕ ኣይንርእን ኢና።ኣብ ሃገርና ነቲ ንእሽቶ ክፉእ ስራሕ ኢዩ ዋጋ ዝወሃቦ።ሰባት ከምዝልወጡ'ውን ኣይንኣምንን ኢና፡መሊስና ንሰብ ብናይ ቀደም ስሙን መንነቱን ክንጽውዖ ኢና ንነብር።ዝሓለፈ ዘመናት ምስ እንሪኦ ነጸልኡን ጥበቡን እናተኸደና ንዝሰርሕ ሰብ ንንዕቆ ነበርና።ንቕልዑ ከኣ ብሓይሉ፡ሕንቁቕ እናበልና ንጽውዖም።ብዙሓት መስተውዓልቲ ሽማግለታት ንቕልዑ ኣይንዕቁን ኢዮም። መሊሶም ካብ ኮፍ ዝበሉዎ ተንሲኦም'ዮም ዝቕበሉዎም።ግደፍ'ኳ እንተ ተባህሉ ንሳቶም ግን፡-"ኣበይ ከምዝበጽሕ ኣይፍለጥን'ዩ"ይብሉ።ብዙሓት ጥበበኛታት'ውን ንናእሽቱ ጅማሬታት ይውድሱ ኢዮም።ቃል እግዚኣብሄር ድማ፡-መጀመርታኻ ንእሽቶ'ኳ እንተኾነ መወዳእታኻ ግን ዓቢ ክኸውን እዩ"ይብል (ኢዩ 8፡7)።ስለዚ ናትና ኣድናቕት ንሰባት ሓይሊ ክኾኖም ይኽእል'ዩ።ሰበይቲ መግቢ ሰሪሓ ዝበልዓላ፡ክኢላ ንብረት ስሪሑ ዘድንቕሉ፡ጽቡቕ ተዛሪቦም ዝኽእሉ ሰባት ምስ እነድንቕም ኣበርቲያም ክዛረቡ ይጅምሩ።እዚ ውዳሴ ከንቱ ኣይኮነን።ናይ ውዳሴ ከንቱ ዕላማ ንሰብ ምድንዛዝ እዩ።ንጽቡቕ ጽቡቕ ምባል ግን ነቲ ሰብ ምብርታዕ እዩ።

<u>ድሕሪ ሞትና ክንገረልና እንደልዮ እንታይ'ዩ፧</u>

ብራኢኻ ንኽትዝከር ዘኽእል ሓደ ምሳሌ ይምሰል'ዩ።ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ልክዕ ከምዝሞትና ኮይና ርእስና ንቕጽር፡-ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ንኽፍጸም ከኣ ውሑድ-ሰዓታት'ዩ ተሪፉ ንበል፡ሃብታማት ንሞት ቀሪቦም ከስተንትኑዎ ስለዘይደልዩ፡ርሕቕ ኢሎም'ዮም ዝቕሙ።ምልኩዕ ናይ መልቀስ ፋሽን ዝኾነ ጸሊም ክዳኖም ዝተኽድኑ ከኣ፡ ዘልቅሱ ሰባት ንብዓት ከምዘምጽኡ ከይገብሩዎም ብጥንቃቐ መጎልበቢኦም ይሕዙ።ዋዘይቲ

እናልቀሱ ነቲ መልቀስ መቐለዲ ይጥቀምሉ።መውረይቲ ንዓዶም ወረ ሒዞም ክምለሱ “ኣበይ ደኣ’ላ ኣዲኡ፤”ብጻየይ ብጻየይ ትብል ዘላ ናይ ቀደም ሰበይቱ’ዶ ትኸውን፤” እናበሉ ልቢ ሰባት ይማርኹ።ሊቃውንቲ ከኣ፦ብኣማውታና ዘይኮነ ብዝሓለፈ ብልሹው መነባብሮና ይሓዝኑ።ሰብ ቅኔ ከኣ ንሞት እናገላበጡ ይሪኡዎ፡እቲ ንእገሌ ዝተቐንየሉ ቅኔ ትዝ’ዶ ይብለካ፤ንምባል ቅኔኣም የንውሑ።

ስርዓት ቀብርና ተፈጺሙ ቀባሪ ናብ ዓውደ ምህረት ምስተኣከበ፡ ስራሕ ዝበዝሖም ካህናት ደው ደው ምስበሉ፡ሓደ ሰብ ታሪኽ ሂወትና ክዛረብ ጽሑፍ ሒዙ ይቐርብ።ኩሉ ሰብ ከኣ ጸጥ ይብል፡ዝረሓቕ’ውን ንምስማዕ ይቐርቡ፡ታሪኽ ሂወትና ከኣ ክንበብ ይጅምር።እሞ’ኸ ደኣ ኣብዚ ግዜ’ዚ ክንገረልና እንሓስቦ ታሪኽ ሂወት እንታይ ክኸውን ይኽእል፤“ቅንዕና ዝመልኡ፡ፈታዊ ኩሉ ዝኾነ፡ኣቦ ክንድዚ ቆልዑ ዝኾነ. . .” ተባሂሉ ክንገረልና ዲና እንደሊ፤እስከ ኣብ ወረቐት ንጽሓፎ።ብዛዕባ ራእይ ዝምህሩ ፈላጣት “ኣብ መወዳእታ ናይ ቀብሪ ግዜና ክንገረልና እንደልዮ፡ታሪኽ ሂወት ራእይና ጥራይ’ዩ” ይብሉ።

እምበኣር ራእይ በዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ምስላ ጥራይ ዝልካዕ ኣይኮነን።ራእይ እንታይ’ዩ፤ንዝብል’ሞ ጸልማት ንዝመልኦ ኣእምሮኡ ንእሽቶ ብርሃን ይወሃብ።ራእይና ኣብ ቀብርና ጥራይ ዘይኮነ ብደውና ክንገረልና ዘለዎ ሰናይ ነገር’ዩ፡ክፉኣት ከለና ቅኑዓት’ዮም ክንበሃል ንደሊ ኢና፡እንተኾነ ቅኑዓት ካብ ንበሃል ቅኑዕ ነገር ክንሰርሕ ይሓይሸን ይቐልልን የሕጉስን ከኣ።

ራእይ እንታይ’ዩ፤ራእይ ዘይኮነስ ርኢና ኣለና፡ራእይ ዘበለ’ኸ እንታይ ኢዩ፤ራእይ ብዝበለጸ ቋንቋ ክግለጽ ከሎ ዕላማ ማለት እዩ።ዕላማ ዘበለ ኸኣ ራእይ ዘይክኸውን ይኽእል’ዩ፡ትጽቢት ዘለዎ ዕላማ ግን ራእይ እዩ።ብዘይ ራእይ ብዙሓት ኣሳልጦታት ክመጹ ይኽእሉ’ዮም።ኣብ ውሽጢ ሂወት ሓጎስ ዝህበናን ምንባር ይኣኽለና ኢልና ክንዓግብ ዘኽእለናን ራእይ ጥራይ እዩ።ብጹዕ ኣቡነ ጎርጎርዮስ፦“ሰብ ዘድልዮ ካብ ረኣየ፡ሞት ክጽበ ኣለዎ” ይብሉ ነበሩ።ሰብ ምንባር ከቢዱዎ ሞት ክምነ ይኽእል’ዩ፡ከምኡ’ውን ዓጊቡ ሰማይ ናፊቑ ሞቱ ክምነ ይኽእል’ዩ።ንምንባርን ሙማትን ዋግኡ ማዕረ ዝገብረልና ራእይ ጥራይ እዩ።ሰብ ዝነብረሉ ብቑዕ ምኽንያት እንተ ዘይብሉ፡ምንባሩ ኣይምቅረሉን፡ምንባር ካብ ዘመቅሩ ሓደ ቀመማት ራእይ እዩ። ሓቀኛ ራእይ ዕላማ እዩ፡ራእይ ዕላማ ካብ ኮነ በጂሕና እንፈልጦ ዘይኮነ፡ ብመስትያት-እምነት ርኢና እንነዓዞ እዩ።ኣብ ሞንጎ መጀመርታን መወዳእታን ብዙሕ ሩባታትን ጎቦታትን’ኳ እንተሃለወ በዓል ራእይ ግን ናብቲ ዝረኣዮ መፈጸምታ ይግስግስ።ወድ-ሰብ ንኣምላኽ “መወዳእታይ ኣጸብቕለይ” ኢሉ ይምነ፡ መወዳእትና ካብ ዘጸብቕልና ነገራት ሓደ ራእይ እዩ።ሰሎሞን ከምዝገለጾ “ካብ መጀመርታ መወዳእታ ይበልጽ ይብል(መክ 7፡8)።ዝሓሸ መፈጸምታ ዝመጽእ ግን ብራእይ ምስእንነዓዝ’ዩ።

ሓደ ሰብ መወዳእታይ ከምዚ’ዩ ኢሉ ዝወሰኖ ነገር ራኢኡ ይኸውን፡ምኽንያቱ ንሕና ከምውሳኔና ኢና እንኸውን።ስለዚ ንሕና ከምዝሓሰብናዮ ኢና እንኸውን።ደጋዊ ሂወትና ናይ ውሽጢ ውጽኢት እዩ፡ብደገ ዝረኣዩ ተግባራትና’ውን ናይ ኣተሓሳስባና ውጽኢት እዮም።ገዛእ ርእስና ከምዝደለናዮ እዩ።እንተደሊና ኣጨነቕቲ ሰባት ንኸውን፡እንተደሊና ከኣ መዕረፍቲ ሰባት ንኸውን።እንተደሊና ንብዙሓት ዘጥፍእ መንነት ኣለና እንተደሊና ከኣ ንብዙሓት ዘድሕን መንነት ሓይሊ ተዋሂቡና’ዩ።ብሓደ ኦሳማ ቢላድን ዓለም ተጨኒቓ እያ፡ ብሓንቲ ኣዴና ትሬሳ ብዙሓት ድሒኖም ኢዮም።እግዚኣብሄር ዝሃበና ነገር ኣሎ፡ነጻ ድልየት ግን ናትና እዩ።ሓይሊ ኣተሓሳስባና ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንፈሳዊ

ሓይሊ እንተዘይሃሊዩ፡ናይ ጥፍኣት ግድላት እዩ።ሰሎሞን “ሂወት ካብኡ’ያ እትፍልፍል’ሞ ልዕሊ ኩሉ ንልብኻ ሓሉዎ ይብል (ምሳ 4፡23)።ልቢ ዝተባህለ ግዙፍ ተፈጥሮ ዘይኮነ፡ማእከላይ ህይወት ወድ ሰብ ዝኾነ ኣተሓሳስባኡ እዩ።ምንጪ እንተተዘሪጉ ዛራ ከምዘይጸሪ፡ካብ ኣተሓሳስባ ዝተበላሸወ ከኣ ኣብ ተግባር ኣይጸርንዩ።ልቢ ኣብ ዝደኸመሉ ኣካል ንኽሰርሕ ከምዝደክም፡ልቢ ሕጉስ ኣብ ዝኾነሉ ዘበለ ከኣ ስጋ ኣይደክምን፡፡ኣተሓሳስባና ቅዱስ እንተኾይኑ ቅኑዕ ጎይታ ኮይኑ ማለት’ዩ፡ዘለዉና ኣካላት ኩሎም ከኣ ቅኑዓት ባሮት ኮይኖም ማለት’ዩ።

ወተሃደር ናይ በይኑ ኩናት የብሉን፡ንርእሱ ንምኽባር ኩናት ኣየለዓዕልን።ናይ መንግስቱ ባእሲ ናይቲ ወተሃደር ባእሲ’ዩ።መንግስቱ ዝፈትዎ ከኣ ይቕበል። ኣተሓስስባና ከኣ ንኣካላትና ንብረትናን መንግስቱ እዩ።ኣካላትናን ንብረትናን ውሽጥና ምስደፍኦ ይድፋእ፡ኣሚንና ንዝተቐበልናዮ ከኣ የገልግል።ኒውክለር ቦንባ ንምስራሕ ስሩሕ ቦንባ ምርካብ ኣይጠቕምን’ዩ፡ረቂቕ ፎርሙላ ግን ኒውክለር ቡንባ ይሰርሕ።እቲ ረቂቕ ናይ ዓለም መሰረት ዝኾነ እግዚኣብሄር፡ረቂቕ ናይ ግዙፍ ነገር ገዛእን ረቂቕ ዝተኸወለ ሓይልን እዩ።ንምንባር ምንባር ጀሚርና ምስ እነብቅዕ ኣይኮነን እንመዝኖ።ሕይወት መንነታ ዘይፍለጥ ምስእንበጽሖ ጥራይ እንፈልጦ ኮይና ዝተሃንጸት ኣይኮነትን፡እትዕቀን ህይወት ተቐቢልና ኢና።ኣብ መዕረፊ ኣየር ኬድና ንሓደ ተሳፋሪ ናበይ ኢኻ ትኸይድ ዘለኻ፤ እንተበልናዮ፡ምስበጻሕኩዎ’የ ዝፈልጦ’ዶ ይብለና፤ብፍጹም ኣይብለናን።ዝበጽሖ እንተዘይፈሊጡ፡ክብገስ ኣይክእልን’ዩ።ክበጽሖ ዘለዎ ከይፈለጠ ዝጓዓዝ ተጓዓዚ ዘይኮነ ተንከራታቲ’ዩ።ኩሉ ተጓዓዚ “ዝኸዶ ሃገር ኣብቲ እዩ፡ፍቓድ እግዚኣብሄር እንተኾይኑ፡ሰዓት ክንድዚ ክበጽሕ’የ” ኢሉ ቦታ ጠቒሱ፡ሰዓት ቆሪጹ ኢዩ ዝዛረብ።ሂወት መንገዲ’ያ።ተጓዓዚ ሂወት ከኣ ነቲ ዝበጽሖ ዕላምኡ ወሲኑ ዝዛረብ እዩ፡ወሲና ክንዛረብ ዘኽእለና ከኣ ራእይ እዩ።

ካብ ገዛና ክንወጽእ ከለና ናበይ ከምእንኸይድ ወሲንና ኢና እንወጽእ።ስለዚ ግዜናን፡ገንዘብናን፡ጉልበትናን ዓቂብና ኣብቲ ዝመደብናዮ ቦታ ክንበጽሕ ንኽእል።ናበይ ከምእንኸይድ ከይወሰና ምስእንወጽእ ግን ግዜና ኣብ ሰንፈለል ይውዳእ፡ገንዘብና ይባኽን፡ሓይሊና’ውን ይደክም።ናበይ’የ ክኸይድ፤ኢልካ ሰንፈላል ካብ ምኗን ዘጨንቕ ነገር ፈጺሙ የለን።ራእይ ግና ዕላማይ እዚ’ዩ ኢልና እነቐምጦ ዝብጻሕ ዕላማ እዩ።ኣብ ጉዕዞ እቲ መወዳእታ ኣይረአን’ዩ፡ጉዕዞና ብዝቐጸልናዮ መጠን ግን ዝረኣናዮ ነገር ምግዛፍ ይጅምር።

ራእይ ዕላማ እዩ

ንራእይ ክትርጉም ዝኽእል ካልኣይ ቃል “ዕላማ” ዝብል እዩ።ራእይ እንታይ’ዩ፤ ኢሉ ንዝሓትት፡ራእይ ዕላማ እዩ ኢልና ንምልሰሉ።ዕላማ’ኸ እንታይ’ዩ ምስእንብል፦

- እንነብረሉ ነገርን. . .
- ዝተራእየና ነገርን. . . ኢዩ።

እንነብረሉ ስራሕ እንተዘየልዩና ስራሕ ክህሉ ከምዘይክእል፡እንነብረሉ ዕላማ እንተዘይብልና ድማ ትኽክለኛ ህላወ ክህልወና ኣይክእልን’ዩ።ብርግጽ ሰባት ዝነብሩሉ ነገር ኩሉ ዕላማ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣይክእልን እዩ፡ምኽንያቱ ዝዓበየ ዕላማ ናይ እግዚኣብሄር እዩ።እቶም ካልኦት ዕላማታት እምበኣር ካብ ውሽጢ እዞም ዓበይቲ ዕላማታት ውጹኣት እዮም።

ሓደ ሰብ፡-“ዋጋ ሰብ ክንደይ’ዩ፧”ኢሉ ምስ ሓተተ፡ባዕሉ ከምዚ ክብል መለሰ፡-“ዋጋ ሰብ ንምፍላጥ ንእግዚኣብሄር ምሕታት’ዩ ዘድሊ” በለ።ሓደ ኣብ ዕዳጋ ዝጸንሕ ንብረት ባዕሉ ዕላማ ገዛእ ርእሱን ዋግኡን ከረድእ ኣይክእልን’ዩ፡ናይቲ ንብረት ዝርዝር ዕላማን ዋግኡን ከኣ ኣብቲ ንብረት ዘይኮነ ኣብቲ ዋና’ቲ ንብረት’ዩ ዝርከብ።ስለዚ ዕላማን ዋጋን ናይ ሓደ ንብረት ንምፍላጥ ነቲ ሰራሒኡ ምውካስ የድሊ።ወድ ሰብ እምበኣር ንዓቢ ዕላማ ዝተፈጥረ እዩ።ዋግኡ ክፈልጦ ዝኽእል ድማ ናብ እግዚኣብሄር ምስዝጽጋዕ ጥራይ እዩ።

ህይወት ዕላማና ትሓተና እያ፡ክንበጽሖ ዘለና ከይፈለጠት ድማ ብነጻ ኣይትሰደናን።እግዚኣብሄር ብዕላማ እዩ ፈጢሩና።ብኣጋጣሚ ወይ ብጌጋ ኣይተፈጠርናን ።ሓደ ንብረት ክንገዝእ ከለና ናይቲ ንብረት ኣጠቓቕማ ዝሕብር ዝርዝር መጽሓፍ ይወሃበና።ሰብ ክፍጠር ከሎ ድማ ከመይ ኢሉ ክነብር ከምዘለዎ፡ዘረድእ መጽሓፍ ተዋሂቡዎ’ዩ፡ንሱ ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ንሕና ዕላማ ካብ እንብሎ ካብ ምውላድን ካብ ምብዛሕን ዝሓለፈ ነገር’ዩ።ሓደ ሰብ ክምስል ከሎ፡-ካብ ኣስመራ ናብ ዳህላክ ዝጓዓዝ ገያሻይ፡ ኣብ ምጽዋዕ ዝተባህለ ቦታ ዓሳ ምብልዑ ኣይተርፎንን’ዩ።እቲ ገያሻይ ካብ ኣስመራ ዝተበገሰሉ ዕላማ ግን ኣብ ምጽዋዕ ዓሳ ንምብላዕ ዘይኮነስ ካብኡ ሓሊፉ ዳህላክ ንምብጻሕ እዩ። ኣብ ምጽዋዕ ግን ንእግረመንገዱ ዓሳ ይምገብ።ክንፍጠር ከለና ንሓደ ዓቢ ዕላማ ኢና ተፈጢርና።ኣብዚ ዓለም’ዚ ምምሃርናን፡ምምርዓውናን፡ምህብታምናን. .ወዘተ ዝተፈጠርናሉ ቀንዲ ዕላማ ዘይኮነስ ንእግረ መንገድና እነካይዶ ነገር’ዩ።ዝተፈጠርናሉ ቀንዲ ዕላማ ንእግዚኣብሄር ምፍላጥን ምምላኽን’ዩ” በለ።ንእግዚኣብሄር ምስእንፈልጦን ምስእነምልኾን ገዛእ ርእሰና ክንቅበል ንኽእል።ንእግዚኣብሄርን ንገዛእ ርእስናን ምስእንቕበል ከኣ ዕላማ ዘለና ንኸውን።

ንእግዚኣብሄር ምስተቐበልናዮ እንረኽቦ ናይ መጀምርታ ጸጋ ገዛእ ርእስና ምቕባል’ዩ።እዚ ማለት ከኣ ሕብርና፡ትውልድና፡ቋንቋና፡ቤተሰብና፡መንነትና ንቕበል።እዚ እግዚኣብሄር ዝሃበና መንነት ክንልውጦ ዘይንኽእል መለኮታዊ ምርጫ እዩ።ኣብ ዓለም ነዓና ዝመስል ንሕና ጥራይ ኢና።እግዚኣብሄር ቅዳሕ ዘይብልና ኦርጅናል ጌሩ’ዩ ፈጢሩና።ብመልክዕና ብኣረኣእያና፡ብተውህቦና፡ብመንኩብና፡ብምንቅስቓስና፡ብድምጽና. . . ብዓሻራና ፍሉያት ኢና።ገጽ እትኣክል ንእሽቶ ምስሊ፡ኣብ ሽድሽተ ቢልዮን ህዝቢ ዝተፈላለየ መልክዕ ተሳኢሉዋ ይርከብ።እዚ ናይ ሰብ ስራሕ እንተዝኸውን ሓደ ሰብ ክንደይ ግዜ ምተደግመ ኔሩ።ብዛዕባ ጠባይና ደኣ’ምበር ብዛዕባ ወለዶና፡ብዛዕባ ምርጫና ደኣ’ምበር ብዛዕባ ኣፍንጫና ኣይንሕተትን።ስለዚ ብዝኾናዮ ነገር ደስ ክብለና ይግባእ።ካልኦት እንተዘይኮንና ገዛእ ርእስና ክንጽል ኣይግባኣናን’ዩ።ንሕና ገዛእ ርእስና ምስእንኽውን፡ ካልኦት’ውን ገዛእ ርእሶም ምስ ዝኾኑ እግዚኣብሄር ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ጠሚቱ ክሪኦ ዝደሊ ስነ-ጥበብ ይማላእ።እዉ ብዙሓት ብመንነቶም ኣብ ቅልውላው ኣትዮም’ዮም።ራእይ ንዘይብሉ ወለዶ፡ዘፍርሑ እምበኣር እዚ ሸግር እዚ እዩ።ብሓቂ ናይ መንነት ሕቶ ዝምልስ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ።ዕላማይ እንታይ’ዩ፧ብምባል ዕላማኻ ምርካብ ኣይከኣልን፡ እግዚኣብሄር ኣባይ ዘለዎ ዕላማ እንታይ’ዩ፧ምስእንብል ግን እቲ ዓቢ ዕላማና ኣብዚ ይርከብ።

ዕላማ ሸቶ እዩ፡ኣቐዲምካ ምርኣይ ድሒርካ ምህራም ከኣ’ዩ።ሸቶ ንምህራም ሓደ ኣድላዩ ነገር ኣሎ፡ንሱ ከኣ ሓደ ዓይኒ ምዕማት’ዩ።ብክልተ ዓይኒ እናረኣኻ ዕላማኻ ምምዕዳው ስለዘይከኣል ሓደ ዓይኒ ምኽዳን የድሊ።እዚ ማለት ከኣ ምድርን ሰማይን፡ሓቅን

ሓሶትን፡ገንዘብን ፍቕርን፡ወንጌልን ወንጀልን. . .ወዘተ ብማዕረ እናረኣኻን እናደለኻን በዓል ራእይን በዓል ዕላማን ምኳን ኣይከኣልን’ዩ።ንእግዚኣብሄር ጥራይ እናረኣኻ ምጉያይ፡ ደጋፊ’ኳ እንተዘይብልካ ሓቂ ሒዝካ ምንባር፡ንፍቕሪ ዋጋ ምኽፋል፡ናይ ክርስቶስ ናይ መስዋዕትነት ፍረ ምሕሳብን ይግባእ።

ብዘይ ዕላማ ወይ ብዘይ ሽቶ(ሚላማ) ምትኳስ ክልተ ዓበይቲ ጸገማት የስዕብ። ናይ መጀመርታ ጥይት ምብኻን ኮይኑ ካልኣይ ድማ እቲ ዘለናዮ ቦታ ንጸላኢ ምሕባር’ዩ። እቲ በዓል ዕላማ፡ብትኽክል ንምርኣይ ሓንቲ ዓይኑ ይዕምት፡ንምትኳስ ከኣ ይምብርከኽ። ከምኡ’ውን ሓደ ልቢ ምሓዝን ብጸሎት ምንቅስቓስን ንራእይ ዓወት ይህብ።ንኹሉ ነገር ዝጅምር፡ብናይ ስጋ ሓይሉ ዝምካሕ ሰብ ናይ ራእይ ዕላማ ክወቅዕ ኣይክእልን ኢዩ።

እስራኤላውያን ምስ ኣምሌቃውያን ምስ ተዋግኡ ሙሴ በቲ ዝተረኽበ ዓወት ምስጋና ከቕርብ ከሎ ነቲ መሰውኢ “ያህዌንሲ”(እግዚኣብሄር ዕላማይ እዩ)”ኢሉ ጸውዖ (ዘጸ 17፡15)።እዚ ከኣ ብዝሒ ጸላእቲ ዘይዕብልሎ ዕላማና እግዚኣብሄር እዩ ማለት’ዩ።ኣብ ሂወትና ልዒሉ ዝርኣየና ኣማሌቃውያን ዘይኮኑስ እግዚኣብሄር’ዩ ማለቱ’ዩ።ስለዚ በዚ መሰረት ዕላማ ሚላማ ጥራይ ዘይኮነ ብደገ ወይ ብውሽጢ ልዒሉ ዝረኣየና ትርጉም ዘለዎ ነገር እዩ።እነኽብሮን ገዛእ ርእስና እነግዝኣሉን ነገር ንሱ ዕላማና’ዩ።ናይ ሓድሕድ ዕላማ’ኽ እግዚኣብሄር’ዶ ይኽውን፤ንብዙሓት ዕላምኡም ገንዘብ፡ንገሊኡም ስልጣንን ዝናን፡ንኻልኦት ከኣ ሓድነት’ዩ።እዚ ኩሉ ዕላማ ሓላፊ እዩ።እግዚኣብሄር ዕላምኡ ዝኾነ ሰብ ግን ንሎማዓንቲ ብዘለኣለም’ዩ ዘባዝሓ።

ኣብ ስፍራ ወተሃደር፡-“ዕላማኻ ጠምት፡ሓለቓኻ ድማ ስዓብ ዝብል መምርሒ ኣሎ።ወተሃደር መጀመርታ ዕላምኡ ክጥምት ድሒሩ ከኣ ሓለቐኡ ክስዕብ ኣለዎ፡ሓለቐኡ ዝኽተል ብመሰረት ዕላምኡ እዩ፡ዕላምኡ ከይረኣየ ሓለቐኡ ጥራይ ዝኽተል ውተሃደር ግኡዝ ደኣ’ምበር ሂወት ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን።ስለዚ ዕላማ ኩሉ ግዜ ምምልካትን ምኽላስን የድልዮ።

ጥበበኛ ሰሎሞን“ዕላማ ሒዙ ከምዝተሰለፈ ሰራዊት ተፍርሒ’ኢኺ”ከምዝበሎ (መሃል 6፡4)፡ፈታዊኣ ብነጻ ገፊዓ ብዋጋ’ኳ ክትረኽቦ ዘይከኣለት ክብርቲ ቤተክርስትያን፡ ኣብ ዝረኸቡዶ ግዜ በዓልቲ ዕላማ ኮይና ከም ዘፍረሐት ተነጊሩላ’ዩ።ዕላማ ሒዙ ዝተበገሰ ሰራዊት ዘፍርሕ እዩ።ሰይጣን” ንዝኾነ ሰብ ዘይኮነ፡ነቲ ዕላማ ዘለዎ ክርስትያን እዩ ዝፈርሖን ዝፍክረሉን።ሕብረተሰብ’ውን እንተኾነ ብትምኒት፡ብትንቢት፡ብመደብ ንዝነብሩ ኣይፈርሕን፡ንበዓል ዕላማ ግን ይፈርሖ እዩ።በዚ ምኽንያት’ዩ ኣብ መጀመርታ ከፀንቅፎም ዝብገስ ንምንታይ፤ምስእንብል ዕላማ ዘለዎ ሰብ ኣብ ዕላምኡ ከይበጽሐ ከምዘይተርፍ ኩሉ ስለዝፈልጥ’ዩ።እግዚኣብሄር’ውን ንትምኒትና ዘይኮነ ንዕላማና እዩ ዝሕግዝ።

“እወ ራእይ ማለት ቅዱስ ዕላማ ማለት እዩ”።

ነስተውዕል

※ ምምናይ በይኑ ኣይጠቕምን፡ምጽዓር የድሊ እዩ።

※ ንበዓል ራእይ ምጽባይ የድሊ።

※ ንቅኑዕ ቅኑዕ ምባል ንቕንዕና ናይቲ ቅኑዕ ሰብ የበራትዖ እዩ።

※ ትጽቢት ዝተገብረሉ ዕላማ ራእይ ይበሃል። ብዘይ ራእይ ብዙሕ ክሰልጥ ይኽእል'ዩ ኣብ ውሽጢ ሂወት፡ ሓንስ ዝህበናን ምንባር ይኣኽለኒ ኢልና ክንረጋጋእ ዝገበረናን ግና ራእይ እዩ።

※ ንምንባርን ንሙማትን ዋግኡ ማዕረ ዝገብረልና ራእይ ጥራይ እዩ።

※ ዝበለጸ ውጺኢት እንረክብ ብራእይ ምስእንነዓዝ እዩ።

※ ደጋዊ ሂወትና ናይ ውሽጣዊ ውጺኢት እዩ፡ ዝረኣዩ ተግባራትና ድማ ናይ ኣተሓሳስባና ውጽኢታት እዮም።

⁞ ⁞ ⁞

ምዕራፍ-7

<u>መጸግሚ ወለዶ</u>

ድያጋን ዝተባህለ ናይ ግሪኽ ፍላስፋ ብርሃን ጸሓይ ከሎ ሽምዓ ወሊዑ “ሰብ እደሊ ኣለኹ”እናበለ ኣብ ዕዳጋ ይዘውር ነበረ፡ዝረኣይዎ ሰባት፡-“ኣብ ብርሃን ጸሓይ ሽምዓ ምውላዕ” ንምንታይ ኣድለየ፧ከምኡ እዚ ኩሉ ሰብ እናሃለወ ሰብ እደሊ ኣለኹ ምባልካስ እንታይ ማለት’ዩ፧”በሉዎ፡ንሱ ኸኣ፡-“መልክዑን ቅርጹን ሰብ ዝመስል ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጡ ፍቅሪ፡ርህራሄ፡ቅንዕና፡ለውሃት ዘለዎ ሰብ’የ ስኢነ ዘናዲ ዘለኹ” በለ ይበሃል።

ሰብ፡ንሰብ ይደሊ፡-ንሰብ ምድላይ ናይ ፍላስፋታት ድልየት ጥራይ ዘይኮነ እግዚኣብሄር’ውን ሰብ ይደሊ’ዩ።ግና’ኸ ቁመና ዘለዎ ዘበለ፡መልክዑ ኸኣ ዝጸበቖ ዘይኮነስ ልቡ ንጹህ ዝኾነ፡ቅኑዕ ሓሳብ ዘልዎ፡ትሕዝቶ ዘይልውጦ፡መከራ ንዕጥቁ ዘየፍትሖ፡ይቕረ በሃሊ፡ንሓቂ ዝተዳለወ፡ካብ ገዛእ ርእሱ ሓሊፉ ንኻልኦት ከማዕዱ ዝኽእል፡ተለማሊሙ ዘይናኽስ፡እናተዓገሰ ዘይደናገር፡ንፍቕሪ ዋጋ ዝኸፍል፡መስዋዕቲ ኩነለይ ዘይኮነስ ክኾነልካ ዝብል፡እናሓደረ ዘይፈኩስ፡ኣብ ውሕጅ ዘበለ ኣካይድኡ ዘይቅይር፡ግላዊ ድኻሙ ናብ ካልኦት ዘየመኽኒ፡ንጉድለቱ ምሉእ ብምሉእ ሓላፍነቱ ዝስከም፡ንቆርበት ዘይኮነስ ንቕንዕኡ ዝጭነቕ፡ሃገሩን ህዝቡን ዝፈቱ፡ንመንግስቲ ዘኽብር፡ሕፍረት ብጾቱ ዘየቃልዕ፡ንመራሕቲ ሃይማኖት ዘኽብር፡ንኽእዘዝ ሰብነቱ ዘዳለወ፡ክስን ክርክርን ዝነዓቖ፡ብግርህነት ዝሰምዕ፡ትግሃትን ትዕግስትን ዝሓዘ፡ንመንገዱ ሽዶ ዘለዎ ይደሊ።

ነብዩ ዳዊት፡- “እቲ ዘስተውዕል ዘበለ ነቲ እግዚኣብሄር ዝደልዮ ዘሎ መታን ክርኢ፡”እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ናብ ደቂ ሰባት ረኣየ፡ኩሎም ዓመጹ ኣብ ንሓድሕዶም ከኣ ረኽሱ፡ቅኑዕ ነገር ዝሰርሕ የለን፡ሓደ’ኳ የለን” በለ(መዝ 14፡2-3)።እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ፡ዝመልክዑ ዕንባባታታን ገዘፍቲ ጎቦታትን ኣይኮነን ዝርኢ።እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዝጥምቶ ቁመናኡም ዝነውሐን፡መልክዖም ዝጸበቖን ሰባት ዘይኮነስ መንፈሳዊ መልክዕ ክርኢ’ዩ ዝደሊ።ጽቡቕ ዝግበረሉ ዘይኮነስ፡ ጽቡቕ ዝገብር፡ብምርኣይ ዘይኮነ ብምእማን ዝመላለስ፡ብቕድስና ዝወቀበ፡ንሓጢኣት ዝነዓቖ፡ካብቲ ዝጀመሮ ቅኑዕ ተግባር መልሲ ስኢነ ኢሉ ዘየቋርጽ ሰብ ክርኢ ይደሊ።

“ልዕል ኢላ ኣይትሕተት፡ትሕት ኢላ ኣይትሓትት”ከምዝበሃል ናይ ወለዶና ነገር ከምዚ ዝተመሰለ ኢዩ ኮይኑ ተሪፉ።ወለዶና ብቕዕ ናይ ህይወት ፍልጠት ኣልይዎ ዝሕተት ተሓታቲ ኣይኮነን፡ወይ ከኣ ትሑት ኮይኑ ዝሓትት ሓታቲ ኣይኮነን፡ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ካብ ዘይተሓተተ ኣብ ታሕቲ ኮይኑ ካብ ዘይተሓተተ ከኣ ኣሸጋሪ ኢዩ።ፍልጠት እንተ ሃሊዩ ምሃብ የድሊ፡ፍልጠት እንተዘየሊዩ ግን ምሕታት ናይ ግድን’ዩ።ወለዶና ግን ንሓደ ነገር ምፍላጥ ማለት ንኹሉ ነገር ምፍላጥ ኮይኑ ስለዝመስሎ ዓሸዩ’ዩ።ፍልጠት ተከኖሎጂ ፍልጠት ሂወት መሲሉዎ ናይ ልቢ እዝኒ ስኢኑ ተሪፉ፡ዘርብሑ ክመሃር ፍቓደኛ ኣይኮነን፡ ስለዚ ከኣ እምነትን ሓቅን ንወለዶና መከራኸሪ ደኣ’ምበር ንህይወት ክኾኖ ኣይከኣለን። ብንእሽቶ ፍልጠት ተማሪኹ እዝኑ ዝዓጸወ ውሑድ ኣይኮነን፡ውሑድ ፈሊጡ ብዙሕ ዝፈለጠ እናመሰሎ መምህሩ እናጸረፈ ዝኸይድ’ውን ብዙሕ’ዩ።እዚ ከኣ ኣብ ቤተ-ሰብ፡ኣብ ዓዲ፡ኣብ ሃገር፡ኣብ ቤተ-ክርስትያን እንሪኦ ዘሎና ዓቢ ጸገም’ዩ።

ኣብዚ እዋን’ዚ እምበኣር ዓቢ ናይ ወለዶ ሃጓፍ ኢና እንዕዘብ ዘለና፡- ኣብ ድሕሪት ዝተረፈን ንቕድሚት ሶጊመ ኣለኹ ዝብልን ክዋጠጥ ከሎ፡ኣስተውዓልቲ ኣብ ሞንጎ

ኮይኖም ንኽዓርቁ ግዜአምን ሕሊናአምን ሰዊአም ይውዕሉ ኣለዉ።ብሽምግልና ዘይነብር ቤተ-ሰብን፡ሃገርን ቤተ-ክርስትያንን ፈጺሙ የለን።ዘመናዊ ዘበለ ኩሉ ቅኑዕ፡ናይ ቀደም ከኣ ኩሉ ጌጋ ኣይኮነን።ኣብዚ ሃጓፍ ናይ'ዚ ወለዶ ግን ከምዚ ዓይነት ፍልልይ ኢና ንዕዘብ ዘለና፡እዚ ሃጓፍ'ዚ ዓቢ ሩባ ብምኽኑ ድልድል ክሳብ ዘይተዘርግሑሉ ካብ ዝሓለፈ ግዜ ዝመጸ ንዘመናት ዝኸውን ፍልጠት ምስጋር ስኢኑ ክተርፍ ክግደድ'ዩ።ንትማሊ ዘይፈልጥ፡ብሎሚ ጥራይ ዝኾርዕ፡ ንጽባሕ ሓለፋ ዘይብሉ ናይ መዓልቲ ሰራሕተኛ ዝኾነ ወለዶ ነትርፍ ምህላውና ዝያዳ ክንሓስበሉ ዝግባኣና ነገር ኢዩ።ወለዶና ክሕሰበሉ ጥራይ ዘይኮነስ ክሓስብ'ውን ይግባኣ'ዩ፡ክሕሰበሉ ዘይደሊ ግን ገዛእ ርእሱ ዘየለሊ ናብ ዝኸዶ ከኣ ዘይፈልጥ ክኸውን ግድን'ዩ።ብሓቂ እምበኣር ወለዶና ንምምሕያሽ ካብዚ ዘለናዮ ዝበለጸ ግዜ የለን።

ሓደ ግዜ ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ሓደ ዓቢ ዕዳጋ ሰረቕቲ ኣተዉ፡ናብቲ ትካል ምሸት ሰዓት ሓሙሽተ'ኳ እንተ ኣተዉ ንክልተ ሰዓት ዝኣክል ጥራይ ጸኒሖም መርፍእ ከይሓዙ ወጹ።እዚ ኩሉ መቆጻጸሪ ካሜራን ዋርድያን ከመይ ኢሎም ሓሊፎም ከምዝኣተዉ ዘደንቕ'ኳ እንተኾነ፡ካብዚ ንላዕሊ ዘደንቕ ግን ገለ ከይወሰዱ ምውጻኦም'ዩ።እሞ'ኸ ደኣ ንክልተ ሰዓት ዝኣክል እንታይ ክገብሩ ጸኒሖም እንተበልና ከኣ ዋጋ ናይቲ ንብረት ይቕያይርዎ ኔሮም።500 ዶላር ዝሸየጥ ዝነበረ ቀንጢጦም ናይ 50 ዶላር ንበረት ይልጥፍዎ።ዋግኡ 50 ዶላር ዝሸየጥ ዘበለ ከኣ ቀንጢጦም ኣብ ናይ 500 ዶላር ንብረት ለጠፍዎ።ኣብ ዕዳጋ ዝነበረ ንብረት ዋግኡ ምሉእ ብምሉእ ከምዝተቕየረ ምስ ኣረጋገጹ ከምዝነበሮ ዓጽዮም ወጹ።ንጽባሒቱ ዓማዊል ንብረት ክገዝኡ ክኣትዉ ጀመሩ፡ቅድም ብኽባር ዝገዝኡዎ ዝነበሩ ንብረት ሓሲሩ ጸንሖም'ሞ እናተሓጎሱ ክገዝኡ ጀመሩ፡እቲ ቅድም ሕሳር ዝነበረ ክባር ኮይኑ ምጽንሑ ግን ከምዘጉረምርሙ ገበሮም።እቲ ናይ መሸጣ ኣገልግሎት ንሸውዓተ ሰዓታት ዝኣክል ከምዝተቕየሮ ጸንሐ ብድሕሪኡ ግና እቲ ምስጢር ተፈልጠ።ኣብታ መዓልቲ እቲኣ እቲ ሕሳር ክባር ኮነ፡ክባር ከኣ ሕሳር ኮነ፡ግን ንሸውዓት ሰዓታት ጥራይ'ዩ ከምዚ ዝኾነ፡እወ ኣብዘይ ዋግኡ ክሓድር ግን ኣይከኣለን ናብ ዘዝነበሮ ዋጋ ከኣ ተመልሰ።

ሎሚ'ውን ብዙሓት ሰረቕቲ ኣብ ውሽጢ ህይወትና ኣትዮም ይርከቡ።ዋጋ እናቕያየሩ ከኣ ነቲ ክቡር ሕሱር፡ነቲ ሕሱር ከኣ ክቡር ጌሮም ዝቕያይሩ ናይ ለይቲ ሰራሕተኛታት ተቕጻጺሮምና ይርከቡ።ስለዚ ንዓና ከኣ ክቡር ሕብሪ ደኣ'ምበር ቅንዕና ኣይኮነልናን፡ክዳን ደኣ'ምበር ቅድስና ኣይኮነልናን፡ናይ ኣዘራርባ ክእለት ደኣ'ምበር ሓቀኛ ልቢ ኣይኮነልናን፡ምምስሳል ደኣ'ምበር ገዛእ ርእስኻ ምውፋይ ኣይኮነልናን።ቃል ኣግዚኣብሄር "ነቲ ክፉእ ቅኑዕ፡ነቲ ቅኑዕ ክፉእ ንዝብሉ፡ንጸልማት ብርሃን ንብርሃን ከኣ ጸልማት ዝገበሩ፡ንጥዑም መሪር፡ንመሪር ከኣ ጥዑም ዝገብሩ ወይልኦም!" ይብል(ኢሳ 5፡20)።ዝተቕያየረ ዋጋ ሒዝካ ምጽናሕ ናይ ሰዓታት ደኣ'ምበር ናይ መዓልታት ዕድመ የብሉን፡ብርሃን ምስ መጸ ኩሉ'ዩ ወዋግኡ'ዩ ዝሕዝ።ሎሚ ንሓቀኛታትን፡ንሰብ ራእይን ዘኽብር ሰብ ዘይክህሉ ይኽእል ኢዩ፡ካብዚ ንላዕሊ ከኣ ከንቱ ነገር ሒዞም ስለዝሓበሩ ጥራይ ክውደሱ ይኽእሉ'ዮም።ዝተቕያየረ ዋጋ ናይ ጸልማት መስርሕ'ዩ፡ብርሃን ክግለጽ ከሎ ግን ኩሉ ሰስፍርኡ'ዩ ዝሕዝ።ክቡር'የ ዝበለ ሕሱር ምኳ'ኑ፡ሕሱር'የ ዝበለ ከኣ ክቡር ምኳኑ ክፍለጥ'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ሓደ ሰብኣይ ነበረ ይባሃል።እዚ ሰብኣይ'ዚ ዝኾነ ነገር ክኸውን ከሎ፡-"<u>ጅግና ክፉእ መዓልቲ</u>"እናበለ ይፍክር ነበረ።ንብረት ክወድቆ

ከሎ፡ሰብ ብድሕሪኡ ክትንክፎ ከሎን፡ዘሰንብድ ድምጺ ክሰምዕ ከሎን “ጅግና ክፉእ መዓልቲ” ይብል ነበረ።ሓደ መዓልቲ ምስ ብዙሓት ተጓዓዝቲ ኮይኑ ብዙሕ ንብረት ሒዙ ጫካ ከቋርጽ ከሎ ሸፋቱ ደው በሉ ምስበሉዎም፡ወዮ ሰብኣይ ከምዝለመዶ“ጅግና-ክፉእ መዓልቲ”ኢሉ ፈከረ።እቶም ሸፋቱ ኸኣ፡-“እሞ ንስኻ’ዲኻ እቲ ጅግና” ኢሎም ካብ ብጾቱ ብዝተፈልየ ጭካነ ንብረቱ ኣሕዲጎም መሊሶሞ ገሪፎም ሰደዱዎ።እቶም ንብረቶም ዝተዘረፉ ተጓዓዝቲ ብሓዘን መገዶም ክቕጽሉ ከለዉ ሓደ ዘሰንብድ ድምጺ ኣብ ጫካ ሰምዑ፡እንተስተውዓሉ ከኣ እቲ ሰብኣይ ከምቲ ዝለመዶ፡-“ጅግና ክፉእ መዓልቲ” ኢሉ ፍክርኡ ይቕጽል ከምዘሎ ኣረጋገጹ፡እቶም ገያሾ ድማ ፡-“ካብ ሎሚ ዝኸፍእ መዓልቲ የለን” ኢሎም መለስሉ ይበሃል።

ሎሚ’ውን ኣብ ሃገርን ዓድን ኣብያተ-ክርስትያንን ዘበለ፡መምርሒ ዘይኮነስ ፈኸራ’ዩ ዝስማዕ።ኩሉ ኸኣ “ጅግና ክፉእ ምዓልቲ” እናበለ’ዩ ዝፍክር።ካብ ሎሚ ዝኸፍእ (ዝጽግም) መዓልቲ ግን የለን።ገዛእ ርእሱ ዘይተቐበለ፡መንነቱ ዝጸልእ፡ሓቂ ንኸይሰምዕ ዝሃድም፡ኣብ ምንዝርና ዝተጨማለቐ ወለዶ ዘሎዎ እዋን ኢና ዘለና፡ስለዚ’ምበኣር እቲ ሰብ ኢየ ዝብል ሎሚ ክለዓል ይግቦኡ።ካብኡ ሓሊፉ እዚ ወለዶ’ዚ ሃገሩ ክርከብ ከሎ፡ሚዛኑ ፈኹሱ ንነውሩ ክብሪ ብዘለዎ ኣዋጅ ከቃልሑ ክኽእል’ዩ።ንኽንመርሕ ሸለል እንብል ግን እንፍከር ዘበልና ናይ’ዚ ወለዶ’ዚ ተሓተቲ ኢና።ብዝተለወጠ ሂወት ዘይኮነስ “ዋእ” ብዝብል መፈራርሒ ቃል ውላዱ ንምቕያር ዝሓስብ ወላዲ’ውን ተሓታቲ’ዩ።ንዘይመሃሮ ወለዶ ክነቅፍ ዝውዕል፡ነቲ ዝረሓቐ ከቕርብ ዘይኮነስ ነቲ ዝቐረበ ዝገፍዕ ዘሎ መራሒ ሃይማኖት’ውን ብኣምላኽ ተሓታቲ’ዩ።ንናይ ሃገር ሰላም ዘድሊ ሕጊ ጥራይ ምኳኑ ዝሓስብ መውጽኢ ሕጊ’ውን ተሓታቲ’ዩ።

ቅድሚ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ሓጹር ሓደገኛ ስልኪ (ኤለክትሪክ) ምዝርጋሕ ኣይተለምደን ነበረ፡ስለዚ ነዚ ስልኪ’ዚ ንምግዛእ ብዙሕ ሃብቲ የድሊ ነበረ። ንኽተፍቕድ ዝኽፈል ገንዘብ’ውን እንተኾነ ብዙሕ’ዩ፡ስለዚ ሓደ ሰብ ነዚ ሓጹር’ዚ ንኽጥቀም (ንኽእቱ) ብዙሕ ኣሸሓት ገንዘብ’ዩ ዘድልዮ።እምበኣርከስ ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ዝከር ናይ ሓደ ሃብታም ዝተኣከቡ ሰባት ብዛዕባ’ዚ ኣገዳስነት ናይ’ዚ ሓደገኛ ሓጹር ኣብ ገዛውቶም ከእትዉዎ ዘተዩ፡ኩሎም ከነተኣታትዎ ኣለና ኢሎም በዚ ንሓድሕዶም ንሓደ ሰራሕተኛ ብጻዮም ክህብዎ ተሰማምዑ።ሽዑ ሓደ ሰብኣይ ብድድ ኢሎም “እዚ ሓጹር እዚ ክንሓጽሮ ዘድልየሉ ምኽንያት ሰረቕቲ ንምክልኻል’ዩ፡እግዚኣብሄር ይመስገን ሰረቕቲ ናይ ዓድና ክሳብ ክንድዚ ክፉኣት ኣይኮኑን፡ኩልና ነዚ ናይ ኤለክትሪክ ሓጹር፡ንኽነእትዎ ፍቓድ ክንረክብ እንኽፍሎ ገንዘብ’ውን ውሑድ ኣይኮነን።ስለዚ ነቲ ገንዘብ ኣዋጺእና ሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ እንተ ንገዝኣሎም እቶም ሰረቕቲ ምተለወጡ።እዚ ሓደገኛ ስልኪ-ኤለክትሪክ ግን ንሰራቒ ምቕታል ደኣ’ምበር ክልውጦ ኣይክእልን’ዩ ኢሎም” ተዛረቡ።መሊሶም ከኣ እምበኣር ብገንዘብና ሰብ ነድሕን በሉ፡ብወገነይ ኣነ ገንዘብ ክህብ ፍቓደኛ’የ ከኣ በሉ።እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ግን መብዛሕቲኦም ነዚ ዘረባ ምስልሳል ዝኽእል ብስለት ስለዘይነበሮም ነቲ ሓደገኛ ሓጹር ክተኽሉ ተሰማምዑ።

ኣብ ከባቢና ንዘሎ ሸግርን ኣብ ወለዶና እንሪኦ ክፉእ ነገርን መፍትሒ ኢልና ዝሓዝናዮ ሓጹርና ምሕያል ካብ ኮነ ንታለል ኢና ዘለና፡ምኽንያቱ እዚ ጠቕላላ መፍትሒ ኣይከውንን’ዩ።ኩሎም ደቅና’ውን ናይ’ዚ ወለዶ’ዚ ኣካል እና’ኾኑ ካብ ገዝኦም ይወጹ’ዮም ዘለዉ፡ደቅና ምሒር’ኳ ሕሱማት እንተ’ኾኑ ሓደገኛ ሓጹር ክሕዞም ግን ኣይንደልን ኢና። ንኻልእ ከም ገዛእ ርእስኻ ዘይምርኣይ ካብዚ ዝኽፍእ ሓጢኣት ፈጺሙ የለን፡ኩሎም

ደቅና'ዮም ምባል ከኣ ዓቢ ምስትውዓል'ዩ።ብዙሓት ሰባት ደቆም ካብ ግዝኣም ወጺኦም ምስ ብዕሉጋት ሰባት ከይራኸቡ ሓጹርን ዋርድያን ይገብሩሎም፡እቶም ደቂ ግን ኣብ መደቀሲ ዓራቶም ኮይኖም ምስቶም ፍሉጣት ዓዋሉ ብኢንተርነት ክራኸቡ ይኽእሉ።ስለዚ ሓጹር ዋርድያ ክኽልክሎም ኣይከኣለን።ወለዲ ንባዕሎም ምሽት ደቆም ሒዞም ፊልም ክሪኡ ይኸዱ (ይዞሩ) ኢዮም።እዚ ኩሉ ምስክራት ክንዕዘቦ ከለና ከኣ ዝጠፍኡ ደቂ ጥራይ ዘይኮነስ ዝጠፍኡ ወለዲ'ውን ከምዘለዉ ኢና ንርዳእ።

ነዚ ወለዶ'ዚ ንምዕባይ ኩልና ግዴታ ኣለና፡፡ምናልባት ንዓና ንምልዋጥ ዝደኸመልና ሰብ ዘይክህሉ ይኽእል'ዩ፡ንእግዚኣብሄርን ንገዛእ ርእስናን እንተዳኣ ፈሊጥና ግን ዘይተቐበልናዮ ንምሃብ ክንለዓዓል ይግባኣና።ሰብ ናብ ቅኑዕ ነገር ቅድሚ ምምጽኡ፡ናብ ጥፍኣት ምኻዱ ኣቐዲምና ደው ክነብሎ ኣለና፡ናብ ጥፍኣት ንዝኸይድ ደው እንተደኣ ኣቢልናዮ ከኣ ኣብቲ ናይ ጥፍኣት ስፍራ ዘሎ ይልወጥ።ኣብ ቤተ-ክርስትያን ክልተ ሰብ ድሒኖም ይባሃል፡ቁጽሪ ግን ኣይወሰኹን፡ንምንታይ፧ምስተባህለ ይፈስስ ስለዘሎ ይበሃል። ኣብ ስንጭሮ ዝወደቐ ሰብ ኣሎ፡ናብቲ ሩባ (ጸድፊ) ዝወርድ ሰብ እንተበዚሑ ንምውጽኡ ከኣ እቲ መንገዲ ዕጹው'ዩ ዝኸውን፡ስለዚ ነቲ ናብ ጥፍኣት ዝወርድ ቀዲምና ደው ክነብሎ ኣለና።እምበኣር እዚ ወለዶ እንተደኣ ኮይኑ ዝቐጽልን ሃገር ዝርከብን፡ናይ'ዚ ወለዶ'ዚ ጥራይ ዘይኮነስ ዕጫ ናይ ሃገርና እንተላይ'ዩ ዘተሓሳስብ።ወንጀል ብሕጊ ሓለዋ(ሓጹር) ይረክብ፡ነውሪ ኸኣ ክብሪ ኮይኑ ይጸድቕ።ንወለዶና ክንዕዘቦ ከለና እነሰትውዕሎም ጸገማት ኣለዉ።ነቲ ጸገማት ክንገልጾ ዘገድሰና ከኣ ንዝሓለፈ ጽቡቕ ግዜ ንምውዳስን ንሎሚ ንምርጋምን ዘይኮነስ ዝበለጸ መዓልቲ ናይ ወለዶና ንምርኣይ'ዩ።በዚ ጸገም'ዚ ዝሓልፉ ደው ኢሎም ንኽሓስቡ፡ወለዶ ንምሕጋዝ ሓሳብ ንዘለዎም ሰባት ነቲ ሽግር ክዕዘብዎ ንምኽኣል ወለዶና እምበኣር፡-

1.ክበጽሑ ንዘለዎ ዘይረኣየ'ዩ

መብዛሕትኡ ወለዶና ናይ መወዳእታ ዕላምኡ (ሽቶኡ) ገንዘብ ንምርካብ ወይ ህቡብ ንመኺን'ዩ።እዞም ነገራት'ዚኦም ጽሉኣትን ዘየድልዩን ኣይኮኑን፡እዞም ነገራት እዚኦም ግን ራእይ ኣይኮኑን፡፡ወለዶና ዝበለጸ ናብራ እደሊ ኣለኹ'ዩ ዝብል፡ንዕኡ እቲ ዝበለጸ ናብራ ኸኣ ገዛን መኪናን'ዩ።ሰብ ንዝኣክል ዓቢ ፍጡር እዞም ንብረት'ዚኦም ዕላማ ክኾኑዎ ኣይክእሉን'ዮም።እዞም ነገራት እዚኦም መገዲ እናተጎዓዝና ክንረኽቦም እንኽእል በረከታት ኮይኖም ክምደቡልና ይኽእሉ'ዮም፡ሽቶና ክኾኑ ግን ኣይክእሉን'ዮም።ሰብ ካብ ብዕራይ ዝሓሸ ናብራ ክነብር ኣለዎ፡፡እዉ ብዕራይ ምሉእ መዓልቲ ዝባኑ ጠሊዑ ይሰርሕ፡ንሕና'ውን ንሰርሕ ኢና፡ብዕራይ ካብ ስራሕ ምስ ተመልሰ ላም ኣላቶ ንሕና'ውን ሓዳር ኣለና፡ብዕራይ ምራኹት ኣለዉዎ ንሕና'ውን ቆልዑ ኣለዉና።ካብዚ ዝበለጸ ነገር ዘይብልና ንነብር እንተለና ከም ብዕራይ ኮይና ኣለና።ስለዚ በዚ ሕጉሳት እንተዘይኮይና ክገርመና ኣይግቦኣን፡ምኽንያቱ ሰብ ከም ኣነባብራ ሰብ ደኣ'ምበር ከም ኣነባብራ እንስሳ ክነብር ዝተፈጥረ ኣይኮነን።

ናብ ዝበለጸ ናይ ናብራ ደረጃን እግዚኣብሄር ናብ ዝረኣየልና ዕብየት ክንበጽሕ ኣለና፡ንሱ ኸኣ ራእይ ክግለጸካ ምኽኣል'ዩ።ካብ ሕቶታት ሂወት ሓደ "ናበይ'የ ዝኸይድ ዘለኹ፧"ዝብል'ዩ።ሰብ ክበጽሖ ዘለዎ እንተዘይፈሊጡ ኣብ ናብራ ትብዓት ኣይስሞዖን። ወለዶና መብዛሕትኡ ክንሪኡ ከለና ንርእሱ ምሕሳብን፡ንኹሉ ሰብ ናይ ጥቕሙ ኣገልጋሊ ጌሩን'ዩ ዝሓስብ።ንብጻየይ ዝብል ስሚዕቱ እናሃሰሰ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ፡ናይዚ ኩሉ ጸገም ከኣ እግዚኣብሄር ዘይቡሉ ኣተሓሳስባ ስለዘለዎ ኢዩ።እግዚኣብሄር ዘይብሉ ስርዓት ካብ

ኣደባባይ'ኳ እንተወደቐ ካብ ልቢ ሰብ ግን ኣይወደቐን።ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቡ ዝነበሩ ትምህርትታት ሰናይ-ግብሪ በኣዋጅ ስለዝተኸልከሉ ካብኡ ንደሓር ዝቐጸለ ወለዶ ብኩል ኮይኑ ተሪፉ፡ትዕግስቲ ዝነዶሎን ራእይ ዘይብሉን መኻን ወሎዶ ክንፈሪ ከኣ ተገዲድና።

2 ኣብ ዘይምምስጋን ዝተሓጽረ ኢዩ

ኣይሁድ፣-"ተቐቢሉ ዘየመስግን ምስ መንጣሊ(መሕደጊ)ኢዩ ዝቐጸር" ይብሉ።መብዛሕቲኡ ወሎዶና ካብ እግዚኣብሄር፣ካብ ቤተሰቡ፣ካብ ከባቢኡ፣ካብ መምህራኑ ተቐቢሉ ከም ኣንጭዋ መንጢሉ ዝነዱ ደኣ'ምበር ንምስጋና ዝምለስ ኣይኮነን።ዘይምምስጋን ዓብሊልዎ ከኣ ይርከብ፡ሰባት ክገብሩሉ ደኣ'ምበር ንሱ ንዝኾነ ሰብ ጽቡቕ ክገብር ኣይደልን ኢዩ።ዘድልዮ ነገር ንዝሃብዎ ሰባት ተታሊሎም ዝገበሩሉ ስለዝመስሎ ፍቕሮም ክርድኣሎም ኣይክእልን'ዩ።ኩሉ ሰብ ከምኡ'ውን ወለዱ ከይተረፉ ንጥቕሙ ክምልኡሉ ይደሊ።ክጥቀመሉ ኢሉ ንዝሓሰቦ (ንዝገመቶ)ምስኡ ዝምድና ንምፍጣር ድሕር ኣይብልን።ድልየቱ ጣኦት ስለዝኾኖ ጥቕሙ ዘየማልኡሉ እንተኾይኖም ምስ ናይ ቀረባ ሰቡ ከይተረፈ'ዩ ዝጻላእ።ንዝመሃረቶ ሃገሩ'ውን ከገልግል ኣይደልን።ኩሉ ነገር ተዓራሪይሉ ክቕመጥ ደኣ ምበር ሓርነጽነጽ ክብል ኣይፈቱን(ኣይቅበሎን)ኢዩ።ንዝቐለለሉ ብምምራጽ ክነዓዝ ከሎ፡ስቕ ኢሉ ብቐሊል ንዝርከበሉ ዝሙቱን ሓጢኣትን ኮነ ኢሉ ይእለኾ።

ወሎዶና መብዛሕትኡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ንዝቐደመ ፍቕሪ ንኽይዝክር ዘይምምስጋን ይኽልክሎ፡፡ብብዙሕ ሽግር ንዘዕበይዎ ወለዱ ንምሕጋዝን ንምምስጋን'ኳ ፍቓደኛ ኣይኮነን።ገዛእ ርእሰይ ምኽኣል እኹል'ዩ ንወለደይ ከኣ ክንዲ ሓገዞም'ዩ ኢሉ ብኣፉ ይዛረብ፡፡ወለዲ ናይ ውላዶም ሓገዝ ክስእኑ ከለዉ፣ገዛእ ርእሱ ምኽኣሉ'ዉን ጽቡቕ'ዩ ኢሎም ዝጸናንዕሉ ቃል፡ንሱ መሊሱ ዝኾርዓሉ ኮይኑ ክጥቀመሉ ከሎ ኣዚዩ ዘሕፍር'ዩ።ገንዘብ ደኣ ይብትን'ምበር ኣብ ጽቡቕ ሕርሻ ኣይዘርኡን፡ንፉኽሰትን፣ዝሙቱን ከኣ ይብትኖ።ሓጎስ ንባዕሉ፡ዘይምግዳስ ንወለዲ ምምዳቡ ብጣዕሚ ዘሕዝን ተግባር'ዩ።

ወለዶና ንዝመሃሩዎ መምህራን ዘየኽብር ባዕሉ መስፍን ኮይኑ ንጉስ ዘይብሉ ኮይኑ'ዩ ዝነብር ዘሎ።ንናይ ካልኦት ሰናይ ነገር ሞሳ ክትህብ ምኽኣል ናይ ሰብኣውነት ክብሪ'ዩ፡ንዝተገብረልካ ክትዝክር ዘይምድላይ ግን ካብ ታራ ሰብኣውነት ዘውጽእ ኢዩ።ኣብ ዓዲ ጸዓዱ መዓልቲ ኣዴታትን መዓልቲ መምሃራንን እናበሉ ናይ ፍቕሪ በዓል ዝገብሩ፡እቲ ወለዶ ካብ ዘይምምስጋን ዝተበገሰ ኢዩ።

3 ገዛእ ርእሱ ዘየኽብር'ዩ

ገዛእ ርእስኻ ምኽኣል ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ዕብየትን ወሳኒ ኢዩ።እቲ ንገዛእ ርእሱ ዘይከውን ከኣ ንገዛእ ርእሱ ይስእና።ካልኦት ንዓና ዘኽብሩና ቀዲምና ንሕና ንገዛእ ርእስና ምስእነኽብር ኢዩ።ዕርቃንና ብናይ ባዕልና ብርሃን ምስእንሸፍኖ ክንስወር ንኽእል፣፡ብኽዳን ካልኦት ሕፍረትና ኣይሸፈንን'ዩ፡ወለዶና ምስእንዕዘቦ ግን ኣብ ትሕቲ ቄናን ኣእምሮ ዝተታሕዘ፣ንባዕሉ ዘየኽብር፣ካብ ናይ ባዕሉ ሰናይ ነገር ናይ ካልኦት ክፉእ ነገር ከም ሰናይ ዝተቐበለ ወለዶ ኢዩ፡፡ስለዚ ዝተረጋግአ መንነት የብሉን።ንህይወቱ ብዘመናውነት ደኣ'ምበር ብቀዋሚ ሓቂ ኣይኮነን ዝመርሓ።ናይ ሰሙን ምሩጽ ፊልሚ ንሰሙን ይመርሑን የሐጉሰን።ሓበሬታታት ዘበለ ክሰምዖ ጥራይ ዘይኮነስ ክኾኖ ስለዝደሊ፡ብብዝሒ ክጠፍእ ኪኢሉ'ዩ።ብዛዕባ ካልኦት ከዕልል ከሎ ብደሞዝ ተጻወቲ ኩዑሶ ክጨቓጨቕ ይውዕል።ሓደ

ኣባሃህላ ከኣ ኣሎ፥ዓበይቲ ኣእምሮ ብዛዕባ ብሉጽ-ሓሳብ የውርዩ፡ማእከሎት ኣእምሮ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት የውርዩ፡ናእሽቱ ኣእምሮ ብዛዕባ ኩሉ ነገር የውርዩ ይበሃል።

እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ዝህቦ መንነት ኣሎ፡እዚ መንነት እዚ ዝተፋላለየ'ኳ እንተኾነ እግዚኣብሄር ግን ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክምልከት ከሎ ዝተፈላለየ ሕብሪ ኪነ ጥበብ'ዩ ዘርኢ።ገዛእ ርእስና ምስ እንኽእል እግዚኣብሄር ኣባና ክሪኦ ዝደሊ ስእሊ ነማልእ።ካብ ካልኦት ምምሃር'ኳ ኣድላዩ እንተኾነ ደው እንብለሉ መሰረት ግን የድልየና ኢዩ።መበረኺ ገዲፉ ንብረት ከውርድ ዝደሊ ነቲ ንብረት ሒዙ ከም ዝወድቕ፡ከምኡ ኸኣ እቲ መንነቱ ገዲፉ ካብ ካልኦት ክመሃር ዝደሊ ትምህርቱ ደው ከብሎ ኣይክእልን'ዩ።

ወለዶና ከም ካልኦት ምዝራብ፡ከም ካልኦት ምስጓም፡ከም ካልኦት ምኽዳን ዘዕግቦ ኮይኑ ናይ ገዛእ ርእሱ መንነት ግን ብጣዕሚ'ዩ ዘሕፍሮ።ባርያ ናይ ገንዘብ ስለ ዝኾነ ገንዘብ ንምርካብ ድላዩ ክገብር ዘይግድሶ፡ሰብነቱ ኣርኪሱ ገንዘብ ምእካብ ዘሐጉሶ ኢዩ።ብዙሓት መናእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ገንዘብ እንተ ርኤን ንዝኾነ ዓይነት ኩፉእ ዕድመ ዘይኣብያ፡ኣብ ስደት ውን እንተኾነ ሃገረን ዘጽርፉ፡ክብሪ ዘይብለን ኮይነን ክርከባ ክኢለን እየን።እዚ ወሎዶ'ዚ ንባዕሉ ዘይምኽባር ጥራይ ዘይኮነ ካብኡ ንዝዓብዩ ብምስትንዓቕ ንርእሱ ዓቢ ዝኾነ'ዩ ዝመስሎ።

4 ካብ ጌግኡ ክመሃር ኣይደልን

ካብ ጌጋኻ ምእራም(ምትንሳእ) ዓቢ ትምህርቲ'ዩ፡ካብ ዝሓለፈ ምምሃርን ምምላስን ከኣ ክንዲ ዘይበደልካ ዝኣክል ሰብኣዊ ናጽነት'ዩ ዝህብ።ንጌጋ ከም ዘይተፍጸመ ምምሳል ኣይከኣልን'ዩ፡ናይ ሰብኣውነት ክብሪ ካብ ትማሊ ምምሃር'ኳ እንተኾነ ወለዶና ካብ ትማሊ ዝመሃር ኣይኮነን።ሰብ ብኽልተ ወገን ክመሃር ይከኣል፡ቅድሚ ምግጋዩ ብምስማዕ ይመሃር፡ካልኣይ ድማ ጌጋ ድሕሪ ምፍጻሙ ካብ ጌግኡ ይመሃር።ወለዶና ግን ቅድሚ ምግጋዩ ክመሃር ክሰምዕ ኣይደልን፡ቁምነገር ዘሓዘ ሓሳብ ክለዓል ከሎ ይስልችዎ'ሞ ኣብ ገጹ ናይ ምብዕዛዝ ምልክት ይረእ።ድሕሪ ጌግኡ ዘይምምሃሩ ምኽንያት ድማ ቀልጢፉ ተስፋ ስለዝቖርጽን እግዚኣብሄር መሊሱ ዘተንስእ ኣምላኽ ምኳኑ ስለዝዝንግዕን'ዩ።እዚ ወሎዶ ክሰምዕ ኣይደልን'ዩ፡ኣጋንኖ (ኣኽራርነት)ዝወለዶ ድንቁርና ኸኣ የንግስ።ፍልጠት ካብ ምስማዕ ስለዝርከብ፡ንመምህራንና መጀመርታ ግዜ ሰሚዕናዮም ኢና፡ዋናታት ፍልጠት ክንከውን ከኣ ክኢልና ኢና።መሰረት ፍልጠት ምስማዕ'ዩ፡እዚ ወሎዶ እዚ ግን ክፈልጥን ኣብ መፍትሒታት ክበጽሕን ኣይደልን'ዩ።ምኽንያቱ ነቲ ዘለዎ ሂወት ከም ናይ መወዳእታ ፍታሕ ጌሩ'ዩ ዝወስዶ።ሸግር ኣብ ዝፈጠሮ ኣተሓሳስባ ነቲ ሸግር ምፍታሕ ኣይከኣልን'ዩ፡ ምኽንያቱ ኣቐዲሙ ምንጪ ኣተሓሳስባ ክልወጥ ኣለዎ።

ኣብዚ ወሎዶ እዚ ከምእንዕዘቦ ዝዓበየ ጸገም ናይ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባ ዘይምህላዉን ንናይ ካልኦት ሓሳባት ዘይምኽባሩን'ዩ።ብዙሓት ምልኩዓት ቃላት ብቓሉ የጽንዕ'ዩ፡ናይ ምዝራብ ኣንፈት ስለዘለዎ ድማ ይዛረብ'ዩ፡ተግባሩ ግን ዝተባላሸወ እዩ። ተግባር ዘይብሉ ናብራ ኣብ መወዳእታ ናብ በይናውነት'ዩ የሕሊፉ ዝህበካ፡ተስፋ ኣቑሪጹ ኸኣ ክሳብ ሞት የብጽሓካ፡ስለ'ዚ ዘረባ ጥራይ ካብ ምኳን ምድሓን ይበልጽ።ብሓላፍነት ሓሳብና ንምፍጻም በዓል ሓደራን ናይ ቃል-ኪዳን ልብን ክንውንን መታን ኣዛይድና ክንሓስብ ኣለና።ወለዶና ግን እቲ ቀንዲ ነገር ገንዘብ'ዩ ኢሉ'ዩ ዝሓስብ።

5 ቦትኡ ይለቅቕ

ወለዶና ሓደ ነገር ዘይከውን እንተ መሲልዎ ንመጻኢ ኣይከውንን'ዩ ኢሉ ስለዝድምድም መሊሱ ንኽፍትን ትዕግስቲ የብሉን።ምስ ብጻዩ እንተ ተጻሊኡ ካልእ ብጻይ የናዲ ደኣምንበር ኣብ ውሽጢ እዚ ነገር'ዚ ዝመሃሮ ትምህርቲ፡ካብ ክፉእ ዝመስል ጽቡቕ እንታይ ኣሎ፧ኢሉ ከይምርምር ድሌትን ብስለትን የብሉን።ዘይጽኑዕ ብምኻኑ ሃይማኖት ከይተረፈ ክለዋውጥ ይነብር፡ናይ ሓድሽ ሃይማኖት ኣድናቒ ኮይኑ ግዚኡ ኣብ ምዕልባጥ የሕልፎ።ሂወቱ ኩሉ ከም ምጥዓም ጸብሒ እናኾኖ ኣብ ዝሰምዖ ጸንብሩኒ እናበለ ዝንከራተት ይኸውን።መሰረት ስለዘይብሉ ነቲ ኩሉ ዝሰምዖ ካብ ቦትኡ ለቒቕ ስለዝሰምዖ ብዛዕባ ዝሙት ክሰምዕ ከሎ ክዝሙ ይደሊ፡ብዛዕባ ክሕደት ከንብብ እንከሎ ክሒዱ ይቕኒ፡ጉባኤ ቤተክርስትያን ክሰምዕ እንከሎ ድማ ኣማኒ ይቕየር።ስለዚ ኣድራሻ ስኢኑ ዝኹብልል ወለዶ ብብዝሒ እናተዓዘብና ንነብር ኣለና።እዚ ንጽሕፎ ዘለና ንብምልኡ ወለዶ ንምፍራድ ኣይኮነን እንታይ ደኣ ጸገሙ ምፍላጥን ምንጋርን ንባዕሉ ፍርቂ መፍትሒ ምኻኑ ኣሚና ኢና ንጽሕፍ ዘለና።ኣብ ዓውደ ኩናት ቦታኻ ዘይምልቃቕ ንዓወት የብቅዓካ፡ካብ ቦታኻ ምፍንታት ግና ስዕረትን ቦታኻ ንጸላኢ ብድሌትካ ምሃብ'ዩ።ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ'ውን ተኸላኻሊ ተጻዋቲ እንተኾይኑ ቦትኡ ስለዝለቕቕ እታ ጋንታ ትሰዓር።

ቦታና ለቒቕና እንሰምዖ ንእግዚኣብሄር ጥራይ ኢና፡ዘመን ዝወለዶም ነገራት ክንሰምዕ እንከለና ግን ብዓይኒ እግዚኣብሄርን ብቓሉን ክንመዝኖም የድልየና።ወሎዶና ዝጀመሮ ነገር ንምፍጻም ኣዚዩ ኢዩ ዝሕርብቶ፡መደባት ስለዘብዝሕ ከኣ ውጽኢቱ ውሑድ ይኸውን፡ኣብ ውሽጢ'ዚ ኹሉ ግን መራሒ መንገዲ ብዘይ ምርካቡ ዝበኣሰ ጉድኣት'ዩ ኮይኑዎ ዝነብር ዘሎ።

6 ንኹሉ ክፍትኖ ይደሊ

ወለዶና መብዛህትኡ ክንርእዮ ከለና ንኽፍኣት ክፉእ ምኻኑ ምስበጽሖ ኢዩ ዝፈልጦ።ሓዊ ንምቅጻል ሓዊ ክንሕዝ ኣይግበኣናን'ዩ።ሓዊ ከምዝሕርር ምስ ተነገረና ተቐቢልናዮ ኢና ዝሓረሩ ሰባት ምስረኣና'ውን ንሓዊ ክንጥንቀቕ ከምዝግበኣና ተማሂርና ኢና።ንኹሉ ኣብ ሂወተይ ከረጋግጸ፡ንኹሉ ጥዒመ ክፈልጦ፡ንኹሉ ፈቲነ ክምለስ ምባል መኼዲ መገዲ እንበር መምለሲ የብሉን።ንኹሉ ኣብ ዕድሜና ክንበጽሖ ምስ እንደሊ ዕድሜና ብምልኡ'ውን ኣይኣክልን'ዩ።ነጻ ናይ ትምህርቲ ዕድልን ናይ ክፍሊት ትምርትን ፍልልይ ኣለዎ።ትምህርቲ ብነጻ-ዕድል ዝረክብ ሰብ ትምህርቱ ብሓጎስ ክመሃር እንከሎ፡ብክፍሊት ዝመሃር ግን ነቲ ዝኸፍሎ ነገር ብምሕሳብን ንዕኡ ንምርካብ'ዩ ዝጽዕር።እግዚኣብሄር ብምኽንያት ቃሉ ነጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ሂቡና'ዩ፡ትእዛዙ ንምፍጻም ከኣ ብነጻ ክንመሃር ንኽእል።እንተ ኣቢና ግን ዋጋ ከፊልና ክንመሃር ክንግደድ ኢና።ብዋጋ ምምሃር ማለት ብስሕተትን ውድቀትን ምምሃር ብምኽኑ ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ።

ወሎዶና ክንሪኣ ከለና ካብ ናይ ጥፍኣት መንገዱ ብምኽሪ ለባማት ክቐውም ኣይደልን'ዩ።ፍሬኖ ከምዝተበትካ መኪና ዝጋጨ ወይ ክግልበጥ ዝህንደድ ኢዩ።መብዛሕትኡም ኣብ እሱር-ቤት ዝሳቐዩን ብሕማም ዝቕንዘዉን ምኽሪ ለባማት ንዒቕም ብትሪ-ልቦም ዝኣተዉዎ ስቓይ ኢዩ።

7 ደፋር ኢዩ

እዚ ወለዶ መብዛሕትኡ ክንሪኦ ከለና ዘይኮኖ ንምምሳል ደፋር ኢዩ።ንዘይፈልጦ እፈልጦ ኢየ ንምባል፡ናይ ተክኖተኛ ፍልጠት ከም ናይ ሂይወት ፍልጠት ንምቕጻር፡ንዘይፈትዎ ሰብ እፈትዎ ኢየ ኢሉ ንምትላል፡ንዘይተረድኦ ከም ዝተረድኦ ንምምሳል፡ዝተጻረየ ነገር ከይሓዘ ንምምሃር ዝለዓል፡ናብ ዝኸዶ ከይፈለጠ ክመርሕ'የ ዝብል፡ኣብ ውሽጢ ከይተሰርሐ ኣብ ኣደበባይ ክርኢ ዝደሊ፡ንንእሽቶ ነገር ዓቢ'ዩ ኢሉ ዘውሪ፡ብምግናን ሓቀኛ ዝመስል ደፋር'ዩ።ከምኡ'ውን ካባይ ዝበልጹ ሰበት ኣለዉ ኢሉ ክዛረብ ዝኸብዶ'ዩ፡በዓል እገሌ'ዶ ክእሩምኒ ብምባል ንምእራም ፍቃደኛ ኣይኮነን፡ብንእሽቶ ቀዳድ ዝረኣዮ ኣብ ጽፍሒ ሰማይ ከም ዝረኣዮ ኮይኑ የውሪ፡ስለዝኾነ ኸኣ ውዑይ ኣፍ ደኣ'ምበር ውዑይ ሓቂ የብሉን።ወለዶና ንምስራቕን ንምቕታልን ገዛእ ርእሱ ንምጥፋእን ደፋር'ዩ፡ናይ ሰብነቱ ክብሪ ዝነዓቕን ነዚ ኹሉ ነገር ጌሩ ከኣ ክሕጎስ ዝደልን'ዩ።

ወለዶና ንዘይረኣዮ ከም ዝረኣዮ ጌሩ ዝትርኽ በዓል ራእይ መሳሊ፡ንዘይሰምዖ ከም ዝሰምዖ ጌሩ ዘውሪ ርህሩህ መሳሊ፡ከርክበኩም'የ እናበለ ኣብ ኮፍ መበሊኡ ኮይኑ ዝፍክር ለባም መሳሊ ኢዩ።ዝዛረቦ ቃል ከይተረድኦ ጥረ ቃል ሒዙ ዝጎዩ፡ተደናጊሩ ዘደናግር፡ኣፍ ደኣ'ምበር እዝኒ ዘይብሉ፡ከም ኣመንዝራ ኣብ ጉብዝንኡ ማዕጾ ክኸፍት ዝደሊ ደፋር ኢዩ።ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ኤመሪካ ክንድዚ ዝኣክል ዘይተማህረ ህዝቢ ኣሎ ምስበሉወን ፡ቋንቋ እንግሊዝ እናተዛረቡ ኢለን ይበሃል።ነዘን ሰበይቲ እዚኣን ቋንቋ እንግሊዝ ዝዛረብ ዘበለ ኣመሪካዊ ህጻን ብኣኣን ኩሉ ምሁር ኢዩ።ሕጂ ውን ብሓሳብ ምስዘን ሰበይቲ ዝዛመድ ወለዶ ኣብ ምፍራይ ንርከብ፡ንቋንቋ ከም ፍልጠት ቆጺሮም ዝነብሩ ድማ ንወልድ ኣለና።

ብዙሓት መስተውዓልቲ ሰባት ማዕጽኦም ዓጽዮም ተቐሚጦም ኣለዉ፡ሰማዒ ዝሰኣኑ ሊቃውንቲ'ውን ከም ዘይፈልጥ በሃም ኮይኖም ተፈልዮም ይርከቡ።እንበኣር ዓቢ ድንቁርና ዘይምምሃር ዘይኮነስ ክትመሃር ዘይምድላይን ንዘይምፍላጥ ከም ፍልጠት ቆጺርካ ምኹብላልን'ዩ።እወ ብዙሓት መስተውዓልቲ ንዘይፍርሑ እናፈርሑ፡ንዘይሕፈሩ እናሓፈሩ ነዚ ዝህወኽ ዘሎ ዘመን ኣብ ወሰን ኮይኖም ይዕዘቡዎ ኣለዉ።መበገሲ ናይዚ ኩሉ ጸገም ድማ ወለዶና ንዕቤተይ ካልኦት የድልዩኒ፡ፍልጠተይ ንምስፋሕ ምሕታት ይሕሸኒ ኢሉ ስለዘይሓስብ'ዩ።ኣባላት ናይዚ ወለዶ'ዚ ድማ መራሕቲ ቤተክርስቲያንን ኣመሓደርቲ ሃገርን ብምኽኖም ኣዚዩ ዘተሓሳስብ ኢዩ።

8 ብትምኒት ዝሰኽረ ኢዩ

ወለዶና መብዛህቲኡ ብትምኒት ዝሰኽረ ወለዶ ኢዩ፡ወለዶና ናይ ትምኒት ሓዊ ኣንዲዱ ዝመውቕ፡ቁሩብ ፍሽክ እናበለ ምስ ገዛእ ርእሱ ዘዕልል፡ኣብ ተግባር ዘይብሉ ትምኒት ኮሪዑ ዝዛረብ፡ብዘይተጨበጠ ነገር ምስ ሰባት ዝጻላእ፡ትምኒቱ እናረሓቐ ምስ ዝመጽእ ቀልጢፉ ዝርበሽ፡ተስፋ ንምቕራጽ ዘይድንጊ ወለዶ ኢዩ።ሰብ ብብዙሕ ነገራት ክዓብድ ይኽእል'ዩ፡፡ብቑጥዓ ይዓብድ፡ብትምኒት'ውን ይዓብድ'ዩ።ስለ'ዚ ዓይነት ዕብዳን ብዙሕ ኢዩ።ሄዋን ብትምኒት ዓበደት፡ንሳ ነቲ ዘለዋ ብዙሕ ዘይኮነስ ነቲ ዘይብላ ውሑድ ነገር ክትደሊ ጀመረት፡ውጽኢቱ ግን ኣብ ላዕሊ ዘሎ ከተውርድ ኣብ ሕቑፋ ዘሎ ደርበየት ከም ዝበሃል ትምኒታ ታሪኽ ከይንዋ ተረፈ።ወሎዶና ኣብ ኢድ ሰብ ንዘሎ ብሉጽ ኮይኑ'ዩ ዝረኣዮ፡ናይ ገዛእ ርእሱ ዘይደሊ ብዝተዋህቦ ዘይዓግብ ወለዶ ኢዩ።

መብዛሕቲኡ ወሎዶና ብትምኒት ዓቢዱ ይርከብ፡እዚ እንተዝገብር ከምዚ ምተገብረለይ፡ከምዚ'ውን ምኾነለይ ኣብ ዝብል ሓሸውየ ጥሒሉ ይርከብ።ኣብ ሂወቱ ሓደ ዓቢ ነገር ክገብር ይምነ፡እንተኾነ ኣብ ሂወት ብሓንሳብ ሓደ ዓቢ ነገር ክግበር ኣይከኣልን'ዩ።ኣብ ዙርያና ከቢቦምና ዝርከቡ ናኣሽቱ ነገራት ኢዮም፡ኣብ መማዓልቱ ነንእሽቶ ጉዳይ ምስእንፍጽም ከኣ ዓቢ ተግባር ይኸውን።ምምናይ ሕማቕ ኣይኮነን፡ትምኒት ጥራይ ግን ክፉእ እዩ።ወሎዶና ኒውክለር ከይሰርሑ ብኒውክለር ዝበኣሱ መራሕቲ ሃገራት ይመስል።ንዘይኮኑ ነገራት ከም ዝኾኑ ገርካ ምጽላእ ብዝያዳ ኣብ ወሎዶና ከንጸባርቕ ይነብር ኣሎ።እግዚኣብሄር ትምኒትና ዘይኮነስ ራእይና ኢዩ ዝባርኽ፡ትምኒትና ኣብ ሓቂ ዝተሰረተ ኮይኑ ሓይሉ እግዚኣብሄር ምስዝኸውን ናብ ራእይ ኢዩ ዝልወጥ።ዝተዘርግሐ ድልድል ምድላይ ጥራይ ዘይኮነ ድልድል ምስራሕን ድልድል ምኗንን ከኣ ኣድላዩ ኢዩ።

9 ፈታዊ ርእሱ ኢዩ

መብዛሕትኡ ወለዶና ኣብ ዓለም ንሱ ጥራይ ዘሎ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖ፡።ኩሉ ሰብ ንረብሕኡ ክነብረሉ ዝደሊ፡መስዋእትነት ምኽፋል ዘይፈቱ፡ቀዳምነት ነዓይ ጥራይ ዝብል ፈታዊ ርእሱ ኢዩ።ምፍታው ገዛእ ርእስና ዘውዲ ደፊኡ ኢዩ ዝገዝኣና ዘሎ።"ልዕሊ ርእሲ ንፋስ"ከም ዝበሃል ፈተውቲ ርእሶም፡ኣብ ልዕሊኦም ንፋስ ደኣ'ምበር እግዚኣብሄር ምህላዉ ኣይኣምኑን'ዩም።እቲ ፈታው ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ወለዶ ንኽሕደት ቀረባ ዝኾነ ወለዶ ኢዩ።ቴክኖሎጂ'ውን ንምፍታው ገዛእ ርእስኻ ማዕጾ ከፊቱ ንምቕባል ድሉው ኢዩ።ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ቴሌፎን፡ኢሜይል፡ናቱ መንበሪ ገዛ. .ወዘተ ክህልዎ'ዩ ዝጽዕር።ስለዚ እምበኣር ወሎዶና ናትና ኣብ ዝበሃል ነገር ሓጎስ ኣይስመዖን'ዩ፡ምኽንያቱ ናተይ ኣብ ዝብሎ ኢዩ ዘተኩር።ወሎዶና እንታይ ገደሰኒ ምባል ዝፈቱ፡ንዓይ ካብ ዘይተንከፈኒ ዝደለዮ ይግበር በሃሊ፡ንብጻዩ ከም ጓና ዝርኢ ወለዶ ኢዩ።

ገዛእ ርእስና ምፍታው ንኻልእ ሰብ ንኸይንርኢ ይጋርደና፡ናይ ግዝያዊ ፍቕርን ናይ ግዝያዊ ተመሳሰልቲ ሰባትን ከኣ ይገብረና።ጥቕምና ክሳብ ዝማላእ ኣፍቀርቲ መሰልቲ ንኸውን፡እንደልዮ ክሳብ እንረክብ ኣብ ቅድሚ ሰብ ከየቋረጽና ደው ክንብልን ጥቕምና ምስ ተማለኣልና ሕቕና ከምእንህብን ይገብረና።ምፍታው ገዛእ ርእስኻ ክብሉኒ ኢዮም ዝብል ስክፍታ ዘይብሉ ናይ ጥቕሚ ኣምልኾ ኢዩ።ምፍታው ገዛእ ርእስኻ ንእግዚኣቢሄር ምምላኽን በዓል ራእይ ምኗንን ኣየኽእልን'ዩ።

10 ናይ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባ ክገድፍ ኣይደልን

ወሎዶና መብዛሕትኡ ካብ ታሪኽ ክመሃር ኣይደልን'ዩ፡ሎሚ ብዘይትማሊ ከም ዘይመጸት'ውን ኣይግንዘብን'ዩ።ንታሪኽ ንድሕሪት መሊስካ ከተተዓራርዮ እኳ እንተ ዘይተኻእለ ካብ ታሪኽ ግን ክትመሃር ዝከኣል"ዩ።ውድቀት ካብ ዝወደቑ፡ካብ ዘይፈልጡን ዘይርድኡን ምምሃር ዓቢ ቁም-ነገር"ዩ።ሓደ ኣብ ደርጊ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ሰብኣይ ብጉዳዩ እሱር-ቤት ምስ ኣተወ ኣብኡ ኮይኑ ```ንሕና ህያዋን መጻሕፍቲ ኢና፡ናይ ሎሚ ሰበስልጣናት ከኣ ካባና ካብቶም ዘይዕድለኛታት ክማሃሩ ይግቦኦም"በለ ይበሃል።ዝሓለፈ ታሪኽ ዓቢ ትምህርቲ ኣለዎ፡ዕላማ ናይ ታሪኽ ንምትራኽ ታሪኽን መሕለፊ ግዜን ዛንታ መዘንተውን ዘይኮነስ ንትምህርቲ ዝጠቕም እዩ።

ወለዶና ካብ ታሪኽ ክሕዞ ዝግብኦ ሰናይ ነገር ንኸይረክብ ንሕሉፍ ብዜሮ ኣራቢሑ ይጥንጥኖ።ንታሪኽ ክወቕሶ ከሎ ኣብ ውሽጢ ታሪኽ ምህላዉ ይዝንግዕ።ወለዶና

ሕጅ'ውን እቲ ዓቢ ጸገሙ፡ነቲ መሰረታዊ ሽግር ኣብ ዝወለዶ ኣተሓሳስባ ዘይኮነስ ነቲ ውጽኢት ኮይኑ ዝረኣዮ ጸገም'ዩ ክፈትሖ ዝፍትን።ንሱ ኣብቲ መሰረታዊ ኣተሓሳስባ ክሳብ ዘይሃለወ (ክሳብ ዘየተኮረ) ነቲ ጸገም ክፈትሖ ኣይክእልን እዩ።ነዚ መፍቲሒ'ዚ ድማ ደው ምባል፡ምጽላይ፡ሊቃውንቲ ምሕታት፡መንፈሳዊ ጽሑፋት ምንባብ የድሊ።ወለዶና ግን ኣይጠቅም ኣይጥቀም ኮይኑ'ዩ ተሪፉ።ገዛእ ርእሱ ኣትሕት ኣቢሉ ንሊቃውንቲ ክሓትት'ኳ እንተዘይደለየ፡ዓይኑ ከፊቱ'ውን መጻሕፍቲ እንተዘንብብ ጽቡቕ'ዩ ኔሩ።በዚ ምኽንያት ወለዶና ናብ ዘይፈልጦ ዕላማ እናተጓዕዘን፡መገዲ ዘበለ መዕለቢ ዝረኽበሉ እናመሰሎ ናብ ዝተሰብረ ድልድል እናተጸግዐን ይነብር ኣሎ።ሓደ ሓደ ሰባት ካብ ድቃሶም ከይተበራበሩ ካብ ዓራቶም ተበጊሶም ኣርሒቕም ይጓዓዙ'ሞ፡ሓደ ዘሰንብድ ድምጺ ምሰ ሰምዑ ካብ ሕልሞም ምስተበራበሩ ይስንብዱ።ይጓዓዙ'ኳ እንተለዉ ጉዕዞኦም ዕላማ ስለዘይብሉ ጹቡቕ ኣይስሞዖምን'ዩ፡ምስተበራበሩ'ውን ኣብ'ቲ ገዛእ ርእሶም ዝረኽብሉ ቦታ ሑጉሳት ኣይኮኑን።ሕጂ'ውን ብዕምቆት ዘይተረዶኦምን ዘመን ብዘውረዶ ዝታለሉን ሓድሽ ዘበለ ጽቡቕ እዩ ኢሎም ዘድምጹ ሰባት፡ኣብ ዝተበራበሩሉ መዓልቲ ይሓዝኑ።ብዛዕባ ዝሓለፈ ነዊሕ ጉዕዞን ብዛዕባ ብላሽ ዝኾነ ጻዕሮምን ይሻቐሉ።ስለዚ ንግዜ መሊሱ ክኽሕስ ናብ ዝኽእል ኣምላኽ ክሳብ ዘይተመልሱ ሓዘኖም መወዳእታ የብሉን።

ብሩህ ኣተሓሳስባ ምስ ዘለዎም ሊቃውንትን ምስ ናይ ድሕነት መጻሕፍትን ዝተጻለአ ወለዶ ካብ ሓቅን ፍልጠትን ካብ እምነትን እናረሓቐ ይኸይድ፡ኣብዚ ኩነታት'ዚ ከኣ ንሂወቱ ኣጠዓሚሙ ምንባር ይስእን።ናይ ብርሃንን ጸልማትን ምቅይያር ብዘይምስትውዓሉ ቀልጢፉ ተስፋ ይቆርጽ።መብዛሕቲኡ ወለዶና ምስእንሪኦ ምኽሪ ዝንዕቐ፡ኣብ ውልቃዊ ስሞቲቱን ምስትውዓሉን ዝምርኮስ እዩ።ናይ ገዛእ ርእሱ ርድኢት ክገድፍ ስለ ዘይደሊ ምኽሪ ዝበሃል ኣይቅበልን'ዩ።

መጸግዒ ወለዶ

እዚ ወለዶ ምስ ቤተሰቡ ብጣዕሚ'ዩ ዝረሓሓቐ ዘሎ፡ወለድን ደቆምን ዝዋጠጥሉ ዘለዉ ገመድ ኣብ ጸጽባሕ ይኸርር ብምህላዉ፡እቲ ገመድ ክብተኽ ከሎ እቲ ሓደ ክወድቕ እቲ ካልኣይ ድማ በቲ ገመድ ምህራሙ ኣይተርፍን'ዩ።ወለዲ'ውን ቁጥሮኦም በይኑ ዝልውጥ እናመሰሎም ንሕማም ተቓሊዖም ተረፉ።እንተኾነ ግን ንደቆም ምጽላይ የድልዮም እዩ::ኣብያተ ክርስትያናት'ውን ናይ'ዚ ወለዶ መጸግዒ ክኾና ኣይከኣላን።እቲ ቀዳማይ ጸገም ነዚ ወለዶ ብቑንቁኡ ከዘራርብኦ ዘይምኽኣለን ክኸውን ከሎ፡እቲ ካልኣይ ከኣ ነዚ ወለዶ ብቋንቁኡ ጥራይ ብምዝራብ ሃይማኖት ዘግድፉ ቤተ ክርስትያናት ብምብዘሐን'ዩ።ሃይማኖት ኣቦታትና ብናይ'ዚ ወለዶ ቋንቋ ክግለጽ ዘድልየሉ ምኽንያት ናይ ቤተክርስትያን ተልእኾ ስለዝኾነ እዩ።እቲ ዝበኣሰ ድማ ናይ ወለዶ ምስሊ ለቢሶም፡ ሃይማኖት ገዲፎም፡ካብ ሲነማ ዝተፈልየ መልክዕ ዘይብሉ ቤተ ክርስትያናት ዝመስል መድረኽ ምፍጣሮም'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት እንተርኢና ኣብያተ ክርስትያናት መጸግዒ ናይ ወለዶ ክኾና ኣይከኣላን።ቀያሕትን ጸለምትን ሕብረ-ተሰብ ንሕና ንዓቢ ንሕና'ባ ኢሎም ክተሃላለኹ ከለዉ፡ግደፉ ዝበለ መራሒ ሃይማኖት ወይ ዝዓርቕ ናይ ሃይማኖት ምሕደራ ኣይነበረን።ጸግዒ ናይ'ቲ ዝሰዓረ ኮይንካ ምውጋን ከኣ ናይ ዘመናት ጸገም ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።ወለዶና ኣብ ዝተጨነቕሉ ግዜ ንቤተክርስትያን'ኳ እንተገስገሰ ገንዘቡ ደኣ'ምበር ንዕኡ ዝደልዩ ኣገልገልቲ ኣይረኽበን።ራእይ ዝርከባ ቤተ ክርስትያን ራእይ ጠፊኡዋ ክትተዓናቐፍ ከላ፡ወለዶ ንባዕሉ ገዲፉ ንኣገልገልታ ክሓዝን ተገዲዱ ይርከብ።ውሑዳት ዘገልግሉ መሰልቲ

ናይ ሃይማኖት መልክዕ ደኣ፡ምበር ጽኑዕ እምነት ዘይብሎም ናይ ፈሪሳውነት ባህሪ ዘለዎም፡ሕዝቢ ንዝፈትዎ ሰባኺ፡ህዝቢ ንዝተፈወሰሉ መዝሙር፡ህዝቢ ልቡ ንዘውደቐሉ መጽሓፍ እናወገዙ ንናይ ወለዶ ዕግበት ክዋግኡ ይነብሩ ኣለዉ።ካብ ሓቂ ዝሓለፈ ምዝራብ ደኣምበር ሓቂ ንዝኾነ ከተቕርብ ዘይምኽኣል መግለጺ ናይ ቀናኣት ኢዩ።ምስ ጥምየት ናይ ህዝቢ ዝመጣጠን ናይ ህይወት መግቢ ዘይኮነ፡መግቢ ሓሰማን ዘይበቅዕ ዛንታን ዋዛን ስለዝዛረቡ ወለዶ ነየናይ ምስማዕ ከምዝግቦኦ ጠፊኡዎ ይነብር ኣሎ።ህዝቢ ንሕቶይ መልሲ ረኺበ ኢሉ ንገዝኡ ካልእ ሕቶ ሒዙ ይምለስ ምህላዉ ኣዚዩ ዘገርም ኢዩ።

ወለዶና ብብዙሕ ነገር'ዩ ተወጢሩ ዘሎ፡ብዙሕ ኣሳዳዲ'ውን ኣለዎ።ሕሉፍ በደሉ ይኸሶ ከም ዋዛ ዝጀመሮ ምንዝርና ኣብ ልዕሊኡ ሓላቕ ኮይኑዎ ይርከብ።ማሕበራዊ ርክቡ ኣጥፊኡ ምስ መንግስቲ ብብዙሕ ገበናት ተቐያዪሙ ይርከብ።ብጠቕላላ ካብ ዘለዎ ህይወት ዝሓሸ ነገር ምቕያር ኣብዩዎ ብንእሽቶ ከፉት ጽሩይ ሰማይ እናረኣየ፡ንግዝፊ ናይ ሰማይ ከኣ ክንድ'ቲ ቀዳድ ጌሩ እናመሳሰሎ፡ብጸሊም ኣተሓሳስባ ተታሒዙ ኣብ ገዛእ ድንኳኑ'ዩ ተኣሲሩ ዝነብር ዘሎ።እሞኽ ደኣ ናይዚ ወለዶ መጸግዒ መን'ዩ፧ምስ እንብል"መጸግዒ ወለዶ እግዚኣብሄር ኢዩ"።እግዚኣብሄር ከኣ ስምን ታሪኽን'ዩ ዝልውጥ፡ጫካ ካብ ዝኾነ ህይወት ኣውጺኡ ምስ ቁጽሪ ህልዋት ሰባት ይሕውስ፡ናይ መንገዲ ካርታ ይህብ'ሞ ራእይ የጨብጥ።ነብዩ ዳዊት፡-"ነይታየ ካብ ወለዶታት ንወለዶ መጸግዒ ኮይንካና"ክብል ኣመስገነ(መዝ90፡1)።እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ወለዶ ቅንዕንኡ ገሊጹ ካብ ግብጺ ብምውጻእ ናይ ስነ ምግባር ሕጊ ሂቡ መንፈሳዊ መልክዕ ብምቕራጽ፡ናይ ኣምልኾ ሓይሊ ሂቡ'ውን ሓይሊ ብምዕጣቕ፡ምሕደራዊ ሕጊ ሂቡ ማሕበራዊ ሰላም ብምስፋን፡ካብዚ ኩሉ ንላዕሊ ከኣ ናብ ምድረ-ተስፋ ብምምራሕ ወራሲ ብምግባር መጸግዒ ኮኖ።እግዚኣብሄር ነቶም ሃገር ዘይብሎም ሃገር ብምሃብ መጸግዒ ምኽኑ ሙሴ ኣስተውዓለ።እሞ'ኽ ደኣ ንዓና'ኽ እንታይ ኮን ጎዲሉና ይህሉ፧እምበኣር ኩሉ ምስ እግዚኣብሄር ኢዩ ዝርከብ'ሞ ናብቲ መጸግዒ ወለዶ ንገስግስ።

ነስተውዕል

- ሰብ ኣብ በሪኽ ኮይኑ ካብ ዘይተሓተተ፡ኣብ ታሕቲ ኮይኑ ካብ ዘይሓተተ ኣሸጋሪ ኢዩ።
- ዝተቐያየረ ዋጋ ሒዝካ ምጽናሕ፡ናይ ሰዓታት ደኣ፡ምበር ናይ መዓልታት ዕድመ የብሉን።
- ብርሃን ክግለጽ ከሎ ኩሉ ሰስፍርኡ ይሕዝ፡ክቡር፡የ ዝበለ ሕሱር ምኽኑ ሕሱር፡የ ዝበለ ከኣ ክቡር ምኽኑ ይረጋገጽ።
- ንኻልእ ሰብ ከም ገዛእ ርእስኻ ዘይምርኣይ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ሓጢኣት፡ዩ።
- ንእግዚኣብሔርን ንገዛእ ርእስናን እንተድኣ ፈሊጥና ዘይተቐበልናዮ ንምሃብ ክንለዓዓል ክንክእል ኢና።
- ብራእይ ጌርና ናብ ዓቢ ናይ ምንባር ደረጃን እግዚኣብሔር ናብ ዝረኣየልና ዕብየትን ክንበጽሕ ኣለና።
- ንገዛእ ርእስኻ ምኽን ንኣእምራዊ ጥዕናን ዕብየትን ወሳኒ ኢዩ፡ንገዛእ ርእሱ ዘይኮነ ግን ገዛእ ርእሱ ይስእና።
- መሰረቱ ገዲፉ ንብረት ከውርድ ዝፍትን ንብረት ሒዙ ከምዝወድቕ፡ከምኡ፡ውን መንነቱ ገዲፉ ካብ ካልኦት ክመሃር ንዝብል ትምህርቱ ደው ክብል ኣይሕግዞን፡ዩ።
- ውጽኢት ናይ ጉድለት ትምህርቲ እዩ፡ካብ ዝሓለፈ ምምሃር ከኣ ከም ዘይምብዳል እዩ።
- ኣብ ውሽጢ ጸገም ዝፍጠር ኣተሓሳስባ ጸገም ክፈትሕ ኣይክእልን፡ዩ፡ስለዚ ኣቐዲሙ መሰረታዊ ኣተሓሳስባ ክልወጥ ኣለዎ።
- ቦታና ገዲፍና እንሰምዖ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።
- ንኹሉ ኣብ ዕድሜና ከነረጋግጾ እኳ እንተደለና ዕድሜና ምሉእ ኣይኣኽለናን እዩ።
- እግዚኣብሄር ንትምኒትና ዘይኮነ ንራእይና እዩ ዝባርኽ።
- ፈታው ርእሱ ንእግዚኣብሄር ምምላኽን ብዓል ራእይ ክኸውንን ኣይክእልን፡ዩ።
- እምነት ኣቦታትና ብዝተፈላለየ ቋንቋ ወሎዶና ክግለጽ፡ተልእኾ ቤተ ክርስቲያን እዩ።

❊ ❊ ❊

ምዕራፍ 8

ናበይ ኢኻ ?

ኣብ ሓንቲ ዓዲ ናይ ኣሜሪካ ሓንቲ መንእሰይ ብሓደጋ ሞቶር-ሳይክል እግራ ሰንከለት::እዛ ኣዝያ ጽብቕትን መስተውዓሊትን ከምኡውን ስድራኣ ብዙሕ ተስፋ ዝገበሩላ መንእሰይ ነዚ ኣብ ዓሰርተው-ሾውዓተ ዓመት ዕድሜኣ ዘጋጠማ ጉድኣት ረሲዓ ክትነብር ትኽእል'ያ ኢሉ ዋላ ሓደ ሰብ ዝግምት ኣይነበረን።እቶም ናብ መንፈሳዊ ህይወት ዘነቓቕሕዋ ወለዳ'ውን ካብ ንብዓቶም ተገላጊሎም ናይ ጓሎም መጉዳእቲ ንኽብሪ እግዚኣብሄር ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢሎም ይግምቱ ኣይነበሩን።እዛ ጓል ግን ቅድሚ ምስንካላ ዝሰምዓቶ ፍቕሪ-እግዚኣብሄር ንኹሉ ኣረሰዓ::ቅድም ኣብ ግዜ ንእስነታ ከምቶም ብኽመይ ከምዝኽዱ ዝጭነቕ ዝነበሩ መንእሰያት ተሳሒባ ነበረት፡ሕጂ ግን ናበይ ክትከይድ ከም ዘለዋ ጥራይ ኣብ ልባ ተስፋ ኣትረፈት።

እዛ መንእሰይ ንጉድኣታ ብምጉርምራም ክትልውጦ ከምዘይትኽእል ተረዲኣ፡ነቲ ምልውዋጥ ናይ መዓልትታትን ናይ ኩነታት ምቅይያርን ዘየጉድሎ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ኣብ ጽላት ልባ ብምቕማጥ ንዓቢ ዕላማ ተለዓዓለት።ሓደ መዓልቲ ከኣ ሰባት ፍሉይ ክእለቶም ኣብ ዘርእዩሉ መድረኽ ሃንደበት ተሲኣ ደው በለት፡እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ድማ እንታይ'ያ ከተርእየና፧ኢሎም እናተጸበዩዋ፡ቀጺላ እቲ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ክእለታ ክትዛረብ ጀመረት።ኩሎም ከኣ ብንብዓት እናተሓጸቡ ይሰምዑዋ ነበሩ።ንሳ ኸኣ፡-"ሓቂ ንምዝራብ ናተይ ፍሉይ ክእለት እንታይ ከምዝኾነ ኣይፈልጥንየ ኔረ"፡ሕጂ ግን ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቂመ ሓደ ነገር ክነግረኩም እደሊ ኣለኹ በለት።ኣስዒባ በቲ ዘጋጠመኒ ናይ ሞተር-ሳይክል ሓደጋ ሓደ እግረይ ስኢነየ፡ዶክተር ንሾውዓተ ኣዋርሕ ብዝገበረለይ ክንክን ከኣ ቁስለይ ክሓዊ ክኢለ ኣለኹ።ኣብ ዕድመይ ዝተማሃርክዎ ሓደ ፍሉይ ክእለት ኣሎ፡ንሱ ከኣ ካብቲ ሓደጋ ዝወረደኒ ግዜ እምነተይ እናዓበየ ምምጽኡ ኢዩ።መብዛሕቲኹም ብነጻነት ክትንቕሳቐሱ እሪኣኩም'የ፡ኣነ'ውን ከማኹም ክንቀሳቐስ እንተዝኽእል ሓጎስ ምተሰምዓኒ፡እንተኾነ ኣብዚ ደው ኢለ ዘለኹ ኣብ ሂወተይ ዝተማሃርኩዎ ነገር ክነግረኩም ስለዝደለኹ ኢየ።እቲ ቀንዲ ነገር"ብኽመይ ከም እትንቀሳቐሱ ምፍላጥ ኣይኮነን፡እቲ ዝበለጸ ምስ መን ከም እትኽዱን ምሳኹም መን ከም ዘሎን" ምፍላጥ እዩ።እግዚኣብሄር ምሳይ ኮይኑ ይመርሓኒ፡ይዛረበኒ ድማ፡ኣነ ናቱ ምኽነይ ከኣ ይነግረኒ።"ናበይ ከምእትኽዱ ኣብ ዝፈለጥኩሙሉ ግዜ እግሪ እቲ ብቕዳምነት ዝስራዕ ከምዘይምኽኑ ክትርድኡ ክትክእሉ ኢኹም" ምስበለቶም ኩሎም ብዋሕዚ ንብዓት ተሓጸቡ።ብኽመይ ከምዝስንሙ ዝጭነቕ ዝነበሩ መንእሰያት ከኣ ናበይ ከምዝኽዱ ምሕሳብ ጀመሩ'ሞ እቲ ዝዓበየ ክእለት ተረደኡ፡-

- ዝዓበየ ክእለት ቅኑዕ ኣካይዳ ጥራይ ዘይኮነ ቅኑዕ ፍጻሜ እዩ።
- ዓቢ ክእለት ናይ ንእስነት መልክዕ ዘይኮነ መልክዕ ሰናይ ነገር'ዩ።
- ዝዓበየ ክእለት ዝላ-ገመድ፡ኩናት ምድርባይ ዘይኮነ ካባይ ዘድሊ እንታይ እዩ፧ ምባል እዩ።
- ዓቢ ክእለት ምምሃር ዘይኮነ ብዝተነግረ ክትነብር ምኽኣል'ዩ።
- ዓቢ ክእለት ንኻልኦት ምቅላዕ ዘይኮነ ንገዛእ ርእስኻ ምምርማር'ዩ።
- ዓቢ ክእለት ታሪኽ ካልኦት ምቕጻር ዘይኮነ፡ታሪኽ ምስራሕ'ዩ።

ኣብ ቁልዕነትና ከለና ብፍሉይ ኣሳጉማ፡ብፍሉይ ኣረጋግጻ ዝኸዱ መንእሰያት ንብዙሓት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ከምኡ ነዓናን ይማሩኹና ኔሮም'ዮም።ከምኣቶም ክንስጉም'ውን ንፍትን ኔርና ኢና።ክንዓቢ ከለና ከኣ ንመጀመርታ እነካይዶም ነገራት ናይ ኣሳጉማ ክእለት ከምዝኾነ ኢና ንሓስብ ኔርና።ሓደ ሓደ ግዜ ዝሕንክሱ ክንርኢ ከለና ምሕንካስ ክእለት መሲሉና ከምኣቶም ሕንክስ እናበልና ንኽደሉ ግዜ ኔሩ።ቆልዑ እንከለና ከም ቆልዑ ንሓስብ ነበርና፡ህይወት ግን ብቐንዲ ጎደና እትንቀሳቐስ፡ብጽቡቕ ጫማን ብኽእለት ኣሳጉማን እትሕለፍ ዘይኮነትስ ናይ ገዛእ ርእሳ መገዲ ኣለዋ፡መገዲ ሂወት ከኣ ረቂቕ እዩ።

እቲ ቀንዲ ነገር ብኽመይ ከምእንንቀሳቐስ ዘይኮነ ናበይ ከም እንኽይድ ምፍላጥ'ዩ።ዘመናውነት ዘበለ ብኽመይ ከምእንንቀሳቐስ ዝሕግዝ እዩ፡እቲ ናበይ ከምእንኽይድ ዘፍልጠና ራእይ ግን እናጠፍአ እዩ መጺኡ።እቶም ብኽመይ ከምዝንቀሳቐሱ ዝጭነቕ ዝነበሩ፡ሎሚ ኣብ ውሽጢ ዓቢ ክሳራ ተዋሒጦም ይርከቡ።እቶም ብኽመይ ከምዝንቀሳቐሱ ዝጭነቕ ሓጎሶም ግዝያዊ፡ንዓለም ዘይጸግቡ፡ታሪኽ ዘይምርምሩ ሓደስቲ ቅዳሓት'ዮም።ቆልዓ ከም ቆልዓ ክሓስብ ደረጅኡ'ኳ እንተኾነ ፈላጥ ከም ቆልዓ ምስዝሓስብ ግን ውርደቱ'ዩ።ካብ ጽቡቕ ኣካይዳ ዝበለጸ መፈጸምታ ዝሓሸ እዩ።ዓቢ ክእለት ኣከዳድና፡ኣዘራርባ፡ናይ ኣካይዳ መልክዕ ዘይኮነስ መዕለቢኻ ፈሊጥካ ጉዕዞ ምጅማር እዩ።ሰባት ብዛዕባ ጉብዝና፡ብዛዕባ ክዳን፡ብዛዕባ ስፖርት ንምዝራብ ኣብ ዝህንጠይሉ ዓለም፡ካብ'ዚ ኣካይዳ'ዚ ዝበለጹ ንክርስቶስን ንራእይን'ከ መን ኮን'ዩ ዝገልጾም፧"ብሓቂ ዕላምኡ ሪኡ ንኻልኦት ዘርኢ ዝተዓደለ" እዩ።

ዋጋ ናይቲ ጽቡቕን ሓቀኛን ነገር ኣብ ዝሓሰረሉ፡ኣብዚ ዘመን'ዚ ራእይ ምምሃር ንወለዶ መሊስካ ምፍጣር ማለት እዩ።ንዝተፈጥሩ ጫካታት ንመዕረፊ ምምዕራይን ምምልኻዕን መሊስካ ምፍጣር ከምዝኾነ፡ነቲ ከም ሰብ ተፈጢሩ ከም ሰብ ክነብር ዘይከኣለ፡ንደሞዝ ከብዱ ጥራይ ከም ከልቢ ዝነብር ወለዶ በዓል ራእይ ምግባር ዝዓበየ ኣቦነት እዩ።ዕላማኻ ንምፍላጥ ኩሉ ግዜ ካብ ጉድለትካን ክሳራኻን ምምሃር ኣየድልን'ዩ፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር እቲ ዝዓበየ ዝምህረሉ ክፍሊ ፍቐሪ እዩ።ስለዚ እግርና'ኳ እንተሰኣንና እንነብረሉ ዕላማ ምድላይ እቲ ዝበለጸ እዩ።ልዕሊ'ቲ በዓል እግሪ በዓል ራእይ ዝያዳ ቀልጢፉ ይበጽሕ ስለስኾነ እግሪ ምብጻሕ ደኣ'ምበር ክብጻሕ ዘለዎ ምውሳን ስልጣኑ ኣይኮነን።ናይ ካልኦት እግሪ ብዝመርሓና ምስእንኽይድ ከም ወተሃደር ኮይና ኢና ንግዛእ።ከምኡ'ውን ናብ ዝሓሰብናዮ ምስጓምን፡ንዝሰንምናዮ ምዝካርን ዝተፈላለየ እዩ፡ናብቲ ዝሓሰብካዮ ምኻድ በዓል ራእይ ምኺን'ዩ፡ንዝኽድካዮ ምሕሳብ ግን ግዜኻ ምብኻን'ዩ።

ጉዕዞ ሂወት ዝጀመረ እግዚኣብሄር እዩ፡እግዚኣብሄር ዋና (ጎይታ) ሂወት'ውን'ዩ፡ሓቀኛ መምህር ናይ ሂወት ከኣ'ዩ።ንሱ ብቓሉ ናቱ ምኺንና ነጊሩና እዩ፡ንሱ ካብ ዝኾነ ሰብ ንላዕሊ ኣብ ናይ ምድረበዳ ሂወት ምሳና ሓቢሩ ዝጎዓዝ ብጻይና እዩ።ቤት ትምህርታት ውሑድ ነገራት ኢዮም ዝምህሩና፡እግዚኣብሄር ግን ኣብ ምንባር ብዙሕ ነገር እዩ ዝምህረና።ትምህርቱ ብልብና ደኣ'ምበር ብእዝንና ንሰምዖ ስለዘይኮነ ምስትውዓል ይሓተና።እግዚኣብሄር ኣብ ጸጽባሕ እናመሃረናን ዋጋ ክፉእ ነገር እናኽፈለልናን'ዩ ዝነብር፡እንተኾነ ካባና ነዚ ዘስተውዕል የለን።ንሱ ይመርሓና፡ጽቡቕ መደምደምታ ሂወት ናቱ ስለዝኾነ ከኣ ይህበና።ናበይ ከምእንኽይድ ክሳብ ዝተረድኣና ኣገልግሎት ናይ እግሪ ውሑድ ምኺኑ ንግንዘብ።

ብኽመይ ከም እንኽይድ ንዘለና ጭንቀት ምስዘብቅዕ፡ናበይ ከም እንኽይድ ክንሓስብ ንጅምር።ክንገብሮ ዘይንኽእሎ ነገር ክገጥመና ከሎ፡ክንገብሮ እንኽእሎ ምሕሳብ ዝዓበየ ነገር እዩ።ብዛዕባ ሂወት ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝረኽብናዮ ፍልጠት ንላዕሊ፡ዝጭበጥ ነገር ምስዝገጥመና ዝበለጸ ነገር ብምኻኑ ዘይርሳዕ ትምህርቲ ድማ እዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ክእለት ናበይ ከምእንኽይድ ምፍላጥ እዩ።ካብቲ ሰባት ንትምህርትና ዝትርኹልና ታሪኽ ንላዕሊ ናይ ሂወት ውሳኔና ዝበለጸ ዕግበት ይህበና።እቲ ዝበለጸ ክእለት እምበኣር ንሂወት ብራእይ ምምራሕ እዩ።እወ! ክመሃር ንዝደሊ ሰብ ሂወት ብትምህርታት ዝመልኣት'ያ።ካብ ሕሉፍ ጉድለትና ድማ ናብ ጉድኣት ንዝኽዱ ሰባት ዝመልስ ብርሃን ክወጽእ ይግብኡ።ንሰባት ኣብ ዝወደቑሉ ይመሃሩ ኢልካ ምሕላፍ ዓቢ ጭካኔ እዩ፡መከራ ብኣይ ይወዳእ ክትብል ምስትኽእል ከኣ ስቓይ ሰባት ይውሕድ።ሓጎስና ናይ ግልና ክኽውን ይኽእል እዩ፡መከራና ግን ናይ ሓባር እዩ።ኣብ ካልእ ዝወረደ ጉድኣት ናይግድን ከይተንከፈና ስለዘይተርፍ ክንመኽሮም ኣለና።ምኽንኑ ሰብ ስለዝቐተልና ጥራይ ዘይኮነስ ክቕተል ስለዝረኣና ናብ ፈቐዶ ቤት ፍርዲ ንጽዋዕ ኢና፡ንሕና'ውን ነቲ ኩነት ኣብ ዝዘከርናሉ ግዜ ኣምሪርና ኢና ንሓዝን።

ካብ ጉድኣትና ምስ እንማሃር፡-"ካብቲ ዝወረደና ስቓይ እቲ ዝበጽሓና እግዚኣብሔር ይሕይል ምባል ንጅምር።ስጋዊ ክእለትና ምስዝውዳእ፡ሃብትናን ጉልበትናን ምስዝውሰዱ፡ውሽጣዊ ሰብነትና እናሓየለ ይመጽእ።መከራታት ከኣ ኣብ ሂወት መኽርቲ ኮይኖም ራእይ የጨብጡና።ተማሂርና ምትራፍ ጥራይ ዘይኮነስ ተማሂርና ናብ ተግባር ክንበጽሕ ይሕግዙና።ካብ ሓቂ ዝመጸ መከራ ሓቐኛ መንነት የጎናጽፈና።ኣብ ጎድነይ ዘሎ መንፆ ምባል ግቡእ'ዩ፡ኣብ ጎድነይ ዘሎ እግዚኣብሄር ኢዩ ኢልና ባዕልና ክንምልስ ምስእንኽእል ከኣ ሽሕ ሰራዊት ካብ ዝኽበቡና ንላዕሊ ትብዓት ይስምዓና።ኣነ ምስ መንፆ ምባል ዓቢ ምርምር'ዩ፡ምስ እግዚኣብሄር ምህላውና ንገዛእ-ርእስና ምዝራብ እንተኺኢልና ራእይ ይረኣየና፡ነቲ ዝረኣናዮ'ውን ክንወርስ ንኽእል።

ነጻነት

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንወድሰብ ምስ ነጻ ፍቓድ'ዩ ፈጢሩዎ፡እዚ ነጻ ፍቓድ'ዚ ከኣ እግዚኣብሄር ኣብ ሰብ ዘለዎ ፍቕርን ክብርን የመልክት።ምስ ነጻ ፍቓድ ዝተፈጥሩ ፍጥረታት ሰብን መላእኽትን ጥራይ ኢዮም።እዚ ነጻ ፍቓድ'ዚ ንወድሰብ ናብ ቅንዕና ደኣ ይመርሖ'ምበር ክዕበ ኣየኽእሎንን'ዩ።እንተኾነ ብዙሓት ሰባት ንምንታይ'ዩ እግዚኣብሄር ከምዘይንብድል ጌሩ ዘይፈጠረና ይብሉ'ዮም።ብርግጽ እግዚኣብሄር ከምዘይንብድል ገይሩ ኣይፈጠረናን፡ብኣንጻሩ ድማ በደልቲ ጌሩ ኣይኮነን ፈጢሩና።ንሱ ከምዘይንብድል ጌሩ እንተዝፈጥረና ኔሩ ድልየትና ከኣ ምብዳል እንተኾይኑ፡ውሳኔኡ ምስዓር ብኽመይ ንኽእል፤እቲ ዓቕሚ ስለዝሰኣነ ጥራይ ዘይበደለኽ ብኽመይ ንጹህ ይኽውን፤ሓቀኛ ምእዛዝ ናይ ድልየት (ናይ ውሽጢ) እዩ፡ሓቀኛ ቅድስና ኽኣ እናኽኣልካ ዘይምብዳል እዩ።

ኣብ ቂድሜና እንሪኡ ንብረት ንምንታይ ባዕሉ ካብ ዘለዎ ፈንተት ዘይብል ኢልና ምስ እንሓትት፡እቲ መልሲ ንብረት ስለዝኾነ እዩ።እግዚኣብሄር ከኣ ከም ንብረት ስለዘይቆጸረና፡ኣብሊጹ ከም ሰብ ስለዘኽበረና ነጻ ፍቓድ ዘለና ጌሩ ፈጠረና።ነጻ ፍቓድ እንተዘይነብር ኔሩ ግን እግዚኣብሄር ፍቕሪ ምኻኑ ኣይምተፈለጠን ኔሩ።እንተኾነ ነጻ-ፍቓድ ሓቀኛ ምርጫ ምስዝህልዎ ኢዩ ክጠቅም ዝኽእል፡ትኽክለኛ ምርጫ እንተዘይተመሪጹ ግን ነጻነት ልዕሊ ባርነት ኢዩ ዝነድእ።ነጻነት ማለት ንዝደለኻዮ ናይ ምግባር መሰል ዘይኮነ ንዝጠቕመካ ናይ ምፍጻም መሰል እዩ።

እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ኢሉ ከምዝፈለዮም ዝሓስቡን ካብዚ እንወጽኣሉ ኣማራጺ'ውን የብልናን ዝበሉ ወገናት ብዙሓት'ዮም።እግዚኣብሄር ግን ባዕሉ ንሓጢኣት ወሲኑልና ብኽመይ ሓጢኣተኛ ኢሉ ይፈርደና፤ሰይጣን ንሰባት ባርያ ዝገበሮም ኣብ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ከምዝጠራጠሩ ብምግባር እዩ፡ብጀካይ ንኣኻ ክቕበል ዝኽእል የለን ብምባል ከኣ ባሮቱ ይገብሮም።እግዚኣብሄር ግን ነቶም ኣብ ዓለም ናይ መወዳእታ ክፉኣት ዝኾኑ'ውን እንተኾነ ናይ ፍቕሪ ልቢ'ዩ ዘለዎ።ነይታና ካልኣይ ኣብ ዝመጽኣሉ ንጻድቃን፡-"ኣንቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ንዑ ዓለም ከይተፈጥረ ጀሚሩ ዝተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ" ክብሎም ከሎ፡ንሓጥኣን ግን፡-"ኣንቱም ርጉማት ንሰይጣንን ንሰራዊቱን ናብ ዘተዳለወ ዘልኣለማዊ ሓዊ ኪዱ ክብሎም'ዩ (ማቴ 25፡34-41)።ካብዚ መግለጺ'ዚ ከኣ ነዓና ዝተዳለወ መንግስተ-ሰማያት ክኽውን ከሎ፡ዘልኣለማዊ ሓዊ ግን ንሰይጣንን ንሰራዊቱን ከምዝተዳለወ ኢና ንርዳእ።ስለዚ እቶም እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ዝፈጠሮም ዝመስሎም ተጋግዮም'ዮም።ንሱ ነዓና ናጽነት ስለዝሃበና ንዕኡ ክንመርጽ ይግብኣና።

ነጻነት ተሓታትነት እዩ፡እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ከለዉ ሕጊ ኣይተዋህቦምን ነበረ፡ነጻ ምስወጹ ግን ሕግን ስርዓትን ተዋህቦም፡ነጻነቶም ከኣ ተሓታትነትን ሓላፍነትን ነበሮ።ኣብ ዝኾነ ይኹን ዘመን ከኣ ነጻነት ተሓታትነት ኣለዎ።ነጻነት ከኣ ትኽክለኛ ነገር ናይ ምግባር ሓላፍነት እዩ።ንኽፉእ ነገር ብስም ነጻነት ምግባር ብተዘዋዋሪ ባርነት እዩ።ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ባርነት ከለዉ ብዙሕ ወንጀል'ኳ እንተፈጸሙ፡እቲ ዝውቀስ ዝነበረ ከኣ ኣፓርታይድ ደኣ'ምበር ንሳቶም ኣይነበሩን፡ነጻ ድሕሪ ምውጽኦም ግን ይውቀሱን ይሕተቱን ነበሩ።ምኽንያቱ ካብ ነጻነቶም ንደሓር ሰናይ ክገብሩ'ዩ ትጽቢት ዝግበረሎም ኔሩ።

ነጻነት ግን እንታይ'ዩ፤ነጻነት እምበኣር፡-

- ጽቡቕ ንምግባር ፍቱሕ ምኽን፡
- ፍቕሪ ብዝመልኦ ልቢ ንኻልእ ምርኣይ፡
- ግቡእካ ፈጺምካ ናይ ካልኦት'ውን ምፍጻም፡
- ንጽቡቕ ጽቡቕ ክትብል ምኽኣል፡
- ንዓለም ሓደ ነገር ኣበርኪትካ ምሕላፍ፡
- ንማንም ክጸልእ ኣይነብርን'የ ኢልካ ንባዕልኻ ክትዛረብ ምኽኣል'ዩ።

"ትኽክለኛ ነጻነት ራእይ የምጽእ፡ትኽክለኛ ዘይኮነ ነጻነት ግን ንራእይ የጸልምት፡እቲ ንራእይ ዘጸልምት ነጻነት ከኣ ናይ ሎሚ ዘመናዊ ባርነት" እዩ።

ኣምላኻዊ ሕቶ

ኣዳም ሕጊ እግዚኣብሄር ምስጠሓሰ ንእግዚኣብሄር ይቕሬታ ካብ ምሕታት ዘሕብኡ ሰለስተ መኽወሊታት መደበ።እዞም ከውልታት ከኣ ቆጽሊ-ክዳን፡ጫካ-ገነት፡ምኽንያት ምቕራብን ኢዮም።ኣዳም ሓደ ግዜ ንስሃ እንተዝኣቱ ኔሩ ነቶም ሰለስተ መኽወሊታት ካብ ምንዳይ ምደሓነ ኔሩ።ምኽንያቱ እቶም ዝሓብኡ ሰለስተ ነገራት'ኳ እንተኾኑ ክሓብኡዎ ግን ኣይተኻእሎምን።ንስሃ እምበኣር ምግላጽን ምኽዳንን እዩ።በዲለ ኢየ ምስእንብል ገዛእ-ርእስና ንገልጽ፡ሽዑ ንሽዑ ድማ ምሕረት እግዚኣብሄር ይሸፍነና።

ሓጢኣት ምስራሕ ምርጫ ኢዩ፡ውጽኢት ዝሰራሕካዮ ሓጢኣት ንምቕባል ግን ኣማራጺ ዝበሃል የለን።እግዚኣብሄር እቲ ሓጢኣተኛ ክብድል ከሎ ብቕጥታ'ዩ ሰላሙ

ዝወስዶ፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ናይቲ ሓጢኣተኛ ሰላም እንተዘይወሲዱዎ፡እቲ ሓጢኣተኛ ነቲ ሰላም ብሓጢኣቱ ክስንድዎ ክኽእል ኢዩ።ብዘይ ጸጋ እግዚኣብሄር ዕርቃንና ምኳንና፡ኣብ ግዜ ውድቀትና ኢና ንርዳእ (ዘፍ 3፡7)።ምኽንያቱ ሓጢኣት ውርደት'ዩ ዘኽትል።ኣዳም ዋላ'ኳ ሄዋን ከምኡ ሓጢኣተኛ እንተኾነት ኣብ ቅድሚኣ ደው ክብል ኣይከኣለን።ሓጢኣት ኣይኮነን ኣብ ቅድሚ ሰብ፡ኣብ ቅድሚ ሕልና ናይ ምቐም ናጽነት ኣይህበናን'ዩ።ሰራቒ ስለምንታይ'ዩ ከይተሰነገ ዝሃድም ምስእንብል "ሰራቒ. . . ሰራቒ" ንዝብሎ ናይ ሕልና ድምጺ ከጥፍእ ስለዘይክእል ኢዩ።

ካብ ሓጢኣት ክንድሕን እንኽእል ሓጢኣትና ምስእንኣምንን እንንሳሕን'ዩ፡ምኽንያቱ ንሓጢኣት ብኻልእ ጽቡቕ ነገር ምሸፋን ኣይክኣልን'ዩ።ኣብ ዝረስሐ ሰብነት ጨና ምግባር ዝያዳ ኢዩ ዘጭንዎ፡ከምኡ'ውን ኣብ ኣረጊት ጨርቂ ሓድሽ ኣምጺእካ ምልጋብ ዝያዳ ከምዝቕደድ ይገብሮ።ስለዚ ሓጢኣት ብጽድቂ ኣይሸፈንን'ዩ፡ምኽንያቱ ሓቂ በይና'ያ ነጻ ተውጽኣና።ኣዳም ካብ ስምዒት ሓጢኣት ንምድሓን ክዳን ቆጽሊ ከምዝሰፈየ፡ ሎሚ'ውን በቲ ዘይሸፍን ክዳን ክሰፍዩ ዝነበሩ ብዙሓት'ዮም።እንዳጠንቂሊ ምኻድ ንቤተ-ክርስትያን ብምኻድ ዝከሓስ፡ምንዝርና ከኣ ጸልዩለይ ብምባል ብምትላል እትቕደስ ዝመስሎም፡ሰረቕቲ'ውን ስርቂ ብምጽዋት እትሸፈን'ዩ ዝመስሎም።ሓጢኣት ግን ድምጺ ስለዝኾነ ብዝኾነ ካባ ክሸፈን ኣይክእልን ኢዩ።

ዝኣበናዮም ናይ ጽድቂ ነገራት ኣይነሕልፍን ክብሉና ከለዉ፡ናይ ቅኑዓት ዝብሃሉ ሰባት ጨርቂ ተሸፊንና ካብ እግዚኣብሄር ንምምላጥ ኢና ንፍትን።ብእኡ ብእግዚኣብሄር እንተዘይኮይኑ ካብ እግዚኣብሄር ምሕባእ ኣይከኣልን እዩ።ንሱ እንተጨኪኑልና ከኣ ማንም ኣይርህርሃልናን እዩ።ኣዳም ድሕሪ ብቕጽሊ-ገነት ምሸፋኑ ኣብ ጫካ-ገነት'ዩ ክሕባእ'ዩ ወሲኑ፡እግዚኣብሔር ግን ነቲ ሓጹር ኣፍሪሱ ረኸቦ።

ቃል እግዚኣብሄር፡-"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣዳም ጸዊዑ ኣበይ ኣለኻ፧በሎ" ይብል (ዘፍ 3፡10)።ካብቲ ግዜ'ዚ ጀሚሩ "ኣበይ ኣለኻ" ዝብል ቃል ናይ ሂወት ሕቶ ክኸውን ከኣለ።እግዚኣብሄር ንኣዳም ከምዚ ዝበለሉ ምኽንያት ተጋጊኻ ኣለኻ ማለት'ዩ።ሓጢኣት ዝብል ቃል በቲ ብሉይ ኪዳን ዝተጻሕፈሉ ቋንቋ እብራይስጥ "ዕላማ ምስሓት" ማለት'ዩ። ሰብ ኣብ ሓጢኣት ኣብ ዝወደቐሉ ግዜ ዕላማ ተፈጥሮኡ ይስሕት፡ምርጭኡ ሞት ንዘስዓበሉ ኣዳም፡እግዚኣብሄር "ኣበይ ኣለኻ" በሎ፡ኣዳም ግን ሓጢኣቱ ዘይኮነ ምኽኒታቱ ተናዘዘ። መሊሱ'ውን ንእግዚኣብሄር በደለኛ ክገብሮ ደለየ።ሎሚ'ውን ደቂ ኣዳም ነቲ ሓጢኣት ክንዲ ዝናዘዙሉ፡ንእግዚኣብሄር ናይ ጉድለቶም ተሓታቲ'ዮም ዝቕጽሩዎ።ኣንታ ጎይታ ንስኻ ዘይተፈልጦ እንታይ ኣሎ፧ኣነ ገለ ክገብር ኣይክእልን'የ ከኣ ይብሉ።

ኣዳም ኣቕዲሙ ዝፈልጦ ባህሪ-እግዚኣብሄር፡-ፈጣሪ፡መጋቢ፡ሓያል. . . ነበረ፡ ሕጂ ግን ንሓጢኣተኛ ዝደሊ ለዋህ ምኳኑ ፈለጠ።"ኣበይ ኣለኻ" ክብሎ ከሎ ከኣ ነቲ ናይ ርህራሄ ባህሪ ተረድኡ።እንተኾነ ኣዳም ልቡ ንንስሃ ኣየዳለዎን።ሎሚ'ውን ብዙሓት ነዓይ እግዚኣብሄር ይፈትወኒ እዩ፡ነዚ ዝሃበኒ ከኣ ንሱ ኢዩ ይብሉ፡እንተኾነ ንዕኡ ካብ ምብዳል ኣይዓርፉን'ዮም።በቲ ዝፈጸሙዎ ሓጢኣት ይቕሬታ ካብ ምሕታት፡በቲ ዘይተሰርሐ ብምሕሳብ ብዝሙትን፡መስተን ተማሪኾም ይነብሩ።ስለዚ ንሓጢኣቶም ክርስቶስ ከምዝሞተሎም ስለዘይርድኡ ኣነ ክጸድቕ ኣይክእልን'የ ይብሉ።እግዚብእሄር ንሓጢኣተኛ ይቕረ ክብለሉ ዘይኮነ ዝኾብዶ፡ነቲ ንስሓ ዝጸልእ ደንዳኒ ልብና'ዩ ዝጸልኦ።

ራእይ ንምጅማርን ዘቋረጽናዮ ጉዕዞ ንምቐጻልን ዕላማና ካብ ነቐፌታ ዝነጽሀ መታን ክኸውንን ንስሓ ኣድላዩ እዩ።እቲ ዝመጻእናሉ መንገድን ናይ ትማሊ ታሪኽናን ኣብ ራእይ ንኽንህሉ ዕንቅፋት መታን ከይኮነና፡ሰባት'ውን ብዝሓለፈ ታሪኽናን ብዝተኣስረ ኣተሓሳስባናን መታን ከይሕዙና ይቕሬታ ምሕታት ኣድላዩ እዩ።ከምኡ'ውን ብዘይ ነጻ ሕልና ራእይ ምቐጻል ኣዝዩ ከቢድ እዩ።ሰባት ንሓቂ ደኣ ይጎንጹ'ምበር ክፉእ ታሪኽናን ጉድለትናን ከዐንቅፎም ኣይግባእን'ዩ።ኣብ ራእይ ንስራሕን ንህነጽን ደኣ'ምበር ሰብ ራእይ ስለዝኾንና ፍጹማት-ሰባት ማለት ኣይኮናን።ካልኦት ሰባት ጥራይ ዘይኮኑስ ንሕና'ውን ንገዛእ ርእስና ምርዳእ ስኢና ኣብ ናይ ውድቀት ስፍራ ክንበኪ ክንነብር የብልናን።ስለዚ ድሕሪ ውድቀት ዘሎ ጉዕዞና ካብ ጌጋና ዝተመሃርናሉ ከም ምኽኑ መጠን ዓስቡ እናሓሰብና ክንግስግስ የድልየና።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን "ኣበይ ኣለኻ"፤ዘብለና ፍሉይ ጉድለት ኣሎ፡እዚ ጉድለት'ዚ ከኣ ካብ ጌጋ ንላዕሊ ኮይኑ ጉድለትካ ዘይምእማን እዩ።ንሕሊናናን ንሰባትን ብምኽንያት ጌርና ከነእምኖም ንጽዕር ኢና፡ንጌጋ ጌጋ መበሊ ሓቐኛ መምዘኒ ገዲፍና ንሓጢኣት ብምምልኻዕ ኣወቂብና፡"መሰል" ብዝብል ስም ንብርሃን ጸልማት፡ንጸልማት ከኣ ብርሃን እናበልና ክንነብር ኢና እንውሰን።ምዕባለ ናይ ቴክኖሎጂ ንሰናይ ነገር'ኳ እንተኾነ ንክፉእ ነገር መሳርሒ እናኾነ ኢና እንሪኦ ዘለና።ጌጋ ካልኦት ንምቅላዕ ወይ ክቃልዑ ንምስማዕ ንሃርፍ ኢና፡ንናይ ባዕልና ጉድለት ግን ጻዕዳ ሃሪ ኢና እነልብሶ።ብብዙሕ ነገር ንስሕት'ኳ እንተኾንና፡ምኽንያት ኣለኒ ብዝብል ብልሓት ይቕሬታ ንምሕታት ቅሩባት ኣይኮናን።ስለዚ "ኣበይ ኣለኻ"፤ኢዩ ዘብል።ትራፊክ መገዲ ምስ እንጋገ፡-" ናበይ ኢኻ"፤ኢሉ ይሓተና፡ንሱ ግን መገዲ ክሕብረና ኢሉ ዘይኮነስ ክቐጽዓና ስለዝደሊ'ዩ ዝሓተና።እግዚኣብሄር ግን "ናበይ ኢኻ" ዝብለና መገዲ ክሕብረና ስለዝደሊ እዩ።ፍልስፍና ናይ'ዚ ዘመን'ዚ ኣዶንቂሩና ኢዩ፡ንዝፈጠረና ከም ጸላኢ እናረኣና፡ንሱ ከምዝተዓገሰና ረሲዕና ተቐዪመ'የ እንብል፡ደለይቲ ፍትሒ መሲልና፡-"እግዚኣብሄር እናሃለወ እዚ ኩሉ ንምንታይ ከምዚ ይኸውን፤"ምባልና'ውን ኣዚዩ'ዩ ዘሕዝን።

መብዛሕቲኡ ግዜ ሓጢኣትና ዘይኮነስ ነቶም ናብ ሓጢኣት ዝደፋፍኡና ምኽንያታት ኢና እንናዘዝ፡ብተዘዋዋሪ እዚ ምኽንያት'ዚ ምቕራብ ንባዕልኻ ነጻ ክትወጽእ ምፍታን ዝኸፍአ ሓጢኣት'ዩ።እታ ሓቀኛ ንስሃ ግን ሰብ ንናይ ባዕሉ ጉድለት ባዕሉ ከምዝስከሞ ኢያ ትገብር፡ስለዝኾነ ድማ ገዛእ ርእሶም ዘቃልዑ ጥራይ'ዮም ዝጸድቁ።ምኽንያቱ ነቶም ንስሓ ዝኣትዉ ደም ክርስቶስ ንምሕረት ቆይሙ'ዩ ዝነብር።ብዙሓት ሰባት ንኻልኦት ሰባት ክጽበዩ ንንስሓ የደናጉይዎ፡እዚ ግን ካልኦት ገዝኡም ክሳብ ዘየጽረዩ ገዛይ ኣየጽርን'የ ከም ምባል እዩ።ገለ ሰባት ሓይሎም ኣብ ዝደኽመሉ ኣብ ደቂቕ ክፍጽምዎ ዝኽእሉ እናመሰሎም ብዛዕባ ንስሃ ይሓስቡ፡ንስሓ ግን ዕድል ስለዝኾነ ኣብ ግዝይኡ እንተዘይተጠቂምናሉ ይሓልፍ እዩ።ልክዕ ድንገት ኣብ ዘጋጠመሉ ንስሓ ዝእቶ እንተ ዝኸውን ኔሩ ፈርኦን ኣብ ባሕሪ ኤርትራ እናሰጠመ ከሎ ንስሓ ምኣተወ ኔሩ።ስለዚ ኣብዚ መረጋገጺኡ ከይተፈልጠ እንነብረሉ ዓለም ነቲ ዝወቕሰና ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ክንሰምዕ ይግባኣና።

ሓጢኣት ንኣተሓሳስባኻ ዓጽዩ ራእይ የስእነካ፡ስለዚ ብንስሓ ሓድሽ መንፈስን ልብን ምጉንጻፍ የድሊ።ብነቢዩ ህዝቅኤል፡-"ንስሃ እተዉ ሓጢኣትኩም ጥፍኣት ከየምጽኣልኩም ካብ ሓጢኣትኩም ተመለሱ፡ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን ኣጥርዩ ይብል(ህዝ 18፡30-31)።

ናበይ ኢኻ፧

ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣፈት ክሕሉ ዝጸንሓና ዋርድያ ክንኣቱ ክንደሊ ከለና “ናበይ ኢኻ” ኢሉ ይሓተና፡ክንበጽሖ ዘለና ከይነገርናዮ ከኣ ብነጻ ኣይሰደናን’ዩ።ህይወት ከኣ ዕላማ ትሓተና’ያ።ሎሚመንእሰያት፡ሽማግላታት፡ማሕበራት፡ኣብያተ-
ክርስትያናት፡መንግስትታት፡-“ናበይ ኢኻ”፧ዝብል ኣምላኻዊ ሕቶ ቀሪቡሎም ኣሎ።እንተኾነ ዕላማ ዘይብሎም መንእሰያት ጥራይ ዘይኮኑ ዕላማ ዘይብሎም ሽማግላታት እውን ንርኢ ኢና።ራእይ ዘይብለን ብዙሓት ኣብያተ-ክርስትያናት ንዘመናዊ ቋንቋ ከም መጉልሒ ድምጺ ከድምጽኦ ንርኢ ኢና።ነገስታት’ውን ናይ ዜጋታት ግብሪ እናፈረሰ ህንጻታት ክሃንጹ ኢዮም ዝጽዕሩ።ዘይተለወጠ ወለዶ ንዝተለወጠ ሃገር ከምዘጥፍእ ዘንጊያም ከኣ ኢዮም።ምሁራት ከኣ ወለዶ ሞይቱ እዩ ኢሎም ኢዮም ዝዛረቡ፡እንተኾነ ወለዶ ሞይቱ’ዩ’ኳ እንተበሉ ንወለዶ ዝቐተሉ ዝሞቱ ሰባት ምኽኖም ርኢና ኢና።ናይ ወለዶና ዝዓበየ ጽላለ ገዛእ ርእስኻ ዘይምኽኣል ናይ መንነት ጽላለ’ዩ ዘለዎ።

እግዚኣብሄር ብዕላማ እዩ ፈጢሩና፡ብኣጋጣሚ ወይ ብጌጋ ኣይኮናን መጺእና።ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ከኣ እቲ ንሕና ዕላማ እንብሎ ካብ ምውላድን ምብዛሕን ዝሓለፈ እዩ፡ናይ ክርስትያን ሂወት ዝዓበየ ነጥቢ ገዛእ ርእስኻ ምኾባልን ንእግዚኣብሔር ምኾባልን’ዩ።እዚ ከኣ እዩ ሰብ ዕላማ ዝገብረና።ብዙሓት ገዛእ ርእሶም ከይተኾበሉ ንእግዚኣብሔር ተኾቢልና ኢና ስለዝብሉ ኣብ ሂወቶም ዝተረጋግአ መንነት የብሎምን።

መንነትና ክንልውጦ ዘይንኽእል ህያብ-እግዚኣብሄር እዩ፡ኣብ ዓለም ከኣ ነዓይ ዝመስል ኣነ ጥራይ ኢየ።ንዓኻ እትመስል ከኣ ንስኻ ጥራይ ኢኻ።ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ቅዳሕ ዘይብልና ኦርጅናል ገሩ ኢዩ ፈጢሩና።ብጠባይና ደኣ’ምበር ብዓሌትናን ብመልክዕናን ኣይንሕተትን ኢና።ስለዚ ከኣ በዚ ኮይናዮ ዘለና ሓጎስ ክሰምዓና ይግብኣ፡ካልኦት ክንከውን ኢልና እምበኣር ገዛእ-ርእስና ኣይንግደፍ።ኣነ ገዛእ ርእሰይ ምስዝኾውን፡ንስኻ’ውን ገዛእ ርእስኻ ምስእትኾውን እግዚኣብሄር ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ኣብ ታሕቲ ክሪኦ ዝደለየ ክእለት ይማላእ።

ማይክል ጃክሰን ጽቡቕ ጸሊም’ኳ እንተነበረ ንገዛእ-ርእሱ ምኾባል ብምስኣኑ ብደዉ ናይ ምፍራስ ሓደጋ ኣጋጠሞ።ገዛእ ርእስኻ ዘይምኾባል ጸለምቲ ጥራይ ዘይኮኑ ጸዓዱ’ውን እንተኾኑ ዘይመለሱዎ ሕቶ እዩ።ኣብ ሃገራት ምዕራብ “ኣነ ሂትለር” ኢየ እናበሉ ከም ኣከዳድና ሂትለር ዝኽደኑን ዝዛረቡን ኣለዉ፡ስለዚ ገዛእ-ርእስኻ ዘይምኾባል ዕላማ ዘይብልካ ይገብረካ።ገዛእ ርእሶም ሰኣን ምኾባል ካልኦት ክኾኑ ንባዕሎም ዝውቀጡ’ውን ውሑዳት ኣይኮኑን።ንሃይለ ስላሴ ዘምልኹ ዝነበሩ ራእሲ ተፈሪ ነዚ ዘብጾሖም ገዛእ-ርእስኻ ዘይምኾባል እዩ።ሓሽሽ ዘትክኹ ሰባት ናይ ትምህርቲ ጸገም ዘለዎም ኣይኮኑን፡ እኳ ደኣ መብዛሕቲኦም ምሁራት’ዮም።ከምዚ ዘግብሮም ከኣ ሕቶ መንነት’ዩ።እንተኾነ ሕቶ መንነት ዝምልስ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።ዕላማይ እንታይ እዩ፧ኣይትበል፡እግዚኣብሄር ኣባይ ዘለዎ ዕላማ እንታይ እዩ ጥራይ በል’ሞ እቲ ዝዓበየ ዕላማኻ ሽዑ ክትረኽቦ ኢኻ።

ጳውሎስ ንምንታይ ከምዝነብርን ናበይ ከምዝኸይድን ይፈልጥ ነበረ(ፊል 2፡23)፡እዚ ከኣ ኢዩ ብጎይታ ኩሉ ግዜ ከምዝሕጎስ ዝገብሮ ዝነበረ (ፊሊ 4፡4)።ገዛእ ርእስና ምስ እንቕበል ቅንኢ ተሪፉ በቲ ኮይናዮ ዘለና ክንሕጎስ ንጅምር።እግዚኣብሄር ንሃገርካ፡ሕብሪ-ቆርበትካ፡ወለድኻ ክመርጾም ከሎ’ውን’ዩ ዝፈልጥ።ንኣጋጣሚ ዝኸውን ቦታ

ከይገደፈ'ዩ ከኣ ፈጢሩካ።ምናልባት ድቓላ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡እንተኾነ ንስኻ ብወለድኻ ዘይኮነ ብእግዚኣብሄር ዝተመደብካ ስለዝኾንካ ሓጎስ ይሰማዕካ። ሰለሙን ብዓቢኡ ብስርቂ ዝተወልደ ምንባሩ'ውን ዘክር።

እግዚኣብሄር ንፍቕሪ ኣይፈጠረን፡ንፍቕሪ ከኣ ኣይተለማመደን፡ምኽንያቱ ንሱ ባዕሉ ፍቕሪ እዩ(1ዮሃ4፡8)።ንዓና ምፍጣሩ ከኣ መበገሲኡ ፍቕሪ ምኻኑ ገለጸ።እግዚኣብሄር ዓለም ከይፈጠረ ዝሓስቦም ንዓበይቲ ሃገራት ዘይኮነስ ነዓና እዩ (ኤፈ 1፡4)።እሞኽ ደኣ ካብ ገዛእ-ርእስና ሃዲምና ናበይ ኢና፧ኣብ ምድሪ እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ኣበይ ዘሎ ይመስለኩም፧ኣብ መቓብር'ዩ።ምኽንያቱ ካብቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ጀጋኑ ኣብ መቓብር ዘለዉ ጀጋኑ ይበልጹ።ኣብ ምድሪ ሕጂ ካብ ዘለዉ ጥበበኛታት ኣብ ውሽጢ መቓብር ዘለዉ ይበልጹ።ብዙሓት ዘይሰለጡ ምኞታት፡ዘይተፈጸሙ ውጥናት፡ዘይተወድኡ ዕማማት ኣብ ውሽጢ መቓብር ኣለዉ።ንሳቶም ስርሖም ከምቲ ዝግባእ ጌሮም ወዲኦም እንተዝኾኑ ናይ ሎሚ ስቓይ ብፍርቂ ምጎደለ ኔሩ።እንነብረሉ ዕድመ ተዓቂኑ እዩ (ግ.ሃ 17፡26)፡ሞት ከኣ ሰሌዳ ኮይኑ እዩ ተዋሂቡና።

ነቢይ ዳዊት፡- "ምውሓድ ዕድመይ ንገረኒ" በለ (መዝ 101፡23)።ዳዊት፡-ብዙሕ ዕድመ ዘለኒ ከይመስለኒ ኣዘኻረኒ ማለቱ እዩ።እንገብሮ ክሳብ ሎሚ ምሸት ጥራይ ክኸውን ስለዝኽእል ዝተረፈና ዕድሜ ኣዝዩ ሓጺር እዩ።

ኣምላኻዊ ሕቶ "ናበይ ኢኻ" ኢዩ ዝብለና ዘሎ።እቲ ቀንዲ ነገር ከኣ ብኸመይ ከም እንኸይድ ዘይኮነስ ናበይ ከምእንኸይድ ምፍላጥ እዩ።

<u>ነስተውዕል</u>

- እቲ ቀንዲ ነገር ብኸመይ ከምእንስጉም ምምዳብ ዘይኮነስ ናበይ ከምእንኸይድ ምፍላጥ እዩ።
- ዝዓበየ ክእለት መዕለቢኻ ፈሊጥካ ጉዕዞኻ ምጅማር እዩ።
- ዕላምኡ ሪኡ ዕላማ ዘርኢ በዓል-ራእይ ኣዝዩ ዝተዓደለ እዩ።
- ዕላማ ንምፍላጥ ኩሉ ግዜ ካብ ጉድኣትካን ክሳራኻን ምምሃር ኣየድልን እዩ፡ምኽንያቱ ናይ እግዚኣብሄር ትኽ ዝበለ መምሃሪ ኩነታት ፍቕሩ እዩ።
- ልዕሊ በዓል እግሪ እቲ በዓል ራእይ'ዩ ኣብ ዕላማ ዝበጽሕ።
- ሓሲብካ ምኻድ ምልክት በዓል ራእይ ምኻን እዩ፡ዝኸድካዮ ምዝካር ግን ከንቱነት'ዩ።
- ናበይ ከም እንኸይድ ክሳብ ዝተረድኣና ኣበርክቶ ናይ እግሪ ውሑድ ምኻኑ ንርዳእ።
- ክንገብሮ ዘይንኽእል ከጋጥመና ከሎ፡ክንገብሮ እንኽእል ምሕሳብ ዓቢ ነገር እዩ።
- እቲ ዝዓበየ ክእለት ንሂወት ብራእይ ምምራሕ እዩ።
- ሓጎስና ናይ ግልና ክኸውን ይኽእል እዩ፡መከራና ግን ናይ ሓባር እዩ።
- ምስ እግዚኣብሄር ምኻንና ንባዕልና ምዝራብ ካብ ከኣልና ራእይ ይረኣየና፡ ንዝረኣናዮ ከኣ ንወርስ።
- ትኽክለኛ ነጻነት ንራእይ የምጽእ፡ትኽክለኛ ዘይኮነ ነጻነት ግን ንራእይ የጸልምት።
- ራእይ ንምጅማር፡ንዘቋረጽናዮ ጉዕዞ ንምቕጻል፡ ዕላማና ካብ ነቐፌታ ነጻ መታን ክኸውን ንስሃ ኣድላዩ እዩ።

- ኣብ ዓለም ዝዓበየ ባህሊ ጌግኡ ዝኣምንን ይቕሬታ ዝሓትትን ባህሊ እዩ።
- እቲ ዝዓበየ ሻቕሎት ገዛእ ርእስኻ ብዘይምቕባል ዝመጽእ ሻቕሎት'ዩ።
- ኣነ ገዛእ-ርእሰይ ምስዝኸውን ንስኻ ድማ ገዛእ ርእስኻ ምስእትኸውን እግዚኣብሄር ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ኣብ ታሕቲ ክሪኦ ዝደልዮ ስነ-ጥበብ ይማላእ።
- ሕቶ መንነት ዝምልስ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።

※ ※ ※

ምዕራፍ 9

<u>ኣይኣክልን</u>

ንሓደ ወዲ ኣቡኡን ኣዲኡን ኮይኖም ብብዙሕ ጻዕሪ ምስ ኣዕበዩዎ፡ተማሂሩ ኣብ ዓቢ ደረጃ በጽሐ።እቲ ወዲ ግን ንናይ ወለዱ ሰናይ ነገር ምልስ ኢሉ ክዝክሮ ኣይከኣለን።እቶም ወለዲ ከኣ ከየማረሩ ተጸናኒየም ንኹሉ ሸለል ይብሉዎ'ኳ እንተነበሩ ናይ ሰባት ሕቶታት ግን ኮፍ ከልኦም።እቲ ኣቦ መገዲ እናተጓዕዘ "ከመይ ዊዒልኩም፧እቲ ቆልዓ'ኽ ደሓን ድዩ" ኢሉ ሰብ ምስዝሓቶ "ደሓን'ዩ" ኢሉ ይምልስ ነበረ።ሓደ መዓልቲ ግን ኣትሪሩ ዝሓትት ሓታቲ ረኸቦ'ሞ "ንምኻኑ'ኽ እቲ ወድኻስ ይሕግዘካ ድዩ፧"ምስ በሎ እወ ይሕግዘኒ'ዩ በለ።ሓታቲ ከይደኽመ "ክሳብ ክንደይ ይሕግዘካ፧ በሎ።"ቴስዓ ብር ይሕግዘኒ" በለ።ቴስዓ ብር እንታይ'ዩ ምስበሎ ረኣ'ሞ ዝወደይ እቲ ወደይ ምሳይ'ከሎ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ እንጀራ ይበልዕ ነበረ።ንመዓልቲ ሰለስተ እንጀራ ንወርሒ ከኣ ቴስዓ ብር ይኸውን፡ነዚ ስለዘጉደለለይ ቴስዓ ብር ይሕግዘኒ ኢሉ ይበሃል።

ርእስኻ ምኽኣል ቀሊል'ኳ እንተዘይኮነ ነዚ ወዲ ግን ገዛእ ርእሱ ምኽኣሉ ጥራይ ንበይኑ እኹል'ዩ ኢሉ ናይ ዝኾነ ሰብ ኣእምሮ ኣይቅበሎን'ዩ።ርእስኻ ካብ ምኽኣል ዝሓልፍ ነገር ትጽቢት ክግበረሉ ከሎ ይረኣየና'ዩ፡ብዙሓት ሰባት ዋላ'ውን'ቶም ዝተማህሩ ከይተረፉ ኣብዚ'ዮም ጠፊኦም።ገዛእ ርእሶም ስለዘድሓኑ ጥራይ ከኣ ይዓግቡ።ናብቲ መበቆሎም ዝኾነ ህዝቢ ዝርኢ ዓይንን ዝሓስብ ሕሊናን የብሎምን።ናይ ሕልናኦም ድምጺ ስቕ ምባል ምስኣበዮም፡ናይ ቤተ ክርስትያን ድኽመት'ዩ ኢሎም የመኽንዩ።ምምሃር ርእስኻ ከምትፈቱ ካብ ገበረካ፡ዘይምምሃር'ከ እንታይ ክገብር ስለዝኽእል'ዩ ምምሃር ዘድልየ፧ካብ ጻዕሪ ተፈሊኻ ዝሰልጥ ነገር'ከ እንታይ ኣሎ፧ስለዚ ብዘይ ጻዕሪ ዓወት የለን።

ሎሚ ንደቂ ሰባት ዘውዲ ደፊኡ ዝገዝኦም ዘሎ ምፍታው ገዛእ ርእስኻ'ዩ፡እዚ ከኣ ኣብቶም ተማሂርና ዝብሉ ይብእስ።ቴክኖሎጂ'ውን ገዛእ ርእስኻ ንምፍታው ዝሕግዝ ደኣ'ምበር ዝከላኸል ኣይኮነን።ካብ ገዛእ ርእሶም ወጻኢ ዝኾነ ምርኣይ ዝተሳእኖም፡ምሉእ ዓለም ንጥቕሞም ዝተፈጥረ ዝመስሎም፡እንታይ ጌረሎም ዘይኮነስ እንታይ ጌረሙለይ ብዝብል ስስዕቲ ዝነብሩ ብዙሓት'ዮም።ብዓቕሚ ድኽነት ንዘምሃርዎም ወገኖም ምርኣይ ዝተሳእኖም፡ከም ደቂ ተመን ንድሕሪት ዘይጥምቱ ሎሚ'ውን ኣለዉ።ውላድ ተመን ንድሕሪት ኣይርእን፡ወድሰብ ንድሕሪት ምርኣዩ ግን ናይ ሰብኣውነት ክብሩ እዩ።ኣብ ድኻ ሃገሮም ተማሂሮም፡ካብ ሃገሮም ወጺኦም ፍልጠቶምን ሃብቶምን ኣብ ዓዲ ጓና ዘፍስሱ ብዙሓት'ዮም።ንዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ንጸላኢ ዝቃወሙ ዝነበሩ፡ድሒሮም ናብ ሃገሮም

ንዘይምምላስ ተቓውሞ ዝመረጹ ሰባት ብዙሓት'ዮም፡ናታቶም ክትዕ ግን ንድኻ ህዝቢ የጋድደሉ'ምበር ዝኾነ ነገር ክጠቕሞ ኣይከኣለን።ሓያል ንድኹም ኣውዲቑ ክሃርሞ ከሎ፡ነቲ ድኹም ክነናግፎ ነቲ ብላዕሊ ዘሎ ሓያል ምስ እንሃርሞ ነቲ ድኹም ኢና ነጋድደሉ።እዞም ወገናት'ዚኣም ከኣ ንህዝቦም የጋድድሎም ምህላዎም ኣይፈልጡን'ዮም።እንተኾነ ግን መንግስትን ስርዓትን ተለዋዋጣይ እዩ።ህዝብን ሃገርን ግን ቀወምቲ'ዮም፡ስለዚ ነቲ ቀዋሚ ህዝቢ ንምሕጋዝ በዓል ራእይ ምኻን የድሊ።

ብዘይካ ሰብ ኩሉ ፍጥረት ንቐንዕና እግዚኣብሄር ለቢሱዎን መሲሉዎን ይነብር። ጸሓይ ነታ ባዶ ስሌዳኣ ዝዘርግሐት ወርሒ ብርሃና ትህባ፡ ወርሒ ከኣ ካብ ዝተዋህባ ብርሃን ገለ ከየጉደለት ብምሉኡ ናብ ጸልማት ዓለም ትልእኮ፡ከዋኽብቲ ከኣ ንዓለም የብርሁ፡ ኣግራብ ንገዛእ ርእሶም ክቕረጹ ይዳለዉ፡ኣትክልቲ ፍሬኦም ኣዳልዮም ብልዑና. . ብልዑና ይብሉ፡ብዕራይ ንኽሕረድ ይሰብሕ፡ላም ጸባኣ ከይጠዓመቶ ትዕድል፡የዕዋፍ ኣብ ጥቓ መንበሪ-ሰብ ብዛዕባ ምሕላፍ ለይቲ ይዝምራ፡ወሓይዝ ንገዛእ ርእሶም ከይቆጠቡ ናብ ውቅያኖስ ይፈሱ፡ውቅያኖስ ብሃፋ ገዛእ ርእሱ ንደመና ይህቦ፡ደመና ከኣ ንዝተቐበሎ ዝናብ ጌሩ ንታሕቲ ይሰዶ፡ኣታኽልቲ ናይ ሰብ ዝተቓጸለ ኣየር ወሲዶም መሊሶም ጽሩይ ኣየር ይህቡ፡ኣኽላባት ዝበልዑላ ኢድ ከይረስዑ ብዘይ ደሞዝ ዋንኡም ይሕልዉ፡ ኩሉ ፍጥረት እምበኣር ሰናይ ነገር ናይ ፈጣሪ'ዩ ዘንጸባርቕ።ኩሉ ፍጥረት ሓንሳብ'ኳ ንገዛእ ርእሱ ኣይነብርን፡ወድ ሰብ ግን ካብ'ዚ ኩሉ ንኢሱ ብፍትወት ገዛእ ርእሱ ተታሒዙ ይነብር።

<u>ገዛእ-ርእስኻ ኣድሕን</u>

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ሂወትና መድሓኒ ጥራይ ዘይኮነ፡ናይ ምንባርና ኣብነት ወይ ኣርኣያ እዩ።ነቲ እግዚኣብሄር ዝፈትዎ ምንባር እንታይ ዓይነት ከምዝኾነ ብቓል ጥራይ ዘይኮነ ብኣነባብራ ኣርኢዩና እዩ።ንመንነት ወድሰብ ዘሰቅቕ ድኽነት፡ስደትን ነቐፌታን ተቐቢሉ ንኹሉ ስዒሩ ተዓወተ።ትሕት ኢሉ ናይ ደቀ መዛሙርቱ እግሪ ብምሕጻብ ቃል ጥራይ ዘይኮነ ህይወት ዝገልጽ መምህር ምኻኑ ኣርኣየ።ጎይታ እንከሎ ከም ኣገልጋሊ ናይ ምንባር ናጽነት ገለጸ፡ብሓይሉ ሕማምና ፈዊሱ፡ብድኻሙ ከበርትዓናን ብሞቱ ህያዋን ክገብረናን መስቀል ተሰከመ፡ስለዚ እምበኣር ኣነባብርኡ ኮነ ሞቱ ንዓና በጃ እዩ። ንሱ ናብ ዝኸዶ ዘበለ ንኽንከይድ ፈለግ ገደፈልና።ክርስትናና ኣብ ዝተጻሕፎ ጽሕፈት ደሪብካ ከም ምጽሓፍን ኣብ ሓንቲ ዱካ ብትኽክል ምርጋጽን ናይ ክርስቶስ ኣነባብራ ብቐሊሉ ዝደግም ክኸውን ኣለዎ።ጎይታና ንሓንቲ መዓልቲ'ኳ ንርእሱ ኣይነበረን፡ጸጋ ፈውሱ ጥራይ ዘይኮነ ህይወቱ'ውን እንተኾነ ንሰባት ምሃብ ኣይነፈገን።ኣብ ምንባርና ተኸፋሊ፡ኣብ ሓዘና በኻዪ፡ኣብ መርዓና ተሓጓሲ፡ኣብ ሕማምና ፈዋሲ፡ኣብ ስቓይና ዕረፍቲ ብምኻን ተወዳዳሪ ዘይብሉ ፍቕሩ ገለጸልና።

ሰባት ንኣካሉ ከቢድ ዕንጨይቲ ኣሰከሙዎ፡ካብ ከቢድ ዕንጨይቲ ዝኸብድ ቃላት ክዛረቡ ከለዉ'ውን ተዓገሶም።ምስ ሰቐሉዎ'ውን ኣይዓገቡን፡ስግኡ ቀቲልናዮ መንፈሱ'ውን ክንሰብሮ ኣለና ኢሎም ቃላት ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ከም ኩናት ይውርውሩሉ ነበሩ።ካብ ኣብቲ ጥቓ መስቀል ዝተዘርቡ ቃላት ሓደ "ርእስኻ ኣድሕን" ዝብል'ዩ (ሉቃ 23፡35)።ንሱ ርእሱ ይኽእል ነይሩ'ዩ፡እንተኾነ ንሱ ርእሱ እንተኣድሒኑ ኩሉ ወለዶ ኣብ ሲኣልን መቓብርን ተዓጽዩ ምተረፈ ኔሩ።ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ነዓና ንምድሓን ገዛእ ርእሱ ንሓደጋ ኣሕሊፉ ሃበ።ሎሚ'ውን ብርሑቕ ዘሽካዕልሉን ብቐረባ ዘተሓሳስቡን ዝመስሉ ወገናት ንሕና ገዛእ ርእስና ከነድሕን፡ካልእ ግን ነፍስ-ወከፍ ናይ ርእሱ ጉዳይ ከምዝኾነ ይነግሩና እዮም።ርእስኻ ኣድሕን ዝብል ቃል ግን ብክርስቶስ ከም መዐንቀፊ'ዩ ዝቐጸር፡ንሱ ኣብ

ዘይግዝይኡ ንዘይሙማት ተጠንቀቐ፡ግዝይኡ ምስ በጸሐ ግን ጨከነ።ንሱ ርእሱ እንተዘድሕን ኔሩ፡መላእ ዓለም ናይ መቓብር፡ናይ ሲኦል፡ናይ ሓጢኣትን ሞትን ኮይኑ ምተረፈ ኔሩ።ስለዚ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ሓደጋ ገዲፉ ንዓና ከድሕን ወሰነ።ነገስታት ናይ ዓለም መብዛሕቲኦም ንርእሶም'ዮም ዝነብሩ፡ክርስቶስ ግን ምእንቲ ብዙሓት ሞተ።ናይ ተራ ንጉስ ሞት ኣጨናቒ እዩ፡ናይ ንጉስና ክርስቶስ ሞት ግን ዕረፍቲ እዩ።

ንገዛእ ርእስኻ ጥራይ ብምንባር ሂወት ኣይትምቅርን'ያ።ነዓይ ነዓይ ከምባል መሪርን ዘሰልቹን ሂወት'ውን የለን። ኢመርሰን ዝተባህለ ፍላስፋ፡-"ሕጉስ ንምኳን ቦታ ኣብዚ'ዩ፡ግዜ ኸኣ ሕጂ'ዩ፡ንሱ ከኣ ንኻልኦት ምሕጋዝ እዩ" በለ።ሓጎስ ኣብ ቦታን ግዜን ተወሲኑ ኣይቅመጥን፡እግዚኣብሄር ንሓጎስና ኣብ ጉድለት ካልኦት ሰባት ምምላእ እዩ ኣቐሚጡዎ።ንዝሓዝኑ ምስእነጸናንዕ፡ንዝጠመዩ ምስ እነጽግብ፡ንዝተጋገዩ ቅኑዕ መገዲ ምስእነትሕዝ ሽዑ ሓጎስ ንረክብ።ሰባት ሓደ ዘይተረዳእናዮ ዘሎ ሓጎስ ብምድላይ ሓጎስ ከምዘይርከብ ምፍላጥ'ዩ።ናብ ገዛእ ርእስኻ ብምፍጣጥን ንሓጎስ ጥራይ ብምድላይን. . . ሓጎስ ኣይትርከብን'ያ።

ዘለካ ሓይሊ ተጠቂምካ ብምጉያይ ጥራይ ጸገም ናይዚ ዓለም ኣይፍታሕን'ዩ፡ሓደ ሓደ ግዜ መስዋእትነት'ውን የድሊ'ዩ።ሰሪሕና ብእንህቦ መባእ ድልየት ቤት ኣምላኽ ኣይመልእን'ዩ።እንተኾነ ንምሃብ ምስራሕ የድልየና።ኣብ ናይ ኢየሩሳሌም ኣፍደገ ቤትመቕደስ ሸሞንተ ሙዳየ ምጽዋት ይቕመጥ ነበረ።ጎይታና በቲ ብሽነኽ መእተዊ ደቀንስትዮ ዘሎ ሙዳየ ምጽዋት ደው ኢሉ፡ንኹሉ ክፈልጠሉ ብዝኽእል መለኮታዊ ባህሪ ህያብን ህያብ ዝህብ ልብን ይርኢ ነበረ።ገሊኦም ንዝና ሃቡ፡ገሊኦም ከኣ ህያቦም ንመነባብሮኦም ከጉድሎ ከምዘይክእል ስለዝሓስቡ ሃቡ፡ሓንቲ ድኻ ሰበይቲ ግን ኣብ ገዝኣን ኣብ ኢዳን ዝነበራ ክልተ ሳንቲም ነጊፋ ሃበት።ካብዚ ዝሃበቶ ክልተ ሳንቲም ንላዕሊ ኣብ ምድሪ ዝኾነ ሃብቲ ኣይነበራን።ሽዑ ጎይታ፡-ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ እዛ ድኻ ሰበይቲ ካብ ኩሉ ኣብሊጻ እያ መጽዊታ።እዞም ኩሎም ግን ካብ ተረፎም ናብ መኽዘን እግዚኣብሄር መጽዊቶም።እዛ መበለት ግን ካብ ጎዶላኣ ዝነበራ ሓዳር ገዲፋ መጽወተት"በለ (ሉቃ 21፡1-4)።ሓቀኛ ምጽወታ ካብ ትርፊ ዘይኮነ ካብ ዝጎደለካ ምስእትህብ'ዩ።ምልጋስና ካብዘይተሰምዓና ጌና ኣይሃብናን ማለት'ዩ።ኣስተውዕሉ! ሓቀኛ ሓጎስ ኣብ ምሃብ'ምበር ኣብ ምቕባል ኣይኮነን ዝርከብ።ፍቕሪ ዝበሃል ከኣ ካልኦት ነዓና ምፍቃሮም ዘይኮነ፡ንሕና ንኻልኦት ምስእነፍቅር'ዩ።ህይወት እትስስን ከኣ ብምቕጣብ ዘይኮነ ብምፍሳስ'ያ።

እንነብረሉ ነገር እንተዘይብልና ምንባር ከምቲ ዝግባእ ምኽኑይ ኣይኮነን።ሰባት ርእሶም ከጥፍኡ ዝጭክኑ፡ወይ ገዛእ ርእሶም ዝፈትዉ፡ካልእ ዝፈትዎም ሰብ ከምዘየለ ምስ ዝመስሎም እዩ።ንምፍታውን ፍቱው ንምኳንን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ እንነብረሉ ምኽንያት የለን።ሓደ ጸሓፊ፡-"ኣይኮነን ፍቕሪ ሰብ ፍቕሪ ከልቢ'ኳ ከይተረፈ ዕድሜኻ የቐጽል'ዩ" በለ።ሓደ ቆልዓ ዝነበራ ናይ ጎደና ሰበይቲ፡ኣብ ሓደ ጋዜጣ ምስተሓተተት ከምዚ በለት፡-"ገዛእ-ርእሰይ ከጥፍእ ገመድ ምስኣማዓራረኹ፡ንቐልዓይ ገጸይ ምልስ ኣቢለ ረኣኹዎ'ሞ ብድሕረይ ደኣ እንታይ ክኸውን'ዩ፤ኢለ ምስ ሓሰብኩ ነቲ ገመድ ደርበኹዎ።ንርእሰይ ምንባር'ኳ እንተ ዘይደለኹ ንወደይ ክብል ክነብር ከምዘለኒ ተረዳእኩ" በለት።ስለዚ'ምበኣር ፍቕሪ ዕድመ የቐጽል'ዩ፡እንነብረሉ ነገር ከኣ ናይ ምንባር ድልየትና ይውሰኽልና።

ዘይግባእ ዕግበት

እግዚኣብሔር ንዝረኣየልና ነገር ምውራስ ናይ ተፈጥሮና ክብሪ እዩ።ንሱ ዝሓሰበልና ከይወረስና ብንእሽቶ ምዕጋብ ግና ግቡእ ኣይኮነን።ክንዓግበሉ ዝተኣዘዝናዮ ነገር ኣሎ፡ንሱ ከኣ "ምንባረይ ይኣኽለኒ" ዝብል ናይ ህይወት መምርሒ እዩ።ናይ ዕለት መግቢ፡ ናይ ዓመት ክዳን እንተልዩና ንርእስና እኹል'ዩ(1 ጢሞ 6፡6-10)።ዝግባእ ዕግበት ከምዘሎ ዘይግባእ ዕግበት'ውን ኣሎ።ብንእሽቶ ጽባቐና፡ብንእሽቶ ልግስና፡ብንእሽቶ ኣገልግሎትና ተታሊልና ነዚ እናተረኽና ምንባር ዘይግባእ ዕግበት ይበሃል።ሓደ መንፈሳዊ ኣገልጋሊ ሓደ ግዜ ሚልዮን ዝኣኽሉ መንፈሳውያን መራሕቲ ናይ ምስልጣን ራእይ ኣለኒ በለ።እዚ ሰብ'ዚ ነቲ ቁጽሪ ኣየውሓዶን፡ብንእሽቶ ዓጊቡ ንዕኡ እናተረኸ ንምንባር'ውን ኣይደለየን። እግዚኣብሔር ነዚ ሰብን ነዓናን ዝሃበና ናይ ተፈጥሮ ሃብትን ጸጋን ዝተፈላለየ ኣይኮነን፡ ፍልልይና ግን ንዋጋና ምፍላጥን ዘይምፍላጥን እዩ።

መብዛሕትና ሓደ ጥቕሲ ምስፈለጥና ይኣኽለና ኢና እንብል፡ እዚ'ውን ዘይግባእ ዕግበት ይበሃል።ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ገጻት ሓደ ብሓደ ክንወርሶ ዘለና መንፈሳዊ ርስቲ እዩ። ንሕና ግን ሓደ ሰብ ነጻ እንተድኣ ኣውጺኡ ይኣኽለኒ ኢና ንብል።መብዛሕቲኡ ግዜ'ውን ንዝተመነናዮ ከይገበርናዮ ንተርፍ፡እዚ ዋጋኻ ምንእኣስ እዩ።እግዚኣብሄር ብኣና እዩ ዝሰርሕ ብሓይልና እንገብሮ ነገር ዋላ ሓደ የለን።ስለዚ ራእይና ንእግዚኣብሄር ጥራይ'ዩ ሓይሉ ጌሩ ክጥቀመሉ ዘለዎ።ንሱ'ውን ንዘረኣናዮ እዩ ዘውርሰና፡ኣፍና ብዝኽፈትናዮ መጠን ከኣ የኾልሰና፡ቃሉ ድማ፡- "ኣፍካ ክፈት ክመልኦ ከኣ ኢየ" ይብል (መዝ 81፡10)።

ዘይግባእ ዕግበት ዘምጽኡ ክልተ ቀንዲ ነገራት ኣለዉ፡-

1ይ) ንናይ ገዛእ ርእስና እንህቦ ዝለዓለ ዋጋ፡

2ይ) ካልኦት ንተግባርና ዝምልሱልና ናእዳ(ውዳሴ-ከንቱ) እዩ።

ዝሰራሕና ኮይኑ ክመስለና ከሎ ዝዓበየ ሓደጋ እዩ፡ብዙሕ ክንሰርሕ እንደሊ ከኣ ስለዘይንዓግብ እዩ።መንፈሶም ድልዱል ዝኾነ ሰባት፡ካብ ናእዳ ነቐፈታ ምስዝበዝሕ ንኽሰርሑን ዝጸረየ ነገር ንወለዶ ንኽመሓላልፉን የኽእሎም።ካብቲ ውሑድ ዝሰራሕናዮ ንላዕሊ ሰባት ዝተጋነነ ውዳሴ ምስ ዘቕርቡልናን ክብሪ ምስ ዘብዝሑልናን ንቐጻሊ እንሰርሑ የረስዓና።ብኣንጻሩ ብተቓወምቲ ነቐፈታን ክርክርን ክቐርበልና ከሎ ዝሰራሕናዮ ተመሊስና ክንሪኦን ከነዐርዮን የኽእለናን ዕድል ንረክብን።

እስራኤላውያን ናብ ምድሪ ተስፋ ክጎዓዙ ከለዉ፡ፈለግ ዮርዳኖስ ተሳጊሮም ንኽወርሱ፡ቁሩብ ምስተረፎም፡ዝተወሰኑ ክፉል ነገዳት ዘይግባእ ዕግበት ገጠሞም።ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈለግ ዮርዳኖስ ተሳጊሮም ምድሮም ከይወርሱ ልቦም ተዓግተ፡ኣብኡ ብዝረኽቡዎ ዓወትን ብዝረኣዩዎ ለምለም ስፍራን ዓገቡ።እቲ ዝረኣዩዎ ካብቲ እግዚኣብሄር ዘርኣየሎም ጭላፍ'ዩ ኔሩ።ክሳብ'ቲ ዝበጽሕዎ በቲ ዝረኽቡዎ ውሑድ ዓወት ዓጊቦም ንቕድሚት ክቕጽሉ ኣይደለዩን።ንምንታይ ኢና እንጽዕር፧ዝሓዝናዮ ይኣኽለና'ዩ ከኣ በሉ (ዘሁ 32)።

እዚ ግን ዝተፈላለየ ጉድኣት ኣስዓበሎም፡-

1. ናይ ወገኖም ልቢ- ተዋጋእቲ ኣርዓዱ፡
2. ውግእ ኣይተረፎምን ዓወት ግን ኣይወረሱን፡
3. ካብ ወገኖም ተነጺሎም ብምትራፎም ንጸላእቲ ተቓልዑ።

ንሕና'ውን ብንእሽቶ ዓወት ዓጊብና ደው ምስእንብል ናይ ካልኦት ጉዕዞ ኢና እነዐንቅፍ። መከራ ግን ስራሕ ኣይትስራሕ ዝተርፍ ኣይኮነን፡እንተኾነ ክብሪ ዘይብሉ መከራ ክበጽሓና ይኽእል እዩ።"መከራ ኣይገድፈኪ ዓለም ኣይምልጠኪ" ዝተባህለ ምስላ ከይበጽሓና፡ንእሽቶ ዓወት ንሎሚ እንተኸበረን እንተተፈትወን ንጽባሕ ግን ከይተናዕቀ ኣይተርፍን'ዩ፡በይንና ከምንቃለስ ከኣ'ዩ ዝገብረና።

ኣይኣክልን

እወ ኣይኣክልን! ኩሉ ግዜ ርእስኻ ምሕላው፡ጉድለት ዘይብሉ ኣከዳድና ምጥቃም፡ነዓይ ነዓይ እናበልካ ምንባር ንናይ ህይወት ሕቶ ኣይምልስን'ዩ።ኣብ ዘመና ሚልዮናት ሰባት ሽሞም ኣብ ምጽዋዕን ብዘይዕጉብ መንፈስን ተታሒዞም ኣለዉ።ብዛዕባ ካልኦት ክትሓስብ ዘይምድላይ ካብ ናይ ገዛእ ርእስና ቀጽሪ ወጺእና ዘይምንቅስቓስ፡ ንርእስናን ንዓናን ንዝመስሉ ጥራይ ካብ ምጉያይ ሓሸውየ ዘይምውጻእን ንናይ ህይወት ዕግበት የንቅጸ።ንገዛእ ርእስና ኣማዕዲና ምርኣይ የድልየና፡ንሱ ኸኣ ራእይ ማለት'ዩ።ንናይ ካልኦት መኽሰብ ደኣ'ምበር ንገዛእ ርእስና ጥራይ ብቑዓት ኮይና ስለዘይተፈጠርና ገዛእ ርእስና ምኽኣል ጥራይ ኣይኣክልን'ዩ።

ነስተውዕል

- መንግስትን ስርዓትን ተለዋዋጢ እዩ፡ህዝብን ሃገርን ግን ቀዋሚ እዩ።ቀዋሚ ህዝቢ ንምሕጋዝ ከኣ በዓል ራእይ ምኻን የድሊ።
- ብዘይካ ወድሰብ ፍጥረት ዘበለ ኩሉ ቅንዕና እግዚኣብሄር ለቢሱ ይነብር።
- ናይ ተራ ንጉስ ሞት ዘጨንቕ'ዩ፡ናይ ክርስቶስ ንጉስ ሞት ግን ዕረፍቲ ዝህብ እዩ።
- ንባዕልኻ ጥራይ ብምንባር ሂወት ኣይትምቅርን ኢያ፡ንዓይ ጥራይ ከም ምባል ዝኣመሰለ መሪርን ኣሰልቻውን ጎደና ከኣ ፈጺሙ የለን።
- ዓቕምኻ ዘፍቅዶ ብምጉያይ ጥራይ ሽግር ናይዚ ዓለም እዚ ኣይፍታሕን ኢዩ።
- እንነብረሉ ዕላማ ክሳብ ዘይብልና ምንባር ከምቲ ዝድለ ምኽንያታዊ ኣይከውንን ኢዩ።
- ፍቕሪ ዕድመ የቐጽል፡እቲ እንነብረሉ ነገር ከኣ ናይ ምንባር ድልየት ይውስኽልና።
- ራእይና ንእግዚኣብሄር ጥራይ ሓይሉ ክገብሮ ይግባእ።
- ንእሽቶ ዓወት ንሎሚ እኳ እንተኸበረን እንተተፈትወን ጽባሕ ግን ቀልጢፉ ይነዓቕ።ንእሽቶ ዓወት ንእሽቶ ዕግበት ስለዘምጽእ ካብ ብጾትና ይፈልየና፡ንበይንና ከምእንጽዕር ከኣ ይገብረና።
- ንኻልኦት ንምኽሳብ ደኣ እምበር ንባዕልና ጥራይ ብቑዓት ክንከውን ኣይተፈጠርናን።

⁘ ⁘ ⁘ ⁘

ምዕራፍ 10

በትርኻ ሓዝ

ብዛዕባ መውጻእቲ ሓራ (ናጽነት) ኣብ ዝዝከሩሉ ግዜ ሓደ ካብቶም መጀመርያ ዝጥቀሱ ሙሴ እዩ።ሙሴ ናይ ናጽነት ተቓላሲ፡ናይ ነጻነት መራሒ፡ግቡኡ ዘንበረ በዓል ራእይ ነበረ።ደቂ እስራኤል ብግዚያዊ ጥሜት ናብ ግብጺ ወሪዶም ኣብኡ ብዝረኽብዎ ጣዕሚ ናብራ ተታሊሎም ንግብጺ ሃገርና ኢሎም ምንባር ጀሚሮም ነበሩ።ንሳቶም እኳ ንግብጺ ሃገርና እንተበልዋ ንሳ ግና ዜጋታተይ ኢላ ኣይተቐበለቶምን።ኣብ ምድሪ ግብጺ እንዳበዝሑ ብምምጽኦም ንግብጻውያን ስግኣት ስለዝኾኑዎም ወዲ እስራኤል ከሎ-ጌና ክውለድ ከሎ ክቕተል ኣዋጅ ወጸ፡ኣብ ማህጸን ማዕጾ ተቐሚጡ ህጻናት ዝቕትል በዓል ጉራደ ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን ተኣዘዘ።እንተወሓደ እቲ ቆልዓ ዓብዩ ዓቀይታይ (ወተሃደር) ዝኸውን ካብ ዕስራ (20) ዓመት ንደሓር እዩ፡ ጸላኢ ግን ስግኡ ዘይተረረን ዓጽሙ ዘይጸንዐን ኢሉ ኣይነዓቕን።ጸላኢ እንተወሓደ ንዕስራ ዓመት'ዩ ዝምድብ፡ እስራኤላውያን ግን በቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝርእይዎ ተወሲኖም ክነብሩ ደለዩ።ንሃገራት ናይ ሚእቲ ዓመት (100) ዕዮ-ገዛ ዝህቡ ሃገራትን መንግስታትን ኣለዉ፡ገለ ናይ እምነታት ውዱባት ከኣ ናይ 100 ዓመት ውጥን ሒዞም ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኣትዉ ኣለዉ።

ደቂ እስራኤል ናይ ሞት ኣዋጅ ኣብ ዝነበሮ ዘመን ምብዝሑም ኣየቋርጹን ነበሩ።እቲ ንነብሮ ቀታሊ ኣብ ዝተወዳኣሉ ዘይኮነ ቀታሊ ዘለዎ ዓለም እዩ።ብማእከል ድነ ሞት ብሕይወት ምሕላፍ እቲ ዝበለጸ ናይ ሂወት ምስጢር'ዩ።ጸላኢ ዋላ ሞት ይኣውጅ ንሕና ግና ክንበዝሕ ኢና ክንብል ይግበኣና፡ጸላኢ ስለዘሎ መኻናት ኮይና ኣይንጽበዮን።ብዝሒ መከራ ንእስራኤላውያን ግብጺ ሃገሮም ከምዘይኮነት ከስተውዕሉ ኣኽኣሎም።ግብጺ ክሳብ መወዳእታ እንተትሰማምዖም ነይራ እስራኤል ዝበሃል ዘርኢ ተዋሒጡን ተደባሊቑን ሎሚ ኣይምተረኽበን ነይሩ፡ስለዚ እቲ ተጽዕኖ ናብ ዝሓሸ ህልውና ኣምጽኦም።እስራኤላውያን ናይ ገዛእ ርእሶም ሃገር ዘለዎም፡ናይ ገዛእ ርእሶም መንነት ዘለዎም፡ተስፋ እግዚኣብሄር ዝፍጸመሎምን ህዝብታት ኢዮም ኔሮም።ግዝያዊ ምቾት ግን ሃገሮምን መንነቶምን ተስፋኡምን ኣኽዲዕዎም ነበረ።እቲ ብጸጋ እግዚኣብሄር ዝሃብተመ ባርያ ኮይኑ ብዙሕ ዘመን ነበረ፡ድሒሩ ግና ካብ ሃብታም ባርያ መከረኛ ባርያ ኮይኑ ተረኽበ።ምቾት ዘለዎ ባርነት ዘልኣለም ይገዝእ፡ሕሱም ባርነት ግን ናብ ወጋሕታ-ነጻነት'ዩ ዝመርሕ።

ሓደ ኣቦ፡-"ኢትዮጵያ ከም ህንድን ቻይናን ኣዝያ ኣይተሸገረትን፡ንሳቶም ጨካን ግዜ (መዓልቲ) ስለ ዝረኣዩ ጨኪኖም ወጺኦም'ዮም፡ንሕና ግና ተሸጊሮም ክበሃል ከሎ ስርናይ እንዳተላእከልና ብረድኤት ኢና ንነብር።ስለዚ ብደገፍ ዝነብር ህዝቢ ኣይልወጥን እዩ" ኢሎም ይበሃል።ኣሸገርቲ መዓልታት ንብዙሓት ቆራጽነት ሂብዎም'ዩ፡ክመውት እየ ኢሎም ገመድ ሒዞም ዘፈራርሁ፡ሙቱ ምስተባህሉ "ኣነ እሞ ኣይመውትን እየ" ኢሎም ምንባር ዝቐጸሉ፡ንኸይሞቱ "ወደይ ወደይ" ዝተባህለሎም ድማ ባዕሎም ነብሶም ዘጥፍኡ ብዙሓት እዮም።ንምንባር እንጭክን እምበኣር ነገራት ክጭክኑልና ከለዉ ኢና።ደቂ እስራኤል ብሰንኪ ብርቱዕ መከራ ብዛዕባ ሃገሮም ምሕሳብ ጀመሩ።

ነቲ መከረኛ ዝኾነ ህዝቢ-እስራኤል መራሒኡ ሙሴ ነበረ።እግዚኣብሄር ንሙሴ ካብ ንእሽትኡ ጀሚሩ ተኸናኸኖ።ኣብቲ ሸግርን ሞትን ዝበዝሑ ግዜ ከኣ ምልኩዕ ህጻን ተወልደ፡ኣዲኡ'ውን ን3 ወርሒ ምሉእ ኣብ ውሽጢ ቤት ብእምነት ሓብኣቶ።ካብ ሰለስተ

(3) ወርሒ ንደሓር ግን ድምጺ ናይቲ ህጻን ስለ ዝብርትዕ ኣብ ኢድ ቀተልቲ ወተሃደራት ክወድቕ'ዩ ኢላ ስለዝሰግአት ብሻምብቆ ሳጹን ሰሪሓ ማይ ከየእቱ ድማ ብቕጥራን ለቕሊቕ ነቲ ሕጻን ኣብ ውሽጢ ኣእትያ ኣብ ደንደስ ሩባ ኣብ ሰልሰላ ኣቑመጠቶ።ሓብቱ ኣብ ሩሑቕ ኮይና ክትከታተሎ መታን ሓላዊቱ ኮይና ቆይማ ነበረት፡በዚ ከኣ ነቲ በዓል ራእይ ከይፈለጥኦ ተኽናኽንኦ።

ሓደ ካብቲ ብዙሓት ዓበይቲ ዝድነቑሉ ባህርያት፡-"ህጻን ክመጽእ ከሎ ብዓቢ ኣኽብሮት ሓፍ ኢሎም ምቕባሎም ኢዩ"ስለምንታይ ምስዝበሃል ከኣ እቲ ህጻን ድሓር ዝበጽሖ ነገር ልዑል ክኸውን ይኽእል እዩ'ሞ ንህጻን ምኽባር ግቡእ እዩ ይብሉ።ኣደ ሙሴን ሓብቱን ነቲ ናይ እስራኤል መራሒ ከይፈለጠኦ ይከናኸንኦ ነበራ።ጓል ፈርኦን'ውን ክትሕጸብ ወሪዳ ኣብ ደንደስ ሩባ ኣብ ውሽጢ ሰልሰላ ሳጹን ረኣየት እሞ፡ኣገልገልታ ልኢኻ ኣምጽኣቶ።ምስተኽፍተ መልክዑ ጽቡቕ ህጻን ነበረ'ሞ እታ ልእልቲ ወዳ ክኸውን ክትወስዶ ደለየት።ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓብቲ ሙሴ ብፍጥነት መጺኣ እተጥብወልኪ ሰበይቲ'ዶ ክደልየልኪ፧በለታ፡ጓል ፈርኦን ድማ ሕራይ በለታ።ኣደ ሙሴ ድማ መጸት ወዳ ክተዕቢ ከኣ ናብ ቤተ መንግስቲ ከም ሞግዚት ሒዛቶ ኣተወት።

※ <u>ኣብዚ ፍጻሜ'ዚ ብዙሕ ነገር ክንዕዘብ ንኽእል ኢና</u>፡-

1. እቲ ቆልዓ ብዘይ ስግኣት ክዓቢ ኣብ ቤተ መንግስቲ ተቐመጠ፡
2. መንነቱ ከይርስዕ ብናይ ኣዲኡ ሞግዚትነት ዓበየ፡
3. መእተውን መውጽእን ናይ ቤተ መንግስቲ ምፍላጥን ንናይ ፈርኦን ገጽ ምልማድን ንዳሕራይ ተልእኾ ስለዘድልዮ ኣብ ቤት መንግስቲ ዓበየ።

ካብ ኩሉ ዘገርም ግን ንውላዳ ጸባ ጡብ ብደሞዝ ዘጥበወት እንተሃልያ ብዘይካ ኣደ ሙሴ ካልእ ኣብ ዓለም ኣይሰማዕናን።ንበዓል ራእይ ብምክንኻና ንጸባ-ጡባ ገንዘብ ተኽፍላ።ንበዓል ራእይ ናይ ምሕላው ዓስቢ ካብ ቤተ መንግስቲ'ዩ ዝርከብ፡ብርግጽ እዚ ኣገልግሎት'ዚ ካብ ንጉስ ዓስቢ ዘውህብ እዩ።እግዚኣብሄር ንበዓል ራእይ ክንከናኸን ይደልየና።ናይ ነብሰጾር ድሕንነት ናይቲ ዝተጠንሰ ድሕንነት ከም ምኽኑ መጠን፡ራእይ ንዝጠነሱ ሰባት ምክንኻን ከኣ ንድሕነት እቲ ዝውለደልና ራእይ ወሳኒ ስለዝኾነ ንበዓል ራእይ ክንከናኸኖ ይግባእ።

ሙሴ ምስ ዓበየ ወዲ ጓል ፈርኦን'የ ካብ ምባልን፡ወገን ናይ ስደተኛ ሕዝቢ'የ ኣብ ምባልን፡ካብ ምኾት ቤተ-መንግስቲ ናይ ወገኑ መከራ ምክፋል መረጸ።ካብ'ዚ ንደሓር ሙሴ ራእይ ኣብ ውሽጡ ስለዝተቐመጠ ንርእሱ ረሲዑ ንወገኑ ምሕሳብ ጀመረ፡መከራኦም ብምክፋል ከኣ ነጻ ንምውጽኦም ምንቅስቓስ ጀመረ።በዓል ራእይ ገዛእ ርእሱ ዝረስዐ ምእንቲ ወገኑ ዝነብር'ዩ፡ግና''ኸ ነቲ መከራ ተኻፋሊ ጥራይ ዘይኮነ ደላይ መፍትሒ'ውን እዩ።ሙሴ ግና ንሽግሩ ዝፈትሓሉ መንገዲ ከናዲ ክብል ካልእ ሽግር ኣኽተለ።ቀጺሉ ኸኣ ነሕዋቱ ብናይ ስጋ ሓይሊ ከውጽኦም ሓሰበ።ሓደ ቀቲሉ ነቲ ካልእ ከዕርፎ ፈተነ፡እዚ ግና ካብ ገዛእ ወገኑን ካብ ፈርኦንን ፈለዮ።ናይ ፈርኦን ምቕጣዕ ምስ ሰምዐ ከኣ ግብጺ ገዲፉ ኣርሒቑ ተሰደደ።ናይ መጀመርያ ናይ ራእይ ሙቐት ብስጋዊ ሓይሊ ከም ንኣምን ይገብረና።ራእይ ግን ናይ ቅልጽም ዘይኮነ ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ኢዩ ዝጠልብ።

ክንሓልፎ ዘይንኽእል ነገር እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሙሴ ራእይ ዝቐረጸት ኣዲኡ እያ።ኣደ ሙሴ ዘይተማሃረትን ናይ ሕልና ንቕሓት ዘይብላን ናይ ግብጺ ስልጠና

ዘይቀሰመትን ክትከውን ትኽእል እያ፡እንተኾነ ግን ንትምህርቲ ዝቆጻጸር ንቤተ መንግስቲ ዘንዕቕ ራእይ ኣብ ውሽጢ ሙሴ ምቕማጥ ክኢላ'ያ።ራእይ ብምስክር ወረቐት ወይ ከኣ ብሰርቲፊኬት ዝርከብ ኣይኮነን፡ራእይ ዝርከብ ካብ እግዚኣብሄርን ብሰናይ ነገር ካብ ዝቐንእ ልብን እዩ።ንውሉድና ክሳብ መወዳእታ ክንመርሖም እንኽእል ጌና ብንግሁኡ እንከሎ ሰናይ ራእይ ኣብ ውሽጦም ከነቐምጠሎም ምስ እንኽእል ኢና።

ፍልጠትን ገንዘብን ስልጣንን ሓይሊ ደኣ'ምበር ራእይ ኣይኮኑ።ራእይ ንፍልጠት፡ንገንዘብ፡ንስልጣንን ሓይልን ኣብ ሰናይ ዕላማ የውዕሎ፡በዓል-ራእይ ንሓይሊ ንሰናይ ነገር ክጥቀመሉ ከሎ፡ራእይ-ኣልቦ ግና ንሓይሊ ንጥፍኣት ይጥቀምሉ።ክብገስ እንከሎ ኣንፈቱ ዘቕንዐ ሓይሉን ግዜኡን ሰላሙን ክረክብ እንከሎ ድሕሪ ጉዕዞ ምጅማር ኣንፈቱ ከቕንዕ ዝጅምር ግና ብዙሕ ክሳራ የጋጥሞ።ጌና ብንግሁኡ እንከሎ ብራእይ ዝተሃንጹ ሰባት ሓይሎም ይዕቅቡ፡ምስ ከሰሩ ዝማሃሩ ግና ውሑዳት እዮም።ወለዲ ንደቆም ብመግቢ ጥራይ ዘይኮነ ብራእይ ከምዝዓብዩ ክሓስቡ ኣለዎም።ህጻናት ብናእሽቶኣም ዝለመድዎ ነገር ኣብ ግዜ ጉብዝንኣምን ሽምግልናኣም ክጥቀሙሉ ቀሊል'ዩ።ምኽንያቱ ብልምሉሙ ዝቕንዐ ኣይስበርን'ዩ፡ቄናን ኮይኑ ዝዓበየ ግና ክተቕንዖ ክትብል ይስበር።ኣደ ሙሴ ንሱ እስራኤላዊ ምኳኑ ብምንጋር፡ልዑል ግብጻዊ እየ ኢሉ ከንቱ ምምጽዳቕ ከምዘይሓድሮ ጌራቶ፡ብዘይኮነ ነገር ከይኮርዕ ብምንጋር ንዝተሸገሩ ወገናቱ ነጻ ንኽውጽኦም እንዳነገረት ኣዕበየቶ።

ሎሚ ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑ እንርእዮ ዘለና ኣገባብ ግን እዚ ዝስዕብ'ዩ፡ዘይኮንዎ ንኽመስሉ ጌና ብንግሁኡ ብግብዝና ከምዝዓብዩ፡ቋንቑኦም ከምዝጸልኡ፡ናይ ጸዓዱ ቋንቋ ተማሂሮም ኣብዘይ ሃገሮም ልዑላት ክኾኑ ከምዝኽእሉ ሰቢኽና ኢና ነዕብዮም ዘለና።ሓንቲ ኣደ ጓላ ብትግርኛ ክትዛረብ ሰሚዓ"ትግርኛ ካካይ እዩ" ኢላ ንጓላ ክትቀጽዕ ርእየ ኣዝየ ጎሃኹ።ናይ'ዚ ኩሉ ሽግር ከኣ ቅድሚ ራእይ ገንዘብ ስለዝረኣየና ወይ'ውን ገዛእ ርስኻ ምምሳል ዓቢ ክብርን መሰረት ዕብየትን ምኳኑ ስለዘይተረድኣና እዩ።ኣብ ሃገርና ኢትዮጲያ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዘለዉ መዋእለ-ህጻናት ኣምሓርኛ ዝዛረቡ ህጻናት ከም ዝቅጽዑ ብግልጺ ኣብ ማእከል ኣደባባይ ሰሚዕና፡ካብ'ዚ ዝገደደ ከኣ ኣብ ሓደ መዋእለ-ህጻናት ኣምሓርኛ ምዝራብን እምኒ ምድርባይን ክልኩል'ዩ ዝብል ኣብ ታቤላ ተለጢፉ ብምባል ብዙሓት ኣማሪሮም'ዮም።ጣልያን ደኣ ካብ'ዚ ንላዕሊ እንታይ ጌሩና ድዩ፧ኣብ ሃገርና ብገዛእ ሓሳብና ንገዛእ ርእና ምጽላእና ኣዚዩ ዘሕዝን መግዛእቲ እዩ።ስጋና ካብ ዝኾነ ይኹን መግዛእቲ ነጻ'ኳ እንተኾነ ንሕልናና ግን ገዛእ ርእስና ናይ ዘይምምሳል መግዛእቲ ከሳቐዮ ይነብር።ኣደ ሙሴ ግና ካብ ናይ ሓሶት ኣተሓሳስባ ሓሊያ፡እስራኤላዊ ምኳኑ ነጊራ ንወገኑ ከበርክቶ ዝግባእ ኣርኣየቶ።ስድራቤት-ጸዓዱ ንደቆም ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ንሃገሮም ሓደ ነገር ከበርክቱላ እንዳነገሩ የዕብዩዎም፡ንሕና ግና ንህጻናትና ምስዓበዩ ናብ ዓዲ-ጸዓዱ ክኸዱ ከምዘለዎም እንዳነገርና ኢና ነዕብዮም።ሃገርና ሃገርና ክኸውን'ኳ እንተዘይደለና ዓዲ ጸዓዱ ግን ሃገር ክኾነና ኣይክእልን ኢዩ።

ሙሴ ብትምክሕቲ-ኣንነት ስለዝተታሕዘ ጌና ንራእይ ከገልግል ዝበቕዕ ሰብ ኣይነበረን፡ስለዚ እግዚኣብሄር ኣብ ምድረበዳ ንኣርብዓ ዓመት ኣሰልጠኖ።ሙሴ እቲ ዝምክሓሉ ስጋዊ ሓይሉ ክሳብ ሰማንያ ዓመቱ ኣይገደፎን ነበረ፡ኣንነቱ ምስ ቀተለ ግና እግዚኣብሄር ኣብ እምባ ኮሬብ ተገልጸሉ።ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተገልጸ ራእይ ከኣ፡-

- ✓ **ነቲ ዝተገልጸሉ ነገር ክብሪ ክህብ ፡**
- ✓ **ናይ'ቲ ራእይ መንነት ንኽስተውዕል፡**

✓ **ነቲ ጻውዒት ክቕበል ተነግሮ።**

ሙሴ ንነብሱ ሓራ ኣውጺኡ ክሳብ እንባ ኮሬብ በጽሐ፡ነቲ ወገኑ ዝኾነ ህዝቡ ግና ካብ ግብጺ ከውጽእ ዘይክእል ባርያ ነበረ።እቲ ህዝቢ ሓራ ወጺኡ ኣብ እምባ ኮሬብ ስጋውን መንፈሳውን መምርሒ ብምቕባል ንእግዚኣብሄር ኣምልኾ ከቕርብ ይግብኦ ስለዝነበረ ሙሴ ኣብ መፈጸምታ ቆይሙ ከሎ ተጸውዐ።ራእይ እንብሎ ከኣ ኣብ መፈጸምታ ቆይምካ ምጅማር ኢዩ።እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ'ዚ እምባ ከምብሓድሽ ንካልኣይ ግዜ ክንራኸብ ኢና ኢሉ ብቑጸራ ተፈልዮ።እግዚኣብሄር ኣልፋን ኦሜጋን ኢዩ፡እዚ ማለት ከኣ እግዚኣብሄር ዘጀምረናን ዘፈጽመናን እሙን ኣምላኽ'ዩ።ንምጅማር ከይንፈርሕ ቀዳማይ 'ኣልፋ' ዝተባህለ ጎይታ፡ኣብ ፍጻሜና ድኻም ከይገጥመና ከኣ ዳሕራዋይ 'ኦሜጋ' ዝተባህለ ኣምላኽ ክንዝክር ይግብኣና።ምኽንያቱ እግዚኣብሄር የጀምር የፈጽም ድማ'ዩ።

ሙሴ ንሓደ ርእሱ ሓራ ንምውጻእ ተቓላሳይ ምኳን ኣየድልዮን እዩ፡ ንሓደ ርእሱ ጥራይ ስለዘምለጠ ንህዝቡ ነጻ ንምውጻእ ናብቲ ዝገደፎም ዓዲ ተመልሰ። ገሊኣም ሰባት ንርእሶም ክሕግዙ ክብሉ ንኻልኦት ክንሕግዝ ኢና ኢሎም ማሕበራት ይምስርቱ።ማንም ሰብ ንገዛእ ርእሱ ክሕግዝ ደልዩ ከታልል ኣይግብኦን፡ካልእ መንገድታት ምጥውዋይ'ውን ኣየድልዮን።ገዛእ ርእስኻ ንምሕጋዝ ከም ሙሴ ሓላዊ በጊዕ ምኳን እኹል'ዩ።

ሙሴ ኣብ ዝተጸወዓሉ ግዜ ብዙሓት መኻልፍ ሓሳባት ኣልዓለ፡-

1. ንገዛእ ርእሱ ኣትሒቱ ጠመተ፡
2. እቶም ህዝቢ ኣይሰምዑንን እዮም በለ፡
3. ክእለቱ ገምገመ፡
4. ተማትአ (ተወላወለ)፡

<u>1.ንገዛእ ርእሱ ጠመተ</u>

እግዚኣብሄር ኣቐዲሙ ናይ ህዝቡ መከራ ምኽንያት ብምግባር ንልቢ ሙሴ ኣነቓቕሐ።ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣምላኽ ንሙሴ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ ኣነ ኸም ዝለኣኽኩኻ ድማ እዚኣ ትእምርቲ ትኹንካ፡ነቲ ህዝቢ ካብ ግብጺ ምስ ኣውጻእካዮ ኣብዚ ከረን እዚ ንኣምላኽ ከተገልግሉ ኢኹም በሎ(ዘጽ 3፡11)።ፈርኦን ኣብ ግዜኡ ካብ ዝተንስኡ ግኑናትን ዓበይትን ነገስታት ሓደ'ዩ ኔሩ፡እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ንምቕም ክጽውዖ ከሎ ሙሴ ግና ናብ ፈርኦን ዝኸይድን ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጽእንከ "ኣነ መን እየ"፤በሎ።እዚ ማለት ብምርኮ ዝተታሕዘ ህዝቢ ህደም ንምባል ንጉስ ደኣ ምስ ንጉስ እንተተኸራኸረ እምበር ጓሳ ምስ ንጉስ ከመይ ኢሉ ይከራኸር፤ዝብል ስምዒት ሓደሮ።ከምኡ'ውን ካብ ፍርቂ ሚልዮን ንላዕሊ ዝኸውን ህዝቢ እስራኤል ገዛእ ርእሱ ሓራ ምውጻእ ሲኢኑስ ነዚ ኩሉ ህዝቢ ኣነ ሓራ ዘውጽኦ ኣነ መን'የ፤ኢሉ ሓሰበ።ሙሴ ንገዛእ ርእሱ ምስ ጠመተ ነዚ ዝገብር ብቕዓት ካብ ባዕሉ ደልዩ ሰኣነ፡እግዚኣብሄር ምስኡ ምስኮነ ግና ንዘይከኣል ከኣለ(ማቴ 19:26)።

ሎሚ'ውን እግዚኣብሄር ምስጸውዖም ንመንነቶም ዝጥምቱ ብዙሓት እዮም፡እግዚኣብሄር ራእይ ክህብ ከሎ መንነትና ዘይኮነስ እምቢታና እዩ ዝኸብዶ።ንሱ ናይ ዘመናት ልማዱ ዋላ ሓንቲ ኣብ ዘይብሎም ድኻታት ክብሩ ምግላጹ'ዩ።ኣብ ታሪኽ ዓለም'ውን ምስእንዕዘብ ዓቢ ዓወት ብሓይሊ ብውድድር ተረኺቡ ኣይፈልጥን'ዩ።ኣብ

ብዙሓት ናይ ውግእ ታሪኻት ምስእንርኢ ከኣ 500,000 ሰራዊት ብ90,000 ቆራጽነት ዘለዎም ሰራዊት ይሰዓር፡ምኽንያቱ ዓወት ብቆራጽነት'ዩ።ሙሴ ገዛእ ርእሱ ጠመተ።እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣቐዲሙ ራእይ ሂቡ ደኣ ለኣኽ'ምበር ልኢኹ ኣይኮነን ራእይ ዝሃበ።ሙሴ ግና ነቲ ንመንነት ሙሴ ኣቐዲሙ ዝፈልጥ እግዚኣብሄር ገዛእ ርእሱ ከላልዮ ጀመረ።

ጳውሎስ፡-"ንሕና መዓይይቲ ኣምላኽ ኢና ክብል ተዛረበ (1ቆረ 3:9)።ኣስተውዕሉ! እቲ ስራሕ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ንሱ ምሳና ኮይኑ ዘይኮነ ንሕና ምስኡ ኮይንና ኢና እንሰርሕ።እቲ ዓቢ ግደ ናይ እግዚኣብሄር ስለዝኾነ ንሕና ንዝተጸዋዕናዮ ነገር ሕራይ ክንብል ይግበኣና።ኩሎም ሰብ ራእይ እግዚኣብሄር ንዝሰርሖ ስራሕ ዝተዓደሙ ናይ ክብሪ ኣጋይሽ እዮም፡ስለዚ መንነትና እንዳረኣና ካብቲ ጳውሎስ ከነድሓርሕር የብልናን።

2.እቲ ህዝቢ ኣይክሰምዓንንዮ በለ

"ሙሴ ድማ ንኣምላኽ እንሆ ናብ ደቂ እስራኤል ከይደ ኣምላኽ ኣቦታትኩም ናባኻትኩም ልኢኹኒ ምስ በልክዎም ስሙ መን ኢዩ እንተበሉንስ እንታይ ክብሎም እየ፧ በሎ" (ዘጸ 3፡13)፡፡ናይ ሙሴ ዘረባ ኣነ እኳ ሕራይ እንተበልኩኻ እቲ ህዝቢ እምቢ እንተበለ ዝብል ምኽንያት ነበረ።እግዚኣብሄር ግና ነቶም ሽማግለታት ናይቲ ህዝቢ ከዘራርቦም ኣዘዞ።ናይ እግዚኣብሔር ሓሳብ፡-"ንዓኻ ኣብዚ ከዘራርበካ ከለኹ ኣብቲ ድማ ነቶም ሽማግለታት'ቲ ህዝቢ'ውን የዘራርቦምየ"፡ሕጂ ኣብ ኮሬብ ምስ ሙሴ፡ኣብ ራምሴ ድማ ምስቶም ሽማግለታት ኣለኹ ዝብል ዘሎ ይመስል።ንብምሉኡ ህዝቢ ካብ ምዝራብ ነቶም ሽማግለታት ምዝራብን ምእማንን እቲ ስራሕ ይቐልል።እቲ ዝበለጸ ግና ንሕና ሕራይ እንተደኣኢልና እግዚኣብሔር ከኣ ሕራይ የብለልና።

ሎሚ ከኣ ካብ ራእይ ንድሕሪት ብምድሕርሓር ነቲ ጻዊዒትና ንኽይንቐበል፡ብናይ ህዝቢ እምቢታ እነመኻንዮ ብዙሕ'ዩ።ሰበይቲ ንዘርኢ ተቐቢላ ንፍረ ከምእተብጽሑ እቲ ህዝቢ'ውን ተቐባሊ ናይቲ ራእይ'ዩ፡ድሕሪ ምቐባል ከኣ ፍረ የርእየና።ስለዚ እቲ ናትና ሕራይ ዘይምባል ናብ ህዝቢ ከነልግቦ የብልናን።ኣብ ብዙሕ ታሪኽ ከምዝተዓዘብናዮ ራእይ ዘይብሉ ወለዶ ይህሉ'ዩ፡ወለዶ ዘይብሉ ራእይ ግና ፍጹም የለን።ኣይኮነን ናትና ናይ በዓል ቢንላዲን ራእይ'ኳ ሰዓቢ ረኺቡ ኢዩ።ኪንዮኡ እቲ ተቐባሊ ህዝቢ ከስግኣና ዘለዎ እቲ ነመሓላልፎ ራእይ ጽሩይ ምኽኑን ዘይምኽኑን እዩ።

3.ዓቕሙ መዘነ

ሙሴ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ዓቕሚ መዘነ፡ነቲ ህዝቢ ከመይ ጌረ ከእምኖ'የ ኢሉ ተጨነቐ።"ሙሴ እንሆ ንሳቶም እግዚኣብሄር ኣይተራእየካን ኪብሉኒ ኢዮም እሞ ኣይኣምኑንን ቃለይ'ውን ኣይሰምዑን እዮም ኢሉ መለሰ (ዘጽ 4:1)።እግዚኣብሄር ግን፡-"እዛ ኣብ ኢድካ ዘላ እንታይ እያ በሎ፡ንሱ ከኣ በትሪ በለ፡እግዚኣብሄር ድማ ናብ ምድሪ ደርብያ በሎ፡ናብ ምድሪ ደርበያ፡ተመን ከኣ ኮነት ሙሴ ድማ ካብ ቅድሚኣ ሃደመ (ዘጽ 4:2-3)።እዚ ከኣ እግዚኣብሔር ንሙሴ ዝሃቦ ዓቢ ምልክት ነበረ።እታ በትሪ ተመን ምስኮነት ብጭራኣ ሓዛ በሎ፡ከምእንደገና ድማ በትሪ ኮነት፡እታ መደገፊት በትሩ እትጠዋወን ትጓዳእን ተመን ኮነት።እቲ ንራኢታትና እንደልዮን ንምከሓሉን ክእለት ጥውይውይ እናበለ ዝጎድኣና ኢዩ ዝኸውን።እግዚኣብሄር ናይ መንነት ስክፍታን ስቓይን ንዝነበሮ ሙሴ በዚ ምልክት'ዚ ኣስተምሃሮ።ከም እንደገና ጭርኡ ሓዞ በሎ ተመሊሳ ድማ በትሪ ኮነት።እቶም

ኣብ ራእይና ዘይንጽበዮም ዝነበርና ሰባት ናይቲ ራእይ ደገፍቲ ከምዝኾኑን እቶም ንጽበዮም ዝነበርና ድማ ሕልኽልኽ ከምዝብሉ ዘረድእ ምልክት እዩ። ስለዚ ድማ ኩሉ ነገር ከምእንሰግኦ ኣይኮነን።

ሙሴ ናብቲ ህዝቢ ምስ ከደ እቲ ህዝቢ ከኣ ብዘረባኡ ኣመነ፡እግዚኣብሔር ንደቂ እስራኤል ከምዝበጽሖምን ጸበባኦም ከምዝረኣየን ምስ ሰምዑ ፍግም ኢሎም ሰገዱ።ብዙሕ ግዜ ነገራት ከምዝተጸበናዮ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ዘሐጉስ'ዩ ዝኸውን።ካብቲ ህዝቢ ንላዕሊ ንሕና እንቢተኛታት ከምዝኾንና ጸኒሕና ክንርኢ ኢና።

4.ተወላወለ (ተማትኣ)

ንሙሴ ራእይ ናይ ውሕሉል ኣዘራርባ ውጽኢት መሰሎ፡ራእይ ግና ኣብ ውሽጢ ልቢ ዘሎ ትርግታ ደኣምበር ብክእለት ዘረባን ቅልጣፈን ዝሳለጥ ነገር ኣይኮነን።ኣሮን ሓዉ ካብኡ ንላዕሊ ክኢላ ናይ ዘረባ'ኳ እንተነበረ እግዚኣብሄር ግና ንመሪሕነት ኣይጸውዖን፡እግዚኣብሔር ግን ኮልታፍን ዘረባኡ ዘይጥውም ንዝኾነ ሙሴ መረጸ።ልቢ ሙሴ ምእንቲ ክደፍር ድምጺ ናይ ኣሮን መጉልሕን መመሓላለፊ ቃልን ጌሩ ኣዘዘሉ።ሙሴ እዚ ኩሉ እኳ እንተረኣየ ልቡ ግን ካብ ምውልዋል ኣየቋረጸን።

"ቃል ኣምላኽ፡-ሙሴ ኣብ ሓደ መሕደሪ እንከሎ እግዚኣብሔር ተራኽቦ ክቕትሎ ከኣ ደለየ" (ዘጽ 4:24) ይብል።ካብ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ወጻኢ ምንባር ንናብራና ክሳብ ሞት ዘብጽሕ መሪር ይገብሮ።እግዚኣብሄር ብዘይ ዕላማ ዝፈጠሮ ሰብ የለን፡ስለዚ ድማ ንዓለም እነበርክተሉ ሓደ ነገር ኣጨቢጡ ልኣኸና።እዚ ብተፈጥሮ ዝተቐበልናዮ ዓቢ ሓደራ ከኣ ክሳብ ጫፍ ክነብጽሖ ይግብኣና።ብዘይ ዕላማ ዝነብር ሰብ ይህሉ እዩ፡እግዚኣብሄር ግና ብዘይ ዕላማ ዝፈጠሮ ሰብ የለን።እቲ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ እንተዘይነበርናሉ እግዚኣብሄር ይቐጽዓና መቐጻዕቲ ጥራይ ዘይኮነ'ውን የሕልፈና።ብሓቂ እግዚኣብሄር ብኣና እንተዘይሰርሐ እንነብረሉ ብቑዕ ምኽንያት የብልናን።

በትርኻ ሓዝ

ንራእይ ካብ ብዙሕ ትሕዝቶ ንላዕሊ ናይ ውሽጢ ትብዓት'ዩ ዘድልዮ:: ትሕዝቶ ራእይ ኣየምጽእን'ዩ፡ራእይ ግና ትሕዝቶ ከምጽእ ይኽእል'ዩ።ሙሴ ናብ ፈርኦን ከም ዝለኣኽ ምስ ሰምዐ ምስ ፈርኦን ዝመጣጠር ስጋዊ ሓይሊ ሓሰበ፡እግዚኣብሄር ግን "እዛ ኣብ ኢድካ ዘላ እንታይ እያ" በሎ "ንሱ ድማ በትሪ ኢያ በሎ" (ዘጽ 4:2)።ሕጂ ንራእይ ዘድሊ እምበኣር እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ እዩ። ንሓደ ህቡብ ንጉስ ህዝቢ ልቐቕ ንምባል በትሪ ምሓዝ ቀሊል ነገር ይመስል'ዩ፡እንተኾነ ምስ ራእይ በትሪ ምሓዝ ካብ ናይ ኑክሌር ሓይሊ ንላዕሊ እዩ።

በዓል ራእይ ንምኽን ወይ ድማ ነቲ ራእይ ንምትግባር ዓቢ ናይ ትሕዝቶ ሓይሊ ዝደልዩ፡ትሕዝቶ ባዕሉ ንራእይ መፍትሒ ዘምጽእ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም።እዚኦም ነቲ ህዝቢ ሒዙዎ ዘሎ ጸልማት ብዘይምፍላጥ፡በቲ ሕጂ ኣብ ኢዶም ሒዞሞ ዘለዉ በትሪ ንፈርኦን ምዝራብ ኣይደልዩን እዮም።ዓቢ ራእይ ስለዘለዎም እቲ ራእይ ኣብ ዓቢ መድረኽ፡ ኣብ ፍሉጥ ኣደባባይ፡ኣብ ጽቡቕ ኣትራኑስ ኮይንካ ብምዝራብ ዝትግበር ኮይኑ ይመስሎም። እዞም ነገራት እዚኦም ግን ራእይ ዘምጽኦም እምበር ራእይ ንኽውለድ ክጽዕሩ ኣይክእሉን እዮም።መደበራት ሬድዮን ቴለቪዝንን'ውን ራእይ ኣይወልዱን እዮም።በዞም ነገራት'ዚኦም ራእይ ክውለድ ምጽባይ ናይ ራእይ ዋጋ ዘይምፍላጥ እዩ።ናይ ትሕዝቶ ሓይሎም ክሳብ ዝሕይል ንራኢኦም ዘደናጉዩ ሰብ-ትሕዝቶ ደኣምበር ሰብ ራእይ ኣይኮኑን።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓቢ በዓል ራእይ እዩ፡እንተኾነ ግና ስብከት ዘካይደሉ ኣዳራሽ፡መራሒ መድረኽ፡ጉጅለ መዘምራን ኣይነበሮን።ኣብ እንዳ መርዓ፡እንዳ ሓዘን፡ኣብ መንገዲ ይኹን ኣብ ሻኻ ኣገልግሎት የካይድ ነበረ።ንኣገልግሎት ዝተፈልየ ሰዓት ይኹን ቦታ ኣይነበሮን፡ንሱ ኣብ ዝተረኽበሉ ቦታ ግን ምሉእ ኣገልግሎት ነበረ።እቲ ወላሓንቲ ናይ ትሕዝቶ ሓይሊ ዘይነበሮ ናይ ጐይታና ኣገልግሎት ክሳብ ሕጂ ንብዙሓት ክማርኽ ይነብር ኣሎ።

ዳዊት ንጐልያድ ክገጥመሉ ክብገስ ከሎ፡“ሳኡል ድማ ንዳዊት ክዳውንቱ ኽደኖ፡ኣብ ርእሱ ከኣ ቁራዕ ርእሲ ኣስራዚ ገበረሉ፡ድርዒ’ውን ከደኖ።ዳዊት ድማ ሴፉ ኣብ ልዕሊ ኽዳኑ ተዓጥቀ ምኻድ ኣይፈተነን ነበረ እሞ ክኽይድ ጀመረ፡ዳዊት ከኣ ንሳኡል ፈቲነዮ ኣይፈልጥን እየ’ሞ ከምዚ ኢለስ ክኽይድ ኣይክእልን’የ በሎ፡ዳዊት ድማ ካብኡ ኣራገፎ።በትሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ ካብቲ ሩባ ኽኣ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ሓርዩ ናብቲ ኺጓሲ ከሎ ምስኡ ዝነበረ ቁራበሻን (ማሕፉዳን) ኣእተዎ፡ወንጭፉ’ውን ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብቲ ፍልስጤማዊ ኣቢሉ ቐረበ” (1 ሳሙ 17፡38-40)።

ልብሲ ናይ ሳኡል ምሉእ ናይ ውግእ ዕጥቂ ነበረ፡ሳኡል ግና ምሉእ ዕጥቂ እኳ እንተነበሮ ክዋጋእ ኣይደፈረን።ምሉእ ዕጥቂ ብምዕጣቕካ ዓወት ኣይርከብን’ዩ፡ዓወት ዝርከብ ናይ ህዝብና ውርደት ተሰሚዑና ቅንኣት ሒዙና ክንወጽእ ከሎና ጥራይ እዩ።ዳዊት ደፊሩ ክወጽእ ከሎ ሳኡል ክዳኑ ከደኖ፡ክዳን ናይ ሳኡል ንዳዊት ግና ኣብ ክንዲ ናይ ውግእ ዕጥቂ ብኣንጻሩ ካብ ውግእ ዘትርፍ ሸኽም ኮኖ።እቲ ናይ ነሓስ ቁራዕ ኣብ ርእሱ ደፍሑ፡እቲ ሴፍ ድማ ጠልጠል ኢሉ መሬት በጽሐ፡ዳዊት ከኣ ምንቅስቓስ ሰኣነ።ኣብዚ ግዜ’ዚ ዳዊት ይቕረታ ሓቲቱ ንኹሉ ነቲ ካብ ሳኡል ዝወሰዶ ዕጥቂ ብምሉኡ ኣራገፎ፡ናይ ገዛእ ርእሱ ዕጥቂ ዓጢቕ ከኣ ተዓወተ።ስለዚ እምበኣር ናይ ካልእ ዕጥቂ ይገፍሓካ ማዕሬኻ’ውን ኣይመጽእን ኢዩ።

ንሕና’ውን ከም ካልኦት ክንዛረብን ከም ካልኦት ከነገልግልን ምስ እንደሊ ይገፍሓና፡በቲ ናትና ጸጋ ምስ እነገልግል ግና ንዕወት።ናይ ካልኦት ፍልጠቶም እምበር ደጋዊ መልክዖም ምቕዳሕ ንዓወት ኣየብቅዓናን’ዩ፡እኳ ደኣ ንኽይንስጉም ዝሕንኩል እዩ።ዳዊት ንዝተዓወቶ ዓወት ካብ ናይ ሳኡል ሴፍ ንላዕሊ እቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ እምንን በትርን ኣድላይን ውጽኢታውን ነበረ።

ምቕዳሕ ንዝፈቱ ወለዶ፡ኩሉ ነገር ቅዳሕ ዝኾኖ ንናይ ሎሚ መንእሰይ ገዛእ-ርእስኻ ምምሳልልን ብጸጋኻ ምግላጽን ዓቢ መፍትሒ እዩ።ዳዊት ነቲ ናይ ካልእ ሰብ ዕጥቂ ቀልጢፉ ከምዘውጽኦ፡ንሕና ድማ ነቲ ናትና ዘይኮነ ቀልጢፍና ምስእነውጽኦ ተዓንቂፍና ካብ ምውዳቕ የድሕነና።ብሓደራ ዝተላእከ ሰብ ነቲ ዝለኣኾ ነቲ ሓደራ ከምዘብጽሖ ይነግሮ፡ምኽንያቱ ሓደራ ከቢድ እዩ።ንሕና ድማ ብተፈጥሮ ንደቂ ሰብ ሒዝናዮ ዝመጻእናን ዝተቐበልናዮን ሓደራ ኣሎ፡ብዛዕባ እቲ ሓደራ እንሕተተሉን መልሲ እንህበሉን ናይ ሞት መዓልቲ ስለዘሎ ከኣ ክንተግህ ይግብኣና።ካባና ንኻልኦት ኣብሊጽና ምስ እንሪኦም ራእይ ይበሃል፡ራእይ ሓሳብ ጥራይ ዘይኮነ ተግባር’ውን እዩ።ንሓደ ነገር ሓደ ብዓይኑ ይርእዮ፡እቲ ካልእ ድማ ብልቡ ይርእዮ።ካብ ካልኦት ፈልዩ በዓል ራእይ ዝገብረና <u>ብልቢ ምርኣይ እ</u>ዩ።ራእይ ናይ ዓይኒ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ልቢ እዩ።ንራእይና እምበኣር በቲ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘሎ ንእሽተይ ብዝመስል ነገር ክንጅምሮ ይግብኣና።ካብዚ ብምቕጻል ራእይ ዝወልዶም ኣድለይቲ ነገራት ክንቅበል ክንክእል ኢና፡ስለዚ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘሎ እንታይ ኢዩ፡

ነስተውዕል

- ምኾት ዘለዎ ባርነት ዘልኣለም ይገዝእ፡ሕሱም ባርነት ግን ናብ ወጋሕታ ናጽነት ይመርሕ።
- ጽንኩር መዓልቲ ንብዙሓት ቆራጽነት ይህቦም።
- ንበዓል ራእይ ናይ ምሕላው ዓስብኻ ካብ እግዚኣብሄር'ዩ።
- ናይ ራእይ ናይ መጀመርያ ሙቐት ኣብ ስጋዊ ሓይሊ ከም ንእመን ይገብር፡ራእይ ግና ናይ ቅልጽም ዘይኮነ ናይ ሓቂ ሓይሊ እዩ።
- ራእይ ብምስክር-ወረቐት ኣይርከብን፡ራእይ ካብ እግዚኣብሄርን ሰናይ ነገር ካብ ዝምነ ልብን'ዩ ዝርከብ።
- ራእይ ንሓይሊ ንሰናይ ነገር ክጥቀመሉ ከሎ፡ራእይ ኣልቦ ድማ ንጥፍኣት ይጥቀመሉ።
- እቶም ጌና ብንግሁኡ ብራእይ ዝተሃንጹ ሓይሎም ይዕቅቡ።
- መፈጸምታኻ ርኢኻ ምጅማር ራእይ ይበሃል።
- ኩሎም ሰብ-ራእይ እግዚኣብሄር ኣብ ዝሰርሑ ስራሕ ዝተዓደሙ ናይ ክብሪ ኣጋይሽ ኢዮም።
- ራእይ ዘይብሉ ወለዶ ይህሉ እዩ፡ወለዶ ዘይብሉ ራእይ ግና ፈጺሙ የለን።
- ካብ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ወጻኢ ምንባር ንናብራና ክሳብ ሞት ዝኣክል መሪር ይገብሮ።
- ብዘይ ዕላማ ዝነብር ሰብ ይህሉ እዩ፡እግዚኣብሄር ብዘይ ዕላማ ዝፈጠሮ ሰብ ግና የለን።
- ትሕዝቶ ራእይ ኣየምጽእን እዩ፡ራእይ ግና ትሕዝቶ ከምጽእ ይኽእል።
- ዕጥቂ ስለ ዝተማልአ ዓወት ኣይርከብን'ዩ፡ዓወት ዝርከብ ግና ናይ ህዝብና ውርደት ክስመዓና ከሎን ቅንኣት ሒዝና ክንወጽእ ከሎናን እዩ።
- ከም ካልኦት ክንዛረብን ከነገልግልን ክንደሊ ከለና ይገፍሓና፡ብጸጋና ምስ እነገልግል ግና ንዕወት።
- ንራእይና በቲ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘሎ ንእሽቶይ ዝመስል ነገር ክንጅምሮ ይግብኣና።

ምዕራፍ ፲፩

ገዛእ ርእስኻ ምርኣይ

ኣብ ውሽጢ ግብጺ ዝተፈጸመ ታሪኽ'ዩ፡-ሓደ ሓረስታይ ካብ ማሕረሱ እንዳተመልሰ ከሎ ምስ ሓደ መነኮስ ኣብ መንገዲ ተራኸቡ፡እቲ ሓረስታይ ነቲ መነኮስ፡-"ከምዚ ኢልካ ምንባርካ ኣብ ሂወትካ ዝረባሕካዮ(ዝኸሰብካዮ) እንታይ ኣሎ" ኢሉ ሓተቶ።እቲ ሓረስታይ ዋላ'ኳ ትንፋሱ ብድኻም ይቆራረጽ እንተነበረ መልሲ ናይታ ሕቶ ንምርካብ ግን ኣዚዩ ተሃንጠየ።እቲ መነኮስ ከኣ ነቲ ሓረስታይ ናብ ረሳሕ ማይ ወሲዱ "ትሕት በል'ሞ ነዚ ማይ ተመልከቶ፡እንታይ'ከ ይረኣየካ ኣሎ"፤በሎ።እቲ ሓረስታይ ድማ "ዋላ ሓንቲ ይርኢ የለኹን" በሎ።ሓረስታይ ቁሩብ ኣዕሪፉ ድኻሙ ምስወጸሉ እቲ መነኮስ ናብ ካልእ ጽሩይ ማይ ሒዙዎ ከደ፡ቀጺሉ ከኣ፡-"ትሕት በል'ሞ ናብዚ ማይ ተመልከት እንታይ ይረኣየካ ኣሎ"፤በሎ።እቲ ሓረስታይ ከኣ፡-ገዛእ ርእሰይ ርእየያ" በሎ።ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ መነኮስ፡-"ዝጸረየ ዕላማ ገዛእ-ርእስኻ የርኢ፡ኣነ ኽኣ ኣብ ውሽጢ'ዚ ህይወት ምህላወይ ዝረኣኹዎ መንነተይ እዩ" ብምባል መለሰሉ።

ዝተፈላለየ ብጽሒት ምሓዝና ንሂወትና ዝተማልኣት'ዩ ዝገብራ።ሰባት ከማና እንተዘይሓሲቦም ዝተጋገዩ፡ከማና እንተዘይተዛሪቦም ቋንቋ ዘበላሸዉ፡ከማና እንተዘይነቢሮም ዝሞቱ፡ከማና እንተዘይሰሪሖም ስራሕ ዝፈትሑ ማለት ኣይኮኑን።ካልኣት ኣድለይትና ዝኾኑ ከኣ ንሕና ንዘይንፈልጦ ምስ ዝፈልጡን ዘይንኽእሎ ምስ ዝገብሩን እዩ።ኩሉ ሰብ ዶክተር እንተደኣ ኮይኑ ብዘይ ሓረስታይ እንታይ ይምገብ፤እቲ ዶክተር ብፍልጠቱ ተመኪሑ ነቲ ሓረስታይ ንስኻ ኣይተድልየንን ኢኻ እንተበሎ ተጋጊዩ ኣሎ።ላዕለዋይ ምስ ታሕተዋይ ዘደላሊ ዝተፈላለየ ህያብ ተቐቢልና ኢና፡ስለዚ ሓደ ነቲ ሓደ ኣይተድልየንን ኢኻ ክብሎን ሂወቱ ንበይኑ ክመርሓ ኣይክእልን'ዩ።ናይ ናብራ ምስጢር ከኣ "ኣነ ንዓኻ፡ ንስኻ ንዓይ" ዝብል ዓሚቕ ምስጢር እዩ።

ናይ ጸለምቲ መሰል ተቓላሲ ዝነበረ ማርቲን ሉተር ኪንግ፡-"ኣብ ኣልባማ እንከለኹ ጫማይ ዝውልውለለይ ሓደ ሊስትሮ ነበረ።ነዚ ሊስትሮ ክሪኦ ከለኹ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጸኒ ነገር እንተኔሩ ብዝከኣለኒ ዓቕሚ ንጫማይ እኳ እንተጽረኹ ከምኡ ጌረ ከጸብቐ ዘይምኽኣለይ ኢዩ።ስለዚ ድማ እዚ ወዲ ጫማ ብምጽባቕ ናይ ዶክትሬት ዲግሪ ኣለዎ ኢለ ተቐበልክዎ፡ካባይ ዝሓሸ ስለዝኾነ ከኣ ኣኽበርክዎ" ኢሉ ተዛረበ ይበሃል።

ዝኾነ ይኹን ፍልጠትና ፈላጣት ዘብለና መገዲ ንዘይፈልጡ ብምምራሕ እነካይዶ ኣገልግሎት ጥራሕ እዩ።ምኽንያቱ ሓቀኛ ፍልጠት ናይ ኣገልጋሊ እንበር ናይ ጎይትነት መንፈስ የብሉን።ናትና ፍልጠት ኣድላዩ ዝኸውን ዘይፈልጡ ምስዝህልዉ እዩ።ኩሉ እንተ ፈሊጡ ፍልጠትና ዘይምፍላጥ ይኸውን፡ስለዚ ንዘይፈልጡ ብኣኽብሮት ክነገልግሎም ኣለና።ሃብትና ሰብ ጸጋ ዘብለና ንዝተሸገሩ ሰባት ብእንልግሶ መለክዒ እዩ።ንርእሱ ጥራይ ዝኽእል በዓል ጸጋ ኣይበሃልን እዩ፡ንኻልኦት ዘርብሕ ግን በዓል ጸጋ ይበሃል።ጻዕርና ንገዛእ ርእስና ብምርዳእና ዘይኮነ ንኻልኦት ብዘርባሕናዮ'ዩ ዝምዘን።

ሎሚ ንሂወትናን ንናብራናን ክገዝኣና ዝፈቐድናሉ ነገር እንተሃልዩ ንዕቀት'ዩ።ነዓና ካልኦት ከኽብሩና ንደሊ፡ንሕና ግን ንኻልኦት ንንዕቐ።ንኻልኦት ምንዓቕ ከኣ ብኣዋጅ ዝተፈቐደልና-ስልጣን ኮይኑ ይመስለና።ንኻልኦት ብንዕቀት እንተዘይኣዋሪድናዮም ዝተመዓራረናዮም ኮይኑ ኣይመስለናን'ዩ፡በዚ ምኽንያት'ዚ ናይ ትዕቢት ስምዒትና ናይ

ውርደት ስምዒት ወሊዱልና ይርከብ።ኣብ ገዛና፡ኣብ ስራሕና፡ኣብ ኣገልግሎትና ንሕና ጥራይ ንሰርሕ ዘለና ኮይኑ ዝስመዓና፡እቲ ካልኦት ሰባት ዝሰርሕዎ ስራሕ ስለዘይረኣየና'ዩ።እዚ ከኣ ንኻልኦት ምፍቃር የስእነና፡ስራሕና ድማ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እንዳዓበየ ይመጽእ።ኣብ ካልኦት ሰባት እምነት እንተኣጉዲልና ናይ ዝምድናና ርክብ የቋርጽ።ንርእስና ኣልማዕቲ ካልኦት ግን ኣጥፋእቲ ኮይኖም ምስዝረኣዩና ነቕፍቲ ንኸውን።

ናይ ዓለምና ዝዓበየ ናይ ኢኮኖሚ ዓቕምን መሰረት ሰላምን ናይ ሞራል ሕጊ ኢዩ።ናይ ስነ-ምግባር መሰረት ሃይማኖት ስለዝኾነ ከኣ ሃይማኖት ምጽላእ ግቡእ ኣይኮነን። ሃይማኖት ካብ ሕግን ካብ ፍልስፍናን ንላዕሊ ሰባት ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ኣለዎ።ብዙሓት ሰብ ራእይ ኢና ዝብሉ ንሃይማኖት ብቕኑዕ መንፈስ ኣይርእይዎን'ዮም፡ሃይማኖት ግና ናይ ልምዲ ዘይኮነስ ናይ ተፈጥሮ ግዴታ ኢዩ።

ብርግጽ ናይ ተፈጥሮ ጽምኣቶም ካብ ዝተበከለ ማይ ንምርዋይ ዝፍትኑ እኳ እንተሃለዉ ዝጸረየ ናይ ሃይማኖት ምንጪ ግን ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኢዩ።ኣብ ጉዕዞ ሂወት ምስራሕን ምምሃርን ምትጋህን በይኑ ኣኻሊ ስለዘይኮነ ሃይማኖት ኣድላዩ ኢዩ።ብስነ-ምግባር ተሃኒጾም ራእይ ወሲኾም ዝወጹ ሰባት፡እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበሮም እምነት ውጺታዊ ከም ዝነበረ ዝተፈልጠን ዝተረጋገጸን ኢዩ።ብዙሓት ሰባት ብእግዚኣብሄር ክኣምኑ ኣይደልዩን'ዮም፡ብኣንጻሩ ድማ ነቲ ዝተሓተ ነገር እንዳኣመኑ ይጓዓዙ።እዉ ብዛዕባ ብእግዚኣብሄር ምእማን ብዙሕ ነቐፌታ ኣውሪዶም'ዮም፡ንሳቶም ግና ብፍላስፋታት፡ብፈላጣት ኢና በሃልቲ፡ነውሪ ብዘስፋሕፍሑ፡ብቐጸርቲ ኮኾብ ዝኣምኑ ይኾኑ።ስለዚ ነቲ ዝዓበየ ኣምላኽ ምእማን ዝኣበየ ብትሑት ነገር ክግዛእ ናይ ግድን'ዩ።

ንሰባት ካብ ምውቃስ ንላዕሊ እታ ክኽዱላ ዝግበኣም መንገዲ ምንጋር ይበልጽ።ምኽንያቱ ስለዝወቐስናዮም ጥራይ ቅኑዓት ክኾኑ ኣይክእሉን።እቲ ዝግባእ ቅኑዕ መንገዲ እንተርኢናዮም ግና ዋላ'ኳ ሎሚ እንተዘይተቐበሉና ሓደ መዓልቲ ራኢኦም ክገብርዎ ኢዮም።ሓቂ ምዝራብ ንበይኑ ኣየሰጉምን'ዩ፡ዝተዛረብናሉ መንፈስ ንኻልኦት ሰባት ክቕይር እንተድኣ ክኢሉ ጥራይ'ዩ እቲ ሓቂ።እተዘይኮይኑ ንሰባት ምውራድን ስምዒትና ምርዋይን ጥራይ እነዘውትር ሰባት ኢና ንኽውን።ፈታዊ ግና የረድእን ይገልጽን'ምበር ኣየጋልጽን'ዩ።ነቲ ግብጻዊ ሓረስታይ ከኣ እዞም ኩሎም ስሚዒታት'ዮም ዘሀውትቱዎ ዝነበሩ ፡እቲ መነኮስ ግን ክኽደላ ናብ ዝግብኦ ሓቀኛ መገዲ መርሖ።

ዓለም ዝተዘርገ ማይ ኢያ፡ስለዚ መንነትካ ኣይተርእየካን።እኳ ደኣ ንሓቂ እናሸፈነት፡ፈጺሙ ብርሃን ንዘይበርሃሉ ሓለቓ ብርሃናት፡ንሃካይ ድማ ሓለቓ-ትጉሃት እንዳበለት ትምጉሶ።ስለዚ እዛ ዓለም ናይ ላግጽን ምትላልን ዓለም ኢያ።ሰባት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሂወት ዝጸልኡ ሓቂ ዘይኮነ ኮይኑ ዘይኮነስ ሓጢኣተኛታት ምኽኖም ስለዝነግሮም ኢዩ።መኽፈቲ ዘረባ ናይ ዓለም "ንስኻ ንርእስኻ"ወይ ድማ "ሓይልኻ ኣውጽእ"ዝብል ኢዩ፡ ክርስትና ግና "ንስሓ እቶ" ብምባል ዘረብኡ ይጅምር።መዓር ክቕመጠሉ ዘለዎ ኣቕሓ ኣቕዲምና ክነጽርዮ ኣለና፡ብድሕሪ'ዚ ነቲ መዓር ንግልብጦ፣ኣብ ረሳሕ ኣቕሓ ነቲ መዓር እንተገልቢጥናዮ ግና እቲ ርስሓት ዘይክጉዳእ ይኽእል'ዩ፡እቲ መዓር ግን ዘይጠቕም ይኸውን።እምበኣር ክርስትና ኣብ ውሽጢ ብንስሓ ዝጸረየ ልቢ'ዩ ዝርከብ።ሎሚ ደቂ ሰባት ንኻልኦት ደኣምበር ንገዛእ ርእሶም ክሪኡ ኣይኮነሎምን፡ምኽንያቱ ዓለም ሓሬት ማይ ስለዝኾነት ገዛእ ርእስኻ ኣየርተርእካን ኢያ።

ገዛእ ርእስኻ ምርኣይን ገዛእ ርእስኻ ምርካብን ናብ ዝልውጥ ኣምላኽ ክንጽጋዕ የጓናጽፈና።ገዛእ ርእስኻ ምርኣይ ብስጋዊ ዓይኒ ዘይኮነ ብመንፈሳዊ ምስትውዓል እንረኽቦ ኢዩ። ገዛእ ርእስና ክንርኢ ከለና፡-

- ካብ ኣብ ካልኦት ንፈርድ ክንጽሊ ንመርጽ፡
- ሓቀኛ መንነትና ንረክብ፡
- ናይ እግዚኣብሔር ምሕረትን ፍቕሩን ይረኣየና፡
- ንኻልኦት ይቕረ ንምባል ንብገስ፡
- ዝቕጽል መገድና ይረኣየና፡
- ድኹማት ምኳንና ተረዲእና ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ ንድገፍ፡
- ንዝተሰወረ ሓጥያትና ንሪኦ፡
- ንኽንልወጥ ንናፍቕ፡
- ምሕረትን፡ርህራሄን ንጎናጸፍ፡፡

ገዛእ ርእስኻ ንምርኣይ ክልተ ነገራት የድልዩ፡-

1. ጽምዋ (ጸጥታ) ን
2. ቃል እግዚኣብሄር ን

ኣብ ዓለም ገዛእ ርእስና ክንርኢ ኣይንኽእልን፡ንዓለም ንባዕላ'ውን ክንሪኣ ኣይንኽእልን ኢና።ካብ ናይ ዓለም ጫውጫውታ ፍንትት ኢልና፡ካብ ስምዒታውነትን ዝጥብሩናን ርሕቕ ኢልና ገዛእ ርእስና ምርኣይ ንኽእል።ሰብ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት'ኳ ርእሱ እንተኽሓደ፡እልይ ምስበለ ግን ንገዛእ ርእሱ ባዕሉ ይኣምና።ሰብ ንኻልኦት እኳ ክጥብር እንተኽኣለ ንሕልና ምጥባር ግን ኣይከኣሎን።ናይ ሕልና ደወልን ናይ እግዚኣብሔር ቃልን ክንሰምዕ እንኽእል ኣብ ጽምዋ ብምኳን ኢዩ።ኣብ ጽምዋ ምስ በደልና ምርኻብ ጥራይ ዘይኮነ ካብ መሓሪ ኣምላኽ'ውን ይቕሬታ ንሓትት።ስለዚ ገዛእ ርእስና ምርኣይ ክንፈርሕ የብልናን።

ይቕሬታ እንቕበሎ ካብቲ ዋና-ሕልና ዝኾነ እግዚኣብሄር ደኣምበር ካብ ሕልናና ስለ ዘይኮነ ክንፈርሕ የብልናን።እቲ ዝዓበየ ስሕተት ምውዳቕ ዘይኮነ ወዲቕካ ምትራፍ ኢዩ።ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንዝሓለፈ ስሕተትና እንተተማሂርናሉ ከኣ ዓስቢ ኣለና።

"እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ ኣብ ጎደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡እቲ ጥንታዊ መገድታት፡እቲ ጽቡቕ ጎደና ኣየናይ ምኳኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ፡ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም"(ኤር 6፡16)።እቲ መስርዕ ኣቕዲምካ ደው ምባል ካብኡ ምጥማት ቀጺልካ ምሕታት ኣብ መወዳኣታ ድማ ምጉዓዝ የድሊ።ደው ከይበልና ምጥማት፡ከይጠመትና ምጉዓዝ ኣይከኣልን ኢዩ።ፖሊስ ትራፊክ ንዝነዱ በዓል-መኪና ደው በል ክብሎ ከሎ ደው ይብል፡ብሓድሽ ሓይሊ ድማ ጉዕዙኡ ይቕጽል፡ዝበጽሖ ቦታ ሪኡ ናይ ሕጊ ገደብ ስለዘለዎ ንኻልኦት ቀዳምነት ከም ዘድልዮም ይርዳእ።ደው ምባል ከኣ ንናይ ቀጻሊ ጉዕዙኡ የዳልዎ፡ነቲ ዝቕጽል ጉዕዞ ድማ ሓይሊ ይህቦ።ስለዚ ድማ'ዩ "ደው በል" ዝተባህለ።እምበኣር ኣብ ሕማቕ ጎደና ንዝጓዓዝ ሰብ ደው ምባል የድልዮ፡ምኽንያቱ ዝመጻሉን፡ ዝኸደሉን ዝረኣዮ ደው ብምባል ጥራይ ኢዩ።ደው ምባል ማለት ኣብ ውሽጢ

ጽምዋ ኮይንካ ገዛእ ርእስኻ ምግምጋም ካብኡ ምጥማት ቀጺልካ ድማ ምሕታት ኣብ መወዳእታ ድማ ዕረፍቲ ናብ ዘለዎ ደሴት ምጉዓዝ ኢዩ።

ንጹር ዕላማ

ብንጹር ዘይርእ ራእይ ናይ መዓልቲ ክስተት ደኣምበር ራእይ ኣይበሃልን ኢዩ፡ዕላማ ግን ተግባር ዝኽተሎ ምርኣይ ኢዩ።ርኢኻ ስቐ ምባል ዘይኮነስ ናብቲ ዝተራእየካ ነገር ብቐራጽነት ምግስጋስ'ዩ።እምበኣር ዕላማና ነጺሩ ክሳብ ዝረኣየና ምጽባይ የድልየና፡ምኽንያቱ ራእይ ኣብ ውሽጥና ነጺሩ ዝረኣየሉ ግዜ ኣሎ።"ምርኣይ ናይ-ዓይኒ ውጽኢት ክኸውን ክሎ፡ራእይ ድማ ናይ ልቢ ውጽኢት'ዩ"፡ስለዚ ራእይ ክሳብ ዝሰኣለና ብጽሞና ክንጽበዮ ይግብኣና።ራእይ ነጺሩ ምስ ተራእየና ተግባር ይስዕቦ፡ራእይ ዘይብሉ ተግባር'ውን ክህሉ ይኽእል ኢዩ፡ከምዚ ዓይነት ተግባር ግን መሕለፊ ግዜ ጥራይ ኢዩ። ተግባር ዘይብሉ ራእይ ከኣ ሕልሚ ደኣምበር ራእይ ኣይብሃልን ኢዩ።

ሕጂ'ውን እቲ ራእይ ክሳብ ዝንጽረልና ክንዕገስ ይግብኣና።እቲ ራእይ ምስ ነጸረልና ድማ ነቲ ራእይ ክንገልጾ ይግብኣና፡እንተኾነ ኣብ ዘመንና ሰባት ብዛዕባ ናይ ስራሕ ብልሓት እምበር ብዛዕባ ራእይ ስለዘይሓስቡ ወለዶና ዘፍርሕ ኢዩ።

ቅዱስ ማርቆስ ኣብ ወንጌሉ ዘስፈረልና ሓደ ዓቢ ናይ ኣፈዋውሳ ኣገባብ ኣሎ፡-"ጎይታ ናብ ቤተ-ሳይዳ ምስ መጸ ዕዉር ናብኡ ኣምጺኦም ክትንክዮ ለመንዎ።ጎይታ ድማ ነቲ ዕዉር ብኢዱ ሒዙ ናብ ወጻኢ እቲ ዓዲ ወሰዶ።ኣብ ኣዒንቱ ጡፍ ኢሉ ከኣ ኢዱ ኣንበረሉ'ሞ፡-ገለዶ ትርኢ ኣለኻ፧ኢሉ ሓተቶ።እቲ ዕዉር ቋሕ ኢሉ ድማ፡ሰባት ክመላለሱ ከለዉ ኣእዋም መሲሎም እርእዮም ኣለኹ በለ።ከም ብሓድሽ ድማ ኢዱ ኣብ ኣዒንቱ ኣንበረሉ እሞ ኣጸቢቑ ጠመተ፡ሓወየ ንኹሉ'ውን ተቐሊዑ ረኣዮ።ኢየሱስ ድማ ናብ ዓዲ ኣይትእቶ ኢሉ ናብ ቤቱ ሰደዶ (ማር 8፡ 22-26)።

ኣብ ዓለም ብዙሓት ሕማማት መድሃኒት ይርከበሎም ተባሂሉ ተስፋ ይግበረሎም'ዩ፡ዓይነ-ስውርነት ግና መድሃኒት ንምርካብ ዘይፍተነሉ ዝተዓጽወ ፋይል ኢዩ።ኣብ ጎይታ ግና ዝተዓጽወ ፋይል ስለዘየለ ነቲ ዓይነ-ስዉር ብኢዱ ሒዙ ካብቲ ዓዲ ኣውጽኦ።ጎይታ ነቲ ዓይነ-ስዉር ኣብ ዓዱ ንኽሕውዮ ኣይምጸገሞን ኔሩ፡እኳ ድኣ ኣርሒቑ እንተኸይዱ ስለዝጠፍእ እቲ ዓዱ ውሕስነቱ ኢዩ፡ጎይታ ግን ሕጂ ከብርሃሉ'ሞ ናይ ፈውሱ ኣድማስ ከርእዮ ካብ ዓዱ ኣውጽኦ።

ጎይታና ንምንታይ ካብቲ ዓዲ ኣውጽኦ ምስእንብል ክልተ ምኽንያታት ይረኣዩና፡-መጀመርታ ጎይታ ነቲ ዓዲ ካብ ብዙሕ ወረ ንኽትርፍ እዩ፡ምኽንያቱ እቲ ዓዲ ደረት ዘለዎ ኣተሓሳስባ እዩ ኔሩዎ።ከምኡ'ውን ህዝቢ እቲ ዓዲ ናብራ ካብ ምቕላሉ ብምኽባዱ ዝሕነስ፡ሓባራዊ ሞት ዘለዎ ኮይኑ ሓደ እንተነቒሑ ከም ዕቡድ ዝረኣየሉ፡ዝኾነ ሰብ ካብ ባህሊ'ቲ ዓዲ ከየምልጥ ድማ ሓደ ነቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ሞት ዝሕልወሉ፡ጎይታ ነቲ ዕዉር ኣሚንቱ'ኳ እንተኣብርሃሉ እቶም ዓዲ ግን ምሕዋዩ ከጠራጥርዎ ስለዝኽእሉ፡ምርኣዩ እንተደኣ ተጠራጢሩ ከኣ ምርኣይ ደው ንኽየብሎ፡ጎይታ እቲ ዕዉር ምሕዋዩ ከይጠራጠር ካብ'ቲ ዓዲ ኣውጽኦ።ምስ ኣሕወዮ'ውን ንደሓር ማለት ናብ'ቲ ዓዲ ንኽይኣቱ ኣዘዞ።እዚ ማለት ከኣ ናብቲ ሰፈር ዘይኮነስ ናብቲ ናይቲ ዓዲ ኣተሓሳስባ ንኽይምለስ ኣተሓሳሰቦ።ካብዚ ድማ ነዓና ናብቲ ንዑቕ ኣተሓሳስባ ዓለም ዳግማይ ንኽይንምለስ የረድኣና።

ካልኣይ ካብ'ቲ ዓዲ ዘውጽኣሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ዓይነ-ስዉር ካብቲ ዓዲ ምስዝወጽእ ክርእዮ ክንዲዝኽእል መታን ክርኢ'ዩ።ማለት ሓጹርን ኩርባን ከይከልከሎ ካብ ኣድማስ ናብ ኣድማስ መታን ክርኢ ካብ'ቲ ዓዲ ኣውጽኦ፡ስለዚ ዓዲ ዝውንኖ ኣተሓሳስባ ኣሎ፡ናይ ዓዲ ኣታሓሳስባ ከኣ ድሩት'ዩ።ኩሉ ነገር ብመንጽር ዓዲ ምግምጋም፡ኣነ ከምዚ ኢየ እንዳበልካ ብዝነበረ ምኹራዕ፡ካብቲ ማሕበረ-ሰብ ከይትንጸል ንሓሶት ሓቂ እንዳበልካ ምንባር፡ ነቐፈታ ፈሪህካ ንሓቂ ምድርባይ እዚ ኩሉ ናይ ዓዲ ኣተሓሳስባ ኢዩ።ነይታ ድማ ካብዚ ክንወጽእ ይደሊ፡ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ናብራ ናይ ከይብሉኒ ገመድ በቲኹ ብሓቂ ከንበረና ይደሊ፡ከውጽኣና ከሎ ከኣ ብኢዱ ሒዙ'ዩ ዘውጽኣና።ድሒሩ ምስ ኣብርሃልና ግና እንዳተመልከትና ወይ እንዳጠመትና ንጓዓዝ።ከውጽኣና ከሎ ብዙሕ እንዳ ኣቀባጠረ የውጽኣና፡ምስ ኣብርሃልና ግና ገዛእ ርእስና ንህብ።

ኩሉ ነገር ካብ ኣንጻር ዘለናዮ ምምዛን፡ዝበለጸ ነገር ዘይምርኣይ፡ዝበለጸ ኣሎ ኢልካ ዘይምእማን ከቢድ ኢዩ።ዓዳውነት ካብ ዓድና ንላዕሊ የለን ኢልካ ንኽትኣምን የገድደካ።ልዕሊ ኣብ ዝኾነ ገዳም ዝተጸለየ ጸሎት ዝዓርግ ኣብ ገዳምና ጥራይ ኢዩ ኢሎም ዝዛረቡ ገዳማውያን'ውን ኣለዉ።በቲ ናቶም ድርቱነት ነቲ ዘይድረት(ዘይውሰን) እግዚኣብሄር ከም ዝውሰን ይመስሎም።እዚ ኣተሓሳስባ ግን ካብ ብዙሕ በረኸትን ሕብረትን ፈልዩ ብገለልትነት የንብሮም።ኣብ ካልኦት ጽቡቕ ኣረኣእያ እንተዘይብልና ንሕልናና ህውከተኛ ወይ ሰላም ኣልቦ ንገብሮ።እዞም ዓዳውነታዊ ዝሰብኩ ሰባት ብዙሓት ስለዝኾኑ ንብዙሓት ናይ ሕልና እሱራት ጌሮሞም ኢዮም።

ዓዳዊ ኣረኣእያ ካብ ኣድማስ ናብ ኣድማስ ንኸይንርኢ ይኽልክለና፡ስለዚ ድማ ካብ ራእይ ወጻኢ ንኸውን።ብሕብሪ፡ብቑንቋ፡ብዘርኢ ከምንሕጸር ከኣ ይገብረና፡ክርስትያን ግን ኢየሱስ ክርስቶስ ክሳብ ዝገዝኦ ጫፍ'ዩ ዝርኢ።

ነይታ ኣብ መጀመርያ ምድህሳስ እቲ ዓይነስዉር ብዙሕ ለውጢ ኣይተጸየበን፡"ገለ'ዶ ትርኢ ኣለኻ"፤ክብል'ውን ሓተቶ(ማር 8፡23)።ኣብ መጀመርያ ፍጹም ነገር ምጽባይ ናይ ዕቤት ሕጊ ዘይምኽባር፡ኩሉ ግዜ ጀሚርና ከምነቋርጽን ብኹሉ ሰብ ከኣ ተስፋ ከምንቑርጽን ይገብረና።ብርሃን መዓልቲ እንዳሰፍሐን እንዳደመቕን ኢዩ ዝመጽእ፡ክሳብ ምሉእ መዓልቲ ዝኸውን ከኣ ስቕ ኢሉ ይግስግስ።ሰባት ብርሃን እንተደኣሪኦም ከኣ ካብ ጸልማት ከምዝወጹ ዓቢ ምልክት ይኾኖም።ነይታ "ገለ'ዶ ትርኢ ኣለኻ" ምስ በሎ፡-"ጃሕ ኢሉ ሰባት ከም ኣእዋም ክመላለሱ እርኢ ኣለኹ" በሎ(ማር 8፡-23)፡፡ሰባት ከምሰባት ዘኮኑስ ከም ኣእዋም ክመላለሱ ተራእይዎ፡እዚ ከኣ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ምድህሳስ ኢዩ።"ከምብሓድሽ ድማ ኣእዳዉ ኣብ እዒንቱ ኣንበረሉ'ሞ ኣጸቢቑ ጠመተ ሓወየ ንኹሉ ከኣ ብንጹር ረኣዮ"(ማር 8፡-25)።

ብዙሓት ምሁራት ኣብ ናይ መጀመርያ ምድህሳስ እዮም ዘለዉ፡፡ሓካይም፡ ፈረድቲ፡መምህራን...ንሰብ ብዋጋ ኣግራብ ይርእይዎ፡ኣነጺሮም ክሪኡ ስለዘይክእሉ ንሰብ ብናይ ሰብ ዋጋ ክርእይዎ ኣይኮነሎምን።ዝኾነ ይኹን ፍልጠት በይኑ ራእይ ክኸውን ኣይክእልን፡ገለ ንምርኣይ ግን ይሕግዝ ይኸውን፡እንተኾነ ካልኣይ ምድህሳስ የድሊ።ኣነ ራእይ ኣለኒ'ዶ፤ኢልካ ምሕሳብ ናይ ግድን ኢዩ።ምድሓን ናይ'ቲ ዓይነ-ስዉር ንኻልኦት ኣነጺሩ ክርኢ ብምኽኣሉ ኢዩ ተረጋጊጹ።ንዘይንፈልጦን ብጻይና ንዘይኮነን ጽቡቕ ንዘይገበረልናን እንገብሮ ልግሲ ራእይ ከምዘለና የነጽር፡"ናተይ ረዲኤት ዘድልዮ ኩሉ ብጻየይ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ በዓል ራእይ የብለካ"።

ኣጽሪና ክንርኢ ከለና ሃገርናን ተስፋ ዝገብሩልናን ቤተ-ሰብናን ልዕሊ ኩሉ ንዘድሓነና እግዚኣብሔርን ክንርኢ ንጅምር።ናብ'ቲ ዝነበርናዮ ኣተሓሳስባ ካብ ምምላስ ከኣ ንድሕን።ንራእይና ብመጀመርያ ኣብቶም ብቕንዕና ዝቕበሉና ፈተውትና፡ቀጺልና ድማ ኣብቶም ክቃወሙና ዝኽእሉ ክንገልጾ ክንጀምር ኣለና፡ምኽንያቱ ዝጸረየ ዕላማ ምሉእ ምሕዋይ ኢዩ።

ዝዓበየ መምዘኒ

እግዚኣብሄር ንወዲ ሰብ ከድሕኖ ከሎ ንትምክሕቲ ዝኸውን ዋላ-ሓንቲ ቦታ ከይገደፈ ኢዩ ዘድሕኖ።ሰብ ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝዋረድ ብከንቱ ትምክሕቲ ክምላእ እንከሎ እዩ።ሰብ ካብ ርእሱ ዝኾነ ገለ ሰናይ ዘይብሉ ክኸውን ከሎ በቲ ዝተጎናጸፎ ዓወት ንእግዚኣብሄር ክብሪ ክህብ ይግብኦ።ትሑታት ናብ ዝራሓቐ ተስፋ ክቕርቡ ከለዉ ትዕብተኛታት ግና ዝጨበጥዎ ዓወት ይምንጠሉ፡ነዚ ዘቕረብናሉ ምኽንያት ከኣ ንደቂ እስራኤል ምድያናውያን ምስ ኣጨነቕዎም መሪር ብኽያት ከምዘስምዑን እግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ብርቱዕ ሰራዊት ድኹም እየ ብዝብለ ጌደዎን ከድሕኖም ከምዝደለየ ንምጥቃስ ኢዩ።ጌደዎን ንኹናት ምስተጸውዐ '32' ሽሕ ህዝቢ ተኽቲልዎ ወጸ፡እንተኾነ እግዚኣብሄር ብብዝሒ እቲ ህዝቢ ኣይተሓጎሰን።

ጌደዎን ብቕልጽመይን ብብዝሒ ህዝብን'የ ድሒነ ከይብል መታን እግዚኣብሄር ነቲ ህዝቢ ኣውሕዶ በሎ።እቲ ናይ ህዝቢ ምጉዳል-ኣዋጅ ከኣ፡-"ዝፈርሐን ዝሰንበደን ይመለስ" ዝብል ነበረ።እዚ ኣዋጅ ምስ ተኣወጀ 22 ሽሕ ህዝቢ ፈሪሑ ተመልሰ፡እንተኾነ እግዚኣብሄር ሕጂ'ውን ብዓሰርተ ሽሕ ህዝቢ ደስ ኣይበሎን ንትምክሕቲ ድማ ቀዳድ ክገድፍ ኣይደለየን (መሳ 7፡-1-7)።በዚ መሰረት እግዚኣብሄር ንጌደዎን ነቲ ህዝቢ ሒዝዎ ናብ ሩባ ክወርድ ኣዘዞ።ኣብኡ ድማ ክልተ መፈተኒ ክጥቀም ነገሮ፡መጀመርያ ኣሳትያ-ከልቢ ማይ ዝሰትዩ ዝኾኑ ንበይኖም ፍለዮም በሎ፡ካልኣይ ድማ ማይ ብኢዶም ሓፊኖም ዝሰትዩ ንበይኖም ፍለዮም በሎ።እቶም እግዚኣብሄር ዝመረጾም ከኣ ነቶም ማይ ብኢዶም ሓፊኖም ዝሰትዩ ነበሩ፡ስለዚ ድማ 300 ሰባት ጥራይ ተረፉ፡እግዚኣብሄር ከኣ ነቶም 9.700 ሰባት ክምለሱ ኣዘዘ።እቶም ዝተረፉ ሰለስተ ሚእቲ ሰባት ግን ንማሕበራዊ ናብራ ደኣምበር ንሃገራዊ ኩናት ብብቕዓት ክስለፉ ይኽእሉ'ዮም ኢልካ ምግማት ኣይከኣልን ነበረ፡እንተኾነ ግን ትሕት ኢልና ምስ እንዕዘብ 300 ሰራዊት ዓወት ንኽርኢ እምበር ዓወት ንኽሰርሕ ዝወጸ ኣይነበረን፡ምኽንያቱ እቲ ዓወት ናይ እግዚኣብሔር'ዩ ኔሩ።

ሰራዊት ናይ እግዚኣብሄር ከኣ መምዘኒኡ እዚ'ዩ፡ማይ ንህይወት ወድ-ሰብን ከልብን ኣድላዩ ኢዩ፡ኣብ ኣሰታትያኦም ዝጥቀሙሉ ሜላ ግን ዝተፈላለየ ኢዩ።ከልቢ ከይረኣየ እንተሰተየ ኣይውቀስን'ዩ፡እቲ ከስተውዕል ዝግብኦ ወድ-ሰብ ግና ይውቀስ'ዩ።እቶም ከም ናይ ከልቢ ማይ ዝሰትዩ ብዛዕባ ጽምኣቶም ጥራይ'ዮም ዝሓስቡ፡ነቲ ዝተበከለ ናብ ውሽጦም ዘእትውዎ መርዛም ነገር ግን ኣየስተውዕሉን እዮም።"ንእምነት ቅኑዕ ዝገብሮ ብምእማንና ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ዝኣመናሉ ነገር'ከ ቅኑዕ ድዩ፧"ምስ እንብል ኢና።ሰባት ሓቂ እንተዘይተረዲእዎም ኣብ ገረብን እምንን ከምኡ'ውን ንኻልኦት ኣብ ምጥፋእ ክኣምኑ ይኽእሉ'ዮም።በዚ ምእማኖም ግና ነቲ እምነቶም ቅኑዕ'ዩ ኣየብሎን፡ምኽንያቱ ኩሉ ዝሰምዕዎ ዝቕበሉን ምስ ዝጉዓዝ ዝነቕሉን እዚኣቶም ሰራዊት እግዚኣብሄር ንም'ኗን ኣይክእሉን።ነቲ ሰናይ ነገር ፈቲኖም ዝሕዙ ግና እዚኣቶም ሰራዊት ናይ እግዚኣብሄር እዮም(1 ተሰሎ 5፡-20)።

ኩላትና ጀመርቲ ራእይ ክንከውን ኣይንኽእልን፡ተቐበልቲ ራእይ ክንከውን ግን ንኽእል ኢና።ሰብ ዘይጀመሮ ተግባር ክንጅምር ናይ ግድን ኣይኮነን፡ዝተጀመረ ሰናይ ነገር ናብ መፈጸምታ ምብጻሕ ግን ብሉጽ ራእይ ኢዩ።እቲ እንቐበሎ ራእይ ከም ከልቢ ሓዋዊስካ ምስታይ ዘይኮነ ከም ሰራዊት እግዚኣብሄር ኣጽሪናን ኣረጋጊጽናን ክንቅበሎ ይግብኣና።ራእይ ዝቐመጠሉ ኣካል ልብና ብምኽኑ ናብ ውሽጥና እነእትዎ ነገር ክንጥንቀቐሉ ይግብኣና።ዝጸረየ ዕላማ ንማሓዝ ንግዚኡ ብዙሕ ምምርማር የድልዮ ይኸውን ኢዩ፡ኣብ መወዳእታ ግና ኣብ ዓዓመቱ ነቲ ፍረ ክንኣርዮ ናይ ግድን'ዩ።ቃል-እግዚኣብሄር፡-"ኣእምሮ ዘይብሉ ህዝቢ ክምንቆስ'ዩ" ይብል(ሆሰዕ 4፡ 14)፡ስለዚ ንራእይና ብምስትውዓል ክንቅበሎ ይግብኣና።

"ዝጸረየ ዕላማ መንነትካ(ገዛእ ርእስኻ) የርእየካ" ከም ዝተባህለ ራእይና ንጹር ክሳብ ዝኾነ መንነት ገዛእ-ርእስና ንኽንርእን ኣብ እግዚኣብሄር ክንድገፍን የኽእለና።

<u>ነስተውዕል</u>

- ✓ ነፍስ-ወከፍና ዝተፈላለየ ብጽሒት ምሓዝና ንህይወትና ዝተማልኣት ይገብራ።
- ✓ ናይ ናብራ ምስጢር፡-"ኣነ ንዓኻ ንስኻ ንዓይ ዝብል" እዩ።
- ✓ ሓቀኛ ፍልጠት ናይ ኣገልጋሊ እምበር ናይ ጎይትነት መንፈስ የብሉን።
- ✓ ኣሳልጦና ንገዛእ ርእስና ብዝረባሕናዮ ዘይኮነስ ንኻልኦት ብዘርባሕናዮ'ዩ ዝምዘን።
- ✓ ንዓቢ ኣምላኽ ምእማን ዝጸልአ ንንእሽተይ ነገር ምግዝኡ ኣይተርፎን'ዩ።
- ✓ ሓቂ ብምዝራብና ጥራይ ዝምስገን ኣይኮነን፡ዝተዛረብናሉ መንፈስ ካልኦት ንምልዋጥ ምስዝናፍቕ ኢዩ'ቲ ሓቂ።
- ✓ ገዛእ ርእስኻ ምርኣይን ገዛእ ርእስኻ ምርካብን ናብ ዝልውጥ ኣምላኽ ንኽንጽጋዕ የኽእለና።
- ✓ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሰብ'ኺ ገዛእ ርእሱ እንተኽሓደ፡ባዕሉ ግን ንገዛእ ርእሱ ይኣምና።
- ✓ ዓቢ ስሕተት ምውዳቕ ዘይኮነ ወዲቕካ ምትራፍ'ዩ፡ዝሓለፈ ስሕተትና እንተድኣ ተማሂርናሉ ዘመጉሰና ኢዩ።
- ✓ ነጺሩ ዘይርእ ራእይ ናይ ቀትሪ ሕልሚ ድኣ'ምበር ራእይ ኣይኮነን፡ንጹር ዕላማ ኣብ ኣረኣእያና ኮይኑ ተግባር ዘስዕብ ኣረኣእያ ኢዩ።
- ✓ ራእይ ዘይብሉ ግብሪ ክህሉ ይኽእል እዩ፡እዚ ግና ከም መሕለፊ ግዜ እትገብሮ ምንቅስቓስ ኢዩ።
- ✓ ኩሉ ነገር ኣንጻር ዘለናዮ ምምዛን፡ዝበለጸ ነገር ዘይምርኣይ፡ዝበለጸ ኣሎ ኢልና ዘይምእማን ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ።
- ✓ ክርስትያን ክሳብ ክርስቶስ ዝገዝኡ ጫፍ'ዩ ኢዩ ዝርኢ።
- ✓ ዝኾነ ይኹን ፍልጠት በይኑ ራእይ ኣይከውንን ኢዩ።
- ✓ ዝጸረየ ዕላማ ምሉእ ድሕነት ይህብ።
- ✓ ትሑታት ናብ ዝረሓቐ ተስፋ ክቐርቡ ከለዉ ትዕቢተኛታት ግና ዝጨበጥዎ ዓወት ይምንጠሉ።
- ✓ ዝተጀመረ ሰናይ ነገር ናብ ፍጻሜ ምብጻሕ ራእይ ይበሃል

ምዕራፍ 12

ዓይኒ ዘለዎ

እዛ ምዕራፍ እዚኣ ቅድሚ ምጽሓፈይ ንፉስ ክወስድ ኢለ ሓያለ ደቓይቕ ተጻዓዝኩ።መንፈስ ቅዱስ ምሳይ ክሳብ ዝሃለወ፡ናይ ሳዕሪ ቆጽሊ ንትምህርተይ ከምዝገብረለይ ልበይ ይኣምን ነበረ።ንኽምለስ ታክሲ እናተጸበኹ ብመራሒ ዝኸዳ ዓባይ ሰበይቲ ክልምና ጽግዕ በላኒ።እዘን ሰበይቲ እዚኣን ይፈልጠን'የ ኢለ ክዝክረን ፈተንኩ፡ ጸኒሐ ከኣ ኣብቲ ታክሲ ዝጽበየሉ ቦታ ከምዝፈልጠን ዘከርኩ።ጽቡቕ ጌረ ክዝክረን ዘኽኣለኒ ምኽንያት ግን ኣብዚ ቦታ ሓደ ብር ስለዝሃብኩወን ኢየ፡ምኽንያቱ ሓደ ብር ብኣይ ዓቢ ህያብ እዩ።ካብ ኩነታተን ንላዕሊ እቲ ሓደ ብር ትዝ ስለዝበለኒ ንገዛእ ርእሰይ ተዓዘብኩ። እወ ብዙሕ'ኳ እንተለመና ልበይ ግን ክርህርህ ኣይከኣለን፡ንምንታይ ልበይ ከምዝተረረ ገዛእ ርእሰይ ክፍትሽ ጀመርኩ፡ሓደ ብር ንዓመት ይኣክል ኢለ ዶ'ኾን ይኸውን፧እግዚኣብሄር ንሸለልትነተይ ይቕረ ይበለለይ።

ቁራብ ጸኒሐ ጽብቕ ጌረ ምስ ዘከርከርኩዎ ሽዑ ቀልጢፈ ክልግሰለን ዘገደደኒ ይግብኣን'ዩ ኢለ ናብ ኢደን ዘቕበልኩወን ብዜማ ይልምና ስለዝነበራ እዩ።ኦረ'ኳ ደኣ እቲ ዜማ ኣብ ውሽጠይ ተንከፈኒ፡እወ እቲ ዜማ ከኣ'ዩ ክሳደይ ዘነቕነቕኒ፡ንዓይ ድማ ንጸገመን ዘይኮነስ ንዜምአን ስለዝለገስኩለን ኣተሓሳሰበኒ።ሎሚ ክልምና ከለዋ ዝተጸመምኩወን ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ብዜማ ስለዘይለመና ድየን፧ኢለ'ውን ሓሰብኩ።እታ ዝሳፈረላ መኪና ከኣ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ እናመለአት ከደት፡ልበይ ግን ፈጺሙ ኣይፈርሐን፡ነተን ሰበይቲ'ውን ዝኾነ ሰብ ኣይራህርሃለንን።እቲ ናይ ቀደም ዜማ እንተዝጥቀማ ግን ኩሉ መውሓዘለን ኔሩ።ወዲ ሃገርና ዜማ እንተድኣ ሰሚዑ ንዘይፈልጦ ኩናት ከይተረፈ'ዩ ህያቡ ዘንጠብጥብ።

እዘን ሰበይቲ'ዚኤን ጥሜት ቤተን የዕጽዩ ካብ ሓንቲ ናይ ኢትዮጵያ ገጠር ክወጻ ዘገደደን እየን።ወይዘሮ'ኳ እንተኾና ኣብ መንኮበን ሰው ዘብላኦ ነገር ስለዘይብለን፡ኩናት ሰሚዐን ካብ ገዝኣን ዝወጻ ኢየን ዝመስላ።ቀሚሸን ድሙቕ ቀጠልያ ኮይኑ ሕብሪ ገጸን ብዙሕ ዘይቀያሕ ጽልም ኢለን ጥሜት ዘጸምለወን ነበራ።ኩሉ'ኳ ስቕ እንተበለን መሊሰን ግን ሓንቲ ልመና ኣስመዓ፡ኣብ ጥቓይ ዝነበረ መንእሰይ ከኣ ራህርሃለን'ሞ ሓደ ብር ሃበን።መቸም ናይ ሎሚ መንእሰይ ቅኑዕ እዩ።ኣዴታቶም እንተዝኾና ሓሙሽተ ብር ክሳብ ዝርከብ ቦርስኣም ክፍትሹ ምውዓሉ ኔሮም።ስኢኖም'ዮም ትብሉ ትኾኑ፡እንተዝረኽቡ'ውን ገንዘብ ሂቦም ካብ ኣዴታቶም ኣይምተረፉን ኔሮም።

ነቲ ዝተኾበ መንእሰይ ንኽቶኩብ ልቡ ዝተንከፎ፡ነዓይ ከኣ ፒሮይ ካብ ኣፍልበይ ንኽውጽእ ዝደፋፍኣኒ ቃል፡-"ደቀይ ኣይትሰልችዉ፡ዓይኒ ዘለዎ ንጉስ እዩ" ዝበልኦ ቃል እዩ።እዚ ቃል'ዚ ንልቢ'ቲ ወዲ ኣርዓዶ፡ነእምሮይ ከኣ ኣነቓቕሑ።እቲ ሓደ ቃል ናብ ዝተፈላለየ ትርጉም ነጎደ፡ንሓደ ኣራህርሆ ንሓደ'ውን ኣመራመሮ።"ዓይኒ ዘለዎ ንጉስ'ዩ በጃኹም ራህርሁለይ" በላ።ኣነ ከኣ ነዚ ኣረፍተ ነገር እናጸሓፍኩ ንድኻ ጥበብ፡ንሃብታም ገንዘብ ዝሃበ ጎይታ ኣድነቕኩ።ብዙሕ ሰብ እዝኑ ንሃብታም'ዩ ዝሀቦ።እወ ክጥዕሞን ዘይክጥዕሞን፡እንተሰሓቕን እንተዘይሰሓቕን ንዘረባ ሃብታም ክሳድ ምንቕናቕን ዓው ኢሉ ክስሕቕን ኢዩ ዝደሊ።ሕሊናኡ ከኣ ሸይጡዎ እዩ፡ጥበብ ግን ንድኻ'ዩ ተዋሂቡ።ሓደ ሓደ መግብታት ብዙሕ ሓዊ ምስ ዝረኽቡ መቕረቶም ከምዘውጽኡ ኮይኖም ተፈጥሩ፡ብዝሒ መከራ ኽኣ ጥበብ ዘመንጭወሎም ሓደ ሓደ ሰባት ኣለዉ።

ታክሲ መሊአ ማዕጾ ክዕጾ ምስ ቀረበ፡-“ደቀይ ኣብ ዘይፈልጦ መገዲ ኣትዮ’ዮ’ሞ ሓግዙኒ” በላ።ዘይፍለጥ መገዲ የደናግር እዩ።ልመና ዳሕረዋይ ዕዳ ኮይኑ ምጻሩ ከምዝሰኣና ክገልጻ ከለዋ ኣእዳወይ ኣንቀጥቀጠ።ኣብ መንገዲ ንገዛይ ክሳብ ዝምለስ ኣብዘይቋርጽ ሓሳብ ሰረገላ ተጻዒነ እናስተንተንኩ ተመለስኩ።ከሲበ ስለዝተመለስኩ ዘይክሰር ሰዓት ስለዝሃበኒ ንጎይታይ ክብሪ ሃብኩዎ።

ሓድሽ ጥበብ ንዝሓለፈ ጥበብ ስለዘላዓዕል ሓደ ሰብ ትዝ በሉኒ።እዞም ሰብኣይ ናይ ስራሕ ጉበዝናኣምን ናይ ኣካል ብቕዓቶምን ዝተዳለወ፡ንዝደኸመ ሰብነት ዘብርህ ገጽን ነበሮም።ሃንደበት ግን ምስሖም እናበለዑ ኣብ ገዝኦም ዓዊሮም ተረፉ፡ስለዚ ክሓቶም ናብቲ ዘለዉዎ ገዛ ከድኩ።ገጽ ሰበይቶም እንተዝጠዓም ካብ ዕረ ንላዕሊ ምመረረ ኔሩ።እቶም ሰብኣይ ናይ ሓይሊ ድኻም ክስምዖም ከሎ እተን ሰበይቲ ከኣ ኣብ ዘረብኦን ብርቱዕ ድምጺ እናስመዓ ህሩግ ኢለ ገዝኦም ኣተኹ።ብዙሕ ድሕሪ ምዕላልና እተን ምስ ዓይነን ዝነበራ’ሞ ዓይነን ዝዓወራ ዓይነን እናገላበጣ፡-“ወደይ ሓይለይ ጌና እዩ ብዙሕ ክሰርሕ ከኣ ምኽኣልኩ ኔረ፡እንተኾነ “ዕዉር ጅግና የለን” በላኒ።እዘን ናይ ሕጂ ሰበይቲ ከኣ ነተን ናይ ቅድም ዓይነ-ስውርቲ ሰበይቲ ኣዘኻኽረኒ።እወ ናይዘን ሰበይቲ ኣዘራርባ “ዓይኒ እንተሊይኩም ጎይታ ኢኹም” ማለተን’የን።“ውላድ ካብ ዝጸውዐ ዓይኒ ዝጸውዐ” ዝበሃል ምስላ’ውን ኣሎ።እዘን ሰብይቲ እዜን ከኣ፡-“ንዝሰርሕዎ ካብዘይተራእየ፡ጉልበት ንበይኑ ናይ ጅግንነት ስራሕ ኣይዓምምን” ማለተን’የን።ናይ ጅግንነት ምንጩ ከኣ ሓይልን ራእይን እዩ።

ናይተን ሰበይቲ ኣዘራርባ ወሲደ ብመንፈስ ተርጎምኩዎ፡ብስጋዊ ዓይኒ ዘይኮነ ብናይ ልቢ ብርሃን ብራእይ ከኣ’የ ቶርጊመዮ።“ራእይ ዘለዎ ንጉስ (መራሒ) እዩ”ኢለ ከኣ ተረዳእኩዎ።ጎይታና ብዛዕባ’ቶም ዘየስተውዕሉ መራሕቲ ህዝቢ ክዛረብ ከሎ፡-“ዕዉር ንዕዉር እንተመርሐ ክልቲኦም ናብ ጉድጓድ ይወድቁ” ክብል ተዛረበ (ማቴ 15፡14)።ጎይታና ብዛዕባ ናይ ስጋ ዓይነስውርነት ኣይተዛረበን።እንታይ ደኣ እቶም ብዘይ ራእይ ዝመርሑ መራሕቲ ጠፊኦም ከምዘጥፍኡ ንምግላጽ እዩ።ኣብዚ ምዕራፍ’ዚ ካብቶም ዓይኒ ዝነበሮም መራሕቲ (ሰብ-ራእይ) ሓደ ካብኦም ንሙሴ ምግላጽ ተደላዪ እዩ።ብዛዕባ ሰብ ራእይ ክንትርኽ ከለና ራእይ ጉልሕ ክብለልና ይኽእል፡ትርጉሙ ከኣ ግልጺ ይኾነልና።ንሙሴ እናዘከርኩ ካብ ገዛይ ወጺአ ስለዝነበርኩ እተን ሰበይቲ፡-“ዓይኒ ዘለዎ ንጉስ’ዩ” ክብላ ከለዋ ነቲ በዓል ዓይኒ ሙሴ ከስተንትን ጀመርኩ፡ቃል ኣብ ግዝይኡ ክትግበር ከሎ ክብሪ ኣለዎ።ሰሎሞን፡- ብግቡእ ግዜ ዝተዘርበ ቃል ከምስልማት ወርቂ ኣብ ጻሕሊ ብሩር እዩ በለ (ምሳ 25፡11)።

በዓል ዓይኒ መራሒ ኢዩ

ካብ ፍሉጣት ሰብ-ራእይ፡መራሕቲ፡ናይ ናጽነት ተዋጋእቲ፡መሳፍንቲ፡ ጥበበኛታት ሓደ ሙሴ እዩ። ሙሴ ንሕጊ ኣምላኽ ማእከላይ ኮይኑ ዝተቐበለ ነቢይ እዩ።ንሕና መቐጸዕቲ ንዘመጽእ ሕጊ ስለእንፈርሕ፡መብዛሕትና ከኣ ንሙሴ በዚ ዓይኒ’ዚ ስለእንሪኦ ብሓጎስ ኣይንዝክሮን ኢና።ሙሴ ግን ገዛእ ርእሱ ዝወፈየ በዓል ራእይ ነበረ፡ ንናጽነት ኣብ ዝተኸፍለ ዋጋ’ውን ምስክር ነበረ።ውሑዳት ደቂ ያዕቆብ ብሰንኪ ጥምየት ንግብጺ ወሪዶም ህዝቢ ኮኑ።ሃገሮም ረሲዖም ከኣ ኣብ ግብጺ ብግዝያዊ ምቾት ተጸምዱ።ንሳቶም ንግብጺ ብምቕባል’ኳ እንተተታለሉ፡ግብጺ ግን ስለዘይተቐበሎም ሞት ክውስነሎም ጀመረ።ግብጺ ብመሪር ናይ ስራሕ ጽዕነት’ኳ እንተሳቐዮም፡-“ንሶም ግን ከምዘይተጨነቐ ኣዝዮም በዝሑ” (ዘጽ 1፡12)።ምብዛሕ ደቂ እስራኤል ድማ ንግብጻውያን ዓቢ ስግኣት ምስኮኖም፡ክወልዱ ከለዉ ወዲ እንተኾይኑ ንኽቕተል ጓል እንተኾይና ብህይወት ንኽትነብር ኣዋጅ ኣወጁ።

ንዝውለድ ወዲ ዘበለ ጌና ካብ ማህጸን ኣብ ዝወጻሉ ክቕተል ትእዛዝ ወጸ፡ እዚ ከኣ ወለዶታት ዘምክን ጨካን ኣዋጅ ነበረ።ወዲ ተባዕታይ ናይ ዘርኢ መራኸቢ፡ናይ ቤተሰብ ተሓላቒ፡ናይ ሃገር ንጉስ፡ናይ ቤተ መቕደስ ካህን፡መራሒ ሰልፊ እዩ።ግብጺ ግን ንእስራኤል ወዲ ዘይብላ ንምትራፍ ተላዕለት፡እዚ ምጥፋእ ዘርኢ ከኣ ዝኸፍአ ወንጀል ነበረ።እንተኾነ ሓሳብ እግዚኣብሄር ስለዘይክልከል ኣብ እዋን ሞትን መቕዘፍትን እስራኤላውያን ይበዝሑ ነበሩ።

ኣዋጅ ንጉስ ኣብ ዝወጸሉን ሞትን መቕዘፍትን ኣብ ዝበዝሓሉን ዘመን፡ደቂ እስራኤል ይምርዓዉን ውላድ ይወልዱን ነበሩ።ሙሴ ከኣ ኣብዚ ናይ ሰይፊ ዘመን ተወልደ።ወለዱ ካብ ወገን ሌዊ ምኳኖም ደኣ ተጠቕሱ’ምበር ኣስማቶም ኣይተፈልጠን፡ ኣስማቶም’ኳ እንተዘይተጠቕሰ ስም ዘጸውዕ ውላድ ንሙሴ ወለዱ።ኣብቲ ዘመን’ቲ ነፍሰ-ጾር ርእሳ እትሓብኣሉ፡ወዲ ተባዕታይ ተወሊዱ ተባሂሉ ሓንስ ዘይግለጸሉ፡ናይ ሓራስ ጸዋሚት ዘይስምዓሉ፡መኻን ዕልል ትበል ዝበሃለሉ ዘመን ነበረ።ካብዚ ጸልማት እዚ’ውን ብርሃን ክወጽእ’ዩ ዝበሃል ትጽቢት ኣይነበረን።እግዚኣብሄር ግን ዘይግመት ስራሕ ብምስራሕ ንህዝቡ ከናግፎም ደለየ።

ሙሴ ምስተወልደ ኣዲኡ ንሰለስተ ወርሒ ሓብኣቶ (ዘጸ 2፡1)።ብኽያት’ቲ ህጻን ንደገ ንኽይወጽእ እንታይ ከምዝገበረት ፍጹም ኣይንፈልጥን ኢና፡እንተኾነ ድምጹ ድኹም ኣብ ዝነበረሉ ኣዋርሕ ሓብኣቶ።ጳውሎስ ብዛዕባ’ዚ ክዛረብ ከሎ፡-“ሙሴ ምስተወልደ ወለዱ ጽቡቕ ህጻን ምኳኑ ፈሊጦም ብእምነት ንሰለስተ ወርሒ ሓብኡዎ ኣዋጅ ንጉስ’ውን ኣይፈርሑን”በለ(ዕብ 11፡23)።ነቲ ጽቡቕ ህጻኖም ግን ክሳብ መወዳእታ ክሓብኡዎ ኣይከኣሉን፡ምኽንያቱ ባዕሉ ኣለኹ ዝብል ብርቱዕ ድምጺ ካብኡ ወጸ።

ጽቡቕ ንዝኾነ ነገር እንስውረሉ ግዜ የድልየና እዩ፡እንተዘይኮይኑ ነቲ ጽቡቕ ዝኾነ ነገር ወጋሕታ ክንስእኖ ንኽእል ኢና።ነቲ ጽቡቕ ነገር ክንስውሮ ዘድልየና ከኣ ንሕና ኣቕዲምና ከነጣጥሕ ስለዘለና እዩ።ናብ ካልኦት ቅድሚ ምፍሳስና ቀዲምና ንሕና ክንመልእ ይግብኣና።ኣብ ልብና ንዝተወልደ ራእይ እንሓብኣሉ ወርሓት የድልየና እዩ፡ቀዲምና ብምዝራብ ንራይእና መገዲ ከይንዓጽወሉ መታን ንግዝይኡ ክንስውሮ ናይ ግድን’ዩ።ካብዚ ሓሊፍና ዓቕምና ብምውሓዱ ብጽኑዕ መከራ ክንስነፍ ክንግደድ ኢና።ራእይና ኣብ ቅድሚ ንፋስ እንቕበሎ ንብረት እዩ፡ብጽኑዕ እንተዘይሒዝናዮ ከኣ እቲ ንፋስ ይምንጥለና። ኩሎም’ቶም ዝህነጹ ህንጻታት ብቕዓት ኮይኖም ዝቖርቡ ንኻልኦት ከኣንግዱ ኣብ ዝኸኣሉሉ ደረጃ’ዮም።“ህዉኽ ዝብኢ ቀርኒ ይነክስ”ከምዝባሃል፡ብታህዋኽ ዘጽግበና ገዲፍና ስኒ ዝሰብር ከይንነክስ ክንጥንቀቕ ኣለና።

ኣደ ሙሴ፡- “ነቲ ህጻን ክትሓብኣሉ ኣብ ዘይከኣለትሉ ግዜ ንሳጹን ቅጥራን ለቕሊቓ ነቲ ህጻን ኣብኡ ኣቕመጠቶ፡ኣብ ጫፍ ወሓዚ ከኣ ገበረቶ”(ዘጸ 2፡3)።ሓፍቲ ሙሴ ከኣ ነቲ ህጻን ብርሑቕ ትከታተሎ ነበረት፡እንተኾነ ግን ሓደ ኣደናቒ ነገር ተፈጥረ።ጓል ፈርኦን ክትሕጸብ ናብቲ ጫፍ ወሓዚ ምስወረደት ኣብ ሳጹን ዝተቕመጠ ህጻን ረኸበት’ሞ ከተዕብዮ ወሰደቶ።ሓፍቲ ሙሴ ከኣ ንጓል ፈርኦን፡-“ነዚ ህጻን እተጥብወልኪ ሰበይቲ ካብ ኣንስቲ ዕብራውያን’ዶ ከምጽኣልኪ፧” በለታ(ዘጸ 2፡7)።እቲ ህጻን ከኣ ብጥበብ እግዚኣብሄር ጡብ ኣዲኡ እናጠበወ ዓበየ።ጓል ፈርዖን ከኣ ነዲኡ ደሞዝ ምኽፋል ጀመረት።እንተኾነ ራእይ ክሳብ መወዳእታ ክትሓብኦ ኣይከኣልን።ጎይታ ንደቀ መዛሙርቱ ንማንም ከይነግሩ ዝኣዘዘሉ ዘመን ነበረ (ማቴ 17፡9)።“ስበኹ ኢሉ ዝኣዘዘሉ ዘመን ከኣ ነበረ” (ማር 16፡8)። ደቂ-መዛሙርቱ ሓይሊ ኣብ ዝተመልኡሉ ግዜ ግን ሰቕ በሉ’ኳ እንተተባህሉ፡-“ንሕና

ዝረኣናዮን ዝሰማዕናዮን ካብ ምዝራብ ስቕ ኣይንብልን ኢና" በሉ (ግ.ሃ 4፡20)።ኣብ ዘመነ ምግላጽ ክትገልጽ ምኽኣል እምበኣር ጽቡቕ ኢዩ።

ካብ ድኻታት ዝተወልደ ሙሴ ናብ ቤተ-መንግስቲ ኣተወ፡ባጀት ቤተ መንግስቲ እናተሰልዓሉ ብኢድ ኣዲኡ ዓበየ።ንብዙሓት መዋጽኦ ዝኸውንን ተስፋ እግዚኣብሄር ዝፍጸመሉን ሙሴ ኣዲኡ እናመሃረት ኣዕበየቶ።ሙሴ ናይ መንነት ዕንቅፋት ከይገጠሞ ዓበየ፡ኣዲኡ ግን ንሱ'ኳ ብህይወት እንተነበረ ብዙሓት ግን ይሞቱ ምህላዎም ፍሉይ ቅንኣት እናነገረት ኣዕበየቶ።ሙሴ ከም ወዲ ጓል ፈርኦን ይዓቢ ስለዝነበረ ኩሉ ነገር ኣብ ዝተመዓራረየሉ ግዜ እንታይ ክገብር ኢሉ ንኸይጭነቕ ኣዲኡ ኣቕዲማ ራእይ ኣቕመጠትሉ።ራእይ እንተልዩ ዝመጽእ ሓይሊ ዘበለ ኩሉ ንጽቡቕ'ዩ ዝኸውን፡ራእይ እንተዘየሎ ግን ዓቕሚ ዘበለ ኩሉ ናይ ጥፍኣት መሳርሒ እዩ ዝኸውን።

ሙሴ ወዲ ጓል ፈርዖን ተባሂሉ እናተጸውዐ ብዘይ ፍርሒ ዓበየ።ንናይ ጽባሕ ኣገልግሎቱ ዝኸውን ናይ ቤተ-መንግስቲ ስራሕ እናጽንዐ መእተውን መውጽእን እናፈለጠ ተዳለወ። ነቢይ ዳዊት፡-"ኣታ ሰልፊ እትምህረኒ ንውግእ'ውን እተዳልወኒ ሓላውየይ ዝኾንካ እግዚኣብሄር ተመስገን"ዝበሎ ነዚ እዩ (መዝ 144፡1)።

<u>ናይ ጉብዝንኡ ኣዋርሕ</u>

"ሙሴ ምስንበዘ ናብ የሕዋቱ ወጸ"(ዘጸ 2፡11)።ብዛዕባ'ቲ ብእዝኑ ዝሰምዖ ዝነበረ መከርኣም ብዓይኑ ከረጋግጽ ድማ ከኣለ።ኣርዑት ብጾትና ከይተሰከምና ኣርዑቶም ክኸብደና ኣይክእልን'ዩ፡ሰኽም እንተሊዩና ግን ሰኽም ንዘለዎም ክንሓዝነሎም ንግደድ። ሙሴ እምበኣር ነቲ መከራ ምርኣዩ ሰናይን ግቡእን ነበረ፡እንተኾነ ግን ኣብ ዘይግዝይኡ ስጉምቲ ወሰደ።ሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ ንእስራኤላዊ ክሃርሞ ምስረኣየ ዘርዩ ነቲ ግብጻዊ ቀቲሉ ኣብ ሑጻ ቀበሮ።ንጽባሒቱ ክወጽእ ከሎ ክልተ እስራኤላውያን ክበኣሱ ሪኡ ነቲ በደለኛ ንምንታይ ብጻይካ ትሃርም፤ምስበሎ፡እንታይ ኣእተወካ፤ከምቲ ነቲ ግብጻዊ ዝቐተልካዮ ነዓይ'ውን'ዶ ክትቀትለኒ ደሊኻ፤ምስበለ ሙሴ እዚ ነገር ተፈሊጡ'ዩ ኢሉ ፈርሐ።ፈርኦን ነዚ ምስሰምዐ ክቐትሎ ደለየ'ሞ ሙሴ ከኣ ሃዲሙ ኣብ ምድሪ ምድያም ተቐመጠ።ኣብ ዘይግዝይኡ ስለዝወጸ ድማ ንወላሓደ ሰብ ኣይማረኽን፡ንክልተ ሰብ'ውን ክዓርቕ ኣይከኣለን።

ሙሴ፡-"ኣብ ልዕሌና ሓለቓ ወይ ፈራዲ ጌሩ መን ሸመካ፤"ተባሂሉ ነበረ(ዘጸ2፡14)።ሽዑ ዝተቐለዱሉ ድሒሩ ግን ነጻ ዘውጽኦምን ዳኛኦምን ኮነ።ግዝይኡ ምስ ኣኸለ ንፈርኦን ምስ ሰራዊቱ ክስዕር ከኣለ።ብስጋዊ ቅንኣት እንወስዶ ስጉምቲ ንኻልእ ክንሕግዝ ዘይኮነስ ንርእስና ሃገር ገዲፍና ከምእንሃድም እዩ ዝገብረና።መሊስና'ውን ነቲ ከድሕን ዝኽእል ራእይ ክንቀትሎ ንኽእል ኢና።

<u>ብሓይሊ ተመለሰ</u>

ሙሴ ኣብ ናይ ስደት ሃገር ተመርዓወ ብዙሕ ነገር ከኣ ተማህረ፡እግዚኣብሄር ምስ ኣሸምገሎ ድማ ኣንነቱ ደርበየ።ንበዓል ራእይ ናይ ስጋ ጉልበት ዘይኮነስ ናይ ምስተውዓል ሓይሊ'ዩ ዘድልዮ።ሙሴ ናይ ሓሙኡ ኣባግዕ ክጓሲ ከሎ እግዚኣብሔር ተገልጸሉ'ሞ ራእይ ሃቦ።እግዚኣብሄር ናይ ህዝቡ መከራ ኣብዝረኣየሉ ብኢዱ ነጻ ኣውጺኡ መዓርን ጸባን እተውሕዝ ምድሪ ከም ዘውርሶ ተዛረቦ(ዘጸ 3፡1-12)።ሙሴ ኣቐዲሙ ይኽእል ኢየ ኢሉ ባዕሉ ምስወጸ ቀታሊ ነፍሲ ኮነ፡ድሒሩ እግዚኣብሄር ክጽውዖ ከሎ ግን ኣይክእልን በለ።ደሓር ሙሴ ናብ ህዝቢ እስራኤል ተመሊሱ ብዛዕባ ናጽነቶም ኣረድኦም።ንዕኦም ድሕሪ

ምእማኑ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደፊሩ ክዛረብ ከኣለ።እግዚኣብሄር ብዘደንቕ ተኣምር ንህዝቡ ካብ ግብጺ ኣውጺኡ ባሕሪ ኤርትራ ኣሳገሮም።

እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ምድረ-በዳ ኣሰልጠኖ፡ንእግዚኣብሄር ተኣዚዙን ድምጹ ሰሚዑን ምስ ወጸ ከኣ ሓይሊ ተዋህቦ።ሓደ መንግስቲ ንወተሃደሩ ኣብ ከተማ ዘይኮነ ኣብ በረኻ'ዩ ዘሰልጥኖ፡ዘቃልሱ ኩነታት ከኣ ሓያል ሰብነት'ዮም ዝፈጥሩ።ኩልና ከምንፈልጦ ካብ ብኣይስክሬም(ጀላተ)ዝዓበየ ህጻን ብቐሎ ዝዓበየ ህጻን ስኑ ዝደልደለ ይኸውን።ሙሴ ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዑ ምስወጸ ጸላኢ ኣብ ቅድሚኡ ክቐውም ኣይከኣለን። ሎሚ'ውን ብስጋ ዝተኣስረ ወይ ባርያ ዝኾነ ህዝቢ ዘይክገጥመና ይኽእል'ዩ፡ብነፍሱ ዝተኣስረ ኣብ ልዕሊ በረከቱ ደቂሱ ዝጠመየ ህዝቢ ግን ከቢቡና ይርከብ።እግዚኣብሄር ካብ ማእከል ዝተኣስረ ህዝቢ ኣውጺኡ ምናልባት ራእይ የለማምደና ይህሉ ኢዩ።

እግዚኣብሄር መፍቀሪ ሰብ ንሙኂን ናይ ሰብ ፍጹምነት ኣይሓትትን፡ንሱ ዝሓቶ ንቓሉ ምእዛዝ ጥራይ'ዩ።ንሱ ብቕዓትና ዘይኮነ ስምዒትና (ውሽጣዊ ባህርና) ክሰምዕ'ዩ ዝደሊ።ሰብ ብቕዕ ዘይምኂኑ እግዚኣብሄር'ውን ይፈልጥ'ዩ፡ምናልባት ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ሽግር ስለዘለና ኣነ ንራእይ ብቕዕ ኣይኮንኩን ንብል ንኸውን ኢና።ኣብ ዓለም እንተርኢና እቲ ዝፈትወና ኣካል ኩሉ ዘለና ዘበለ ቀሊዕና እንነግሮ ኣካል'ዩ።ጽቡቕ ነገርና ጥራይ ዘይኮነ ጉድለትና'ውን ዘይፈልጥ ፈታዊና ኣይኮነን።መብዛሕቲኡ ግዜ ንእግዚኣብሄር ብፍርሒ ዝኣክል ኣርሒቕና ኢና እንሪኦ።እግዚኣብሄር ፈቃር እዩ ምስኡ ዘለና ርክብ ብፍቕሪ ክሳብ ዘይኮነ ግን ነቲ እንደልዮ ኣይህበናን።ስለዚ መንነትና ንዕኡ ንንገሮ'ሞ ንሱ መልሲ ስለዘለዎ መልሱ ንጸበ።

ሙሴ ብተኣምራት ተወሊዱ ብተኣምር ዓበየ፡ኣብ መወዳእታ ከኣ ዓቢ ተኣምር ረኣየ።ንወገኑ ነጻ ኣውጺኡ ናይ ናጽነት ምስጋና ንእግዚኣብሄር ኣቕረበ።ልዑል ዝነበረ ሙሴ ጓሳ ኣባጊዕ'ኳ እንተኾነ ኣይተቐብጸን።ድምጺ እግዚኣብሄር ሰሚዑ ምስ ተመልሰ ከኣ ዓቢ መራሒ ኮነ።ድምጺ እግዚኣብሄር ክስምዓና ዝኽእል ኣብ ትሑት ስፍራ ኣብ እንህልወሉ እዩ፡ልዑል ቦታ ግን ነቲ ድምጺ ክጋርደና ስለዝኽእል ቃል እግዚኣብሄር ንምስማዕ ምቹእ ኣይኮነን።ሙሴ ክውድእ ከሎ እግዚኣብሄር ጀመረ፡ኣብቂዑ ንዝተባህለ ነገር ዕድመ ዝህብ ከኣ እግዚኣብሄር እዩ።

ሙሴ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ዝነብር ልዑል ነበረ፡ኣብ ዘይግዝይኡ ብምውጽኡ ግን ስደተኛ ኾነ፡ኩሉ ትምህርቲ ግብጻውያን ዝተማህረ ኸኣ ነበረ (ግብ 7፡22)።ሕጂ ግን ፍልጠት ዘይሕተት ጓሳ ኣባግዒ ኮነ።ኣብ ስደት ዝረኸቦ ሓለፋ ቤተሰቡ ምምሕዳር ጥራይ ነበረ፡እግዚኣብሄር ግን ንልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ መራሒ ክኸውን ሓሰበሉ።እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ኣርባዓ ዓመቱ ዘይኮነስ ድሒሩ ኣብ ሰማንያ ዓመቱ ተገልጸሉ።ስራሕ ኣምላኽ ደገፍ ሰብ ስለዘየድልዮ፡ብሰንኪ ፍከራ-ንጉስ ብሓሳብ ዝሞተ፡ካብ ግብጺ ዝወጸ፡ዝሸምገለ ሰብ ንመሪሕነት ተጸውዐ።ቀደም ከምዚ ነበርኩ፡ሕጂ ግን ከምዚ ኮንኩ ኢሉ ዘየማርር ወይ ዘየስተማስል ሰብ ካብ ግብጺ ኣብ ኮሬብ ወይ ኣብ እምባ እግዚኣብሄር ዝውዕል፡ንምስትውዓል ገንዘቡ ዝገበረ ኣገልጋሊ ሎሚ የድሊ ኣሎ።ልዕልናና ካብ ዘይደርበና ግን በዓል ራእይ ንምኂን ኣይንበቅዕን ኢና።ወገናቱ ክረድኣሉ ኣብ ዝኽእል ኣርባዓ ዕድሚኡ ዘይኮነ ቤተሰቡ'ኳ ከመሓድር ኣብ ዘይክእለሉ ኣብ ሰማንያ ዓመት ኣብ ናይ ጥሮታ ዕድሚኡ ንዓቢ ኣገልግሎት ዝተጸውዐ ሙሴ ዘክሩ!

እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ጎቦ ተገልጸሉ።ካብ ግብጺ ምውጻእ ክሳብ ዘይተኻእለ እቲ ጎቦ ፍጹም ኣይርከብን'ዩ።እግዚኣብሄር ብፍቕርን ብፍርድን ዝተገልጸሉ፡ሓድሽ ኪዳን ዝተመስረተሉ ጎቦና ከኣ ቀራንዮ እዩ።ቀራንዮ መታን ክረኣየና ካብ ዓለም ክንወጽእ ኣለና። ቀራንዮ ምድራዊ ኣቀማምጣኡ ካብ ከተማ ወጻኢ እዩ (ዕብ 13፡12)።ሙሴ ኣብቲ ጎቦ ራእይ እግዚኣብሄር ረኣየ።ናብ መምህራን ኣብ ንመጸሉ ፍልጠት፡ናብ እግዚኣብሄር ምስእንመጽእ ከኣ ምግላጽ ንረክብ።ፍልጠት መረጋገጺ፡ምግላጽ ግን ትርኢት እዩ። ጻውዒት ክስማዕ ከሎ ክልተ ዓይነት መልሲ ኣሎ፡ንሱ ከኣ ኣቤትን ሕራይን እዩ።ሙሴ ኣቤት ኢሉ ሐራይ ምባል ደንጎየ፡ጓሳ ኣባጊዕ ኮይኑ ንሙማት ዝወሰነ ከኣ መሰለ።መወዳእታ ግን ሕራይ በለ።ንሕና'ኸ ኣበይ ኢና ዘለና፤ኣቤት ወይስ ሐራይ ካብ ምባል ኣበየናይ መልሲ ኣለና፤

እወ ንሰብ ነጻ ዘውጽእ ቅንኣት እግዚኣብሔር እዩ።ቅንኢ ናይ ሙሴ ግን ንእስራኤላውያን ነጻ ኣየውጽኦምን።እግዚኣብሄር ግን ንቕንኣቱ ኣብ ኮሬብ ሰኣሎ፡ሙሴ ከኣ እግዚኣብሄር ንዘርኣዮ ሪኡ ኣብ ዝወጻሉ ግዜ፡ኣብ ቅድሚኡ ዝቐውም ብቐዕ ሰብ ኣይነበረን።ቃል-እግዚኣብሄር"ንቤት እስራኤል ክርህርሃሉ'የ ስለ ቅዱስ ስመይ ከኣ ቀናእ'የ"ይብል (ሕዝ 39፡25)።

ፈርኦን ነቲ ብነጻ ዘገልገሎ ህዝቢ ክለቆ ኣይደለየን።እንተኾነ ንግብጺ ግብጺ ዘበለ እቲ ህዝቢ'ዩ ዝነበረ።ኣብ ግብጺ ግን መቐዘፍቲ ወረደ፡እቶም ዝወረዱ መቐዘፍትታት ከኣ እግዚኣብሔር ንመንነት ግብጺ ምንዓቐ ይገልጹ ነበሩ።ጡብ ከምዘይገደፈ ህጻን ለጊብናያ ንነብር ዘለና ዓለም'ውን ብዓይኒ እግዚኣብሄር ምሒር ዝተናዕቀት እያ።ኣይሁዳውያን ኣብ ድሮ ነጻነቶም በጊዕ ፋሲካ ሓረዱ።እቲ ፋሲካ ድማ ንግብጻውያን ሓዘን፡ንኣይሁዳውያን ግን ነጻነት ነበረ።እቶም ዘብክየዎም ዝነበሩ ግብጻውያን ንበኹሪ ደቆም እናበኸዩ፡እስራኤላውውያን ግን ኣብ ሳልስቲ ዘይኮነስ ንእለቱ ብሓንስ ተሳገሩ።ንሳቶም ብዝመረጹዎ ዘይኮነ እግዚኣብሄር ብዝመረጸሎም መገዲ ተጓዕዙ።እቲ ዝተጓዓዙሉ መንገዲ ከኣ ማንም ዘይተጓዕዘሉ መገዲ ባሕሪ ኮይኑ፡ብማእከል ባሕሪ ብዘይ መርከብ ተሳገሩ።

እስራኤላውያን ድሕሪ ፋሲካ ብሓድሽ መንገዲ ከዱ።ንዓና ከኣ ፋሲካና ክርስቶስ ኣብ ዝተሓርደሉ ግዜ ሓድሽን ህያው መገድን ተመረቐልና(ዕብ 10፡19)።ነዓና ቦቲ እግዚኣብሔር ዝመረቐልናን ዝመረጸልናን መገዲ ምጉዓዝ ዝሓሸ እዩ።ንሱ ብዘይመረጸልና መንገዲ ዝከኣል ከሎ ምጉዓዙ ይኸብደና፡ንሱ ብዝመረጸልና መንገዲ ግን እቲ ዘይከኣል ይቐለልና።ብመገዲ እግዚኣብሄር ዝተጓዕዘ ዘበለ ድማ ዓወቱ ጨቢጡ'ዩ ዝጎዓዝ። መንገዲ ባሕሪ እንኣምኖ'ምበር እንርእዮ ዘይብሉ ምኽኑ ክፍለጥ ይግባእ። እግዚኣብሄር ከኣ ምስ ፈርዖንን ሰራዊቱን ክዋጋእ ምስ ቀረበ ሙሴ፡-"እግዚኣብሄር ምእንታኹም ክዋጋእ'ዩ ንስኻትኩም ከኣ ስቕ ክትብሉ ኢኹም በሎም"(ዘጸ 14፡14)።

ንእስራኤላውያን ኣይለቆምን'የ ዝበለ ፈርኦን ጥራይ ዘይኮነ፡ባዕሎም እስራኤላውያን'ውን ካብ ግብጺ ኣይንወጽእን ኢና ኢሎም ነበሩ።ሎሚ'ውን እቲ ዝሓዞም ጥራይ ዘይኮነ እቶም ዝተታሕዙ'ውን እምቢ ባሮት ምኽን ይሕሸና'ኳ እንተበሉ በዓል ራእይ ግን ንሙሴ እናረኣየ ክብርትዕ ይግብኦ።ምኽንያቱ ሙሴ በዓል ዓይኒ መራሒ ነበረ።

ነስተውዕል

- እግዚኣብሄር ዘይግመት ስራሕ ብምስራሕ ህዝቡ ይድግፍ።
- ንዝጸበቖ ነገር እንሓብኣሉ ግዜ የድልየና።
- ራእይና ከምቲ ኣብ ቅድሚ ንፋስ እንቕበሎ ንብረት ኢዩ፡ኣጸቢቕና እንተዘይሒዝናዮ ድማ ንፋስ ክምንጥለና ይኽእል።
- ራእይ እንተደኣ ኣሊዩ ዝስዕብ ሓይሊ ዘበለ ኩሉ ንጽቡቕ ይውዕል፡ራእይ እንተዘየሊዩ ግን ሓይሊ ዘበለ ናይ ጥፍኣት መሳርሒ ይኸውን።
- እግዚኣብሄር ፍጹምነት ናይ ሰብ ኣይሓትትን።
- ኣብቂዑ ንዝተባህለ ነገር ዕድመ ዝህብ እግዚኣብሄር ኢዩ።
- ናብ መምህራን ክንመጽእ ከለና ፍልጠት፡ናብ እግዚኣብሄር ክንመጽእ ከለና ከኣ ምግላጽ ንረክብ።ፍልጠት መርትዖ ምግላጽ ግን ትርኢት ኢዩ።
- ንሱ ብዘይመረጸልና መንገዲ ዝከኣል ዘበለ ይኸብደና፡ንሱ ብዝመረጾ መንገዲ ግን ዘይከኣል ይቕለልና።

፡፡ ፡፡ ፡፡ ፡፡ ፡፡

ምዕራፍ-13

ሪኡ ዝተበገሰ

ነዚ ምዕራፍ'ዚ ክጽሕፍ ምስ ጀመርኩ ብዙሓት ሓሳባት ኣብ ውሽጠይ ይመላለሱኒ ምንባሮም ይዝክር።ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ቀንዲ ተጠቒሱ ዘሎ ፍሉጥ በዓል ራእይ ነህምያ ክሓስብ ከለኹ ገደብ ዘይብሎም ኣድናቕታት ኣእንጊደ'የ።ሰባት ንናጽነት ካልኦት ዝቃለሱ ምረት ናይ ባርነት ንባዕሎም ክትንክፎምን ክስምዖምን ከሎ ኢዩ።ምረት ዘለዓሎም ብዙሓት ተቃለስቲ'ኳ ንፈልጥ እንተኾንና፣ምቕት ዝነዓቑ'ሞ በዚ ክቃለሱ ዝተለዓዓሉ ግን ብዙሓት ኣይንፈልጥን ኢና።ሙቐት ናይ ምቕት ንገዛእ-ርእሱ ባርነት ኢዩ፡ነጻ ዘይወጸ ድማ ነጻ ከውጽእ ኣይከኣሎን።ካብ ደረቕ ምቕትን ካብ ክይብሉኒ እሱርቤትን ዘይተፈትሐ ንኻልኦት ብርሃን ክኸውን ኣይክእልን።ነህምያ ኣብ ቤተ-መንግስት ጥዒምዎ ዝነብር ሰብ ነበረ፡ንዝተጠቕዑ ወገናቱ ንምድሓን ከኣ ካብዚ ምቕት'ዚ ክላቐቕ ከኣለ።ንሓቂ ምረጽ መገዲ ኸኣ ክትረክብ ኢኻ ዝበሃል ልሙድ ኣዘራርባ ኣብ ነህምያ ክፍጸም ከሎ ኢና ንዕዘብ፡ንሱ ኸኣ ንሓቂ መረጸ፡መገዲ'ውን ረኸበ።

ትርጉም ናይ ተቓላሲ(ጅግና) ብዙሕ ግዜ ክዛባዕን ክደባለቕን ኢዩ ዝነብር ሰብ ዝቕተሉ፡ከብቲ መንዚያም ሓሪዶም ዝበልዑ፡ብጭካነ ዝወዳደሩ፡ኣነጻጺሮም ዝትኩሱ፡ ብምህዳን ዝፍለጡ ጀጋኑ ተባሂሎም ኢዮም ዝውደሱ።ሊቃውንቲ ኸኣ ፈኪሮም ዘይቀትሉ፣ መንዚያም ዘይበልዑ፡ንጭካነ ዘወግዙ ስለዝነበሩ ከም ፈራሓት ይረኣዩ ነበሩ።ኣብ ከባቢና ከም ባህሊ ዝጸንሐ፣ወለዲ ንደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይወስድዎምን ነበሩ፡እቲ ምኽንያት እንታይ'ዩ ምስ እንብል ፈራሓት ኮይናም ከይዓብዩ ተባሂሉ ስለዝሕሰብ ኢዩ።እሞ'ኸ ደኣ እቲ ሓቀኛ ጅግና መን'ዩ፤ኢልና ክንሓትት ሎሚ'ውን ኣገዳሲ ኢዩ።ንብዙሓት ሰባት ብምቕታል ዝፍለጡ መራሕቲ ኣብ ገዛእ ርእሶም ግን ምጭካን ዘይክእሉ ነበሩ።በዓል ሳዳም-ሑሴን ክትሓዙ ከለዉ ሽጉጥ ኣብ ኢዶም ጨቢጦም'ዮም ተማሪኾም፡ኣብ ብዙሓት'ኳ እንተጨከኑ ኣብ ገዛእ ርእሶም ግን ክጭክኑ ኣይከኣሉን።ውሽጣዊ ባህሪ ናይቶም ጨካናት መራሕቲ

ክንፍትሾ ከለና ፈራሓት ኮይኖም’ዮም ዝጸንሑና፡ክወግአም ንዝመጸ ጥራይ ዘይኮንስ ንዝሓሰበ’ውን ከየሳነጉ ድቃስ ዘይወስዶም ነበሩ።እቶም ስልጡናት መራሕቲ ግን ክትዕ ብክትዕ፡ ኩናት ብማእከልነት ንምስዓር ኢዮም ዝፍትኑ፡ንኹሉ ነገር ከከም ዝመጾ እናተቓለሱ ሓይልን ገንዘብን ህይወትን የድሕኑ ነበሩ። ሕጂ’ውን እቲ ጅግና መን’ዩ፧ኢልና ክንሓትት ኣለና።

እቲ ጅግና እምበኣር ፍቕሪ ዝመልአ ንኻልኦት-ምንባር ዘሐጉሶ፡ሂወቱ ንብጸቱ ብምሃብ መወዳእታ ብመስዋእትነት ዘጸብቓ ሰብ’ዩ።ጅግና ታሪኽ ክሰርሕ ኢሉ ጋዜጠኛታት ጸዊዑ ዝመውት ኣይኮነን፡ጅግና ንዝሰርሖ(ንዝዓመሞ) ስራሕ ባዕሉ ይርስዖ፡ወለዶ ግን ክዝክሮ ይነብር።ስሞም ንኽይጠፍእ ብዙሕ ዝጸዓሩ ስሞም ተረሲዑ ተሪፉ፡ብኣንጻሩ’ውን ተወቀስቲ ታሪኻውያን ኮይኖም ተረፉ።ስርሖም ዝዛረበሎም ጀጋኑ ግን ታሪኽ ክሓልፎም ኣይከኣለን፡ካብዞም ከምዚ ዓይነት ጀጋኑ ሓደ ነህምያ ኢዩ።

ናይ ሃገርና ጥንታዊ ቅዲ ኣሰኣእላ ምስ እንርኢ እቶም ስእልታት ዓይኖም ፍሩይ ኮይኑ’ዩ ዝሰኣል ኔሩ።እዚ ናይ ኣሰኣእላ ቅዲ’ዚ መለለዩ ስእሊ ኢትዮጵያውያን ኢዩ። ብዙሓት ስእልታትና ንመንፈሳዊ ታሪኻት ዘብርሁ ድምጺ ኣልቦ መልእኽታት ኢዮም።እቶም ሰኣልቲ ድማ ነዞም ቅዱሳት ሰባት እዚኦም ዓይኖም ኣግዝፍ ኣቢሎም ዝስእልዎም ምኽንያት ነቲ ዝረቐቐ መንፈሳዊ ዓለም ክሪኡ ዝኽኣሉ ብርቀት ዝዕዘቡ ኣስተውዓልትን ናይ ራእይ ሰባትን ከምዝነበሩ ንምግላጽ ምኺኑ ይዛረቡ።ካብ ኩሉ ኣካላት ሰብነት ንዓይኒ’ቲ ስእሊ ዝያዳ ኣተኩሮ ምግባሮም ዘገርም’ዩ፡ናይ ቅድስና መለለዩ ዓይኒ ምኺኑ’ውን ብሓቂ ግቡእ’ዩ።ንዝፈጠሮም ጎይታ፡ንዘድሓኖም ንጉስ፡ንዝነብሩሉ ዕላማ፡ንዝኸድዎ ሰማያዊ ሃገር ዝረኣዩ ኽኣ ቅዱሳን’ዮም።መብዛሕቲኡ ሰብ ብዓይኑ ሪኡ ንዝሓልፎ መሊሶም ብምርኣይ ትርጉም ዝረኽበሉ ፍላስፋታት ይበሃሉ፡ኩሎም ፍላስፋታት ግን ናይ ራእይ ሰባት ኣይኮኑን። ኣቶኩሮም ብምርኣይ ንዝተፈጠሩሉ ዕላማ ክነብሩ ዝተግሁ ግን ቅዱሳን(ፍሉያት) ይበሃሉ። ካብዞም መስተውዓልቲ እዚኦም ሓደ ነህምያ ኢዩ።

ነህምያ ንሓቂ ምስ መረጸ መግዲ ዝረኸበ ሓቀኛ ጅግና ኮይኑ ንወገናቱ ዋጋ ዝኸፍል በዓል ዓቢ-ዓይኒ ኮይኑ ኣብ ቤት-ምንግስቲ ባቢሎን ተቐሚጡ ነበረ።ነቲ ዝፈረሰ ናይ ኢየርሳሌም ቀጽርን ነቲ ዝተደፍረ ህዝቢ እግዚኣብሔርን ዝርኣየ በዓል ራእይ ነበረ።ኣብ 586 ቅድሚ ልደተ ክርስቶት ባቢሎናውያን ብመሪሕነት ናቡከደነጾር ዝተባህለ ንጉስ ንኢየሩሳሌም ኣፍሪሶም ንቤተ-መቕደስ ኣቃጺሎም ንብረቱ ዘሚቶም ነቲ ህዝቢ ማሪኾም ንባቢሎን ኣግዓዝዎ።ንዓለም ዘንቀጥቀጠ መንግስቲ ባቢሎን ድሕሪኡ ንዝነገሰ ሓያል ተረኛ ቦታ ምስገደፈ፡እቲ ሓድሽ መንግስቲ ፋርስ ከኣ ባቢሎን ወሲኹ ኣብ 127 ሃገራት ነገሰ።ደቂ እስራኤል ኣብ ባቢሎን ከለዉ ኣብ ትሕቲ’እቲ ተረኛ ንጉስ ፋርስ ሓደሩ።

ካብ ማእከል እስራኤላውያን ብፍልጠቶም ዝረቐቐ ብጥበቦም ዝድነቐ ብዙሓት ኣይሁዳውያን መንእሰያት ነበሩ።እዞም መንእሰያት እዚኦም ኣብ ባቢሎን ኣብ ቅድሚ ነገስታት-ፋርስ ሞጎስ ረኺቡ፡ኣማኺርትን ናይ ቀረባ ደገፍትን ኮይኖም ከኣ የገልግሉ ነበሩ። ካብቶም ፍሉጣት ኣብ ናይ ባቢሎን ናይ ፋርስ መንግስቲ ዝነበሩ ኽኣ ነብይ ዳኒኤልን ናይ ንጉስ ኣርጤክስ ዓዳሊ ሜስ ዝነበረ ነህምያን ይርከብዎም።ነህምያ ኣካሉ’ኳ ኣብ ባቢሎን እንተነበረ፡ልቡ ግን ኣብ ኢየሩሳሌም ነበረ።ንነህምያ እቲ ዝፈረሰ ቀጽርን መቕደስን፡ህዝቢ ካብ

ኣምልኾ እግዚኣብሄር ወጺኡ ተራ ነባሪ ምኽኑን የቕጥዖ ነበረ።ባቢሎን ምልክዕቲ፡ ክብርቲ፡ሕፍርቲ'ኳ እንተኾነት ንጽባቐ ኢየሩሳሌም ግን ካብቲ ዝፈራረሰ ነገር ይደልያ ነበረ።ዝለምዐት ከተማ ገዲፉ፡እትጽገን ከተማ ክሕድስ ምሕሳቡ ዕሽነት'ዩ ዝመስል፡ራእይ ግን ኣብቲ ዝፈረሰ ስፍራ'ዩ ዝድለ።ነህምያ ሃገር ዘይብሉ-ሰብ ምሒር'ኳ ኣብ ዓዲ ጓና እንተጠዓሞ ዝኸስዐ ባርያ ምኽኑ ሓሰበ፡ናጽነት ዘለዎ ሓንካስ-ድኻ ከምዝበልጾ ምስኣስተውዓለ ንምኾት ረገመ።

ነህምያ ንገዛእ ርእሱ ብዝበቅዕ ኣነባብራ ጥራይ ምንባር ትሑት-መነባብሮ ኮይኑ ተሰምዖ።ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሓይሊ ዝረኸበት ምንዛዝ ገበረ፡ዓቢ ምንቕቓሕ ከኣ ተጎናጸፈ።ልቢ ኣብ ዝበጽሖ ቦታ እግሪ ከምዝረግጽ፡ልቢ ነህምያ ኣብ ኢዮርሳሌም በጸሐት።ንሱ ኣብዚ ዓለም'ዚ ካብ ዝሰልጠነ ዕላማ፡ናይ ንጉስ መስተ-ወይኒ እናጠዓመ ካብ ምንባር ንዓቢ ዕላማ ክኸውን ከምዘለዎ ተረድኣ።ኣብ ቤት ንጉስ ንዋግኡ ኣንኢሱ ብምንባሩ ሓጎሱ ይስረቕ ምንባሩ ተገንዘበ።ሽዑ ብዝተማቓቐለ መንነት፡ብናይ ሓዘን ሓዊ፡ብዝጸለመ ልቢ ዕለታዊ ስርሑ መስተ-ወይኒ ክቕርብ ከሎ፡እቲ ንጉስ ንነህምያ ሓደ ዓቢ ሓዘን ከምዝበጽሖ ተረዲኡ ሓተቶ፡ነህምያ ኸኣ፡-"ንጉስ ሽሕ ዓመት ንገስ፡መቓብር ኣቦታተይ ዘለዋ ከተማ ፈሪሳ፡ኣፍድጌታታ'ውን ብሓዊ ነዲደን ከለዋ ደኣ ስለምንታይ ዘይጉሂ"፤በሎ(ነህ 2፡3)።

እቲ ንጉስ ንነህምያ ዝፈረሰ ቐጽሪ ንምስራሕን እቲ ህዝቢ ከይድፈርን፡ ፍቓድን ባጀትን ውሕስነትን ሃቦ።ነህምያ ንሓቂ መረጸ፡መንገዲ ኸኣ ረኸበ፡ባዕሉ ክዛረብ ከሎ'ውን፡- "ምስረኣኹ ተበጊሰ" በለ (ነህ 4፡14)።ነህምያ ናይ ኩሉ ግዜ ጠባዩ ሪኡ ምብጋስ ነበረ፡ስለዚ እቲ ቅንኣት ተራ ናይ ስራሕ ዘይኮነ ናይ ራእይ ቅንኣት ነበረ።ሪኡ ስለዝተበገሰ እቲ ንጉስ እንታይ ክሕግዘካ፤ምስ በሎ ዘድልዮ ዘበለ ኣብሪሁ ተዛረበ።ተዋዘይቲ ሰባት ንስርሑ'ኳ እንተቃለሉዎ ከይተዳህለ ስርሑ ቀጸለ፡ንህዝቡ ኸኣ 2ተ ዓበይቲ ነገራት ገበረ፡-

- መካበብያ ሰርሐ
- ዝተራእዮ ኣርኣዮም

<u>መካበብያ(ቀጽሪ) ምስራሕ</u>

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝነበራ ጥንታውያን ከተማታት ዙሪኣን ብመካበብያ ዝተሓጽረ ነበረ።ናይተን ከተማታት ክብሪ ድማ ብቐጽሪ ይግለጽ ነበረ።ዕላማ ናይቲ ቐጽሪ እንተወሓደ 3ተ ነገራት ነበሮ፡-

1.መግለጺ ዕብየት

2.መከላኸሊ ጸላኢ

3.ሞራል ሕብረተ-ሰብ መሐለዊ ነበረ።

እቶም ናይቲ መካበባያ መዓጹ ዝኽፈትሉን ዝዕጸዉሉን ዝተወሰነ ሰዓት ስለዝነበሮም ሰዓት ኣሕሊፉ ዝመጸ ዝሰኽረን ኣመንዝራን ካብቲ መካበብያ ወጺኢ ይሓድር ነበረ።መካበብያ ኢየሩሳሌም ከኣ መግለጺ ዕብየት፡ካብ ጸላኢ ዝዕቆቡሉ፡መሐለዊ ስርዓት

ሕብረተ-ሰብ ነበረ። እቲ መካበብያ ብዙሓት ኣፍደገታት ዘለዉዎ ኮይኑ ናይ እንስሳታት፡ናይ ሰባትን መጉሓፊ ጎዱፉን. . . ኣፍደገታት ነበርዎ፡እዚ እቲ ብባቢሎናውያን ዝፈረሰ መካበብያ ነበረ።ነህምያ ንልቡ ዘጨከኖ እዚ መካበብያ’ዚ ንምስራሕ ነበረ።ሓደ ህዝቢ ናይ ዕብየቱ መግለጺ፡መከላኸሊ ጸላኢ፡መትሓዚ ሞራላዊ ስርዓት መካበብያ ነበረ።ንዓና ነዞም ናይ’ዚ ዘመን እዚ ነህምያታት ዝፈረሰና ቀጽሪ ናይ ስነ-ምግባር ቀጽሪ ኢዩ።ስነ-ምግባር ዘይብሉ ህዝቢ ጸላኢ ከይመጸ ንሓድሕዱ ዝጣፋእ ህዝቢ እዩ።ቀታሊ’ኳ እንተደንጎዮ ተሃዊኹ ዝመውት፡መገዲ ሞት ከይተደናደነ ዝቕበል፡ግዝያዊ ሰሓቕ ስሒቑ ንዘልኣለማዊ ብኽያት ዝዳሎ፡ሓድነት ስለዘይብሉ ከይተዋግአ ንጸላኢ ኢዱ ዝህብ፡ኣቡኡ (መንግስቱ)ቀቲሉ እንጀራ ኣቡኡ ዝጥቀም ኢዩ።ካብ ምስ ሰበይቱ ብግዝያዊ ፍቕሪ ብውሽማ ዝዓብድ፡ዝሓዞ እናደርበየ ዘይረኣዮ ዝናፍቕ ኢዩ።

ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሃገርና’ውን ዓቢ ናይ ወለዶ ሃጓፋት ንርኢ ኣለና።ካብ ቤት-ትምህርትና መንፈሳዊ ትምህርትን ናይ ሰናይ ግብሪ መምሪሒታትን ከምዝወጹ ጌርና ኢና፡ውጽኢቱ ክንሪኦ ከለና ግን ገዛእ ርእሱ ክገትእ ዘይክእል ብነውሪ ዝኾርዕ፡ትዕግስቱ ዝተጸንቀቐ፡ፈተና ዘይጸወር፡ንመከራ ኣብ ክንዲ ዝቃለስ ንሞት ኢዱ ዝህብ፡ከቢድ ናብራስ ይትረፍ ንኽቢድ ቃል ዘይምርምር ወለዶ ሒዝና ተሪፍና።ሎሚ’ውን መካበብያ ፈሪሱ’ዩ ዘሎ’ሞ ህንጻታት ቅድሚ ምስራሕ ናይ ሰብ ህንጻ(ሰብነት) ምስራሕ’ዩ ዝግባእ፡ እንተዘይኮይኑ ዘይተሰርሑ ሰባት ንዝተሃንጸ ሃገር ከፍርስዎ ክኽእሉ ኢዮም።

ዝተራእዩ ኣርኣዮም

ነህምያ ናብ ኢየሩሳሌም ራእይ ሒዙ ከደ።እቶም ካብ ምርኮ ናብ ኢየሩሳሌም ዝተመልሱ ህዝቢ ግን ብስቅቕታ፡ብምፍታሕ ስራሕ፡ብሻቕሎት ዝነብሩ ህዝቢ ነብሩ።ሓይሊ፡ ግዜ፡ሞያ፡ንብረት ነበሮም፡ንኽሰርሑ ግን ከባቢኦም እናስግኦምን ንዘየፍርሕ እናፈርሑን ይቕመጡ ነበሩ።ነህምያ ምስጎስጎሶም ግን ቀልጢፎም መከባብያ ኢየሩሳሌም ክሰርሑ ጀመሩ።ንገዛእ ርእሶም ኣብ ክንዲ ምስማዕን ክብሉና’ዮም ካብ ዝብል ስግኣትን ነጻ ክወጹ ዝኽኣሉ ብሓይሊ ራእይ ኢዮም።እቲ ህዝቢ ጎስጓስን ዘነቓቕሕ መራሕን ዝደሊ ነበረ፡ጎስጓሲ መራሒ እንተዘይረከብ ኔሩ ግን ከሰርሑ ንዝኽእል ምስራሕ ስኢኑ ኣብ መፍትሒኡ ደቂሱ ክሸገር ምነበረ ኔሩ።

ገረድ ናይ ሳራ ዝነበረት ኣጋር ክንዝክራ ከለና፡-ካብ ቤት ኣብርሃምን ሳራን ኣብ ዝተሰደደትሉ እዋን ኣብ በረኻ ብጽምኢ ማይ ተጨነቐት፡፡እቲ ህጻን ዝነበረ እስማኤል ወዳ’ውን ብጽምኢ ማይ ተሓለለ።ንሳ ድማ ሞት እቲ ቆልዓ ክርኢ ኣይደልን’የ ኢላ ገዲፋቶ ርሕቐ ኢላ ኮፍ በለት፡ኣምሪራ ኸኣ በኸየት።እግዚኣብሄር ድማ ንበኽያት እቲ ቆልዓ ሰምዖ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ሰማይ ንኣጋር ከምዚ ክብል ተዛረባ፡-‘‘ኣጋር እንታይ ኮይንኪ ኢኺ፧እግዚኣብሄር ብኽያት ናይ’ቲ ቆልዓ ካብቲ ዘለዎ ቦታ ሰሚዑዎ ኢዩ’ሞ ኣይትፍርሒ፡ተንስኢ ነቲ ቆልዓ ኸኣ ኣተንስኢዮ፡ኢድኪ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ኣጽንዒ፡ምኽንያቱ ዓቢ ህዝቢ ክገብሮ ኢየ በላ።እግዚኣብሄር ከኣ ዓይና ከፈተላ፡ ማይ ዘለዎ ጉድጓድ ከኣ ረኣየት፡ ከይዳ ድማ ነቲ ዝነበራ ሓርቢ ማይ መልኣቶ፡ነቲ ቆልዓ ኸኣ ኣስተየቶ” (ዘፍ 21፡14-19) ።

እግዚኣብሄር ንኣውያት ኣጋር ማይ ንምውሓዝ ኣይኮነን ዝሰምዖ፡እንታይ ደኣ ነቲ ናይ ማይ ጉድጓድ ንኽትርኢ ዓይና ንምብራህ'ዩ።ኣጋር ወዳ ገዲፋ ንሞት ክትምነ ዝበጽሐት ኣብ ጥቓ ማይ እናሃለወት'ዩ።እዚ ኹሉ ተስፋ ምቑራጽን ምንባዕን ከኣ ብሰንኪ ዘይምርኣይ ነበረ።መፍትሒ'ቲ ጸገም ግን ኣብ ጥቓ እቲ ዝተፈጥረ ጸገም'ዩ ኔሩ።ኣብ ጥቓ ማይ ዘለዎ ጉድጓድ ማይ ስኢነ ኢልካ ምሕዛንን ምቕብሕባሕን ጠንቁ ዘይምርኣይ ስለዝነበረ እግዚኣብሄር ንኣጋር ዓይና ከፈተላ፡ንነህምያ ኸኣ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ካልኦት ንኽርኢ ዓይኑ ኣብረሃሉ፡ንሱ ኸኣ ናይ ህዝቡ ዓይኒ ኣብርሀ።እቲ ህዝቢ ንዘመናት ዝጸንሐ ሕቶ-ጓሂኡ መልሱ ኣብ ቀረባ ምኻኑ ተረድኣ።ምሕዛን፡ምብካይ፡ብዛዕባ መከበብያ ኢየሩሳሌም ምሽቓል ጥራይ ናይ ኩሉ ግዜ ዕላሉ ዝነበረ ህዝቢ፡ጓሂኡ ስሚሩ ዓቢ ሓጎስ ተጎናጸፈ፡ስኩፍ ህዝቢ'ኳ እንተነበረ ድሒሩ ግን ንጸላእቱ ከሕፍር በቐዐ።

ነህምያ ንመካበብያ ኢየሩሳሌም ጥራይ ዘይኮነ ናይቲ ህዝቢ ዝፈረሰ ኣምልኾን ስነ-ምግባርን መሊሱ ከምዝሕደስ ጌርዎ።ፍርሃት እግዚኣብሄር ዘለዎ ወለዶ ክህነጽ ከሎ ዘየቋርጽ መፍትሒ ክህሉ ይኽእል።ኣእምሮ ከይለምዐ ሃገር እንተለሚዑ ግን ዘሐጉስ ውድኢት ኣይህልዎን።ነህምያ ነቲ ህዝቢ ብቐራጽነት ድኣ ቀደሞ'ምበር ምስቲ ህዝቢ ተጨቓጪቑ ኣይሰርሐን።ንሱ ናይ መሪሕነቱ ስፍራ ሓዘ፡ንህዝቢ ኸኣ ኣብ ዙርያ'ቲ መካበብያ ጓሰዮ።''ልቦም ንዝሃቡዎ ነገር ኩለንትናኦም ኣየትረፉን''ከምዝበሃል እቲ ህዝቢ ንነህምያ ብኩለንትንኡ ሰዓቦ።ነህምያ ንኣሳልጦ ራኢኡ ዝገበሮ ዝርዝር ምንቅስቓስ ብኽፉል ምርኣይ ምስዘድሊ፡-

1.ምስማዕ

ነህምያ ኣብ ቤተ-መንግስቲ'ኳ ይነብር እንተነበረ፡ልቡ ግን ኣብ ኢየሩሳሌም ነበረ።ነህምያ ነቶም ካብ ኢየሩሳሌም ዝመጹ ሰባት ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ሓተቶም(ነህ ፩፡፩-2)፡ ንሳቶም ከኣ፡-"ኣብቲ ቦታ ዘለዉ ካብ ምርኮ ዝተረፉ ውሑዳት ኣብ ዓቢ መከራን ጸርፍን ኣለዉ፡መካበቢያ ኢየሩሳሌም ፈሪሱ፡መዓጹኣ ኸኣ ብሓዊ ነዲዱ"በሉዎ።ነህምያ ነዚ ቅድሚ ምስምዐ ኣብ ሻቕሎት'ዩ ጸኒሑ፡ሻቕሎት መበገሲ ራእይ'ዩ፡ነህምያ ነዚ ኣብ ዝሰምዓሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ እግዝኣብሄር ኣልቀሰ፡እግዝኣብሄር ከኣ ራእይ ሃቦ።ኣብ ኢየሩሳሌም ካብ ምርኮ ዝተመልሱ ደቂ ሃገር ነበሩ፡እንተኾነ ንገዛእ ርእሶም ክኾኑ ስለዘይከኣሉ ናይ ድኽነት ባሮት ነበሩ።ቅድም ሃገር ዘይብሎም ባሮት፣ድሒሮም ከኣ ቀኒያም ምኻድ ዘይክእሉ ናይ ጸገም ባሮት ኮኑ።ናጽነቶም ንኽማላእ ናይ ገዛእ ርእሶም ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ናይ ገዛእ ርእሶም ቀረብ'ውን የድልዮም ነበረ።

ሃገርና ኢትዮጵያ ምስ እንርኢ ንኣካል ዘሳቐዩ ገዛእቲ'ኳ እንተዘይደፈሩና፣ግናኸ ዝገደደ ናይ ሕልና መግዛእቲ ዝሓላለኸና ህዝቢ ኢና።መብዛሕቲና ሻቕሎት ኣለና፡ንመፍትሒኡ ግን ኣይንብገስን ኢና።እግሪ ዘይብሉ ሰብ"ኣርከብኩኹም"ኢሉ ከፈራርሕ ከሎ ህጻናት ዘርክቦም ዘሎ መሲልዎም ይሃድሙ፡ምኽንያቱ እቶም ህጻናት እቲ ስንኩል ከርክቦም ዘይክእል ምኻኑ ምስ ጎበዙ እዮም ዝፈልጡዎ።ካብዚ ንደሓር ከኣ ብብዝሒ ፈኽርኡ ይንዕቁዎ።እቲ ኣካሉ ዝሰንከለ ኸኣ ዝሰንከለ እግሩ ሓቢኡ'ዩ ነቶም ህጻናት ዘጓዩዮም።ንናይ ሃገርና መከራ ንምውጋድ መጻእናኩም ዝብሉ ብዙሓት ኢዮም፡እንተኾነ ግን ጉያኦም ናይ ልሙስ ሰንከልከል፣ናይ ዕዉር ደርገፍገፍ ስለዝኾነ ብእኦም ዝመሓየሽ ጸገም ኣይረኣናን።እዚኦም ንኣእምሮ ህጻናት መጻእናኩም ኢሎም ከፈራርሑ ይኽእሉ'ዮም ካብኡ ሓሊፎም ዘስልጥዎ

ግን ምንም ነገር የለን።ምስ መጹ ጸገም ዘበለ ክቃለል'ዩ ይብሉ፡እንተኾነ ናይ ኣፍ ውሕልነት ተግባር እንተዘይብሉ ኣብ መወዳእታ የንዕቕካ፣መቐለዲ ኸኣ ይገብረካ።እዞም ሰባት'ዚኣም ልሙስነቶም ከይረአ ብጻዕዳ ሻሽ ዝሸፈኑ ፈኮርቲ ጥራይ'ዮም፡ሻቕሎት ኣብ ዘለዎ ምርጋጽ፣ንራእይ ንቕድሚት ክተሰጉሞ የኽእል።

2. ምንዛዝ

ነህምያ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብጾምን ጸሎትን ወደቐ፡ንገዛእ ርእሱን ንሓጢኣት ህዝቡን ኑዛዜ ገበረ።ምኽንያቱ ጠንቂ ናይቲ መከራ ምስ እግዚኣብሄር ምብኣስ'ዩ ኔሩ።ስለዚ ነህምያ ብንስሃ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወደቐ፡ይቕረ ዘይተባህለሉ ህዝቢ ሓይሊ ስለዘይርክብ ከኣ ተናዘዘ፡ኣብዚ እዋንዚ ድማ ዓቢ ምንቕቓሕ ረኸበ።ምንቕቕሕ ብዛዕባ ካልኦት ክፉእ ብምዝራብን ናይ ህልኽ ሊቅ ብምኳንን ኣይመጽእን'ዩ።እወ ምንቕቓሕ ብኑዛዜ'ዩ ክመጽእ ዝኽእል።

ራእይ ዝጠፍኦ ህዝብን ንዕቀት ዝጸገበ ኣካልን ኣቐዲሙ ክናዘዝ ኣለዎ፡እንተኾነ ብናይ ምንቕቓሕ መደባትን ብመጨበጢ ርድኢት-ሰሚናራትን ምንቕቓሕ ኣይመጽእን።ቀጻሊ ምንቕቓሕ ክመጽእ ዝኽእል መንፈሳዊ ሓዊ ኣብ ዝሞቐሉ ኣብ ናይ ኑዛዜ ኣደባባይ ጥራይ'ዩ።ኩሉ ጉድለቱ ተዛሪቡ መፍትሒ ክደሊ ከሎ ክናዘዝ ይኽእል'ዩ፡ብሓቂ ካብ መዝገብ ቃላትና ክነውጽኣ ከለና ካልእ ተሪፉና ክንብለላ ዘይኽእል ቃል "ኑዛዜ'ያ"።ንሕና እነዘውትሮ ምንዛዝ ብስዉር(ብሕቡእ)፡ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ንዘይምልከቶም ሰባት'ዩ ዝፍጸም።ኣብ ኣኼባታትናን ኣብ ኣደባባያታትናን ብመልሓስና ብምዝራብ ይቕረ እንተ እንበሃሃል ኔርና ግን ዓቢ ምንቕቓሕ ንልቦና፣ብርቱዕ መድሃኒት ንምድሪና፡ብዙሕ በረኸት ከኣ ንወለዶና መምጽኣልና ኔሩ።ስለዚ ንሓቂ ስለዘይመረጽናያ ነቲ መንገዲ ክንረኽቦ ኣይከኣልናን፡ዘቕባሕብሑ ደኣ'ምበር ተንዓዝቲ ክንከውን'ውን ኣይከኣልናን።

ነህምያ ተናዘዘ'ሞ ምሕረት እግዝኣብሄር ረኸበ።ነቲ ሓድሽ በረከት ኣብ ውሽጢ ዝረሰሐ ንብረት ከቕምጦ ኣይደለየን፡ኣቐዲሙ ነቲ ርስሓት ካብቲ ንብረት ክኣልዮ (ከጽርዮ)ነበሮ ድሒሩ ኸኣ ነቲ ራእይ ናብቲ ዝጸረየ ንብረት ከእትዎ ኣለዎ።ሃገርና ግን ነቲ ክቡር ሸቱ ኣብ ዝረሰሐ ዝባና ክትለኽዮ ምድላያ ዘሕዝን'ዩ።ኣፍ ድኣ'ምበር እዝኒ ኣይተፈጠረልናን'ሞ ወይልና! እንደልዮ ፕላሶ እግዚኣብሄር የርእየና ኢዩ፣ከም ደቂ እስራኤል ግን ክንሪኦ ደኣልና እምበር ኣይክንወርሶን ኢና።ምኽንያቱ ምስ ሓቂ ተጻሊኡ ዝነብር ህዝቢ ዘሕዝን'ዩ።

3. ምውሳን

ነህምያ ብልመና ጥራይ ናብ እግዝኣብሄር ኣይቀረበን፡መሊሱ'ውን ምስ እግዝኣብሄር ቃል-ኪዳን ፈጸመ።ብዛዕባ ኢየሩሳሌም ከኣ ቃል ጥራይ ዘይኮነ ጽኑዕ ውሳኔ ነበሮ።ኣብቲ ናይ ምርኮ ሃገር መዝሙር ከይዘመረ ኣይተረፈን እንተኾነ"ኢየሩሳሌም እንተረሲዐኪ እታ መሰንቆ ዝሃርመላ የማነይቲ ኢደይ ትንቀጽ፡እንተዘይዘኪረኪ ሓለፋ ኩሉ ሓጎሰይ ዘበለ እንተዘይገረኪ መልሓሰይ ኣብ ትንሓገይ ይጣበቕ" በለ(መዝ 137፣5-6)።

ሓለቓ-ሰብ ኣበይ ከምዘሎ እናዘከረ ነቲ ዘሎ ኩነት ዝረስዖ ኢዩ ክመስል ዝደሊ፡በዓል ራእይ ግን ከም ዝረስዖ ክመስል ኣይጽዕርን።ነህምያ ንዝሓተቱዎ ኣይሁዳውያን ስራሕ ቤት መንግስቲ ኣየሐብንን'ዩ ምባል ይኽእል ነበረ፡ንገዛእ ርእሱ'ውን ነዚ ሓሳብዚ ከእምኖ ይኽእል ነበረ፡እንተኾነ ልቢ በዓል ራእይ ብሓሶት ኣይታለልን።ስለዚ ነህምያ ምስ ብጾቱ ክጽገም መሓለ፣ገዛእ ርእሱ'ውን ወፈየ።ቀራቢ-ሜስ ንጉስ ኮይኑ ካብ ምሕጓስ

ንኢየሩሳሌም ክጽግን ፈተወ፡ንኢየሩሳሌም ከኣ በቲ ንሓጎሱ ዝትንክፍ መዳይ ዘይኮነስ ልዕሊ ሓጎሱ ይፈትዋ ነበረ።

ካብ ጥዑም ናብራ ተላዒሎም ንብጾቶም ዘቃለሱ ሰባት ውጽኢታውያን ኢዮም። ካብ ከርፋሕ ናብራ ተበጊሶም ሰብ ራእይ ዝኾኑ ግን መብዛሕቲኡ ግዜ እቲ ራእይ ሸቶኡ ክሃርም ኣይክእልን።እዚኦም ኣቐዲሞም ንዝተቓወሙዎ ክፋእ ነገራት መሊሶም ባዕሎም ይደግምዎ፡ኣብ ቅድሚ ህዝቦም ከኣ ዝተመላኽዑ ሬሳታት ይኾኑ።ካብቶም ንናይ ገዛእ ርእሶም ምኾት ዝቃለሱ፡እቶም ንምኾት ንዒቕም ንኻልኦት ዝነብሩ ዋግኦም እናበርሀ ይነብር።

ካብቶም ንራእይ ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት ሓደ ውሳኔ ኢዩ፡እግዚኣብሄር ድማ ንስምዒትና ዘይኮነስ ንውሳኔና ኢዩ ዝባርኽ።ምስ ውሳኔና'ውን ወሲኽና እንገብሮ ነገር ኣሎ፡ ንሱ ኽኣ ቃልኪዳን ኢዩ።ቃልኪዳን ፍቕርን ሕብረትን ምውፋይ ገዛእ ርእስኻን የጎናጽፍ፡ስለዚ ብራእይ ዝወሰነ ሰብ ቃልኪዳን ምግባር የድልዮ።ውሳኔ ንኩነታት ህይወት ዘሐድስን ናብ ናይ ብርሃን ከተማ ዘእቱን ለውጢ ኢዩ።ብዙሓት ሰብ-ራእይ ቃል-ኪዳን ስለዘይብሎም ራኢኦም ከምዘይተኣስረ እንዳእቲ ኣብ ኢዶም ይብተኖም፡ሓሳብ ጥራይ ኮይኑ ኽኣ ይተርፍ።ብዙሕ ምጅማራት ደኣ'ምበር መፈጸምታ ዝበሃል ኣየርእዩንዮም፡ ውሳኔን ቃል ኪዳንን ግን ንሂወት ይልውጥ።

4.ዘድልየካ ምፍላይ

ነህምያ ምስ ወሰነ እትደልዮ እንታይ'ዩ፧ተባሂሉ እንተዝሕተት ብዝርዝር ክዛረብ ይኽእል ነበረ።ነህምያ ልቡ ኣብ ኢዮሩሳሌም ስለዝነበረ፡ነቲ ንጉስ መስተ ክቕርበሉ ከሎ ነህምያ ናይ ልቢ ሓዘን ሓዚኑ ምህላዉ እቲ ንጉስ ኣስተውዓለ፡ምኽንያቱ ሓቀኛ ሓዘን ፈጺሙ ኣይዕበጥንዮ።ንጉስ መሊሱ"ከይሓመምካ ገጽካ ብኽመይ ሓዘነ፧እዚ ናይ ልቢ ደኣ'ዩ እምበር ካልእ ኣይኮነን" በሎ(ነህ 2፣2)።ነህምያ ኽኣ ንኢየሩሳሌም ናይ ምኻድ ፍቓድ ሓተተ፡ስርሑ መዓስ ፈጺሙ ከምዝምለስ ብግዜ መዲቡ ንንጉስ ነገሮ፡ካብ ንጉስ ናይ ይሕለፍ (መንቀሳቀሲ)ወረቐት ሓቲቱ ንስርሑ ዘድልዮ ንብረት ከኣ ብዝርዝር ኣቐረበ።

ራእይ ድሕሪ መደብ ኣይመጽእን፡ድሕሪ ራእይ ግን ትኽክለኛ መደብ ይመጽእ።ነህምያ ንራኢኡ ክትርጉም ዘቐረቦም ሕቶታትን መልስን ንዓና ኣገደስቲ ስለዝኾኑ ብዝርዝር ንርኣዮም፡-

<u>ሀ.ሕጂ እንደልዮ እንታይ ኢዩ</u>፧ ፡-ኣብ ራእይና እቲ ዘህዉኽ ጉዳይ ብቕልጡፍ ክፍጸም ዘድሊ ነገር እንታይ ኢዩ፧ኢልና ንሎሚ ዘህውኽ ክንፈልጦ ኣለና፡ነቲ ዘህውኽ ድማ በብታራ ክንሰርዖ ኣለና።ህጹጽ ጉዳይ ንኽይፍጸም ዕንቅፋት ዝኾነና፡ዘየህውኽ ጉዳይ ደሪብና ስለእንሕዝ ኢና።

<u>ለ.ንናይ ቀረባ ሰባት ክነእምን ኣለና</u>፡-ንራኢና ዓቢ ሓገዝ ኮነ ዓቢ ዕንቅፋት ዝኾኑና ናይ ቀረባ ሰባት ኢዮም።ጎይታና ንደቂ መዛሙርቱ ካብታ ዝዓበየላ ገሊላ ኢዩ ሓርዩ ዘሰልጠኖም፡ስለዚ ራእይና ናይ መጀመርታ ተልእኾኡ ንናይ ቀረባ ሰባት ክኸውን ኣለዎ።እቶም ናይ ቀረባ ሰባት ፈጺሞም ዘይቅበልዎ እንተደኣ ኮይኖም ግን ንራእይ ናይ ተቓዋሚ ሓይሊ ደው ከብሎ ስለዘይክእል ንቕድሚት ክንውንጨፍ ኣለና።

<u>ሐ.ግዜና ክንውጥን ኣለና</u>፡-ንእግዚኣብሄር ሓጋዚና ጌርና ንራኢና ብግዜ ክንሰፍሮ ግቡእ'ዩ።ሓደ ሓደ ራእይ ክሳብ ዕድሜኻ ምሉእ ዝቕጽል ተልእኾ ኣለዎ፡ሓደ ሓደ ራእይ

ግን ሸቶኡ ክሃርም ከሎ ዝዛዘም ኢዩ።በዞም ክልተ ዓይነት ራኢታት ንራእይ ብግዜ ክንምድቦ ኣገዳሲ ኢዩ።ስለዚ ግዜ መኽሰብናን ክሳራናን ንምምዛንን ኣንፈትና ንምቕያርን ወሳኒ ኢዩ።

መ. <u>ስልጣን ምስ ዘለዎ ኣካል ዘይምግጫዉ</u> ፡-እንነብረሉ ዓለም ብዶብ ዝተኸፋፈለን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መግዛእቲ ነገስታት ዝነብር ዘሎን ዝተፈላለየ ሕጋጋት ዝሰፈነሉ ዓለም'ውን ኢዩ።ንራእይና ድማ ኣብ ከምዚ ዝበለ ግዝኣት እነካይዶ ስለዝኾነ፡ስልጣን ንዘለዎ ኣካል ፍቓድ ምሕታት ንራእይ ዝበለጸ ሓይሊ ኢዩ።

ረ. <u>**ዘድልየና ጥራይ ምሕታት**</u>፡-ንጽባሕ ዘድልዩና ነገራት ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም፡ናይ ጽባሕ ድልየታትና ግን ጽባሕ ክንሓተሎም ኣለና፡ምኽንያቱ ሎሚ ንሎሚ ዘድልየና ጥራይ ምሕታት የድሊ።ተወላወልቲ ምስ እንኸውን ሓይሊ ናይ ራእይና ድማ ንብረት ኮይኑ ምስዝስመዓና ኣዚና ንደኪ።ሎሚ ብትኽክል እንተነቢርና ንጽባሕ ዝኸውን ስለዝተርፈልና ብጽባሕ ምጭናኞ ኣየድልን።

<u>5 ዘይምድሃል</u>

ነህምያ ኢየሩሳሌም ክጽግን ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ሳንባላጥ ብዓል ቤት ሖሮንን ጦብያ ብዓል ኣሞንን ንደቂ እስራኤል ጽቡቕ ዝሓስበሎም ሰብ ከም ዝመጸ ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ጓሃዩ(ነህ2፡10)።ነህምያ ግን ኣቐዲሙ ተጸብዩዎ ስለዝነበረ ኣይተባሳጨወን፡ምኽንያቱ ደጋፊኡ እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝኾነ ኣምላኽ ስለዝነበረ በዞም ፈኽራታት እዚኦም ፈጺሙ ኣይሰግአን።

ብራእይና ዝሕነሱ ከምዘለዉ፡ከምኡ'ውን ብራኢና ዝባሳጨዉን ዝቃጸሉን ኣለዉ።እቶም ዝበሳጨዉ ንሳቶም ዘይሰርሕዎ ስራሕ ንሕና ብምስራሕና ድሕሪ እቲ ስራሕ ዘሎ ክብሪ ንዕኦም ዘይምኽኑን ሓሲቦም ይቕጥዑ።ነቲ ስራሕ ጸሊኦም ንዝብላዕ ዝፈትዉ ኢዮም።በዓል ራእይ ግን ካብቶም ዝድግፍዎን ዝቃወምዎን ካብ ክልቲኡ ሸነኽ ክጥንቀቕ ኣለዎ።ንዝድግፍዎ እናተዓዘበ ንዕኦም ጥራይ ከሐጉስ ከይነብር መታን ክጥንቀቕ ኣለዎ።እቲ ገጽ-ሰብ እናረኣየ ጽግዕተኛ ኮይኑ ሰብ ንምሕጓስ ጥራይ ዝነብር ኣብ መንገዲ ደኺሙዎ'ዩ ዝተርፍ።በዓል ራእይ ግን ካብ ተቓራኒ ጸላኢኡ ይጥንቀቕ ደኣምበር ኣይፈርሕን፡ምኽንያቱ ነቲ ዝዓበየ ጎይታ ዝሓዘ በቶም ነኣሽቱ ጸላእቱ ክስንብድ ኣይግብኦን።ስለዚ ኩሉ ይፈትወኒ'ዩ ወይ ኩሉ ይቕበለኒ'ዩ ኢልና ከይንታለል ምስትውዓል የድልየና፡ከሰስትን ተቓወምትን ኣብ ዝለዓሉሉ ግዜ ግን ንኣምላኽና ሒዝና ክንጸንዕ ይግብኣና።

<u>6 ጉዳይካ ኣብ ግዚኡ ምግላጽ</u>

ነህምያ ንኢየሩሳሌም ምስከደ እንታይ ኪገብር ከም ዝመጸ ኣቐዲሙ ከይተዛረበ ንድልየቱ ኣብ ልቡ ዓቀቦ።ጽባሕ ክዝረብ ዘለዎ ሎሚ'ኳ እንተዘይተዘርበ ነገሩ ግን ሕቡእ ኣይከውንን።ሓደ መንግስቲ ምስጢር ክህልዎ ከሎ ኢዩ መግስቲ ክበሃል ዝኽእል፡በዓል ራእይ ድማ ምስጢር ክህልዎ ይግባእ።ስርሑ ቅድሚ ምጅማሩ ውግእ መታን ከይቅድሞ ክለፋለፍ የብሉን(ነህ 2፡11-12)።ነህምያ ቀጺሉ ነቲ ዝፈረሰ መካበብያ ዘይሩ ተዓዘቦ፡እቲ ዝፈረሰ ኣቦይ'ዩ፤ንዝብል ኣቐዲሙ ተዓዘቦ።እዚ ትዕዝብቲ እዚ ድማ ወሳኒ ስጉምቲ ነበረ።ሓኪም ንዝሓመመ እግሪ ብትኽክል ከይፈለየ ነቲ ጥዑይ እግሪ እንተቐረጸ መሊሱ ትኽክለኛ ስራሕ ንምስራሕ ንኻልኣይ ግዜ ነቲ ሕሙም እግሩ

ይቐርጾ፡፡እቲ ሰብ ከኣ ክልተ እግሪ ዘይብሉ ይኸውን፡ስለዚ ንዝሓመመ ኣካል ምልላይ ወሳኒ'ዩ።ንጥዑይ ምትንካፍ ዘውቅስን ስራሕ ምብዛሕን'ዩ።ነህምያ ግን ንዝፈረሰ መካበብያ ፈልዩ ኣለለየ።

ሓዱሽ መካበብያ ምስራሕ ቀሊል'ዩ፡ዝፈረሰ ምጽጋን ግን ከቢድ'ዩ፡ምኽንያቱ ስራሕ ጽገና ዝተባላሸወ ጸሪግካ ካብኡ ቀጺልካ ምስራሕ'ዩ ዝሓትት፡፡ብጥንቃቐ እንተዘይተሰርሑ ድማ ዘሎ ዝመስል መንደቕ ተነጺሉ ሰብ ክቐትል ይኽእል።ኣብ ሓደ ሃገር ራእይ ሒዙ ዝተበገሰ ሰብ እታ ሃገር እንታይ ኣለዋ፡ዝነደላኸ እንታይ ኣሎ ምባል የድልዮ፡፡ እንተዘይኮነ ዝመሽመሸ ስኒ ገዲፍና ነቲ ጥዑይ ምስ እንቃለሶ ግርጻን ጎዲእና ቃንዛ ዘኽትል ኪንገብሮ ንኽእል።

7 ብኣፍ ደገ ኣባጊዕ ምጅማር

ነህምያ ነቲ መካበብያ ከዐሪ ከሎ ብኣፍ-ደገ ኣባጊዕ'ዩ ጀሚርዎ፡ንመስዋእቲ ዝቐርቡ ኣባጊዕ ድማ በዚ ኣፍ-ደገ እዚ ይኣትዉ ነበሩ(ነህ 3፡1-2)።ለዋሃት ዝኾኑ እንስሳታት ብዝኣትዉሉ ኣፍ-ደገ ስርሑ ጀመረ፡በዓል ራእይ ድማ ስርሑ በኣፍ-ደገ ኣባጊዕ ክጅምር ኣለዎ።እዚ ማለት ኣብ ጥፍኣት ዝወደቑ ንምውጻእ ቀዲምካ ናብ ጥፍኣት ንዘምርሑ ምዕጋት የድሊ፡ምኽንያቱ ናብ ጥፍኣት ዝኸዱ ደው ከይበሉ ኣብ ስፍራ ጥፍኣት ዘለዉ ክምለሱ ኣይክእሉን።

ነህምያ ስራሕ እናሰርሐ ቅንኣት ኣብ ህዝቡ እናሕደረ ንዝቐልዱሉ ድማ "ኣምላኽ ሰማይ ከቕንዓልና'ዩ፡ንሕና ባረቱ ኸኣ ተንሲእና ክንዓዩ ኢና"እናበለ ከሕፍሮም ብኣምላኽ ይፍክር ነበረ(ነህ 2፡20)፡እቲ ስራሕ ድማ እናሓየለ መጸ።ኩሉ ኣብ ቅድሚ ገዝኡ ንዘሎ መካበብያ ምስ ሰርሐ ኣብዝሓጸረ ግዜ ተዛዘመ።"ሓምሳ ለሚን ንሓደ ሰብ ሰኽሙ ንሓምሳ ሰብ ግን ጌጾም" ከምዝበሃል ኩሉ ኣብ ጥቓ ገዝኡ ንዘሎ ጉድለት ምስዘዐሪ እቲ ስራሕ ይቀላጠፍ፡ዓወት ከኣ ቀልጢፉ ይመጽእ።ኣገልግሎት በዓል-ራእይ ከኣ ንዝሞተ መንፈስ-ሰብ ንስራሕ ምንቕቓሕ ኢዩ።

8 እናተዋጋእካ ምህናጽ

ነህምያ መካበብያ ክሰርሕ ከሎ ብዙሕ ሕልኽላኻት ገጠሞ፡ተቓወምቱ ፖሎቲካዊ ክሲ ኣቕረቡሉ፡፡ነህምያ ቀጽሪ መስርሒኡ ምኽንያት ምስ መንግስቲ ኪዋጋእ ስለ ዝሓሰበ ኢዩ ኢሎም ወረ ነዝሕሉ።ነህምያ ድማ ብሓደ ኢዱ ብረት ብሓደ ኢዱ ሞደሻ ሒዙ ስርሑ ቀጸለ፡ኩሉ ግዜ ኸኣ ቀትሪ ሰራሕተኛ ለይቲ ዋርድያ ብምኻን ምስ ህዝቡ ኣብ ስራሕ ጸንዐ።ጸላኢ ህዝቢ ከም ዝተብዐ ምስ ረኣየ ነቲ ስራሕ ከዳናጉዮ ብዝተፈላለየ መልክዕ መጸ፡ነህምያ ግን "ዓቢ ስራሕ ይሰርሕ ኣለኹ፡ክወርድ ከኣ ኣይከኣለንን፡ስርሐይ ገዲፈ ናባኹም ብምውራደይ ንምንታይ ስራሐይ ይቋረጽ" ኢሉ መለሰሎም(ነህ 6፡8)።

ናይ ራእይ ሰባት እንተደኣ ኮይና ጸላእትና ምስ መንግስቲ ከራጽሙና'ዮም ዝደልዩ፡ንሕና ግን ኣብ ሓደ ግዜ ሰራሕተኛን ወተሃደርን ደኣ ክንከውን ኣሎና እንበር ታራ ሰራሕተኛ ጥራይ ክንከውን የብልናን፡፡ምኽንያቱ እቲ ስራሕ ምስ ውግእ ኢዩ ዝስራሕ።ስራሕ እናተዛዘመ ክመጽእ ከሎ እቲ ርሑቕ ኮይኑ ከም ኣንበሳ ድምጹ እናጓዘመ ዘፍርሕ ዝነበረ ጸላኢ፡ድሒሩ ከምስል ኣብ ትሕቲ እግርና ሕልኽልኽ ዝብል ሉስሉስ ተመን

ኮይኑ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ።እንተኾነ ካብ ናይ ቀረባ ምልምላም ናይ ርሑቕ ምጉዛም ኣዘዩ ይበልጽ፡ምክንያቱ ናይ ርሑቕ ፈኸራ ክንጥንቀቕ ይገብረና።ልምሉም ነገር ግን ኣካልና መሲሉና ክንርስዖ ከሎና ብመርዙ ክቕትለና ይኽእል፡ከምኡ ድማ ጸላኢ ሰላም ንግበር እናበለ ስራሕና ንምድንጓይ ክመጸና ይኽእል።እቲ ዝቃወም እምበኣር ምስቲ ዝስራሕ ዕላማ ጥራይ ደኣ ይሰማማዕ እምበር ምሳና ምስምማዕ ኣየድልዮን፡ምኽንያቱ እቲ ተጻብኦ ናይ ዕላማ ደኣ እምበር ግላዊ ኣይኮነን።ካብ ኩሉ ዘሐጉስ ከኣ እቲ ናይ ዕላማ ተጻብኦ ቂም ዝበሃል የብሉን።

9 ይቕረ ኣባሃሂሉ

ነህምያ ስርሑ ክቀላጠፈሉ መታን እቲ ህዝቢ ኣብ ንሓድሕዱ ዝነበረ ምቅይያምን ምጭኽኻንን ብምሕረት ኣወገዶ(ነህ 5፡1-13)።እቲ ህዝቢ ንሓድሕዱ ተኸፋፊሉ ነበረ፡ምኽንያቱ ክንድ'ቲ ህዝቢ ኣብ ንሓድሕዱ ዝተጨኻኸኖ ምጭኽኻን ዝኣክል ገዛእቲ ኣይጭኽንሉን ነበሩ።እቲ ህዝቢ ናይ ጸላኢ ግፍዒ እናሻቐሎ ከሎ፡ናይ ሓድሕዱ ምጭኽኻን ግን ከም ቅቡል ይርድኦ ነበረ።ነፍስወከፍ ንዝተጸገመ ብጻዩ ክንዲ ዝሕግዝ ብወለድን ብልቓሕን ሕርሻኡ እናዘመተ ይነብር ነበረ።ነህምያ ግን ነቲ ህዝቢ ኣእሚኑ ዝተወርሰ ርስቲ ንዋንኡ ክምለስን ዝፈድዮ ንዝሰኣነ በዓል ልቓሕ ክመሓር ተማህጸነ፡እቲ ህዝቢ ከኣ ምሕረት ገበረ።

ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ መሪር መግዛእቲ ብዘይ ምግዝኡ ይኾርዕ ኢዩ፡እንተኾነ ሓደ ነቲ ሓደ ብመሪር ግዝኣት ገዚእዎ ኢዩ ዝነብር።''ጓና ካብ ዝቕትለና ንሓድሕድና ክንቃተል ይበልጸና'' ከም ዝብሉ ከኣ ይመስል።ጽቡቕ ክገብሩ ዘይደልዩ እንተኾነ ጽቡቕ ክግበረሎም ዝደልዩ ብዙሓት ኢዮም፡ጽቡቕ ንምርኣይ ግን ጽቡቕ ክንገብር ይግባእ።ካብ ኢድ እግዚኣብሄር መታን ክንቅበል ከኣ በታ ንእሽቶይ ኢድና ክንልግስ ይግበኣና። ንሓድሕድና ክሳብ ዝተጨኻኸና እግዚኣብሄር ኣባና ክበጽሕ ኣይንሪኦን ኢና፡ንሓድሕድና እናተኻፋእና ካልኦት ነዓና እንተ ገበሩልና'ውን ከደንቕና ኣይግብኦን።ምድርና ንኽትፍወስ ከኣ ካብ ወረራ ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነ ነሓድሕድና ካብ ምግፍፋዕ ክንድሕን ኣለና፡በዓል ራእይ እምበኣር ነዚ ርድኢት'ዚ ክጭብጥ የድልዮ።

10 መጽሓፍ ኪዳን ተነበበ

ነህምያ መምርሒ ህዝቢ ዝኾነ መጽሓፍ ኪዳን ኣብ እዝኒ ህዝቢ ክንበብ ገበረ።እቲ ህዝቢ ኸኣ መንፈሳዊ በዓል ገበረ፣በዓል ዳስ ከኣ ኣኽበረ፡ብእግዚኣብሄር ከኣ ተሓጎሰ።ዓቢ ንስሃ ከኣ ገበረ ''ቤት ኣምላኽና ኣይንሓድግን ኢና'' ኢሉ ኸኣ ቃል ኪዳን ኣተወ፡ነህምያ ድማ ነቲ ቋንቋ-ጓና ዝዛረብን ዝተሓዋወሰ ህዝብን መሃሮ።ነህምያ ኣብ መወዳእታ ኣምላኽይ ንጽቡቕ ሕሰበለይ ኢሉ ንርእሱ ወፈየ፡ካብ ሰብ ለቓሕ ኣይተቕበለን፡ስርሑ ንኽዝከረሉ'ውን ሓወልቲ ኣየቕመን፡እግዚኣብሄር ጥራይ ንጽቡቕ ኽሓስበሉ ተማሕጸነ (ነህ 13፡31)።

መንፈሳዊ ቅንኣት ተዓፊኑ ቡሩኽ ራእይ ክህሉ ኣይክእልን፡ስለዚ ህዝቢ ነቲ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር ንኽፈልጥ በዓል ራእይ ክጽዕር ኣለዎ።ናይ ብዙሓት ሓገዝቲ ትካላት መሰረቶም እግዚኣብሄር ኢዩ፡ብዘይ መንፈሳውነት ግን ናይ ርህራሄ ተግባራት ክፍጸም ኣይክኣልን።ብእግዚኣብሄር ደስ ዝብሎን፡ዕግበቱ ካብ ኩነታት ዘይጽበ ወለዶ

ንምስራሕ ቃል እግዚኣብሄር የድሊ።ቤት እግዚኣብሄር ንኸይገድፍ ቃል ዝኣቱ ብጻይ'ውን የድሊ።እወ በዓል ዳስ ዘኽብር ወሎዶ የድሊ።

በዓል ዳስ እስራኤላውያን ኣብ በረኻ ከርተት ምባሎም ዝዝክሩሉ መዓልቲ ኢዩ።ናይ ትማሊ መከራኦም ብምዝካር ሎሚ ኣብ መከራ ንዘለዉ ክረድኡ በዓል ዳስ የዘኻኽሮም ነበረ።በዓል ዳስ ንከንቱነት ዓለምን ንውስኑነት ዕድመን ከርእዮም ከኣለ።ዓለም ከንቱ ሰብ ከኣ ሓላፊ ምኻኑ ምስ እንርዳእ ሰብ ራእይ ክንከውን ንበቅዕ።ኣብ ዝሓልፍ ዕድመ እምበኣር ዘይሓልፍ ስራሕ ሰሪሕና ንምሕላፍ ክንነቓቓሕ ኣለና።ነህምያ ነቲ ዝተደባለቐ ህዝቢ ከምዝገሰጾ ንሕና ድማ ኣብ ራእይና ተሓዋዊሶም ንዝነብሩ ምርኣይ፡ምግሳጽ፡ንዘድልየና ድማ ክንጽውዕ ይግበኣና፡እንተዘይኮነ ግን እዚኦም ህያዋን መሰናኽላት ክኾኑና ግድን ኢዩ።ነዚ ኩሉ ምስእነካይድ ሰባት ንስራሕና ከም ጽቡቕ ክርኢዎ ኢዮም ኢልና ናይ ሰባት ንእሽቶ ዓስቢ ክንጽበ ኣይግብእን።ስራሕና ምስ እንፍጽም እምበኣር "ኣምላኽይ ከም ጽቡቕ ረኣየለይ"ክንብል ይግብኣና።

<u>ነስተውዕል</u>

- ብሰንኪ ጸገም ዝተለዓዓሉ ተዋጋእቲ'ኳ ንፈልጥ እንተኾና፡ንምቾት ዝነዓቕ ተዋጋእቲ ግን ብዙሕ ኣይንፈልጥን፡ምኽንያቱ ሙቐት ናይ ምቾት ንገዛእ ርእሱ ሓያል ባርነት ኢዩ።
- ስነ-ምግባር ዘይብሉ ህዝቢ ጸላኢ ከይመጾ ንሓድሕዱ ይጣፋእ።
- ዘይተሰርሑ ሰባት ንዝተሃንጸ ሃገር የፍርሱ።
- ሻቕሎት ኣብ ዘለዎ ምርጋጽ ንራእይ ንቕድሚት ምስጓም ማለት ኢዩ።
- ብምውቕቓስን ምክታዕን ምንቕቓሕ ኣይመጽእን፡ምንቕቓሕ ከመጽእ ዝኽእል ብምንዛዝ ኢዩ።
- እግዚኣብሄር ንስምዒትና ዘይኮነስ ንውሳኔና ኢዩ ዝባርኽ።
- መራሒ-ሰብ ክርስዖ ንዘይብሉ ነገር ዝረስዖ ክመስል ይኽእል'ዩ፡በዓል ራእይ ግን ንራኢኡ ከምዝረስዖ ክመስል ኣይጽዕርን።
- ገጽ ሰብ ብምጥማት ሰብ ንምሕጓስ ዝነብር፡ኣብ መንገዲ ደኺሙ ይተርፍ።
- ኣብ ጥፍኣት ዝወደቑ ንምውጻእ፡ኣቐዲምካ ናብ ጥፍኣት ንዝኸዱ ደው ምባል የድሊ።
- ተቓዋሚ ምስ ዕላማ-ስራሕና ደኣ ይሰማማዕ እምበር ምሳና ምስምማዕ ኣየድልዮን።
- ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ንምቕባል ቅድም በታ ንእሽቶ ኢድና ምሃብ የድሊ።
- "ዓለም ከንቱ ሰብ ከኣ ሓላፊ"ምኽኑ ምስ እንርዳእ ሰብ ራእይ ንምኽን ንበቅዕ፡ስለዚ ኣብ ዝሓልፍ ዕድመ ዘይሓልፍ ስራሕ ሰሪሕና ንምሕላፍ ክንነቅሕ ይግብኣና።

ምዕራፍ 14

ድሕሪ እቲ ጎቦ

ንራእይ ኣድላዩ ዝገብሮ ፈትንፈት ንዓይኒ ዝጋርዱ ከይርኢ'ውን ዝፈታተኑ ጋረድቲ (ጎቦታት) ስለዘለዉ ኢዩ።ዝኾነ ዓይኒ-ዘለዎ ሰብ ነቲ ጎቦ ክሪኦ ይኽእል፡በዓል ራእይ ግን ድሕሪ'ቲ ጎቦ ዘሎ ሰፊሕ ሜዳ ክርኢ ይኽእል፡፣ጭቐና (መግዛእቲ) ካብ ቀደም ሕጂ ብኢሱ ከቢድ ኣርዑት ተጻሚኑና ክኾውን ይኽእል'ዩ፡ሰብኣዊ መሰልና'ውን ተገፊፉ ክኾውን ይኽእል'ዩ፡ብዙሓት ፍትሒ ስኢኖም ክሳዶም ኣድኒኖም ንበዳሊ ከሲሶሞ ደው ዝበሉ ይህልዉ'ዮም፡ተረከብቲ መንእሰያትና ብሂወት ንኾይቅጽል ብዝቐዝፍ ሕማም ተታሒዞም ይህልዉ ኢዮም፣ብዙሓት ህጻናት'ውን ግዳም-ሓደር ኮይኖም ዘመኖም የሕልፉ ይህልዉ'ዮም፡ስድራቤታት ሰላም ስኢነን ይበታተና ይህልዋ'የን፡ፍቐሪ ዝሒላ እናጠፈኦት ትመጽእ ትህሉ'ያ፣ናይ ውሑዳት ዓብላልነት ሰፊኑ ድኻታት ንሃብታማት ከም ዝተፈጥሩ ይሕሰብ ይኾውን'የ፡ህጻናት ጠሚዮም(ዓጸቦ)ኣሎ ተተባህለ ምናልባት ከም ንደቂ ሩኹባት ንምንታይ ይጠምዩ ፓስተ ወይ ኣይስክሪም ዘይበልዑ ክበሃል ይከኣል ኢዩ።

መራሕቲ ሃይማኖት ንሓቂ ዓቢጦም ምስ ሰበ-ስልጣን ወጊኖም ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም፣ተስፋ ምቑራጽ ነቶም ከይፈተኑ ምኽኣል ዝሰኣኑ መንእሰያት ገዚኡዎም ይኾውን'የ፡ሎሚ ንጽባሕ ከይነማዕድዋ ጋሪዳትና ክትከውን ትኽእል'ያ፡ሃብታማት ዕግበት ብምስኣን ሰበ-ስልጣን'ውን እፎይታ ብምስኣን መን-ንመን ክረድእን ክሕግዝን ከም ዘለዎ ጠፊኡና ኩሉ ከኣ ደላይ ደገፍ(ሓገዝ)ኮይኑ ይህሉ'የ።ተስፋ ዝገበርናሎምን ይዋሓሱና'ዮም ዝበልናዮምን ንዓና ዓሚጾም ናቶም ሂወት ከጣጥሑ'ውን ሪኢና፡ክሳብ ምእማን ሲኢና'ውን ክንከውን ንኽእል ኢና፡ኮታ ኩሉ ናይ ዓለም ነገር ከቢዱና ካብ መንፈሳዊ ህይወት ናብ ዓለም ተመሊስና ብህይወትና ተጻዊትና ንኸውን ኢና፣ራእይ እንተለካ ግን ራእይ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ሜዳ'የ ዝሪኢ።

ሃዋርያ የውሃንስ ኣብ ኣረጊት ሂወት ኮይኑ ኣብ ደሴት ፍጥሞ ብራእይ ብዙሕ ዝተሓላለኸ ነገራት ድሕሪ ምርኣዩ ኣብ መወዳእታ ግን"ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ረኣኹ" በለ (ራእ 21፣1)።ንክርስትና ዝቃወሙ ነገስታት ኣብ ዝሓየልሉ ዘመን፣ዙርይኡ ብባሕሪ ኣብ ዝተኸበበ ደሴት ኮይኑ ብሰንሰለት ተኣሲሩን ጸላም ዓብሊልዎ ዝነበረ ዮውሃንስ ብራእይ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ርኣየ።ዝቐደሙ ሰማይን ምድርን ሓሊፎም ብሓጎስ ዘይጽገብ ሂወት ዝሰፈኖ፡እርጋን ብንእስነት ዝተተክኣሉ፣ሞት ብህይወት ዝተዋሕጠሉ፣ፍርሒ ብእምነት ዓወት ዝተረኽበሉ፡ጽልኢ ብፍቐሪ ዝተሳዕረሉ፡ዕርቃን ብጸጋ ዝተተክኣሉ ሓድሽ ዓለም ተራእዩ፡፡እምበኣርከስ ራእይ ኣርሒቑ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ዓይኒ ንዘይርእዮ'የ ዝርኢ።

ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን "እቲ ቀልጢፉ ዝሓልፍን ቀሊል ጸበባን ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ዘልኣለማዊ ረዚን ክብሪ የዳልወልና'ዩ'ሞ እቲ ደጋዊ ሰብነትና'ኳ እንተበስበሰ ውሽጥና ግን ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ ስለዘሎ ኣይንሕለልን ኢና።እቲ ዝርኣ ንግዚኡ ኢዩ፣እቲ ዘይረኣ ግን ንዘልኣለም ኢዩ'ሞ፣ንሕና ነቲ ዘይርኣ' ምበር ነቲ ዝርኣ ኣይንጥምቶን ኢና" በለ (2ቆሮ4፡16-18)።ኣብ ሂወት ወዲ- ሰብ ክልተ ዝርኣዩን ዘይረኣዩን ነገራት ኣለዉ።ፍጥረት ወዲ-ሰብ ስጋን ነፍስን ዝርኣን ዘይርኣን'ኳ እንተኾነ ዋጋ ንህቦ ግን ነቲ ዝርኣ ነገር ኢና፡ምኽንያቱ ሃዋርያ

ጳውሎስ ሕጂ ብጭብጢ ዝብሎ ነቲ ዝርአ መከራና ኢዩ፡እቲ ዘይርአ ግን ናይ መጻኢ ክብሪ’ዩ ይብል።እቲ ዝርአ ግዝያዊ’ዩ እቲ ዘይርአ ግን ዝሕደስን ዘልኣለማዊን ኢዩ።እቲ ዝረአ ምድራውን ሓላፍን ኮይኑ ቁሩብ ጸኒሑ ኸኣ ኣድራሽኡ ዝሰኣን’ዩ፡እቲ ዘይርአ ግን ንዘልኣለም ጸኒዑ’ዩ ዝነብር።ነቲ ዝርአ መከራ በቲ ዘይርአ ተስፋ ንርስዖ፡ክርስትያን እምበኣር ብእምነት ገዲፉ ብምርኣይ ምስ ዝመላለስ ካብ ዓለማውያን ብዝገደደ ተስፋ ይቕርጽ።

ክርስትያን ብእምነት ደኣ’ምበር ብምርኣይ ክውሰን ኣይግባእን።ዓለም እንተዘይሪኣ ኣይትኣምንን’ያ፡ፈኸራኣ ኸኣ “ምርኣይ ምእማን’ዩ” ዝብል’ዩ።ናይ ኣማኒ መምርሒግን “እምነት ምርኣይ ኢዩ”ዝብል’ዩ።ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መጽሓፉ ብዛዕባ ትርጉም ተስፋ ከረድእ ከሎ“ነቲ ዝርእዮ ተስፋ ዝገብሮ’ኸ መን ኣሎ፣ብተስፋ ኢና ዲሕንና ዘለና’ሞ ኣብ ዝርአ ተስፋ ምግባር ተስፋ ኣይኮነን”ይብል (ሮሜ 8፡24)።እቲ ሕጂ እንዕዘቦ ዝኾነ ይኹን ተስፋና ብድሕሪ’ቲ ሕጂ እንሪኦ’ዩ ዘሎ።ክዳን ተኸዲንናዮ ተስፋ ኣይንገብረሉን ፣ምኽንያቱ ክዳን ዝረአ ነገር’ዩ፡ተስፋ ንገብረሉ ግን ድሕሪ’ቲ ጎቦ ንዘሎ ነገር ኢና።።ምኽንያቱ ዓይንና ዝርእዮ ውሑድ ኮይኑ፡ነቲ ዝርእዮ ነገር ክሳብ ክርእዮ ዝኽእል ርሕቀት ጥራይ ዝተወሰነ ኢዩ።ዓይንና ደው ንዝበለ ጎቦ ይጥምት፡ራእይ ግን ድሕሪ’ቲ ጎቦ ንዘሎ ሜዳ ይርኢ። ንስምዒትና ወይ ንኣእምሮና ዝፈታተኑ ነገራት ክኽልክልዎ ይኽእሉ’ዮም፡ራእይ ግን ጥሒሱ ኢዩ ዝወጽእ።

ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ራእይ ዝነበሮ ሙሴን ሓቂ ዝመረጸ ነህምያን ሪኢና ኔርና፣እዚኣቶም ንራእይ ህያዋን ምስክር እዮም።ኣብ’ዚ ምዕራፍ’ዚ ኸኣ ነቲ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ተስፋ ዝረኣየ፣ኣብ ናይ ናጽነት ቃልሲ ስሙ ገኒኑ ዝወጸ ማርቲን ሉተር ኪንግ ጁንየር ክንርኢ ኢና።ዓመታዊ ጥሪ ዕለት 15 ማርቲን ሉተር ኪንግ ዝተወልደላ መዓልቲ ሃገራዊት-በዓል ኮይና ክሳብ ሎሚ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ትበዓል ኣላ።።ማርቲን ብ1968 ኣብ ሎረን-ሆቴል ደው ኢሉ መደረ እናስመዐ ከሎ ብሓደ ኣኽራሪ ጻዕዳ ብዝተኮሰ ጥይት ክሳዱ ተሃሪሙ’ዩ ዝዓረፈ።ብማርቲን ሉተር ኪንግ ናይ ጸለምቲ ብዝበዛ ኣብቂዑ፡ነጻነቶም ብስብከቱ ዓንቢቡ፣ብፍረ-መስዋእቱ ሎሚ እዛ ንፈልጣ ኣሜሪካ ናይ መጀመሪያ ጸሊም ፕረስደንት ባራክ ኦባማ ንምምራጽ በቒዓ።።ስለዚ ተቓወምቲ ናይ ራእይ-ነበልባል ከጥፍኡ ኣብ ዝፈተንሉ መሊሶም’ዮም ዘንበድብድዎ።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ጥሪ 15 ኢዩ ተወሊዱ፡ ኣቡኡ መራሒ ሃይማኖት(ካህን)ናይ ሓደ ቤተክርስትያን ክኸውን ከሎ ኣዲኡ ድማ መምህር ነበረት። ኣቡኡ ንወዱ ወዲ ሹድሸተ ዓመት ምስኮነ ብስሙ ማርቲን ክብል ሰመዮ።ማርቲን ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ድሕሪ ምዝዛሙ ብ1944 ናብ ሞር-ሃውስ(more house)ዝተብህለ ኮለጅ ኣተወ፡ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ዝነበረ መምህሩ ዶ/ር በጃሚን ማያስ ዓለማዊ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብመንፈሳዊ ሂወት’ውን ምሁር ንክኸውን ኣሰልጠኖ።ብ1948 ናይ መጀመሪያ ዲግሪ ድሕሪ ምቕባሉ ኣብ ክሮዞር ዝተባህለ ቤት ትምህርቲ ብስነ-መለኮት ብዝለዓለ ማዕረግ ድሕሪ ምምራቑ ናይ ክሮዘር ፈሎውሺፕ ሕጹይ ብምኻን ካልእ ናይ ትምህርቲ ዕድል ተዋህቦ።ብ1953 ንዶክተርነት ዘብቅዖ መጽናዕቲ ዛዚሙ ብዝለዓለ ዲግሪ ተመረቐ።ድሕሪ’ዚ ማርቲን ሉተር ኪንግ መራሒ ሓንቲ ቤተክርስትያን ኮይኑ ሓዳር ብምምስራት ናብርኡ ክመርሕ ጀመረ።።እንተኾነ ብዙሕ ከይጸንሐ ብዛዕባ ሓዳሩ ጥራይ ምሕሳብ ገዲፉ፣ብዛዕባ’ቶም ኣብ

መከራ ዘለዉ ጸለምቲ ወገናቱ ከም ሓዳሩ ጌሩ ክቃለስ ጀመረ።እዞም ጸለምቲ ኣህዛብ ናይ ንዕቀትን ጸርፍን መጉሓፊ ኮይኖም፡ጉልበቶም እናተደለየ ንሶም ዝጽልኡሉ፡ዝሃነጽዎ ከተማ ንኽይነብርዎ እናተኽልከሉ ስቓዮም ካብ ልክዕ ሓሊፉ ነበረ።

ገለ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ይበጽሕ ካብ ዝነበረ ግፍዕታት ከኣ፣-

- ✓ ምስ ጸዓዱ ኣብ ሓደ ኣውቶቡስ ዘይምስፋር፡
- ✓ ምስ ጸዓዱ ኣብ ሓደ ዕዳጋ ዘይምዕዳግ፡
- ✓ ምስ ደቂ ጸዓዱ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ክልኩል ነበረ።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ምንቅስቓሱ ንምጅማር ጸለምቲ ምስ ጸዓዱ ኣብ ሓደ ኣውቶቡስ ምስፋር ኣይፍቀድን ንዝብል መምርሒ ምቅዋም ጀመረ።በዚ ዓመጽ’ዚ ብምሉኣም ኣብ ኣልባማ ዝቕመጡ ንዝነበሩ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ብምውዳብ ን382 መዓልታት ኣብ ጎደናታት ኣውቶቡስ ብምስላፍ ነቲ ናይ ናዕቢ ምንቅስቓስ ክመርሑ ጀመረ።በዚ ምኽንያት ከኣ ተኣስረ፡ገዝኡን ንብረቱን’ውን ብቦንብ ዓነወ፡፡ኣብቲ ዝወረዶ ዓምጽ ከኣ ብሕጊ ተማጉቱ ረትዐ፡፣ናይ ኣሜሪካ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ድማ ናይ ጸዓዱን ጸለምትን ምስፋር ኣውቶቡስ ምድላው ንሕጊ መንግስቲ ዝቃወም መምርሒ’ዩ ብምባል ንበዓል ማርቲን ፈረደሎም። ድሕሪ’ዚ ማርቲን ሉተር ኪንግ ስሙ ክገንን ምስ ጀመረ ምስ ብዙሓት መራሕቲ ጸለምቲ ብምትሕብባር ብ1957 ናይ ደቡብ ክርስትያን ጉባኤ(sclc)ዝብል ክሳብ ሕጂ ዝፍለጥ ዓቢ ማሕበር መስረተ።ማርቲን ፕረስደንት ናይ’ቲ ማሕበር ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ፣ጸለምቲ ስለ መሰሎም ሰላማዊ ቃልሲ ክጅምሩ ደፋፍኦም።ድሕሪ ናይ መጀመሪያ መጽሓፍ ምሕታሙ

ንዝጀመሮ ቃልሲ ኣብ መዕለቢ ንምብጻሕ ብ1960 ናብ ኣሜሪካ ተመልሰ።ተሓጋጋዚ ኣቡኡ ብምኻን ድማ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣገልግሎት ጀመረ።

ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ኣብ በርሚንግሃም ዓቢ ሰለማዊ ሰልፊ ኣካየደ፡ዕላማ ናይ’ቲ ሰልፊ ኸኣ ‘’ጸለምቲ ማዕረ ጸዓዱ ክኽፈሉን ኣብ ሓደ ዕዳጋ ብማዕረ ክዕድጉን መሰል ኣለዎም’’ ዝብል ነበረ።እዚ ሕቶ‘ዚ ነቶም ኣኽረርቲ ጸዓዱ ስለዘቕጦዖም ጸዓዱ ፖሊስ ነቶም ሰልፈኛታት ኣኽላባት ብምፍናው ኣሰቃቒ ተግባር ፈጸሙ፡፡እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ናብ ናዕቢ ተቐየረ፣ ኣብ መላእ ኣሜሪካ ናይ ዘለዉ ጸለምቲ ድምጺ ድማ ኣለዓዓለ፡ማርቲን ከኣ ተኣስረ ተኣሲሩ ከሎ ድማ ነቲ ጉዳይ ብጽሑፍ ከጓሃሀሮ ከኣለ።

ኪንግ ዝገበሮ ውሕሉል ኣዘራርባ ክብርን ተሰማዕነትን ክረክብ ጀመረ፡ኣብ መደርኡ ኸኣ “ራእይ ኣለኒ” እትብል መሳጢት ጥቕሲ ነበረቶ።ነቲ ኣብ ዋሽንግተን ዝተገብረ ሰልፊ ዘቕረቦ ጽሑፍ ካብ ትጺቢቱ ወጻኢ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ስለዝተሳተፈ ነቲ ጽሑፍ ገዲፉ ብቓሉ ዝተዛረቦ ዓቢ ዘረባ፣-“ሕጂ’ውን ራእይ ኣለኒ”ዝብል ነበረ፡-

እወ ራእይ ኣለኒ. . . .

ቅድሚ ዓመታት ገለ ዓበይቲ ኣሜሪካውያን ተኣኪቦም ዝፈረሙሉ ሕጊ ንዓና መበገሲ ኮይኑና ኣሎ።እዚ ኣዋጅ ነቶም ብብዙሕ ሚልዮናት ዝቑጸሩ ብናይ ጸዓዱ ባርነት ዝጭቆኑ ዝነበሩ ጸለምቲ ዓቢ ተስፋ ዝሃበ ነበረ፡ኮይኑ ግን ድሕሪ 100 ዓመት ጸለምቲ

ኣሜሪካውያን ነጻ ኣይወጻእናን፣ጸለምቲ ብናይ ዓሌታዊ ኣፈላላይ ሰንሰለት ተኣሲርናን ተገሊልናን ተጨቊናን ንርከብ ኣለና።ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ሃብቲ ብሃብቲ ዝመልኡት ብባሕሪ ኣብ ዝተኸበት ደሴት ንሕና በይንና ኣብ ድኽነት ወዲቕና ንርከብ ኣለና፡፡ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይ ኣሜሪካ ወዲቕና ኣብ ገዛእ መሬትና ስደተኛታትን ተጸበይትን ኮይና ንርከብ።ናይ ሎሚ መኣከቢና ኸኣ ነዚ ዘሕፍር ነገር ንምግላጽ’ዩ።ደቅና ነቲ ዝተገፈ መሰሎም ተመሊሱ መንነቶም ንዘነኣእስ‘‘ንጻዕዳ ጥራይ”ዝብል መምርሒ ከይኣለና ዕግበት የብልናን፡ኣብ ሚሲሲፒ ዘሎ ጸሊም ምስ ጻዕዳ ማዕረ ናይ ምድማጽ መሰሉ እንተዘይተሓሊዩሉ፣እቲ ኣብ ኒውዮርክ ዘሎ ጻዕዳ ንጸለምቲ ናይ ምድማጽ መሰሎም ክሳብ ዘይተቐበለ ዕግበት የብልናን ክብል መደርኡ ኣስምዐ።

እወ . . .ራእይ ኣለኒ

ሎሚ ኮነ ጽባሕ ኣጸገምቲ ነገራት ይጽበዩና ይኹኑ’ዮም፡ይኹን ደኣምበር ኣነ ራእይ ኣለኒ! እዚ ራእይ’ዚ ኸኣ ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ዝተቐብረ ራእይ’ዩ፡፡እወ ራእይ ኣለኒ! ሓደ መዓልቲ እዛ ሃገር ብሓድነት ተላዒላ ናይ ዜግነት ትርጉም ሓቀኛ መንነት ዝሕዘሉ መዓልቲ ከም ዝመጽእ ራእይ ኣለኒ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ጆርጅያ ደቂ ጸዓዱን ጸለምትን ኣሕዋት ኮይኖም ኣብ ሓደ ጠረጴዛ ኮፍ ኢሎም ክመሃሩ ራእይ ኣለኒ።ሎሚ እታ ብባርነት ሓዊ ትቃጸል ዘላ ሚሲሲፒ፡ኣደባባይ ናጽነትን ፍትሕን ከምትኸውን ራእይ ኣለኒ።ራእይ ኣለኒ ኣርባዕቲኦም ደቀይ ብሕብሪ ቆርበቶም ዘይኮነስ ብኽእለቶምን ብባህሪኦም ብፍትሒ ዝዳነይሉ ሃገር ከምዝቕመጡ ራእይ ኣለኒ።

እወ ሎሚ ራእይ ኣለኒ፡-

ሓደ መዓልቲ ኩሉ ስንጭሮ ዘበለ ሜዳ ከምዝኸውን ጎቦታት ከምዝደላደል ዓቐበት ሜዳ ከምዝኸውን ዝነበጠ ከም ዝቐንዕ ክብሪ እግዚኣብሄር ከምዝግለጽ፣ስጋ ዝለበሰ ኩሉ ከምዝዕዘቦ እወ ሎሚ ራእይ ኣለኒ በለ(ኒየሽን ጋዜጣ የካቲት (1995)።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ካብ እሱርቤት ምስወጸ በቲ ኣብቲ ዓመት’ቲ ዝገበሮም ልቢ ዝሰልቡን መንፈስ ዘበርትዑን ናይ መቓብር ማዕጾ ዝኩሕኩሑን ዘረባታት ‘‘ታይም መጽሄት 1963 ናይ’ቲ ዓመት ዝበለጸ ሰብ” ክብሉ ፍሉይ ክብሪ ኣውሃቡዎ።ብቐጥታ ከኣ ብ1964 ተሸላሚ ኖቬል ኮይኑ ተዓወተ፡፡ድሕሪ’ቲ ሽልማቱ ግን ሓያል ዝኾነ ተቓውሞ በጽሐ’ሞ ‘‘ብዘይ ምግዳል ዓወት የለን’’ በለ።

ንኪንግ ካብ ጸዓዱ ጥራይ ዘይኮነ ካብቶም ወገኑ ዝኾኑ ጸለምቲ’ውን ነቲ ሰላማዊ ቓልሱ ስለዘይተቐበልዎ ጎነጽ ኣብዝሑሉ፡፡እወ እቶም ዝቃወሞም ጥራይ ዘይኮነስ እቶም ዝሕግዞም’ውን ፈተና ኮይኑዎ።‘‘ሽውዓተ ዓመት ዓይኑ ዝዓወረ ጽባሕ ክትርኢ ኢኻ ምስበሉዎ ሎሚ’ኸ ከመይለ ክሓድር’’ ኢሉ ይበሃል፡ንማርቲን ዝረኸቦ ኸኣ ከምዚ’ዩ።እንተኾነ ማርቲን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ነቲ ካብ ወገኑ ዝገጠሞ ጎነጽ ኣህዲኡ ነቲ ህዝቢ ዳግማይ ንቓልስን ንሰላማዊ ሰልፈን ኣለዓዓሎ።ጎድኒ ጎድኒ ቃልሶም ጸለምቲ ዝሓሸ ናብራ ንኽነብሩ ዕላምኡ ጌሩ ተላዕለ፣ካብ ሰብ ነጻ ኮይኖም ናይ ድንቁርናን ድኽነትን ባሮት ከይኮኑ ናብ ምሉእ ነጻነት ንኽሰጋገሩ ቃልሱ ቀጸለ።መሊሱ ኣብ ኣሜሪካ ናይ መጀመሪያ ታሪኽ ዝተባህለ ሰለማዊ

ሰልፊ ኣብ ፊት ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ዋሽንግተን ኣካየደ፡ዕላምኡ ድማ "ዝተመሓየሸ ናብራ ንጸለምቲ"ዝብል ነበረ።ብድሕሪ'ዚ ድማ ኣብ ሜምፊስ ዓቢ ሰለማዊ ሰልፊ ብሰራሕተኛታት ጽሬት ተኻየደ።ኪንግ ሃገራዊ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ ክግበር እናሓሰበ ከሎ ብሚያዝያ 4/1968 ኣብ ኣፍደገ ሎረን-ሆቴል ደው ኢሉ መደረ እናስምዐ ከሎ ካብ ሓደ ጻዕዳ ብዝተተኮሰሉ ጥይት ክሳዱ ተሃሪሙ ሞተ፣ድሕሪ ሞቱ ጸለምቲ መላእ-ኣሜሪካ ብዓመጽ ተሓመሱ።

ብዝተቓንዐ ህይወቱን፣ብናይ ስነ መለኮት ፍልጠቱን ዝማዕበለ ኪንግ፡ሓደ መዓልቲ ናይ ወገኑ መከራ ምዕጋስ ስኢኑ ብወኒ ተላዕለ።ንኣርባዕተ ህጻናትን ንሓንቲ ሰበይቱን ጥራይ ነቢሩ ንፉዕ ሰብኣይ ተባሂሉ ክሓልፍ'ውን ኣይመረጸን።በዚ ምኽንያት ራኢኡ ን21 ሚሊዮን ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ናብርኦም ዝለወጠ'ዩ።ናይ ቤተክርስትያን መሪሕነት ኣረኪቡ"ራእይ ኣለኒ" ኢሉ ዝመደረ ጅግና ኢዩ።ማርቲን ሃገራዊ ሽምዓ እምበር ከባብያዊ ሽምዓ ኣይነበረን።ብዙሓት እንታይ ኢዩ ዝራኣየካ፧ክብልዎ ከለዉ ናይ ጸለምቲ መሰል ክኽበር፣ደቂ ጸለምቲ ምስ ደቂ ጸዓዱ ክመሃሩ፡ጸለምቲ ኣብ እንዳ ጸዓዱ ቤት መግቢ ክምገቡ ይርኣየኒ ይብሎም ነበረ።ንሱ ነዚ ድምጺ'ዚ ሒዙ ክወጽእ ከሎ ብዝገደደ ጸልመተ፡ስቓይ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን'ውን በርቲዑ ነበረ፡፣ነቲ በዓል-ራእይ ዝኾነ ኪንግ ኸኣ ኣብ ጎደና ቀተሉዎ፣ራኢኡ ግን ድሕሪ ሞቱ ክዉን ክኸውን ከኣለ።ዘርኢ ስርናይ ድሕሪ ሞታ መሊሳ ከምትፈሪ ናይዚ ሰብ'ዚ ራእይ ድማ ድሕሪ ሞቱ ፈረየ።በዓል ራእይ ነቲ ዝሓስቦ ኪኾነ'ዩ ዝርእዮን ደስ ዝብሎን፡ክፍጸም ከሎ'ኳ እንተዘይረኣዮ ኣይሓዝንን'ዩ፡ምኽንያቱ እቲ ዝረእዮ ከምዝኸውን ጎሊሑ'ዩ ዝረኣዮ።ሎሚ ኣብ ምድሪ ኣሜሪካ ናይ ጸለምቲ መሰል ተኸቢሩ።ካብ መረጽቲ ሓሊፎም ተመረጽቲ ብምኻን መራሕቲ ኣሜሪካ ክኾኑ'ዮም በቒያም።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ዝረኣዮ ሕልሚ ኣይነበረን፣ራእይ ከምዝኾነ ንሕና መሰኻኽር ኢና።እግዚኣብሄር'ውን ኣርእዩ'ዩ ዘውርሰና፣ወይ ድማ ዝተረኣየና'ዩ ዘውርሰና።ሙሴ ንከንኣን ኣብ ግብጺ ኮይኑ ረኣያ፡ንህዝቡ'ውን ኣርኣዮም ብዓይኑ ግን ኣይረኣያን፡እቲ ወለዶ ግን ብዓይኑ ረኣያ።ማርቲን ሉተር ኪንግ ከኣ ከምኡ'ዩ ተራእይዎ፡ኣፈጻጽምኡ ግን ኣይረኣዮን።ማርቲን ሉተር ኪንግ ራእይ ኣለኒ ክብል ከሎ ፊትንፊቱ ዝርእዮ ዝነበረ ጸሊም እንባ ነበረ ኣብ መንጎ ጸለምትን ጸዓዱን ዝነበረ ጽልኢ ወሰኽ እንተኾነ ራእይ ድሕሪ ነቦ ዘሎ ክትርኢ ምኽኣል ስለዝኾነ ድሕሪ'ቲ መከራ ዝነበረ ራህዋ ኣማዕድዩ ረኣየ።

ብነብዩ ዘካርያስ ንዘሩባቤል ነቲ ናይ እምነት ሰብ ኮይኑ፡መቕደስ-ኣምላኽ ዳግማይ ዝሃነጸን ነቲ ዝፈረሰ ዘሐደሰን ሰብ ዝተነግሮ ቃል ምስንዝክር፡-"እቲ ከክንዲ እንባ ዝኸውን ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ መዓንቀፊ ከምዘየሎ ክኸውን'ዩ በሎ (ዘካ 4፣7)።ዘሩባቤል ናይ ራእይ ሰብ ነበረ፡ኣብ ቅድሚኡ ኸኣ ኣየሕልፍን ዝብል ዝተገተረ ነቦ ነበረ።ኣብ ቅድሚት ዝተገተረ ነቦ ንቕድሚት ኣብ ዝተጓዓዝናሉ እቲ ነቦ ንድሕሪት'ዩ ዝተርፍ፣ከይተንቀሳቐስና ኮፍ ኣብ ንብለሉ ግን እቲ ነቦ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ይነብር እሞ ምስኡ እናተፋጠጥና ንነብር።ን ኣይክእልን'የ በሃልቲ፡ካልእ ይዛረበለይ፣ካልኦት ይስርሑለይ ንዝብሉ ሃካያት ግን እቲ ነቦ ኣይመዓራረየሎምን'ዩ።በዓል ራእይ ግና ነቲ ዘይከኣል ይኽእሎ፡ንዓቢ ጸገም ድማ ብንእሽነቶ ተስፋ ይስዕሮ።

ኣብ ጫፍ'ቲ ንቦ ደው ኢለ ኣለኹ

ማርቲን ሉተር ኪንግ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝመሃሮ ናይ እምነት ቃላት ጌሩ ኣብ መላእ ዓለም ንብዙሓት ሰባት ዘደነቐ መደረ'ዩ ኣስሚዑ::ኣብቲ ግዜ'ቲ ንዝነበረ ድቕድቕ ጸልማት ንምውጋድ ጎሊሖም ዝተሰምዑ ቃላት ከም ኣብ በረኻ ዝተሰምዑ ነበሩ።እዞም ቃላት ሎሚ ምስ ናጽነቱ ንዝተወልደ ጸሊም ኣሜሪካዊ ግን ቀለልቲ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።ማርቲን ሉተር ብሚያዝያ 9/1967 ኣብ ቺካጎ ዝርከብ ቤተ ክርስትያን ኮቬናን ካብ ዝመደሮም መደረታት ከኣ ክሳብ ሎሚ ክዝከሩ ይነብሩ ኣለው።

ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት የውሃንስ ዝበሃል ሓደ ሰብኣይ ነበረ፡እዚ ሰብ'ዚ ንበይኑ ኣብ ፍጥሞ ትበሃል ደሴት ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ብብሕትውና(በይንኻ) ምንባር ብኽመይ ከምዝተለማመዶ ተዓዘብኩ''፡ኣነ ውን ምእሳርን ብሕትውናን (በይንኻ ምንባርን) ይፈልጦ'የ።ብኽምዚ ዓይነት ኩነት ንበይንኻ ምስትእሰር ናይ ምሕሳብ፡ናይ ምጽላይ፡ናይ ምስልሳልን ናይ ምርዳእን ናጽነትካ ተገፊፍካ ኢኻ ትእሰር።የውሃንስ ንበይኑ ኣብታ ደሴት ኣብ ዝተኣስረሉ ግዜ ኣረኣእያኡ ናብ ሰማይ ገበረ፡ኣብዚ ከኣ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ረኣየ።ኣብ ራእይ ዮውሃንስ ምዕራፍ 21፡-1 ''ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ረኣኹ፡ቀዳማይ ሰማይን ቀዳማይ ምድርን ሓሊፎም'ዮም እሞ ባሕሪ'ውን ኣይከህሉን'ዩ ክብል'ውን ተዛረበ።

የውሃንስ ኣብ ራኢኡ ዝረኣዮ ናይዚ ሓድሽ ሰማይን ምድርን ዕብየት ክብሩን ምሉእነቱን ነበረ።ኣብዚ ምዕራፍ ቁጽሪ 16 ምስ እንዕዘብ ''እታ ከተማ ኣርባዕተ መኣዝን ነበራ፡ ነታ ከተማ ብዘንጊ ምስዓቀና 12,000 ምዕራፍ ኮነት፡ንውሓታን ስፍሓታን ቁመታን ከኣ ማዕረ ነበረ''ይብል።ብኻልእ ኣበሃህላ እቲ ሓድሽ ናይ እግዚኣብሄር ርስቲ ማለት እቲ ብራእይ እንሪኦ ሃገር ዝጎድሎ ነገር የብሉን ማለት'ዩ፡ስለዚ ኢና ኸኣ ኣብ ራእይና ክንጸንዕ ዝግብኣና።

ኣብ ኣልባማ ከለኹ ጫማይ፡ዝውልውለለይ ሓደ ሊስትሮ ነበረ፡እዚ ሊስትሮ ክዕዘቦ ከለኹ ትዝ ዝብለኒ ነገር እንተሎ፡ዋላ'ኳ ንጫማይ ኣጸቢቕ እንተወልወልክዎ ከምቲ ንሱ ጌሩ ዘጽርየለይ ከጽርዮ ዘይምኽኣለይ'ዩ።ስለዚ እዚ ሰብ'ዚ ብምውልዋል ጫማ ዶክትረይት ዲግሪ ኣለዎ ክብል ገለጽኩዎ፡ካባይ ዝሓሸ ስለዝኾነ'ውን ኣኽበርኩዎ።

ስለዚ ኣሕዋተይ ናይ ህይወትኩም ክእለት ጽርግያ ምጽራይ እተኾይኑ ውጹ'ሞ ከምቲ ሚካኤል ኣንጀሎ ዝስእሎ ስእሊ፡ቤትሆቨን ከምዘቀናብሮ ሙዚቃ፡ሼክስፒር ከምዝገጠሞ ግጥሚ... ወዘተ ነቲ መገዲ ጽረግዎ።ናይ ሰማይ መላእኽቲ ብስራሕኩም ተሓጉሶም...''ንስርሑ ብትግሃት ዝፈጸመ ዓቢ ጸራጊ መንገዲ...''ክብሉኹም'ዮም::ምኽንያቱ ዋላ-ሓደ ከይሰራሕካ ኮፍ ካብ ምባል እናሰራሕካ ብመላእኽቲ ክትረአ ይበልጽ።

ኣብ ንቦ ዘሎ ሳግላ ምኳን እንተስኢንኩም ኣብ ሩባ ዘሎ ሳዕሪ ኩኑ፡ግን ሳዕሪ ብሳዕሩ ዝበለጸ ሳዕሪ ኩኑ።ገረብ ምኳን እንተተሳኣንኩም ቆጥቋጥ ኩኑ፡ቀንዲ ጎደና ምኳን እንተሰኣንኩም ንእሽቶ መገዲ ኩኑ፡ጸሓይ ምኳን እተሲእንኩም ኮኾብ ኩኑ።ትስዕርዎ ይኹን ትሰዓርዎ ዘበለ ብኽእለትኩም ዘይምኳኑ ከኣ እመኑ።ብዘለኩም ብሉጻት ኩኑ'ሞ ሽዑ ንሂወት ክትስዕርዋ ኢኹም።

ኣብ መወዳእታ ንዓኻትኩም ኣሕዋተይ ሰለስተ ነገራት ዝብለኩም እንተሎ፡-መጀመርያ ነብስኹም ፍተዉ ምኽንያቱ ነብስኹም ተዘይፈተኹም ንማንም ክትኮኑ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ካልኣይ ኣሕዋትኩም ፍተዉ፡ሽዑ ሕብረት ክህልወኩም ኢዩ።ኣብ መወዳእታ ንእግዚኣብሄር ብምሉእ ሓይልኹምን ነፍስኹም ልብኹምን ፍተውዎ፡በዚ ናይ ህይወትኩም እስትንፋስ ክሕደስ ኢዩ።ስለዚ ነዞም ሰለስተ ነገራት ምስ እትገብሩ ኢዩ እግዚኣብሄር ንወዲ ሰብ ካብ ሓደ ደምን ስጋን ከምዝፈጠሮን ኣብ ምድሪ ከምዘቐመጦን ትፈልጡ።

ማርቲን ሉተር ኪንግ ኣብ መንፈስ ብናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተገብረ ሰለማዊ ሰልፊ ካብ ዘስምዖ መደረ ብተግባር ዝተፈጸመ ትንቢት ነበረ።ብውሑድ ምስእንጠቅስ ከኣ፡-

"...ኩልና ብዛዕባ ነፍስና ምሕሳብ ነቒርጽ'ሞ ብዛዕባ ካልኦት ምሕሳብ ንጀምር።ኣብ መገዲ ኢያሪኮ ከተርቲ ሃሪሞም ዝደርበይዎ ሰብ ታሪኹ ንዘክር፡-እዚ መንገዲ'ዚ ብኣካል ኣብኡ ተረኺበ ተዓዚበዮ ኣለኹ፡ብርግጽ ኢየሱስ ክርስቶስ ንምሳሌኡ ቅኑዕ መገድን ቦታን ከምዝመረጸ ኣስተውዓልኩ።እቲ ሰብ ወዲቑሉ ኣብ ዝነበረ ኣቑዲሙ ዝበጽሐ እቲ ሌዋዊ'ዩ፡ንሱ ከኣ ነዚ ጽጉም ክሕግዞ እንተፈተንኩ እቶም ከተርቲ እንተመጹኒ እንታይ ክኸውን'የ" ብምባል ገዲፉዎ ከደ።መወዳእታ ዝመጸ ሕያዋይ ሳምራዊ ግን፡-"ገዲፈዮ እንተኸድኩ እንታይ ክኸውን'ዩ"፤ብምባል ኣልዓሎ።ሎሚ'ውን ንሕና "እንታይ ክኸውን'የ" ዘይኮናስ "እንታይ ክኾኑ'ዮም" ብምባል ክንለዓል ኣለና።

ማርቲን ሉተር ኪንግ'ውን ብዓይኑ ዘይኮነ ብራእይ እዩ ሪኡ፡እዉ ብዓይኑ ዝዕዘቦ ዝነበረ ጸለምቲ ብኣኽላባት ክብልዑ'ዩ።ብልቡ ዝተዓዘቦ ግን ጸለምቲ ናይ ደሞዝ መሰሎም ዘይኮነስ ሰባኣዊ መሰሎም ክረጋገጽ ነበረ።መበገሲ ጸገም'ቲ ህዝቢ ዋሕዲ ደሞዝ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ምንጪ ግን እግዚኣብሄር ዘይከልኦ ሰብኣዊ መሰል ምርካብ'ዩ።ምኽንያቱ ነቲ ምንጪ ከይደፈንካ ምስቲ ወሓዚ ምቅላስ ውጽኢታዊ ኣይገብሮን'ዩ።ጉዕዞ ራእይ ማርቲን ሉተር ምስ እንዕዘብ ንዓና ብዙሕ ፍልጠት'ዩ ዝርከቦ፡ስለዚ ማርቲን፡-

1.<u>ስሙ ዝለወጠ ሰብ ነበረ</u>

ማርቲን ሉተር ኪንግ ክሳብ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ዝኣክል ብወለዱ ሚካኤል ሉተር ኪንግ ይበሃል ነበረ።ኣቡኡ ማርቲን ሉተር ኪንግ ነቲ ስም ናይ ወዱ ማርቲን ብዝብል ብናይ ባዕሉ ስም ቀየሮ።ኣቡኡ ኣገልጋሊ ቤተ ክርስትያን ኮይኑ፡ብዛዕባ ምእመናን ዝሓስብ ንፉዕ ኣገልጋሊ ነበረ።ማርቲን ሉተር ኪንግ ክንዲ ኣቡኡ ኮይኑ'ኳ ኣገልግሎት እንተቐጸለ፡ድሒሩ ግን ልዕሊ ኣቡኡ ኮይኑ ኣብ ክንዲ 21 ሚልዮን ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ክቃለስ ከኣለ።ብድሕሬና ዝመጹ ካባና ዝሓየሉ'ዮም ዝኾኑ፡ምኽንያቱ ስርሑም ካብቲ ንሕና ናይ መወዳእታና እንብሎ ዕዮ ናይ መጀመርትኣም ኮይኑ ማለት ኣባና ረጊጾም ስለዝጅምሩ ኢዩ።ስለዚ ተመሃሮና ካባና ክበልጹ ከምዘለዎም ኣእምሮና ነዚ ክቐበልን ድሉው ክኸውንን ኣለዎ፡እንተዘይኮኑ ከምቲ ድሙ ወሊዳ እትበልያም ወሊድና ኣይክነዕብዮምን ኢና።

ንመጽሓፍ ቅዱስ ምስእንውከስ እግዚኣብሄር ንዓበይቲ ሰብ ራእይ ኣስማቶም ከምዝቐየረሎም ኢና ነንብብ።ንኣብነት፡-ኣብራሃም ናይ ቅድም ስሙ ኣብራም ተባሂሉ ይስመ ነበረ፡እግዚኣብሄር ግን ኣብራሃም ኢሉ ሰመዮ፡ትርጉሙ ከኣ ኣቦ ብዙሓት ማለት'ዩ። ኣብራሃም ናይ ቅድም ስሙ ጽልዋ ስለዘሕደረሉ ብዛዕባ ሓደ ውላድ ይሓስብ

ነበረ፡እግዚኣብሔር ግን ክንዲ ከዋኽብቲ ሰማይን ሑጻ ባሕርን ዝምብዝሑም ወለዶ ንኽሓስብ ራእይ ሃቦ።

ሓሳብና ዝወሰኖ ስምና'ኸ እንታይ ኮን ይኸውን፤ስልጣንና'ዶ ይሕዘና ይኸውን፤ኣብ ክንዲ ውጹዓት እንተተማነትኩ እሱርቤት ይኣቱ ይኸውን ዝብል ስግኣት እንተሊዩና ስምና ክቕየር ኣለዎ።።እወ! ስመይ ዓቢ'ዩ ዘይኮነስ ጠቕሚ'ዩ ክንብል ኣለና።ካብ ስንጭሮ ናብ ስንጭሮ ከምዝተዘርግሐ ቀጢን ገመድ ናይ ስልጣን መገዲ ናይ ምሕላፍ ጥንቃቐ ዘይኮነስ ኣብ ሰጥ ዝበለ መሬት እንሃዱ ሰብ ራእይ ክንከውን ኣለና።ኣተሓሳስባና ኣጽቢብና ቤተሰበይ እንተሓጊዘ እኹል'ዩ እንተበልና፡ተፈጥሮ ከይገደበና ገዛእ ርእስና ገዲብና እንተኾይና፡ሕጂ ካብዚ ሓሊፍና ኣነ ኣቦ ብዙሓት ኢየ ክንብል ኣለና።።እግዚኣብሄር ድማ ዝረኣናዮ ከውርሰና ኢዩ።ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ራእይ ክዉን እናኾነን ዝረሓቐ እናቐረበን'ዩ ዝመጽእ።

2. <u>ግዝያዊ ክብሪ ነዓቐ</u>

ማርቲን ሉተር ኪንግ ብስነ-መለኮት ብዘለዓለ ማዕርግ ዝተመረቐ ናይ ሓደ ቤተ ክርስትያን መራሒ ነበረ።።እቶም ዘገልግሎም ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ድማ ልውል ኣኽብሮት ይህብዎ ነበሩ፡እንተኾነ ሰብኣውነቱ ኣብ ሕቶ መንነት ናይቶም ዘገልግሎም ህዝቢ ስለዝነበረ ኣቶ ተባሂሉ ብግዝያዊ ክብሪ ዓጊቡ ክነብር ኣይደለየን።

እቲ ግዜ ሽምዓ ነጻነት ምውላዕ ዝሓትት እዋን'ዩ ኔሩ፡እዚ ነጻነት'ዚ ከኣ ሰብ ንሰብ ዝህቦ ነጻነት ዘይኮነስ እግዚኣብሔር ኣቐዲሙ ንወዲ ሰብ ዝሃቦ ናይ ተፈጥሮ ክብሪ'ዩ።መንግስታት ነጻነት ሂብና ኢሎም ክምክሑ ብዙሕ ግዜ ኢና ንሰምዕ፡እንተኾነ ነገስታት ንናጽነት ናብ ዝነበሮ ክመልሱዎ ደኣ'ምበር ምንጪ ነጻነት ኮይኖም ነጻነት ክህቡ ኣይክእሉን'ዮም።።ምኽንያቱ ሰብ ብተፈጥሩኡ ነጻነት ዘለዎ ፍጡር ኮይኑ ኢዩ ተፈጢሩ።ማርቲን ሉተር ኪንግ ኣብ ክንዲ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ኡይ! ክብል ከሎ ብዙሕ ነገራት ካብ ምስኣን ሓሊፉ ክሳብ ሂወቱ ክስእን ከምዝኽእል ይፈልጥ ነበረ፡ስለዝኾነ ከኣ ጌና ኣብ ናይ መጀመርትኡ ምንቅስቓስ መንበሪኡ ብቦንብ ዓነወ፡ንሱ ከኣ ናብ እሱር-ቤት ኣተወ።

ብሰብ ዝተረኽበ ክብሪ መሊሱ ሰብ ክወስዶ ይኽእል ኢዩ፡እግዚኣብሄር ዝዓደሎ ናይ ሕልና ክብሪ ኣሕሊፍካ ንዘይምሃብ እሱር-ቤት ምውራድ ግን ዝዓበየ ነጻነት'ዩ።ማርቲን ሉተር ኪንግ ንማእሰርትን ሞትን ፈጺሙ ኣይፈርሐን፡እንታይ ደኣ ነቲ ዘይኣመነሉ ነገር ተገዚኡ ብሕልንኡ እናተወቕሰ ንኽብዱ ዝግዛእ ክቡር ኮይኑ ከይነብር ግን ኣዚዩ ፈርሐ።ሎሚ ዘሎ ቁምነገር መልክዕ፡ገንዘብ፡ስልጣን እዩ።ሰብ ገንዘብ ንምርካብን ናይ ሰብ ተቐባልነት ንምርካብን ዝደለዮ ከይገበረ ኣይምለስን በሃላይ ኢዩ ኮይኑ፡በዓል ራእይ ግን ግዝያዊ ክብሪ ንዒቑ ናብ ናይ ነጻነት ብርሃን'ዩ ዝግስግስ።።

3. <u>ንዘወንዘፎ ዕላምኡ ቀጸሎ</u>

ማርቲን ሉተር ኪንግ ናይ ነጻነት ኣውያት እናእወየ ድምጺ ንዘይብሎም ድምጹ እናስመዐ ኣይቀጸለን፡እንታይ ደኣ ንግዚኡ ዕላምኡ ኣቋሪጹ ናብ ህንዲ ከይዱ ቁሩብ ጸኒሑ ነበረ።።ካብኡ ተመሊሱ ከኣ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣገልግሎቱ ቀጸለ፡እንተኾነ ነቲ ራእይ ተዓጊሱዎ ክነብር ኣይከኣለን።እቲ ተዓቢጡ ዝነበረ ራኢኡ'ውን ተቶኪሱ ወጺኡ እንደገና ናብ ጎደና ከምዝወጽእ ገበሮ።ከምቲ ወታሃደር ተሳዒሩ ንድሕሪት ክምለስ ከሎ "ኣዝሊቐ"

ዝብል ከምኡ ድማ በዓል-ራእይ፡-ራእይ ኣብ ዝጅምረሉ ግዜ ዕንቅፋት ምስ ዝበዝሑን ኩሉ ነገር ከም ሓዊ ምስዘቃጽሎን ነቲ ስራሕ ደው ኣቢሉ ናብ ካልእ ቦታ ክኸይድ’ዩ ዝግደድ፡እንተኾነ ራእይ ንብረት ስለዘይኮነ ኣይጠፍእን፡፡እወ ራእይ ከም ጥንሲ ንቐድሚት እናደፍአ ኢዩ ዝምጽእ። ማርቲን ሉተር ኪንግ ንድሕሪት ኢሉ እንተዝተርፍ ኔሩ ንጸላኢ ኣነቓቒሑን ኣርዐት ጸለምቲ ኣኽቢዱን ኣብ ክንዲ ክብሪ ውርደት ተሰኪሙን ምተረፈ ኔሩ፡፡እንተኾነ ዝጀመሮ ዕላምኡ ስለዝቐጸሎ ንራኢኡ ክምልአ ከኣለ።ንሕና’ኸ ጀሚርና ዘየማላእናዮ መሰረቱ እናረኣና ንበሳጨወሉ ነገራት’ዶ ይህልወና ይኸውን፤ካብ እናተበሳጨኻ ምንባር ራኢኻ ፈጺምካ ሕጉስ ምኳን ዝተዋህበና ዝዓበየ መሰል’ዩ፡ኮፍ ምባል ንባዕሉ ብደውካ ሙማት ስለዝኾነ ሕጂ ንበራበርን ንንቀሳቐስን።

4. <u>ምንጪ(መበገሲ) ጸገም ኣለለየ</u>

ንማርቲን ጸዓዱ መሰል-ጸለምቲ ዘይምቕባሎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ጸለምቲ ንነብሶም ዘይምቕባሎም’ውን ተወሳኺ ዘተሓሳስብ ጸገም’ዩ ኮይኑዎ ኔሩ።ጸለምቲ ነቲ ጸዓዱ ዝብልዎም ተቐቢሎም ንነብሶም ኣእሚኖማ ኔሮም’ዮም።እንተኾነ ስርሖም ብዘይድሌት ብሓዘንን ብመረረን ስለዝነበረ ኩሉ ግዜ ኣብ ስርሖም ዕግበት ዝበሃል ኣይነበሮምን፡፡ማርቲን ሉተር ከኣ ክብሪ ሰብኣውነቶም ክርድኡ ኣኽኣሎም።እቲ ዝዓበየ መግለጺ ሰባት ንዓና ዝብሉና ዘይኮነስ ንሕና ዝኾናዮ ነገር’ዩ፡ጠንቂ ብዙሕ ጸገም ከኣ ሰብ ንዓና ስለዘይተቐበለና ዘይኮነስ ንሕና ንነብስና ስለዘይተቐበልናያ’ዩ።ንሕና ባዕልና ዘይተቐበልናዮ ሰብኣውነትና ካልኦት ክቐበሉልና ምጽባይ ከንቱ’ዩ፡ባዕልና ዘየኽበርናያ ሰብነትና ካልኦት እንተዘይኣኽበርዋ ኣየገርምን ኢዩ።

ሎሚ ኣብዚ እዋን’ዚ ከይተረፈ ኣብ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ንዕዘቦ ጸገም እንተሎ ሰብነትካ ዘይምቕባል’ዩ።እዚ ከኣ ነብሰ-ምትእምማን ዘይብሉ ሕብረተ-ሰብ ክፈጥር ክኢሉ።ንኣብነት፡-ማይክል ጃክሰን ጽቡቕ ጸሊም’ዩ ኔሩ፡እንተኾነ ንነብሱ ብዘይምቕባሉ ኣካሉ ብደዉ ናይ ምፍራስ ሓደጋ ኣጋጢምዎ ነበረ።ንሕና’ውን ገዛእ-ርስና፡ስድራ ቤትና፡ሃገርና፡መንነትና፡ቋንቋና፡ዓሌትና ክንቅበል ክንክእል ኣለና፡፡ንእግዚኣብሄር ምስእንቕበሎ’ውን ድሒርና ንነብስና ንቕበላ፡፡ብዙሓት ሰባት ንነብሶም ከይተቐበሉ ንእግዚኣብሄር ተቐቢልናዮ ስለዝብሉ ኣብ ሂወቶም ዕግበት ዘይብሎም ኮይኖም ይነብሩ።ማርቲን ሉተር’ውን፡-‘‘ኣቐዲምኩም ነብስኹም ፍተዉ...ነብስኹም ምስዘይትፈትዉ ግን ንማንም ኣይትጠቕሙን ኢኹም” ኢሉ ይበሃል።

5. <u>ንሓድነት ጸዓረ</u>

ማርቲን ሉተር ኪንግ ጸለምቲ ንገዛእ ርእሶም ክቐበሉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ንሓድሕዶም ፍቐሪ ክህልዎም’ውን ይምህሮም ነበረ፡፡ምኽንያቱ ናይ ሕድሕድ ፍቐሪ እንተለዎም ሕብረት ይህልዎም፡ሕብረት ከኣ ንኽቢድ ነገር ቀሊል ስለዝገብሮ’ዩ።ጸላኢ ካብ ዘምጽኦ ዕንወት ኣብ ንሓድሕድካ ብትፈጥሮ ምትህልላኽ ዝመጽእ ዕንወት ዓቢይ ስለዝኾነ’ውን’ዩ።ንሕና’ውን ኣብ ንሓድሕድና ከይተፋቐርና ካልኦት በዲሎምና ምባልና ናይ ዘይምዕባይ ምልክት’ዩ፡ኣብ ነብሲ-ወከፍና ዘሎ ፍቐርን ሕብረትን እምበኣር ኣብ ዕብየትና ወሳኒ ኢዩ።

ኣባ ኣቡነከረዙን፡-"ግጭት መሰረት ድኽነት'ዩ"ክብል ኣብ ሕብረት ዘይምርድዳእ ምስዝህሉ ናይ ሓባር ሃብቲ ከምዝበርስ ገለጸ።ሙሴ'ውን እስራኤላዊ ንእስራኤላዊ ክዕምጾ ሪኡ "ንምንታይ ንሓውኻ ትሃርሞ ኣለኻ"በሎ(ዘጽ2፡-13)።ምኽንያቱ እስራኤላውያን ብግብጻውያን ይብደሉን ንሓድሕዶም ከኣ ይበዳደሉን ኢዮም ኔሮም።ዝዓበየ ጉድኣት ከኣ ኣብ ንሓድሕድካ ሰላም ምስኣንዩ።ማርቲን ሉተር ንህዝቡ ሓይሊ ክህልዎም ሕብረት፡ሕብረት ንኽህልዎም ከኣ ፍቕሪ ኣድላዩ ምኳኑ ይነግሮም ነበረ።

6. <u>ናይ ዓወት ምስጢር ፈለጠ</u>

ማርቲን ሉተር፡-"ንእግዚኣብሄር ብምሉእ ሓይልኹምን ብምሉእ ልብኹምን ኣፍቅርዎ"ናይ ሂወት እስትንፋስኩም ከኣ ክሕደስ'ዩ"ክብል ተዛረበ።ንእግዚኣብሄር ክንእዘዞ ከለና ዘይእዘዘና ነገር ስለዘየለ መንገድና ንዕኡ እናረከብና ናይ ፍጻሜ ኣምላኽ ፍጻሜ ክህበና እናተማሕጸንና ራእይና ክነቀላጥፍ ይግባእ።ምኽንያቱ ምስጢር ዓወት ሓይልን ፍልጠትን ዘይኮነስ እግዚኣብሄር ኢዩ፡ስለዚ ስራሕና ስርሑ ብምግባር እግዚኣብሄር ክዋጋኣልና'ዩ።ካብ ዓዘቕቲ ኣውጺኡ ኣብ በሪኽ ኮፍ ከብለና'ዩ፡ሓይልና ከኣ መዓልታዊ ክሕደስ'ዩ፡ዋላ'ኳ እንተጸልመተ ንብርሃን ተስፋ ክንገብር ኢና።ሃብቲ ዘለዎም ክደኽዩ፡ጉልበት ዘለዎም ክደኽሙ፡ ወገን ዘለዎም በይናዎም ክኾኑ ከለዉ ንሕና ግን ኩሉ ግዜ ብፍቓዱ ኣብ ቀዋሚ ኣድራሻና ክንጸንዕ ኢና።ምኽንያቱ ምንጪ ሓይሊ-ራእይ እግዚኣብሄር'ዩ።

ራእይ ከም ዘለና ንዛረብ እንተኾይንና ኣቐዲምና ከም ማርቲን ነዞም ሕቶታት ክንምልስ ኣለና፡-

- ✓ ኣነ መሊኡ ተሪፉኒ ኣሎ ዲና ንብል፡ወይስ ካልኦት ጎዲልዎም ኣሎ ኢና እንብል፤
- ✓ ሕልናና ቅኑዕ ፍርዲ'ዶ የኽብር፤ቅኑዕ ፍርዲዶ'ኽ ይህብ፤
- ✓ እግርና ናብ ዝመርሓና ዲና እንጓዓዝ ወይስ መፈጸምትኡ እናተራእየና ኢና እንጓዓዝ፤
- ✓ ካብ ወገንና ንዝመጸና ተቓውሞ ንዕገስ'ዶ ወይስ ጸማም እዝኒ ኢና ንህቦ፤
- ✓ ናይ ካልኦት ልዕልና ኣብቂዑ ናትና ልዕልና ክጅምር ዲና ንቃለስ፣ወይስ ማዕረ ዝኾነት ዓለም ንምርኣይ'ዩ፤
- ✓ ንሕና'ኽ ሓድሽ ሰማይን ሓድስ ምድርን ይረኣየና'ዶ፤ወይስ ኩሉ ፍጥረት ከም ዝኣረገ'ዩ ዝተርፍ ኢልና ኢና ተስፋ ንቑርጽ፤
- ✓ ስጉምቲ ዘይብሉ ስምዒት'ድዩ ኣለዓዒሉና ዘሎ፡ወይስ ፍጻሜ ዘለዎ እምነት'ዩ፤
- ✓ ዘተሓሳስበና ነገር "ኣነ እንታይ ክኸውን'የ" ዝብል'ድዩ፤ወይስ እገሌ እንታይ ክኸውን'ዩ ዝብል ኢዩ፤
- ✓ ራእይና ንብሎ ጽቡቕ ሓዳር፡ብዙሕ ሃብቲ፡ህቡብ ሰብ ምኳን'ድዩ፤ወይስ ንእግዚኣብሄር ምንባር'ዩ፤
- ✓ ንሓቂ ማንም ቀቲሉዋ ከምዘይፈልጥን፡ኣብ ልዕሊ መቓብር'ውን እንተኾነ ሓቂ ከምትዕንብብን ንኣምን'ዶ፤

እወ ራእይ እምበኣር ድሕሪ ጎቦ ዘሎ ሜዳ’ዩ፡ ድሕሪ ጎቦ ኮይኑ ዝረኣየና ብሩህ ነገር ከኣ ራእይ ይባሃል።ብዓይንና ኣፈላላይ ንዕዘብ እንተደኣኮይና ብራእይ ግን ዝተተሓሓዘ የእዳው ኢዩ ዝረኣየና።

ነስተውዕል

- ንራእይ ኣድላዩ ዝገብሮ ንኽትርኢ ዝጋርዱን ንዓይኒ ዝፈታትኑን ጎቦታት ስለዘለዉ እዩ።
- ራእይ ኣማዕድዩ ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ሜዳ ይርኢ፡እወ ራእይ ዓይኒ ንዘይርእዮ ይርኢ።
- ተቓወምቲ ንናይ ራእይ ሓዊ ከጥፍኡዎ ኣብ ዝፍትንሉ ግዜ ብዝበለጸ የንበድብዱዎ።
- በዓል ራእይ ቅድመ ኩነት ዕላምኡ ርእዩ ይሕንስ፡ፍጻሜ እንተ ዘይረኣየ’ውን ኣይሓዝንን’ዩ።ምኽንያቱ ራእይ ክንዲ ምኗን ዝኣክል ኣጉሊሑ’ዩ ዘርኢ።
- ሰብ ራእይ ዘይከኣል ዘበለ ዝኽእልዎ፡ዓቢ ጸገም ብንእሽቶ እምነት ስለዝሰዓር ኢዩ።
- ገዛእ ርእስኻ ናይ ምቕባል ክእለት ናይ ሂወት መሰረት ኢዩ።
- እትስዕሩን እትሰዓሩን ብደረጃ ዕብየትኩም ኣይኮነን።
- ሎሚ ንሕና እንታይ ክንከውን ኢና ዘይኮነስ እንታይ ክኾኑ እዮም ኢልና ንተንስእ።
- ብድሕሬና ዝመጹ ካባና ክብርትዑ እዮም።
- ሙቐት ናይ ራእይ ተዓጊስካ ምንባር ኣብ መወዳእታ ናብ ናይ ምቅጻል ሓደጋ የብጽሓካ።
- እቲ ዝዓበየ ነገር ሰባት ዝብሉና ዘይኮነስ ንሕና ዝኾናዮ እዩ፡መበገሲ ናይ ጸገም ከኣ ሰባት ንዓና ዘይምቕባሎም ዘይኮነስ ንሕና ርእስና ዘይምቕባልና እዩ።እወ ባዕልና ዘይ ተቐበልናዮ መንነትና ሰባት ክቕበሉልና ኣይክእሉን እዮም።
- ንሕና ከይተፋቕርና ካልኦት ጎዲኦምና ኢልና ምሕዛን ዕሽነት’ዩ።
- ምንጪ ሓይሊ ናይ ራእይ እግዚኣብሄር ኢዩ።
- ናብ ዝረኣናዮ እንበጽሕ ምስእንንቀሳቐስ ጥራይ ኢና።

※ ※ ※

ምዕራፍ 15

ምንጪ ራእይ

ኖህ ሳምራ ብንፋስ ዝናወጽ ንጹር ዘይኮነ ድምጺ ሬድዮ ይከታተል ነበረ።ኩሉ ግዜ ሬድዮ ክሰምዕ ከሎ እታ ሬድዮ ብተስምዖ ዝነበረት ሹሽታ ሕጉስ ኣይነበረን።ስለምንታይ'ዩ ድምጺ ናይዛ ሬድዮ ንጹር ዘይኮነ ኢሉ ድማ ይጉሂ ነበረ።ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ'ዚ መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል ናይ ሳታላይት ቴክኖሎጂ ምጥቃም'ዩ ኢሉ ክሓስብ ጀመረ።ከምዚ ኢሉ ድማ ክዛረብ ጀመረ፦"ኣብ ሰማይ ሰማያዊ ፈረስ ኣለኒ"ክኣ በለ።

ኖህ ሳመራ ኣብ ሬድዮ ናይ ሳተላይት ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ንጹር ድምጺ ክስማዕ ከምዝኽእል ንብዙሓት ትካላትን ሰብ ዝና ውልቀ ሰባትን ክሕብር ጀመረ።እንተኾነ ነዚ ኣብ መዕለቢኡ ንምብጻሕ ሓደ ዓቢ መስገደል ክሓልፎ ኔርዎ፡ ምኽንያቱ ሳተላይት ምውንጫፍን ምጥቃምን ብግለ-ሰብ ዘይከኣልን ኣብ ኢድ መንግስቲ ዝምእከል ኮይኑ ካብ ዓለም-ለኻ ፍቓድ ምሕታት ዘድልዮ ምንባሩ'ዩ።ይኹን'ምበር ኖህ ሳመራ ንሓሳቡ ኣብ መዕለቢ ንምብጻሕ ኣይተሓለለን።ድሕሪ ብዙህ ጻዕሪ ከኣ "ኣብ ሰማይ ሰማያዊ ፈርስ ኣለኒ" ዝብል ራኢኡ እናተፈጸመ መጸ።ብዙህ ሓርጎጽጎጽ ሓሊፉ "ዎርልድ-ስፐይስ" ዝብል ትካል ብምምስራት ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ናይ መጀመርያ ተጠቃሚ ናይ ሳተላይት ክኸውን በቐዐ።

ዘይምቹእ ነገር ምቹእ ነገር ይፈጥር፡ጫውጫውታ ዘለዎ ድምጺ ጸጥታ ዘለዎ ድምጺ ይወልድ፡በቃቕ ጎረቤት ኣቕሓ የግዝእ፡ደንቆሮ ዝብል ጸርፊ ንዝለዓለ መዓርግ የብቅዕ፡ዘቃልሱ ነገራት ድልዱል መንነት የልብሱ፡ዘበሳጩ ጉድለት ምልኣት የምጽእ፡ተደጋጋሚ ፈተና የበርትዓካ፡ቅኑዕ ሻቕሎት ራእይ ክህልወካ ይገብር ስለዚ ሻቕሎት ሓደ ካብቶም መራኸብቲ ራእይ'ዩ።ብዙሓት ሰባት ነቲ ንእዝኒ ዝኹርኩሕ ናይ ሬድዮ ማዕበል ሓደሓደ ቃላት ብትዕግስቲ ተጸሚሞም ከይሰምዕዎ ዝዓጽውሉ ኣጋጣሚ ኣሎ።ነዚ በዓል ራእይ'ዚ ግን እቲ ድምጺ ድቃስ ምስከልኦ ብራኢኡ ዝበለጸ ስራሕ ሰርሐ፡ድምጺ ብኣየር ኣሕሊፉ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ገዛ ከብጽሖ ከኣለ።ኣብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዝተርፍ ነገር ንእሽተይ'ዩ ነቲ ተሪፉ ዝረአ ስራሕ ናተይ ዕማም'ዩ ምባል ከኣ ናይ በዓል ራእይ ብጽሒት እዩ። በዓል ራእይ ካልእ ኣብ ዝሰርሖ፡ከምዚ ኮይኑ ከምዚ'ባ ጎዲልዎ ኢሉ ከነኣእስ ዘይኮነስ ነቲ ዝተረፈ ከመይ ጌረ የማዕብሎ ኢሉ ክሓስብ ይግቦኡ።ምኽንያቱ በዓል ራእይ ፍላስፋ ወይ ሃንዳሲ ዘይኮነስ ሰራሕተኛ እዩ።እቲ ስራሕ ተሰሪሑ ድምጺ ብኣየር ምሕላፍ ምስተኻእለ ንምምዕባሉ ዝምልከት ተራ ናይ ዝቕጽል በዓል-ራእይ እዩ።

መሬት ብስራሕ ክንቅይራ፡ብምዕባለ ከነዕብያ፡ንድኻም ሰብ ዝቕንሱ ፈጠራታት ከነማዕብል፡ብጠቕላላ ነዛ እንነብረላ ምድሪ ከነበርክተላን ኣብ መወዳእታ ንእግዚኣብሔር ክብሪ ክንህብን ኢና ተፈጢርና።ቃሉ'ውን፡-"ንስኻትኩም ዝተኣዘዝኩሞ ኩሉ ምስ ገበርኩም፡ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ኢና እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ድማ ኢና ዝገበርና በሉ ይብል (ሉቃ 17፡-10)።

ንቶማስ ኤድሰን ኣምፑል ክምህዝ ዝደረኾ ጸልማት'ዩ።ስለዚ ዘይምቹእ ድምጺ ናብ ዝጸረየ ድምጺ የሰጋግረካ፡ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝነበረ ባርነት ንኢትዮጵያውያን ብዝበለጸ ናጽነቶም ንምዕቃብ ክቃለሱ ኣኽኣሎም።ኣብ ዙርያ ዕንባባ-ጽጌረዳ ዘሎ እሾኽ ንዕድመ እታ ዕንባባ የናውሐ።ካብ ኣብ ከበሳ ኣብ ቆላ ዝበቁል ዕንባባ ዝተባህገ'ዩ፡ረቂቕ ዕንባባ ብእሾኽ ዝተሓጽረ'ዩ።እኹል ናይ ሕርሻ ቦታ ዘይብሎም ሰባት

ህርኩታት ሰራሕተኛታት'ዮም ዝኾኑ፡ብነገስታት ዝርገጹ ዝነበሩ እምቢ ኢሎም ባዕሎም ክነግሱ ክኢሎም'ዮም፡ናይ ዜግነት መሰሎም ዝተሓድጉ ናይ ንግስነት መሰል ረኺቦም'ዮም፡ስለዚ እምበኣር ካብ ዘይምቹኣት ነገራት ምቹእ ነገራት ይርከቡ'ዮም።ኖህ ሳምራ ወናኒ ንጹር ማዕበል-ሬድዮ ጥራይ ዘይኮነስ ብዙሓት ሰባት'ውን ተጠቀምቲ ክኾኑ ክኢሎም ኢዮም።ናይ ሓድሽ-ኪዳን መጻሕፍቲ ድሕሪ ብርቱዕ ማዕበል ስለዝተረኽቡ፡ብዛዕባ ዓቢይ ህድኣት(ጸጥታ)ይዛረቡ(ማቴ28፡-26)።

ከምቲ ድሕሪ ለይቲ መዓልቲ ዝመጽእ፡ዝፈታተኑና ጸገማት ምስዘጋጥሙና ከኣ ሓያላትን ተበላሓትን ክንከውን ኢዮም ዘኽእሉና፡፡ተቓወምትና ከኣ ስራሕና ብጥንቃቐ ክንሰርሕ የትግሁና።እቶም ሃገር ከግድፉና ዝጓየዩ ከይተረፉ ዓለምለኻዊ ኣገልጋሊ ክንከውን ኢዮም ዘኽእሉና።እግዚእብሄር'ውን ዝተፈላለየ ዘይምቹእ ነገራት ብምምጻእ ነቲ ኣብ ውሽጥና ዝተቐመጠ ራእይ የበራብረልና።ሰብኡተን ደንቆሮ(መሃይም)ኢሎም ዝጸረፉወን ኣንስቲ ብማዓርግ ዶክትሬይት-ድግሪ ተመሪቐን'የን።ብኣካረይቲ ገዛ ዝተገፍዑ ሰባት፡ብዛዕባ ከውንኑዎ ዘለዎም መንበሪ ክሓስቡን ክሰርሑን ካብ ገዛ-ኽራይ ክገላገሉን ክኢሎም'ዮም፡፡

ካብ ናይ ስደት ሃገር ዝተሶጉ ኣብ ሃገሮም ህርኩታት ሰራሕተኛታት ኮይኖም'ዮም።ከም'ቲ ክልተ ጭንጭሕለ(ኣዛሒት) ክጋጨዉ ከለዉ ብርሃን ዝህቡ ከምኡ ክልተ ኣንጻራዊ ሓሳባት ምስዝጋጨዉ ሓደ ቅኑዕ ሓሳባት'ዮም ዝወልዱ፡፡ብኽምዚ ድማ ኣብ ባይቶ ብዝተኻየዱ ክትዓት ቅኑዓት ሕጋጋት ጸዲቑም'ዮም።እግዚኣብሄር ድማ ናብቲ ዝሓሰበልና ብመንገዱ እናደፍአን እናነቓቕሐን'የ ዘጓዕዘና።ምብጻሕ እግዚኣብሄር ብትዕግስቲ ክንጽበዮ ዘለና ናይ ሂወት ሸኽም'የ፡፡ክንዕገሶ ዘይግበኣና ካብ እግዚኣብሄር ዘይኮነ ነገራት ድኽነትን ድንቁርናን ግን ቀልጢፍና ክንቃወሞ ይግበኣና።

ሰፊሕ ጎልጎል ወኒኖም ወሓይዝ ብጥቕኦም እናሓልፉ ቀለብ ዓመቶም ዘይሕዙ ብዙሓት'ዮም፡፡ኣብ ሃገርና ንርእዮ ድኽነት ከኣ ናይ ኣእምሮ ድኽነት ደኣምበር ናይ ሃብቲ ድኽነት ኣይኮነን። ከምቲ "ንሓደ ሰብ ዓሳ ካብ ምሃብ ምግፋፍ ዓሳ ምሃሮ" ዝበሃል፡-ንህዝብና ክንሕግዞ ምስእንደሊ ኽኣ፡ራእይ ከምዝህልዎ ምግባር'ዩ እቲ ዝበለጸ ሓገዝ፡ምኽንያቱ ራእይ ዘለዎ ህዝቢ ንዕኡ ኮይኑ ንኻልኦት'ዩ ዝኸውን።ብዙሓት ሃይማኖት ዘይብሎም ሰባት ስለዝሃብተሙ ይገርመና'ዩ፡እንተኾነ ካብተን እግዚኣብሄር ንኣዳም ዝሃቦ ትእዛዛት ሓንቲ ስራሕ'ያ፡፡እዚኦም ከኣ ስለዝሰርሑ ሃብቲሞም፡ምሃብ ምስዝተለማመዱ ከኣ በረከቶም መሊኡ ይተርፎም።ብሓቂ ንስራሕ እንተኽቢርናዮ ተመሊሱ'ዩ ዘኽብረና፡ኣይኮነን ኣብ ምድሪ ኣብ ገነት'ውን ስራሕ ኔሩ'ዩ፡"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ ክዓያን ክሕልዋን ኣብ ገነት ኤዶም ኣቐመጦ" ይብል(ዘፍ 2፡-15)።

ንሓደ ሰብኣይ እግዚኣብሔር ተገልጸሉ'ሞ፡- "ናብዚ ኣብ ቅድሚ ገዛኻ ዘሎ ጎቦ ኬድካ ድፍኣዮ በሎ፡፡እቲ ሰብኣይ ከኣ ብትሕትናን እምነትን ንግሆ ንግሆ ተንሲኡ ነቲ ጎቦ ክደፍአ ጀምረ፡እንተኾነ ካብ ቦትኡ ምንቕ ምባል ኣበዮ።ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ እቲ ሰብኣይ ብተርኡ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ክብል ተዛረቦ፡-"ኣምላኽይ ነቲ ጎቦ ድፍኣዮ ኢልካኒ ኔርካ እንተኾነ ካብ ቦትኡ ከልግሶ ኣይከኣልኩን ከምቲ ዝነበሮ ኣብ ቦትኡ'ዩ ዘሎ በሎ፡እግዚኣኣብሔር ድማ እወ እቲ ጎቦ ከም ቀደሙ'ዩ ኣብ ቦትኡ ኢዩ ዘሎ፡ንስኻ ግን ከም ቀደምካ ኣይኮንካን ዘለኻ በሎ።ብድሕሪ'ዚ እቲ ሰብኣይ ኣካላቱ እንተረኣየ ኩሉ ጭዋዳታቱ ተሪሩን ቀላጽሙ ደልዲሉን ረኣየ በዚ ከኣ ተሓጎሰ።

ኣብ ከባቢና ዘቃልሱና ነገራት ምስዝህልዉ ወይ ይልወጡ’ዮም ወይ ከኣ ንሕና ብእኣም ክንልወጥ ንኽእል።እቲ ካብ ክብደቱ ዝተላዕለ ክንውሕጦን ክንተፍኦን ዘይንኽእል ሓዳርና ድማ ትዕግስተኛታት ክንከውን የኽእለና።ኣነኮ ከምዚ ኣይነበርኩን ክሳብ ንብል ዝተሰርሐን ዝመልክዐን ሰብ ክንከውን የኽእለና።ሓደጋ ዘለዎ ስራሕ ኢንሹራንስ ከምንኽፍል ይገብረና።ናይ ራእይ ቀዳማይ ጥቕሙ ከኣ ንነገራት ክንቅይር ጥራይ ዘይኮነስ ንሕና ክንቅየር የኽእለና።ብረሳሕ ኢድና ጻዕዳ ኽዳን እንተሒዝና እቲ ኽዳን ይረስሕ፡ኢድና ተሓጺብና እንተሒዝናዮ ግን እቲ ኽዳን ኣይረስሕን።ንሕና ጽሩያት ምስ እንኸውን ከኣ ነገራት’ውን ይጸርዩ ኢዮም።ኣብ ሂወትና ብዙሓት ነገራት ከይተጠቕምናሎም ዝሓልፉና ኣጋጣሚታት ኣለዉ።ኩሉ ግዜ ኽኣ ድቃስ ይኽልኡና(ንጠዓሰሎም)።ጣዕሳ ድማ ራእይ ክህልወና ይገብር።

ራእይ ካብ ኣምላኽ’ዩ ዝርከብ

ራእይ ካበይ’ዩ ዝርከብ፧ ኢልና ክንሓትት ናይ ግድን’ዩ።ብዛዕባ ሓደ ጽቡቕ ነገር ክንሰምዕ ከለና’ውን ካበይ ከምዝተረኽበ ምሕታት ዘይተርፍ ኢዩ።እምበኣር ራእይ ከም ዕቋር-ማይ ኣብ ዝረግኣ ልቢ ኣይርከብን’ዩ።ምኽንያቱ ዕቋር-ማይ ከም ወሓዚ ስለዘይኮነ ኩሉ ግዜ እቲ ማዩ ሓድሽ ኣይኮነን።ኣይክእልን’የ ኢሉ ዝኣመነ ልቢ ድማ ልክዕ ከም’ቲ ዕቋር-ማይ ደጋጊሙ ኹሉ ግዜ ብዛዕባ ስዕረትን ዘይምኽኣልን ስለዝሓስብ ክሕግዝዎ ንዝቐረቡ ሰባት ከይተረፈ ተስፋ የቕሩርጽ።ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ብዙሕ ናይ ተስፋ ቃላት ተጻሒፎም ይርከቡ፡-

“ኣብርሃም ወዲ ተስዓን-ትሽዓተን ዓመት ከሎ እግዚኣብሄር ተራእዮ’ሞ ኣነ እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ’የ ኣብ ቅድመይ ተመላለስ ፍጹም ከኣ ኩን፣ኪዳነይ ኣብ መንጎኻን መንጎይን ከቕውም’የ፣ኣዝየ’ውን ከብዝሓካ እየ በሎ” (ዘፍ 17።-1-2)።

ከምኡ፡-“ኣጆኹም ኣይትፍርሑ፣ምድሓን-እግዚኣብሄር ረኣዩ፣ እዞም ሎሚ እትርእይዎም ዘለኹም ግብጻውያን ደጊም መሊስኩም ንዘልኣለም ኣይክትርእይዎምን ኢኹም ይብል(ዘጸ 14፡13)።

መሊሱ፡- “እግዚኣብሄር ክዋጋኣልኩም እዩ’ሞ ህድእ በሉ”ይብል (ዘጸ 14፡14)

“ እግዚኣብሄር ተዋጋኣይ እዩ፡ስሙ ድማ እግዚኣብሄር እዩ” (ዘጸ 15፡3)

“ በቲ ሓይሊ ዝህበኒ ብክርስቶስ ንኹሉ ክኽእሎ’የ” (ፊልጵ 4፡13) ይብል።

እዞም ናይ እምነት ጥቕስታት’ዚኣም ናይ ዓወት ዜማታት ብም኿ኖም ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ዘጠምቱ ኣይኮኑን።

ኣስተውዕሉ! ኣብ ጉዕዙኡ ጽላል ዝተማልኣ ሰብ ጸሓይ ይበርትዕ፡ ማይ ይዝነብ ደው ኣይብልን፣፣ከምኡ ንሕና ከኣ ፈተና እንተዘነበ መከራ’ውን እንተበርትዐ ኢየሱስ ክርስቶስ ጽላልና ስለዝኾነ ደው ኣይክንብልን ኢና።

እግዚኣብሄር ናይ ራእይ ኣምላኽ’ዩ፣ራእይ ዝህብ’ውን ንሱ’ዩ፡ንሱ ብራእይና ክሕንስ ከሎ ንሕና ድማ ብሓንሱ ሓይሊ ንረክብ።ራእይ ክጅመር ኮነ ክፍጸም ዝኽእል ብእግዚኣብሄር’ዩ።ኣምላኽና ከምቲ ኣልፋን ኦሜጋን መጀመርታን መጨረሽታን ዝኾነ፣ኣብ መጀመርያ ድፍረትና ኣብ መጨረሽታ ከኣ ዓወትና እዩ።እግዚኣብሄር ንኹሉ ሰብ ራእይ ናይ ምሃብ ዕላማ ስለዘለዎ ህጻን፡መንእሰይ፡ዓቢ፡ንእሽተይ ኢሉ ከይፈላለየ ራእይ ይዕድል።እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ወዲ 85 ዓመት ሽማግለ ሰብኣይ ምስ ኮነ ራእይ ከምዝሃቦ፡ ንኹሉ ሰብ’ውን ኣብ ሰሰዓቱ’ዩ ራእይ ዝህቦ።ኣምላኽ ኣብ መወዳእታ ክጅምር ዝኽእልን ንጸሓይ ደው ኣቢሉ ውግእ ዘፈጽም ብም኿ኑን ግዜይ ሓሊፉ ክንብል

ኣይግባእን፡ምኽንያቱ ግዜ ናትና ኣይኮነን።እግዚኣብሄር ሓሳቡ ኣባና ንምፍጻም ምንዋሕ ወይ ምሕጻር ግዜ ዘይኮነስ፡ ጽኑዕ እምነትን ምእዙዝነትን’ዩ ካባና ዝደሊ።ኣቦና ኣብርሃም ኣብ 85 ዕድመ ዘመኑ ራእይ ካብ ተቐበለ፡ገና ኣብ ንእስነቶም ከለዉ በቃ ኣብቂዐ፡ደኺመ፡ጸልሚቱኒ፡ራእይ የብለይን ዝብሉ መንእሰያት ከስተውዕሉ ይግባእ። ኣምላኽናን መድሓኒናን ዝኾነ ክርስቶስ ንኣገልግሎቱ ዝመደቦ ግዜ 3 ዓመትን 3 ወርሕን ካብ ኮነ፡በዓል-ራእይ ንምኺን ምብዛሕ ወይ ምውሓድ ግዜ ከም ዘይጠቅም ክርድኣና ይግቦኣ።

ካብ ቤትካ ውጻእ

እግዚኣብሄር ንኣብርሃም፡-“ኣብርሃም ኣይትፍራሕ ዋልታኻ ኣነ’የ’ሞ ዓስብኻ ኣዝዩ ክበዝሕ እዩ”በሎ (ዘፍ 15፡-1)።ኣቦና ኣብርሃም እዚ ናይ ተስፋ ቃል ዝሰምዓሉ ግዜ ኣብ ዓቢ ነውጺ ኣትዩ፡ ተስፋ ርሒቕዎ፡ ኣብ ባሕሪ ሓሳባት ጥሒሉ ድሌተይ ዝፍጸመሉ መዓስ እዩ፧እናበለ ከሎ ነበረ።ኣብርሃም ምዉቕ ሓዳርን ብዙሓት ገላዉን መጠን ዘይብሉ ሃብትን ነበሮ፡እዞም ነገራት እዚኦም ግን ንልቡ ከዕግቡ ኣይከኣሉን፡ምኽንያቱ እዞም ነገራት እዚኦም ትሕዝቶ ደኣምበር ራእይ ኣይነበሩን።እግዚኣብሄር ዝሃቦ ተስፋ ግን ንኣብርሃም ናይ ዓመታት ትጽቢት’ዩ ኔሩ።

ኣብ ዝጸልመተሉ እዋን እግዚኣብሄር ብርሃን ይኹን ምስዝብል ጸልማት ዝነበረ ብርሃን ይኸውን፡፡ከምኡ እግዚኣብሄር ብዕድመ ኣብ ዝሸምገልናሉ ኣባና ክዓዩ ክደሊ ከሎ ጉብዝናና ኣይሕግዞን’ዩ፡ ከም ድኹም ኣባና ኣይምርኮስን፡ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ሓይሊ ይህብ ደኣምበር ካብ ማንም ሓይሊ ኣይቅበልን። ኣብርሃም ካብ ዘመዱ ዝተፈልየሉ ምኽንያት ናይ ውላድ ድሌቱ ካብ ኣዝማዱ ስኢኑ ኣብ ዝነበረሉ’ዩ ፡እግዚኣብሄር ድማ ንዕኡም ገዲፍካ ኣነ ናብ ዘርእየካ ቦታ ውጻእ በሎ (ዘፍ 12፡-1)።ኣብርሃም ብዘርኡ ኣሕዛብ ከምዝባረኹ ዓቢ ተስፋ ምስተዋህቦ ነዚ ቃል ተኣዚዙ ሃገሩን ኣዝማዱን ገዲፉ ወጸ።በዚ ምኽንያት ተስፋ እግዚኣብሄር ሓልዩ ክጽበ ን 10 ዓመታት’ኳ እንተተቐመጠ እቲ ዝተባህሎ ውላድ ክሳብ እዚ እዋን’ዚ ኣይረኸቦን ነበረ።ሃብቱ እናበዝሐ ምስ ከደ ኸኣ ጭንቀቱ ዓዘዘ፡እዚ ኹሉ ሃብቲ ንመን ክኸውን’ዩ ዝብል ስግኣት’ውን ሓደሮ።ኩሉ ሰብ ኣብ ልዋም ድቃስ ከሎ ኣብርሃም ግን ነቒሑ ኣብ ውሽጢ ዳሱ(ድንኳኑ) ዓለም ጸቢብዎ ምስ ነፍሱ እናተባእሰ እንከሎ ቃል-እግዚኣብሄር ናብኡ መጸ፡-“ኣብርሃም ዋልታኻ ኣነ’የ’ሞ ኣጅኻ ኣይትፍራህ ዓስብኻ ኣዝየ ከብዝሖ’የ” በሎ (ዘፍ 15፡-1)።

ኣብርሃም ኣዚዩ ፈርሐ፡እወ ሰብ ካብ ሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ነብሱ ውን ይፈርህ’ዩ፡፡ሰብ ሽግርን መከራን ጥራይ ዘይኮነስ ወራሲ ዘይብሉ ሃብቲ’ውን የፍርሖ’ዩ።ኣብ ሂወት ብዙሕ ፍርሒ’ኳ እንተሃለወ እግዚኣብሄር ግን ካብዚ ኩሉ ፍርሒ’ዩ ዘድሕን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ግዜ ካብ ዝተደጋገመ ናይ ምትብባዕ ቃላት “ኣይትፍራሕ” ዝብል ቃል ኢዩ፡፡ፍርሒ ኣብርሃም መን’ዩ ክወርሰኒ፧ዝወርስ ቆልዓ ካብዘይብለይ፡ባሮተይ ክወርሱኒ’ዮም ዝብል ስግኣት ነበረ፡እግዚኣብሄር ግን ኣይትፍራሕ በሎ።ንእግዚኣብሄር ብዝሒ-ዘመናት ቃሉ ክርስዕ ኣይገብርዎን፡እግዚኣብሄር ከም ሰብ ስለዘይኮነ ኣይትፍራሕ በሎ።

እግዚኣብሄር ቀጺሉ ኣነ ዋልታኻ’የ በሎ፡ዋልታ ካብ ልብኻ ክሳብ ገጽካ ዝሸፍን መሳርሒ ኩናት’ዩ።እዞም ክፋላት ምስዝጉዱኡ ከኣ ህላወ ሂወት ብቕጥታ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ፡፡ልቢ እንተተጎዲኡ ኸኣ ምንባር ኣዚዩ ከቢድ’ዩ፡ምክንያቱ ናይ ሂወትና ኣንቀሳቓሲ ልብና’ዩ።ዋልታ ኣብ ኩናት መከላኸሊ ልቢ ከምኺኑ እግዚኣብሄር ድማ ዋልታ ሂወትና ኮይኑ ምንጪ ኩሉ ተግባር ንዝኾነ ሓሳብና ብፍላጻ ጸላኢ መታን ከይብከል

ይከላኸለልና።ቀልጢፉ ሂወትና ኣባላሸዩ ዘምልጥ ነገር እንተሎ ሓሳብ'ዩ፡እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ካብ ዝኾነ ሓሳብ ይሕልወና፡ንጹህ ሕልና ድማ ይዕድለና።ብሓሳብና ተስፋ ቆሪጽና ኣብ ናይ ስዕረት ስምዒትን ኣብ ናይ ፍርሒ-ጥርጠራን ከይንወድቕ እግዚኣብሔር ናይ ረድኤት ዋልታ ይኾነና።

ዋልታ ንልብና ጥራይ ዘይኮነ ንልዕሊ ክሳድና ዘሎ ገጽና'ውን ይከላኸለልና ኢዩ።ሰብ ካልእ ክፍሊ ኣካላቱ ተቐሪጹ ናይ ምድሓን ዕድል ኣለዎ፡ካብ ክሳዱ ንላዕሊ ተቐሪጹ ክነብር ግን ኣይክእልን፡ስለዚ ዋልታ ልዕሊ ክሳድና ንዘሎ ኣካላትና ሸፊኑ ካብ ሓደጋ ዝከላኸለልና መሳርሒ'ዩ።ንሕና ድማ ርእስና ክርስቶስ ስለዝኾነ ንዕኡ ገዲፍና ምንባር ኣይንኽእልን ኢና፡እወ በረኸት ገዲፍካ ምንባር ይከኣል'ዩ፡ ህይወት ገዲፍካ ምንባር ግን ኣይከኣልን።ክርስቶስ ምስ ማንም ዘይነወዳድሮ ናይ ሂወትና ርእሲ'ዩ፡ስለዚ እግዚኣብሄር ንዕኡ ንእግዚኣብሄር መታን ከይንስእኖ ሓቀኛ ዋልታና ኢዩ።ከምኡ ልዕሊ ክሳድና ካብ ዝርከቡ ሓደ ኣእምሮ'ዩ ካልእ ድማ ዓይኒ፡ቀጺሉ እዝኒ እዩ። እግዚኣብሄር ዋልታ ምስ ዝኾነና ኸኣ ፍልጠትና ዝተቐደሰ፡ ስምዒታትና ዝተፈወሰ፡ ውሳኔታትና ዘየጣዕስ ይኸውን።እግዚኣብሔር ንዝረኣዮ እናተዓዘብና ዓይንና ትፍወስ፡እንሰምዖ ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ጥራይ ይኸውን።

ንኣብርሃም''ኣነ ዋልታኻ እየ" በሎ፡እወ ኣብርሃም ጭንቀቱ ወራሲ ከምዘይብሉን ባርይኡ ክወርሶ ከምዝኽእልን ኢዩ ኔሩ።እግዚኣብሄር ግን ካብ ጸቢብ ድንኳኑ(ቴንድኡ) ኣውጺኡ ኣብ ሜዳ ደው ኣበሎ፡-ንሰማይ ከም ሰሌዳ ተጠቒሙ ተስፍኡ ከቑጽሮ ጀመረ።

ስለዚ ኣብርሃም ኣቐዲሙ፡-

- ኣብ ጸልማት
- ኣብ ጸባብ ድንኳኑ(ቴንድኡ)
- ናይ ባዕሉ ድምጺ መሊሱ ኣናሰምዐ ይትክዝ ነበረ።

እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ጸልማት ብናይ ተስፋ ቃል ገሰጸሉ፡ካብ ጸቢብ ዱንኳኑ(ዳሱ) ኣውጺኡ ደረት ዘይብሉ ጽፍሒ-ሰማይ ኣስፊሑ ኣርኣዮ።ኣብርሃም ናይ ባዕሉ ድምጺ እናሰምዐ ከሎ እግዚኣብሄር ድምጹ ኣስምዖ።ከምዚ ድማ በሎ፡-እዚ ክወርስኒ'ዩ ትብሎ ዘለኻ ኣይወርሰካን'ዩ፡ካብ ኣብራኽካ ዝወጽእ'ዩ ክወርሰካ በሎ።ንግዳም ኣውጺኡ ከኣ፡- ናብ ሰማይ ተመልከት፡ነዞም ከዋኽብቲ ክትቆጽሮም ትኽእል እንተኾይንካ ቁጸሮም በሎ(ዘፍ 15፡- 4-5)።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብርሃም ብዛዕባ ሓደ ውላድ ይሓስብ ነበረ እግዚኣብሄር ግን ብኣብርሃም ጌሩ ብዛዕባ ህዝቢ ይሓስብ ነበረ።ኣብርሃም ንርእሱ ዝሓሰቦ ንእሽተይ፡ እግዚኣብሄር ዝሓሰበሉ ግን ብዙሕ ነበረ።ኣብርሃም ንግዝዩኡ ሓደ ውላድ'ኳ እንተዘይነበሮ፡ ድሒሩ ግን ዘርኡ ዘይቁጸርን ዘይውዳእን ክኸውን ከኣለ።ኣብርሃም ዝጎደሎ ረኣየ፡እግዚኣብሄር ግን ምልኣቱ ረኣየሉ።እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ኣብርሃም ህዝብታት ይርኢ ነበረ፡ ኣብርሃም ግን በይነይ እየ'ሞ ምስ ሞትኩ ዝወርሰኒ የብለይን፡ዘርኣይ ከብቅዕ'ዩ ይብል ነበረ።ሓንቲ ዘርኢ ስርናይ ሓንቲ ኣይኮነትን ማለት ኣብ ውሽጣ ሰላሳ፡ሱሳ፡ሚኢቲ ፍረ'ዩ ዘለዋ፡እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ራኢኡ መኻን ኣይፈጠረን፡እወ ብራእይ ጌሩ ብዙሕ ፍረ'ዩ ዘርእየና፡ይህበና ኸኣ። መጀመርያ የርእየና ድሓር ከኣ ይህበና፡ምኽንያቱ ምርኣይ ናይ ምርካብ ዕርቡን እዩ።

ድቃስ ክኣብየና ከሎ ምናልባት እግዚኣብሄር ክንጽሊ ደልዩ ይኸውን'ዩ'ሞ ተንሲእና እንተንጽሊ ክንደይ ጽቡቕ'ዩ ኔሩ።ንሕና ብዙሕ ግዜ ድቃስ ክኣብየና ከሎ ኮቦርታ ተሸፊንና ንዘውጻእናዮ ዝተቓጸለ ኣየር መሊስና እናሰሓብና፡ዓይንና ለውጢ ኣብ ዘይብሉ ጸልማት ክነንቀሉን ክንዕምቶን ምስ ጸልማት ብምፍጣጥ ዘይተኣደነ ሓሳብ ክንሓሳብ ኢና ንፈቱ።ሓደ ነገር ከቢድ ወይ ቀሊል ኮይኑ ዝስመዓና ኣብ ሓሳብና እዩ፡ ብዛዕባ ዓለምን ነብስናን ዘለና ሓሳብ እንዳጠፍአ ምምጽኡ ዘገርም'ዩ።ናብራና ኩሉ ግዜ ከም ናይ ዱንኳን(ዳስ) ኣብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዝተሓጽረ'ዩ፡እዉ ኣብዚ ኮፍ ኢልና ከለና ርሑቕ ንኸይድ፡ኬላን ፍተሻን ኣብ ዘይብሉ ናይ ሓሳብ ባቡር ንጓዓዝ፡ጸልማት ብዝኾነ ኣተሓሳስባ ፍጹም ተስፋ ንቐርጽ፡ገለ ከይኮና ብኸዩ ብኸዩ ዝብለና ሓሳብ ይመጸና፡ጽቡቕ ኣለኻ ተሰማሚዑካ'ሎ ንዝብሉና ሰባት ውሽጠይ ስለዘይፈለጡ'ዮም እናበልና ንሓዝን፡ናይ ሎሚ ዘይፈለጥና ብዛዕባ ኣብ ዝቕጽል ኣዋርሕ ክመጹ ንዝኽእሉ ሓደጋታት ከይመጹ ኣይተርፉን'ዮም ኢልና ንንበ፡ስለዚ ባዕልና ሓተትን ፈረድትን እንኾነሉ ናይ ዱንኳን ጸቢብ ኣተሓሳስባ ማሪኹና ይነብር።

ኣብርሃም በዚ ሓሳብ'ዚ ይናወጽ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ እግዚኣብሔር ካብ ድንኳኑ ኣውጽኦ፡ዘርኡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከምዝበዝሑ ኸኣ ኣርኣዮ።ናይ ሰማይ ከዋኽብቲ ዝተባህሉ ዜጋታት-ሰማይ ከኣ ንኣብርሃም ናይ እምነት ደቁ ዝኾኑ ክርስቶሳውያን እዮም፡ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዓለም ዝምብዝሑም ናይ ብሓቂ ደቁ ብተስፋ ዝረኣዮም'ዮም።ኣብርሃም ካብ ድንኳኑ ወጺኡ ናይ ሰማይ ሰፊሕ ሰሌዳ ረኣየ፡።ዱንኳን(ዳስ) ማለት ስጋና እዩ፡ ብስጋ ብዙሕ ነገራት ክንሓስብ ከለና የጨንቕና'ዮም፡ስጋና ብባህሪኡ ካብ ዘለና ዝነደለና ምቕጻር፡ ካብ ምምስጋን ምምራር'ዩ ዝፈቱ።ስጋና ብዘኣዘዘና ተመሪሕና ጌጋታት ዝፈጸምና ብዙሓት ኢና፡-እወ ብኸምዚ እንተተኻሒደ ዝተርፈኒ ዕጫ ሞት'ዩ፡እንተጸሪፎምኒ ክቕትሎም ኣለኒ፡ብኸምዚ ዝኸፍኣኒ እንተኾይኑ ክርስትና ክገድፎ'የ፡እንተተሸጊረ ክሰርቕ ኣለኒ፡እንተተናዒቕ ተበኣሳይ ክኸውን ኣለኒ፡ብኸምዚ እንተተማሂረ ብጸቕጢ ክምህር ኣለኒ፡ብኸምዚ መከራ እንተበዝሓኒ ዘድልየኒ ራእይ ዘይኮነስ መኻን ምኳን'ዩ እናበለት ስጋና ኣብ ናይ ዱንኳን ኣተሓሳስባ የእትያ ተጽብበልና።

ዓለም ዱንኳን'ያ፡ኣተሓሳስባኣ ኸኣ ጸልማት'ዩ፡ናይ ሃብትን ዝናን ቁማር ዘለዋ መድረኽ እያ'ሞ ኩልና ካብ ድንኳና ወጺእና ነቲ ሰፊሕ ደረት-ኣልቦ ዝኾነ ሰማይ ንጠምት፡፡ ነፋሪት ናብ ሰማይ ክትበርር ከላ ሰማይ-ጠቀስ ዝኾኑ ዓበይቲ ህንጻታት ንኢሶም'ዮም ዝረኣዩ፡ ኣብ መሬት ዓቢ ኮይኑ ዝረኣየና ዘበለ ነገር ኣብ ሰማይ ኮይንና ክንሪኦ ከለና ኩሉ ንእሽቶይ ይኸውን፡ስለዚ ካብ ዱንኳን ንውጻእ፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ካብ ዱንኳን ኣውጺኡ'ዩ ተስፋ ዝህበና፡፡ዝኾናዮ ኣግዲፉ ክንኮኖ ዘለና የርእየና፡ድሕሪ ጎቦ ንዘሎ ከም ነማዕዱ ኸኣ ይገብረና።እቲ ዓቢ ዓዳሊ-ራእይ እግዚኣብሄር'ዩ፡ስለዚ እግዚኣብሄር ናይ ራእይ ኣምላኽ'ዩ።ንሱ ብባህሪኡ ኣብ መጀመርያ ደው ኢሉ ኣብ መጨረሽታ ንዘሎ ዘርእን፡ኣብ መወዳእታ ደው ኢሉ'ውን ስራሕ ዘጀምር ኣምላኽ'ዩ።ራእይ ካባና፡ብኣና፡ናባና ዝመሓላለፍ ነገር ዘይኮነስ ካብ እግዚኣብሄር ዝወሃብ፡ብሓይሊ እግዚኣብሄር ዝሰልጥ፡ንእግዚኣብሄር ክብሪ ዝህብ ነገር ኢዩ።

እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ክጽውዖ ከሎ ናይ ከነኣን ስእልን ናይ ምድረ ተስፋ ትርኢትን ብቓልን ብእምነትን ኣርኣዮ(ዘፍ 12 ፡1-7)(ዘፍ 15፡7)።ንእስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ከውጽኦም ከሎ ድማ ኣቐዲሙ ምድረ ተስፋን እተኽፍሎ ዋጋን ገለጸሎም(ዘጽ3፡8)።ኣብዚ ዓለም'ዚ ቀወምቲ ፍጻሜታት ኣለዉ ንሳቶም ከኣ፡-ምውላድን

ምዕባይን ኢዮም፡፡ምውላድ መበገሲ ታሪኽን ናይ ሓደ ግዜ ፍጻሜን ክኸውን ከሎ ቀጺሉ ኸኣ ንዝተወልደ ክዓቢ ትጽቢት ይግበረሉ።ንዝተወልደ ምዕባይ ካብዘይተኻእለ ግን ምውላድ ጥራይ ዘሐጉስ ኣይኮነን፡ምኽንያቱ ምዕባይ ቀጻልን ቀልጢፉ ዘየቋርጽን ኢዩ።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከኣ ምውላድን ምዕባይን ኣሎ፡ምውላድ እንብሎ ብጎይታና ኢዮሱስ ክርስቶስ ብምእማን ናይ ዘልኣለም ህይወት ምርካብ፡ዩ፡ንበይኑ ምውላድ ጥራይ ግን ናይ መወዳእታ ሽቶን መኽሰብን ኣይኮነን፡እኳ ደኣ ምድሓን ናይ ክርስትና መደምደምታ ዘይኮነስ መበገሲ’ዩ።ንዝደሓነ ህዝቢ በዓል ራእይ ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ፡ምኽንያቱ ክንድሕን ከለና ኩለንትናና’ዩ ዝድሕን።እዉ ገንዘብና ፡ህይወትና፡ኣታሓሳስባና ይድሕን፡ካብ ዝደሓነ ኣእምሮ ኸኣ ራእይ ይወጽእ።ምድሓና ካብ ዘመንጭዎ መንገዲ ሓደ ራእይ ኢዩ፡፡ምድሓን ናይ ሓደ ግዜ ፍጻሜ ክኸውን ከሎ ራእይ ግን ብናይ ምድሓን ህይወት ምዕባይ’ዩ።ብዙሓት ሰባት ኣሚኖም’ዮም ከምዝኣመኑ’ውን ይዛረቡ’ዮም፡ኣብ ህይወቶም ንምንታይ ከምዝነብሩ ስለዘይፈልጡ ዘይርኑኣት ኮይኖም’ዮም ዝነብሩ።መጀመርታ ኣብ ህይወትና ዕረፍቲ እንረኽበሉ ግዜ ንእግዚኣብሄር ምርካብ’ዩ፡ቀጺልና ከኣ ራእይ ምስ እንጭብጥ’ዩ።ንፍርሒ-ሞት እግዚኣብሄር ምርካብ፡ኣብ ቅድሚ ከሳሲ ንምርታዕ ክርስቶስ ሊቀ ካህናት ምእማን፡ካርታ ናይ መንገዲ ንምሓዝ ከኣ ራእይ ምርካብ የድሊ።

እግዚኣብሄር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዕላማ ኣለዎ፡እዉ ንዝተማህረ፡ ንዘይተማህረ፡ንንእሽቶ፡ንዓቢ ንኩሉ ራእይ ክህልዎ ይደሊ።ዝኾነ ሰብ ራእይ ኣልቦ ኮይኑ፡ራእይ ናይ ሰባት ከድንቕ ወይ ንቕኑዓት ራኢታት ምስዓብ ገዲፉ ዓጃቢ ክኸውን ዝተፈጥረ ፈጺሙ የለን፡፡ናይ ካልኦት ራእይ ኣሚናሉ ክንቅበሎ’ኳ እንተኸኣልና ዋና ራእይ ግን እግዚኣብሔር’ዩ።ራእይ ንሰባት ከነሐጉሰሉ እንሕዞ፡ከም ዕዳጋ እንሸቅጠሉ ዘይኮነ ዋጋ እንኸፍለሉ ናይ ህይወት ሽቶ ኢዩ።እግዚኣብሄር ኣባና ዘለዎ ዕላማ ነፍስና ምድሓን ጥራይ እንተዝኸውን ኔሩ፡ነፍስና ኣብ ዝደሓነትሉ ብቕጽበት ምወሰደና ኔሩ፡ድሒና ከለና ዘንብረና ዘሎ ግን ራእይና ንኽንፍጽምን ኣምሊጥና ንኽነምልጥን ካልኦት ብምዝካር ናይ ክርስትና ብርሃን ንኽነርእን ኢዩ።

እግዚኣብሄር ቃሉ ንዝፈልጡ ደቁ ራእይ ከጨብጠና ይደሊ፡እንተኾነ ንሕና ንኣንነትና ክሳብ ንመውት ይጽበየና ኣሎ።እዉ ክብረይ፡ፍልጠተይ፡ክእለተይ፡ዓሌተይ፡ቋንቋይ ዝብል ኣተሓሳስባ ምስዝህልወና እግዚኣብሄር ራእይ ክህበና ይሽገር’ዩ፡ዓቕሚ ውሒዱዎ ዘይኮነስ ዘይምእማንና የሕዚኑዎ ይጽበየና።ካብ ዓቕን ንላዕሊ ርእስኻ የዕቢኻ ምርኣይን ካብ መጠን ንታሕቲ ገዛእ- ርእስኻ ኣንኢስካ ምርኣይን ንራእይ ዓቢ ዕንቅፋት’ዩ ዝኾኖ፡ስለዚ መንነትና ጣኦት እንተኾይኑናን ክርስቶስ ንሂወትና ክቆጻጸሮ ፍቓደኛታት እንተዘይኮይናን ራእይ ክንቅበል ኣይንኽእልን ኢና።እቲ እግዚኣብሄር ዝህበና ራእይ ንዓለም ጥራይ ዘይኮነ ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ ይሓትት፡``ገዛእ ርእሰይ ብዘይ ክርስቶስ ክፈልጣ ኣይደልን’የ ምባል ከኣ የድሊ።ኣብዚ ዘመን’ዚ ዘለዉ ክርስትያን ክንድቶም ቀዳሞት ፈላስፋታት ዝኣክል ንዓለም ክንዕቁ ኣይካኣሉን።ስለዚ እግዚኣብሔር ራእይ ከሕቁፈና ክደሊ ከሎ ግጉይ ንዝኾነ ኣረጊት ስጋ-ዝሰኾሉን ንኣንነቶም ዝሞቱ ሰባትን ይደሊ፡ንዓኣቶም ክረክብ ከሎ ኸኣ ራእይ ይህቦም።ንኣንነቱ ንዘይሞተ ሰብ ግና እግዚኣብሄር ጸግኡ ብምሃብ ኣየባኽኖን’ዩ፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ምስ ኣንነት ተሻሪኹ ፍጹም ኣይሰርሕን’ዩ።

ራእይ ብመንፈሳዊ ቅንኣት ይርከብ

ራእይ ክኾነልና`ዩ ኣብ ዝብል ተስፋን ንዝወረደና ክፉእ ነገር ኣብ ዘይምቕባልናን፡ነዚ ሰኽም`ዚ ክድርብዮ`የ ኣብ ዝብል ስምዒትን` ኣይርከብን`ዩ።ራእይ እምበኣር ንእግዚኣብሄር ብምፍላጥን ብምእማንን`ዩ ዝርከብ፡ክልቲኣም ከኣ ናይ ሰላም መራኸብቲ`ዮም።መንፈሳዊ ቅንኣት መራኸቢ ራእይ ኢዩ።ኣብ ሂወት ስጋዊ ቅንኣት ኣሎ መንፈሳዊ ቅንኣት`ውን ኣሎ፡ስጋዊ ቅንኣት ኣነ ጥራይ ክፍቶ፡ኣነ ጥራይ ክረክብ ዝብል ኣተሓሳስባ ክኸውን ከሎ፡መንፈሳዊ ቅንኣት ግን ግቡኣይ ከይፈጸምኩ ዕድመይ ከም ጸሓይ ከይዓርበኒ ዝብል ዓሚቕ ድልየት`ዩ።ኤልያስ ንኣምልኾ እግዚኣብሄር ቀኒኡ ሰማይ ከምዘላገቦ ነንብብ(1 ነገ 17፡1)፡ብዝናብ ኣብቀኑ ብጸሓይ ኣብሲሉ ዝምግብ ጎይታ ኣብ ገዛእ በረከቱ ብኽመይ ይከሓድ፤ኢሉ ብቕንኣት ሰማይ ለጎመ።ነብዩ ዳዊት`ውን ደጋጊሙ ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ፡ዝጸረፉኻ ጸርፊ ኣባይ ዓለበ በለ(መዝ 68 (69)፡9)፡ደጊሙ`ውን፡-ጸላእተይ ቃልካ ረስዑ`ሞ ቅንኣት ቤትካ ኣቃጺሉኒ በለ (መዝ 118 ፡139)።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ `ውን ቤት እግዚኣብሄር ናይ ሓቀኛታትን ናይ እሙናትን ዘይኮነስ ናይ ሸቀጥቲ ብምኻኑ ቀኒኡ ነቶም ሽቃጦ ብጨግራፍ ኣባረሮም(ማቴ 21፡12-13)።

ሰብ ክንዲቲ ንስግኡን ንሰይጣንን ዝኣምኖም ንጽድቂ እሙን ዘይምኻኑ፡ሓቀኛታት እናውሓዱ ሓሰውቲ ክበዝሑ፡ፍትሒ ኣብ ኣደባባይ ክትግፋዕ ሓሶት ክትነግስ፡ሰብ ንሓቂ ምዕዳግ ኣብዩ ክሸጣ ከሎ፡ወለዶ ንሰይጣን ርእሱ ኣወፊዩ ንእግዚኣብሄር ግዜ ክሓጽሮ ከሎ፡ካብ ፍቕሪ-ሓው ፍቕሪ-ገንዘብ ከዕዝዝ ከሎ ንእግዚኣብሔር ምፍራሕን ንሰብ ምሕፋርን ክቋርጽ ከሎን ንኢየሱስ ገዲፉ ንበርባን ክመርጽ ከሎን ከስደምመና ይግባእ።ራእይ ካብ መንፈሳዊ ቅንኣት ስለዝርከብ ፡ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ብናይ ግሉ ሰላምን ቅድስናን ጥራይ ኣይዓግብን`ዩ፡ንዓይ ዘድልየኒ ክርስቶስ ንብጾተይ`ውን የድልዮም`ዩ ኢሉ ከኣ ይሓስብ።እዉ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ዕጉሳት'ኳ እንተኾኑ ክብሪ እግዚኣብሄር ኣብ ምግላጽ ግን ዕጉሳት ክኾኑ ኣይግቦኦምን`ዩ።

ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ሓሲብና ዘይንጸግብ እንተድኣኮይና ራእይ ክንጭብጥ ኣይንኽእልን ኢና።ንራእይ ብመንፈሳዊ ቅንኢ ክንረኽቦ ምስ እንደሊ ግን ቅንኢ ካብ ምፍታው ገዛእ-ርእስኻ ምስእንላቐቕ`ዩ ዝርከብ።ኣብ ጫካ ገነት ንመጀመርታ ግዜ ሰባት ዝወደቑሉ ሓጢኣት ርእስኻ ምፍታው`ዩ፡እዚ`ቲ ናይ መጀመርታ ጠንቂ-ሓጢኣት ኣብ መጨረሽታ ዘመን`ውን በርኪቱ`ዩ ዘሎ።ሰብ ብፍቕሪ ገዛእ ርእሱ ዝሰኽረሉ ከምዚ ዘመን`ዚ ፈጺሙ ኣይተራእየን፡እግዚኣብሄር ድማ ነዚ ንዓይ-ንዓይ ዝብል ናብራ ኣዝዩ`ዩ ዝጽየፎ ።

ኣብ'ዚ መጽሓፍ ኣብ ምዕራፍ "9" ዘሎ ሓሳብ ክንደግሞ ከለና፡-ብዘይካ ወዲ ሰብ ፍጥረት ዘበለ ቅንዕና እግዚኣብሄር የንጸባርቕ ይብል እዉ ጸሓይ ባዶ ሰሌዳኣ ንዝዘርገሐት ወርሒ ብርሃና ትልግስ፡ወርሒ ነቲ ዝተቐበለቶ ብርሃን ገለ ከየጉደለት ናብ ጸልማት ዓለም ትልእኾ፡ከዋኽብቲ ንዓለም የብርሁ፡ኣግራብ ገዛእ ርእሶም ንሙቕራጽ ኣዳልዮም ይነብሩ፡ኣታኽልቲ ፍሪኣም ዘለል ኣቢሎም ብልዑና-ብልዑና ይብሉ፡ብዕራይ ንሓራዲኡ ይስዕቦ፡ላም ጸባኣ ከይጠዓመትሉ ትልግሶ፡ኣዕዋፍ ኣብ ጥቓ መንበሪ ወዲ-ሰብ ምሕላፍ ለይቲ ኣመልኪተን ይዝምራ፡ወሓይዝ ንገዛእ ርእሶም ከይቆጠቡ ናብ ውቅያኖስ ይፈሱ፡ውቅያኖስ ብሃፋ ገዛእ ርእሱ ንደመና ይልግስ፡ደመና ንዝተቐበሎ ዝናብ ጌሩ ንታሕቲ ይሰዶ፡ኣታኽልቲ ናይ ሰብ ዝተቓጸለ ኣየር ወሲዶም ንሰብ ሓድሽ ኣየር ይልግሱ፡ኣኽላባት ዝበልዑላ ኢድ ዘኪሮም ብዘይ ደሞዝ ይሕልዉ፡ኩሉ ፍጥረት ናይ ፈጣሪኡ ቅንዕና

የንጸባርቕ ፡ሓንሳብ'ውን ትኹን ንርእሱ ኣይነብርን'ዩ፡ወዲ ሰብ ግን ካብ ኩሎም ፍጥረታት ትሒቱ ብፍቕሪ ገዛእ ርእሱ ተታሒዙ ይነብር ኣሎ።

ሓደ ሰብ ኣብ ዓለም ክንደይ ሰብ ኣለዉ ምስተባህለ ሰለስተ ሰባት ኣለዉ ኢሉ መለሰ፡ንሳቶም ከ መነመን'ዮም ምስተባህለ ከኣ፡- "ኣነ፡ ኣነን ኣነን" ኢሉ መለሰ ይበሃል።እወ ካብ ምፍታው ገዛእ ርእስኻን ንባዕልኻ ጥራይ ካብ ምስማዕን ዝተላዕለ ነዓይ-ነዓይ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ክሳብ ዘይወጻእና ቅንኢ ከቃጽለናን ራእይ ክህልወናን ኣይክእልን'ዩ።መብዛሕቲና ንእንሪኦ ንኽይንርኢ፡ንእንሰምዖ ደጊምና ንኽይንሰምዖ ብምጽዓር ኢና እንነብር ዘለና።ቅንኢ ሕማም ኣለዎ፡ንሕና ግን ቃንዛ ክስምዓና ኣይንደልን ኢና፡ስለዚ ካብ ምቹእ ሙቕት ወጺእና ሰብ ራእይ ክንከውን ኣይከኣልናን።

ብርሃን ገለ ናብ ባዕሉ ከይቆጠበ ናብ ወጻኢ ብምዝርጋሑ'ዩ ብርሃን ዝኾነ፡ከምዚ እንተዘይከውን ኔሩ ግን ብርሃን ክኸውን ኣይምኽኣለን ኔሩ ።ንወሓዚ ወሓዚ ዘብሎ ድማ ደው ከይበለ ምፍሳሱን ገዛእርእሱ ከየጉደለ ምሉእ ብምሉእ ናብ ወጻኢ ስለዝፈስስን'ዩ።ንሕና ኽኣ ንጸልማት ዓለም ብርሃን፡ንዝጸምአ ዓለም ከኣ ዕግበት ኮይና ንምሕላፍ ካብ ንርእስና ንኻልኦት ምዝካርን ሙቕት ግላዊ ምቾት ምግዳፍን የድልየና።ንገዛእ ርእስና ጥራይ ጽን ብምባል ዕግበት ዘለዎ ናብራ ክንነብር ኣይንኽልን።ምኽንያቱ፡- "ንስኻትኩም ናይ ዓለም ብርሃን ኢኹም "ተባሂልና ኢና(ማቴ 5፡14)፡ስለዚ ኣነ ሓድሽ ክርስትያን'የ ካባይ ዝኾነ ይኹን ትጽቢት ኣይግበርን ምባል ኣይከኣልን'ዩ።ሽምዓ ካብታ ዝተወላዓትላ እዋን ደኣ'ምበር ፍርቂ ምስበጽሐት ኣይኮነትን ምብራህ እትጅምር።

ብዙሓት ሰባት ንራኢኦም ብቕንኣት ዘይኮነስ ብህልኽ ኢዮም ዘካይድዎ፡ህልኽ ክብሪ ገዛእ-ርእስኻ ንዘይምስዓር ዝግበር ምክልኻልን ናይ ቅርሕንቲ ጽምእን ክኸውን ከሎ ቅልሱ ስጋዊ ኢዩ።መንፈሳዊ ቅንኢ ግን ኣብ ዓወት ኮይኑ ዝቃለስ፡ንግላዊ ታሪኽ ዘይኮነ ንኽብሪ እግዚኣብሄር ዝግበር ጻዕሪ'ዩ።ህልኽኛታት ዋላ ጌጋ እንተኾነ ሓሳበይ ተቐበሉኒ ይብሉ፡ብዓቕሚ ገዛእ-ርእሶም ስለዝቃለሱ ኽኣ ይደኽሙ።ህልኽ ቅንኣት'ኳ እንተመሰለ ህልኽ ግን ካብ ክምራሕ ክገዝእ'ዩ ዝፈቱ።ንምምራሕ ራእይ ከድሊ ከሎ ንምግዛእ ግን ሓይሊ ጥራይ'ዩ ዝኣክል፡ሓይሊ ግን ንስጋ ደኣ'ምበር ልቢ ናይ ምግዛእ ዓቕሚ የብሉን።ሎሚ ኣብ ዓለም ዝፍክሩ ደኣ'ምበር ዝመርሑ ነገስታት ምጥፍኣም ጸገም ናይ ራእይ ምኽኑ'ዩ ዘረድኣካ፡እወ ራእይ ብሓላፍነት እግዚኣብሔር ብቕንኢ'ዩ ዝርከብ።

ነስተውዕል

- በዓል ራእይ ዳህሳሲ ወይ ንኹሉ ዝጥዕም ፍላስፋ ማለት ዘይኮነስ ህርኩት ሰራሕተኛ እዩ።
- ንዝምነ ሰብ መንገድታት ክዕጸውዎ እኳ እንተ ኸኣሉ ንበዓል ራእይ ግን ክፉታት እዮም።
- ብዝተለወጠ መንነት ዝጀመርናዮ ራእይ ፈጺሙ ኣይረክስን'ዩ።
- ራእይ ከም ዕቋር ማይ እንተደኣ-ረጊኡ ኣብ ውሽጢ ልቢ ኣይርከብን'ዩ።
- ጸሓይ በርቲዑ ዝናብ ኣብ ዝሓየለሉ በዓል ጽላል ደው ኣይብልን።
- እግዚኣብሄር ሓይሊ ደኣ ይህብ እንበር ሓይሊ ካብ ማንም ኣይወስድን።
- በረኸት ሰዊእካ ምንባር ይክኣል'ዩ፡ ሂወት ሰዊእካ ምንባር ግን ኣይከኣልን።
- ኣብ ምድሪ ኮይና ዓቢ ዝመስለና ነገር ዘበለ ኣብ ሰማይ ኮይና ምስ እንርእዮ ግን ንኢሱ ይረኣየና።
- ራእይ ካባና ናባና ብኣና ኣይኮነን፡ ራእይ ካብ እግዚኣብሄር ዝወሃብ፡ብእግዚኣብሄር ዝካየድ፡ንኽብሪ እግዚኣብሄር ዝቐርብን እዩ።
- ራእይ ሰባት ንምሕጓስ እንሕዞ ናይ ዕዳጋ ሸቐጥ ኣይኮነን፡ራእይ ዋጋ እንኸፍለሉ ናይ ሂወት ሽቶ እዩ።
- እግዚኣብሄር ኣባና ዘለዎ ዕላማ ነፍስና ንምድሓን ጥራይ እንተዝኸውን ኔሩ ነፍስና ኣብ ዝደሓነትሉ ብቐጽበት ምወሰደና ኔሩ፡ኣድሒኑ ዘንብረና ዘሎ ግን ራእይና ንምፍጻምን ኣምሊጥና ንኽነመልጥን ንኻልኦት ናይ ክርስትና ብርሃን ንኽነብርህን እዩ።
- ካብ መጠን ንላዕሊ ርእስኻ ኣልዒልካ ምርኣይን ካብ መጠን ንላዕሊ ርእስኻ ኣትሒትካ ምርኣይን ንራእይ ዓቢ ዕንቅፋት እዮም።
- ካብ ምፍታው ገዛእ-ርእስኻን ንባዕልኻ ጥራይ ካብ ምስማዕን ንዓይ-ነዓይ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ክሳብ ዘይወጻእና ቅንኣት ከቃጽለናን ራእይ ክህልወናን ኣይክእልን።
- ሽምዓ ካብ ዝተወለዓሉ ግዜ ኣትሒዙ ድኣምብር ፍርቂ ድሕሪ ምብጽሑ ኣይኮነን ዘብርህ።

※ ※ ※

ምዕራፍ 16

ራእይ ዘይምህላው

ሓደ ሰብኣይ ናብቲ ዉበ ህዝቢ ዘህልቐሉ ዝነበረ በለሳ ዝተባህለ ዓዲ ክጓዓዝ ከሎ፡ካብ በለሳ ዝመጽእ ካልእ ሰብኣይ ተጓነፎ።እቲ ካብ በለሳ ዝመጽእ ዝነበረ፡-"ናበይ ትኸይድ ኣለኻ"፤ ኢሉ ነቲ ተጓዓዛይ ሓተቶ።ንሱ ድማ "ንበለሳ" ኢሉ መለሰሉ።እቲ ዝምለስ ዝነበረ ድማ "መግነዝ ደኣ ዘይተማላእካ" በሎ ይባሃል።ዉበ ናብቲ ህዝቢ ከም ቆጽሊ ዘርግፈሉ ዝነበረ ቦታ ምኻድ ንሞት መገዲ ኣጣጢሕካ ምቕባል እዩ።ሞት ነጊሱ ኩሉ ንሞት ዝግዝኣሉ ናብ ዘሎ ቦታ ንኽትቅመጥ ዘይኮነስ ንኽትቅበር ዘድልየካ መግነዝ ምሓዝ ከምዝግባእ እቲ ካብ በለሳ ዝመጽእ ዘነበረ ሰብኣይ ነገሮ።ሽዑ እቲ ናብ በለሳ ዝኸይድ ዝነበረ እቲ መገዲ መወዳእታ ዘይብሉ፡መፈጸምትኡ ዘይጥዑም፡ሓደ ነቲ ሓደ ዘይበኽየሉ ኩሉ ኣብ ጉድጓድ ዝቕበረሉ ቦታ ምኻኑ ዘከረ።

ራእይ ዘይብሉ ወለዶ እምበኣር ናይ መንበሪ ዘይኮነስ ናይ መቕበሪ መግነዝ ሒዙ ክኸይድ ዝግበኦ እዩ::ሰባት ገንዘብ ጥራይ ብምፍታዎም፡ንጥቕሞም ብምህዳን፡ንኹሉ ነገር ምስ መኽሰቦም ጥራይ ብምምዛን፡ፍቕርን ርህራሄን ብምግዳፍ፡ቅንዕናን ጽቡቕ ታሪኽን ሸለል ብምባል ዝኸድዎ ጉዕዞ መገዲ ሞት'ዩ።ናብ ኣንፈት ህልውና ዘይኮነስ ናብ ጽላሎት ሞት ከኣ'ዮም ዝሳለዩ።ራእይ ዘይምህላው ናብ ጸልማት ዓለም ብድሌትካ ምቕልቃል'ዩ፡እወ ራእይ ዘይምህላው ኣብ ናይ ትማሊ ጽቡቕ ዘይዱንኒ፡ንናይ ጽባሕ ጽቡቕ ዘይጽበ፡ንሎሚ ከኣ ብቀንፈዘው ዘሕልፋ ከንቱነት እዩ።

ሓደ ሰብኣይ ነቡኡ ብየማኑ ንወዱ ብጸጋሙ ኮፍ ኣቢሉ ንኽልቲኦም የኾልሶም ነበረ፡"ንባዕልኻ'ኸ ኣይትበልዕን ዲኻ"፤ምስ በልዎ፡ናብ ኣቡኡ እናኣመልከተ፡-"ነዚ ልቕሐይ'የ ዝመልሰሉ ዘለኹ" በለ፡ናብ ወዱ እናመልከተ ከኣ "ነዚ ኸኣ ልቕሕ'የ ዝገድፈሉ ዘለኹ ኢሉ መለሰ" ይባሃል።ሎሚ ኣብ መንጎ ትማልን ጽባሕን ትርከብ ትሕዝቲ ገንዘብና እያ፡ልዕሊ ካብቶም ንመጻኢ ብዙሕ ተስፋ ንገብረሎም መዓልታት ናትና ዝኾነት መዓልቲ ከኣ ሎሚ እያ።ሎሚ ናይ ትማሊ ጽቡቕ ውጽኢት እንጽበየላ፡ንጽባሕ ጽቡቕ ታሪኽ እንገድፈላ ዝተባረኸት መዓልቲ እያ፡ሎሚ ንትማሊ እንኽሕሰላ ናይ ጽባሕ መንገዲ እንሃንጸላ ናይ ስራሕ ግዜ እያ።ንገዛእ ርእስና ደሞዝ ክንከፍል ኣይንኽእልን ኢና፡ናይ ካልኦት ልቕሕ ንሕና ኢና እንኽፍሎ፡ናትና ልቕሕ ድማ ዝቕጽል ወለዶ እዩ ዝኸፍሎ።ንባዕሉ ዋጋ(ነጥቢ) ዝህብ ተማህራይ የለን፡ስለዚ ስራሕና ኸኣ ብእግዚኣብሄርን ብዝቕጽል ወለዶን ተመዚኑ ዋጋ ይረክብ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ጠባይ ርኹስ መንፈስ ክዛረብ ከሎ "ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ምስ ወጸ ዕረፍቲ ክደሊ ኣብ ኣጻምእ ይኹብልል ግና ኣይረክብን፡ሽዑ ናብቲ ዝወጸእኩሉ ቤተይ ደኣ ክምለስ ይብል እሞ እንተመጸ ድማ ጥራዩን ተኾስቲሩን ተሰሊሙን ይረኽቦ፡ድሕሪ'ዚ ይኸይድ'ሞ ካብኡ ዝገደዱ "7ተ" ካልኦት መናፍስቲ ሒዙ ይመጽእ፡ ኣትዮም ከኣ ኣብኡ ይሓድሩ።ነቲ ሰብ'ቲ ከኣ ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ ዝገደደ ይኸውን፡እዚ ክፉእ ወለዶ እዚ ድማ ከምኡ ክኸውን'ዩ" በለ(ማቴ 12፡43-45)።ርኹስ መንፈስ ዝወጸሉ ሰብ፡ ካብ ኩፉእ ስራሕ ዝረሓቐ ኮይኑ ግን ዝጸበቐን ዘጌጸን ባዶ ቤት እዩ።ሓደ መንግስቲ ንዝገደፎ ሃገር ካልእ መንግስቲ እንተዘይተተኪእዎ እቲ ቀዳማይ መንግስቲ ሓይሉ ወሲኹ ከም ብሓድሽ ይቆጻጸሮ።ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮ ብምብጋስ ነቲ ህዝቢ

ብጭንቀት ይገዝአ።ካብ ክፉእ ስራሕ ዝረሓቐ ሰብ ንጹህ ኢዩ፡ግን ቅኑዕ ስራሕ ዘይሰርሕ እንተኾይኑ ግን ባዶ ቤት እዩ።ስለዚ ንጥርሑ ገዛ ጽቡቕ ስራሕን ራእን ክቆጻጸሮ ይግባእ።

ባዶነት ንርኹሳት መንፍስቲ ዝተቓልዐ እዩ።ርኹስ መንፈስ ክፉእ ተግባር ደው ብዘበለ ዘይኮነስ ቅኑዕ ተግባር ብዝጀመረን ራእይ ብዝጠመተን ሰብ'ዩ ተስፋ ዝቐርጽ።ደቂ-ሰባት ቅኑዓት፡ሃብታማት፡ስልጣን ዘለዎም ምስዝኾኑ ዝወቀቡን ዝመልከዑን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡ራእይ እንተዘይብሎም ግን ጥርሑም እዮም።ስለዚ ስርሑ ዘቋረጸ ገዛ ንኽፍኣት ቅሉዕ እዩ።ራእይ ዘይምህላው ንጽልሙት ኣተሓሳስባን ንኽፉእ ተግባርን ምቐእ እዩ።ሰባት ንቤተ ክርስትያን መጺኦም ብናይ ድሕነት ጸጋ ተጎልቢቦም ይኾኑ እዮም፡ራእይ እንተዘይብሎም ግን ባዶታት ስለዝኾኑ ካብ ቅድም ዝኸፍእ ገዛኢ ክሓድሮምን ናብ ዓለም'ውን ክመልሶምን ይኽእል እዩ።ገዳማውያን "ስራሕ ዝሰኣነ መነኮስ ቆቢዑ ቀዲዱ ይሰፊ" ይብሉ።ምፍታሕ ስራሕ ንጸላኢ ከምዘቃልዕ ንኽረድኡ ከኣ'ዮም ከምዚ ዝብሉ። ዘመናውያን ሰባት ከኣ "ስራሕ ዘይብሉ ኣእምሮ ናይ ሰይጣን ዎርክ-ሾፕ(work-shop) እዩ" ክብሉ ይዛረቡ።

ጥበበኛ ሰሎሞን፡- "ከንቱ፡ከንቱ ናይ ከንቱ ከንቱነት፡ ኩሉ ከንቱ እዩ በለ"(መክ ፡-)።ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዘሎ ነገር ከንቱ ወይ ባዶ ምኻኑ ተዛረበ።ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዘሎ ናይ ፍልጠት ትምክሕቲ፡ናይ ሃብቲ ኩርዓት፡ናይ ስልጣን ፈኸራ፡ናይ ዝና ድምጺ ከንቱ እዩ።ኣብ ልዕሊ ጸሓይ ግን ንከንቱነት ዝስዕር ጸጋ ኣሎ፡ንሱ ከኣ ራእይ እዩ።ሰሎሞን ከንቱ ዝበሎ ንናብራ ዘይኮነስ ንኣነባብራ እዩ።እግዚኣብሄር ዘይብሉን ራእይ ዘይተቐጻጸሮን ሂወት ከንቱ ይብሎ። ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዘሎ ንምኾት ዝግበር ጉያ ብሓቂ ከንቱ እዩ፡ንብጾተይ ክጠቅም ዝብል መንፈሳዊ ሓሳብ ግን ክቡር እዩ።ራእይ ዘይምህላው ከንቱ ኣነባብራ እዩ፡ብራእይ ምንባር ግን ዓቢ ህያብን ዓቢ ዕድልን እዩ።

ራእይ ናይ ዘይምህላው ዝዓበየ ምኽንያት ዘይምስትውዓል እዩ።ሰባት ኮሌጃትን ዩኒቨርስታትን ዝተማህሩ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡ራእይ ግን ውጽኢት ኮሌጅ ኣይኮነን፡ናይ ምምሃር ዋጋ'ውን ኣይኮነን።እኳ'ደኣ ብዙሓት ሰብ ራእይ ንዓለም መብራህቲ ዘብርሁ ሰባት፡ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተሰንጉን ኣይትኽእሉን ዝተባህሉን እዮም።ቤት ትምህርታት ናይ ናብራ ፍልጠት ደኣ'ምበር ናይ ሂወትን ናይ ራእይን ፍልጠት ኣይህባን'የን፡ካብ እግዚኣብሄር ዝተረኽበ ፍልጠት ግን ራእይ የጨብጥ።ሰብ ብሓቂ ንክርስቶስ እንተፈሊጡ በዓል ራእይ ክኸውን ናይ ግድን እዩ፡ምኽንያቱ ናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ህይወት ብሙሉኡ ናይ ራእይ ነጸብራቕ ኢዩ።ናይ ሓደ ሰብ ኣዘራርብኡ ክማርኸና ከሎ ልክዕ ከምኡ ክንዛረብ ንጅምር፡ህይወት ክርስቶስ ምስ ዝማርኸና ድማ ንዑኡ ክንመስል ንጅምር።ንዕኡ ምስ እንኣምን ንዑኡ ምምሳልና ፍሉጥ ይኽውን።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዙሓት ልዑላት ከለዉ ካብ ሓንቲ ድኻ ድንግል ክውለድ መረጸ፡እዚ ከኣ ናይ ራእይ ዓቢ ባህሪ እዩ።ራእይ ካብ ርኹባት ምውላድ ኣይሃርፍን እዩ፡በዓል ራእይ ግን ቅኑዕ ዝኾነ ስራሕ ንምስራሕ'ዩ ዝሃርፍ።ቀዳማዊ ሃይለስላሴ "ካብ ሃብታም ወይ ካብ ድኻ ምውላድ ቁምነገር ኣይኮነን"ገዛእ ርእስኻ ንዓቢ ሞያ ምውላድ ግን ሓቀኛ ሞያ እዩ" በሉ።ጎይታና ናይ ኣዲኡ ደጋዊ መልክዓ ዘይኮነስ መንፈሳዊ መልክዓ'ዩ መሪጹ።ራእይ ክሓድረና ከሎ ድማ ንሰባት ብደጋዊ መልክዖም ኣይንመዝኖምን ኢና። እግዚኣብሄር ኣብኣቶም ዘለዎ ዕላማ ብምሕሳብ ኢና እነኽብሮም፡ምስ እነኽብሮም ከኣ ዘድልዮም ንቐርበሎም።

ጎይታ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ክውለድ እናኸኣለን ሃሪ ኣንጺፎም ወርቂ ክጉዝጎዘሉ እናተገበኣን ነዚ ገዲፉ ኣብ መብልዕ-ማል ተወልደ።ንእስትንፋስ እንስሳታት ከኣ ኢዱ ዘርጊሑ ተቐበለ።ሰባት ማዕጽኦም ክዓጽውሉ ከለዉ፡ኣብ ዝተኸፍተ መብልዒ-ማል ንምውላዱ መረጸ።ዕላማ በዓል ራእይ ኣብ ዝዓበዩ መድረኻት ፍሉጥ ምኳን፡ካብኣቶም ከኣ ናይ ክብሪ መንበር ምህራፍ ዘይኮነስ ንልቢ ደቂ ሰባት ናብ ሓቅን ለውሃትን ምቐራብ እዩ።ማዕጾ ልቢ ሰባት ስለዝተዓጽወ፡ልቦም ብጋሻ ዘረባን ብዘመናውነትን ስለዝተታሕዘ ንቀዋሚ ሓቂ ክገፍው ይኽእሉ እዮም፡በዓል ራእይ ግን ኣብ መብልዒ ማል ተወሊዱ ናብ እንዳ ሰብ'ዩ ዝኸይድ፡ ካብ መጀመርትኡ'ውን ዝጸበቖ ኣቀባብላ ኣይጽበን።ብጹእ ውቅዱስ ኣቡነ ጳውሎስ ክዛረቡ ከለዉ፡-"ወንጌል ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትኣቱ ከላ ዕንባባ ሒዙ ዝተቐበላ የለን፡ድንን ኢላ ዝኣተወት ወንጌል ቅንዕ ምስ እትብል ግን ናይቲ ሃገር ወግዓዊት ሃይማኖት ትኸውን" በሉ። ተገፊዓ ዝኣተወት ክርስትና ገዛኢት ትኸውን።ሂወት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ እንዕዘብ'ውን ራእይ ዘይብሎም ሰባት ንምኳን ኣየኽእለናን'ዩ።

ራእይ ዘይብሉ ወለዶ እግዚኣብሔር ዘይብሉ ኣተሓሳስባ ይወልድ። እግዚኣብሔር ዘይብሉ ኣተሓሳስባ ኣብ ምድሪ ካብ ዝሰልጠነሉ ግዜ ጀሚሩ ሰብ ገዛእ ርእሱ ገቲኡ ዘይክእል፡ምስ እንስሳ ብፍትወቱ፡ምስ ኣራዊት ብጭካኔኡ ዝመሳሰል ክኸውን'ዩ ክኢሉ። እግዚኣብሄር ዘይብሉ ሰብ ብጽቡቕ ስርሑ እግዚኣብሄር ከምዝስልሞ፡በቲ ክፉእ ስርሑ ድማ ከምዝቐጽዖ ስለዘይኣምን ጽቡቕ ንምግባርን ክፉእ ንምግዳፍን ምኽንያት የብሉን። እግዚኣብሔር ከም ዘሎ ምስ እንኣምን ጥራይ እዩ ጽቡቕ ግብሪ ጽቡቕ ዓስቢ፡ክፉእ ግብሪ ከኣ ቅጽዓት ከም ዘለዎ እንርዳእ።ንእግዚኣብሄር ካብ ዘይኣመንና ሚዛን ዘይብሎም ሰባት ኢና እንኸውን።ጽቡቕ ንምስራሕ ሓይሊ፡ክፉእ ንምስራሕ ፍርሓት ዝሓድረና ግን ንእግዚኣብሄር ምስ እንኣምን ጥራይ ኢና።

ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ኣብ ቤት-ትምህርታት ዘበለ ትምህርታት ስነ-ምግባር ብኣዋጅ ብምውጽኦም፡ነገስታት ክሒዶም ዘኽሓድዎ ወለዶ ራእይ ዘይብሉ ኮይኑ ሓጎስ ዘየስተማቕር ወለዶ ምኳኑ ኢና ርኢና።ዓቢ ድንቁርና ከኣ ነቲ ዝፈጠረና ኣምላኽ ዘይምፍላጥ እዩ።ሰብ ወለዱ ንምፍላጥ ትምህርቲ ኣየድልዮን እዩ፡ምኽንያቱ እቲ ዝግበረሉ ክንክን ስለዝገልጸሉ፡ናይ ተፈጥሮ ስሕበት'ውን የረድኦ እዩ።መዓልትን ለይትን፡ክረምትን ሓጋይን እናፈራረቐ ዝከናኸነና ኣምላኽ እንፈልጦ ብደጋዊ ትምህርቲ ዘይኮነ ብውሽጣዊ ምስክርነት እዩ። ንዕኡ ብዘይምፍላጥና ከኣ ናይ ድንቁርና ድንቁርና እዩ።ንዘይከሓደካ ኣምላኽ ምኽሓድ፡ ንባዕልኻ እግዚኣብሄር ኮንካ ምንባር ከኣ ዝኸፍኦ ግዝኣት እዩ።

ብ ሓደ(1) መስከረም ኣብ ኣሜሪካ ናይ ግብረ ሽበራ መጥቃዕቲ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን ሰባት ብዙሕ ትንታኔ ይህብሉ ነበሩ።ሽዑ ሓንቲ ቆልዓ ዝሃበቶ ትንታኔ ግና ኣዝዩ ኣደናቒ ነበረ፡-"ንእግዚኣብሄር ካብ ቤትና ውጻእ ኢልናዮ ነጻ ስለዝኾነ ወጸ፡ካብ ቤት ትምህርትና'ውን ውጻእ በልናዮ ንሱ'ውን ወጸ፡ካብ ሃገርና ውጻእ በልናዮ ንሱ'ውን ካብ ሃገርና ወጸ፡እግዚኣብሄር ስለዝወጸ ከኣ ኢና ክሳብ ክንድዚ ተናዊጽና" በለት ይበሃል።ንእግዚኣብሄር ካብ ሞንግኡ ዘውጽአ ወለዶ ንሓድሕዱ ብፍቕሪ ምንባር ዘይክእልን ንሞት ዝደላለ ህንጡይ ወለዶን እዩ።ናይ ሰላምና መሰረት እግዚኣብሄር እዩ፡መራኸቢ ራእይና'ውን እግዚኣብሄር እዩ።ንእግዚኣብሄር ዘይኣምን ወለዶ ራእይ ዘይምህላው ተሓንጊጡ ኣብ ምድሪ ዘዕነኒ ወለዶ እዩ።ብዙሓት ናይ ልምዲ ምቅይያራት ዝብሎም'ውን ናይ ነውሪ ለውጥታት እዮም።

ወለዶና ንጥበብ ገዲፉ ዕውልና ዝመርጽ፡ዘረባ ሓቂ ደኣ’ምበር ሓቀኛ ምንባር ዘይደሊ፡ኣይኮነን ክብድ ዝበለ ህይወት ክብድ ዝበለ ቃል ዘይምርምር፡ትዕግስቲ ዘይብሉ፡ካብ ክፋኣቱ ንምምልላስ’ኳ ፍልጠት ዘይብሉ ወለዶ እዩ።ሰናይ ነገር ዘይስመዖን፡ልዕሊ ፍቕሪ ድልየቱ ዘማልእ ምኽኑ ኢና እንዕዘቦ ዘለና።ዝተወልዱ ውላድ ንወለዶም ደቆም ንምኽን ናይ ውላድ መንፈስ እናረሓቐም፡ሃገሮም ንምግልጋል ራእይ ዘይብሎም፡ኣብ ትሕቲ ጠዋይ መግዛእቲ ዝተታሕዙ፡ከይኩዱ ዝፍከሩ፡ካልእ ይስረሓለይ ዝብሉ እዮም።ኣብ እግዚኣብሄር ዘይምህላው ካብ ንቕንዕና ንመልከው ክጭነቕ’ዩ ኣኽኢሉዎ።ብምትላል ንልቢ ሰብ ክማርኽ ዝደሊ፡ከም ኩነታት ኣየር እናተቐያየረ ከብዱ ክመልእ ዝህንደድ ወለዶ እዩ ምሳና ዘሎ።ናይዚ ኩሉ ጸገም ከኣ ራእይ ዘይምህላው እዩ።

ራእይ ዘይብሉ ወለዶ ተጸባዪ ብዝሒ ምጽዋት ካብ ምኽን ኣይናገፍን። ገዛእ ርእሱ ስለዝኣሰረ ዝኾነ ይኹን ነጻ-መውጽኢ ኣካል ነጻ ከውጽኦ’ውን ኣይክእልን።ሕማሙ ንዝሓብእ ዝኾነ ሓኪም ክሕግዞ ኣይክእልን።ሕማሙ ክፈልጥ ዘይደሊ፡ፈሊጡ’ውን ክሕክም ዘይደሊ ኣይሓውን።ሰባት ንዓና ካብ ዝሓስቡልና ሸሕ ሓሳባት፡ንሕና ንባዕልና ዝሓሰብናዮ ሓደ ጽቡቕ ሓሳብ በዓል ራእይ ክንከውን የኽእለና።ንዝኾነ ሰብ ምስካም ከቢድ እዩ፡ካብዚ ንላዕሊ ግን ንዝሞተ ሰብ ምስካም ኣዝዩ ከቢድ እዩ።ንዝነቕሐ ሰብ ምስካም ግን ቀሊል እዩ፡ ምኽንያቱ ባዕሉ ንባዕሉ ስለዝሕግዝ ከኣ ኢዩ።ወለዶና ድማ ናይ ሬሳ ሸኽም ከይከውን የስግእ እዩ። ንዝነቕሐ ሰብ ተሰኪሞም ሕክምና የብጽሕዎ፡ንመጻኢ ከኣ ክንቀሳቐስ ይኽእል። ንዝሞተ ሰብ ግን ናብ መቓብር ሒዞሞ ይኽዱ፡ኣብ ልዕሊ መሬት ድማ መሊሱ ኣይረአን። ናይ ፍልጠት ምጽዋት ዘይብሉ ደገፍ፡ንወለዶ ናብ መቓብር ዝድርቢ ቃሬዛ እዩ።ሰብ ኣብ መንኩብ ካልኦት ሰባት ምድያብ ሬሳ ምኽን ማለት’ዩ።እሞ’ኽ ድኣ እዚ ኩሉ ክሳብ መዓስ እዩ ዝቕጽል ምስ እንብል፡ዝስከሙ ሰባት ክሳብ ዝሓልፉ እዩ።ኣብ ካልኦት ሰኽም ዝነበረ ወለዶ ዝስከም ክስእን ከሎ፡ንሓድሕዱ ክራኽብ ከሎ ይጣፋእ።ራእይ ንምጭባጥ ጭው-ጭው ኣብ ዝብል ግዜ፡ርሕቕ-ርሕቕ ኢሎም ዝተቐመጡ ቅኑዓት ሰባት ስለዘለዉ ተቐላጢፍና ሕጂ ክንበጽሖም ኣለና።ምኽንያቱ ዘይምሃርናዮ ወለዶ ጸላኢ ክኾነና እዩ።

ንኢስካ ምንባር

ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ሓርስታይ በረኻ ምስ ወፈረ ናይ ንስሪ ጫቕኦት ረኸበ፡ ኣምጺኡ ከኣ ምስ ዶርሁኡ ኣዕበያ።እታ ጫቕኦት ከምተን ድርሁት ጥረ እናለቐመት፡ከም ደርሁ እናሰነመት፡ኣብ ረሳሕ ቦታ እናጻሕተረት፡ገዛእ ርእሳ ከም ደርሆ ተቐቢላ ክትነብር ጀመረት።ሓደ መዓልቲ ኣራዊት ነተን ደርሁ ከባርረን ምስ መጸ ኩለን ክዘላ ጀመራ፡እታ ጫቕኦት ናይ ንስሪ ግን ካብተን ደርሁት ንላዕሊ ክትዘልል ከኣለት።በዚ ተደኒቕ መሊሳ ምስፈተነት ካብ ዝቐደመ ብዝበለጸ ልዒላ ዘለለት፡ካብቲ ምስተን ጨቓዊት ዘጋጠማ ሓደጋ ከኣ ንሰን እናተበልዓ ንሳ ግን ብፍሉይ ኣምለጠት።ኣብዚ እዋን እዚ ናይ መንነታ ሕቶ ኣብ ውሽጣ ተላዕለ፡ኣነ መን’የ፧ኣነ ከም ደርሆ ተቐጺረ ንባዕለይ ደርሆ ኢለ እኳ እንተነበርኩ ኣነ ብዓቕሚ ደርሆ ዝተወሰንኩ ኣይኮንኩን።እቲ ክነብሮ ዝጸናሕኩ ናብራ ድማ ካብ ዝተፈጠርኩሉ ዕላማ ንኢሰ እየ ጸኒሐ።ኣነ ብዘይ ዕላማይ ኣነ ኣይኮንኩን ኢላ ነተን ደርሁ ተሰናቢታ ኣብ በሪኽ ምብራር ጀመረት።እዚ ንዝሰምዖ ልቢ ዘነቓቕሕ ልሙድ ምስላ እዩ።

ኣብ ዓለም “ከም ንስሪ ተወሊዶም ከም ደርሆ ዝነብሩ ወገናት ብዙሓት እዮም”::ከምዚ ንዝበለ ናብራ ዝወልድ ከኣ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ እዩ።ኣብ ትሕቲ ኢድ ጨካናት ዝኾኑ ሰባት ምዕባይ፡ምስ ንሞራል ዝትንክፍ ሕማቕን ዘይቅኑዕን ኣዘራርባ ዝዛረቡ

ሰባት ምንባር፡ንዘይተማህረ ደንቆሮ ኢሎም ምስ ዝጸርፉ ሰባት ምንባር፡ስራሕ ጀሚሮም ንዘይሰለጦም ዘይዕድለኛታት እናበሉ ምስዝረግሙ ምዝማድ. . .ወዘተ ነዚ ዓይነት ናብራ የብቅዓካ።እዞም ከምዚ ዓይነት ሰባት ናይ ክፉኣት ሰባት ቃል ተቐቢሎም ኣይክእልን ብምባል ተኣሲሮም ይነብሩ።እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጥና ንኽብሩን ንጥቕምናን ዘቐመጦ ዝኸበረ ነገር ኣሎ።ነዚ ክቡር ነገር'ዚ እናሰላሰልና ንርእስና ክንጥቀመሉን ንኻልኦት ክንጠቕመሉን ካብ ምድንዛዝ ዘበራብሩ ናይ ራእይ መልእኽታት ወሰንቲ'ኳ እንተኾኑ እነካይዶም ቃልስታት ግን ብዝበለጸ ጎኒጾም የውጽኡና።እወ መከራን ናይ ሂወት ቃልስን ነቲ ዝተጎልበበ መንንት ሓራ የውጽኡዎ።

ካብ ዝተፈጠርካሉ ዕላማ ንኢስካ ምንባር ናይ ብሓቂ ዘሕዝን'ዩ።ንደርሆ ደርሆ ምኽን ይሰማምዓ እዩ፡ንንስሪ ደርሆ ምኽን ግን እሱር-ቤት'ዩ።ካብ ዝተሓስበልካ ንኢስና ምርካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ስቓይ ኣለዎ።ዓራት ክንጸፈልና ከሎ ሓመድ ምምራጽ ካብ ድልየት ሰብ ምውጻእ ማለት'ዩ።ንሕና እምበኣር ኣብ ስፍራ ምንዝርናን ሓጢኣትን ዕድሜና ክንደፍእ ኣይተፈጠርናን፡ካብ ካልኦት ፍሉያት ኮይንና ወይ ንኻልኦት እነድንቕ ኮይንና ንኽንሓልፍ'ውን ኣይተደኮናን።ንሕና ብስዉር ነቢርና ክንሓልፍ ኣይተፈጠርናን፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ናብ ዓለም እነብጸሖ ዓቢ ህያብ ኣሕቂፉ'ዩ ልኢኹና።ነዚ መልእኽቲ'ዚ ኣብ ግዚኡን ኣብ ቦትኡን እነብጽሕ ልኡኻት ከኣ ኢና።ስለዚ ናተይ ግዜን ቦታን መዓስን ኣበይን እዩ፤ክንብል ኣለና።ነዚ መልኽቲ ብትኽክል ክሳብ ነብጽሕ እግዚኣብሄር ይጽበየና፡ሰባት'ውን ይጽበዩና'ዮም ዘለዉ።ነፍስ-ወከፍ ሰብ ነናይ ገዛእ-ርእሱ መልእኽቲ እንተዘብጽሕ ኔሩ ናይ ዓለም ቅልውላው ምጎደለ ኔሩ።ናይ ሓድሽ ሰብነትና መግለጺኡ ራእይና እዩ።ዕላማ እግዚኣብሔር ኣባና ዝጅምር መልክዕና፡ቁምነገርና ድሕሪ ምርኣዩ ኣይኮነን። ጌና ኣብ ማህጸን ክንስራሕ እንከለና እግዚኣብሔር ንዓቢ ዕላማ ሓሲቡና እዩ፡ናይ'ዚ ዕላማ መኽሰብ ከኣ ንሕና ኢና።ትርኢትና ዕላማ ኣይወልደልናን፡ቀዲምና ግን ዕላማና ተረኪብና ኢና።ብዕላማ ስለዝተፈጠርና ልዕሊ ዝኾነ ነገር ዝጎድኣና ከኣ ብዘይ ዕላማ ምንባር እዩ።

እታ ንስሪ ክእለታ ኣድኒቓ ከም ሓያል ደርሆ ክትነብር ኣይሓሰበትን።ስለዚ"ኣነ መን'የ"፤ኢላ ካበይ ምኽና ሓተተት፡ካብተን ካብኣ ዝንእሳ ብጾታ ተፈልያ ከኣ ናብ ዝበረኸ በረረት።ዝተፈርሐ ዕዋላ፡ዝተፈርሐ ኣሸባሪ ምኽን ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ፡ሓቀኛ በዓል ራእይ ንምኽን እምበኣር ካብ ምድራዊ ኣተሓሳስባ ወጺእና ካብ ስንጭሮን ካብ ጉድለትን ንላዕሊ ክንበርር ኣለና።መን ፈጢሩኒ፤ንምንታይ'ከ ተፈጢረ፤ኢልና ምስ እንሓትት ክቡር ዕላማ-እግዚኣብሄር ክንረክብ ክንክእል ኢና።ንሱ ኣባና ዘለዎ ዕላማ ድማ ጽቡቕ እዩ።ምኽንያቱ "ንዓኻትኩም ዝሓስበልኩም ሓሳብ ኣነ ይፈልጦ እየ፡መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ ሓሳብ ደሓን እምበር ሓሳብ ክፉእ የብለይን"ይብል እግዚኣብሄር(ኤር 29፡-ዘ)።

ኣስተውዕሉ! ብዘይ ዕላማ ዝነብር ሰብ'ኳ እንተሃለወ ብዘይ ዕላማ ዝተፈጥረ ሰብ ግን የለን።ንነፍሲ ወከፍ ዘርኢ-እኽሊ ምስ እንዕዘቦ ኣብ ውሽጡ ሰላሳ፡ ሱሳ፡ሚእቲ ፍረ ይሕዝ።እግዚኣብሄር ድማ ንዕላማ ብዝምልከት መኻን ጌሩ ዝፈጠሮ ሰብ የለን።ውላድ ኣብ ዘይነበሮ ኣብርሃም እግዚኣብሄር ግን ኣብ ውሽጡ ዘይቁጸር ህዝቢ ይርኢ ነበረ::ኣብርሃም ንሓደ ውላድ ኣመልኪቱ ይዛረብ ነበረ፡እግዚኣብሄር ከኣ ስለ ህዝቢ ኣመልኪቱ ተዛረቦ። ንሕና'ውን ብዛዕባ ንእሽቶ ነገር ኣመልኪትና ኢና እንልምን፡እግዚኣብሄር ግን ኣስፊሑን ኣብዚሑን ይሰምዓና።ንኣብርሃም ተስፍኡ ኣብ ሚእቲ ዓመቱ'ዩ ተፈጺምሉ፡ምኽንያቱ ንእግዚኣብሔር ኣይቀትሮን'ዩ።ስለዚ ጡሮታ ምውጻእን ካብ

ስልጣን ምውራድን ንራእይ ዕንቅፋት ኣይከውንን፡ንርእስና ናይ ሓዘን ስፍሪ እናደራረብና ክንለዓዓል'ውን ኣይግባእን።ኣብ ራእይ ጥሮታ የለን፡ኣብ ራእይ ብሓላፍነት ምልኣኽ ደኣ'ምበር ሓላፊ ም'ኳን'ውን የለን።

ካሌብ ዝተዛረቦ ቃል ደኺመ ኢሎም ሕቐኣም ንዝሓዙን ተሳዒረ ኢሎም ዕጥቆም ንዝፈትሑን ሓይሊ ዝህብ ነበረ።ንሱ "ሎሚ ሓይለይ ከምታ ሙሴ ክልእከኒ ከሎ መዓልቲ ዝነበረ እዩ፡ንውግእ ንምእታው ኮነ ንምውጻእ ሓይለይ ከምቲ ሽዑ ዝነበሮ እዩ" በለ(ኢያ 14፣11)።ካሌብ ነዚ ዘረባ እዚ ዝተዛረቦ ወዲ 85 ዓመት ከሎ እዩ።ካብ 40 ዓመት ኣትሒዙ ብዙሕ ውግኣት'ዩ ሓሊፉ፡ሎሚ'ውን ሓይሊ ከም ዘለዎ ይስመዖ ምህላዉ ገለጸ። ሓደ ግዜ ሓደ ኣረጊት መነኮስ ኣብ መንገዲ ረኸብኩ፡ዕድሚኡም ከኣ ካብ 87 ዓመት ንላዕሊ እዩ፡"ኣቦና ሕጅስ ኣሪግኩም'ዶ" ምስ በልክዎም "ሕጂ ድኻም'ዩ፣ጸኒሐ ከኣ ክሕደስ እየ፣ምእራግ የለን" ኢሎም ምስ ተዛረቡ ካብ ውሽጦም ዘነቓቕሕ ሓይሊ እናወጸ ኢዶም ዘርጊሖም፣-"ምሕዳስ ደኣ'ምበር ምእራግ የለን፣ሓይሊ ይመጽእ ቃንዛ ድማ ይሓልፍ" በሉኒ። ሽዑ ኣነ ኣብ ኣገልግሎት ብዝገጠሙኒ ጸገማት ሓዚነ ዝነበርኩሉን ብትካዜ ሓይለይ ደኺመ ዝጓዓዘሉን ሰዓት ነበረ'ሞ መሊሰ በርታዕኩ፡።ኣብ ከምዞም ኣቦታት'ዚኣቶም ዘሎ ክቡር ነገር ብምሕሳብ ከኣ መዓልቲ ምሉእ ኣሕለፍኩ።

ንበዓል ራእይ ዘይከኣሎ ነገር እንተሎ ስዕረት ምቕባል ጥራይ እዩ።ንኹሉ ዝረትዕ ሓይሊ ድማ ኣብ ውሽጢ ራእይ ኢዩ ተቐሚጡ ዘሎ።እግዚኣብሄር ንዝሃበና ሰይጣን ከሕድገና፣እግዚኣብሄር ዝተዛረበና ከኣ ጸላኢ ከጋግየልና ኣይክእልን።ኣይትኽእሉን ተባሂልና ዝተገፋዕና፣ኣኺሉኩም ተባሂልና ዝተነግረና፣ኣይተድልዩን ተባሂልና ዝተደርበና ክንከውን ንኽእል ኢና፡እግዚኣብሄር ግን ከምዚ ስለዘይብለና መሊስና ክንሕደስ ኣለና።ሰብ ናይ እምነትን ናይ ራእይን ናይ ዓወት ጭርሑኡ "ሎሚ'ውን ምስ ሓይለይ'የ...ሎሚ ክዋጋእ ንምውጻእን ንምእታውን ሓይለይ ከም ዝነበሮ'ዩ" ክብል ኣለዎ።ም'ኽንያቱ እምነት ሓይሊ'ዩ፣ እምነት እንተለና ከኣ ሓይሊ ንዘበለ ኢና ንስዕር።

<u>ራእይ ዘይምህላው</u>

ኣብ ሓደ ጽቡቕ ቦታ ክንህሉ ከለና ናይ ርሑቕ ኣዝማድና "ሓወይ እኮ'ዩ" ኢሎም ብኣና ይኾርዑ፡።ኣብ ትሑት ቦታ ክንህሉ ከለና ድማ ናይ ቀረባ ቤተ-ሰብና ኣይፈልጠንየ ይብሉ፡ብኣና ስለዝሓፍሩ ድማ ይኽሕዱና።ናይ ራእይ ሰባት ም'ኳና ንባዕልና ጥራይ ዘይኮነ ንኻልኦት'ውን ዕረፍትን ኩርዓትን ኢና።ንራእይ ምስ እንጥንጥና ግን እነሕፍርን እነፍርሕን ኢና ንኽውን።

ራእይ ዘይብሉ ሰብ ብዙሕ ኣሳልጦታት'ኳ እንተሃለዎ ነቶም ኣሳልጦታት ኣብ በቦትኦም ሰሪዑ ከቕምጥ ዘይክእል፣ንፍልጠቱ ጥበብ፣ንሃብቱ ሕርሻ፣ንስልጣኑ ውሳኔ ዘይብሉ ሰብ እዩ።ኣሳልጦታት ንራእይ ከምጽእዎ ኣይክእሉን'ዮም፡ራእይ ግን ንኣሳልጦ ከምጽኦ ይኽእል ኢዩ።ኣብ ውሽጢ መግቢ መቕረት ዝህብ ጨው እዩ፡።ጨው ኣብቲ ጸብሒ ካብ ዘለዉ ነገራት ካብ ስጋ፣ካብ ጠስሚ፣ካብ በርበረን ቀመምን ሕስር ዝበለ እኳ እንተመሰለ መቕረቶም ከውጽኡ ይሕግዞም።ገዛእ ርእሱ ብምሕቃቕ ኣብዚ ኣሎ ከይተባህለ ኣብ ኩሉ ሽነኽ መቒሩ የመቅር።ራእይ ድማ ዝጠቕሙ ነገራት ጠቕምቲ ንኽኾኑ ዘኽእል፣ንነገራት ዋጋ ከምዝህልዎም ዝገብር፣ከቢሩ ዘኽብር፣ንዝተቕብረ ክቡር ነገር ኩሚቱ ዘውጽእ፣ከይተራእየ ዝረአ ነገር ዝሰርሕ፣ንኣንነቱ ገዲፉ ንኹሉ ዘገልግል፣ ብዘይ ዶብ ንሓቂ ዝገልጽ፣መቕረት ናይ ህይወት እዩ።ንናብራናን ንተግባርናን መቕረት እንረክብ ብራእይ

ጥራይ ኢና።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ግን ዝተዋህቦ ዘይፍለጥ፣ከለዎ ከምዘይብሉ ዝነብር፣ ንሰብኣዊ ክብሩ ብእንስሳዊ ባህሪ ዝለወጠ ኢዩ።ከምኡ ከኣ እግዚኣብሄር ኣብ ተፈጥርኡ ዝሃቦ ክእለት፡ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዓደሎ ጸጋ ቀቢርዎ ዝሓልፍ፣ተግባር ዝጎደሎ፣ብብላሽ ዝዕበ፣ብብልሓቱ ዝነብር፣ዕድሚኡ ብምምራር ዘሕልፎ እዩ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ኣብ ናብርኡ መቕረት፣ኣብ ስርሑ ዕግበት የብሉን።ከምኡ'ውን ናይ ምንባሩ ምኽንያት ዝሰኣነ፣ናይ ጻዕሩ ሽቶ ከይረኣየ ዝነብር እዩ።

ራእይ ናይ ምጅማርና ተስፋ፡ናይ ስጉምቲ ሽቶ፡ናይ ምዝዛም ሓይሊ ኢዩ።፡ሰብ ኔሩ ኔሩ፡ሰሪሑ ሰሪሑ ዕላማይ እንታይ እዩ፧ምስ በለ ብቑዕ መልሲ ክረክብ ኣለዎ።ነዚ ዝኸውን መልሲ እንተዘይረኺቡ ዝቕጽሉ ደቓይቕ ኣዚዮም ይኸብድዎ።እምበኣር ነዚ ሕቶ'ዚ ዝኸውን መልሲ ዘለዎ ራእይ ጥራይ እዩ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ግን ንዝለዓለ ባዶነት ርእሱ የሕሊፉ ዝሃበ እዩ።ባዶ ስለዝኾነ ድማ ክፉእን ጽቡቕን ክሓድሮ'ዩ ዝምነ።ንኹሉ ስለዝደፍሮ ስነ-ምግባሩ ሕሱር ይኸውን።

ራእይ ዘይብሉ ሰብ ኣጥፊኡ ዝጠፍእ፡ናይ ምንባርን ምሕላፍን ትርጉም ዘይርዳእ፡ስርሑ ገና ከይወድአ እንከሎ ከምዝወድአ ሰብ ዋላ ይሙት ዝብል፡ንበይኑ ንዘይሙማት ጥራይ ዝጭነቕ እዩ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ልዕሊ ኩሉ ራእይ ንዘለዎም ሰባት እዩ ዝጸልእ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ንናይ ካልኦት ራእይ ከበላሹ ከሎ የዕግቦ።ንሱ ክሰርሖ ዝግበኦ ስራሕ ካልኦት'ኳ እንተሰርሑሉ፡ዝበለጽዎ ስለዝመስሎ ይጸልኦም።ንዕኦም ኣነኣኢሱን ኣስተናዒቹን ምውራይ ምስኦም ዘመዓራርዮ ይመስሎ።ገለ ገለ ጸገማት ብገንዘብ ይከሓሱ እዮም፡ራእይ ዘይምህላው ግን ብገንዘብን ምሁርነትን ዘይከሓስ ጥፍኣት እዩ።

ንሕና ራእይ ዘይብሎም ኢልና ንጽውዮም፡- መንጢሎም ንዝሃድሙ ሰረቕቲ፡ኣብ ጎደና ኮፍ ኢሎም ዝውዕሉ መንእሰያት፡ሓይሊ ከለዎም ዝልምኑ ተመጽወቲ እዮም።እንተኾነ ምስ ዓዳጊ ንብረት ተጸጊዖም ንኽሰርቁ ብዕላማ ዝመሃሩ፡ፕሮቶኮሎም ዝሓለዉ ምልኩዓት፡ናይ ሓገዝ ትካላት ከፊቶም ክልምኑ ከለዉ ዘቦቕቡቕ ዝመስሉ ራእይ ዘይብሎም ዝኾኑሉ እዋን ብዙሕ እዩ።እዛ ዓለም፡-ብስም ራእይ ዝነግዱ ብዙሓት ራእይ ዘይብሎም፡ንብዓት ሓርገጽ እናነብዑ ንህዝቢ ዘታልሉ መታለልቲ፡ንኻልኦት ከምዝረዳኡ ዝዛረቡ ናይ ሕልና ድኻታት ተሰኪማ ትነብር ኣላ።እቲ ዝዓበየ ጥፍኣት ንነብር ዘለና እናመሰለና ዘይምንባርና እዩ፡፡ብዛዕባ ራእይ ዘውርዩ፡ናይ ራእይ ቃላት ከም ድጋም ኣጽኒዖም፡ግንባሮም ቆጺሮም፡ኣፍልቦም ነፊሑም፡ቃላቶም ረጊጾም ዝዛረቡ ብዙሓት ራእይ ዘይብሎም ኣለዉ።

ራእይ ዝመስሉ ነገራት ጥራይ ዘይኮኑስ ሰብ-ራእይ ዝመስሉ ኣደናገርቲ'ውን ኣለዉ። ራእይ ዘይብሎም ምስ እንዝክር ከኣ ነዚ ኣብዚ ዘሎ ምሕሳብን ምፍላይን የድልየና።

ራእይ ዘይምህላው ብሓጺሩ፡-

- ናይ ጉዕዞ ዕንቅፋት እዩ
- ንገዛእ-ርእስኻ ምጽባብ እዩ
- መባኸኒ ግዜ እዩ
- መኻን ምኽን እዩ።

1.ናይ ጉዕዞ ዕንቅፋት እዩ

ናበይ ትኸይድ ኣለኻ ተባሂሉ ናብ'ዚ ቦታዚ'የ ዘይብል፡ተጓዓዚ ዘይኮነስ ኮለል በሃሊ እዩ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ከኣ ንዓይኑን እግሩን ኣሚኑ ዝቕጽል ስጉምቲ ይረግጽ፡ክበጽሖ ንዘለዎ ግና ኣይፈልጥን።ንሂወት ብዝሒ ጸላእቲ ኮነ ዝተዓስከረ ሰራዊት ብጎነጽ ክደፍኣ ኣይክእልን፡ራእይ ዘይብሉ ሰብ ግን ከይተጎነጸ ይወድቕ።

ናበይ ከምዝኸዱ ዘይፈልጡ ህጻናት ጥራይ እዮም፡ከምኡ'ውን ምሩኻት ወተሃደራት ናበይ ከምዝኸዱ ኣይፈልጡን።ራእይ ዘይብሎም ሰባት ድማ ሰብ ብዝሓንጸጸሎም ምጉዓዝ ዝደልዩ፡ብናይ መዓልቲ ከረሜላ ዝታለሉ፡ገዛእ ርእሶም ንናይ ሓጢኣት መግዛእቲ ኣሕሊፎም ዝህቡ እዮም።ገሊኦም ዝመርሑም ይደልዩ እዮም፡ገሊኦም ከኣ ጸልሚቱዎም ብሓዘን ይነብሩ።ብዙሓት ኣረግቶት ጃንሆይ ድሕሪ ምውራዱ ሂወት ዝቕጽል ኮይኑ ኣይመስሎምን ነበረ፡ምኽንያቱ ናይ ትማሊ ናብርኦም ንሎሚ ስለዘጸልመተሎም ኢዩ።መንእሰያት ድማ ምስ ምሉእ ዓቕሞም ኣብ ሓዘን ይነብሩ ኣለዉ፡ሓዘን ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ ኣብ ጓሂ ምድንጓይ ግን ኣብ ሓመድ ከም ምንግርጋር እዩ።መቕም ንሎሚ ማንም ነቢሩላ ኣይፈልጥን፡ገሊኦም ትማሊ ብዝገበርዎ ጥራይ ተወሲኖም ደው ኢሎም ኣለዉ፡ ህይወት በቃ ከይበለት ከኣ በቃ ኢሎማ ይነብሩ።"ንጽባሕ ክነብር ተስፋ ዘይብሉ ሰብ ብትማሊ ይዘናጋዕ" ዝበሃል ከኣ ከምዚ እዩ።እዉ ራእይ ዘይምህላው ንእግሪ ዘይኮነስ ንሂወት'ዩ ምጓዓዝ ዝኸልኣ።

2. ንባዕልኻ ምጽባብ እዩ

ዝኾነ ነገር ባዶ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡ኣብነት ብርጭቆ ምስ እንወስድ ወይ ኣየር ወይ ከኣ ማይ እዩ ክህልዎ ዝኽእል።ማይ ክኣትዋ ከሎ እቲ ኣየር ይወጽእ፡ማይ ክወጽእ ከሎ ከኣ ኣየር ይኣቱ።ስለዚ ሰብ ባዶ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።እዉ ወይ ናይ እግዚኣብሄር ወይ ናይ ሰይጣን'ዩ ክኸውን ዝኽእል።ራእይ ኣብ ውሽጦም ዘየለ ሰባት ነጻ እዮም ማለት ኣይኮነን።ንዝምልከቶም ነገር'ኳ ነጻ እንተኾኑ፡ብዘይምልከቶም ነገር ግን ንገዛእ-ርእሶም የጻብቡ።

መብዛሕቲኡ ግዜ ብዛዕባ ሰብ ኣብ ምውራይ ዘሕልፉ፡ምሉእ መዓቲ ብዛዕባ ናይ ናይ ዓዲ-ጸዓዱ ጽቡቕ ዘውርዩ፡ንባዕሎም ክረግሙ ዝውዕሉ፡ንተጻወቲ ኩዕሶ ዝምልከት ደሞዝ ክከራኸሩ ዝውዕሉ፡እገሌ ብዛዕባ ሓበሻ ኣየዕልልን'ዩ ክበሃሉ ዝደልዩ ወገናት ብዙሓት እዮም።ሓደ ግዜ መንእሰያት ክካትዑ ከለዉ ሓደ ካብኣቶም ሄንሪ ንዝተባህለ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ብጣዕሚ'የ ዝፈልጦ እናበለ ልዕሊ ንወላዲቱ ዝፈልጣ ከምዝፈልጦ ክዛረብ ጀመረ።እቲ ሓደ ከኣ መሊሱ፡-"ንሱ ግን ኣይፈልጠካን እዩ" በሎ።ብዛዕባ ዘይፈልጡና ሰባት ምክርኻር፡ ምስ እንጽውዖም ኣቤት ናብ ዘይብሉና ምድማጽና ራእይ ናይ ዘይምህላው ጸገም እዩ።እዚ ከኣ ርእሰኻ ናይ ምርሳዕ መሪሕ ምኽኑ ኩልና ኢና እንፈልጦ።

ራእይ ዘይምህላው ዘስዕቦ ክፉእ ጸገም ከኣ ካልኦት ዝኾንዎ እናሓሰብካ ምንባር እዩ።እግዚኣብሔር ንኻልኦት እናሞንስና ወይ ካልኦት ዝሰርሕዎ ጥራይ እናድነቕና ንኽንሓልፍ ዘይኮነ ሰብ ራእይ ንኽንከውን እዩ ፈጢሩና።ኣብዚ ዓለም እዚ ንሕና ጥራይ እንሰርሖ ስራሕ ኣሎ፡ካልኦት ዋላ'ኳ ዓበይቲ እንተኾኑ ንሶም ዘይሰርሕዎ ንሕና ጥራይ ነቲ ሃጓፍ ክንመልኦ ዝተፈጠርናሉ ዓቢ ተግባር ኣሎ።ከም ዝተሰዓርና ኣምሲሉ ተስፋ ዘቕርጸና ከኣ ራእይ ዘይምህላው እዩ።ራእይ ዘይምህላው ናይ ካልኦት ክብርን ዝናን ከቕጽረና

ይነብር።።ኩልና ከም እንፈልጦ ደጋፊ ተጻዋቲ ማለት ኣይኮነን፡ብጉዳይ ካልኦት ገዛእ ርእሶም ዘጻብቡ ወገናት ብዙሓት እዮም፡እወ ራእይ ዘይምህላው ገዛእ ርእስኻ ምጽባብ እዩ።

3. <u>ግዜ ምብኻን</u>

ኣብ ቤት ጽሕፈት ቴለኮምኒኬሽን ግዜ ዋጋ ኣለዎ፡ኣብ ደቒቕ ከኣ ካብ ሳንቲም ክሳብ ቅርሺ የኽፍል።።ኣብ ውድድር ጉያ'ውን ማይክሮ ሰከንድ ትኣክል ዋጋ ኣለዋ።ኣብ ሂወት ድማ ናይ ግዜ ዓቕን ብጣዕሚ ክቡር እዩ።መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ዓቢ ነገር ኢና እንሓስብ፡ እቲ ዓቢ ነገር ግን ኣብ ውሽጢ ግዜ ምህላዉ ኣይረኣየናን እዩ።ብዙሓት መንእሰያት ክብሪ ግዜ ኣይፈልጡን'ዮም፡ስለዚ ብሽለልትነት ተጠቒያም ይነብሩ።እግዚኣብሄር ንዝቕጽል ጉዕዞ እንዳለወሉ ናይ ጸጥታ ግዜ ይህበና።።እዚ ናይ ጸጥታ ግዜ ኣብ ንእስነት ካብ ፈለማ ዘድሊ እኳ እንተኾነ፡መንእሰይ ግን ኣብቲ ዕድመ'ቲ ንኹሉ ነገር ዝኽሕደሉን ጽምዋ ዝፈርሓሉን ግዜ እዩ።

እዚ ግዜ እዚ ዓቢ ህያብ እዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሂወት ከኣ ደጋጊምና እንረኽቦ እዩ። መናእሰያት እዚ ናይ ጽምዋ ግዜ ትምህርቲ፡ኣብ ሂወቶም'ኳ እንተተደጋገመ ግን ኣይጥቀምሉን።።እቲ ስራሕ ኢሎም ዝሓስብዎ ከኣ ምስ ገንዘብ ዝተሓሓዝ ነገር ጥራይ እዩ። ንኻልኦት ምንባር እቲ ደሞዝ ዓቢ ሓጎስ ዘለዎ ስራሕ ምኽኑ'ውን ኣይርድኡን።በዚ ምኽንያት ድማ ብፍልጠትን ብሰናይ ተግባርን ዘይተማልአ ግዜኣም ኣብ ምንዝርናን ሓጢኣትን ይባኽን።

ንዝተዋህበና ግዜ ከይተጠቕምናሉ ካልእ ግዜ ምጽባይ ራእይ ናይ ዘይምህላው ጸገም እዩ።እዚ ኩነታት'ዚ ምስ ዝቕጽል ነቲ ሰብ ድንዙዝ'ዩ ዝገብሮ።ገዛእ-ርእሱ ንምርሳዕ ኣብ ምንዝርናን ሓጢኣትን ዝሕባእ ይኸውን፡ብናይ ጽባሕ ሞቱ ከኣ ሎሚ ይዘናጋዕ።ግዜና ሎሚ እያ፡ስለዚ ሎሚ ብሓድሽ መገዲ ንጓዓዝ።ካብ ሎሚ ዝበለጸት ምኽእትን ናትና ግዜን ፈጺማ የላን።"እንሆ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ"ይብል(2ቆሮ 6፡-2)።

ግዜ እንብሎ ካብ ሰከንድ ናብ ደቒቕ ካብ ደቒቕ ከኣ ናብ ሰዓት ዝሰጋገር ጥራይ ኣይኮነን።።ግዜ ዕድል'ውን እዩ።።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕድል ዘኽብረሉ ኣገልግሎት ኣገልገለ።"መዓልቲ ከሎ ናይቲ ዝለኣኸኒ ስራሕ ክገብር ይግባኣኒ'ዩ፡ማንም ክዓየላ ዘይክእለላ ለይቲ ትመጽእ ኣላ"ከኣ በለ(ዮሓ 9፡-4)።መዓልቲ ዝተባህለ ዕድል እዩ፡ንኹሉ ግዜ ሰለዘለዎ ኣብ እንሰምዓሉን እነድምጸሉን ዘመን ክንለዓል ኣለና።ዕድልን ቅኑዕ ንጉስን ኩሉ ግዜ ኣይነበሩን፡ስለዚ ክንዓዩ ኣብ እንኽእለሉ ግዜ ከይተዓየ ተሪፉ ክስራሕ ኣብ ዘይክእለሉ ግዜ ምልዕዓል ዘይምስትውዓል ኢዩ።ሎሚ ኣብ ስልጣን፡ኣብ ክህነት፡ኣብ ስብከት ዘለዉ ሰባት ንዕድሎም ክጥቀሙሉ ሰናይ እዩ።ንብዙሓት ነገስታት እንነቕፎም ግዜ ሂቦም ክሰርሑ ንዝግበኦም ስለዘየስርሑ ኢዮም፡ንሕና'ውን ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ኢና ዘለና።

ልዕሊ ኩሉ እዚ ዘመን ክርስትያን ኮይና ዝረኽብናዮ ናይ ነጻነት ዘመን'ኳ እንተኾነ፡ዘይተጠቕምናሉን ቤተ-ክርስትያን ብርኽሰት ዝመላእናያን ዘመን እዩ።እዚ ዕድል'ዚ ግን ብዙሕ ዘይክጸንሕ ይኽእል እዩ።።ራእይ ዘይምህላው ናይ ግለ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ቤተ ክርስትያንን ናይ መንግስትን ጸገም'ውን እዩ።መራሕቲ ሃገርና ነዚ ግዜ እዚ ኣይተጠቕሙሉን።እኳ ደኣ ካብ ምኽሪ ጥራይ ዘይኮነስ፡ካብ ጌግኣም ንዘይምምሃር'ውን ናብ ገደል ክጎዩ ኢና እንርእዮም።ግዜን ዕድልን ብብዙሕ መገዲ ይራኸቡ እዮም።እወ ራእይ ዘይምህላው ንግዜ ዝበልዕ ነቕዝ እዩ።

4. <u>መኻን ይገብር</u>

ራእይ ዘይብሉ ሰብ ካብ ተፈጥሮኣዊ ዕላማ ዝወጸ እዩ።ካብ ዝተፈጠረሉ ዕላማ ወጻኢ ዝነብር ሰብ ከኣ ንባዕሉ ከይኮነ እዩ ዝሓልፍ።ራእይ ዘይምህላው መኻን ይገብር። ከም ዝረኸብዎ ምዝራብ፡ከም ዝረኸብዎ ምብላዕ፡ዘርከበን ዝቐደመን ክንተካ ምፍቃድ ራእይ ናይ ዘይምህላው ጸገም እዩ።ራእይ ዘለዎ ሰብ ግን ሰዓት ክንደይ ክበጽሕ ከምዘለዎ ስለዝፈልጥ ኣብ መገዲ ደው ኣይብልን።ቃል እግዚኣብሄር ራእይ ዘይብሉ ህዝቢ መኻን ከምዝኸውን ይዛረብ(ምሳ 29፡-18)።ራእይ ናይ ዘይምህላው ድኽነት ካብ ድኽነት ይኸፍእ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ናቱ ሓጢኣት ከይኣኽሎ ናይ ሰባት ሓጢኣት እናድነቐ ይነብር፡መዕለቢኡ ስለዘይፈልጥ ኣብ መገዲ ይተርፍ።ገንዘብ'ኳ እንተሃለዎ ድማ ይብትኖ ደኣ'ምበር ኣይዘርኦን እዩ።

ሓረስታይ ዝገደፎ መሬት ዘይቦቐሎ ዓይነት ቆጥቋጥ የለን።ሓጹሩ ዝፈረሰ ገዛ ኩሉ ከምዝደፍሮ፡ራእይ ዘይምህላው ከኣ ዘይደፍሮ ነውሪ የለን።ስለዚ ሰብ-ራእይ ምስ እንኸውን ጥራይ ኢና እንኸብር።ኣብ ዕላማና ምስ በጻሕና ንተማሃሮ ከይተረፈ ናይ መምርሒ ርእሲ ኢና እንኸውን።ብዕላማ ተፈጢርና ብዘይ ዕላማ ክንነብር የብልናን።ከም ሰብ ተፈጢርና ከም እንስሳ ክንሓልፍ ኣይግባኣናን።ኣብ መወዳእታ ዕድመና ነቢረ ደኣ'ምበር ዓለም ኣባይ ነቢሩ ምባላ ምስ ሞት ንምቅላስ ድፍረት ኣይህብናን።ስለዚ እምበኣር ግዚኡ ኣይኣኽለን ማዕጾ'ውን ኣይተዓጽወን፡ሓገዝ እግዚኣብሄር ድማ ኣይተዓጽፈን።ካብዚ ዘለናዮ ራእይ ዘይብሉ ናብራ ዝበለጸ ናይ ብርሃን ከተማ'ውን ኣሎ።እንበኣር ንተንስእ! ነቲ ዝድለ እንበጽሖ ብምሕሳብ ዘይኮነ ብምስጓም እዩ።"ናይ ምንቅስቓስ ስጉምቲ ኮፍ ካብ ዝበልካሉ ምትንሳእ እዩ፡"እንርእዮ ቦታ ርሑቕ መሲሉ ዝረኣየና ከኣ ስለዘይተበገስና እዩ።ስለዚ ተንሲእና ንበገስ!

<u>ነስተውዕል</u>

- ✓ ራእይ ዘይምህላው ናብ ጸልማት ዓለም ብድሌትካ ምቕልቃል እዩ።
- ✓ ልዕሊ'ቶም ንመጻኢ ተስፋ እንገብረሎም ብዙሓት መዓልታት፡ ናትና ዝኾነት መዓልቲ ሎሚ እያ።
- ✓ ባዶነት ንርኹሳት መናፍስቲ ዝተቓልዐ እዩ።
- ✓ ኣብ ልዕሊ ጸሓይ ንከንቱነት ዝስዕር ጸጋ ኣሎ።
- ✓ ካብ እግዚኣብሄር ዝምጸ ፍልጠት ራእይ የትሕዘካ።
- ✓ ራእይ ካብ ርኹባት ዝኾኑ ስድራ ምውላድ ኣይሃርፍን፡በዓል ራእይ ግን ጽቡቕ ዝኾነ ነገር ንምስራሕ'ዩ ዝሃርፍ።
- ✓ ራእይ እንተሓዲሩና ንሰባት ብዝለዓለ ኩነታት ኣይንመዝኖምን ኢና።
- ✓ በዓል-ራእይ ኣብ መብልዒ-ማል ተወሊዱ ናብ እንዳ ሰብ ይኸይድ።
- ✓ ንዘይከሓደካ ኣምላኽ ምኽሓድ፡ንገዛእ-ርእስኻ እግዚኣብሄር ኮይንካ ምንባር ዝኸፍአ መግዛእቲ እዩ።
- ✓ ንደርሆ ደርሆ ምኳን ይሰማምዓ እዩ፡ንንስሪ ደርሆ ምኳን ግን እሱር-ቤት እዩ። ካብ ዝተሓሰበልና ንኢስና ምጽናሕ ከኣ ናይ ባዕሉ ስቓይ ኣለዎ።

- ✓ መግለጺ ሓድሽ መንነትና ራእይና እዩ።
- ✓ ብዘይ ዕላማ ዝነብር ሰብ'ኳ እንተሃለወ፡ ብዘይ ዕላማ ዝተፈጥረ ሰብ ግን የለን።
- ✓ ኣብ ራእይ ጥሮታ የለን፡ኣብ ራእይ ብሓላፍነት ምልኣኽ ደኣ'ምበር ሓላፊ ምኳን የለን።
- ✓ እምነት ሓይሊ እዩ፡እምነት እንተልዩና ድማ ሓይሊ ንዘበለ ንስዕር።
- ✓ ራእይ ዘይምህላው ብገንዘብን ምሁር ብምኳንካን ዘይከሓስ ጥፍኣት እዩ።
- ✓ ራእይ ዘይብሉ ሰብ ኣብ ርእሲ እቲ ናቱ ሓጢኣት ናይ ሰብ ሓጢኣት እናድነቐ እዩ ዝሓልፍ፡መዕለቢኡ ስለዘይፈልጥ ከኣ ኣብ መገዲ ይተርፍ።ገንዘብ እንተልይዎ ይብትኖ ደኣ'ምበር ኣይዘርኦን እዩ።
- ✓ ኣብ እንደልዮ እንበጽሕ ብምሕሳብ ዘይኮነስ ብምስጓም ኢና፡ናይ ምንቅስቓስ ስጉምቲ ኮፍ ካብ ዝበልናሉ ምትንሳእ እዩ።

※ ※ ※

ምዕራፍ 17

<u>ባህሪ ናይ ራእይ</u>

ኩሉ ሰብ ናይቲ ከባቢ ንፍዕቲ ምኳነን ዝምስከረለን ሰበይቲ ነበራ።።ብርግጽ ወዲ'ኳ እንተዘይወለዳ ግን ብናይ ጅግንነት ውሩይ ስመን ክጽዋዓ ይነብራ ነበራ።ብዙሕ ሃብቲ'ኳ እንተዘይነበረን ሰበይትን ወድን ኮይነን ክነብራ ዘይጽግመን ሰበይቲ ከኣ ነበራ። ኣብ ግዜ ንእስነተን ጣልያን ዝወረረሉ እዋን ነበረ።።ንበዝ ናይቲ ሃገር ንውትህድርና ክዓጥቕ ከሎ ጓል ኣንስተይቲ ከም ዘይምልከታ'ኳ እንተተነግረ፡እዘን ሰበይቲ ግን ናይ ንእስነት ጸጉረን ተላጽየን ወዲ ብምምሳል ዕስክርና ኣትየን ብዙሕ ዝተቓለሳ እየን።ብዓል ቤተን ግን ኣይኮነን ውትህድርና ነገር'ውን ዝጸልኡ፡ስሞም ብዝኾነ ሰብ ዘይጽዋዕ ዕሉል ሸቃጣይ ነበሩ።

ድሕሪ ናጽነት ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ነዘን ሰበይቲ ንምርኣይ ናብቲ ዝነብራሉ ዝነበራ ዓዲ ኣምርሑ።ንጉስ ሃይለስላሴ ምስ ጅግና ብጸይቶም ከዕልሉ ውሒሎም ምሸት ክፋላለዩ ከለዉ ሓደ ነገር ክህብወን ደለዮ'ሞ "እንታይ ክገብረልኪ ትደልዩ ሕተቲ"፤ በልወን።እተን ሰበይቲ ድማ "ጃንሆይ ሽሕ ዓመት ንገሱ ኣምላኽ ይመስገን እንታይ ስኢነ፤ ኩሉ ኣሎኒ፡እንተኾነ በዓል ቤተይ ኣቶ እናተባህለ ምማቱ የሳቐየኒ ደኣምበር" ኢለን ትዝ በላ።።ጃንሆይ ድማ ትቕብል ኣቢሎም እሞ እንታይ ጸገም ኣሎዎ "በረምበራስ" ኢልናዮ ኣሎና በልወን።።እዚ ሽመት ከኣ ልዕሊ ብዓልቤተን ንዕአን ኣሐጎሰን።ንብዓል ቤተይ በረምበራስ ዘበልኩ ሰበይቲ እየ እናበላ ከኣ ብኹርዓት ክሕበና ጀመራ።ዘመድ፡ፈታዊ፣ጎሬቤት ናይቲ ከባቢ ግን "ኣየ በረምበራስ" እንዳ በለ ንሽመት'እቲ ሰብኣይ ከቃልል ጀመረ።።ንሰን ግን ልበን መሊኡለን ንኹሉ ሰብ ዝምልስኡ ሓደ መልሲ ነበረን፡ንሱ ከኣ "ካልእ በዓል ስልጣን ካብ ዝህቦ ደጃዥማች ንጉስ ዝህቦ በረንበራስ ይበልጽ" ኢለን ይምልሳ ነበራ።

ዝዓበየ ሃብቲ ወዲ-ሰብ ንእግዚኣብሄርን ንሃገርን ንንጉስን ምፍትዉ እዩ።ንእግዚኣብሄር ምስዝኽሕድ ንሃገሩ ምስዝጸልእ ጥፍኣት ንጉስ ምስ ዝምነ ዓቢ መርገምኦዩ።እግዚኣብሄር ናይ በረኸት ምንጪ ስለ ዝኾነ ንዕኡ ምፍቃር፡ሃገር ኣብ ዝነበርካ ኔርካ እትኣትዋ ብምኺካ ሃገርካ ምፍቃር፡ንጉስ ናይ ናጽነት ምልክት ስለዝኾነ ንንጉስ ምኽባር ተጠቂምና እንጠቕመሉ ሓይሊ እዩ።ወዲ-ሰብ ስሙ ዝጽውዓሉን ታሪኹ ዝዝከረሉን ወዲ ብምውላድ ጥራይ ኣይኮነን::እኳ ድኣ ሕማቕ ውሉድ ዘለዎም ወለዲ ስሞም ክጠፍእ ንርኢ ኢና።ታሪኽ ዘለዎ ሰብ ግን እናተዘከረ ይነብር።ንእግዚኣብሄርን ንብጻዮምን ኢሎም ዝሰርሕዎ ታሪኽ ግን ንሱ እቲ ታሪኽ ከም ዝዛረቦ ዘሎ ኮይኑ ብድሕሪኦም ይነብር።

ጅግና ማለት ቀታሊ ሰብ ማለት ኣይኮነን::ጅግና ማለት ንገዛእ ርእሱ ምእንቲ ካልኦት መስዋእቲ ዘሕልፍ እዩ::ጅግና ናይ ፍቕሪ ሰብኦዩ።እዘን ሰበይቲ ግን ንሰን ዝተቓለሳሉ ዓወት በዓል ቤተን መዓርግ ወሲዱ ክኸብር ተመነያ።ሓዳር ናይ ሎሚ'ኸ ከምዚ ዝበለ ታሪኽ ይርከቦዶ ይኸውን፤ምስእንብል ሎሚ ሰብኣይን ሰበይትን ብክእለቶም ዝወዳደርሉን ብትምህርትን ብእቶትን ዝነዓዓቑሉን እዋን ኢና ዘለና።ናይ ሎሚ ሰብ ሓዳር እንተዝኾኑ "ኣነ ዓጢቕ ሃገረይ ዘኹራዕኩ ጓል ኣንስተይቲ ኢየ" ኢላ ሰበይቲ ንበዓል ቤታ ካብ ምስትንዓቕ ኣይምተረፈትን።ክብሪ እዘን ሰበይቲ ግን ናይ በዓል-ቤተን መዓርግ ምቕባል ነበረ።ቃል ኪዳን ክሳብ ሞት ክቕጽል ዝኽእል ካባይ ንብጻየይ ዝብል ፍቕሪ ምስ ዝህልዎ ጥራይ ኢዩ።እዘን ሰበይቲ እዚኣን ሃገረንን ንጉሰንን ሰብኣየንን ዘኽብራ ሰበይቲ ነበራ።እዘን ንጉስ ዝፈልጦ ጅግንነት ዝነበረን ሰበይቲ ኣብ ዓውደ ኩናት ተዋጋኢት፡ኣብ ገዝኣን ከኣ ቅንዕቲ ሰበይቲ ነበራ።ቃል ኪዳን ክልተ ተጻመድቲ ዝሰሓሓቡሉ ዝምድና ኢዩ።ማግነት ንተቓራኒኡ ከም ዝስሕብ፡-ስቕ በሃሊ ነቲ ተዛራቢ፡እቲ ህዉኽ ድማ ምስቲ ትዕግስተኛ ኣብ ቃል ኪዳን ይሳነዩ እዮም።ኣብ ቃል ኪዳን እቲ ሰብኣይ ንዘይብሉ ካብ ሰበይቱ፡እታ ሰበይቲ'ውን ንዘይብላ ነገር ካብ ሰብኣያ ደልዮም ይጣመሩ።እዘን ሰበይቲ እዚኣን ንሰብኣየን ፈሪሐን ዝነብራ ነበራ፡ መሊሰን ከኣ ደፋር ነበራ፡ክልቲኦም ክተሓላለዉ ከልዉ ኣብ ጉዕዞ ሂወት ብቕንዕና ክስጉሙ ከኣሉ።

ናይዘን ሰበይቲ እዚኣን ዓቢ ምስትውዓል ድማ ካልእ በዓል ስልጣን ካብ ዝህቦ ደጃዥማችነት ንጉስ ዝህቦ በረንበራስነት ከም ዝበልጽ ተረድኣ።ካብ ካልእ በዓል ስልጣን ዝርከብ ዓቢ መዓርግ ናይ ንጉስ ንእሽቶ መዓርግ ከም ዝበልጽ፡ስለዚ ኢየን ድማ ካብ ምንጪ ስልጣን ዝተረኽበ በረንበራስነት ከም ዝሓይሸ ዝኣመና።"ካልእ ብዓል-ስልጣን ካብ ዝህቦ ዓቢ መዓርግ፡ንጉስ ዝህቦ በረንበራስነት ይበልጽ"ብምባል ከኣ ተዛረባ።ካብ ንጉስ ዝርከብ ንእሽቶ ሽመት ዓቢ ኢዩ::ንጉስ ባዕሉ ካብ ባሕሪ ስልጣኑ ቀዲሑ ዝህቦ፡እቲ ንጉስ ብዓሉ ተፈላጥነት ዝህቦ፡ካልእ በዓል ሽመት መጺኡ ዘይንዕቆ፡ብዘይካ ንጉስ ካልእ ክስዕሮ ዘይክእል ንእሽቶ መዓርግ ዓቢኦዩ።ራእሲ እጌሌ ንዝሸምዎ ደጃዥማች ንጉስ ክስዕሮ ይኽእልኦዩ፡ንጉስ ዝሸሞ በረንበራስ ግን ብዘይካ እቲ ንጉስ ማንም ኣይስዕሮን።

ንብዙሓት ኣብ ካልኦት ዘሎ ጸጋ፡ኣብ ኢድ ካልእ ዘሎ ህያብ፡ ኣብ ካልኦት ዘሎ ራእይ ይማርኾምኦዩ።ናይ ባዕሎም ግን ይንዕቅዎን የቃልልዎን።ናይ ራእይ መራኸቢ ግን እግዚኣብሄር ኢዩ።ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህበ ራእይ ዘበለ ኩሉ ኩቡር ኢዩ።ንእግዚኣብሄርን ንሃገርን ዝኸውን ዓቢ ስራሕ ንምነ ንኸውን ኢና፡ንእሽቶይ ስራሕ ክስራሕ ከሎ ዓቢ ስራሕ ከምዝኽውን ግን ኣይርደኣናንኦዩ።መበገሲ ናይ ዓቢ ስራሕ እቲ ንእሽቶይ ኢዩ፡ዓቢ ስራሕ ኣብ ዕድመና ሓንሳብ ዝገጥመናን ውሑዳት ዝዕደሙሉ ተግባርን

ኢዩ።ኣብ ጸጽባሕ ኣብ ዙርያና ዝኸበና ግን እቲ ንእሽቶ ስራሕ ኢዩ።ዋጋ ናይ ራእይና ኣብ ምዕባይን ምንኣስን ናይቲ ራእይ ዘይኮነስ፡ንዝተዋህበና ስራሕ እሙናት ኮይና ብምፍጻምና ጥራሕ ኢዩ።ንእሽቶ ብሎን እንተዘየለ ዓቢ ንብረት ክጋጠም ኣይክእልን፡ኣገዳሲ ዘበለ ንእሽቶ ኸኣ ኩሉ ዓቢ ኢዩ።ከምዚ ምስእንገብር ከኣ ኣብ እንድለየሉ ቦታ ዘበለ ነጋውስ ንኸውን።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንቤተክርስትያን ኣብ ሰብነት ብዘለዉ ቡዙሓት ኣካላት ጌሩ ይምስላ። ኣብ ሰብነት ዘሎ ኣካል እንታይ ኢዩ፤ምስ እንብል ጳውሎስ ዝገለጸልና ነገር ኣሎ፡-

1. ናይ ሰብነት ኣካላት ኣብ ሓደ ርእሲ ዮም ዝጥመሩ።
2. ተግባሮም ዝተፈላለየ ኢዩ፡ ዝተፈላለየ ግቡእ ዝዓደለ ግን እግዚኣብሄር ኢዩ።
3. ናይ ሓድሕዶም ዕላማ ዓቢ ሸቶ ንምህራም ኢዩ።
4. ሓደ መንፈስ ብዙሓት ጸጋታት ኣለዉዎ።
5. ነቲ ጸጋ(ብጽሒት)ዝመርጾ በዓሉ እቲ ዋና ኢዩ።
6. ቡዙሓት ኣካላት ናይ ሓባር መጸውዒኡም ሰብነት ኢዩ።
7. ተፈላልዮም ክነብሩ ዘይክእሉ፡ምስ ዝፍለዩ ግን ዝጉድኡ ኢዮም።
8. ናይ ነፍስ-ወከፎም ፍሉይነት ምልኣት የምጽእ።
9. ኣብ ሰብነት ምጉንናጽ የለን ።
10. ንድኹማት ምሕጋዝ ናይ ብርተዐ መግለጺ ኢዩ።
11. ኣካላት ብምውህሃድ ይሰርሑ።
12. ሓዘንን ሓጎስን ብሕብረት ይካፈሉ።

ሃዋርያ ጳዉሎስ ኣብ "1ይ ቆሮ 12" ንቤተክርስትያን ግቡእ ኣቃውማኣ ብሰብነት ጌሩ ይገልጾ።ቤተክርስትያን መልክዕ ክርስቶስ ንዓለም እተርኢ፡ቅንዕንኡን ፍቕሩን እተንጸባርቕ ኣካሉ ኢያ።ዓቢ ራእይ ዝርከበላን ሰብ መሊሱ ዝፍጠረላን ሕብረት ኢያ።እዛ ቤተ ክርስትያን ብሓቅነት ክርስቶስ ተማሪኾም ንዝኣመኑ ናይ ምእመናን ሓድነት ኢያ።ኣብ ግቡእ ኣቃውማ ቤተ-ክርስትያን ተመስሪትና ሓደ በዓል ራእይ ክነብሮ ዝግብኦ ስርዓት ምርኣይ የድልየና።ጥንታውያን ግሪኻውያን "ሓድነት ሓይሊ እዩ" ይብሉ።ኣብ ራእይ ድማ እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ሓድነት ኢዩ።ብዓል ራእይ ኣብ መጀመርታ ግዜኡ ኣዝማዱን ቤተ ሰቡን ንምእማን ግዝዩኡ ዝስውእ ክኸውን ይግብኦ።ሓዳሩ ዝቃወሞ ብዓል ራእይ እናሓንከሰ ከም ዝስጉም ኢዩ።መንፈሳዊ ስራሕ ብሓድነት ስለ ዝስራሕ ንሓድነት ዋጋ ምሃብ ኣገዳሲ ኢዩ።ናይ ሓድነት ጽምኡ ግን ንበይናውነቱ ዝፈርሕ ክገብሮ ኣይግብኦን።ሓድነት ጽገዕተኛ እንተ ጌርዎ፡ቃሬዛ ደኣ እንበር ሓድነት ኣይኮኖን።ናይ ራእይ መሳርሒ፡-

1 ኣላዩ የድሊ

ክፋላት ሰብነት ትእዛዝ ካብ ርእሲ'ዮም ዝቕበሉ።ስርሑም ምስ ፈጸሙ ከኣ ንገዛእ-ርእሶም ክብሪ ኣይህቡን ኢዮም።ክብሪ ዘበለ ንርእሲ ዮም ዝህብዎ።ራእይ ድማ ኣላዩ(ሓለቓ) የድልዮ፡ናይ በዓል ራእይ ኣላዩ ከኣ እግዚኣብሄር ክኸውን ይግብኦ።በዓል-ራእይ ስርሑ ፍጹም ዝኾነሉ እግዚኣብሄር ይርእየኒ ኣሎ ኢሉ ምስ ዝንቀሰቕስ ጥራይ ኢዩ።ምስዚ ድማ ንበዓል ራእይ ዝግስጽ፡ዝመክር፡መገዲ ዝሕብር፡ፍቕሪ ዝገልጸሉ፡ብጠቕላላ በዓል ራእይ ከም ኣቦ ዝርእዮን ዘኽብሮን መንፈሳዊ ኣፍቃሪ የድልዮ ኢዩ።እቲ ጻድቕ ኣብርሃም እኳ ባርያ ናይ ገዝኡ ሽማግለ ነበረ(ዘፍ፡24፡2)።እቲ ናይ ገዛ ሽማግለ ንስንፍና ኣብርሃምን ሳራን ይግስጽ

ነበረ።።ምንምʼኳ ባርያ እንተኾነ ብብቕዓቱን ብቕምነገሩን እሙን ብምኺኑ ሽማግለ ናይቲ ቤት ኮይኑ ተሸይሙ ነበረ።ገዛ ብዓል-ራእይ ውን ሽማግለ የድልዮ።መብዛሕቲኡ ግዜ ሰብ-ራእይ ኢና ዝብሉ ናይ ሓለቓ ቁጽጽር ኣበርቲዖም ናይ ባዕሎም ትካል ዘጣጥሑ፡ደው ዘብሎም ዘይብሎም ብዘይ ኣላዩ ክነብሩ ዝደልዩ እዮም።ኣላዩ ዘለዎ ሂወት ግን ወሳኒ ኢዩ፡ኣላዩ ዘለዎ ሓዘን ይጸናናዕ ሕፍረቱ ይሸፈን ወዲቑʼውን ኣይተርፍንʼዩ።ብናይ ሃገርና ኣገላልጻ ንበዓል ራእይ ከም ኣበ-ነብሲ ዝበለ ኣማኻሪ የድልዮ።ንቕጻልነት ስራሕና ዝሕግዝ ጥራይ ዘይኮነ ንጽቡቕ ጽቡቕ ንሕማቕ ከኣ ሕማቕ ዝብለና ፈታዊ ክህልወና የድሊ።

2 ኣብ ዝተመደበሉ ንቕሕ ክኸውን ይግብኣ

ንዓና ናይ ካልኦት ስራሕ ኣዚዩ ከቢድ ኢዩ፡ናይ ባዕልና ስራሕ ግን ዝተዋህበና ስለ ዝኾነ ንዓና ቀሊል ኢዩ።ንኣብነት፡-ናይ ስነ ጥበብ ክእለት ዘለዎ ሰብ ስራሕ ናይ ጉልበት ንዕኡ ሞት ኢዩ።ንናይ ጉልበት ሰራሕተኛ ከኣ ፒሮ ኣልዒሉ ካብ ምጽሓፍ ምሉእ መዓልቲ እምኒ ክፍንቅል ይቐሎ።ንኹሉ ኣብ ዝተመደበሉ ሞያ ቀሊሉሉ ይርከብ፡ስለዚ ናይ ገዛእ ርእስና ስራሕ ብትኽክል ክንሰርሕን ናይ ካልኦት ስራሕ ድማ ከነኽብርን ይግበኣና።ጳዉሎስ፡-እቲ ዕዮ ነንበይኑ ኢዩ፡ንኹሉ ከም ዝግብኦ ዝገብር ግን እቲ ሓደ እግዚኣብሄር ኢዩ ዝበሎ ነዚ ኢዩ(1ይ ቆሮ፡12፡6)።ተግባር ዝተፋላለየ ኢዩ፡ዝተፋላለየ ኣገልግሎት ዝሃበ ግን እቲ ሓደ እግዚኣብሄር ኢዩ።ከምቲ ንእግዚኣብሄር ከም እነገልግል ኮይና እንዝምርን እንሰብኽን ከምኡ ከኣ ናይ ጽሬት ስራሕና ክንሰርሕን ናይ ሓለዋ ስራሕና ክንከናኸንን ይግበኣና።

3 ዕላምኡ ንጥቕሚ ካልኦት ኢዩ

እግዚኣብሄር ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት'ዩ ዝህበና።።እንተኾነ ገዛእ-ርእስና ኣኽቢርና ንምንባር ዘይኮነ ንጥቕሚ ካልኦት ከነማልእ ይግባኣና።እቲ ስራሕ ባዕሉ የኽብረና ደኣ ምበር፡ንሕና ነቲ ስራሕ ገዲፍና ንኽብርና እንተ ተኻቲዕና ንዝኾነ ሰብ ጠቕምቲ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና።ይትረፈኒ እናበልና እንተዘይ ሰሪሕና፡ናይዛ ዓለም እዚኣ ሻቕሎት ክነርሕቕ ኣይንኽእልን።ቅንዕናና ድማ ኩሉ ግዜ ምስ ዝተገብረልና ሓለፋ ኣዛሚድና እንፍጽሞ ክኸውን ኣይግቦኦን።።ንኻልኦት ክጎድእ ዝኽእል ራእይ'ውን ክህሉ የብሉን።ብርግጽ ከኣ ንሓሰውትን ሕማቕትን ቀናኣትን ዘሕርቕ ራእይ ኣሎ፡እንተኾነ ራእይ ኣብ ኩፉት ቦታ ብትኽክል ከም ዝገጥም ማዕጾ ኣብ ቦትኡ ኣድላይን ሙሉእን ኢዩ።

4. ዋና ናይቲ ሃብቲ(ጸጋ) ሓደ ኢዩ

ብዙሓት ጸጋታትʼኳ እንተሃለዉ ብዙሓት ዋናታት ጸጋ ግን የለዉን።።ምኽንያቱ እቲ ወናኒ-ጸጋ ሓደ ጎይታ ኢዩ።ንሱ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ምስ ዝርኢ ንቤተ-ክርስትያንን ንምድርን ዝጎደለን ጸጋ ይልእኽ።ብዓል ራእይ ከኣ ነዚ ኣምላኻዊ መልእኽቲ መበጻጽሒ ኢዩ።።ዝኾነ በዓል ራእይ ናይቲ ጸጋ በዓል ሓደራ ደኣʼምበር ዋና ኣይኮነን።ስለዚ በዓል-ራእይ ሓታቲ ኣካል ከምዘለዎ እናዘከረ ስርሑ ተቐላጢፉ እሙን ኮይኑ ክፍጽሞ ኣለዎ።ሓደ መንፈስ ብዙሓት ጸጋታት ኣለዎ።።ኩሎም ጸጋታት ከኣ ንሓደ ግለ ሰብ፡ንሓንቲ ቤተ-ክርስትያን፡ንሓንቲ ሃገር ጠቕሊሉ ኣይሃበን።ንሓድሕድና መታን ክንደላለ ጸጋታት ርሕቕ ርሕቕ ኢሎም ተቐመጡ።እቶም ካልኦት ነዓና ዘድልዩሉ

ምኽንያት፡ምስአም ጥራይ ዘሎ ጸጋ ስለ ዘሎ'ዩ።ንሕና ከኣ ንካልኦት እነድልዮም ምሳና ጥራይ ዘሎ ጸጋ ስለ ዘሎ ኢዩ።ዝተፋላለየ ጸጋታት ምሓዝ እምበኣር ንሓድሕድና የደላልየና።ሓደ ሰብ ዘይኮነስ ሓንቲ ሃገር'ኳ ብምልኡ ጸጋታት ጠቕሊላ ኣይሓዘቶን።።ሓደ-ሓደ ጸጋታት ዶብ ሰጊርና ክንከይድ'ውን ኢዮም ዝሓቱና።ነዚ ከኣ'ዩ ንትምህርቲ፡ንምርምር፡ዝተፋላለዩ ንብረት ንምምጻእ ካብ ሃገር ወጻኢ እንኸይድ። እግዚኣብሄር ንሓንቲ ሃገር ህያባት ዘበለ ጠቕሊሉ ኣይሃባን።እዚ ከኣ'ዩ ሃገራት ካብ ሃገራት ዝደላለያሉ ምስጢር።።በዓል ራእይ እምበኣር ነዚ ክርዳእ ይግቦኡ።

5. ተመሪጹ ከም ዝተዋህቦ ይፈልጥ

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንእሽቶን ዓብን ዝበሃል ጸጋ የለን።።እግዚኣብሄር ንዝሃበና ስራሕ ብተኣማንነት ኪንሰርሕ ደኣ'ንበር ዓቢ ስራሕ ምስ እንሰርሕ ኣይኮነን በኣና ዝዓግብ።ካብ ክፍልታት ሰብነት ንዝተዋህቦም ኣካል እዚ ተሪፉ እንተዝኸውን ኣይምጸገመን ዝበሃል ኣካል የሎን፡ ምኽንያቱ ኩሉ ኣድላዩ ኢዩ።።ክንዲ ቅርኒብ ዓይኒ ዝኣክል ከኣ'ዩ ዘድሊ።ብዘይ ምኽንያት ዝተተኽሉ ህዋሳት፡ስራሕ ዘይብሎም ኣካላት፡ ግቡኣም ዘይፍጹሙ ኣካላት የለዉን።።ከም ኣካል ምስ እንርድኦ ሰብ ዘበለ ኣብ እንነብረላ ዓለም ኣድላዩ ኢዩ።ብደዉ ዝነቐጸ፡ንባዕሉ ቀቲሉ ዝነብር፡ራእይ ዘይብሉ ሰብ እንተዘይኮይኑ ውልቃዊ ተዓዛቢ ንክኸውን ዝተፈጥረ ማንም የለን።ኩሉ ኣብ ጉብኡ ምስ ዝርከብ ናይ ተፈጥሮ ዕላማኡ የማልእ፡ንባዕሉ ከኣ ሕጉስ ይኸውን፡ኣብ ከባቢኡ ንዘለዉ ከኣ ጠቓሚ ይኸውን።

እግዚኣብሄር ንኹሉ ሰብ ንጥቕሚ'ዩ ፈጢርዎ።ካብ እግዚኣብሄር ንዝተዋህበና ራእይ ባዕሉ መሪጹ ዝሃበና ስለ ዝኾነን ጎይታ ካባና ንላዕሊ ንዓና ዘድልየና ዘበለ ዝፈልጥ ኮይኑ ስለዝመረጸልናን ደስ ክብለና ይግብኡ።ጸጋ ደረጃ የብሉን፡ናይ ስራሕ ደረጃን ናይ ስራሕ ዓይነትን ግን ኣሎ።ዝለዓለ ስራሕ ዝሰርሑ ልዒሎም ይረኣዩ፡ሽልማቶም ከኣ ዝለዓለ ይኸውን።።በዓል ራእይ ግን ተመሪጹ ዝተዋህቦ ራእይ ምኺኑ ስለዝርዳእ እግዚኣብሄር ኣብ ዝመረጸሉ ነገር ሓጎስን ሓይልን ክስምዖ ይኽእል።

6. ናይ ሕብረት ስም ይፈቱ

ብዙሓት ራእይታት ብብዙሓት ሰባት ኣይኮኑን ዝስርሑ።።መራሒ ሓደ ኢዩ፡ ተቐባሊ ራእይ ድማ ሓደ ኢዩ።በዓል ራእይ እምበኣር በይነይ ኢሉ ክሰግእ ኣይግብኦን። እግዚኣብሄር ንልዕሊ ፍርቂ(½)ሚልዮን ዝኣኽሉ ደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ዘውጸኦም ብሓደ ሙሴ ኢዩ።።ብኮሚቴ እንተዝኸውን ኔሩ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ኣይምወጹን ኔሮም።ሓደ ሙሴ ግን ምስ እግዚኣብሄር እናተማኸረ ነቲ ህዝቢ ኣውጽኦ። ኮሚቴ እንተዝቐውም ኔሩ ግን ብዛዕባ ኩነታት ኣየር፡ብዝዕባ ናእሽቱ ጀላቡ፡ብዝዕባ ሕሙማት. . ወዘተ ክርክር ምስ ፈጠሩ ክሳብ ሎሚ ከኣ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ኣይምወጹን ኔሮም።ስራሕ ብብዝሒ ዘይኮነስ ብጻዕሪ'ዩ ዝስራሕ፡ሓደ ውፉይ መራሒ እንተልዩ ከኣ እቲ ስራሕ ብግቡእ ይፍጸም።

ብዓል ራእይ ራኢኡ ንብዙሓት ሰባት'ኳ ማሪኹ እንተስዓበ፡ብዙሓት ኣገልገልቲ'ውን ክጓሲ ምስ ዝጅመር ኣነ'የ ነዚ ዝገበርኩ ናተይ ስም ይጸዋዕ ክብል ኣይግቦኡን።።ክብሪ ናይ ኣገልግሎቱ ንሓበራዊ ስም ክህቦ ኣለዎ።ኣብ ኣካላትና ምሉእ ኣካል ዓይኒ ክበሃል ኣለዎ፡እዝኒ'ውን ክበሃል ኣለዎ ዝብል ክርክር የለን።።ኣብ ሓደ

ሰብነት ተጠሚሮም'ዮም ዝነብሩ።በዓል ራእይ ዓይኒ ኮይኑ እንተረኣየ እዝኒ ግን ኣይኮነን፡ ኢድ ውን ኣይኮነን።ዝቕበልዎ ቅኑዓት፡ዝሕግዝዎ የእዳው ካልኦት ኢዮም፡፡ስለዚ በዓል ራእይ ምሉእ ኣካል ዓይኒ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣለዎ ኢሉ ከሓስብ ኣይግቦኣን።

7. ገዛእ-ርእሱ ኣይፈልን

ሓደ ሰብ ንብድኽነት ዝተጠቕዐ ናይ ስጋ ሓው "ሓወይ ኣይኮነን" ኢሉ እንተተዛረበ ሓዉ ምኺኑ'ዶ ይተርፎ፤ፍጹም ኣይተርፎን'ዩ፡፡ምኽንያቱ ኣቕዲሙ ሓው ክኸውን ዝኽኣለ ብድልየቱ ዘይኮነ ብተፈጥሮን ብመእሰሪ ስጋን ደምን ኢዩ።ነዚ ናይ ስጋ መእሰሪ እምበኣር ድልየት ግዝያዊ-ስምዒት ክበትኮ ኣይክእልን።

ቃል እግዚኣብሄር፥"ንኹላትና ሓደ ኣቦ'ዶ ኣይኮነን ዘሎና፤ሓደ ኣምላኽ'ዶ'ኸ ኣይኮነን ዝፈጠረና"፤ይብል(ሚል 2፡10)።ደቂ ሓደ ሰብኣይ ናይ ግድን'ዮም የሕዋት ዝኾኑ፡፡ሓንቲ ኢድ ዘዕበየቶም ከኣ ክቀራረቡ ይግበኦም፡ስለዚ ምስ ምሉእ ተፈጥሮ ወዲ ሰብ ብተፈጥሮ ቤተ-ሰብ ኢና።ንኻልእ ሓውና ሓወይ ኣይኮነን ኣየድልየንን'ኳ እንተበልና ሓውና ምኺኑ ግን ኣይተርፎን።ሓቂ ነባሪ'ዩ፡ንሕና ግን ተጎዲእና ንነብር።ነዚ ናይ ተፈጥሮ መእሰሪ ብግዝያዊ ስምዒትና ምብታኽ ኣይከኣለናን'ዩ፡፡ዋላ'ኳ ዝበለጸ መነባብሮ ነሕልፍ፡ ትጉሃት ሰራሕተኛታትን ንርእስና ስንፍና ዘይነእቱ ሰባት'ውን እንተኾና ሰባት ናይ ግድን የድልዩና ኢዮም።ካብ ሰባት ክንረኽቦ እንኽእል ነገር ብተክኖለጂ ክንትክኦ ኣይከኣልን። በዓል-ራእይ ድማ ሓወይ ኣየድልየንን ኢሉ ገዛእ-ርእሱ ኣይፈልን፡ንበይኑ ከኣ ኣይጎይን።

8.ፍሉይነቱ ጎደሎ ምምላእ ምኺኑ ይፈልጥ

ጳውሎስ፡-"ብዘሎ እቲ ሰብነት ዓይኒ እንተዝኾውን ምስማዕ ኣበይ ምተረኽበ"፤ ይብል(1ይ፡ቆሮ፡12፡17)።ዓይኒ ሓደ ኣካል ናይ ሰብነት ደኣ'ምበር ንኹሉ ዝትክእ ኣይኮነን፡ዓይኒ ከኣ ናይ ዓይኒ ስራሕ ጥራይ'ዩ ዝሰርሕ።በይኑ ዓይኒ ጥራይ ንሰብነት ዘድልዮ ዘበለ ክሸፍን ኣይክእልን።ዝተፈላለየ ግቡእ ዘለዎም ናይ ሰብነት ኣካላት ከኣ ሰስርሑም ተረዲኦም ግቡኦም ይፍጽሙ።ዓይኒ ይርኢ፡ካብ ሓንጎል ትእዛዝ ክመጽእ ከሎ እግሪ ይንቀሳቐስ፡ኢድ ከኣ የልዕል፡ስለዚ ኩሎም ኣካላት ኣመዛዚኖም'ዮም ዝምልኡ።ሰባት'ውን ዝተፋላለየ ራእይ ዘለዎም ብምኽኖም ደስ ክብለና ይግብኦ።እቲ ሓደ ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ሕሙማት ርእሱ ክንቕንቕ ከሎ፡እቲ ሓደ ከኣ ብዛዕባ ኣብ እሱር-ቤት ዘለዉ ድቃስ ይስእን።ናይ ዓለም ጎዶሎታት ብዙሕ ስለዝኾነ ብሓደ ዓይነት ራእይ ኩሉ ጎዶሎ ክምላእ ኣይከኣልን፡፡ስለዚ በዓል ራእይ ኣመዛዚኑ ምስ ካልኦት መታን ክሰርሕ ገዛእ ርእሱ ከዳሉ ክኽእል ኣለዎ።

9.ምድፍፋእ የርሕቕ

ኣብዞም ኣካላት እዚኦም ቅንኢ ዝበሃል የለን፡ምኽንያቱ ኩሎም ኣካላት ሰብነት ንኽብሪ ርእሲ ኢዮም ዝነብሩ።ንኽብሪ ገዛእ ርእሶም ዝነብሩ እንተዝኾኑ ግን ቅንኢ ምተላዕለ ኔሩ፡ስለዚ ካብ ምጉናጽ ንላዕሊ ይደጋገፉ።ንዝሰልቸዎ የማናይ ኢድ እቲ ጸጋማይ ይስከሞ፡ነቲ ሓንካስ ጸጋማይ እግሪ ድማ እቲ የማናይ እግሪ እናሓለዎ ይስጉም፡ንዝደኽመ'ውን ኣይነቕፉዎን፡ስርሑ እናተማልኡ ከኣ ይሕግዝዎ።ከምዚ ዝተገልጸ ንሕና ድማ ኩልና ንኽብሪ እግዚኣብሄር እንተነበርና ርእሲ ራእይና ክርስቶስ

ካብ ኮነ፡ክንቀናናእን ክንነናነጽን ኣይንኽእልን ኢና።ስራሕና ድሕሪ ምውዳእና'ውን ዘይተወደኣ ናይ ካልኦት ብጽሒት ክንዓምም ንኽእል።

10. ንድኹማት ይሕግዝ

ህጻናት ክጻወቱ ከለዉ እቲ ዓቢ ነቲ ንእሽቶ ክስከሞ ከሎ ኢና ንርኢ፡ሓወይ ኣይከብደንን ብዝብል ፍቕሪ ስለዝቃረቡ ከኣ ብዘይ ምስምስ ይሰኻኽሙ።ማዕረ ሚዛን ዘለዎም ይቃለሱ፡ዝተፈላለየ ሚዛን ዘለዎም ህጻናት ግን ይሰኻኽሙ።መለከዒ ዕብየት ንሓውኻ ክትስከሞ ምኽኣል ኢዩ።ብዙሓት ሰባት ናይ ትማሊ ፍቕሮም ብፈተናን ብክርክር ዝሒሉ፡ንኻልኦት ዝሕግዙ ዝነበሩ ንባዕሎም ክኾኑ ተሳኢንዎም ይነብሩ ኣለዉ።ስለዚ ንኣገልገልቲ ኣገልጋሊ ዘድልየሉ እዋን ስለዝበጽሐ ክንደልዮም ይግባእ።በዓል ራእይ ንናይ ትማሊ ኣጉባዝ'ውን ከይተረፈ'ዩ ዝሓስብ።ንሳቶም እንተ በርቲዖምሉ ሓዱሽ ሰብ ካብ ምጉስጓስ ነቒሑ ንዝነበረ መንነቶም ክሕግዞም ይኽእል።ምውዳቕን ምትሳእን ስለዝረኣዩ ብዘጋጥም ነገር ኣይድንቑን'ዮም።ጴጥሮስ ወዲቑ ድሕሪ ምትንስኡ፡ንዓቢ ሓደራ ከም ዝተሓጽየ፡ወዲቑም ዝትንስኡ ከኣ ንዓቢ ተግባር ክጽውዑ ዘዋጽኣና ተግባር'ዩ።

11.ኩሉ ናይ ሓባር ምኽኑ ይኣምን

ኣብ ባህርያት ኣካላት ጽፍሩ ዝሓመመ ሰብ ደቂሱ ይውዕል፡፡ዘይሓመሙ ብዙሓት ኣካላት ሰብነት ኣለዉ፡እንተኾነ ግን ነቲ ንእሽቶይ ክፍሊ ኣካላት ዝኾነ ጽፍሪ ምስ ዝሓምም ኣካላት ብምሉኦም ሓዚኖም ይውዕሉ።ኣብ ሕብረት ኣካላት ናይ ሓደ ኣካል ሕማም ናይ ኩሉ፡ናይ ሓደ ኣካል ሓጎስ ከኣ ናይ ኩሉ ኮይኑ'ዩ ዝግለጽ።የማነይቲ ኢድ ብዝሰርሓቶ ጸጋመይቲ ኢድ'ውን ትሽለም፡የማነይቲ ኢድ ከኣ ፍትሒ ጎዲሉኒ ኢላ ኣይትኽስስን።ጸጋመይቲ ኢድ ንዝተሸለመቶ ወርቂ እና ሞጎሰት ክንድቲ ንዓኣ ዝተገብረላ ዝኣክል ኮይና ትሕጎስ።

ኮምኡ በዓል ራእይ ጉድኣት ካልኦት ክስምዖ ይግባእ፡፡ኣብ ሓጎስ ካልኦት ከኣ ብልቢ ክሕጎስ ኣለዎ።ጸገም ምስ ኣብቅዐ ራእይ ዘብቅዕ ኮይኑ ዝመስሎም ወገናት ኣለዉ።እንተኾነ በዓል ራእይ ንሱ ዝጸዓረሉ ካልኦት ስሞም'ኳ እንተተጸውዐ ስልማት'ውን እንተበዝሓሎም ክጉሂ የብሉን።ምኽንያቱ ናይ ሰብ ምስጋና ውዳሴ ከንቱ ካብ ምኽን ኣይሓልፍን፡ከምኡ ናይ ሰብ ደሞዝ (ዓስቢ) ውሑድ ኢዩ።ስለዚ ሰማያዊ ዓስብን ናይ ሕልና ዕግበትን ቆጺርካ ምሕጓስ የድሊ።

እተን ሰበይቲ ዝበለኡ ምስእንዝክር፥ካልእ በዓል ስልጣን ካብ ዝህቦ ዓቢ ሽመት ንጉስ ዝሃቦ በረንበራስ ይበልጽ በላ።እቲ ንጉስ ዝኾነ እግዚኣብሄር ስርሓለይ ዝበለና ራእይ ካብ ንጉስ ስለዝተወስደ ኩቡር ኢዩ።እምበኣር ነቲ ናይ ራእይ ርእሲ ዝኾነ ጎይታ ክንዕቕ ኣይግበኣናን፡ስለዚ ካልኦት እኳ እንተዘይኮና ንገዛእ ርእስና ከይንኽስር ግን ንጠንቀቕ።ማርቲን ሉተር ኪንግ፥የሕዋተይ!ዕጫ ሂወትኩም ምጽራግ መገዲ ካብ ኮነ፡ዉጹ'ሞ ማይክል ኣንጅሎ ከም ዝሰኣሎ ስእሊ፡ቤትሆቨን ከም ዘቀናብሮ ሙዚቃ፡ሸክስፔር ከም ዝገጥሞ ግጥሚ መገዲ ጽረጉ "ናይ ሰማያት መላእኽቲ ብዕዮኹም ተሓጉሶም፡ስርሑ ብትግሃት ዝፈጸመ ዓቢ ጸራጊ መገዲ ክብሉኹም እዮም። ከይሰራሕኩም ኮፍ ካብ ትብሉ እናሰራሕኩም ብመላእክት ክትረኣዩ

ይበልጽ''በለ።ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ከምቲ ኩላትና ናይ ሰብነቱ ኣካላት ምኻና እናገለጸ፡ገዛእ ርእስና ተቐቢልና ንራይእና ኣኽቢርና ክንሰርሕ መኺሩና ኣሎ።

ባህሪ ናይ ራእይ

ዝኾነ ይኹን ነገር ናይ ገዛእ ርእሱ ባህሪ ኣለዎ፡።ባህሪ ማለት ኣመል ኢልና ስለ እንትርጉሞ ዝተሓዋወሰ መግለጺ የርእየና ኢዩ።ባህሪ ማለት ግን ቀዋሚ መግለጺ ወይ ዝተለምደ መለለዩ ማለት ኢዩ።ራእይ ከኣ ልሙድን ኣብ ብዙሕ ነገር ዘንጸባርቕ ቀዋሚ ባህርን ኣለዎ፡።ወዲ ሰብ ገዚፍ ስጋን ረቂቕ ነፍስን ተዋሂዶሞ ዝነብሩ ሰብነት'ዩ፡ግዝፍን ርቀትን ከኣ ባህሪኡን መለለይኡን ኢዮም።ከምኡ ማይ ናይ ምፍሳስ፡ እምኒ ናይ ምድራቕ ባህሪ ኣለዎ፡።ማይ ፈሳሲ ካብ ምኻኑ ወጻኢ፡ንእምኒ ካብ ደረቕነቱ ወጻኢ ክንረኽቦምን ክንገልጾምን ኣይንኽእልን ኢና።ከምኡ ድማ ራእይ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ መግለጺ ኣለዎ።ክንፈትዎምን ኪንጥቀመሎምን እንደልዮም ነገራት ኣቐዲምና ባህሪኦም ክንፈልጥ የድልየና።ንኣራዊት ኣላሚዱ ዘደንቕ-ኣናባብራ ከንብሮ ዝደሊ ሰብ ኣቐዲሙ ባህርያቱ ክፈልጦ ኣገዳሲ ኢዩ።እንተ ዘይኮይኑ እቲ ኣራዊት ነቲ ሰብ ክጎድኦ ይኽእል ኢዩ፡፡ ባህርያቱ ምስ ዘይፈለጥናዮ ነገር እንተ ተላሚድና ንነዊሕ ግዜ ክንቅጽል ኣይንኽእልን ኢና።ጽቡቕ ነገር ንጽቡቕ እንተዘይኮይኑ ክጎድኣና ይኽእል ኢዩ።ባህሪያት ናይ ራእይ ምርዳእን ጥንቃቐ ምግባርን ንራይእን ንበዓል ራእይን ካብ ሓደጋ ዝሕሉ ዓቢ ውሕስነት ኢዩ። ብዛዕባ ራእይ ዝምህሩ ፈላጣት ናይ ራእይ ባህርያት ንምግላጽ ሓንቲ ሰበይቲ ጠኒሳ ክሳብ እትወልድ ንዘሎ ግዜ መሰረት ጌሮም'ዮም ዘብርህዎ።ሓንቲ ሰበይቲ ጠኒሳ ክሳብ ትወልድ "ኣርባዕተ" (4ተ)ክፍለ ግዜታት ኣለዉ።ንሳቶም ከኣ፡-

1. ግዜ ምልዓል-ጥንሲ
2. ግዜ ነፍሰ-ጾር
3. ግዜ ቅልውላው
4. ግዜ ምውላድ

1. ግዜ ምልዓል-ጥንሲ(ግዜ ድቂ)

ሓንቲ ሰበይቲ ንኽትጠንስ ምስ ሰብኣያ ክትራኸብን ክትቃራረብን የድልያ፡፡ ምቅርራብን ርክብን እንተዘየልዩ ግን በይና ክትጠንስ ኣይኮነላን።ከምኡ'ውን ራእይ ኣብ ውሽጥና ዝጥነስ ምስ እግዚኣብሄር ዝተቓራረበ ርክብን ሕብረትን ምስ እንገብር ኢና፡፡ምስ እግዚኣብሄር ዝተላገበ ሕብረት ምስ እንጅምር ድማ ኣብ ውሽጥና ራእይ ክጥነስ ይጅምር። ምልላይ የቃራርብ ምቅርራብ ከኣ የፋቕር፡ምፍቓር ከኣ የተኣማምን፡እምነት ከኣ ገዛእ ርእሱ ኣሕሊፉ ንመስዋእትነት የቕርብ።ንእግዚኣብሄር ብመሰረት እቲ ቃሉ ዝገልጾ ምፍላጥን ምቕራብን እምነት ይወልድ(ሮሜ፡10፡17)።መንነት እግዚኣብሄር ብዛዕባ እግዚኣብሄር ዝህልወና ስእሊ ኣይኮነን፡መንነት እግዚኣብሄር ንባህልና ክገልጽ ዘለዎ'ውን ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ከምቲ ብቅዱስ ቃሉ ዝተገልጸ ከም ቃሉ ክንፈልጦ ይግበኣና፡፡ምፍላጥን ምቅርራብን ከኣ ንራእይ ይህበና።

2.ወርሓት ነፍሰ ጾር

ካብ ምልዓል ጥንሲ(ድቂ) ቀጺሉ ዝርከብ እዋን ግዜ ነፍሰ ጾር ኢዩ፡እዚ ግዜ'ዚ ደም ዝረግኣሉ ጥንሲ ቅርጺ ዝሕዘሉ ግዜ ኢዩ፡።ኣብዚ እዋን'ዚ ዘይተለምዱ ሓደስቲ ነገራት ይኽሰቱ ኢዮም።ንሶም ከኣ ዕግርግር ምባል፡ተምላስ ፡ምሕንቃቅ፡ኩሉ ሚዒሩኒ ምባል፡ናይ

ገዛ እንጀራ ከሎ እንጀራ ልማኖ ምድላይ ክረአ ይኽእል።።ኣብ ግዜ ነፍሰ-ጾር ንዝሕተት ጠለብ ብሎጀስቲክ ምርዳእ ከቢድ'ዩ።

ራእይ ኣብ ዉሽጥና ምስ ተጠንሰ ቅርጺ ክሳብ ዝሕዝ ስለንሕንቅቕ ኩሉ ክሕዝ፡ ኩሉ ክጭብጥ የብል፡ስቅ ምባል ከኣ የስእነካ፡ንዓለም'ውን ብፍቕሪ ጥራይ ዘይኮነ ብሓይሊ ከንብርከኻ ይደሊ።ኣብ'ዚ እዋን እዚ ሒዙ ዘዕቢ በዓል ተመኩሮ እንተዘይተረኺቡ ንራእይ ናይ ምብትታን ሓደጋ ከጋጥሞ ይኽእል ኢዩ።ብዙሓት ሰባት ኣብዚ እዋን'ዚ ተሓዚ ስለ ዝሰኣኑ፡ክተሓዙ ከለዉ ከኣ ፈንጠርጠር ስለ ዝብሉ ንሳቶምን እቲ ራእይን ጠፊኦም ይተርፉ። ገንዘብ ኣብ 20 ዓመት ኢዩ ዝመጽእ ልቢ ድማ ኣብ 40 ዓመት ከም ዝበሃል እዞም ሰባት ኩሉ ምስ ሓለፈ ክሸቕረሩ ኢዮም ዝረኣዩ።ኣብዚ እዋን'ዚ ክጸንዑ ንዝተዛረቦም ከም ፈራሕን ንሓቂ ዘይፈልጣን ከም ጓናን'ዮም ዝቐጽሩዎ።ንዓለም ብሓደ ኣንጻር ኣብ ትሕቲ ራኢኦም ዘግዝእዋ መሲልዎም፡መወዳታኡ ንገዛእ-ርእሶም ንዓለም'ዮም ክግዝኡ ኪኢሎም።።ቃልሶም ንዓለም ዘቃልዕ መሲልዎም፡ብዛዕባ ራእይ ንዝምህርዎም መምህራን ጌና ብዛዕባ ራእይ ዘይተረድኦም መሲልዎም እዝኖም ዓጺዮም ኣርሒቐም ይኸዱ።

እዚኦም ዲሒሮም ምስ ኣስተውዓሉ ብጣዕሚ'ኳ እንተተሸቑረሩ ነዚ ዕድል ግን መሊሶም ክሪኢዎ ኣይክእሉን።ምርጮኦም ድማ ምሳና ካብ ምኻን ይሰውርኩም እናበሉ ኣብ ምምካር ጥራይ ይውሰኑ።ስለዚ ራእይ ቅርጺ ክሳብ ዝሕዝ ብዙሓት ሕንቃቕ'ዮም ዝግለጹ።።ብተወሳኺ እዞም ሰባት እዚኦም ንዝገበርዎ ነገር ተዛረቡ ክበሃሉ ከለዉ ከረድኡ ኣይክእሉን።ምኽንያቱ እቲ ንሶም ዝዛረብዎ ንዕኦም ጥራይ ኢዩ ዝርድኦም፡ንሰማዕቲ ግን ስዉር'ዩ፣።ስለዚ ንዝሰምዖም ዘበለ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ኣይሓስብዎን።እኳ ድኣ ኣብዚ ግዜ እዚ ቦትኦም ከይገድፉን ዘረባ ከየብዝሑን ብስቕታ ሓለዋ ጥራይ ኢዩ ዘድልዮም።ናይ ቀረባ ቤተ-ሰቦም ክሕግዞም'ኳ እንተደለየ፡-ነቲ መምህር "ንዓይ ከምዝተንከፍካኒ ንዕኡ ተንክፎ፡ንዓይ ዘርኣኻኒ'ውን ንዕኡ ኣርእዮ ካብ ምባል ሓሊፉ ከረድኦ ኣይክእልን ኢዩ።

ራእይ ንዘለዎም ሰባት ሓለዋን ጥንቃቐን ክግበረሎም ይግባእ።።ምኽንያቱ ንህዝቢ ዝፍውስ ነገር፡ናይ ዘመናት ናይ ጸሎት መልስና ካብኡ'ዩ ዝወጽእ።።ንሕና ድማ ራእይ ኣብ ውሽጥና ቅርጺ ክሳብ ዝሕዝ ክንጥንቀቕ የድልየና።ንሙሴ ራእይ ኣብ ውሽጡ ሓደረ እንተኾነ ተልእኾኡ ኣበላሽወ።ጳውሎስ ከኣ ራእይ ተቐበለ፡ንሰለስተ ዓመት ዝኣክል ኣብ በረኻ-ዓረብ ተቐሚጡ ኣዋሃሃዶ ኣብ ጉይኡ ከኣ ተዓወተ(ዘጸ፡ 2፡11፡15) (ገላትያ፡1፡17)።

3.ግዜ ቅልውላው

ድሕሪ ንፍሰ ጾር ናይ ቅልውላው ግዜ'ዩ ዝስዕብ።እዚ ግዜ'ዚ ሓጺር እኳ እንተኾነ ቃንዝኡን ጭንቀቱን ግን ዝበርተዐ ኢዩ።ሓደ ግዜ ሓንቲ ሰበይቲ ንስለስተ መዓልቲ ዝኸውን ቅልውላው በርትዓ።ነታ መሕረሲት ከኣ ቅልውላው እኮ በርቲዕዋ፡ተጨኒቕ ምስ በልዋ "ሰብ ንሰብ ውሒጡ እንታይ ኮይኑ ዘይጭነቕ"፤በለት ይበሃል።ራእይ ክውለድ ከሎ ድማ ብዙሕ ቅልውላውን ጭንቀትን ኣለዎ።ዝውለድ ዘሎ ወሎዶ፡ዝደሓነ ወገን ስለዝኾነ ብዙሕ ሕልኽላካት ኣለዎ።ምኽንያቱ ጥዕና ናይ ምስኣን ስሚዕት፡ክሕደት ብጻይ፡ኣብ ጥቓና ንዘለዉ ደቂ መዛሙርቲ ምቅላል፡ምንሻዉ፡ስደትን፡ክስን. . ወዘተ ተደራሪቦም ይመጹ።ኣብዚ ግዜ'ዚ ናትና መወዳእታ ዝቐረበ'ኳ እንተመሰለና በቲ ካልእ ግን ናይ ራእይ መጀመርታ በጺሑ ማለት ኢዩ።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዕዞ-ሂወት ቅድሚ ምዉላድ ቅልውላው ኣሎ።ኣብ ዋዜማ ናይ ራእይ ክንቀርብ ከለና ከኣ ስደትን መከራን ኢዩ ዝበዝሕ።ነብዩ ዳዊት፡-"ንስኻ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፡ከም ክቡር ጋሻ ንርእሰይ ብዘይቲ ቀባእካዮ፡ጽውኢይ መሊኡ ይጅርብብ ኣሎ" በለ(መዝ23፡5)።መኣዲ ዝስራዕ ጸላኢ ምስ ጠፍአ ዘይኮነ ጸላኢ እናረኣየ፡እኳ ደኣ መኣድና እግዚኣብሄር ክሰርዓልና ከሎ ቅድሜና ሰይጣን ስለ ዝርኢ፡ነዚ በረከት ንኽይንረኽቦ ካብ ስፍራና ከናውጸና ዉግእ የብዝሓልና።ራእይ ክውለድ ከሎ ቅልውላዉ ብርቱዕ ኢዩ።ዝደሓነ ወለዶ ኣብ ዉሽጥና ተጠኒሱ'ኸ ንምንታይ ቅልውላው ዘይበዝሕ፧እንተኾነ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ኢዩ፡ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ትዕግስቲ የድሊ።

4. ልደት

ካብ ቅልውላው ቀጺሉ ዝርከብ ምውላድ ኢዩ።ቅልውላው ግዚያዊ ኮይኑ ምዉላድ ግን ቀጻሊ ሓጎስ ኢዩ ዘጎናጽፍ።ምውላድ ንቅልውላው ዘበለ ዘረስዕ ሓጎስ ኣለዎ። ራእይ ድማ ኩሉ ግዜ ኣየጨንቕን ኢዩ፡ዘርእና እንርኤሉ ናይ ሓጎስ መዓልቲ ኣለዎ።ካብዚ ንደሓር ምሕላፍ ጥራይ ኢዩ ዝተርፈና ዘብል ዕግበት ዘውህብ ከኣ ኢዩ።ስለዚ ድሕሪ ዉጽኢት ናትና መከራ ንእሽቶ ምንባሩ እንርደኣሉ እዋን ኢዩ።ነፍሰ-ጾር ሰበይቲ ምስ ወለደት ኣብ እዋን ቅልውላዋ ዘይነበሩ ሰባት ሕጂ ምሕራሳ ሰሚዖም በጊዕን ኣረቅን ተሰኪሞም ይመጹ።ዕልል እናበሉ ከኣትዉ ንሳ ከኣ ምስኦም ሓቢራ ደኣ ትሕጎስ እምበር መጋረጃ ቐሊዓ ፣ክስዳ ኣቐልቂላ መልሓሳ ስሒላ "ከቐለልወኒ ከሎ ደኣ ኣበይ ኔርኩም፧መግቢ ናይ ገዛይ ኣጽሊኡኒ መግቢ ልማኖ ክምቅረኒ ከሎ ኣበይ ኔርኩም፧ብቐልውላው ክጻፉዕ ከለኹ መን'ከ ረድኣኒ ስለዚ ዉጹለይ ትብል ድያ፧ ፈጺማ ኣይትብልን ኢያ።

ራእይ ገና ኣብ ውሽጥና ክጥነስ ከሎ ንኽበታተን ዝፈተኑ፡ዓቢዶም ኢሎም ዘናሽዉና፡ዘይንቕነቕ ጎቦ ክደፍእ ደልዩ ዝብሉና፡ስደት ክበዝሓና ከሎ ካባና ዝሃደሙ፡ንመከራ ኣሕሊፎም ዘሃቡና፡እዚ ዕላማ'ዚ ግደፎ ዝጠቅም ኣይኮነን ዝበሉና ራእይ ክውለድ ከሎ ግን ሓጎስ ንምክፋል እንቋዕ ሓጎስኩም እናበሉ'ዮም ዝመጹና።ንሕና ናይ ዘሓለፈ እናሓሰብና ክንቅየምን ክንገፍያምን ኣይግበኣናን።እግዚኣብሄር ነቲ መከራ ስለዘሕፈልና ናቱ ዓቢ-ዓስቢ መንነት ሰባት ከረስዓና ይግበኡ።

ኣብ ሃገርና፧"ብሕቡእ ጠኒሳ፡ሰብ ጸዊዓ ተሓርስ" ይበሃል። ንራእይ ጌና ብንግሁኡ ፈተና ንከይገጥሞን ክሳብ ዝርደኣናን ዋግኡ ክንከፍል ክሳብ ንጭክን እንተሓባእናዮን ክውለድ ከሎ ግን ንብዙሓት እንተሳተፍና ሰናይ'ዩ።ወሓለ ሰበይቲ ንድግሳ ዝኸውን እንጀራ-ማይ ከተዳሉ ከላ ኣይትረአን ኢያ።ቡቐልን ጌሶን ኣበይ ከም ዝተሰጥሐ ከይተፈልጠ ኣብ መዓልቲ ድግሳ ኩሉ ድልው ኮይኑ ይቐርብ።ራእይ'ውን ከምታ ወሓለ ሰበይቲ ኪንሕዞ ይግባእ ደኣ'እንበር ሕማቕ ድግስ ከምዘሕልፍ ሰብ፡ጉያይ ረኣዩለይን ስምዑለይን ምባል ኣድላዩ ኣይኮነን።ብዘይ ቅልውላው ዝተወልደ ማንም የለን።እንፈትዎ ነገር'ውን ንኽውለድ ቅልውላው የድልዮ ኢዩ።ኢየሱስ ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያን ብናይ መስቀል ቅልውላው'ዩ ወሊድዋ።ንሕና ንመንፈሳዊ ሂወት መታን ኪንውለድ ብጸሎት ዝምሕጸኑልና ሰባት ኣለዉ፡ስለዚ ንሕና'ውን ብጸሎት ከይተማሕጸናሎም ዘይውለዱ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ።

ኣስተውዕሉ! ሓዊ ናይ ሃገርና ቀልጢፉ ኣይነድድን።ትኩ፡ሸትኡ፡ይጻብኣካ የብክየካ ውን'ዩ።ምስ ነደደ ግን ሰቕ ኢልና ንማሙቕ።ራእይ ድማ ኣብ ሃገርና ተቐባሊ

ክሳብ ዝረክብ የናውጸካ'ዩ::እቲ ህዝቢ እንተተቐቢልዎ ግን ኣይኮነን እቲ ቕኑዕ እቲ ሕሱም'ውን ኣይገድፎን።ነታ ኸተማ ንምቁጽጻር ኣብታ ከተማ ስልጣን ንዘለዎ ምሓዝ'ዩ ዘድሊ፡ብዘይካ እዚ ግን ነታ ከተማ ንምሓዝ ቀሊል ኣይከውንን።ስለዚ ሰባት ንምድሓን ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ መንፈስ ምእሳር የድሊ (ማቴ፡12፡29)።እሞ ባህሪ ናይ ራእይ ንምርዳእ ሓንቲ ሰበይቲ ጠኒሳ ክሳብ እትወልድ ንዘሎ ኩነታት ምግምጋም ግቡእ ኢዩ።

ነስተውዕል

- ኣድላዩ ዘበለ ኩሉ ዓቢ ኢዩ፡ስለዚ ኣብ እነድልየሉ ቦታ ነጋውስ ኢና።
- ኣላዩ ዘለዎ ካብ ሻቕሎቱ ይጸናናዕ፡ሕፍረቱ ከኣ ይኽደን።
- ከምቲ ኣብ ኣፍደገ ገጢሙ ዝዕጾ ማዕጾ፡በዓል-ራእይ ከኣ ኣብ ቦትኡ ኣድላይን ምሉእን ኢዩ።
- እግዚኣብሄር ንዝሃበና ስራሕ ብትኽክል ምስ እንሰርሕ ደኣ'ምበር ዓቢ ስራሕ ብምስራሕና ኣይኮነን ዝሕጎስ።
- ማዕረ ሚዛን ዘለዎም ህጻናት ይቃለሱ።እቶም ዝተፈላለየ ሚዛን ዘለዎም ግን ይሰኻኽሙ።
- ራእይ ኣብ ውሽጥና ክጥነስ ዝኽእል ምስ እግዚኣብሄር ዝቐረበ ዝምድናን ሕብረትን ምስ እንገብር ጥራይ ኢና።
- ንሕና እንተዘይጽዒርናሎም ዘይውለዱ ብዙሓት ወገናት ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም።

※ ※ ※

ምዕራፍ 18

<u>በዓል ራእይ</u>

ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ሰብኣይ ዶክተር ናይ ምኽን ዝዓበየ ትምኒት ነበሮ። እንተኾነ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ዶክተር ክኸውን ኣይከኣለን።ነቲ ባዕሉ ዝሰኣኖ መዓርግ-ዶክተር ከኣ ብወዱ ክረኽቦ ተመነየ፡ንወዱ ከኣ ብብዙሕ ጻዕሪ ኣምሂሩ ዶክትር ክኸውን ኣኽኣሎ።ወዱ'ውን ከይተሓለለ ብምጽዓር ብትምህርቱ ናይ ዶክተር ምስክርነት ክወሃብ ከኣለ።ኣቡኡ ነቲ ዶክተር ዝኾነ ወዱ መመረቕታ ገበረሉ።ህዝቢ እቲ ከባቢ ድማ ነቲ ብመንፍዓቱ ዘመስከረ ዶክተር ክዕጅብ ኣብቲ ዕድመ ተሳተፈ።ኣቡኡ ኣብቲ ናይ መመረቕታ ኣዳራሽ ንወዱ ሓጎሱ ክገልጽ መደረ ከስምዕ ነገሮ፡ወዱ ከኣ ሕራይ ኢሉ መድረኽ ደየበ።

እቲ ዝተዓደመ ህዝቢ ብኽመይ ዝበለ ኣዘራርባ ኮን ሓጎሱ ክገልጽ'ዩ ኢሉ ይጽበ ነበረ።እንተኾነ እቲ ወዲ ኣብ መድረኽ ደው ኢሉ ምዝራብ ሰኣነ ብኣንጻሩ ድማ ዓው ኢሉ በኽየ።ኣቡኡ ከኣ ኣዝዩ ገረሞ'ሞ ንወዱ ብመኪና ገዝኡ ወሰዶ፡እቲ ህዝቢ ድማ ሓጎሱ ክገልጽ ዝተጸበዮ ምስበኽየ ኣዝዩ ገረሞ።ኣቦ እቲ ወዲ ንገዛ ወሲዱ፡-"ኣንታ ወደይ እንታይ ደኣ ኮይንካ ዝበኽኻ፧" በሎ።እቲ ወዲ ከኣ ኣቦ በጃኻ ግደፈኒ ክሳብ ሎሚ ዝነበርኩዎ ሂወት ሂወትካ'ዩ ኔሩ።ኣነ ንዓኻ'የ ዝነብር ዝነበርኩ፡ኣነ ዶክተር ክኸውን ኣይደለኹን ድልየተይ ካልእ'ዩ ኔሩ" በሎ ይበሃል።ንሰባት ኣብ ዘይደለዩዎ ሻኻ ምስእነቐምጦም ንባዕሎምን ንሰባትን ዘይጠቕሙ እዮም ዝኾኑ።

ባዕልና ዝሰኣናዮ ዕብየት ብደቅና ንምርካብ፡እነፍቅሮ ናይ ባዕልና ህያብ ኣብ እንፈትዎም ሰባት ንምርኣይ፡ኣብ ዝቕጽል ወለዶ ስምና ንኸይጠፍእ ብምምናይ ሰባት ክኾኑዎ ንዘይደልዩ ክኾኑ ነገድዶም ኢና።እቲ ንሕና እንደልዮ ንዓና ዘገርም ህያብ'ኳ እንተኾነ ንሰባት ግን ከቢድን ዘሕዝንን ክኸውን ይኽእል'ዩ።ምንኩስና ዝፈቱ መነኮስ ኩሉ ሰብ ክምንኩስ እዩ ዝደሊ፡ሰብ ግን ከምዝተዓደሎ እዩ ዝነብር።ኣነ ንባዕለይ ሰባኺ ምኽን ስለዝፈቱ ንዝፈትዎም ሰባት ከም ንጉስ ኮይነ እየ ጎስጊሰዮም።ነቶም ጸጋ ዘለዎም ሽለል ብምባል ነቶም ዘይብሎም ናብ'ዚ መድረኽ'ዚ'ኳ እንተዓደምኩዎም ግን ኣይኮነለይን።

ሰባት ነናይ ገዛእ ርእሶም ዝኾነ ፍሉይ ጸጋ ስለዘለዎም፡ንዕኡ ንክኽእሉዎ ክንሕግዞምን ክነበራትዮምን የድልየና።ንዓና ብምፍራሕ ዝገብሩዎ ነገር ግን ሓይሊ ስኢኖም ጥቕሚ ዘይብሎም ኮይኖም'ዮም ዝተርፉ፡ኣብ መወዳእታ ድማ ከሕዝኑና ይኽእሉ ኢዮም።ካብ ህጻንነቶም ጀሚርና ዝኽእሉዎ ከጽንዑን ጽቡቕ ንዘበለ ክደልዩን ክነበራትዮም ግቡእ እዩ።በዓል ራእይ ብራኢኡ ጥራይ ጎደሎ-ዓለም ከምዘይምላእ ክርዳእ ይግብኦ።ራኢኡ ከኣ ንሓደ ጎደሎ ዓለም ጥራይ ኢዩ ዝምልእ።ዓለም ግን ሽሕ ሃጓፋት እዩ ዘለዋ፡ስለዚ እምበኣር ኣብ ርእሲኡ 999 ሰብ-ራእይ የድልዩ ማለት ኢዩ።

ንገዛእ ርእስኻ ዘይምኽን ኣዝዩ ዓቢ ጸገም እዩ።ኣብ ባሕሪ ከም ዝተደርበየ ኩቦ ክንሳፈፉ ዝነብሩ፡ኣብ ዝሰምዑዎ ጸምብሩኒ ዝብሉ፡ግዝያዊ ፖለቲካን ስምዒትን ከዋኾዑ ዝነብሩ፡ንመንነቶም ናይ ሰሙን ፊልሚ ክመርሖም ዘፍቅዱ ኣብ ዓለም ንዘለዉ መደንዘዝቲ ነገራት ርእሶም ዝወፈዩ፡ናይ ሓቂ ዘይኮኑስ ናይ ኣጋጣሚ ሰባት ብዙሓት እዮም።ምንባብ ዝጀመሩ መንእሰያት ዘንበቡዎ መጽሓፍ ክስሕቦም

ይነብር፡ሰሙናዊ እናፈረሱ ከኣ ይስርሑ።ናይ እምነት መጻሕፍቲ ከንብቡ ከለዉ መፍትሒ ዓለም እምነት'ዩ ይብሉ፡ናይ ክሕደት መጽሓፍ ምስዘንብቡ ከኣ ናይ ዕብየት ማሕንቐ እምነት እዩ ይብሉ፡ናይ ዝሙት መጽሓፍ ከንብቡ ከለዉ ምንጪ ዓሚቐ ሓጎስ መውሰቦ እዩ ይብሉ፡ነዚ ዝረኸቡዎ ነገራት ከኣ ንዝረኸቡዎ ሰብ ይእውጁዎ፡ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ምንባብ ስለዘይለመዱ ከም ሓድሽ ሃብቲ ሓድሽ ኣመል የተኣታትዉ።

እንሰምዖን እነንብቦን ንጽቡቕ መሰረትና መዕበዩ ምንጪ ክኸውን ደኣ ይግብኣ'ምበር መሰረት ክንስርት ክንነብር የብልናን፡ምኽንያቱ መሰረት ክትስርት ምንባር ከቢድ እዩ።ጸሓፊ ናይ ዕብራውያን፡-"መሰረት ደጊምና ኣይንሰርት" ክብል ናብ መፈጸምታ ኣማዕደወ(ዕብ 6፡1)፡ንሕና ድማ ከምቲ መሰረት ዝሰረትናዮ ብሉኬቲ ብምድርዳር ናብ ጉልላት ክንግስግስ ይግባኣና።ኩሉ ግዜ ጀመርቲ ኩሉ ግዜ "ሀሁ"፡ኩሉ ግዜ ሰረቲ- መሰረት ጥራይ ክንከውን ኣይግባኣናን።እወ ንሰባት ኣብ ዘይደልዩዎ ነገር ምስእነቐምጦም ንባዕሎምን ንኻልኦትን ኣይኮኑን ኢዮም።

ራእይ ማለት ዝተፈጠርናሉ ዕላማ፡እግዚኣብሄር ንሕና ክንዓሞ ዝደልዮ ቅዱስ ተግባር፡ገዛእ ርእስና እንገልጸሉ መድረኽ፡እንነብረሉ ዘተኣማምን ምኽንያት "ዝጽበዮ ዝነበርኩ ካብ ረኣኹ ክመውት'የ ዝጽበ" እንብለሉ ዕግበት፡ንሕና ንበይንና ጥራይ እንዓጽዎ ናይ ዓለም ሃጓፍ ኢዩ።እቲ ኩሉ ሰብ ዝሃርፎ ውልቃዊ ድልየት ምብላዕ፡ምስታይ፡ምምርዓውን ምውላድን ራእይ ኣይኮነን።ራእይ ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝሓለፈ ነገር እዩ።ራእይ ነፍስ ወከፍና ኣብዚ ዓለም'ዚ ክሳብ ዘለና ክንገብሮን ከነማልኦን ዝተፈቕደልና ነገር እዩ።መብዛሕቲኡ ግዜ ንሕና ክንሰርሖ ዝግባኣና ካልኦት ክሰርሑልና ኢና ንደሊ።ሰብ ገንዘብ ስለዘለዎ ዝህብ፡ሓይሊ ስለዘለዎ ዝሕግዝ፡ጸጋ ስለዘለዎ ከኣ ዝጥቀም ማለት ኣይኮነን።ናይ ሂወት ሞተር እምበኣር ራእይ እዩ።ራእይ ንነፍስ-ወከፍ ወድ-ሰብ ዘሳትፍ ደኣ'ምበር ተዓዘብቲ ጥራይ እንኾነሉ ነገር ኣይኮነን።ንሕና እንመስል ንሕና ጥራይ ምኻንና እንተደኣ ተቐቢልና ንሕና ጥራይ እንሰርሖ ስራሕ ኣሎ ማለት'ዩ።ዕድሜና ሓደ ተባሂሉ ከይተቐጽረ እግዚኣብሄር ንሕና ኣብ እነድልየሉ ስራሕ'ዩ ሸይሙና።ስለዚ ንሕና፡-

- ካብ ማህጸን ተጸዊዕና:
- ንራእይና ናይ ተፈጥሮ ምድላው ተገይሩልና:
- ሻቕሎት ተቐቢልና:

1. ካብ ማህጸን ተጸዊዕና

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ደም ከይረግኡ፡ዓጽሚ ከይተጋጠመ፡ጅማት ከይዞረ፡ስጋ ከይበቐለ ካብ ማህጸን'ዩ ዝመርጽ።ነዚ መንነት'ዚ ብዘይካ እግዚኣብሄር ዝመርጾን ዝፈትዎን ፈጺሙ የለን።ነብዩ ኤርምያስ ቅድሚ ምርኮ ነቲ ህዝቢ ዘጠንቅቐ ዝነበረ፡ ምስቲ ህዝቢ ሓቢሩ ሓጢኣት ከይፈጸመ ምስ ዓመጸኛታት ተቐጺሩ ዝተማረኸ ነብዩ እዩ።ኤርምያስ ንገዛእ ርእሱ ዘይነብር ዝነበረን ማንም ሰብ ክገብሮ ዘይክእል ኣብ ዝተኣዘዘሉ ብሓጎስ ዝተበገሰን ነቢዩ እዩ።እዚ ነብዩ ከኣ ጌና ኣብ ማህጸን ከሎ ዝተመርጸ ነበረ (ኤር ፡5)።ንሕና'ውን ጌና ኣብ ማህጸን ከለና ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ኣሎ፡እዚ ከኣ'ዩ ራእይ ዝበሃል።

2.ናይ ተፈጥሮ ምድላው ተመዓራርዩልና

ብዛዕባ ራእይ ምስእንሓስብ ኩሉ ነገራትና ንራእይ ከምዝተሰርሐ ኢና እንርዳእ።ራእይ ኣብ ውሽጥና ብዝተፈላለየ ነገር ክቕረጽ ይኽእል እዩ።እዋ ሰባት ካብ ዝነግሩና፡ካብ እነንብቦ፡ካብ እንሰምዖ ዘበለ ራእይ ክሓድረና ይኽእል እዩ።ሰባት ምሳና ኮይኖም ክሰምዑዎን ክርስዑዎን ይኽእሉ'ዮም፡ንሕና ግን ኣብ ውሽጥና ስለዝኣቱ ኣይንርስዖን ኢና።ንኣብነት ንነህምያ ምስእንዝክሮ ብዛዕባ ምፍራስ ኢየሩሳሌምን መጉዳእቲ ህዝብን ብዓይኖም ዝረኣዩ ሰባት'ዮም ነጊሮሞ፡ንሱ ግን ብእዝኑ ሰሚዑ ዕረፍቲ ሰኣነ።ንሳቶም ነዚ ናይ ውርደት ናብራ ተቐበልዎ "ንሱ ዘምጽኦ ንሱ ይእለዮ" ኢሎም ኮፍ ዝበሉ ነበሩ።ነቲ ዕንወት ዝረኣዩ ሰባት ዘይተተንከፉ ብኣንጻሩ ዘይረኣየ ነህምያ ተተንከፈ።ነህምያ ነዚ ሻቕሎት ሒዙ ክድቅስ ኣይከኣለን።ብዙሓት ሰብ ራእይ ምስ እንርኢ ዝተተንከፉ ኢዮም።ነቲ ብልቦም ዝተተንከፉሉ ነገር ከኣ ኩለንትንኦም ይህቡ፡ንድሕሪት ግልጽ ኢሎም ኣብ ዝሪኡሉ ግዜ ኩሉ ነገራት ንራኢኦም ከምዝተሰርሐ ኮይኑ ይርድኦም።

ንኣብነት፡-ናይ ጓልን ወድን ተፈጥሮ ምስእንዕዘብ ነፍስ-ወከፍ ጾታ ንዘካይዶ ተግባር ምቹእ ፍጥረት እዩ።ወድ-ተባዕታይ ካብ መንኩቡ ንላዕሊ ግፍሕ ዝበለ፡ ንታሕቲ ከኣ ቅጥን ዝበለ እዩ፡ስለዚ ወዲ-ተባዕታይ ናይ ጉልበት ስራሕ ክሰርሕ ይኽእል፡ኮፍ ክብል ግን ኣይክእልን።ጓል-ኣንስተይቲ ግን ካብ ሕቐኣ ንላዕሊ ጽብብ ዝበለ ካብኡ ንታሕቲ ከኣ ግፍሕ ዝበለ ኣካል'ዩ ዘለዋ፡ደቀ-ንስትዮ ድማ ኮፍ ኢልካ ንዝዕመሙ ንጥፈታት ድልዋት ኢየን።ንፉዓት ጸሓፍቲ፡ንፉዓት ሰራሕተኛታት ኮይነን ከኣ የገልግላ።ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ዘይትኽእሎ ስራሕ ንወዲ-ተባዕታይ ይቐለሉ፡ ምኽንያቱ ኣቐዲሙ ነዚ ስለዝስራሕ'ዩ።ንራኢና ምስእንዕዘቦ ድማ ኩሉ ነገር ንዕኡ ከምዝተሰርሐ ኮይኑ ይርደኣና።ካብ ህጻንነትና ጀሚሮም ዝነበሩ ባህርያትን ዝገጠሙና ዝተፈላለዩ ሰባትን ዝነበርናሎም ከባቢታትን እግዚኣብሄር ንዘመናት ሰብ ራእይ ጌሩ ኣዳሊዩና ከምዝነበረ ይረድኣና።ዝገጠሙና ሰባትን ዝመሃሩና መምህራንን ከኣ ናይ'ዚ ራእይ ሰራሕተኛታት'ዮም ዝነበሩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ምስእንሪኦ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ትምህርቲ ብሉይ ኪዳን ብግቡእ ዘጽንዐ ሰብ ነበረ::ብፍልጠት ብሉይ ኪዳን ከኣ ዝኸበረን ተደላይን ነበረ።ኣብ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሓቂ ምስኣተወ እቲ ዘጽንሖ ትንቢት ምስ መፈጸምትኡ ክጣመረሉ ከኣለ።ምስ ኣመነ ድማ ነቶም ኣብ ኦሪታዊ-ስርዓት ዝነበሩ ህዝቢ ልቡ ክርህርህ ከኣለ። ናብ ፈቐዶ ከተማ ኣብ ዝኣተወሉ ግዜ ኣቐዲሙ ናብ ሙኩራብ ኣይሁዳውያን ይኣቱ ነበረ።ነቲ ናይ መጀመርታ ዕድል ከኣ ነዓኣቶም ይህቦም ነበረ።ንዕኦም ከም ዝተፈጥረ ኮይኑ ከኣ ይስምዖ ነበረ።ንሕናኸ ገዛእ ርእስና ኣብ እንረኽበሉ ግዜ ብዛዕባ ቤተክርስትያንን ሃገርን እንታይ ኮን ይስምዓና ይኸውን፡ኣነ ነዚ ወገን'ዚ'የ ተፈጢረ ኢልና'ዶ ንፈልጥ ንኸውን፡ናይዚ ነገር'ዚ ሰራሕተኛ ምኳን እንተ ደኣ ዘይክኢልና ተዓዘብቲ ኢና እንኸውን።ኣብ ዘለናዮ ክሳብ ዘለና ዓጸድቲ ኢና እንኸውን፡እንተደኣ ተጓዒዝና ግን ቀረምቲ ጥራይ ንኸውን።ካብ ፍልጠትን ውህበትን ኣትሒዝና ምስ እንዕዘብ እግዚኣብሄር ነዚ ስራሕ ክንሰርሕ ከምዘዳለወና ክንፈልጥ ይግባኣና።በዓል ራእይ ከማዕብሎም ዘለዎ ነገራት ከምዘለዉ'ኳ እንተፈለጥና ንተፈጥሮ'ውን ምስ ራእይ ምትእስሳር ከምዘለዎ ኢና ንርዳእ።

3.ሻቾሎት ተቾቢልና

መለኸት ክንፋሕ ከሎ ልብና ናብ ኩናት ከምዝነቅል፡ዕንወታት ክንሰምዕ ከለና ከኣ ሻቾሎት ኣብ ሕሊናና ናይ ራእይ ሓሳብ ይኽዕወልና።ካልኦት ተቾቢሎሞ ንዝነብሩ ክፉእ-ነገር ምቾባል ንስእን።ራእይ ከኣ ነቲ ናይ ግዜ ገደብ ዝሰኣነ ዕንወት ገደብ ንኽንገብረሉ የለዓዕለና።ብዙሓት ኣብ ልብና ዝመላለሱ ዝነበሩ ሓሳባት ክንርስዖም ምስ ደለና ረሲዕናዮም ኢና።ናይ ምርሳዕ ስልጣንና ተጠቒምና ዘይንርስዖ ስዉር ዕንቕሩ፡ሓቒፍናዮ ክንድቅስ ዘይንኽእል መንፈሳዊ ሓዊ ግን ራእይ ኢዩ።ነዚ ብርሃን'ዚ ምቾት ኣየጥፍኦን እዩ፡ስልጣን ነገስታት ኮነ ውግዘት ናይ ካህናት'ውን ኣየትርፎን እዩ፡፡ እግዚኣብሔር ዝህበና ሻቾሎት እምበኣር ራእይ እዩ።

ራእይ ዕረፍቲ ኣይህብን'ዩ።ዝተንጠልጠለት ነፍሲ ናብ ቦታኣ ተመሊሳ ዕረፍቲ እትረክብ ራእይ ክጅመርን ክፍጸምን ከሎ'ያ፡፡ካልኦት ሓሊፎሞ (ጎስዮሞ) ዝኸዱ እንደገና ክንሪኦ ከለና፡ካልኦት ሰሚዖም ዝረስዑዎ መሊስና ንሕና ምስእንሰምዖ ንሱ ራእይ እዩ፡እዚ ስራሕ እምበኣር ብኣና ክስራሕ ከምዝተመደበ ክነስተውዕል ይግብኣና።እግዚኣብሄር ክፈጥረና ከሎ ነዚ ነገር'ዚ ክንሰርሕ'ዩ ፈጢሩና።ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ'ዚ ነገር'ዚ ሓሲብና ንኸውን ኢና፡ሕጂ ግን ብዘይካ'ዚ ካልእ ክንሓስብ ኣይኮነልናን እዩ፡፡ክስራሕ ንዝተደልየ ነገር ናብ ዝተመደቦ ሰራሒኡ ክመጽእ ከሎ ከኣ ራእይ ይፍጸም፡፡ብዙሓት ካብ ንእሽቶ ተበጊሶም ዓቢ ስራሕ ዝሰርሑ፡ሓሳብ ኣማዕቢሎም ሓይሊ ዘበለ ዝማርኹ፡"ስራሕን ሰራሕተኛን" ክራኸቡ ዝኸኣሉ ብምኽንያት ራእይ እዮም።

ጉድለታት ክንርእን ክንሰምዕን ከለና ራእይ ንውሽጥና የቃጽሎ፡ ቀጺልና ከኣ ንፍክር፡፡እቲ ነገር ንውሽጥና ጨቢጡ ይሕዞ ይቕንጥወና ኸኣ፡ኣብ እንድቅሰሉ ግዜ ድቃስ ይኣብየና፡ካብ ኩሉ ዓይነት ስራሕና ንሱ ቀዳማይን ብሉጽን ኮይኑ ይስምዓና፡፡እዚ ቃንዛ'ዚ ቅርጺ ሒዙ ምስ ዝውለድ ከኣ ዕረፍቲ ንረክብ፡፡ገለ ነገር ካብ ዝባና ክቕንጠጥ ከሎ ከኣ ይርድኣና።እወ ራእይ ኣብ ጉዕዞና ዝገጥመና ስራሕ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ራእይ ምስዝፍጸም ከኣ የብቅዕ።ናይ ምሉእ ዕድመና ራእይ'ውን ኣሎ፡እዚ ከኣ ኣብ ዘየለናሉ ግዜ'ውን ይቕጽል'ዩ፡፡ዝተቕበልናዮ ራእይ ኣብ መወዳእታ ዕድመና ክፍለየና ይኽእል ማለት እዩ፡፡ራእይ ዘሐጉስ እዩ፡እቲ ዘሐጉስ ግን ባዕሉ እቲ ራእይ እዩ።ብዙሕ ዋጋ ስለዘኽፍለካ መጉዳእቲ'ውን ይህሉ'ዩ፡መፈጸምትኡ ግን ኣዕጋቢ'ዩ።ብሓቂ ነቢረ ኢየ ይኣኽለኒ ኢልና፡ንዕድመና ክንጸግቦ ዘኽእል ዕግበት ድማ እዩ።

እግዚኣብሄር ፈላጥ እዩ፡እንታይ ንመን ከምዝህብ ይፈልጥ እዩ፡፡ሰብ ራእይ ከኣ ነዚ ነገር እዚ ዘሳልጡ ሰራሕተኛታት ኢዮም፡ንዝተጸውዕሉ ዕላማ ዝነበሩ ከኣ ኢዮም።እወ ተራእዮም ንቦትኣም ዝኣኽሉ ኮይኖም ዝተረኽቡ'ውን ኢዮም።ንሶም ከም ሰብ መጠን ድኻም ስለዘለዎም ፍጹማት ተባሂሎም ክፍለጡ ኣይግባእን።ድኻሞም ከኣ መምሃሪኦም እናኾነ እዩ ዝሓልፍ።ድኻሞም ንራእይ የደናጉዮ ይኸውን እዩ ግን ኣየትርፎን።ድኻሞም ንራእይ ናብ ዘይግባእ ትርጉም ክመርሑ እኳ እንተኸኣለ ዋላ'ውን እንተተደናገየ ከይተፈጸመ ግን ኣይተርፍን፡ምኽንያቱ ነቶም ሰብ ራእይ ሓይሊ ዝህብ እግዚኣብሄር እዩ።

ሙሴ ኣብ ጉብዝንኡ ንራእይ ከኽብር ተላዕለ፡እንተኾነ ግን ይትረፍ ንኻልኦት ነጻ ከውጽእ ንባዕሉ’ዩ ተሰዲዱ።እግዚኣብሄር ግን ኣብ ድኻሙ ኣይገደፎን፡ ቤት-ትምህርቲ ሙሴ ኣብ ዝበሃል ምድረ-በዳ ን40 ዓመት መሃሮ።ኣብ ጉብዝንኡ እንተዘይመራሕኩ ዝብል ዝነበረ ሙሴ እግዚኣብሄር ምስ ጸወዖ ኣይክእልን በለ።ድኹም ጎድኒ ናይ ሙሴ ግን ንራእይ ኣደናጎዮ ደኣ’ምበር ኣየትረፎን።ድኹም ጎድንና ከኣ ራእይ ንኽይፍጸም ኣይክልክሎን እዩ።እንተኾነ ምድንጓይ ከምዘሎ ክንፈልጥ ይግብኣና፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ብኣና ዝጀመሮ ስራሕ ናይ ግድን እዩ ብኣና ዝፍጽሞ።

እግዚኣብሄር ንበዓል ራእይ ምስ ባህሪኡ ዝህቦ ነገር ኣሎ፡፡በዓል ራእይ ንምንታይ ከምዝተዳለወ’ኳ እንተዘይፈለጠ እግዚኣብሄር ግን ነቲ ራእይ የዳልዎ።በዓል ራእይ ኣብ ጉዕዙኡ ዘማዕበሎም ነገራት ኣለዉ።እንረኽቦም ሰባት፡እንመሃሮም ዓይነት ትምህርቲ ከይተረፉ ንራእይና ኣድለይቲ ዝኾኑሉ ግዜ ብዙሕ እዩ፡፡ነዚ ኩሉ ዝመረጸልና ከኣ እግዚኣብሄር እዩ።ንሕና ነዚ ነጀዋይ ጫፍ ኢና ንርኢ፡እግዚኣብሄር ግን ናይ መጨረሽታ ወይ ናይቲ ንየዋይ ጫፍ ስለዝርኢ ብፍሉይ እዩ ዘዳልወና፡፡በዚ ምክንያት ከኣ ኣልፋ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ኦሜጋ ንብሎ።ዝሰማማዕ ባህሪ ምስ ዝህልወና ንዝተበተኑ ንእክብ፡ዕጉሳት ምስእንኽውን ጓሶት ንኽውን፡ትጉሃት ምስ እንኽውን ከኣ ሰበኽቲ ንኽውን።ስለዚ እግዚኣብሄር ምስ ባህርያትና ስለዘዳልወና ባህርያትና ኣለሊና ክንጥቀመሉ ኣለና።

ካብ ራእይ እንሃድመሉ እዋን ብዙሕ’ኳ እንተኾነ እቲ ራእይ ናትና እንተድኣ ኮይኑ ግን ከይደለና ባዕሉ እዩ ዝሕዘና።ካብ ራእይና ወጻኢ ካልእ መቂሩና ኣብ ዝኾብለልናሉ’ውን ንምለስ፡ምኽንያቱ ነቲ ድሒርና ዝመረጽናዮ ነገር ዘይኮነስ ንራእይና ስለዝተሰራሕና እዩ።ካብ ሰባት ንኽይንፍለ ዝተፈላለየ ሓባራዊ ስራሕ’ኳ እንተጀመርና፡ኣዝማድና ኣብ ራእይ ዘለዎም ምጉርምራም ከነርሕቕ’ውን ካልእ ስራሕ’ኳ እንተኣተኣታተና ኣይንዓግብን፡ንኻልኦት’ውን ኣይነዕግብን።ብዙሕ ሰብ ንዘንጨብጨበሉ ነገር ሰባት ከይቅየሙና’ኳ እንተንጨብጨብና ራእይና ግን ከምዝዕዘበና ዘሎ ኮይኑ ይስመዓና፡፡ምኹብላል እምበኣር ብቓል ዘይግለጹ ብዙሓት ትምህርትታት’ዩ ዝምህረና፡ንዝተሰራሕናሉ ሃጓፍ ክንገጥም ከምዘለና ከኣ ይምህረና።

ናብ ራእይና ምስ እንምለስ ንሰባት እነሰንብድ፡ንዓና ግን እፎይታ ዝህቡ ውሳኔታት ንፍጽም።ዝጨበጥናዮ ራእይ ገዲፍና ከንቱ ተስፋ ኣሚንና ምስእንወጽእ፡ ናይ መጀመርታ ዳርባ እምኒ ካብ ገዛና ይብገስ።ንራእይ ዓፊንካ ካብ ምሓዝ ከኣ ዳርባ እምኒ ይቐለና፡ምኽንያቱ ራእይ የቐንዙ እዩ፡ሰባት’ውን ዝተፈላለየ ዘረባ ይዛረቡና ኢዮም፡፡ንገዛእ-ርእስና ብዙሕ ሃብቲ ኣብ እንእክበሉ ዕድመ ካልኦት ከምዝቐደሙና ኮይኑ ክስምዓና ይኽእል እዩ፡እንተኾነ ነቲ ዝተፈጠርናሉ ነገር ጥራይ ኢና ክንገጥም ዝግባኣና።ኣብ ካልእ ቦታ ወዲ መዝሙር ካብ ምኳን፡ኣብ ራእይና መምህር ምኳን ይበልጽ።ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጽልዋታት’ኳ እንተበዝሐ እግዚኣብሄር ስለዝድግፈና፡ካብ ራእይ ኣብ እንወጸሉ ግዜ ናብ ራእይና እዩ ዝመልሰና።ነቲ ዘይረአ ቃልሲ ብቓልን ብጽሑፍን ምግላጽ ኣይከኣልን፡እንታይ ደኣ፧ ዝረኣየ ጥራይ እዩ ዝፈልጦ።ንገዛእ-ርእስና እናሕዘንና ካልእ ኣማራጺ’ኳ እንተደለና፡ ዝገደፍናዮም ሃብትን ፈተውትን’ኳ እንተኣቐዘሙና እግዚኣብሔር ነዚ ራእይ ምሃቡ ግን ትኽክል እዩ።

ብተፈጥሮና ፈራሓት ወይ ከይብሉኒ እንብል ሰባት ክንከውን ንኽእል ኢና፡ራእይ ግን ናይ ገዛእ ርእሱ ባህሪ እዩ ዘልብሰና።ናይ ፍርሕን ከይብሉንን ገመድ ከኣ ይበትከልና።ብዘጋጥሙና ናእሽቱ ጥቕምታት ካብ ምትላል ናብ ዝረኣናዮ ነገር ንምብጻሕ ንቀላጠፍ።ብዙሓት ኣማራጺታት ክቕርቡልና ከለዉ፡ንሰብ'ዶ ወይስ ንእግዚኣብሄር ከሐጉስ፤ኢልና ምስእንጭነቕ፡ራእይ ግን ንእግዚኣብሄር የምርጸና።ናብ ራእይና ምስእንግስግስ ከኣ ዓበይቲ መሲሎም ዝረኣዩና ዝነበሩ ንኢሶም ይረኣዩና።ናብ ሸዶ ምስ እንቕርብ ከኣ ምሳና ዝጀመሩ'ኳ እንተዘይነበሩ ግን ዓቢ ሓጎስ ይስምዓና።ራእይ ኣብ ዝተረደኣና መዓልቲ ከኣ ዕግበት ይፈጥረልና።

ኣብ ጉዕዞና ዝተሓናፈጸ ነገር መስመር ክሕዝ ከሎን ከምኡ'ውን ቅልጽም እግዚኣብሄር ክሕግዘና ከሎን ምስ እንርኢ ዓቢ ሓጎስ ይስምዓና።ኣብ መወዳእታ ከኣ ገደብ ዘይብሉ ሓጎስ የጎናጽፈና።ንራእይ እንተዘይፈጸምናዮ ግን እናሓዘና ኢና ንነብር።ካልእ ስራሕ'ኳ እንተሰራሕና ሰላም ንስእን፡ገንዘብ'ውን እንተለና ዕግበት ኣይንረክብን ኢና።ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ እንተዘይነቢርና ንኽፍእ ደኣምበር ኣይንምልክዕን ኢና።ንጽቡቕ ገዛ ማዕጾ-ዚንጎ እንተዳኣ ጌርናሉ ኣይምልክዕን፡እንተኾነ ግን ማዕጾ እዩ።ንሕና'ውን ኣብ ዝተሰራሕናሉ ቦታ እንተዘይተረኺብና ግጥም ኣይንብልን፡ነቲ ቦታ መልክዕ ነስእኖ፡ንባዕልና ከኣ መልክዕ ንስእን።

ኣብ ራእይና እናዓንበብና ምስእንመጽእ ዘደንቕ ነገራት ክረኣዩና ይጅምሩ።። ዝሓለፉናን ዝበለጹናን ዝመስሉና ዝነበሩ ሰባት ከኣ ክግዝኡና ንርኢ።እቶም ዓበይቲ ዝበሃሉ ሰባት ከኣ ካባና ምኽሪ ይደልዩ፡-"ንስኻትኩም ዘለኹምሉ መድረኽ ዝበለጸ እዩ፡ዝበለጸ ነገር ኢኹም መሪጽኩም" ውን ይብሉና።።ኣብዚ እዋን'ዚ ብትሕትና ክብርን ምስጋናን ንእግዚኣብሄር ክንህብ ኣለና፡ምኽንያቱ ነዚ ዝገበረልና እግዚኣብሄር በይኑ እዩ።

ባህሪ-በዓል ራእይ

ባህሪ ናይ ራእይ ካብ ረኣና፡ቀጺልና ባህሪ ናይ በዓል-ራእይ ምርኣይ ከድልየና እዩ።በዓል-ራእይ ዝፍለጠሉ ናይ ገዛእ-ርእሱ ባህርያት ኣለዉዎ፡እዞም ባህርያት እዚኦም ከኣ ናይ በዓል-ራእይ ስነ-ምግባር ተባሂሎም ይጽውዑ።ኩሉ ነገር ናይ ገዛእ-ርእሱ ስነ-ምግባር ኣለዎ፡ብዘይ ስነ-ምግባር ኣብ ትሓስቦ ክትበጽሕ ከኣ ኣይከኣልን።ምኽንያቱ ንናይ ባዕሉ ስራሕ ዝቃወም ሰብ፡ንኽይወድቕ ብዝሒ ደገፍቲ ደው ከብሉዎን ከጽንዑዎን ኣይክእሉን'ዮም።በዓል ራእይ ኣነ በዓል ራእይ ኢየ ስለዝበለ ወይ ብጾቱ በዓል ራእይ እዩ ስለዝበሉዎ በዓል ራእይ ኣይከውንን።በዓል-ራእይ ሰዓቢ ስለዘለዎ፡ውሩይ ስለዝኾነ፡ስልጣንን ሃብትን ስለዝጨበጠ በዓል ራእይ ክበሃል ኣይክእልን።ምኽንያቱ እዞም ነገራት እዚኦም ኣብ ኢድ እቶም ራእይ ዘይብሎም ሰባት'ውን ይርከቡ ኢዮም።ኣብ ኢድ ኣጥቃዕቲ ግብረ-ሽበራ ኒውክለር ክተሓዝ ከሎ ንዓለም ከምዘስግእ፡ራእይ ኣብ ዘይብሎም ሰባት ገንዘብን ስልጣንን ክተሓዝ ከሎ'ውን ዘፍርሕ'ዩ ዝኾውን።ንበዓል ራእይ ፍሉይ ዝገብሮ ናይ ባዕሉ መምዘኒ ኣለዎ፡እዞም ዝስዕቡ መምዘኒታት ከኣ ናይ በዓል ራእይ መምዘኒታት ኢዮም፡-

1.ንገዛእ-ርእሱ ዝኾሓደ እዩ

በዓል ራእይ ናይ መጀመርታ መለለዩኡ ገዛእ-ርእሱ ምኽሓድ እዩ።።"ንምንባር ሙማት የድሊ"ዝብል ኣዘራርባ ከኣ ኣብዚ ክጥቀስ ይከኣል።ንምርካብ ብዙሕ ምጽዓር፡

ንክትስዕር ምቅላስ፡ንኻልኦት ክትመልኽ ከኣ ክትምለኽ የድሊ።ስለዚ በዓል ራእይ ንምኺን ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ ግድን ኮይኑ ይነብር።ንሓደ-ሓደ ሰባት ራእይ ጣኦት ይኾኖም እዩ፡ንኻልእ ከኣ መንነቱ እሱር ይገብሮ፡፡ንኹሉ ነገር ብመንጽር እቲ እነምልኾ ክንመዝኖ ይግባእ።ንራእይ ዘምልኽ ኣብ ቅድሚ ራእይ ንዝቐሙ መዐንቀፊታት ንኽሓልፍ ኣይጽገሞን።ከምኡ'ውን ራእይ ነቲ ራእይ ዘይብሉ ስራሕ የስርሑ፡፡ገዛእ-ርእሱ ዘምልኽ ግን ንዝተንከፉዎ ሰባት ከየጥፍአ ድቃስ ኣይወስዶን።ትሕት ኢሎም ሰላም ንዘይበሉዎን ብውዳሴ ከንቱ ንዘይነኣዱዎን ርግጸኛ ኮይኑ ከም ቀንዲ ጸላእቱ ይሪኦም፡፡እቲ ንእግዚኣብሄር ዘምልኽ ግን ንዝሓመመ መድሃኒት ከምዘድልዮ ኢዩ ዝፈልጥ።ስለዚ ንቅኑዓት ጥራይ ዘይኮነ ንኽፉኣት ከይተረፈ እዩ ዝርህርህ፡፡እግዚኣብሔር ኣብ ዝፈጠሮ ከኣ ጽቡቕ ኣረኣእያ የማዕብል።

ንኽብሩ፡ንምኾቱ፡ንውዳሴ ከንቱ፡ንስሙ፡ንኣድናቕቱ ዘይሞተ ሰብ ንራእይ ክነብር ኣይክእልን፡፡ምኽንያቱ ናይ ምንባር መሰረት ሙማት እዩ።እዚ ከኣ ገዛእ ርእስና በጺሕናዮ ብዘለና መጠን ንባዕልና ምርኣይ ቅልል ዝበለ ናብራ ንኽንነብር፡ካብ ብዙሕ ቂምን ሞገትን ንኽንርሕቕ የኽእለና።በዓል ራእይ ንገዛእ ርእሱ ብዘይ ክርስቶስ ብማንም ክፈልጣ ኣይደልን።ከምኡ ብዕብየት ዘርኡ፡ብኽብሪ ቋንኡ፡ብብዝሒ ሃብቱ፡ብስፍሓት ዝንኡ፡ንገዛእ ርእሱ ክፈልጣ ኣይደልን።ንሱ ዕዉር'የ ኔረ ሕጂ ግን ይርኢ ኣለኹ እናበለ፡ንገዛእ ርእሱ ብክርስቶስ ጥራይ ክፈልጣ ይጽዕር፡ዓስቡ ድማ ካብ እግዚኣብሄር ከምዝኾነ ይርዳእ።ንገዛእ ርእሱ ጥራይ ዘይኮነ ሰባት'ውን ንገዛእ-ርእሶም ብክርስቶስ ንክፈልጡዋ ይጽዕረሎም።ድግስ እናቐጸረ ጽዋእ ኣይሰትን፡ሃብቲ እናመዘነ'ውን ኢድ ኣይነስእን።ፍልጠት ናብ ዘለዎም ንምቕራብ ግን ድሕር ኣይብልን፡ኣይጭነቕን ከኣ።

መሊሱ ክርስቶስ ንዝሞተሉ ወገን፡ኣነ ምእንትኡ ክነብር'የ እናበለ ንሱ ዝወሓደ መስዋእቲ ክኸፍል ከምዝግብኦ እናተረድኦ የገልግል።እንተኾነ ሎሚ እቲ ክንነብረሉ ዝግብኣና ህዝቢ ክነብረልና ከሎ ኢና ንርኢ ዘለና።ልዕሊ ኩሉ ክርስቶስ ዝሞተሉ ካብ ኮነ ንሕና እንኸፍሎ ዋጋ ዝወሓደ ምኺኑ ክንፈልጥ ኣለና።ዋጋ ናይ ሓደ ንብረት ኣብቲ ንብረት ዘይኮነስ ኣብቲ ሰራሒ እዩ ዝርከብ፡ምኽንያቱ እቲ ንብረት ዋግኡ ኣይፈልጥን'ዩ።ስለዚ ዋጋ-ሰብ ንምፍላጥ ከኣ ንስራሒኡ እግዚኣብሄር ምሕታት የድሊ።ንሰባት ብክርስቶስ ምርኣይ ማለት ከኣ'ዩበዓል ራእይ ዘብል።

በዓል ራእይ ገዛእ-ርእሱ ዝኸሓደ፡ምእንቲ ስሙ ዘይማንት፡ካብ ድልየቱ ንላዕሊ ንፍቕሪ ቦታ ዝህብ፡መዓርገይ ኣይተጸውዐን ብምባል ምስ መራሒ መደብ ዘይከራኸር፡ካብ ስርሑ ምስክር-ወረቐቱ ዘይበዝሑ፡ንራእይ ዝነበር፡ራእይ ንዕኡ ክነብረሉ ዘይደሊ እዩ። መነባብሮኡ እናመሓየሸ ኣብቲ ራእይ ዘለዎ ክረግጽ ዘይደሊ፡ኣብ ዝሞተሉ ነቲ ራእይ ከምዘብቅዕ ገይሩ ዘይምድብ፡ንዝቐጽል ወለዶ ከማዕበል ነዓይ ሎሚ ተፈሪዱኒ እዩ ዝብል፡ ብዛዕባ ኣታዊ ምውሳኽ ዘይኮነ ብዛዕባ ብርሃን ወለዶ ዝሓስብ'ዩ በዓል ራእይ ዝበሃል።ብዘይካ ብእግዚኣብሄር ብኻልእ ክምካሕ የሕፍሮ፡ካብ መጠን ንላዕሊ ንዝኾነ ምጎሳ ብግልጺ ይቃወሞ፡ ትሕትንኡ ክሳድ ብምድናን ዘይኮነስ ብልቢ እዩ ዝገልጾ፡ስለዚ እምበኣር መለለዩ በዓል ራእይ እዚ እዩ።

ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ ንራእይ ጥራይ ዘይኮነ ንክርስትና'ውን ኣድላዩ እዩ።ሰላም ዘለዎ ናብራ ንምንባር ከኣ ገዛእ ርእስኻ ምኽሓድ ግድን እዩ።ምንጪ ናይ ብዙሕ ሕማምና ሰባት ብዛዕባና ብዝብሉዎ ነገር'ዩ።ክርስቶስ ኣብዚ ምድሪ ክነብር ከሎ ግን ነቐፍትን

ደገፍትን ነበሩዎ፡ኣፍ-ደጊኦም ከፊቶም ዝቐበሉዎን ካብ ከተማና ውጽኣልና ዝብሉዎን ነበሩ።ኣብ ኢዶም ዝጸንሖም ዝቐረቡሉን ናይ ገዛእ-ርእሱ ልብሲ ዝቐንጠጡዎን ነበሩ።ንሱ ግና ንፈተውቱ ጥራይ ዘይኮነ ንጸላእቱ'ውን ካብ ኣእንገደ ብኽመይ ኢና ደኣ ንሕና ፈታዊ ጥራይ ይሃልወኒ እንብል፤ ስለዚ ገዛእ-ርእስኻ ምኽሓድ ሰላምን ሓጎስን የንናጽፍ።ሰባት ብዛዕባና ዝብሉዎ ዘይኮነስ እግዚኣብሄር ብዛዕባና ዝብሎ ከኣ'ዩ ዝጸንዕ።

2.ሰኽም (ጾር) ይስምዖ

በዓል ራእይ ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንላዕሊ ነጻ እዩ፡፡እንተኾነ ግን ልዕሊ ጉዳዩ ጉዳይ ካልኦት ዘቐድም ናይዚ ዓለም'ዚ ክቡር ተደላዪ ኣካል'ዩ።ነዓይ-ነዓይ ዝብሉ ኣብ ዝበዝሑሉ ዓለም ንሓወይ ዝብል ዝተዓደለ ሰብ'ዩ።በዓል ራእይ ንኽሰርሐ ብሕጊ ዝተዋህቦ ግዴታ የብሉን፡እንተኾነ ግን ካብቲ ብሕጊ ዝተገደደ ንላዕሊ ንራእይ ክግዛእ ይነብር፡፡ምኽንያቱ ፍቕሪ ካብ ሕጊ ንላዕሊ ዘገድድ ስለዝኾነ እዩ።በዓል ራእይ ዘይረአ ሸኽም ኣለዎ፡-ምእንቲ ወገኑ፡ምእንቲ ሃገሩ፡ምእንቲ ሓቂ፡ምእንቲ ፍትሒ፡ምእንቲ ክዛረቡ ዘይክእሉ፡ምእንቲ ዝተገፍዑ፡ምእንቲ ፍቕሪን ምእንቲ ብርሃን ዝኾነ ፍልጠትን ክዛረብ ይግደድ።

በዓል ራእይ ሰኽም ኣብ መንኩቡ ዘለዎ፡በዓል ከቢድ ሰኽም፡መዕረፊ ቦታ ዝደሊ፡ዘይድቅስ ተጎዓዚ እዩ።ሰኽም ዝተሰከመ ሰብ ምስ ሰኽሙ ኮፍ ክብል ወይ ከዕርፍ ኣይክእልን እዩ፡እንታይ ደኣ ሰኽሙ ምስ ኣውረደ እዩ ኮፍ ክብል ዝኽእልን ዘዕርፍን።በዓል-ራእይ ድማ ከቢድ ሓላፍነት ስለዘለዎ፡ፍልጠቱ ንዘይፈልጡ፡ሃብቱ ንዝተጸገሙ ምልጋስ ብሓላፍነት ይስከሞ።በዓል ራእይ ከኣ ሓይሉን ሓይሊ ካልኦትን ኣወሃሂዱ ሰኽሙ ዘዕርፍ ኣካል እዩ።ብዙሓት ሓላፍነት ከምዘለዎም ይስምዖም እዩ፡እንተኾነ ግን ፍልጠት ገዛእ-ርእሶም ስለዘመሓላልፉ ህዝቢ ኣይሰምዕን፡ሃብቶም ኣብ ምክፋል ከኣ ጽጉም መን ከምዝኾነ ስለዘይፈልጡ በዚ ተታሊሎም ይነብሩ።በዚ ምኽንያት'ዚ ኮፍ ምባሎም ግን ዕረፍቲ ኣይሃቦምን፡፡ምኽንያቱ ኮፍ ምባል ካብ ኩሉ ምዕራፍ ማለት ስለዘይኮነ'ዩ።በዓል-ራእይ ግን ንራኢኡ ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ክሳብ ዘቐምጦ፡ዘርኡ ኣብ ሕርሻ ክሳብ ዝዘርኦ፡ንማዕጾኡ ኣብ ትኽክለኛ ኣፍደገ ክሳብ ዝገጥሞ፡ንእምኒ ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ክሳብ ዝነድቆ ዕረፍቲ የብሉን።ብርግጽ በዓል ራእይ ምኗን ቅልጡፍ ምኗን፡ትንፋስ ንምውሓጥ ግዜ ምስኣን፡ዕረፍቲ ስኢንካ ምዕልባጥ ኣይኮነን።በዓል ራእይ ማለት ኩሉ ክትንክፍ፡ንኹሉ ክሕዝ፡ኩሉ ክኸውን ማለት'ውን ኣይኮነን።በዓል ራእይ ማለት ዝተረጋግአ ግን ዘይሰዓር፡ኣስተውዓሊ ግን ጎያዪ፡ዝዛረብ ግን ቦትኡ ዝፈልጥ ማለት እዩ።

ነብያት ነቲ ናብኣም ዝመጸ መልእኽቲ-እግዚኣብሄር ክሳብ ዝዛረብዎ ሰኽሞም ነበረ።ኣብ መጻሕፍቲ ነብያት፡-"ንኢሳያስ ወዲ ኣሞጽ ብዛዕባ ባቢሎን ዝተነግሮ ሰኽም"(ኢሳ 13፡1) "ንነብዪ ዮናስ ብዛዕባ ነነዌ ዝተነግሮ ሰኽም" (ዮና 1፡1) ዝብሉ ተደጋጋሚ ቃላት ኢና ነንብብ።ነዚ መልእኽቲ'ዚ እንተዘይተዛሪቦም ክጠፍእ ዝኽእል ህዝቢ የኻቐሎም ስለዝነበረ እቲ ናይ ሰኽም ስምዒት ይኽብዶም ነበረ።በዓል ራእይ እንታይ ኣእተወኒ ኢሉ ዝቐመጥ፡ሪኡ ከምዘይረኣየ ኮይኑ ዝሓልፍ ዘይኮነስ ሰኽም ዝስምዖ እዩ።በዓል ራእይ ደወል'ኳ እንተዘይተደወለ ኣንጊሁ እዩ ዝትንስእ፡ዝትንስኣሉ ናይ ሰዓት ፌርማን ዝቐረጾ ደሞዝ'ውን'ኳ እንተዘይሃለዎ ብግዜ እዩ ዝጓሲ።ፍቕሪ እግዚኣብሄር ከኣ የንቅሓ።ብዛዕባ ገዛእ-

ርእሱ ሓሲቡ ዘይጸግብ፡ሮጊደ ጸሊመ፡ጎዲለ እናበለ ዝካታዕ በዓል-ራእይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።በዓል ራእይ ሓሳቡ ክሳብ ዝፍጸም፡ናብቲ ዝረኣዮ ክሳብ ዝበጽሕ ኣይድቅስን።ማዘር ትሬዛ ዝበለቶ ደኾን የነቓቕሓና ይኸውን፤“ኣዕዋፍ ናይ ምምጋብ ተግባር’ኳ እንተሓጸረካ ንሓደ ዑፍ ናይ ምምጋብ ተግባር ግን ኣይሕጸርካ”! ኢላ ይበሃል።

3.ንቕኑዕ ነገር ዋጋ ይኸፍል

ጠባይ ናይ ብዙሓት ሰባት ንንእሽቶ ጉድለት ምምዕዳው፡ንብዙሕ ጽቡቕ ነገር ግን ሽለል ምባል እዩ።ሰብ ኣብ ቅኑዕ ነገር ዘለዎ ኣረኣእያ ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ፡ኣብ ክፉእ ነገር ዘለዎ ኣጠማምታ ግን ዓቢ እዩ።ብእግዚኣብሄር ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ፡መምዘኒ ጽቡቕ ነገር ብዙሕ’ዩ። ፍረ ኣድሪ፡ነጥሪ-ሓዊ፡ንእሽቶ መስታ ዝኣክል ጽቡቕ ስራሕ ዋጋ ኣለዎ።ሰብ ግን ንጽቡቕ ጽቡቕ ኣይብልን፡ንክፉእ ክፉእ ምባል ግን ኣዚዩ’ዩ ዝህወኽ።ንጽቡቕ ጽቡቕ፡ንሕማቕ ከኣ ሕማቕ ምባል ናይ እኹል ሰብ ባህሪ እኳ እንተኾነ ንክፉእ ጥራይ ምርኣይ ግን ናይ ቅኑዕ ሰብ ባህሪ ኣይኮነን።ንጽቡቕ ጽቡቕ ዘይብል ሰብ ንክፉእ ከኣ ክፉእ ክብል ፈጺሙ ኣይክእልን።

በዓል ራእይ ንቕኑዕ ስራሕ ደኣ ዋጋ ይኸፍል’ምበር ንኽፉእ ስራሕ ኣየጋንን’ዩ። ብጣዕሚ ክፉኣት ንዝኾኑ ሰባት’ውን እንተኾነ ነቲ ንእሽቶ ጽቡቕም ደኣ ይርኢ’ምበር ምሉእ ብምሉእ ፋይሎም ኣይዓጽዎን።በዓል ራእይ ዘድለየሉ ምኽንያት ንኸምዚ ዓይነት ሰባት ስለዝኾነ ብጉድለቶም ኣይግረምን እዩ።በዓል ራእይ ንክፉኣት ናይ ጽቡቕ ነገር ኣፍደገ ብምርኣይ ደኣምበር ክፉኣት ብምባል ከምዘይምህሮም’ዩ ዝርዳእ።

በዓል ራእይ ንንእሽቶ ሰናይ-ነገር ምጉላሕ፡ተወዲኡ ንዝተባህለ ጌና እዩ ምባል፡ኣብ ፍርቂ ለይቲ ብርሃን ምጽባይ ባህሪኡ እዩ።ንሰባት ዝልውጦም ብምምካር ጥራይ ዘይኮነስ ተስፋ ብምሃብ’ውን ከምዝኾነ ይፈልጥ እዩ።ስለዚ በዓል ራእይ ንክፉኣት ተስፋ ይህቦም።በዓል ራእይ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንሰናይ ነገር ዋጋ ዝኸፍልን፡ምድረ-በዳ ዝኾነ ሂወት ክለምዕ ዝረኣዮን እዩ።ጽልግልግ ዘይብሉ ምሉእ ብርሃን ምጽባይ፡ተስፋ ንዝቕረጹ ሰባት ኣብ ፍረ ምብጻሕ፡ካብ ዝተቕብጸ ነገር መዓር ምቕራጽ ናይ በዓል ራእይ ነባሪ ባህሪ’ዩ።ሰባት ቴስዓን ትሽዓተን ካብ ሚእቲ’ኳ ሕሱማት እንተኾኑ፡በዓል ራእይ ግን ን1% ጽቡቕ ጎድኖም ዋጋ ይህብ።በዓል-ራእይ ጻህያይ ብዘይ ምክንኻን ከምዝዓቢ ኣትክልቲ ግን ብዘይምክንኻን ከምዘይዓብዩ ይፈልጥ እዩ፡፡በዚ ምኽንያት ከኣ ንሓደስቲ ኣታኽልቲ ይከናኸኖም።ንጸልማት ብምቅዋም ጸልማት ከምዘይውገድ ይርዳእ እዩ፡ግን ሓንቲ ሽምዓ ንምብራህ’ዩ ዝጽዕር።ከምቲ ኮንፊሼስ፡-“ንጸልማት ኣይትርገሙ፡እንታይ ደኣ ሓንቲ ቁራጽ ሽምዓ ኣብሪህኩም ናብቲ ጸልማት’ሞ ጉየዩ እቲ ጸልማት ከልግስ’ዩ ’’ዝበሎ ኢዩ።

4.ንነገራት ብኣንጻር ሽነኾም’ዩ ዝሪኦም

ኣብ ፍጥረት ሰባት ናይ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ኣካላዊ ተፈጥሮ ዝተፈላለየ ከምዝኾነ ኩሉ ነገር ከኣ ዝተፈላለየ ባህሪ ኣለዎ።ደቂ ተባዕትዮ ንነገራት ብጠቕላላ ሽነኾም ዝሪኡዎም ክኾኑ ከለዉ፡ደቂ ኣንስትዮ ድማ ናይ ነገራት ዝርዝር ይምርምራ።ንኣብነት፡-ንደቂ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ደው ኣቢልና ኣብቲ ስግር እንታይ ይረኣየኩም ምስእንብሎም፡ደቂ-ተባዕትዮ ኣግራብ ይረኣዩና ኣለዉ ክብሉ ከለዉ ደቂ-ኣንስትዮ

ግን ኣብ ማእከል ኣግራብ ቀይሕ ጽጌረዳ ንሪኢ ኣለና ምበላ ኔረን።እዚ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ባህሪ ኣድላዩ ዝኾነሉ ቦታ ክህሉ ይኽእል'ዩ።

በዓል ራእይ ንነፍስ-ወከፍ ኩነታት ዘጻሪ፡ንነፍስ-ወከፍ ጉዳይ ከኣ ናይ ኣንድምታ ትርጉም ዝህብ ማለት ኣይኮነን፡ንነገራት ድማ ክንዮ ሓፈሻዊ ባህርያቶም እዩ ዝሪኦም።ንነገራት ብሓፈሻዊ ጎኖም ስለዝርኢ ንሰብ ብዘርኡ ዘይኮነ ብሰብኣውነቱ ስለዝቕበሎ ዘርኢ ሰብ ኣይፍንፍንን እዩ፡ምኽንያቱ ዘርኢ-ሰብ ዘበለ ሰብ ምኳኑ'ዩ ዝኣምን።በዓል ራእይ ብእግዚኣብሄር ደኣምበር ብዘርኢ ኣይኣምንን እዩ።ኣብ ሓደ ግዜ ብእግዚኣብሔርን ብዘርኢ-ሰብን ምእማን ኣይከኣልን እዩ።በዓል ራእይ ንኹሉ ሰብ ብኽብሪ ሰብኣውነቱ'ዩ ዝቕበሎ፡ካብ ዝፈላሊ ነገር ሓደ ዝገብር ነገር ከኣ'ዩ ዝደሊ።ንሱ ዘይሰርሖ'ኳ እንተኾነ እቲ ስራሕ ቅኑዕ እንተድኣ ኮይኑ ብኡኡ ይሕጎስ ደኣ'ምበር ኣነ ዘይሰራሕኩዎ ጸብሒ ኣይምቕርን ኣይብልን።ንሰባት ውሕሉል ኣገላልጻኦም ወይ ክእለት ቋንቁኦም ዘይኮነ ሓሳቦም ክርዳእ ይፍትን፡ንዝኾነ ሓሳብ ከኣ ብቕንዕና ይዕዘቦ።ናይ ክፍኣትን ትንኮልን ምኽሪ ክገጥሞ ከሎ ከኣ ግዜ ሂበ ክጽሊ'የ ኢሉ'ዩ ዝምልሰሉ።ምስ ሰባት ዘለዎ ርክብ ሰብ ምኳን ዓብን ናይ መጀመርታ መዐቀኒኡን ክኸውን ከሎ ምስኦም ሓቢሩ ክንዓዝ ከሎ ከኣ ዕላምኦም ይምርምር።ኣብ ሓደገኛ ጎደና'ኳ እንተሃለዉ ናይ ምምላስ ሓሳብ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን የጽንዕ።ውሑድ ጽቡቕ ነገር ምስዝህልዎም ከኣ ክበዝሕ ከምዝኽእል ተስፋ ይገብር።

በዓል-ራእይ ንነገራት ኣንጻር-ሓፈሻዊ ጎድኖም ስለ ዝትርጉሞም፡ጸጉሩ እናመሓወ፡ከምዚ ዝተባህለ'ኮ ከምዚ ክበሃል ስለዝተደልየ እዩ እናበለ ክህወኽን ክህውኽን ኣይነብርን።ሎሚ መብዛሕቲኡ ሰብ ንገዛእ-ርእሱ ኣብ ብሉጽ-ታሪኽ ካልኦት ሰባት ንምሕባእ'ዩ ዝጽዕር።ዝበልጽዎ ንዝመስሉ ሰባት ከኣ ጉድለቶም ብምጽራይ ገዛእ-ርእሱ ምስኦም ንምምዕራራይ ይጽዕር ደኣምበር ጉድለቱ ኣይረኣዮን።በዓል-ራእይ ግን ንነገራት ኣንጻር ሓፈሻዊ ጎድኖም ይዕዘቦም፡መበገሲኡን መዕለቢኡን ብምግምጋም ከኣ ስርሑ ይጅምር ደኣ'ምበር ኣብ ማእከል ንዘሎ ግድል ኣይፈርሕን።ዓይኑ ንግዝይኡ ኣብ ግብጺ ድሕሪኡ ከኣ ኣብ ከነኣን'ያ ትኸውን።ሕቕኡ ንግብጺ፡ገጹ ንከነኣን ሂቡ ድማ ናብ ናይ በረኸት ምድሪ ይጎዓዝ።

5.ጉድኣቱ ኣይቆጽርን

ንበዓል ራእይ መከራ ዝገጥሞ በዓል ራእይ ስለዝኾነ ጥራይ ዘይኮነስ ሰብ ስለዝኾነ'ውን እዩ፡።ሰብ-ራእይ ኮይንና እንቕበሎ መከራ ግን ስምን ክብርን ኣለዎ።ፍርሕ ትብዕ እናበልና እንተደኣነቢርና ኩሉ ጸላኢ ክኾነና እዩ፡"ጸላኢ'ሞ ጸላኢ እዩ፡ኣቐዲሙ ንምቕታል'ዩ ዝህንደድ"።ፈራሕ ሰብ ናብኡ ብዘይተተኮሰ ጥይት ክመውት ይነብር፡እቲ ጅግና ግን ስሙ ኣብ ምግዳል ይጽሕፎ።በዓል ራእይ ጅግና እዩ፡እዚ እንተደኣገረ ከምዚ ክበጽሓኒ እዩ፡ እዚ ገረ ከምዚ'ዩ ወሪዱኒ ዝብል ፍርሕን ምጉርምራምን የብሉን።በዓል ራእይ ንዝኣምነሉ ነገር ዋጋ ዘይምኽፋል እዩ ዘፍርሖ።ንምኾትን ከይብሉንን ንዒቕ ናይ ኩሉ ግዜ ሰማእትነት ይቕበል።ኩሉ ግዜ ብሰይፊ ሙሚት የለን፡ናይ ኩሉ ግዜ ሰማእትነት ከኣ ንምኾትን ከይብሉንን ንዒቕካ ንሓቂ ምንባር ኢዩ።ታሪኽ ናይ ሙሴ ብብዝሒ ኢና እንትርኾ፡ህይወት ናይ ሙሴ ክንነብር ግን ኣዚዩ ኢዩ ዝኽብደና።ሙሴ ቤት መንግስቲ ከምዝገደፈ ንዛረብ ኢና፡ንሕና ግና ኣይኮነን ዝጠቕመና ንዝጎድኣና ምግዳፍ ኢና ንስእን።

ሙሴ ኣብ ቤተ መንግስቲ ፈርኦን ወዲ ጓሉ ንፈርኦን ተባሂሉ ኢዩ ዝነብር ዝነበረ፡እዚ ናብራ እዚ ግን ንሙሴ ዕላምኡን ራኢኡን ኣይነበረን።ሙሴ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኮይኑ ኣማዕድዩ ጠመተ፡ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓጹር ወጺኡ ብመከራ ንዝሳቐዩ ወገናቱ ዘከረ፡ቀጺሉ ከኣ ሓቂ ንዘይብሉ ቤተ መንግስቲ ገዲፉ ኣብ በረኻ ጓሳ ኣባጊዕ ኮነ።ሙሴ ምኹብላል ዝጀመረሉ ኣብ 40 ዕድሚኡ ኢዩ ኔሩ።እዚ ዕድመ እዚ ሰብ ንዘለዎ ኣኪቡ፡ትምህርቱ ሰኒቑ ኮፍ ኢሉ ንምብላዕ ምድላው ዝገብረሉ ዕድመ እኳ እንተኾነ ሙሴ ግን ብድልየቱ ስደተኛ ክኸውን መረጸ፡ነዚ ውሳኔ'ዚ ዝሕግዝ እምነት ጥራይ ከኣ ነበሮ።ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ሃዋርያ ጳውሎስ"ሙሴ ምስ ዓበየ ወዲ ጓል ፈርኦን ንኸይበሃል ብእምነት እምቢ በለ፡ብዙሕ ገንዘብ ገዲፉ ከኣ ስለ ኣምላኽ ምንቃፍ ዝበለጸ ሃብቲ ከምዝኾነ ሓሰበ፡ንግዝዩኡ ካብ ሓጢኣት ብዝርከብ ሓጎስ ካብ ምዕጋብ፡ምስ ህዝቢ እግዚኣብሄር መኸራ ምቐባል መረጸ ይብል(ዕብ ፲፡24-26)።

በዓል ራእይ ሓቂ ንዘይብሉ ምኾት ዝነዓቐ፡ኣብ ሬሳ ንዝነብሩ ጨካናት ዝተጸየፈ፡ሕንቁቕ ባርያ ካብ ምኳን ናጽነት ዘለዎ ድኻ ምኳን ዝመረጸ፡ንገንዘብ ዘይኮነ ንክርስቶስ ዝግዛእ፡ምስ ዓለማውያን ካብ ምሕዋስ ምስ መከራ ዝወርዶም መከራ ምቐባል ንሰማያዊ ዓስቡ ኣቶኪሩ ዝሪኢ ኢዩ።በዓል ራእይ ካብቲ ዝረኣዮ ንላዕሊ ነቲ ዘይረኣዮ ብናይ እምነት መስትያት ዝርኢ፡ንፍርሒ ናብራን ንቁጥዓ ነገስታትን ዝሰዓረ፡ሕጂ ካብ ዘሎ ብዝመጽእ፡ዓይኒ ካብ ዝሪኦ ተስፋ ዝሪኦ ዝርኢ ኢዩ።በዓል ራእይ ኮይኑዎ ዘሎ ዘይኮነስ ክኾኖ ዘለዎ ኢዩ ዝሓስብ።ዝተለቅሐ ይረኣዮ'ሞ ኣብ ቅድሚ'ቲ ንሓንቲ ሰዓት እሙን ምኳን ዘይርስዕ እግዚኣብሄር ዓስቡ ዓቢ ምኳኑ ይዝክር።

በዓል ራእይ ንፍቕሪ እግዚኣብሄር ብንብረት ዘይመዝን፡ንገዛእ ርእሱ ምስ ካልኦት ብዘይ ምቁራጽ ዘየነጻጽር፡ኣሚኑ ብዝኾፈሎ ዋጋ ዘይሓዝን ኢዩ።ኣነ ራእይ-ራእይ ክብል በዓል እገሌ ግን ሓዳር ጌሮም ወሊዶም ብምባል ኣየጉረምርምን።ኣቐዲሙ'ውን ንሱ በዓል ራእይ ክኸውን ዝኸኣለ ብፍርዲ ቤት ዘይኮነ ብናይ ድልየቱ ምርጫ ኢዩ።ወተሃደር ንሃገሩ ክመውት ከሎ፡ሽቃጣይ ንገንዘብ ድቃስ ክስእን፡ሰርሕተኛ ንዕለታዊ መግቢ እምኒ ክሰብር ከሎ በዓል ራእይ ንሰማያዊ ዋግኡ ድቃስ ክወስዶ ከሎ ኣዚዩ ይሕዝን'ዩ፡፡በዓል ራእይ ንዓስቡ ኣነኣኢሱ ክንዲ ዋጋ ንብረት እንተደኣ ጌሩዎ ጌጋ ኢዩ።ብጽቡቕ ውሳኔኡ እንተደኣ ተሻቒሉ ክሳርኡ ይገድድ፡ኣብ ሂወት ከኣ ካብ ብጽቡቕ ውሳኔ ምሽቓል ዝገድድ ነውሪ ፈጺሙ የለን።

6.መናኒ ኢዩ

ናይ ምምናን መነባብሮ ንውሑዳት ሰባት ጥራይ ዝተወሰነ ዘይኮነስ ፍቕሪ ክርስቶስ ንዝተረድኡ ዘበለ ዝተመደበ ብቑዕ ሂወት ኢዩ።ጎይታ'ውን እንተኾነ ነዚ ናይ ምምናን ናብራ ኣብ ዓለም ብምንባር ኣርኢዩና ኢዩ።ጎይታ ንደቀመዛሙርቱ ኣብ ዓለም ክነብሩ እኳ እንተፈቐደ ካብ ክፉእ ተሓልዮም ክነብሩ ጸለየሎም(ዮሃ ፲፯፡15)።መናኒ እምበኣር ስንቁ ውሕድ ዝበለ፡ብምሉእ ሓይሉን ድልየቱን ንእግዚኣብሄር ዝግዛእ፡ንዝኾነ ከየማዕደወ ንጎይትኡ ዘገልግል ኢዩ።መናኒ መርዓዊ ናይ ክርስቶስ ኢዩ፡ኣብዚ ዓለም'ዚ እናሰርሐ ኣብ ዝመጽእ ዓለም ደሞዝ ዝጽበ ኢዩ።በዓል ራእይ መናኒ ኢዩ ንዓለም ዝነዓቐ፡ንገንዘብን ንወርቅን ዘይተገዝአ፡ብንብረት ዘይምካሕ፡ንበቐል ዘይነብር ኢዩ።ንብረት ዝጠቕሞ እኳ እንተኾነ ስለዘድልዮ ደኣ እምበር ንኽወዳደረሉ ኢሉ ኣይኮነን ዝሕዞ።ብንብረት ምምካሕ ብባርያ ከም ምምካሕ ጌሩ ከኣ ኢዩ ዝቐጽሮ።ናይ ኩሉ ግዜ ትምክሕቱ ድኽነቱ ደኣ'ምበር ሃብታም ምኳኑ'ውን ኣይኮነን።

ኣብ ዘመን ሃይለ-ስላሴ ቅዱስ ጳውሎስ ናይ ዝተባህለ መንፈሳዊ ቤት-ት/ቲ ምክትል ዝነበሩ መነኮስ ምስቲ ዋና ሓላፊ በዓል ስልጣን ተጻልኡ።ሽዑ እቶም መነኮስ ኩርዕ ኣናበሉ፡"ዕድመ ንኣቡነ-ባስልዮስ ይኹን ብዙሕ እቶት ክርከቦ ዝኽእል ሰፊሕ መሬት ኣለኒ" በሉ።እቲ በዓል-ስልጣን ከኣ ብልቡ እንሰሓቐ፥"ንሕና ቀደም መነኮስ ብድኽነቱ ክምካሕ ደኣ'እምበር ብሃብቱ ክምካሕ ኣይንፈልጦን ኢና" በለ ይበሃል።ትምክሕቲ መነኮስ፡እንታይ ዘለኒ መሲልኩም'ዩ እዛ ሓንቲ ቆቢዕ ጥራይ እንደኣላ" ኢዩ ዝብል።እቶም መነኮስ ግን ከም መሳፍንቲ ብርስትን ጉልትን ተመኪሑ።ንሶም እቲ ናይ ምንኩስና ሓበን ኣይተረደኦምን።እቲ ክንድኦም ዘይከውን ግን ብኣብጻሩ መንነት ምንኩስና ተረድኦ።

በዓል ራእይ ከኣ ብድኽነቱ ዝምካሕ ኮይኑ ንብረቱ ጥራይ ዘይኮነ ህይወቱ ቀሪቡ ንዕላምኡ ዝወጸ ኢዩ።ብትብዓት ንምንባር ከኣ ምምናን ዝተለማመደ ኢዩ።ብጹእ ኣቡነ ዮውሃንስ፡"ሰብ ንምንታይ ኢዩ ዝፈርሕ"፤ምስተባህሉ፡-"መጀመርታ ሰብ ፍልጠት ስለ ዘይብሉ ከምዚ ተባሂለ ኣብ ዝተሓተትኩሉ እንታይ ኢለ ክምልስ ኢየ ኢሉ ይፈርሕ"፡"ካልኣይ ሃብቲ ምስ ዝህልዎ ከምዚ ኢለ ምስ ዝዛረብ ሃብተይ ክውረስ'ዩ"ኢሉ ይፈርሕ።ስለዚ ካብ "መሃይምነትን ሃብትን ነጻ ዝኾነ ሰብ ፈጺሙ ኣይፈርህን ኢዩ በሉ"ይበሃል።በዓል ራእይ ስንቂ ውሕድ ዝበለ፡መኒኑ ዝወጸ ስለዝኾነ ኣይፈርሕን'ዩ።ኣድላዩ እንተዳ ኮይኑ'ውን ሓዳሩ ገዲፉ በይኑ ንምንባር፡ሓዳሩ ኮይኑ ንዝረኣዮ ዕላማ'ዩ ዝነጥፍ።ጳውሎስ ብድንግልኡ ንነይታ ዘገልገለ ክኸውን ከሎ ከምዚ ክብል ንመነንቲ መኽረ፡-"ከም ንፉዕ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ወተሃደር ምሳይ ኮይንካ መከራ ጽገብ።ንኣዛዚኡ ከሐጉስ ዝደሊ ኣብ ኣገልግሎት ዘሎ ወተሃደር ብኻልእ መነባብሮ ኣይሕለኽን ኢዩ።ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ጸወታ ዝወዳደር ከም ሕጊ ጌሩ እንተዘይተወዳዲሩ ኣኽሊል-ዓወት ኣይረክብን ኢዩ።እቲ ዝጽዕር ሓረስታይ ካብቲ ዘፍረዮ እቲ ቀዳማይ ግደ ክወስድ ይግቦኣ ኢዩ በለ(2 ጢሞ 2፡3-7)።

እዞም ጳውሎስ ዝገለጾም 3ተ ሰባት ናይ እኹል ኣገልጋሊ ወይ ጠባይ በዓል ራእይ'ዮም ዝገልጹ።ወተሃደር፡ስፖርተኛ፡ሓረስታይ፡-እዞም '3' ወገናት ዓወት ዝሃርፉ ወገናት'ዮም።ወተሃደር ግዝኣት፡ስፖርተኛ ስልማት፡ሓረስታይ ከኣ ፍረ ይጽበዩ።ንኽንቱ ዝነዩ ዘይኮኑስ ንዕላማ ዝነዩ ኢዮም።በዓል ራእይ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ዝረኣየ ደኣምበር ንብላሽ ዝጽዕር ከንቱ ነያዩ ኣይኮነን።ወተሃደር ናይ መጀመርታ መምዘኒኡ "ሓዳር ዘይብሉ" ዝብል መምዘኒ ኢዩ።ኣብ ኣገልግሎቱ ልቡ ንድሕሪት ከይበለ ጸኒዑ መታን ክዋጋእ ሓዳር ዘይብሉ ኽኸውን ዝበለጸ ኣማራጺ ኢዩ።ሓዳር ክፉእ'ኳ እንተዘይኮነ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ንራእይ እሱር ቤት'ዩ ዝኾኖ፡ስለዚ እቶም ተባዓት ጨኪኖም ንራኢኦም የሳልጡ።ከምቲ ስፖርተኛ ድሕሪ ብዙሕ ልምምድ ንውድድር ዝዳሎ፡በዓል ራእይ ከኣ ናይ ኣእምሮን ኣካልን ልምምድ እናገበረ ንራእይ ይዳሎ።ሓደ ሰባኺ መንእሰይ ሞተር-ሳይክል ክለማመድ ምስረኽብኩዎ፡"እንታይ ደኣ ትገብር እለኻ"፤ኢለ ሓተትኩዎ፡ንሱ ከኣ፡-"ንቐጻሊ ናብ ገጠራት እናኸድኩ መታን ክምህር ኣቐዲመ ነዚኣ ይለማመድ ኣለኹ በለኒ"።በዓል ራእይ ናይ የእምሮ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኣካላት ምድላው'ውን ክገብር ይግባኣ፡ማለት ጥዕንኡ ንኽሕሉ ስፖርት ይሰርሕ፡ብቐዕ ኣካላዊ ምድላው ከኣ ይህልዎ።

ሓረስታይ ብጭቃ እናተዋሕጠ ኣብ መሬት ዘርኢ ይዘርእ።ንፋስን ብርሃንን ንዘለዎ እዋን ዓጺድ ኣማዕድዩ እናረኣየ ከኣ ብትዕግስቲ ይንዓዝ።ኣብ ሂወት ኩሉ ግዜ ምሕዛንን ምብካይን ስለዘየለ፡በዓል ራእይ ነቲ ብብኽያት ዝዘረኦ ብሓጎስ ከምዝዓጽዶ ኢዩ ዝኣምን።ንጭቃ ዝተጸየፈ ሓረስታይ እቶት ከም ዘይረክብ ብጉድለት ዝስቀቐ በዓል-ራእይ

ድማ ፍረ ኣይህልዎን ኢዩ።ልዕሊ ዝኾነ ነገር እምበኣር በዓል ራእይ መናኒ ኢዩ።ሱፍ ዝኾነ ክዳንን ክራባታን ናይ ክብሪ ልብሲ'ኳ እንተኾነ ንጎያዪ ግና ሰኽም ኢዩ ዝኾኖ።ሓጺር ተዓጢቕ ምስዝነዱ ከኣ ክስለም ከሎ ሱፍ ክዳኑን ክራባትኡን ተኽዲኑ ይሸለም።ካብቲ ፈረስ እቲ ዓረብያ ዝቐደሞ፡ናይ መጀመርታ ክብሪ ደልዮም ንዝቕጽል መከራ ዝጽበዩ ሰብ ራእይ ንርኢ ኢና።ብኽዳኖምን ብጨናኣምን ክማርኹ ዝጽዕሩ ካብ ዘማዊት ሰበይቲ ዝሓሸ ኣለባብሳ ዘይብሎም ሰብ ራእይ ይገጥሙና'ዮም።በዓል ራእይ ግና ብኣፍደገ-ቀራንዮ ኣትዩ ብጎልጎታ ብትንሳኤ ዝወጽእ ሰዓቢ ጎይታ ኢዩ።ስለዚ በዓል ራእይ ንዝጎድኦ ጥራይ ዘይኮነ ንዝጠቕሞ'ውን እናገደፈ ዝኸይድ ደኣምበር በሊዐ ክመውት ዝብልን ብንብረት ዝቕንእን ክኸውን ኣይግብኦን።ምኽንያቱ በዓል ራእይ ቅድስና ብዝተጎናጸፈ'ዩ ዝቕንእ።

7 ኣርሒቕ ዝርኢ ኢዩ

ወንጌል ናይ ብሉይ ኪዳን ተባሂሉ ዝጽዋዕ መጽሓፍ ነቢዩ ኢሳይያስ ብዛዕባ ጎይታ ብዙሕ'ዩ ዝገልጽ።ጎይታና ብድንግልና ምጥናሱ ጀሚሩ ክሳብ መስዋዕትነቱ ዝዛረብ ኮይኑ፡ናይ ምንባሩ ቅድስና'ውን ይገልጽ።ናይ ምንባሩ ፍሉይነት ካብ ዝገልጹ ትንቢታት ሓደ፡-"ንሱ ግዳማዊ መልክዕ ብምርኣይን፡ክብሉ ሰሚዐ ብምባል ኣይፈርድን ኢዩ" ይብል (ኢሳ ፲፩፡3)።እዚ ማለት ከኣ ጎይታ ዓይኑ ብዝረኣዮ ከምዘይፈርድን እዝኑ ብዝሰምዖ ከምዘይብይንን የረድኤ።ምኽንያቱ ኣነባብራ ጎይታ ኣመራርሓ መንፈስ ቅዱስ ዝነበሮ ናብራ'ዩ ኔሩ።መፈጸምታ ናይዚ ትንቢት ምስ እንርኢ ጎይታ ንሂወት ብዝረኣዮን ብዝሰምዖን ኣይውስንን ነበረ።እቲ ንዕኡ ዝያዳ ዝረኣዮ ዝነበረ ከኣ ብነፍሶም ተስፋ ዝሰኣኑን ብስጋኦም ዝሳቐዩን ወገናት'ዮም ኔሮም።ኣብቲ እዋን እቲ ናይ ሓድሕድ ዘይምስምማዕ ሰፊኑ፡መራሕቲ ሃይማኖት ወንጀል ክፍጽሙ፡ገዛእቲ ንህዝቢ ክርብሹ፡ሃይማኖታውያን-ጉጅለ ጽልኢ ክሰብኩ፡ኣብ ጎደና ዝወደቕ ኣረግቶትን ህጻናትን ግን ቁጽሪ ኣይነበሮምን።ጎይታና ግን ንሂወት ብዝረኣዮን ብዝሰምዖን ኣይውስነላን ነበረ።እዚ ከኣ መንፈሳዊ ምርሒት ዝሓትት ኮይኑ ንእግዚኣብሄር እናረኣኻን እናሰማዕካን ምጉዓዝ ዝሓትት ብቕዓት ኢዩ።ጎይታ ኩፉእ ብምርኣይ "በቃ" ካብዚ ንደሓር ጽቡቕ ኣይቦቕልን'ዩ ኣይበለን፡ክፉእ ብምስማዕ ድማ ብስራት ተዓጽዩ'ዩ'ውን ኣይበለን።ካብዚ ንደሓር ካብ ገዚፍ ኩፉእ ንእሽተይ ክፉእ እናመረጽካ ምንባር'ዩ ከይበለ ጸልማት ከየስደመሞ ንብርሃን ከዓዎ።

እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝምራሕ ሰብ፡መንፈስ ጥበብን ምኽርን ዝሓደሮ በዓል ራእይ ኣርሒቕ ክርኢ ዝኽእል'ዩ።ንሂወት ድማ ብዝርእዮን ብዝሰምዖን ኣይሓጽራን።ካብ ልዑል እግዚኣብሄር ንወለዶ ዘለዎ መደብ እናሓሰበ ንመደቡ ተግባራዊ ክገበሮ'ዩ ዝጽዕር።ዝነውሐ ግዜና ብጸልማት ንዛረብ እንተደኣ ኮይና ንኹፉእ ኩነታት እናድነቕና ንሓልፍ ኣለና ማለት'ዩ፡ግዜና እንስውኣሉ ነገር ከኣ ንሱ እቲ እንነብረሉ ዘለና ነገር ኢዩ።

ኣብ ዓዲ ጸዓዱ ኣታዊታትካ ዘበለ ኩሉ ብቅብሊት ዝተሰነየ ኢዩ።ኣብ ወወርሑ ክኽፈል ዝግብኦ ገንዘብ ብቕብሊት ኢዩ ዝመጸካ።ወጻኢታቶም ብቕብሊት ስለ ዝኾነ ኣብ ዓመት ንቐለብን ኣስቤዛን ወጻኢ ክንደይ ከምዝበጽሕ ብቐሊሉ ክፈልጡ ይኽእሉ።ስለዚ ዝበዝሐ ወጻኢ ኣስቤዛ እንተደኣ ኮይኑ ንኣስቤዛ ይነብሩ፡ምኽንያቱ ሰብ ነቲ ዝለዓለ ክፍሊት ዘውጽኣሉ ነገር ክነብር ኢዩ ዝግደድ።ከምኡ ናይ ግዜ ቅብሊት እንተዝህልወና ኣብ ዓመት ክንጽብጽቦ እንተንኽእል ግዜና ብብዝሒ ዘባኽነ ወረ እንተደኣ ኮይኑ ንወረ ኢና እንነብር ዘለና ማለት'ዩ።ምኽንያቱ ዝሰፍሐ ግዜና እንስወኣሉ እቲ እንነብረሉ ነገር ኢዩ።መብዛሕቲኡ ግዜ ብዛዕባ ጸገማት ክነውሪ ኢና እንውዕልን እንነብርን፡ስለዚ እንነብሮ ዘለና ንመፍትሒ እቲ ጸገም ክኸውን ኣይከኣለን።ምኽንያቱ ዝበዝሐ ግዜና ዝጠልብ እቲ እንነብረሉ ነገር

ኢዩ።ምዝራብ ምስራሕ ዝመስሎም ወገናት'ኳ እንተሃለዉ፡በዓል ራእይ ግን ላብ ዝሪኦን ዝሰምያን ላይውሰንን ኢዩ።ንሂወት ከላ እዚላ ጥራይ እያ ኢሉ ላይፈርዳን።

ጳውሎስ በቲ ዓቢ ምኽሩ፡"ብተስፋ ተሓጎሱ" በለ(ሮሜ 12፡9_12)።እዚ ከላ ብዝተጨበጠ ነገር ዘይኮነስ ብተስፋ፡ብዝኾነ ዘይኮነስ ብዝኸውን ነገር ደስ ይበልኩም ማለት'ዩ።ተስፋ ካብ ሕጂ ዘሎ ድሒሩ ዝርከብ ነገር'ዩ።እቲ ሕጂ ዘሎ ዝኾነ ይኹን ብዝመጽእ ምሕጓስ ግን ተስፋ ይበሃል።ተስፋ ዝጨበጥናዮ ዘይኮነስ ክመጽእ ዘለዎ ኢዩ። ተስፋ ንጽባሕ እንርኤሉ መንፈሳዊ መስትያት'ውን ኢዩ።ተስፋ ብኣፈጻጽማ እግዚኣብሄር ተኣማሚና ኣቐዲምና እንሕጎሰሉ ነገር ኢዩ።ዓወት ኣዊጅና እንዋጋኣሉ ትጽቢትን ብሓጎስ እንቃለሰሉ ምስጢርን ድማ'ዩ።ናይ ተስፋ ሓጎስ ቆጸራ ዝሰብር ሕጂ ዝጅመር ታሕጓስ'ዩ።ተስፋ ቅድሚ ምኽኑ የሐጉሰና፡ድሕሪ ምኽኑ የሐጉሰና።ብዝኾነ ዘይኮነስ ብዝኸውን ምሕጓስ ከላ ባህርያት ናይ በዓል-ራእይ ኢዩ።ብሰባት፡ብኩነታት፡ብግዜ፡ብሃገር በዓል ራእይ ንዝቕጽል ተስፋ እናሓሰበ ይነዪ።

ብፍርሒ ጸላእቲ ተዋሒጡ ላብ መጽሞቒ ወይኒ ተሓቢኡ ንዝነበረ ጌደዎን እግዚኣብሄር፡-"ኣንታ ሓያል ጅግና እግዚኣብሄር ምስኻ ኢዩ" ክብል ተዛረቦ (መሳ 6፡12)።ጌደዎን ኣቐዲሙ ፈራሕን ድኹምን ሰብ ነበረ፡እግዚኣብሄር ጽኑዕን ሓያልን ዝበሎ ከቃልሎ ደልዩ ዘይኮነስ ነቲ ኮይንዎ ዘሎ ገዲፉ ክኾኖ ንዘለዎ ኢዩ ዝርኤሉን ዝገልጸሉን ዝነበረ።ጌደዎን ላብ መወዳእታ ንእስራኤላውያን ካብ ጸላኢ ኣናጊፉ ዘዕረፈ ግኑን መስፍን ኮነ። በዓል ራእይ ዓይኑ ዓይኒ እግዚኣብሄር ኢያ፡ንዝኾነ ዘይኮነስ ንዝኸውን ከላ'ዩ ዘማዕዱ።

በዓል ራእይ ላብ ሰባት ንዘሎ ይርኢ፡ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነ ናብ ዝረኣዮ ስለዝጎዓዝ ከላ ነገራት እናጸረየ ይመጸሉ።ደቂ እስራኤል ብርሑቕ ንዝረኣዩዋ ከንኣን ብዝተጓዕዝዎ ቁጽሪ ይበጽሑ ነበሩ።ማይ'ውን ክንድቲ ዝተጓዕዞ እናጸረየ'ዩ ዝኸይድ።ዘይረገአ ራእይ እናተጓዕዙሉ ከለዉ ይርሕቕ፡ቅኑዕ ራእይ ግን ክንድቲ ዝጓዓዝዎ መጠን እናጸረየ ይቕርብ።ጎቦ ብማዕዶ ንእሽቶ ኮይኑ'ዩ ዝረአ፡እናቕረብካዮ ምስ እትመጽእ ግን እናገዘፈን ምሉእ እናኾነን ይመጽእ።በዓል ራእይ ከላ ናይ ሕጂ ኣይኮነን ዝርኢ፡ሕጂ ብዝሰለጦ ጉዳይ ብሓጎስ ኣይሰራሰርን፡ቀልጢፉ ስለዘይሰልጦ'ውን ኣይቁዝምን፡ስለዚ ርሑቕ ንዘሎ ኢዩ ዝርኢ።

ሓደ ቐሺ፡-"ኢትዮጵያ ካብ ቅድም ጀሚራ ውሽማ ደኣ'እምበር በዓል-ሓዳር ሰብኣይ የብላን።ምኽንያቱ ውሽማ ንሕጂ ጥራይ'ዩ ዝሓስብ፡በዓል-ሓዳር ግና ንጽባሕ'ዩ ዝሓስብ" በሉ ይበሃል።በዓል ራእይ ከላ ከም በዓል-ቃልኪዳን ሰብኣይ ምስዝኸውን ጥራይ'ዩ ንጽባሕ ዝሓስብን ኣርሒቕ ዝርእን።ንሎሚ ጥራይ ዝሓስብ ግን ውሽማ ኢዩ ክንብል ንኽእል።

<u>ነስተውዕል</u>

- ንሰባት ላብ ዘይደልዎ ሻኻ ምስእነቐምጦም ንባዕሎምን ንኻልኦትን ዘይጠቕሙ ይኾኑ።
- እቲ ኩሉ ሰብ ዝደልዮ ናይ ሓባር ድልየት ምብላዕ፡ ምስታይ፡ ምምርዓውን ምውላድን ራእይ ኣይኮነን።
- ራእይ ዘሐጉስ ኢዩ፡እቲ ዘሐጉስ ግን ባዕሉ እቲ ራእይ ኢዩ።

- ብኣና ዝጀመረ ስራሕ እግዚኣብሄር ይዛዝሞ።
- ራእይ ናትና እንተደኣ ኮይኑ ከይደለናዮ ይሕዘና።
- ዝጨበጥናዮ ገዲፍና ከንቱ ተስፋ ኣሚና ምስእንተርፍ እቲ ናይ መጀመርታ ዳርባ እምኒ ካብ ገዛና ይብገስ።
- ኣብ ካልእ ቦታ ደቂ-መዝሙር ካብ ሙኺን፡ናይ ራእና መምህራን ምኺን ይበልጽ።
- ብዙሓት ኣማራጺታት ክቐርቡልና ከለዉ፡ንሰብ'ዶ ወይስ ንእግዚኣብሄር ከሐጉሶ፧ ኢልና ምስ እንጭነቐ፡ራእይ ንእግዚኣብሄር ይመርጸልና።
- መሰረት ምንባር ሙማት ኢዩ።
- በዓል ራእይ ዝተረጋግአ ግን ዘይሰዓር፡ኣስተውዓሊ ግን ዝነዪ፡ ዝዛረብ ግን ቦትኡ ዝፈልጥ ኢዩ።
- በዓል ራእይ ሓሳቡ ክሳብ ዝማልኣሉን ናብ ዝረኣዮ ክሳብ ዝበጽሕን ኣይድቅስን ኢዩ።
- በዓል ራእይ ንጽቡቐ ስራሕ ዋጋ ይኸፍል ደኣ'ምበር ኣየጋንን።
- በዓል ራእይ ንዝኾነ ዘይኮነስ ንዝኸውን ነገር'ዩ ዝሓስብ።
- ኣብ ህይወት ከም ንጽቡቐ ውሳኔ ምሸቓል ዝኸፍእ ነውሪ ፈጺሙ የለን።
- በዓል ራእይ ናይ ኣእምሮ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኣካላት ምድላው'ውን ኢዩ ዝገብር።
- በዓል ራእይ ብብኽያት ንዝዘርኦ ብሓጎስ ከምዝዓጽዶ ይኣምን።
- ግዜና እንስውኣሉ ነገር ንሱ እቲ እንነብረሉ ነገር ኢዩ።
- በዓል ራእይ ኣብ ዝሪኦን ኣብ ዝሰምዖን ኣይውሰንን ኢዩ።ንሂወት ከኣ እዚኣ ጥራይ'ያ ኢሉ ኣይፈርዳን።
- በዓል ራእይ ናይ ሕጂ ኣይኮነን ዝርኢ፡ ሕጂ ብዝሰለጦ ኣይሰራሰርን፡ብዘይ ሰለጦ ከኣ ኣይቁዝምን፡እንታይ ደኣ ብርሑቐ ንዘሎ ኢዩ ዝርኢ በዚ ከኣ ይሕጎስ።

⁘ ⁘ ⁘

ምዕራፍ 19

ብራእይ ምዕባይ

ሓደ ሰብኣይ፦“እግዚኣብሄር ንምፍታው ገዛእ ርእስናን ከምኡ’ውን ንጥበራ ገዛእ ርእስናን ውላድ ብምውላድ እዩ ዘግድፈና”በሉ ይበሃል።ሰብ ቅድሚ ውላድ ምውላዱን ድሕሪኡን ኣካላዊ ለውጢ ዘይከምጽእ ይኽእል እዩ፡ኣብ ውሽጡ ግን ግድን ለውጢ ኣለዎ።ባህሪ ሰብ ኩሉ ግዜ ንዓይ ዝብል ምፍታው ገዛእ ርእስን ክሳብ ዘድልዮ ቦታ ክስከሙኒ ዝብል ሕንቁቕ ባህርን እዩ።ንዓይ ዝብል ጠባይ ምምላኽ ምጾትን፡ኩሉ ንዓይ’ዩ ዝግባእ ዝብል ሕማምን፡ሰብ ዘበለ የንጽፈለይን የመዓራርየለይን ዝብል ብልሽውናን ንመንፈሳውነት ጥራይ ዘይኮነ ንሰብኣውነት’ውን ዘጸይፍ ነውሪ እዩ።

እዚ ጠባይ’ዚ ምስ ገዛእ-ርእስኻ ከይተረፈ’ውን’ዩ ዘጻልእ፡ምኽንያቱ ክንዮ’ቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ኣብ ኢድ ሰባት ዘሎ በረከት’ዩ ድቃስ ዝኸልኣና።እዚ ባህሪ’ዚ ካብ እግዚኣብሄር ዝፈልየና፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ፍቕሪ እዩ።እዚ ባህሪ’ዚ ምስ ሰባት’ውን የጻልኣካ፡ምኽንያቱ ሰብ ንዝፈትዎ እዩ ዝፈቱ።ንገዛእ ርእስኻ ጥራይ ብምስማዕ ካብ ዝነቐለ፡ንኻልእ ምርህራህ ካብ ዘይብሉ ኣነባብራ ብቐሊሉ ክትላቐቕ ኣይከኣልን’ዩ።ፍቕሪ እግዚኣብሄር ንውሽጥና ምስዝመልኦን መንፈሱ ምስዝሕግዘናን ግን ነዚ ንኽእሎ።ካብ’ዚ ባህሪ’ዚ እንላቐቕሉ ሓደ መገዲ ከኣ ውላድ ምውላድ እዩ።

ዘይወለዱ ሰባት ባእሲ ኣበይ ኢዩ ዘሎ፧እንተሰሚዕኩም ንገሩና ዝብሉ ኢዮም።። ምስ ወለዱ ግን ንኽዓርቁ’ኳ እናፈርሑ፡ብመገዲ ኣጋር እንተዘይኮይኑ ከም ቀደሞም በቲ ቀደም ዝኸዱሉ ዝነበሩ ጎደና ቀሲኖም ክኸዱ ኣይደፍሩን።ዘይወለዱ እናተለመኑ’ዮም ስራሕ ክሰርሑ ዝደልዩ፡ምስ ወለዱ ግን ብዛዕባ ጡረታኦም ክሓስቡ ይጅምሩ።ዘይወለዱ ሰባት ብብዙሓት ተኸቢብካ ምንባርን ጻዕቂ ኣብ ዝበዝሑ ምጽንባር’ዮም ዝፈትዉ፡ምስወለዱ ግን ነቲ ሓዲሽ ጋሻ ውላዶም ከዘናግዑ ግዜኦም ይስውኡ።ዘይወለዱ ሰባት ንዝረኣዩዎ ክዳን ንዓይ ዝብሉ ዝነበሩ፡ምስ ወለዱ ግን ዝጸበቖ ንውላደይ ኢዮም ዝብሉ።ምስ ደቀሱ ዘይትንስኡ መምለኽቲ ድቃስ ዝነበሩ ሕጂ ግን ኣብ ሓደ ለይቲ እናተንስኡ ውላዶም ይከታተሉ።እቶም ገንዘብ ክረኽቡ ከለዉ መዘናግዒ ቦታታት፡ገማግም ባሕሪ ክዛወሩ ዝደልዩ ዝነበሩ ሕጂ ግን ንውላደይ ገዛ ክሰርሕ ይብሉ።እቶም ኣብ ዝኾነ ዘምስዩ ኣብ ዝረኽቡዎ ዝሓድሩ ዝነበሩ ሕጂ ግን ውላደይ እናበሉ ብእዋኑ ንገዝኦም ክኣትዉ ይረኣዩ።

በዚ ምኽንያት ወለዲ ጥራይ ዘይኮነ እቶም ውሉድ’ውን ብዘይ ጻዕሪ ንጠባይ ናይ ወለዶም ብናይ ተፈጥሮ ፍቕሪ ክልውጥዎ ከለዉ ኢና ንዕዘብ።ለውጢ ክህሉ ዝኽእል ከኣ ልዕል’ቲ ካልኦት ሰባት ነዓና ዝፈትዉና፡ንሕና እንፈትዎም ሰባት ምስዝህልዉ ኢዩ።እግዚኣብሄር ካብ ምፍታው ገዛእ ርእስናን ካብ ሕንቃቕን ውላድ ብምውላድ ይፈላልየና ዝተባህለ ከኣ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ።ንዓይ ዝብል ናብራ ሓጎስ የብሉን፡ሓጎስ ክህሉ ዝኽእል እምበኣር ንብጻየይ ምባል ምስዝህሉ እዩ።ሕንቃቕ ኣይኮነን ንዝፈልጥ ሰብ ንውላድ እውን ኣቕያሚ እዩ።ናይ ተፈጥሮ መልክዕን ኣተሓሳስባን ዘበላሹ፡ንኣዘራርባ ከኣ ብልሹው ድምጺ ዝቕይሮ ሕንቃቕ እዩ።ሰባት ዝሓስቡሉ ሰብ እንተልዩ ምእንትኡ ክብሉ ጥራይ’ውን ኢዮም ክነብሩ ዝደልዩ።ስለዚ እንፈትዎ ሰብ ምስዝህሉ ዕድመ የወስኽና።ንውላድ ተባሂሉ ዝስራሕ ገዛ ወለዲ ይጽዕሩሉ፡ውላድ ንወለዶም ዝገብሩዎ እምበኣር እዚ ኩሉ እዩ።ናይ ብሓቂ ከኣ ወለዲ ንውላዶም ካብ ዝገብሩዎ ንላዕሊ ውሉድ ንወለዶም ዝገበሩዎ ይበዝሕ፡ምኽንያቱ እንተወሓደ ዕድመ ናይ ወለዲ ክቕጽል ይኽእል።ትዕግስትን ተጻዊርካ ምንባርን ከኣ ይኽእሉ።

ራእይ ድማ ኣባና ምስ ተወልደ ውላድ እዩ።ብዛዕባ ገዛእ-ርእሶም ሓሲቦም ኣብ ዘይጸግቡ ሰባት ራእይ ክውለድ ከሎ፡ንሳቶም ብዛዕባ ካልኦት ክሓስቡ ይጅምሩ።ነዓና እንታይ ተገይሩልና፤ኢሎም ከይተጸበዩ ከበርክቱ ይደልዩ፡፡እዚኦም ልዕሊ ምቕባል ኣብ ምሃብ ንዘሎ ሓጎስ ኣብሊጾም ይርእዩ፡ርህራሄ መሊኦም ከኣ ሓገዝ የበርክቱ።መኽሰቦም ጥራይ ዘይኮነ ቀንዲ ነገሮም'ውን እንተኾነ ነቲ ዝነብሩሉ ራእይ የውዕልዎ።እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ምውላድ-ራእይ ብዙሕ ባህርያት'ዩ ዘጎናጽፈና።ስለዚ ንሕና ንራእይና ካብ እንገብሮ ራእይ ንዓና ዝገብሮ ይዓዝዝ።ራእይና ንጠባይና ይቕርጾ፡እግዚኣብሄር ከኣ ናብቲ ክፈጥረና ከሎ ክሪኦና ዝደለዮ መልክዕ ልዕል የብለና።ኣብ መፈጸምታ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓጎስ ውቅያኖስ እናጥሓለ ንሞት ብመዝሙር ከምእንቕበሎ ይገብረና።ብሓቂ እምበኣር እግዚኣብሄር ንደቂ ሰባት ካብ ዝሃቦም ህያባት እቲ ቀንዲ ራእይ እዩ።

ራእይ ዘልብሰና ባህሪ ኣሎ ንሱ ድማ፡-

1.ብዛዕባ ካልኦት ክንሓስብ ይወሃበና

ሰባት ንጉድለት ካልኦት ኣማዕድዮም ክሪኡ ይኽእሉ ኢዮም፡ብኣንጻሩ ግን ናይ ባዕሎም ጉድለት ኣይረኣዮምን።ልግሲ ብዝምልከት ሰባት ሽግር ካልኦት ምርኣይ ይሰኣኖም፡ብናይ ባዕሎም ሽግር ግን ኣብዚሑም ይቦኽዩ።ካልኦት ብጥምየት እናተሳቐዩ ኣይሓዝኑሎምን፡ክንጠሚ ንኽእል ኢና እናበሉ ግን ምእንቲ ባዕሎም ይነብዑ።ናይ ምድሪ ገዛእቲ'ውን እንተኾኑ ዝቃወሙን ዘመስግኑን ብመንጽር ሃገሮም ዘይኮኑስ ካብ ናይ ግሎም ጉድኣትን ጥቕምን ተበጊሶም'ዮም ዘመስግኑን ዝቃወሙን።እቶም ምእንቲ እታ ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ዝኾነት ንእሽቶይ ገዝኡም ዝሓስቡ ከኣ ከም ሃገር ጌሮም'ዮም ዝሓስቡላ።

ሓንቲ መንእሰይ ብጣዕሚ እትፈትዎ ሓዋ ክምርያ ምኽኑ ምስነገራ ኣዝያ ሰንበደት፡ብድሕሪኡ በይና ምኽና ተሰምዓ'ሞ ኣዝያ ተጨነቐት።ሽዑ ኣነን ንሳን ተራኺብና ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ እንተዘይተማኺርና ክትሓድር ከምዘይትኽእል ነገረትኒ።በቲ መዓልቲ እቲ ከኣ ብሓደጋ ሱናሚ ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ህዝቢ ሙማቱ ሰሚዐ ኣዝየ ሓዚነ ነበርኩ፡ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓዘን'ዚ ኮይነ ከኣ ነታ መንእሰይ ረኸብኩዋ።"ዝሰማዕኩዎ ምእማን ከቢዱኒ" ኢላ ብዛዕባ ምምርዓው ሓዋ እናሓዘነት ነገረትኒ።ኣነ ከኣ ብሓደ እዝነይ ናይ ሱናሚ ብሓደ እዝነይ ከኣ ነታ ጓል ዘሕዘና ይሰምዕ ብምንባረይ ገረመኒ።ነታ መንእሰይ ከኣ ናይ ሱናሚ ዜና ምስማዓን ዘይምስማዓን ሓተትኩዋ'ሞ እወ ሰሚዐ በለትኒ።እሞ"ኣየናይ ይኽብድ ነየናይ ምስማዕ'ከ የሕዝን፤"ኢለ ሓተትኩዋ'ሞ መልሲ ግን ኣይነበራን።መሊስና ከኣ ብዛዕባ ምፍታው ገዛእ ርእሲ ምስ ተዘራረብና፡ንኻልኦት ከም ገዛእ ርእስኻ ዘይምርኣይ ዓቢ ሓጢኣት ምኽኑ ተረዳዲእና ተፈላለና።እወ ከም ኣብ ዘበን ኖህ ዝነበረ ሓደጋ ዝመስል ሓደጋ ከጋጥም እንከሎ ከም ቀሊል ክትሓልፎ ምፍታን ናትካ ንእሽቶ ጸገም ግን ብዘጉልሕ መነጸር ምርኣይን ረኣዩለይ ምባልን ኣብ ትሕቲ ባርነት ምፍታው ገዛእ ርእስኻ ናይ ምህላው ምልክት'ዩ።

"ኣዲኡ ዝሞተቶን ኣዲኡ ንዕዳጋ ዝኸደቶን ብማዕረ ይበኽዩ"ይበሃል።እቲ ኣዲኡ ዝሞተቶ ስለዘይረኽባ ሓቁ'ዩ ክበኪ፡እቲ ከምዝረኽባ እናፈለጠ ዝበኪ ግን ልቢ ሰባት ኣይትንክፍን'ዩ።ንሕና ድማ ከምቶም ኣዲኡም ንዕዳጋ ዝኸደት ግን ከምቶም ኣዲኡም ዝሞተቶም ኮይና እንበኪ ውሑዳት ኣይኮናን።ኣብ ምፍታው ገዛእ ርእስና ኮይና እንሪኡን ኣብ ራእይ ኮይና እንሪኡን ዝተፈላለየ እዩ፡ምኽንያቱ ራእይ ብዛዕባ ካልኦት ክንሓስብ እዩ ዝገብረና።ንራእይ ዝወለደ ሰብ ብዛዕባ ካልኦት ድቃስ የብሉን።ራእይ ምስዝህልወና ከኣ

ኩሎም ሰባት ሓገዝ ዘድልዮምን ዘሕዝኑን ኮይኖም ይረኣዩና።እቶም ሃብታማት'ውን ከይተረፉ ዝሓዝነሎም ስለዘየለ ብስም ሃብቲ ተሸፊኖም ብጭንቀት ተዋሒጦም ከምዝነብሩ ይረኣየና።ጨኮንቲ ዝመስሉ ሰበ-ስልጣናት ጸሓይ-እግዚኣብሄር ብነጻነት ሙማቕ ከምዝሰኣኑን ካብ ዝተኣስረ ከምዘይበልጹን ኮይኖም ይረኣዩና።በዓል ራእይ ንጸልማት ኣይረግምን፡ምኽንያቱ ንጸልማት ብምርጋም ጥራይ ብርሃን ከም ዘይመጽእ ይፈልጥ ኢዩ።

2.ልቕሑ ከይተጸበየ ይዘርእ

ሓደ ግዜ ምስ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ ኣብ መገዲ ተራኸብና"ከመይ ውዒልክን" ምስበልኩወን ዘይልሙድ መልሲ ሃባኒ፡-"እግዚኣብሄር ይመስገን እንተኾነ ናብራ ልቓሕ ኣድኪሙኒ" ከኣ በላኒ።ሰንቢደ እንታይ ማለትክን ደኣ'ዩ፤ምስበልኩወን፡-እወ "ኣብ ሓዘን ናይ ወደይ መጺኡ ንዝበኸየለይ ከይደ ክበኽየሉ፡ኣብ ድግሰይ ኪሎ ሸኮር ንዘምጽኣለይ ኪሎ ሸኮር ክመልሰሉ ኣድኪሙኒ" በላኒ።ባህሊ ሃገርናን ናብራ ሃገርናን ህያብ ዘይኮነስ ልቓሕ እዩ።እንተኾነ ፍቕሪ ህያብ'ዩ ዝኣምን፡ልቓሕ ግን ሓደ ነቲ ሓደ ክሰፍረሉ ምንባር ብምኽኑ ኣድካሚ እዩ።ንሕና ብዘመናውነት ተሓኒቕና"ጸገም የለን"እናበልና ኢና እንሓልፎ፡እዘን ሰበይቲ ግን ሓቂ ተዛረባ።ክንዛረብ ከለና'ውን እንተኾነ ኣፍና መሊእና፡-"ኣነ ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ልቓሕ ኣይሓልፈንን'ዩ ኢና እንብል፡ከይሓልፈና ድማ ነቲ ሰብ ዘምጽኣልና ንምዝግባ።ነቲ እንቕበሎ ካብቲ ብሓጎስ ዝተቕበልናሉ መዓልቲ ኣትሒዝና ክንፈድዮ ንጽበ።ኣውሒዱ ንዘምጽኣልና ኣውሒድና ንምሃብ ህያብ ዝመስል ቅሬታ መዝጊብና ንነብር።ህያብ ፍቕሪ ግን ዝመሓላለፍ ስለዝኾነ፡ናትና ናብ ሓደ ኣካል ኣዐሪዩ ክሓልፍ ከሎ፡ናይ ካልኦት ድማ ናባና ኣጸቢቑ ይፈስስ፡ፍቕሪ ከኣ ነቲ ህያብ ዘይኮነስ ነቲ ዝፈትዎ ሰብ'ዩ ዝርኢ።ፍቕሪ ብንብረት እንተድኣ ተሰፊሩ ዋግኡ ይውሕድ፡ሓጎስ ዝበሃል'ውን ኣይህልዎን።

በዓል ራእይ እንታይ ጌሮሙለይ ኔሮም ኢሉ መዝገብ ዝገላብጥ ዘይኮነስ ንዘይሃቡዎ ንምሃብን ንዘይመሃሩዎ ንምምሃርን እዩ ዝግስግስ።በዓል ራእይ ነቲ ልቓሕ ኮነ ነቲ መልሲ-ልቓሕ ኣየገናዝብን'ዩ፡እኳ ደኣ በዓል ራእይ ጸርፍን ነቐፌታን ክሕደትን እዩ ዝጽበ።ኣብ ሓደ ቤት ካብቶም ኣብ ውሽጢ ገዛ ዘለዉ ንብረት እቲ ኣብ ኣፍደገ-ገዛ ዘሎ መወልወሊ ጫማ (ጨርቂ)ዝዓበየ ኣበርክቶ ኣለዎ።እቶም ሰብ-ገዛ ድማ ርስሓት ጫማና ብኡኡ ጸሪግናዮ ክንኣቱ'ዮም ብልቦም ዘፍቅዱልና።ንሕና ከኣ ጫማና ኣዐሪና ወልዊልና ብነጻነት ገዛኦም ንኣቱ።እቲ ዝወልወልናሉ ጨርቂ ግን መሊስና ክንሪኦ ኣይንደልን ኢና፡ኣገልግሎቱ'ውን ኣይረኣየናን።ካብቲ መወልወሊ ንላዕሊ ከኣ ነቲ ጽሩይ ዘይፈትወና መመልከዒ ዕንባባ ናይቲ መንጸፍ ኢና እነድንቕ።ኣብ ሂወት ከኣ ንጹሃት ምስእንኸውን ጥራይ ዝፈትዉናን ምሉእ መንነትና ዝቕበሉናን ሰባት ኣለዉ።ነቶም ምስ ምሉእ መንነትና ዝቕበሉና ኣገልገልትን ሰብ ራእይን ግን ከም መወልወሊ መንጸፍ ናይ ኣፍ-ደገ እናረገጽናዮም ከለና ኣይነስተውዕለሎምን ኢና።

ብዙሓት ኣገልገልቲ ካብ ሰባት ብዝወርዶም ክፉእ ግብረ-መልሲ ከም ዝትከዙ ንፈልጥ ኢና።ንገዛእ ርእሶም ከኣ ክበኽዩላ ከለዉ ይገጥሙና ኢዮም።እዚኦም በቶም ዘገልግሉዎም ሰባትን በቶም ደንደንትን ሰናይ ዘይመልሱን ከኣ'ዮም ተስፋ ዝቕርጹ።ብዙሓት ሰብ ራእይን ኣገልገልትን ንእግዚኣብሄር ምርኣይ ደው ኣቢሎም ክበኽዩ ይርከቡ'ዮም።እዚ ከኣ ነቲ ንሶም ንሰባት ዝገበሩዎ ሰናይ ነገር ብሰናይ ስለዘይተመለሰሎም ኢዩ።በዓል ራእይ እምበኣር ዓስቡ ካብ ሰብ ክጽበ ኣይግቦኦን፡ምኽንያቱ ከፋሊ ዓስቢ በዓል-ራእይ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።ሰባት ዓስብና'ኳ እንተኸፈሉና ኢድ ሰብ ንእሸቶ፡ልቡ ከኣ ስሱዕ

ስለዝኾነ ናይ እግዚኣብሄር ይሕሸና።ኣነ'ውን ኣብ ኣገልግሎተይ ዝተዓዘብኩዎ እዩ፡ጸገማቶም ብኣፎም ነዓይ ይነግሩኒ፡ሓጎሶም ግን ንኣዝማዶም ሓቲተ'የ ክሰምዖ ክኢለ።ጸገሞም ክነግሩኒ ከለዉ ካብ ቤተሰበይ ሓቢአ'የ ዝነግረካ ዘለኹ ይብሉኒ፡ንሓጎሶም ግን ካብቲ ኣገልጋሊ ሓቢኦም ንቤተሰቦም ይነግሩዎም፡በዚ እዞም ሰባት ዝገብሩዎ ነገር'ውን ኣይተገረምኩን፡ምኽንያቱ ምግራም ሓይልኻ'ዩ ዘድክም።

3.ብመጠን እዩ ዝነብር

በዓል ራእይ ዝረኣዮ ዘበለ ዝማርኾ ዘይኮነስ፡ብዕብየት ራእይን ምብልጻግን፡ራእይ ንዝወልዶም ወለዶታት ንምርኣይን ሓብሓቢ ንምኽንን እዩ ዝማረኽ።ንናብርኡ ዝኣክል ደኣ ይወሃቦ'ምበር ብምጽዋት ኣይኮነን ዝነብር፡መወዳእታ ሃብቲ ከኣ ድኽነት ምኽኑ'ዩ ዝርዳእ።ማይ ንዒቕም መስተ ዝሰትዩ ዝነበሩ ሃብታማት ሎሚ ግን ማይ ንምስታይ ክጸቓቐጡ'ዮም ዝረኣዩ።ስጋን ጠስምን መለክዒ ሃብቲ ዝመስሎም ዝነበረ ግዜ ኣብቂዑ፡ንጥዕና ቆሎ ስገም ምስ ብርጭቆ ማይ ዝበለጸ እዩ ዝበሃለሉ ዘመን ኢና ዘለና።ኣብ ልምሉም ፍርናሽ ምግልባጥ ንሕቕ ጽቡቕ ኣይኮነን ኢሉ ሓኪም ከምዝእዝዞ፡ሃብታም ካብ ድኻ ኣብዘይበልጸሉ ኣብ ደረቕ ዓራት ክድቅስ በዓል ራእይ ይርኢ።ስለዚ በዓል ራእይ ናይ ሃብቲ መወዳእታ ድኽነት ምኽኑ ስለዝፈልጥ ካብ ቦትኡ ኣይርሕቕን።

ንበዓል ራእይ እቲ ራእይ ባዕሉ ዘምጽኣሉ ብዙሕ በረከት'ኳ እንተሃለዎ፡ንሱ ግን ቀደም ካብዚ ወጻኢ ምንባር ይኽእል ኔረ'የ ኢሉ ብናይ ቀደም ልክዕ'ዩ ዝነብር።ካብ መሬት ብዙሕ ምርሓቕ ጽቡቕ ዘይምኽኑ ይርድኡ።ምስ ብሉጻት ኣብ ብሉጽ ቦታ ምቕማጥ ከም ነውሪ ይቖጽሮ፡ምስቶም ጽጉማት ግን ኣብቲ ዝተጸገሙሉ ቦታ ይርኣ።ንራእይኡ ንሃብታማትን ንግዝያዊ ፖለቲካን ኣይሸጦን፡ምኽንያቱ ሓቂ ብዋጋ ከምዝግዛእ ደኣ'ምበር ከምዘይሸየጥ ይፈልጥ እዩ።መጠን ስለዝፈልጥ ሰላም ኣለዎ፡መደቀሲኡ ሰለስተ እመትን ስድርን፡መግቡ ሓንቲ እንጀራ'ኳ እንተኾነ መግቢ ደልዩ ንማንም ኣይሰግድን።ዝኣኽሎ ኣብ ምልዓል፡ ሕግብግብ ካብ ምባል ድሒኑ ዘድልዮ ጥራይ የልዕል።ከም ህጻን ኣብ ኢዱ ንዘሎ ከይረኣየ ኣብ ኢድ ሰብ ብዘሎ ኣይበክን'የ፡መኣዱ ድማ ምስ ብዙሓት ኮይኑ'የ ዝቕርሶ።ኣብ ገዝኡ ከኣ እንጀራ ጥራይ ዘይኮነ ፍቕሪ'ውን'የ ዝብላዕ።

በዓል ራእይ ኣባይ ጥራይ ይዕዘዝ ስለዘይብል ክዳኑ ኣብ ዝቕይረሉ ንድኻ ይኸድን፡ከም ሽምዓ እናተወድአ ዘብርህ ዘይኮነስ እናነበረ'የ ዘብርህ።ናይ ኣካላት ብቕዓት እናኣማዕበለን ብስፓርት እናሓየለን ሰብነቱ ብምድልዳል ንራእይ ይነብር።ኣብ ናይ ኩሉ ግዜ መምርሒኡ፡-"ኣይጸገብኩን ምባል"ይቃወም፡ካልኣይ፡-"ብመጠን ምንባር ክብሪ እዩ" በሃላይ እዩ።ብመጠን ምንባር ኣብ ኣመጋግባኡ ከይተረፈ ንጸሎት ከምዝሕግዞ ይፈልጥ ኢዩ፡፡ዘይበልዓሉ ዘመን ንምክሕሓስ ንሕማም እናነሰሰ ኣይጽውዖን፡ንሎሚ ከኣ ብመጠን ይነብራ።ብመጠን ምንባር ስለዝኸኣለ ምስ ካልኦት ክነብር ከሎ ሰላም ኣለዎ፡ንማንም ከይፈርሐ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጽላሎት'ውን ከይተጠራጠረ ወጺኡ ይኣቱ።

ራእይ ኣባና ክውለድ ከሎ ዝወሃበና ጸጋ ሓደ ብመጠን ምንባር እዩ፡ኩሉ ኣኻኺቡ ዘይጸግብ ዝነበረ ሰብ ሕጂ ካልኦት ክሕጎሱ ብምርኣዩ መሊሱ ይጸግብ።ምኽንያቱ ራእይ መሊሱ ይፈጥረና፡መሊሱ'ውን'የ ዝሰርሓና።

4.ነቲ ራእይ የዕብዮ

ኣብ ትምህርቲ ዓለም ሓደ ዘመን ንመሃር ኣብ ካልእ ዘመን ከኣ ንሰርሕ።ማለት ንመሃረሉ እዋን ካልእ ናይ ስራሕ እዋን ከኣ ካልእ እዩ።ኣብ ራእይ ግን እናተመሃርና ኢና ንሰርሕ፡እናሰራሕና ከኣ ንመሃር።ጉድለታትና ንምቕናስ ከኣ ንጸሎትን ምኽርን ገንዘብና ንገብሮ።ውላድ ምውላድ ቆልዑ እነዕብየሉ ጥራይ ዘይኮነ ንሕና'ውን እንዓብየሉ ኩነታት'ዩ።ቆልዑ ክዓብዩ ከለዉ ብኣካሎም እናሓየሉ ይኸዱ፡ወለዲ ግን ብኣእምሮኦም እናሓየሉ፡ብኣካሎም ግን እናደኸሙ እዮም ዝኸዱ።ራእይ እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ ከኣ ናይ ቀደም ኣካላዊ ሓይልና ዘይክህሉ ይኽእል እዩ፡ኣእምሮና ግን ካብ ቀደም ሎሚ ዝሓየለ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።ፍሬና ብምርኣይ ንሕጎስ ደኣ'ምበር ከም ቀደም ክንጎዩ ብዘይ ምኽኣልና ኣይንሓዝንን፡ምኽንያቱ ንኹሉ ግዜ ኣለዎ።

ህጻን ክዓቢ ከሎ ወታእ ኮይኑ ክዛረብ የሐጉሰካ'ዩ፡ብታተ ክኸይድ'ውን ይምስጠካ።ኩሉ ግዜ ጸያፍ ኮይኑ ዝዛረብን፡ታተ እናበለ ዝኸይድን እንተኾይኑ ግን ዘሐጉስ ዘይኮነስ ዘተሓሳስብ'ዩ ዝኸውን።ወደይ ክሳብ ሕጂ ምዝራብ ኣይጀመረን፡ክኸይድ'ውን ኣይፍትንን'ዮ'ሞ ጸልዩለይ እዩ ዘብል።ንኹሉ ነገር ድማ ኣብ ግዝይኡ ስለዘመልክዓሉ፡ናይ ዕብየት ሕጊ ክትጽበ ምስዝከኣል ቀጻሊ ሓጎስ ክህሉ ይኽእል።ራእይ ከኣ ናይ ቁልዕነት ዘመን ኣለዎ።ንኹሉ ክገዝእ፡ንኹሉ ክርኢ፡ንኹሉ ክሰርሕ ዘብል ኩሉ ዝተበላሸወ ኮይኑ ዝረኣዮ፡ፍርዲ ዝበዝሖ ናይ ህጻናት ኣዋርሕ ኣለዎ።ጳውሎስ ነቲ ናይ ቀደም ሂወቱ ቅኑዕ ኣይነበረን ይብሎ፡እቶም ናይ ቀደም ተመሃሮኡ ንናይ ዳሕራይ ሂወቱ ቅኑዕ ኣይኮነን ይብሉዎ ነበሩ።

ራእይ ካብ ፍልጠት ብስምዒት ናብ ምትንካፍ፡ብስምዒት ካብ ምትንካፍ ኣጽሪዩ ብምውሳን፡እንዳእቲ ንእንዳእቲ እናኣሰረ ስርሑ ብምቕጻል'ዩ ሓይሉ ዘጎናጽፍ።ራእይ ብሰለስተ ኣንፈታት ክጎዓዝ ይኽእል፡መጀመርታ፡-ንድሕሪት ክምለስ ይኽእል፡ካልኣይ፡-ኣብ ዘለዎ ደው ክብል ይኽእል፡ሳልሳይ ከኣ፡-ንቕድሚት ክግስግስ ይኽእል እዩ።ክንድቲ ንድሕሪት ምምላስ ዝኸውን ኣብ ዘለ'ኻዮ ደው ምባል፡ከም ዐቋር ማይ ምብስባስ ናይ ራእይ ክኸትል ይኽእል።ራእይ እናጸረየ ክኸይድ ዝኽእል ግን ናብቲ ክበጽሖ ዘለዎ ዕላማ ንቕድሚት ምስ ዝቕጽል ኢዩ።

እቶም ንድሕሪት ዝተመልሱ ነቲ ራኢኦም ክቃወሙዎ ይረኣዩ።ናይ ሕጂ ከየጣጥሑ ነቲ ዝነበሩዎ ብምንቃፍ ኣብ ናይ መጀመርታ ናይ ትዕዝብቲ ደረጃ ይወድቁ። ብሓድሽ ፍቕሪ ተናዊጾም ከኣ ነቲ ዝቕደመ ገዝኦም ማዕጾኡ ዓጽዮም ይኸዱ።ክምለሱ'ኳ እንተደለዩ፡ባዕሎም ዝዓጸዉዎ ማዕጾ ምኽፋት ስለዝኣብዮም ብሻቕሎት ተዋሒጦም ይነብሩ።ቀደም እቶም ብራኢኦም ዝነቕፍዎም ዝነበሩ ሕጂ'ውን እንተኾነ ኣይንእዱዎምን'ዮም።ቀደም ብናይ ራእይ መንነቶም ሕጂ ድማ ብመንነት ክሕደቶም ይነቕፉዎም።እቶም ራኢኦም ኣብ ዘለዎ ደው ዝብሉ ድማ፡ኣብ ምሽክርካር ናይ ሓዘን ክወዛወዙ'ዮም ዝነብሩ።"ንጽባሕ ክነብር ተስፋ ዘይብሉ ብትማሊ ይዘናጋዕ" ዝተባህለ ምስላ ከኣ ይበጽሖም።እዚኦም ነቲ ቅድሚ ዓመታት ዝሰርሑዎ እናውረዩ፡ዝተደርደረ ስእሊ እናርኣዩ ብዝሓለፈ ይጸናንዑ።ንሎሚ ሎሚ ምስራሕ ከምዘድሊ ከኣ ጠቕሊሎም ይርስዕዎ።እቶም ንቕድሚት ዝግስግሱ ግን ንዝሰርሑዎ ምቑጻር ገዲፎም ኣብ ርእሲኡ ደጋጊሞ'ዮም ዝውስኹሉ፡ብንእሽቶ ዓወት ምዕጋብ ከኣ ካብኦም የርሕቑዎ።

እቶም ንምውላድ ጥራይ ውላድ ዝምነዩ ሓቀኛታት ወለዲ ኣይኮኑን።ምኽንያቱ ምውላድ ሓደ ግዜ እዩ፡ምዕባይ ግን ምብልሓት ዝበዝሑ ቀጻሊ ኩነታት እዩ።ንራእይና ኣርኢና ምጥፋእ፡ንልቢ ኣለዓዒልና ምስዋር፡ኣዕጢቕና ምሕባእ ግቡእ ኣይኮነን፡ምኽንያቱ ራእይ ንቕድሚት ክደፍእ ኣለዎ።ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ከም ዕቋር ማይ ዝረግእ ዘይኮነ ዝፈስስ ፈለግ ክኸውን ኣለዎ፡ጻዕሩን ምፍሳሱን ከኣ ክውስኽ ይግብኣ።ፈለግ ኣብ መበገሲኡ'ኳ ውሑድ እንተኾነ ኣብ ጉዕዙኡ ግን ንሓረስቶት እናለገሰ እዩ ዝኸይድ።ራእይ መብዛሕቲኡ ግዜ መበገሲኡ ሓደ ሰብ እዩ፡ኣብ ጉዕዞኡ ግን ብዙሓት ሰባት የስዕብ።እግዚኣብሄር ድማ ንብዙሕ መከራ ብሓደ ሰብ ጌሩ ክሰጎ ይኽእል'ዩ።ፍርሒ ናይዚ ዓለም'ዚ ኣብ ምጅማር እዩ፡ምስ ተጀመረ ዝውድእዎ ግን ካልኦት'ዮም።ብዙሓት ሰባት ጽቡቕ ነገር ምግባር ይደልዩ ኢዮም፡ እንተኾነ ግን መገዲ ጠፊኡዎም ኮፍ ኢሎም'ዮም ዝነብሩ።በዓል ራእይ ክለዓል ከሎ ከኣ እዞም ኩሎም ኮፍ ዝበሉ ሰባት ይስዕቡዎ።

ህይወት ዘለዎ ነገር መግለጺኡ ዕብየት እዩ።ራእይ ድማ ሂወት ስለዘለዎ ብዕብየት'ዩ ዝግለጽ።ኣብ ናብራ እቲ እሩም ክንክን ዝረክብ ቀልጢፉ ክዓቢ ይኽእል'ዩ፡ኣትክልቲ'ውን ብዘይ ክንክን ኣይዓብዩን'ዮም።ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ከምኡ'ውን ራእይ ንኽዓቢ ክንክን እዩ ዘድልዮ።ራእይ ሓለዋ'ውን'ዩ ዘድልዮ።ራእይ ሓጹር እንተዘይብሉ ክደፍር ስለዝኽእልን፡ብስምዒት ዝገንፈሉ ኣንፈቱ ክቕይሩዎ ስለዝኽእሉን ንራእይ ዋርድያ ዝሓድር የድልዮ እዩ።ሂወት ዘለዎ ዘበለ ይዓቢ'ዩ፡ይፈሪ ከኣ ስለዝኾነ ንብዙሓት ከጽግብ'ውን'ዩ ዝኽእል፡እንተተቕርጸ'ውን በዚሑ'ዩ ዝጥዕ።ኣብ ራእይ ምክፍፋል'ኳ እንተጋጠመ ንጽቡቕ እዩ ኢልና ብምሕሳብ ወለዶ ክፈሪ ክንጽበዮ የድሊ።

ራእይ ህይወት ዘለዎ ነገር ብምኹኑ ብዘይ ምቁራጽ እዩ ዝዓቢ።ዕብየት ናይ ራእይ ግን ተኣምራታዊ ዘይኮነ ተፈጥሮኣዊ እዩ።ኣብ ሓደ ግዜ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ክኸውንን ኩሉ ሰብ ክማረኽ ምድላይን ዕሽነት እዩ።ንናይ ራእይ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ዘይቅበሉ ሰባት ከኣ ብብዙሕ ናይ ሕልና ምግጫው ኢዮም ዝሓልፉ።ራእይ ግን ብፍልጠት እናበሰለ፡ብምስትውዓል እናዓበየ ብጥበብ ግዜን ቦታን እናፈለየ ብፍቕሪ እናሰርሐን እዩ ዝዓቢ።ምስትውዓል፡ጸሎት፡ምፍላይ ግዜን ቦታን ንምዝርጋሕ ራእይ ወሳኒ እዩ።እንተኾነ ብኣንጻሩ ንነገራት ቅርጺ ብምትሓዝ ኩሉ ነገር ኣብ ግዝይኡ እዩ ዝኸውን ዝብል ሸለልትነት እንተሊዩ ግን ንራእይ ክጎድኦ ይኽእል'ዩ።ኣብ ራእይ እምበኣር ዕብየት ንዝፈልጡ ምሕታት፡ናይ ሰብ-ራእይ ታሪኽ ምምርማር፡ኣብ ስግርና ዘለዉ ሰባት ንዝህቡና ሕሜታን ነቐፌታን ምምርማር የድሊ።ህላወ ራእይ ድማ ኣብ ውሽጢ ዕብየት ምህላዉ ምስትውዓል ግድን'ዩ።ራእይ ናይ ህቡብነት ካባ፡ናይ ልዕሊ ኣየር ገዛ፡ናይ ስምዒት ድግስ ዘይኮነስ መወዳእታ ዘለዎ ነገር እዩ።ዝኾነ ይኹን ናይ ጸላኢ ሓይሊ ንራእይ ደው ከብሎ ኣይክእልን፡እንተኾነ ናትና ድኻም ንራእይ ደው ከብሎ ይኽእል።

※ ራእይና ንኽዓቢ ወይ ቀጻልነት ዘለዎ ንክኸውን ሰለስተ ነገራት ምትግባር የድልየና፡ንሳቶም ከኣ፡-

1. ራእይ ምቕራጽ
2. ራእይ ምምሕላፍ
3. ዋጋኻ ምትማን

1.ራእይ ምቕራጽ

ብብዙሕ ነገር ተጸጊሙ ንዝነብረ ነብዩ እንባቆም እግዚኣብሄር ናይ መጀመርታ መልሲ ክህቦ ከሎ፡-“ነቲ ራእይ ጸሓፎ፡ኣብ ሰሌዳታት’ውን ቅረጾ” ዝብል ቃል ሃቦ(እንባ 2፡2)።ክጸሓፍ ዘለዎ እቲ ኣብ ውሽጢ ልቢ ዘሎ ነገር እዩ፡ብጽሑፍ ክሰፍር ዝኽእል ከኣ ብርግጽ እቲ ኣብ ልቢ ዘሎ ነገር ጥራይ እዩ።ሰባት ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ሓሳብ ክሓስቡ ይኽእሉ ኢዮም፡እዞም ኩሎም ሓሳባት ግን ክጸሓፉ ዝኽእሉ ኣይኮኑን።ቅኑዓት ዝመስሉ ሓሳባት ብቕርዓት ሕልና ዝሓልፉ’ኻ እንተኾኑ እቲ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፍር ግን ናይ ጽቡቕ ጽቡቕ ዝኾነ ሓሳብ ጥራይ’ዩ።ኣብ ጽሑፍ እቲ ዝተመርጸ ሓሳብ ጥራይ ኢና እነስፍሮ።ቅድም እቲ ኣብ ሕሊናና ዝነበረ ሓሳብ ናትና ጥራይ ነበረ፡ኣብ ጽሑፍ ካብ ዝሰፍረሉ ግን ናትና ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ብዙሓት ሃብቲ’ዩ ዝኸውን።ራእይ’ውን እንተኾነ ኣብ ልብና ናይ ምህላው መረጋገጺ ደጊምና ክንዛረቦ ምኽኣልና ጥራይ ዘይኮነ፡ኣረጋጊጽና ክንጽሕፎ ወይ ንኻልኦት ክንገልጸሎም ብምኽኣልና እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል።ነብዩ እንባቆም ነቲ ዝረኣዮ ክጽሕፎ ጥራይ ኣይኮነን ዝተኣዘዘ፡ካብዚ ሓሊፉ’ውን እቲ ክጽሕፈሉ ዘለዎ መጽሓፍ ምሩጽ ክኸውን ከምዘለዎ’ውን ተነግረ።“ኣብ ሰሌዳ ቅረጾ” ከኣ ተባህለ።

ሰሌዳ ካብ እምኒ ዝስራሕ መጽሓፍ ክኸውን ከሎ ኣብ ልዕሊኡ ዝጸሓፍ ፊደላት ብቀለም ጥራይ ዘይኮነ ብቕርጺ’ውን ስለዝዋደድ ብቐሊሉ ክጠፍእ ኣይክእልን እዩ።እዞም ጽሑፋት እዚኣም ናይ መወዳእታ መልእኽቲ ኣብ ዝመሓላለፈሎም እምኒ መቓብር፡ኣብ እምኒ መሰረትን፡ኣብ ቀወምቲ ሓወልትታት ኢዮም ዝርከቡ።እግዚኣብሄር ንነብዩ እንባቆም፡-“ነቲ ራእይ ጽሓፎ፡ኣብ ጽላት ከኣ ግለጾ” በሎ(እንባ 2፡2) እቲ ቀንዲ ዕላማ ሓሳቡ ስጋ ረሳዒ ስለዝኾነ ነቲ ራእይ ብጽሑፍ ምስፋር ንምኽላስ ኮነ ኣብ መወዳእታ ንምምስጋን’ውን ስለዝሕግዝ’ዩ።ካብዚ ሓሊፉ ድማ በዓል ራእይ ነቲ ዝጸሓፎ ራእይ ኣዐሪዩ ንኽርድኡ ዝገልጽ እዩ።ኣብ ሓሳብና ዘሎ ብጽሑፍ ምስ እንቕርጾ እቲ ረቂቕ ዝነበረ ገዚፍ ስለዝኸውን ኣዐሪዩ ይረኣየና።ከምኡ’ውን ንራእይ ክንቀርጾ ከለና ኣዐሪዩ ክፍለጥን ርዱእ ክኸውንን ይኽእል።እቲ ራእይ ንዓና ብሩህ እንተዘይኮይኑ፡ኣብ ዝኾነ ከብጽሓና ኣይክእልን እዩ፡ከይተረድኣና ከነርድእ ምስእንደሊ ከኣ ክኸውን ዘይኽእል ነገር ኮይኑ ንረኽቦ።ከሳብ ክንድዚ ራእይ እንተደኣ ዘይተራእዩና ግን ብጸሎት ምጽባይ የድሊ።

ወራሲ ኣካል እምበኣር ንመንነት ራእይ፡ንዝርዝር መደቡ፡ንጎደና ስልቱ፡ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ብጽሑፍ ክቕመጥ ይግባእ።ነቲ ራእይ ዝጀመረ ሰብ ባዕሉ ክርስዖም ዝኽእል ኣብ ሕሊናኡ ዝመጹ ሓሳባት ክህልዉ ይኽእሉ ኢዮም፡ኣብ ጽሑፍ ምስዝረኽቦም ግን ክኽልሶም ይኽእል።ካብቲ ናይ ቅድም ሓሳቡ እናተመሓየሸ መጺኡ እንተዳኣ ኮይኑ ነቲ ጽሑፍ እናተመልከተ በቲ ጎደና ንዝመጹ ዘለዉ ብተስፋ ይጽበዮም፡ኣብ ጽሑፍ እንተዘየለ ግን ናይ ሕጂ ሓሳቡ ዝበለጸ እናመሰሎ ክፈርድ ይነብር።

2.ምምሕላፍ ራእይ

ራእይ ዘለዎ ኣገልጋሊ ነቲ ራእይ እዩ ዘመሓላልፎ።ኣብ ውሽጢ ራእይ ዘሎ ዓቢ ኣሳልጦ ከኣ ካልኦት ሰብ-ራእይ ምፍራይ እዩ።ሙሴ ንኢያሱ፡ኤልያስ ንኤልሳእ፡ጳውሎስ ንቲቶን ንጢሞቴዎስን ሓደራ ክህቡ ምስከኣሉ ኣገልገልቶም ብዓወት’ዩ ተዛዚሙ።ኣሳልጦ ራእይ ብዙሕ መጻሕፍቲ ምጽሓፍን ኣብ ፍሉጣት መድረኻት ደው ምባልን ዘይኮነ ንእሙናት ሰባት ሓደራ ምሃብ እዩ።ሓቀኛ ራእይ ድማ ናይ ወለዶ ሓረግ እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ብእኡ ምሉእ ኮይኑ ክዕድሎ ካብ ዝኽእል ዕድመ ኣብ ምድሪ ሰላሳን-ሰለስተን ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ጥራይ'ዩ ገሩ።ንምንታይ፤ምስእንብል ከኣ ብዙሕ ግዜ ምንባር ከምቲ ዝድለ ሚዛን ስለዘይደፍእ'ዩ።ነይታ ናይ ኣገልግሎት ግዝይኡ ኣብ ብዙሕ ህዝቢ ዘይኮነ ኣብ ዓሰርተ-ክልተ ደቀ መዛሙርቱ እዩ ኣህሊኹዎ።ውጽኢቱ ምስ እንሪኦ ከኣ ሓቂ ካብ ወሰን ክሳብ ወሰን ምድሪ ንዘመናት ክትበርህ ከኣለት።ዓሰርተ-ክልተ ደቀ-መዛሙርቲ ውሑዳት'ኳ እንተኾኑ፡ነይታ ግን ናብ ምሉእ ዓለም ዝለኣኾም ንዓኣቶም ጥራይ'ዩ።ኣብ ውሽጢ ልቢ ሓደ ሰብ ብትኽክል ዝተቐመጠ ሓቂ ንቐጻሊ ኣይጠፍእን'ዩ።ኣብ ውሽጢ ልቢ ሰብ እነቐምጦ ሓቂ እምበኣር ሓዊ ኣብ ዘየቃጽሎ ቤት መጻሕፍቲ ከምዝተቐመጠ መዝገብ እዩ።ቻይናውያን፡-"ናይ ሓደ ዓመት መደብ እንተሊዩካ ሩዝ ዝራእ፡ናይ ሓሙሽተ ዓመት መደብ እንተልዩካ ከኣ ገረብ ትኸል፡ናይ ዘልኣለም መደብ እንተሊዩካ ድማ ህዝቢ መሃር" ዝብሉ ነዚ ኢዮም።

ቀጻልነት ራእይ ኣብ ውሽጢ ወለዶ እዩ ክህሉ ዝኽእል።ራእይ ንዓና ካብ መስከረ፡ንሕና ድማ ንራእይ ክንምስክረሉ ይግባእ።ራእይ ምስኣረግና ወይ ኣብ ኣፍ-ሞት ምስበጻሕና ኣይኮነን ክነመሓላልፎ ዝግባኣና።ካብዛ ሕጂ ጀሚርና ድማ ራእይ ክነመሓላልፍ ይግባኣና።ራእይና ንሕና ካብዚ ዓለም ክንሓልፍ ዘብቅዕ እንተዳኣ ኮይኑ ራእይ ኣይኮነን። በዓል ራእይ መራሒ እዩ፡ዝምራሕ እንተዘይብሉ ግን መራሒ ኣይከውንን።ሓደራና ዝቕበል ወለዶ ንምርካብ ስምዒትናን ኣነባብራናን ግሉጽ ክንገብሮ ይግባኣና።መጽሓፍ ቅዱስ "ስበኹ" ይብል፡ስብከት ከኣ ኣዋጅ ኮይኑ ኣብ በሪኽ ኮይንካ ዝንገር ዝለዓለ ድምጺ እዩ።ራእይ ድማ ምስባኽን ምእዋጅን'ዩ ዝሓትት።ብዝበለጸ ኣየናይ ሰብ'ዩ ናይ ራእይና ምሩኽ ክኸውን ዝኽእል ስለዘይንፈልጥ ራእይና ንዝረኽብናዮ ክንዛረብ ይግባኣና።ሕጂ'ውን እንደግሞ ቃል ግሉጽነት እንተዘይብሉ፡ግሉጽ ንዘይኮነ ራእይ ሰዓቢ ምርካብ ኣይከኣልን እዩ።

ሓደ ኣቦ"እግዚኣብሄር ዓስቢ ክህበና ከሎ ክንደይ ዝኾኑ ሰባት ኣእሚንኩም፡ኢሉ ዘይኮነ ክሳብ ክንደይ ኣብ ሓደራኹም እሙናት ኮይንኩም እዩ ዝብል" ይብሉ ነበሩ።ዓስብና በቲ ዝኽሰብናዮ መጠን ቁጽሪ-ሰብ ኣይኮነን ዝግምገም፡እንታይ ደኣ ኣብ ሓደራና እሙናት ኮይና ምስእንርከብ ጥራይ'ዩ።ተረከብቲ ናይ ራእይ መብዛሕቲኡ ግዜ ንሕና ከምእንስእሎም ኣይኮኑን፡ንሕና ሰባት ከም ምኻና ቅልጡፋት ተቐበልቲ፡ቅልጡፋት ልኡኻት፡ምልኩዓት፡ ቀልጢፎም ዝለማመዱ፡ናይ መድረኽ ሰባት. . . ወዘተ ክገጥሙና ከለዉ ራእይና ዝርከቡና እዚኣም ክኾኑ ኣለዎም ኢና ንብል።እንተኾነ ከምቲ ነብይ ሳሙኤል ብመልክዕን ብቁመናን ከምዝተታለለ ክንታለል ኢና ንነብር ዘለና (1ሳሙ 16፡6)።ተረከብቲ ናይ ራእይና ግን ከም ኤልያብ ዝኣመሰሉ ዘይኮኑስ ከም ዳዊት ዝበሉ ብእግዚኣብሄር ዝተራእዩ ሰባት ኢዮም።

ራእይና ተረካቢ ብዘይምርካቡ ንነዊሕ ዓመታት ክደናጐ ይኽእል እዩ።እወ ራእይና ዝናብ ዘይብሎም ደመናታት እናሓለፉዎ ብዙሕ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ፡እግዚኣብሄር ግን ንሕና ክደኽመና ከሎ ንሱ ብሓይሉ ኢዩ መፍትሒ ዘምጽእ።ከምኡ ኣብ ውሽጢ ራእይ ንሕና ዘይንፈልጦም ሰዓብቲ ራእይ ከምዘለዉ ክንርስዕ የብልናን።ነብዩ ኤልያስ ኣነ በይነይ ኢየ ተሪፈ ዘለኹ ክብል ከሎ እግዚኣብሄር ግን ንዕኡ ዘትረፎም ሸውዓተ-ሽሕ ሰብኣይ ከምዘለዉ ነገሮ (1 ነገ 19፡18)።ኣብ ራይእና ናይ መጀመርታ መኽሰብ ንሕና ኢና፡እግዚኣብሄር ድማ ሓደ ኢሉ ክቕጽር ከሎ ብኣና ኢዩ ዝጅምሮ።ስለዚ ናይ ራእየይ ናይ መጀመርታ መኽሰብ ኣነ ኢየ ክንብል ኣለና።

ኣብ ዓለም ዝኾነ ይኹን ዕላማ ሰዓቢ ኣለዎ።ኣይኮነን ዕላማና ዕላማ በዓል ቢላዲን'ኳ ሰዓቢ ረኺቡ እዩ።ስለዚ ሰዓቢ ክስእን'የ ኢልና ክንፈርሕ ኣይግባኣናን።ልዕሊ እዚ ግን ራእይና ካባና ድሕሪ ምውጽኡ መሊሱ'ናትና ክኸውን ስለዘይክእል ዘይግባእ ራእይ ከይነመሓላልፍ ክንጥንቀቕ ኣለና።ጥይት ድሕሪ ምትኳሱ ተመሊሱ ጥይት ክኸውን ከምዘይክእል ዕላማ'ውን ካባና እንተዳኣ ወጺኡ ክንመልሶ ኣይንኽእልን ኢና።ንሕና ተጋጊና ኢና'ኳ እንተበልና ሰባት በቲ ካባና ዝወስዱዎ ራእይ ክንጠዓስ ከለና ኣይሰምዑናን መሊሶም'ዮም ዝቃወሙና።ስለዚ ሰዓቢ ስኢነ ኢልና ኣይንፍራሕ፡ትኽክለኛ ራእይ ጥራይ ክነመሓላልፍ ክንክእል ኣለና።

ጳውልስ ንጢሞቴዎስ ክመኽሮ ከሎ፡- "ወደይ በቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎ ጸጋ ደልድል፡ነቲ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክርነት ካባይ ዝሰማዕካዮ ነገር ካልኦት ክምህሩ ንዝከኣሎም እሙናት ሰባት ሕድሪ ሃቦም" በሎ (2 ጢሞ 2፡1-2)።ስለዚ ራእይና ንእሙናት ሰባት ሓደራ ክነሰክሞም ኣለና።

<u>ጢሞቴዎስ ክገብሮ ዝግባእ፡-</u>

1. <u>ብጸጋ ክርስቶስ ምድልዳል</u>፡- ምኽንያቱ እቲ ናቱ ድኻም ንብዙሓት ኣብነት ክኸውን ይኽእል እዩ።በዓል ራእይ ናይ ምድካም መሰሉ ክቕበሎ የብሉን።ባዕሉ ምስዝደክም'ኳ ብጸጋ ክርስቶስ ክብርትዕ ኣለዎ።
2. <u>ንዝሰምዖ ብትኽክል ከመሓላልፍ ኣለዎ</u>፡-ንሱ ምንጪ ናይ ሓቂ ኣይኮነን፡እንተኾነ ተቐባሊ ሓቂ እዩ፡ነቲ ዝተቐበሎ ከኣ ከምቲ ዝተቐበሎ ጌሩ ከመሓላልፎ ኣለዎ። ምኽንያቱ ራእይ ዝበዝሕን፡ንሎሚ ዝሳገርን ኮይኑ ኣብ ዘይሃለናሉ ዘመን ክቕጽል ዝኽእል ምስ እነመሓላልፎ ጥራይ እዩ።
3. <u>ክምህሩ ንዝኽእሉ ሓደራ ክህብ ኣለዎ</u>፡-ሓረስታይ ዘርኢ ስለዝሓዘ ጥራይ ፍረ ኣይረክብን እዩ።ስለዚ ዝዘርኣሉ ምሩጽ ቦታ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ።ከምኡ እቲ ብዛዕባ ራእይ ዝሰምዕ ሰብ ዘበለ ናይ ጽባሕ በዓል ሓደራ ማለት ኣይኮነን።ዝተመርጸ ቦታ ማለት ዝምህሩ ሰባት ማለት'ዩ።ዝምህሩ ሰባት ብዛዕባ ሓቂ ስቕ ኢሎም ክዕገሉ የብሎምን፡እቲ ዘልምዑዎ ኣእምሮን ዘስዕቡዎ ሰዓብን ንጽቡቕ ዕላማ እዩ፡ዝዓበየን ኣድላዪ ነገርን ከኣ ኣእምሮኻ ብምሉኡ ንክርስቶስን ንራእይን ምምራኽ እዩ።ኣእምሮ ኣብ ዝተማረኽሉ ድማ ዝተርፍ ሓይልን ሃብትን የለን።ስለዚ ጳውሎስ . . . . " ንኻልኦት ክምህሩ ንዝኽእሉ" ሓደራ ክህብ ንጢሞቴዎስ ተላበዎ።
4. <u>ሓደራ ንእሙናት ሰባት ክወሃብ ኣለዎ</u>፡-ሰባት ሰባት ምኺኖምን፡ሰዓብቲ ምኺኖምን፡ ንኻልኦት ክምህሩ ምኽኣሎምን ጥራይ ንሓደራ ብቕዓት ክገብሮም ኣይክእልን እዩ። ንሓደራ ዘብቅዖም ዝዓበየ መምዘኒ እሙን ምኺን እዩ።ዝሰምዑዎ ከይወሰኹን ከየጉደሉን ንእግዚኣብሄር ዳኛኣም ጌሮም ዝነብሩን ንራእይ ዝሕልዉ እሙናት ሰባት ምፍላጥ የድሊ።እንተዘይኮይኑ ብመንፈስ ዝተጀመረ ብስጋ ክዛዘም ይኽእል እዩ። መልክዕ ናይ ራእይ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ እሙናት ምስዝሕዙዎ ጥራይ እዩ ውሕስነት ክህልዎ ዝኽእል።ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ሰባት ተባሂሎም ዝጽውዑ ብዙሓት'ዮም። ማለት ክዛረቡ ዝኽእሉ ውሑዳት ኣይኮኑን፡እሙናት ግን ውሑዳትን ብቕሊሉ ዘይርከቡን'ዮም።ራእይ ንምምሕላላፍ ብዝያዳ ነዞም ነገራት እዚኣም ምዝካር የድልየና።ልዕሊ ኩሉ ድማ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኢያሱ፡ንኤልያስ ኤልሳእ፡ከምዘዳለወ ንራእይና ድማ ተረካቢ ንኽዳልወልና ክንጽሊ ይግባኣና።

3.ዋጋኻ(መስዋእቲ) ምትማን

ራእይና ቀጻሊ ንክኸውን ራእይ ምቕራጽ፡ዝኣመነ ምፍላጥ፡ራእይ ምምሕልላፍ ወይ ብሂወት ከለና ንተረካቢ ምልላይ ክርስዑ ዘይብሎም ነገራት ኢዮም።ራእይ ቀጻሊ ንክኸውን ዘድሊ ሳልሳይ ነገር ከኣ መስዋእቲ ንምኽፋል ድልው ምኸን እዩ።ብዙሓት ራእይ ኣለና ይብሉ ኢዮም፡እንተኾነ እቲ ራእይ ዋጋ ክኸፍለሎም ኢዮም ዝደልዩ።ንራእይ ከም ሓደ ሹቕ ከምኡ ቀረጽ ከምዘኽፍል መደበር ዝሓስቡዎ ብዙሓት ኢዮም።ሓቐኛታት ሰብ ራእይ ግን ንራኢኦም ዋጋ ንምኽፋል ድልዋት ኢዮም።ሓደ ሓደ ግዜ ሰባት ካባና ሓሊፎም ናይ ራእይና ተቓወምቲ ኢዮም ዝኾኑ፡ተቓወምቲ ግን ኣብ ሂወት ከም ሓደጋ እንሓስቦም ዘይኮኑ እንጽበዮም ናይ መነባብሮ ኩነታት ኢዮም።ሓቂ ሓዳስ'ኳ እንተዘይኮነት ብዙሕ ግዜ ግን ከም ጋሻ ክትግፋዕ'ያ ትነብር።ተቓውሞ ኣብ ዝተላዕለሉ ግዜ ዝተጋገና እንተደኣ መሲሉና ራእይ ኣይተረድኣናን ማለት እዩ።ተቓውሞ ዘሐይለና ደኣምበር ኣንፈትና ዘስሕተና ኣይኮነን።ሓንቲ መርከብ ማዕበል ስለዝገጠማ ምብጋሳ ቅኑዕ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን።እታ መርከብ ትጎዓዝ፡ማዕበል ከኣ ባህርያዊ ምኸኑ ፍሉይ ነገር ኣይኮነን።ተቓዋሚ ኣብ ዝህልወሉ ራእይ ከስፋሕፍሕ ኣየሸግሮን እዩ።ዋግኡ ተሚኑ ዘይተበገሰ በዓል ራእይ መወዳእታ እቲ ተቓውሞ ንድሕሪት ይመልሶ።

ባህሪ ናይ ሰብ ቀልጢፉ ንዝተቐበሎ ነገር ቀልጢፉ ምድርባይ እዩ።ቀልጢፍና ኣይንቐበልን ኢሎም ዝቃወሙ ኸኣ ነቲ ኣቐዲሞም ሒዞምዎ ዝጸንሑ ክድርብይዎ ስለዘይደልዩ እዮም።እዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ንራእይና ኣብ ዝተቐበሉሉ መዓልቲ ቀልጢፎም ዝድርብዩ ኣይኮኑን።ጳውሎስ ናይ ኦሪት ጠበቓ ኣብ ዝነበረሉ ንሓድሽ ኪዳን ተቓወመ፡ሓድሽ ኪዳን ኣብ ዝተቐበለሉ ግዜ ግን ከምኡ ብተኣማንነት ዘገልግል ኣይነበረን።ስለዚ ተቓወምትና ምንዋሕ ግዜ ገዲፍካ መኽሰብ ናይ ራእይና ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።ራእይ ከኣ ብዘይካ ንሰይጣን ንኹሉ ሰብ እዩ ተስፋ ዝገብረሉ።

ንራእይ ገንዘብ፡ሓይሊ፡ግዜ ምቕራብ ኣዝዩ ዝወሓደ ነገር እዩ።ካብዚ ሓሊፉ ንራእይ ነፍስና ክንቅርበሉ የድልየና።ኣብ ሂወትና ንብዙሕ ነገራት ነቢርና ዋጋ ከፊልና ኢና፡ ንራኢና'ውን እምበኣር ንዕኡ ምንባርን መስዋእቲ ምኽፋልን የድልየና።እቲ ንራእይና እንኸፍሎ ዋጋ ግን ከም ዘደንቕ እናቕጸርና ክንትርኾ እንነብር ኣይኮነን።ክንደይ ክሰርቕ ከይዱ ይመውት እዩ፡ሰበይቲ-ሰብኣይ ወሲዱ'ውን መግረፍቲ ይበጽሖ እዩ።ኣብዚ ዓለምዚ ንሕሱር ነገር ዋጋ ምኽፍል ካብ ዘይተረፈ፡ምእንቲ ሓቂ ዋጋ ምኽፋል ግን ዝዓበየ ትዕድልቲ እዩ።ኣደልዲልና እንሕዞን እንፈትዎን ዋጋ ንዝኸፈልናሉ ነገር እዩ።ንራእይ መስዋእቲ ምኽፋል ድማ ቀጺሉ ንዘመጽእ ሓገዝ'ዩ ዝጠቅም።ክዳንና ኣደልዲልና እንሕዞ ንፋስ ከሕድገና ምስ ዝደሊ እዩ፡ከምኡ ንራእይና ዝፈታተን ነገር ድማ ንራእይ ኣደልዲልና ክንሕዞ የኽእለና።

ጎይታና ዋጋኻ ኣቐዲምካ ብዛዕባ ምትማን ብዘገርም ነገር'ዩ ተዛሪቡሉ::በለ ከኣ፡-"ናባይ ክመጽእ ዝደሊ ኣቡኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን የሕዋቱን ሂወቱ ከየተረፈት'ውን እንተዘይጸልአ ወዲ-መዝሙረይ ክኸውን ኣይበቅዕን'ዩ።መስቀሉ ጸይሩ ደድሕረይ ዘይስዕብ ዘበለ ወድ-መዝሙረይ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።ካባኻትኩም'ከ ግምቢ ክሰርሕ ዝደሊ፡እሞ ንምውድኡ ዝኣኽሎ ገንዘብ እንተለዎ ቅድም ተቐሚጡ ዘይጽብጽብ እንታዋይ እዩ፤ እንተዘየሎ መሰረት ምስሰረተ ምውድኡ እንተሰኣነ ዝረኣዩዎ ኩሎም "እዚ ሰብዚ ምንዳቕ ጀሚሩ ምውድኡ ስኢኑ" እናበሉ ከላግጹሉ ይጅምሩ።ወይስ ኣየናይ ንጉስ'ዩ ምስ ካልእ ንጉስ ክዋጋእ ዝኸይድ እሞ ነቲ ብዕስራ-ሽሕ ዝመጾስ ብዓሰርተ-ሽሕ

ሰራዊት ክገጥመሉ ዝኽእል፡እንተኾይኑ ተቐሚጡ ቅድም ዘይመክር፤እንተዘይኮይኑስ ገና ርሑቕ ከሎ ልኡኻት ናብኡ ሰዲዱ ዕርቂ ዘይልምን፤ ከምኡ ድማ ነፍስ ወከፍ ካባኹም ዘለዎ ዘበለ ከይሓደገ ወዲ-መዝሙር ክኸውን ኣይክእልን እዩ በለ” (ሉቃ 14፡25-33)።

ሰራሒ ገዛ ኣቐዲሙ መኽሰቡ ዘይኮነ ክሳራኡ እዩ ዝትምን።ኣብዚ ሽነኽ ደቀይ ክድቅሱ ኢዮም፡ኣብዚ ከኣ መቐበሊ ጋሻ ክኸውን እዩ፡እዚ ከኣ መዘናግዒ. .ወዘተ ካብ ምባል ገዲፉ ክንድ’ዚ ዝኣክል ስሚንቶ፡ክንድዚ ዝኣክል ሑጻ፡ክንድዚ ዝኣክል እምኒ የድልየኒ ኢሉ ኣቐዲሙ ክሳርኡ እዩ ዝቕጽር።በዓል ራእይ ኣብ ራእይ ንምጽናዕ መኽሰቡ ዘይኮነ ክሳርኡ፡ ዝረኽቦ ዘይኮነ ዝስእኖ ኣቐዲሙ ክትምን ይግብኡ።ወጢኑ ካብ ምትራፍ ወይ ኣብ ሞንጎ ካብ ምድንጋር፡ኣቐዲሙ ክሳርኡ ምስዝግምግም’ዩ ካብዚ ክድሕን ዝኽእል።

ንራእይ ቀጻሊ ዝገብሮ ዋጋኻ ምትማን እዩ።ራእይ ንወለድና፡ንሓዳርና፡ገዛእ ሂወትና ክሳብ ምኽሳር ዘጋጥመሉ’ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።ምእንቲ ራእይ ክንብል ዝጎድኣና ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝጠቕመና እውን ክንገድፎ ኣለና።ንዝኣመናሉ ነገር ዋጋ ምኽፋል ካብ ፈራሕና ግን ንምንባር ብቕዓት ኣይኮናን።

<u>ነስተውዕል</u>

- ነዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ዝብል ስምዒት ዘለዎ ናብራ ሓጎስ የብሉን፡ሓጎስ ንብጻየይ ምስ እትብል እዩ ዝርከብ።
- ወለዲ ንደቆም ካብ ዝገበሩዎ ንላዕሊ፡ደቂ ንወለዶም ዝገብሩዎ ይበዝሕ።
- እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ምውላድ ናይ ራእይ፡ብዙሕ ባህርያት እዩ ዘንናጽፈና።
- ፍቕሪ ንህያብ ዘይኮነ ንዝፈትዎ ሰብ እዩ ዝርኢ።
- ብዙሓት ጽቡቕ ምግባር ይደልዩ ኢዮም፡ግን መገዲ ስለዝጠፍኦም ኮፍ ኢሎም ይርከቡ።በዓል ራእይ ኣብ ዝለዓለሉ ከኣ እዞም ኩሎም ይስዕብዎ።
- ራእይ ንመልክዕ እተጎናጽፍ ካባ፡ናይ ልዕሊ ኣየር ገዛ፡ናይ ስምዒት ድግስ ኣይኮነትን።
- ኣሳልጦ ራእይ ብዙሕ መጻሕፍቲ ምጽሓፍ፡ኣብ ፍሉጣት መድረኻት ምድያብ ዘይኮነ ንእሙናት ሰባት ሓደራ ምሃብ እዩ።
- ኣብ ውሽጢ ልቢ ሓደ ሰብ ብትኽክል ዝተቐመጠት ሓቂ ንኹሉ ግዜ ኣይትጠፍእን’ያ።
- ራእይ ንዓና ካብ መስከረ፡ንሕና ድማ ንራእይ ክንምስክረሉ ይግባእ።
- በዓል ራእይ መራሒ እዩ፡ሰዓቢ እንተዘይብሉ ግን መራሒ ኣይከውንን እዩ።
- ብዘይነጸረ ራእይ ሰዓቢ ምርካብ ኣይከኣልን እዩ።
- ዋጋና ብመጠን እቲ ዝኸሰብናዮ ሰብ ዘይኮነስ፡ንሓደራና እሙናት ኮይና ኣብ ምፍጻም’ዩ ዝምዘን።
- ጥይት ምስተተኮሰ መሊሱ ጥይት ክኸውን ከምዘይክእል፡ዕላማ ከኣ ካባና እንተድኣ ወጺኡ ንድሕሪት ክምለስ ኣይክእልን እዩ።
- ሓቐኛታት ሰብ ራእይ ንራኢኦም ዋጋ ንምኽፋል ድልዋት ኢዮም።
- ሓንቲ መርከብ ማዕበል ስለዝገጠማ ምብጋሳ ጌጋ እዩ ኔሩ ክበሃል ኣይከኣልን፡ምኽንያቱ እታ መርከብ ክትንዓዝ ማዕበል ክህሉ ግድን እዩ።
- ራእይ ብዘይካ ንሰይጣን ንኹሉ ሰብ እዩ ተስፋ ዝገብረ

ምዕራፍ 20

ዕንቅፋት ራእይ

ቅድሚ ገለ ዓመታት ምስ ወዲ 20 ዓመት መንእሰይ ክንማኸር ተራኸብና።እቲ መንእሰይ ቁመናኡ ዝተመዓራረየ፡ብናብርኡ'ውን ጸገም ዘይብሉ'ዩ ዝመስል።ዝተኸድኖም ክዳውንቲ ክባራት'ኳ እንተኾኑ መስርያም ስለዘይሓለዉ ዝተበላሸወ ከተማ'ዮም ዝመስሉ ዝነበሩ።እዚ መንእሰይ ብደጊኡ ምልኩዕ'ኳ እንተኾነ ካብ ውሽጡ ዝወጽእ ምስልቻውን ናይ ብስጭት ስምሚትን ንመልከዉ ስለዝኽፈኦ ሂወት ንዕኡ ካብ ሞት ንላዕሊ ከበደቶ።ኣዘራርብኡ ህድእ ዝበለ'ኳ እንተኾነ ቃላቱ ግን ክብድ ዝብሉ መሬት ሓዘል ነበሩ።ውሽጠይ ከኣ ቀዲሙ ጸገም ናይዚ መንእሰይ ክግምት ጀመረ፡-መሊሰ ከኣ"ብዝፈትዎ ዝተበደለ'ዶ ይኸውን፤ወይስ ብሞት ወለዱ ዝጎሃየ፤ኣብ ናብራ ዝወረዶ ጸገም'ዶ ይህልዎ ይኸውን፤እንታይ ደኣለይ ክገብሮ ዝኽእል'ከ፤እናበልኩ ምስልሳል ጀመርኩ።እቲ መንእሰይ ብዘሕዝን ኣደማምጻ፡ብዝተሰንጠቐ ልቢ ጸገሙ ክገልጽ ጀመረ።

በለ ከኣ፡-". . . ንስድራይ ወዲ-ተባዕታይ ኣነ ጥራይ'የ፡ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ኣብ ወጻኢ ካብ ዘለዉ ቤተ-ሰበይ ናይ ምንባሮም ተስፋ ኣነ ከይኮንኩ ኣይተርፍን'የ፡ወለደይ ነዓይ እንተዘይረኺቦም ክውዕሉን ክሓድሩን ኣይክእሉን'ዮም።ኣብ ነፍስ ወከፍ መዓልቲ ደቂሰ ክትንስእ ከለኹ ብስድራይ ስልማትን ህያብን ይዳለወለይ፡ናይ ገንዘብ ጸገም ገጢሙኒ ኣይፈልጥን፡ጸገም እንታይ ምኺኑ'ውን ኣይርድኣንን'ዩ።ዝበለጸ መግቢ ተባሂሉ ዝፍለጥ ይቕረበለይ፡ዝኽደኖ ክዳን ተስታሪሩ ኣብ ጥቓ ዓራተይ ክትንስእ ተዳልዩ ይረኽቦ።ስለዚ ኣብ ሂወተይ ደልየ ዝሰኣንኩዎ ገለ ነገር የለን።እንተኾነ ሂወት ሰልቺዩኒ ስቕታ ምስ መረጽኩ በይናውነት ተሰምዓኒ።ምግቢ ካብ ዘይበልዕ ካልኣይ መዓልተይ'ዩ።ካብዚ ሂወት'ዚ ክገላገል እደሊ ኣለኹ. . . ሓደ ነገር ስኢነ ንዕኡ ንምርካብ ዝገብሮ ጻዕርን ምስረኽብኩዎ ዝስምዓኒ ሓጎስን ከኣ ወሰን ኣይህልዎን'ዩ።ስለዚ ኣነ እንታይ ይኹን እንታይ'ከ ይግበር" በለኒ።

ነዚ ክተንብቡ ከለኹም እዚ ደኣ ጸገም ድዩ፤ሕንቃቕ እንደኣሉ ትብሉ ትኾኑ።መሊስኩም ኩሉ ሰብ ክነብሮ ዝደልዮ ዕላማ እዚ'ዶ ኣይኮነን፤ ከይጸዓረ እዚ ካብ ረኽቦ'ኽ እንታይ ደኣ'ዩ ዝደሊ፤ንሕና ካብ ርኹብ ምውላድ ወይ ምስ ርኹብ ምጽጋዕ እናደለናዮ ስኢናዮ'ዶ ኣየለናን፤ኢልኩም ከይትፈርዱ ሓደራ እብል።ናባይ ከምጽኡዎ ዝኽኣሉ ብጾቱን ቤተ-ሰቡን'ውን ኣብ ከምዚ ዓይነት ናብራ ከምዚ ዝበለ ስምብራት ንምንታይ ከምዝገጠሞ ምግማት ስኢኖም ኢዮም፡ንዘለዎ ጸገም ክነግሮም ስለዘይከኣለ ከኣ ዝያዳ ተጨነቐ። እንተነገሮም'ውን ከምጸገም ክፈልጡሉ ከበዶም።

ነዚ መንእሰይ ቅድሚ ምርካበይ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ እግዚኣብሄር ኣብ ምቾት ንዘሎ ጸገም ገሊጹለይ ስለዝነበረ ድኻታት ክንዲ ዘሕዝኑኒ ዝኣክል ኣብ ምቾት ዘለዉ ሰባት ከሕዝኑኒ ከኣሉ።ኣብ ዝጸበቐ ሓጹር ተጋሪዶም ዝመጣጠሩ፡ማንም ዘይሓዝነሎም፡ናይ ሓሶት ሰሓቐ ዘድከሞም ስለዝኾኑ ብንብዓት ምእንትኡም ጸልየ እየ።ዓቢ ገዛ ዓቢ ጉድ ኣለዎ፡ምኽንያቱ ዝጸበቐ ሓጹር ዝጸበቐ ሰላም የብሉን፡ዝመልከዐ ዓራት ጽቡቕ ድቃስ የብሉን፡ዝጸበቐ መኣዲ'ውን ዝጸበቐ ጥዕና የብሉን።ስለዚ ጠለብ ሂወት ካብ ንብረት ዝሓለፈ ድልየት'ዩ፡ልዕሊ'ዚ ኩሉ ምቾት ቀታሊ ሓጎስ'ዩ።እዚ መንእሰይ መፍትሒ ንዝብሎ ነገር

ከምዝገበረ ድሒረ ፈለጥኩ።ብሰንኪ ጸገም ምስተዳቐቐ ኣብ ሓደ ዓዲ ኣትዩ ንዕኣም መሲሉ ምንባር ጀመረ፡እንተኾነ ጸገሙ ኣብ ሃብትን ድኽነትን ስለዘይነብረ በዚ ለውጢ ኣይረኸበን።ነዚ መንእሰይ’ዚ መወዳእታ ናይ ሂወቱ መፍትሒ ክርስቶስ ጥራይ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ(ሉቃ 19፡9)።

እወ ህይወት እትመሓየሽ ኣብ ውሽጢ ዕንቅፋት’ያ።ዕንቅፋት ንግዝዪኡ’ኳ እንተሕመመ ንኸይትቐጽል ደው የብልካ፡ንዝቐጽል ጉዕዞ ከኣ ጥንቁቕ ይገብረካ።ሕማም እንተዘይነብር ናይ መድሃኒት ሓጎስ፡ማእሰርቲ እንተዘይህሉ ናይ ናጽነት ሓጎስ፡ኩናት እንተዘይህሉ ናይ ዓወት መዝሙር፡ዕንቅፋት እንተዘይህሉ እንትርኾ ገድሊ ኣይምነበረን።ንህይወት እንናፍቓ እምበኣር ንምንባር ዝፈታትኑ ነገራት ምስ ዝህልዉ ጥራይ’ዩ።መነባብሮ ህዝበን ኣብ ዝተመዓራረየ ሃገራት ዝነብሩ ዜጋታት ልዕሊ ኣፍሪቃውያን ብዝያዳ ገዛእ ርእሶም የጥፍኡ።ምኽንያቱ ምምዕርራይ ናይ መነባብሮ ዕግበት ኣይርከቦን’ዩ።ዝሓመመ ሰብ እንተዝሓዊ ክብል ከሎ በዓል ጥዕና ከኣ እንተዝመውት ይብል።ከምኡ ኣብ ራእይ ዕንቅፋት ኣሎ፡ዕንቅፋቱ ግን ናይ ራእይ ፍጻሜ ዘይኮነስ ብድልዳለ ንምጉዓዝ ዝገብር ሓይሊ’ዩ።ንዕንቅፋት ከም ናይ መወዳእታ ዝቕጽር ኣእምሮ እምበኣር ቅኑዕ ኣይኮነን።

ጥቕሚ ዕንቅፋት

ዝኾነ ነገር ናይ ባዕሉ ዕንቅፋት ኣለዎ፡ኣብ ጥጡሕ ነገር እንበጽሕ ከኣ ዘይምቹኣት ነገራት ምስ እንሓልፍ እዩ።ዕንቅፋት ተፈሪሑ ዝተገድፈ መገዲ የለን፡ተጎዓዝን መገድን ከምዘለዉ ኩሉ ግዜ ከኣ ዕንቅፋት ኣሎ።ዘይጎዓዝ ሰብ ዕንቅፋት ዘይገጥሞ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡እንተኾነ ኣብቲ ዝድለ ኣይበጽሕን’ዩ፡ሓሳብ ጠኒሱ ሓሳብ ከኣ’ዩ ዝወልድ።ዝጎዓዝ ሰብ ግን ዋላ’ኳ እንተደንጎየ ግድን’ዩ ዝበጽሕ።ዕንቅፋት መዐንቀፊ ዝኸውን ኣብ ምቹእ መንገዲ ምስዝግተር’ዩ።ካብ ጽባቐ መንገዲ ዝተላዕለ ብሓጎስ ዝውሕዙ፡እቲ ዕንቅፋት ምስገጠሞም ምኾት ምስሰኣኑ ይበሳጨዉ።ክፉእ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ዘለዎም ሰባት ዕንቅፋት የብሎምን ኢልና ክንቀንኣሎም ንኽእል ኢና።እወ ንዕንቅፋት ዕንቅፋት የብሉን።ንሳቶም ህያዋን ዕንቅፋት ስለዝኾኑ፡ዕንቅፋት የብሎምን ኢልና ክንቀንኣሎም የብልናን።ሓደ ነገር ግን ንኣምን ኢና።ፍቕሪ ስኢኑ ዝዓበየ ንጽልኢ ከምዘንቀሳቕስ፡ሰላም ዘይብሉ ከኣ ህድኣት ከምዘይፈቱ ንፈልጥ ኢና።ቃል እግዚኣብሄር’ውን፡-“ንክፉኣት ሰላም የብሎምን ስለዝብል እዞም ሰባት እዚኣም ኣብ ዕግርግር ምህላዎም ኢና ንርዳእ(ኢሳ 48፡32)።ንቅኑዕ መንገዲ ዝመረጹ ግን ብዙሕ ሕልኽላኻት’ዩ ዝገጥሞም።

መንገዲ ራእይ ዘሐጉስ እዩ።ናይ ምጅማሩ ሙቐትን ሓጎስን ግን ክግለጽ ኣይከኣልን’ዩ።ብቐጥታ ከኣ ዕንቅፋታት ኣብ ፊት መገዱ ክቕመጡ ይጅምሩ።በዓል ራእይ ዝሓዝኩዎ ቅኑዕ እዩ፡ዝግባኣኒ ኣኽብሮትን ኣድናቐትን እዩ ኢሉ እንተሓሲቡ ክጉዳእ ይጅምር።ዕንቅፋት ንዘለና ዓቕሚ እንመዝነሉ’ውን እዩ።ኣብ መገዲ ንዝተገተረ ዕንቅፋት ብሓይሊ ክዘሎ ክደሊ ከሎ ሎሚ’ውን ሓያል’የ ኢሉ ክሓስብ ይገብሮ።መብዛሕቲኡ ግዜ እናሃለወና የብለይን ዝብል ምጉርምራም ነስምዕ ኢና።ዝኣረገ መንፈስና ደኣ’ምበር ሓይልና ዘይምኂኑ እንፈልጦ ዕንቅፋት ምንቐቓሕ ክፈጥረልና ከሎ እዩ።ኣብ ዘመን ሰላም ዝሓቐቐ ሰባት ኣብ ዘመን መከራ ክሕደሱ ኢና እንርኢ።ንብዙሓት ተቓወምትና እግዚኣብሄር መዋግኢ

(መንቅሒ) ጌሩ ከምዝሃበና ድሒሩ እዩ ዝርዳኣና።ካብዚ ቀጺልና ድማ ጥቕሚ ዕንቅፋት ብዝርዝር ክንርኢ ኢና፡-

1. ዕንቅፋት የቕስል

ዕንቅፋት ቃንዛ ዝኾኖ ናይ ሰብነት ኣካልና፡ዝጉዳእ ስለዝኾነ ንኣእምሮ ዝልውጥ ሕማም ኣለዎ።ኣብ ራኢና ዝገጥመና ዕንቅፋት ናይ መጀመርታ ዕላምኡ ንስጉምትና ደው ንምባል’ዩ።ኣብ ውሽጢ ሂወትና እነጣጥሖ ስለዕቲ ንነገራትና ብምጉዳእ የደናጉየና።ናይ ሓደ ሓደ ሰብ ነገር ስምን ክብርን ናይ ካልኦት ሃብትን ክኸውን ይኽእል’ዩ።ብምኽንያት ራኢኦም ሓዳሮም ጥራይ ዘይኮነ ኣካሎምን ጥዕናኦምን ዝሰኣኑ ወገናት ብዙሓት’ዮም።እዚ ነገር’ዚ ቃንዝኡ ዝለዓለ እዩ፡ናይ ራእይ ቃንዛ ግን የቕንዙ ደኣምበር ኣይቀትልን’ዩ።ርእስኻ የሕምመ’ኳ እንተኾነ ኣየዕብድን’ዩ፡ብምኽንያት ቁጥዓ ድማ ንኻልእ ሕማም ኣሕሊፉ ኣይህብን’ዩ።እግዚኣብሄር’ውን ኣብ ሞንጎ ምትካዝን በዓል-ራእይን ጣልቃ ይኣቱ’ዩ።

2. ዕንቅፋት የደናጉ

ልቢ ናብ ዝበጽሖ ቦታ እግሪ ምብጻሕ ስለይሰኣኖ፡ናይ መበገሲኡን መዕለቢኡን ርሕቀት ማዕረ እናኾነ፡ንምምላስ ኮነ ንቕድሚት ንምስጓም ክንውስን ክሳብ ንስእን የደናጉየና።ዕንቅፋት ምኞንዛው ጥራይ ዘይኮነ ምግጫው’ውን የስዕብ’ዩ።ኣብዚ ዓለም’ዚ ዝተኻየዱ ራኢታት ኩሎም መፈጸምትኦም ደኣ’ምበር መጀመርትኦም ዝንእድ ኣይረኸቡን።ጉዕዞ ዘይጀመረ ሰብ ዕንቅፋት የብሉን።ስለዚ ዕንቅፋት ናይ ምብጋስናን ፈንተት ናይ ምባልናን ምስክር’ዩ።ዕንቅፋት ኣብ ሞንጎ መበገሲናን መዕለቢናን ዘሎ ውረድ ደይብ’ዩ።ኣብ ከባቢ ወደብ ማዕበል የለን፡እቲ ብርቱዕ ማዕበል ኣብ ማእከል’ዩ ዝርከብ።እንተኾነ ማዕበል ስለዘሎ ኣገልግሎት መርከብ ኣየቋርጽን’ዩ።እቶም ተሳፈርቲ ከኣ ዋላ’ኳ እንተደንጎዩ ይበጽሑ’ዮም።ሓደ ግዜ ንሓደ ብጻየይ ሓደ ሰብ ከመይ ኣለኻ፧ ምስበሎ፡-ጎበየ ኣብ ጉዕዞኣ ኣይትቕልጥፍን’ያ ግን ከኣ ጉዕዞኣ ኣይተቋርጽን’ያ፡ንሕና ከኣ ጉዕዞ ጎበየ ንጎዓዝና ኣለና” በሎ።

3 . ዕንቅፋት ደው የብል

እግዚኣብሄር ንዕንቅፋት ደው መታን ክንብል ክጥቀመሉ ይኽእል’ዩ።ብስምዒት ክንጻፋዕ ከለና፡ንራኢና ኣብ ዝቃወም ምኞት ምስእንህሉ፡ነጻነትና በዚሑ ንኻልኦት ክጎድእ ምስዝጅምር ብዕንቅፋት ኢና ደው ክንብል እንኽእል።ኣበይ ከምዘለና’ኳ ምፍላጥ ክሳብ ዝሰኣነና ብስጋዊ ሓይሊ እንጎዓዘሉ እዋን ኣሎ።ዕንቅፋት ግን ንዘለናሉ ቦታ ክንፈልጥ’ውን’ዩ ዝሕግዘና።መሊስና ጉዕዞና ክንቅጽል ድማ የኽእለና።

4. ዕንቅፋት ካብ ድቃስ የበራብር

ኣብ ዝጣጥሑ መገድታት ብጥበብ ዝተሰርሑ ዕንቅፋታት ወይ መነቓቕሒቲ ኣለዉ።ካብ ምልምላም’ቲ መገዲ ዝተላዕለ ኣውቲስታ ክድቅስ ይኽእል’ዩ።እቶም ሓርፋፋት መገድታት ወይ ሓፍነጽ ዘብሉ ዕንቅፋታት ግን ነቲ ኣውቲስታ የበራብርዎ።ዓበይቲ

ዕንቅፋታት ከኣ ኣብ ውሽጢ ምኾት'ዮም ዝለዓሉ።ምኾት ናብ ሞት ክወስድ ይኽእል'ዩ።እግዚኣብሄር ንሞት ንኸይንድቅስ ብዕንቅፋት ጌሩ'ዩ ዓይንና ዘብርሆ።ድቃስ ምቹእ ዝኸውን እናተጎዓዝካ ዘይኮነስ ኣብ ዓራት ምስእትድቅስ'ዩ።እናተጎዓዝካ ምድቃስ ከኣ ናብ ዝገደደ ትኽስታ ናብ ሞት ዝወስድ ዝቐረበ መገዲ እዩ።ኣብ ራእይ'ውን ምትኻስን ምድንዛዝን ክፉኣት ጸላእቲ'ዮም፡ዕንቅፋት ግን የንቅሓና።ነብይ ዳዊት፡-"ንሞት ከይድቅስ የሚንተይ ኣብርህ"ብምባል ንነብሱ ካብ ምዝንጋዕ ከድሕና ናብ ትጉህ ኣምላኽ ጸለየ (መዝ 12፡4)።ንዝደቀሰ ሰብ ብዘይምቹኣት ኣተሳስኣ ኢና እነበራብሮ።ማይ ብምንጻግ፡ብምንቕናቕ፡ብምህራም. .እዩ።ዳዊት እግዚኣብሄር ንኽነቓቕሑ ክልምን ከሎ ቁሩብ ክቕንዞ ፍቓደኛ ኮነ።እግዚኣብሄር ድማ ካብ ዝኸበደ ጸገም ብዝነኣሰ ጸገም የድሕነና።

5. ዕንቅፋት ንምስጋና የብቅዓካ

ንዝሓለፉ ሰለማዊ ግዝያት እነመስግኖምን እግዚኣብሄር ዕረፍቲ ሂቡና ከምዝነበረ እንርድኦን ዕንቅፋት ምስዝገጥመና ጥራይ'ዩ።ግዜ ሰላም ዋላ'ኳ እንተነውሐ ሓጺር'ዩ፡ናይ መከራ ግዜ'ውን ሓጺር'ኳ እንተኾነ ከቢድ'ዩ።ናይ መከራ ዘመን መሊሱ መላሊሱ ናይ ሰላም ግዜ የዘክር።ብመከራ ምስእነማርር ኣብ ሰላምና ከምዘየመስገና ንዝክር።ብነጻ ዝተዋህቡና ጸጋታት ምስከዱ ግን ብዋጋ'ኳ ንኽንመልሶም ከምዝኽብደና ይርድኣና።እቲ ምቹእ ግዜ ናትና ዘይምንባሩ ከኣ ይነግረና።ስለዚ ብዕንቅፋት ንምስግና ክንለዓል ንግደድ።

ምክልኻል ዕንቅፋት

ንዕንቅፋት ክንከላኸሎ እንኽእል፡መጀመርታ መዐንቀፊ ከምዝህሉ ብምጽባይ እዩ።ዘይተጸበናዮም ክፉኣት ነገራት ጥራይ ዘይኮኑ፡ትጽቢት ዘይተገብረሎም ጽቡቕት ነገራት'ውን የሰንብዱ ኢዮም።ንዝተጸበናዮ ነገር ግን ናይ ኣእምሮ፡ናይ ኣካልን ንብረትን ምድላው ስለእንገብረሉ ብሰንኩ ዝመጽእ ጉድኣት ይንኪ።ዘይተዳለናሉ ዕንቅፋት ኣዚዩ ዘሰንብድ ስለዝኾነ መፍትሒኡ ቀሊል'ኳ እንተኾነ ክንጻወሮ ይኽብደና።ሰብ ኣብ ዕንቅፋት ኣካሉን ንብረቱን ምኽሳሩ ንእሽቶ ጉድኣት እዩ።እቲ ዝኸበደ ጉድኣትና ዘኽትሎ ናይ ሕልና ስምብራት'ዩ።ምኽንያቱ ሕልና ከም ኣጽሚ ብመረቕ ኣይጽገንን'ዩ።ንባህርያት ናይ ዓለምን ኣካይዳ ሰባትን፡ንዕንቅፋት ራእይ ምጽባይ ካብ መጉዳእቲ ሕልና የድሕን።ስለዚ ዕንቅፋት ንምክልኻል ናይ መጀመርታ መፍትሒኡ ኣቐዲምካ ዕንቅፋት ከምዘሎ ምጽባይ እዩ።

ካልኣይ መፍትሒ ዕንቅፋት መዐንቀፊ እናረኣኻ ምኻድ (ምጉዓዝ) እዩ።ዓይኒ ኣብዘይረኣዮ እግሪ እንተረገጸ መዐንቀፍን፡ጸድፍን፡ድንጉርን ክገጥሞ ይኽእል'ዩ።እዚ ከይረኽበና እምበኣር ዝረገጽናዮ ምርኣይ ዘይኮነስ ዝረኣናዮ ክንረግጽ ይግብኣና።ብዙሓት ሰባት ድሕሪ ምርጋጾም ስለዝርእዩ ስንብራቶምን፡ርስሓቶምን፡ጸላኢኦምን'ዮም ክሪኡ ዝኽእሉ።ኣብ ሂወት ናይ ነጻ ትምህርቲ ዕድልን ዋጋ ከፊልካ ትመሃሮ ትምህርትን ኣሎ።ናይ ነጻ ትምህርቲ ዕድሉ እናስተውዓልካ ምጉዓዝ፡ምኽሪ ምሕታትን ምትግባርን፡ከምቃል እግዚኣብሄር ምንባርን'ዩ።ንእንቕበሎ መከራ ሕሊናና ዘይምስክረልና እንተኾይኑ ነቲ መከራ ዕጽፊ ይገብሮ፡ንዝኣመናሉ ምቕባል ግን ሓጎስ ይህበና።እናረኣና ዘይንጎዓዝ እንተኾይና ክብሪ ዘይብሉ መከራ ኢና እንቕበል።ምኽንያቱ መከራ ፈታዊ እዩ ዘስእን።ብዘይ ምስትውዓል

ዝመጽእ መከራ ድማ ንሕልናኻ የስእነካ።እወ ዕንቅፋት ንምክልኻል ካልኣይ መፍትሒኡ መዐንቀፊ እናረኣኻ ምጉዓዝ ኢዩ።

መዐንቀፊ ዝሃረሞ ሰብ ሓደ ክገብሮ ዝግብኦ መከላኽሊ፡ነቲ ዕንቅፋት ካብ መገዲ ምእላይ'ዩ።ነቲ መዐንቀፊ ካብ መገዲ ዘይኣለየ ብእኡ'ውን ዝተገረመ ግን ንዝቕጽል መቕሰልቲ ድሉው ይኸውን።ንመዐንቀፊ ካብ መገድና እንተዘይኣሊናዮ ብምርሳዕ እንደገና ክንህረም ንኽእል ኢና።መሊስና በቲ ዕንቅፋት ምስእንህረም ግን ካብ ዝሓዝነልና ዝነቐፈና ኢዩ ዝበዝሕ።ስለዚ ናይ ትማሊ ማህረምቲ፡ናይ ትማሊ ምውዳቕን ምድንጓይን ዘኪርና ብጥንቃቐ ክንነዓዝ ይግባኣና።ንዝሓለፉ መዓልታት መሊስና ክንነብረሎም ኣይንኽእልን ኢና።ካብ ዝሓለፉ መዓልታት ምምሃር ግን ክንዲ መሊስና ምንባር ዝኣክል ካሕሳ እዩ።ንዝተበላሸዉ መዓልታት እንኽሕሶም ብምምሃር ጥራይ እዩ።ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ፡-"ንጉሆ ስራሕ ክትከይድ ዝሃረመካ እምኒ ምሸት ክትምለስ ምስዝሃርመካ፡እቲ እምኒ ዘይኮነ እምኒ፡ንስኻ ኢኻ እምኒ! ይበሃል"።

መዐንቀፊ ካብ መገዲ ምእላይ ንዝስዕብ ተጻዓዚ መገዲ ምጽራግ ኢዩ።ሰብ ራእይ ክንከውን እንኽእል ከኣ ኩሉ ሰብ ከማይ ካብ ውድቀቱ ይመሃር ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ምስእንወጽእ ጥራይ ኢና።ጸገማት ኣባና ተውዲኦም ንዝቕጽል ወለዶ ቅኑዕ መገዲ ከነጽንሕ ምስእንኽእል ጥራይ'ዩ ሰብ ራእይ ክንከውን ዘብቅዓና።ኣብ ራኢና ብዙሓት ዕንቅፋት'ዮም ዝገጥሙና።እወ ቤተ-ሰብና ፍርሒ ይዘርኡልና፡ነዓና እናፍቀሩ ራኢና ዝጸልኡ ኣፍቀርቲ ይገጥሙና፡ነዓናን ንቤተሰብናን ብጥምየት ዝቐጽዑ ክፉኣት መዓልታት ይቕልቀሉና።ገለ-ገለ ዕንቅፋት ክነርሕቐም ዝከኣሉ ኢዮም።ተጠንቂቕና እንሓልፎም ዕንቅፋታት'ውን ይገጥሙና እዮም።ኣብ ናይ ትማሊ ጉድለትና ውሳኔ እንተዘይጌርና ካልኣይ ምድጋምና ዘይተርፍ'ዩ።ጉድለት ኣብ ትማሊ ጥራይ ዘይኮነ ጽባሕ ዝጽበየና ዕንቅፋት'ውን'ዩ።ብድሕሬና ዝነበረ ዕንቅፋት ዝገደፍናዮ'ዩ ዝመስለና፡ውሳኔ እንተዘይጌርናሉ ግን ጽባሕ መገዲ ዓጽዩ'ዩ ዝጽበየና።

ዕንቅፋት ብመጀምርታ ነቲ ዝሓዝናዮ እዩ ዘግድፈና።ቀጺሉ ንሂወትና ንሞት የሕሊፉ ክህቦ ይኸእል።ዕንቅፋት ኣብ ራኢና ንዝሓዝናዮ ዕላማ ክንገድፍ (ክንጸልእ) ዘሰንብደና ኩነት'ዩ፡ካብዚ ሓሊፉ'ውን ንሂወትና ንምሽቓል ዝምነ እዩ።ራኢና ኣይንገድፍን ምስእንብል ጸላእትና ነዓና ብምጥፋእ ነቲ ራእይ ክጥፍኡ ይምነዩ።ራእይ ኣብ ሂወት ሰብ ዘይኮነ ኣብ ዘልኣለማዊ ሓቂ ከምዝቐመ እቶም ተቓወምቲ ኣይፈልጡን ኢዮም።

ዕንቅፋት ብዝያዳ ጎዳኢ ዝኸውን ኣብቲ ኣእዳዉ ኣብ ጅቡኡ ኣእትዩ ንዝኸይድ ተጻዓዚ እዩ።ክልቲኦም ኣእዳውና ብጥሙራቶም ምስ እንወድቕ፡ካብ ኣካላትና ብቕድሚት ኮይኖም ዘገላግሉና ሰራሕተኛ ስለዘይብልና ኣዚና ኢና ንህሰ።ኣብ ጎደና ራእይ ትዕቢት ዓቢ ዕንቅፋት'ዩ።ትዕቢተኛ ብሓይሉ ክምካሕ ስለዝደሊ ኣብ ዝወደቐሉ ግዜ ዘተንስኡ ሓጋዚ ኣይረክብን።እወ ናብራና እናተመዓራረየ'ኳ እንተመጸ ካብ ማሕበረ-ሰብ ኣዝዩ ዝረሓቐ ናብራ ክነተኣታቱ የብልናን።ተመሊስና ምስእንወርድ ንኸይንርስዖ ወይ እቲ ጸድፊ ከይርሕቀና ኣዚና ክንርሕቅ ኣገዳሲ ኣይኮነን።ብሊፍት ዝደየበ ሰብ በዚ ብቐልጡፍ በቲ ሊፍት ክወርድ ከምእንርእዮ፡ናይዚ ዘመን ዕብየት'ውን ምልዓሉን ምትሓቱን ቅልጡፍ'ዩ።ስለዚ ብትሕትና፡ንትማሊ ብዘይርስዕ መንነት፡ንሃብታማት ብዘየምልኽ መንነት፡ንድኻታት

ብዘየናሹ ሰብኣውነት ምምልላስ ካብ ዕንቅፋት ይሕልወካ።ኣብ ዕንቅፋት ወዲቕካ ካብ ምትራፍ ከኣ የናግፈካ።

ኩሎም ዕንቅፋት ኣይንሓልፍን ዝብሉ ኣይኮኑን።ኣብ ራእይ ድማ ፈኮስቲ ዝኾኑ ዕንቅፋት፡ንዒቕና እንሓልፎም ሕሜታን ነቒፈታን ኣለዉ።በዓል ራእይ ከምቶም ጸላኢኦም ዘይንዕቁ፡ምስ ንእሽቶ ክወዳደሩን ክጓየዩን ዕድሚኦም ዝውድኡ ሰባት ክኸውን የብሉን። “መሳርያ ኣለኒ ተባሂሉ ንወኻርያ ብታንኪ ኣይትኮሳን’ዩ”።በዓል ራእይ ድማ ከምዚ ተባሂሉ እናበለ ብዝውረ ክግረም የብሉን።ዝበሃሎ ናብ ምኽን ከይቅየር ግን ክጽሊ ኣለዎ። ሰባት ብዙሕ ዝብሉዎ ገለ ክገብሩዎ ስለዘይከኣሉ ምኽኖም ክፈልጥ ኣለዎ።ንዝሞተ ዝቕንዝዎ ኣካል የለን።ስለዚ ሰባት“ወቓሲ ምውት ኣይግበረና” እናበሉ ምራቕም’ዮም ዝነጽጉ።በዓል ራእይ ድማ ዋላ’ኳ እንተተቕንዘወ እንተወሓደ ዘይሞተ ምኽኑ ክርዳእን ክሕጎስን ኣለዎ።ከምዚ ተባሂለ እናበልካ ጸርፍታት ምድጋም ንዘይሰምዐ ምስማዕ ኣይግባእን ኢዩ።

ገለ ገለ ዕንቅፋት ተኣሊና እንሓልፎም ኮይኖም ብሓይልና ክለዓሉ ዘይክእሉ እዮም።በዓል ራእይ ናይ ዘመናት መግዛእቲ፡ናይ ነገስታት ኣዋጃት፡ህጹጻት ደምሰስቲ መዓልታት ብጸሎትን ብትዕግስትን ከሕልፎም ይግብኡ።ንዘይክእሎ ብምልዓል ሕቑኡ ከይስበር ከኣ ክጥንቀቕ ኣለዎ።ንሱ ነቲ ዝተበገሰሉ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ከብጽሖ ይግቦኦ’ደኣ’ምበር፡ኣብ መገዲ ዘበለ ንዝገጥሙኒ ጸገማት ክፈትሑም’የ ብምባል ለሚጹ (ጎዲሙ) ከይተርፍ ክጥንቐቕ ይግብኡ።ዝዓበየ ጸገም ኣቕሚጡ ብንእሽቶ ጸገም ግዚኡ ከይውዳእ ሚዛኑ ክሕሉ ኣለዎ።ናጽነት ሰባት ብተፈጥሮ ዝዓደለ ናይ ናጽነት ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝመጸሉ ዘመን፡ሮማውያን ንእስራኤላውያን ብመሪር መግዛእቲ ዝገዝኡሉ ዘመን ነበረ።እንተኾነ ጎይታ ንሮማውያን ኣይነቐፎምን።ምኽንያቱ ካብ ባርነት ስጋ ባርነት ነፍሲ ስለዝዛይድ ካብዚ ከድሕን ምምጽኡ ይፈልጥ ነበረ።ናይ ምግዛእ ህርፋን ንባዕሉ ናይ ነፍሲ ባርነት ዝወልዶ እዩ።ስለዚ ከኣ ነቶም ብሓጢኣትን ብባርነት ሞትን ዝተታሕዙ ናጽነት ሰበኸሎም።ሰብ ብነፍሱ ነጻ ምስዘይወጽእ ካብ መግዛእትን ጭኮናን ሓራ ምኽኑ ከምዘይዓግብ ክርስቶስ ፈለጠ።ስለዚ ንባርነት ስጋ ገዲፉ ንባርነት ነፍሲ ቀዳምነት ከጥፍእ ሰርዐ።በዓል ራእይ እውን ንኩሉ ከካይድ ዘይኮነስ ንሓደ ከስልጥ፡ንዝበለጸ ቀዳምነት ክህብ’ዩ ዝተላእከ።

ዕንቅፋት ኣብ ዝገጥመና ግዜ ምሕዛን፡ምቑሳል፡ምድንዓይ ይገጥመና።ብዙሓት ከምዝሓዘንዎ ተሪፎም’ዮም፡ምስ ሰባት ክካሰሱ ከኣ ራኢኦም ገደፉ።ግጉያት ሰባት ኣዘምቢሎሞም፡ከይሓሰቡ ናይ ክፍኣት ደቀ-መዛሙርቲ ኮኑ።ንዝረኸቡዎ ዕድል ዘበለ እናተጠቕሙ ገዛእ ርእሶም ንሰባት ንምልላይን ንኻልኦት ኣብ ምንቃፍን የሕልፉዎ።ብዛዕባ መንነት ገዛእ ርእስና ምዝራብ ክፉእ’ኳ እንተዘይኮነ፡ስራሕና ምስዝዛረብ ግን ብዝበለጸ ኢና እሙናት ንኸውን።ብዙሓት ብመስሓቲ ካብ መገዶም ወጺኦም ናብ ራኢኦም ክምለሱ ኣይከኣሉን።በቲ ዘጋጠመ ብኣእምሮኦም ሰንቢዶም ብነቒፈታ ክሳዶም ኣድኒኖም ዝተረፉ ብዙሓት’ዮም።ራእይ ናይ ዘይብሎም ዝዓበየ ዕላማ፡ራእይ ዘይብሎም ሰባት ምብዛሕ ምኽኑ ክርሳዕ ኣይግቦኦን።እንተኾነ ግን ብራኢና ነዓና ዘይደልዩ ሰባት ዘይኮኑስ፡ነቶም ንሕና እነድልዮም ሰባት ክንርኢ ኣለና።ክጋገ ከሎ ብውሑድ ጉድለት ዝተጋገየ፡ንብዓት ሓርገጽ ንዝነብዑሉ መታለልቲ ኣእምሮኡ ዝሸጠ ዝተታለለ’ዩ።ብዕላማ

ዝጠፍኡ ናይ ጥፍኣት ልኡኻት ከምዘለዉ፡ብምትላል ዝጠፍኡ'ውን ብዙሓት ከምዘለዉ ብምዝካር ሓይሊ ኣኪብና መሊስና ክንነቅሕ ይግብኣና።

ንራኢና ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ ክንብገስ ከለና ነቐፈታ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ፡-ናይ ጥዕናን ገንዘብን ጸገማት'ውን ይፈታተነና እዩ።እንተኾነ ነቲ ንኹሉ ዝሰምዕን ንኹሉ ዝህብን ለዋህ ዝኾነ ኣምላኽ እናለመንና ንቐድሚት ክንግስግስ ኣለና።ኣብ ራኢና ተስፋ እንቐርጸሉ፡ናይ ጸላኢ ሕሹኽሹኽ ብምስማዕ ፍረ-ኣልቦ ኢየ እንብለሉ፡ዝገበርናዮ ዘበለ ከም ክሳራ እንቐጽረሉ፡ንዝደኸምናሉ ህዝቢ ዘይንዓግበሉን ግዜ ውሑድ ኣይኮነን።ስራሕና ብምቁራጽ ጥፍኣት ንኽገዝእ እነፍቅደሉ ግዜ'ውን ብዙሕ እዩ።እንተኾነ ናይ ስዕረት ሓሳብና ብተግባር ከይንልውጦ፡ደው ዘበልናዮ ተግባር መሊስና ክንቅጽሎ ዘማኽረና ጎይታ ዝተባረኸ ኢዩ! ምኽንያቱ ኣብቂው እናበልና ብዙሕ ግዜ ነቢርና ኢና።ጸላኢ ንዘየጥፍኦ ራእይ ንሕና ክነንልብቦ'ኳ እንተተላዓልና፡ጎይታ ግን ንገዛእ ርእስና እናድሓነ ናብዚ ኣብጽሓና።ናይ ብሓቂ ንሱ ናይ ራእይ ኣምላኽ፡ናይ ራእይ ደጋፍን ዝለዓለ ሓላውን እዩ!።

ዘጸናንዕ ደብዳቤ

ንብዙሕ ጻዕርና ውሑድ ምስጋና ኣብ እንስእነሉ፡ራኢና ክርከቡ እናተገብኦም ጌና ታተ ክብሉ ምስእንርኢ፡ሰባት ብሓይሊ ገንዘብ ንራእይና ከሐንኩሉ ክህንደዱ ከለዉ፡ተሓባበርቲ ዝበሃሉ ንሓሰውቲ ብሓጎስ ክሕግዙ ነዓና ግን ኢዶም ኣጣሚሮም ክዕዘቡ ምስ እንርኢ፡ካብ ድኻታት ተቐቢልና ንሃብታማት ከነገልግል፡ሰባት ከነሳትፍ ክንብገስ ኩሎም ከዝልቑ፡ጉድለትና ክነቐፉ ንጽቡቕና ግን ከምዘይረኣዩዎ ክሓልፉዎ ከለዉ፡ኣብ ስራሕ ዘይርከቡ ኣብ ብልሂ ግን ዘይድንጉዩ ክገጥሙና ከለዉ፡ኣብ ናይ ሓድነት ጸሎት ህልም ኢሎም፡ንኣድማ ግን ብለይቲ ኣባና ክእከቡ ከለዉ ተስፋ ክንቆርጽ ንቃረብ ኢና።በዞም ክፉኣት ሰባት ቅንዕናና ክንገድፍ ምስእንሓስብ ግን ዝዓበየ ውርደት'ዩ።ንውሑዳት ክፉኣት እናረኣና ካብ ምሕዛን፡ንዘይንሪኦም ናይ ራእይና መኽሰብ ክንሓስብ ይግባኣና።ብሓቂ ዝጽበዩና ብዙሓት ኢዮም'ሞ "ንሕና ኣይንሰርሕ፡ንሰባት ኣይነስርሕ" ንዝብሉ ህልኽኛታት ገዲፍና ብቕንዕና ንዝጽበዩና ኣእላፋት ክንዝክር ኣለና።

እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ስምዒታት ኣብ ውሽጠይ ክፈራረቑን ድኻም ክስማዓኒ ከሎን ሓንቲ ሰበይቲ ዝጸሓፈተለይ መጸናንዒ ደብዳቤ ይዝከረኒ።እታ ደብዳቤ ኣባይ ኣብ ዝበጽሓትሉ መዓልቲ ብዝተፈላለየ ናይ ሓይሊ ድኻማት፡ክቕጽሉ ዘይከኣሉ ኣገልግሎታት፡ይትረፉ ኢለ ዝተዛረብኩሉን ባዕለይ ዝወዳእክዎን ግዜ ነበረ።ካብቶም ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ዝጥቀሙ ሰባት ሓንቲ ሰበይቲ ግን ንኣገልግሎት ዘቐጽል ህጹጽ መንፈሳዊ መልእኽቲ ለኣኽትለይ።እቲ ደብዳቤ ከኣ ከምዚ ይብል፡-

"ኣቱም ኣገልገልቲ በጃኹም ኣጋንእ ብደም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተሓጺቦም ተዳልዮም ስለዘለዉ፡ተቐላጢፍኩም ማይ ምልኡዎም።ምንም'ኳ ግዜ እንተሃለወ ተቐላጠፉ ኣይትስነፉ ከኣ።ጎይታ እምቢ ኣይብልን፡ይእዘዝን ይልመንን ከኣ'ዩ'ሞ ለምንዎ።ጥራይ ንስኹም ኑቶም ኣጋንእ ማይ ምልኡዎም ዝበለኩም ከኣ ግበሩ፡ሓደራ ኣይትሰነፉ፡በርትዑ፡ከምኡ'ውን ተኣዘዙዎ።ድሕር'ዚ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ምቕያር ናይ ጎይታ ስራሕ'ዩ፡ብኽመይ ከምዝቕየር ከኣ ይፈልጦ ኢዩ።እቲ ግዜ ገና እኳ እንተዘይኣኽለ ንሱ ተኣዛዚ እዩ፡ኣየሕፍርን ከኣ።ጥራይ ንስኻትኩም በርትዑ ኣጋንእ ጥርሐም'ዮም፡ማይ

ምልኡዎም ኣጆኹም ኣይትሰነፉ ንሱ ዝብለኩም ጥራይ ግበሩ።እቶም ዕዱማት እናመጹ'ዮም ዘለዉ'ሞ ተቐላጠፉ።

ዝስተ ወይኒ ምስ ተወድአ ኣደ ጎይታ ተጨነቐት፡እቲ ገዛ'ውን ናይ ቤተሰብ'ዩ ኔሩ።ኣደ ንነገራት ብልባ ትፈልጥ ኔራ'ያ፡በቲ ሒዛቶ ዝኸደት ጎይታ ከኣ ትተኣማመን ነበረት።ዋላ'ኳ ወዳ እንተኾነ ንሳ ጌና ኣብ ከብዳ ከሎ ኩሉ ከምዝኽእል ተረዲኣቶ'ያ።ኩሉ ነገር ብኡኡ ከምዝቐየር'ውን ትኣምን ነበረት።ጥራይ ኣገልገልቲ በርትዑ ኣይትተሓለሉ፡ነጋንእ ማይ ምልኡወን።ጎይታ ስለዝኾነ ኡፍ ክብለሎም'ዩ።ነገር ከኣ ክቐየር'ዩ!

ኣብ እንዳ መስተ ጽራይ ወይኒ ከብዲ ምምላእ ሰልቺዩና፡መሪሩና ከኣ'ዩ ኔሩ።ትሕዝቶ ሰብ እንቋዕ ተወድአ!ቀደሙ'ውን ጎይታ ናይ ሰብ ከይተወድአ ኣብ ናይ ሰብ መሰረት ምስራሕ ልምዲ የብሉን።ስለዚ እንቋዕ ኣጋንእ ባዶ ኹኑ።

ሕጂ'ውን ኣንቱም ኣገልገልቲ ቀልጥፍኩም ነቶም ኣጋንእ ማይ ምልኡዎም።ኣዳሊኹም ከኣ ተጸበዮዎ፡ንሱ ተኣዛዚ ስለዝኾነ ክእዘዝ'ዩ፡ኣቀያይርኡ'ውን ይፈልጦ'ዩ።ጎይታ ነዲኡ የኽብር'ዩ።ሰማያዊ ኣቡኡ'ውን የኽብር'ዩ።ንሱ ንወገናቱ ከም የሕዋቱ'ዩ ዘኽብር፡ንኣጋይሽ'ውን የኽብር'ዩ፡ከምኡ ብጠቕላላ መፍቀሪ ሰብ'ዩ።

ከምኡ ዝእዘዝ መን ኣሎ?ከምኡ ዝበለ ተኣዛዚ ፍጹም ኣይተራእየን።ኣይኮነን ማይ ናብ ወይኒ ምቕያር፡ነፍሱ'ውን እንተኾነ እምቢ ከይበለ'ዶ ኣየወፈየልናን'ዩ፤

ኣንቱም ኣገልገልቲ ዘረባይ ስለዘይረሳዕኩ ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢልኩም ተኣዘዙ።ኣጋንእ ተዳልዮም ስለዘለዉ ማይ ምልኡዎም።ኣይትስነፉ፡በርትዑ ዝበለኩም ግበሩ ተኣዘዝዎ።ምቕያር ከኣ ንዕኡ ግደፉሉ።ንሱ ይፈልጦ'ዩ ኡፍ. . . ክብለሉ እዩ። ጎይታ ከኣ እዩ!

ጥራይ ንስኻትኩም በርትዑ ኣጆኹም!ምሳኹም ጎይታ ስለዘሎ ከበርትዓኩም እዩ።ነቶም ኣጋንእ ማይ ምልእዎም።ብዙሓት ኣጋንእ ተቐሪቦም ነዓኹም ይጽበዩ ኣለዉ።ሓደራ፡ሓደራ።ኣነ'ውን ሓንቲ ገንኢ'የ ማይ ክመልእ ዝጽበ ዘለኹ'ዩ።እሞ'ኸ ንስኹም ኣንቱም ኣገልገልቲ መልስኹም እንታይ'ዩ፤

ቅልጥፍ ኢልኩም ነቶም ኣጋንእ ማይ ምልኡዎም፡ምቕያር ዝምልከት ከኣ ንዕኡ ግደፍሉ።ንሱ ናይ ባዕሉ ግዜ ኣለዎ።ሓደ መዓልቲ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ከምዝቐየሮ ሂወተይ'ውን ብጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክትቅየር'ያ።ቃሉ ከምዚ'ዩ ዝብል፡-"ሓጢኣትኩም ከም ዝዋውዕ'ኳ እንተቐየሐ፡ከም ደም ከኣ እንተኾነ ከም ስምዕዛ ከጽርየኩም'የ እዩ ዝብል (ኢሳ 1፡18)።

ኣገልገልቲ ጥራይ ንስኻትኩም በርትዑ!ኣጋንእ ኣክቡ፡ማይ ከኣ ምልኡዎም፡ጎይታ ከኣ ኡፍ. . . ክብለሎም'ዩ።ኣነ ኣመስግነኩም'የ፡እትልእኩለይ ሓገዝኩም ኣብዚሕኩም ቀጽልዎ። እግዚኣብሄር ይባርኩም።መንፈስ ቅዱስ ይሓግዝኩም፡ኣሜን።

እዚ መልእኽቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስለዝነበረ ልበይ ኣዚዩ ጸንዐ፡ሓይለይ'ውን ተሓደሰ።ካብ ዘጋጠመኒ ግዝያዊ ኩነታት ወጺኣ ንናይ ዓጺድ ጎይታ ረኣኹሉ።ሰይጣን ናይ

ጽቡቕ ነገር ተቓዋሚ ኮይኑ ደው በለ፡ፈጸምቲ-ጉዳዩ ዝኾኑ ሰባት’ውን ራእይ ንምስንካል ኣይደቅሱን።ነይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዘመን ኣገልግሎቱ ሰይጣን ብኣካል ዝፈተኖ ሓንሳብ ጥራይ’ዩ፡ብሰባት ግን ዘመኑ ምሉእ ተፈተነ።ንሱ ባዕሉ ተመንን ዕንቅርቢትን ክትረግጹ ኢኹም ኢሉ ኣጠንቀቐና (ማቴ 10፡17)።ቅኑዕ ነገር ክሰርሑ ዘይደልዩ ሰባት ኣለዉ።ቅኑዕ ነገር ምስራሕ ዘይምድላይ ግን ቅኑዕ ንዝሰርሑ ንኽተሳድድ’ዩ ዘለዓዕል።ንሳቶም ንዕንቅፋት ኢሎም ዘቐምጡዎ መሰናኽል ግን ሓያል መንፈሳዊ መንነት’ዩ ዝፈጥረልና።ኣብ ኣገልግሎትና ኩሉ መዐንቀፊ ነገር ጸጥ ካብ በለ ንሕና’ውን ንመውት ኢና ዘለና ማለት’ዩ፡ምስእንሰርሕ ግን ጫው ጫውታ ይፍጠር።እዞም ናይ ሂወት ቅልሳት ራእይ ሸትኡ ቅድሚ ምህራሙ ንሕና ተሰሪሕና ክንውዳእ ይሕግዙና።ንሕና በቃ ኣብቂዑ ኣብ ዝበልናሉ ግዜ ገዛእ ርእስና ተሰሪሕና ምስ እንረኽቦ ዝነጸረ መንነት ንጓናጸፍ።

እግዚኣብሄር ክንጉነጸ ዘቐመጦ ጎቦ ንዘመናት ፈንተት ዘይብል ይኸውን’ዩ።እቲ ጎቦ ከምቀደሙ’ኳ እንተኾነ ንሕና ግን ከም ቀደምና ኣይኮናን።ቅልጽምና ይሕይል፡ሰብነትና ይምዕብል።እግዚኣብሄር ናይ ለውጢ ስርሑ ዝሰርሖ ኣቐዲሙ ነቲ መጀመርታ ጸገም ብምልዋጥ፡ካልኣይ፡-ንሕና ክንልወጥ ብምግባር፡ሳልሳይ፡-እቲ ጸገም’ኳ እንተሃለወ ንኽይጎድኣና ብምግባር’ዩ።እግዚኣብሄር በዞም ሰለስተ መገድታት ይሰርሕ፡ጸሎትና ከኣ ይምልስ።

ኣብ መገድና ዝገጥሙና ዕንቅፋታት ኣብ ሂወት ምንም ነገር ዘይንግረም ሓያላት ሰባት ክንከውን የኽእሉና።እቶም ዕንቅፋታት ግን ንባዕሎም ኣይሕይሉን’ዮም፡ስይጣን’ውን ንኽንድልድል ኢሉ ዘምጽኦ ጥፋኣት የብሉን።እግዚኣብሄር ግን ንዕንቅፋታትን ንፈተናታትን ንዓና ንምህናጽ’ዩ ዝጥቀመሎም።እቲ ጸገም ከም ቀደሙ እኳ እንተኾነ ንሕና ግን ከም ቀደምና ኣይኮናን፡ግድን ኢና ንልወጥ።

ንምንባር ዘመቅሩን ንሂወት ጋሻ ዝገብሩ ዘይተመለሱ ሕቶታትን ጉያ ዝሓቱ ራኢታት ተቐሚጦም ኣለዉ።ኩነታት ሂወት ልዕል ወይ ትሕት ዝብል ደረጃ እዩ።ትኽ ኢሉ ዝነዓዝ ነገር ኣብ ሂወት ፈጺሙ የለን።ብዝኾነ መምዘኒ ንሕና ከምትማሊ ኣይኮናን።ወይ ልዕል ኢልና ኣለና ወይ ትሒትና (ወሪድና) ኣለና።

ነስተውዕል

- ምልኩዕ ሓጹር ምልኩዕ ሰላም የብሉን፡ዝጸበቐ ዓራት ጥዑም ድቃስ የብሉን፡ዝጸበቐ መኣዲ ዝበለጸ ጥዕና የብሉን።
- ሕማም እንተዘይህሉ ናይ ፈውሲ ሓጎስ፡መግዛእቲ እንተዘይህሉ ናይ ናጽነት ዕልልታ፡ ኩናት እንተዘይህሉ ናይ ዓወት መዝሙር፡ዕንቅፋት እንተዘይህሉ እንትርኾ ገድሊ ኣይምነበረን።
- ዝኾነ ነገር ናይ ገዛእ-ርእሱ ዕንቅፋት ኣለዎ።ኣብ ምቹእ ቦታ እንበጽሕ ከኣ ዘይምቹኣት ነገራት ምስእንሓልፍ’ዩ።
- እግዚኣብሄር ኣብ ሞንጎ ትካዜን በዓል ራእይን ጣልቃ ይኣቱ።
- እግዚኣብሄር ካብ ከቢድ ጸገም ብዝንእስ ጸገም ጌሩ የድሕነና።
- ዝረገጽናዮ ምርኣይ ዘይኮነ እንሪኦ ክንረግጽ ግድን’ዩ።
- መከራ ፈታዊ የስእነካ፡ብዘይ ምስትውዓል ዝመጽእ መከራ ድማ ንሕልናኻ የስእነካ።
- ጸገማት ኣባና ኣብቂዖም ንዝቐጽል ወለዶ ጽቡቐ ክነጽንሕ ምስእንኽእል ሰብ-ራእይ ንኸውን።
- ራእይ ኣብ ሂወት ሰብ ዘይኮነ ኣብ ሓቀኛ ዘልኣለማዊነት ከምዝቐመ ተቓወምቲ ኣይፈልጡን’የም።
- ናይ ምግዝዛእ ህርፋን ንገዛእ ርእሱ ናይ ነፍሲ ባርነት ዝወለዶ ኢዩ።
- ኣብ ራእይና ነዓና ዘይደልዩ ሰባት ዘይኮነ፡ነቶም ንሕና እነድልዮም ሰባት ኣብሊጽና ክንርኢ ክንክእል ኣለና።

※ ※ ※

ምዕራፍ 21

ናይ ውሽጢ ዕንቅፋት

ክልተ ደርሆ ማይን ሓንቲ እንቁርዶብን ብጾት ኮይነን ኣብ ሓደ ዕቋር ማይ እናተጻወታ ክረምቲ ብሓጎስ ኣሕለፍኣ።ሓጋይ ምስ መጸ ድማ እቲ ዕጭር ማይ ምንቃጽ ጀመረ።በዚ ምኽንያት ቦታ ክቕይራ ከምዘለወን ምስተረድኣን ሓደ ነገር ኣተሓሳሰበን።እተን ደርሆ ማይ ክነፍራ ይኽእላ'ኳ እንተኾና እታ እንቁርዶብ ግን ክትነፍር ስለዘይትኽእል እንታይ ክገብራ ከምዝግብኣን ተጨነቓ።ሽዑ ድማ እታ እንቁርዶብ ሓደ ሓሳብ መሀዘት።ከምዚ ክኣ በለት፡-"ንስኻትክን ካብ ሓደ ኣፍ ናብ ሓደ ኣፍ ዕንጨይቲ ክትዝርግሓ እንተትኽእላ ኣነ ከኣ ነቲ ዕንጨይቲ ብኣፈይ ሒዘ ክንከይድ ምኽኣልና በለት"።እተን ደርሆ ማይ ነቲ ሓሳብ ብሓጎስ ተቐቢለን፡ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ ዕንጨይቲ ዘርጊሐን እታ እንቁርዶብ ኣብ ማእከሉ ነኺሳ ክበራ ጀመራ።ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሓረስታይ ቅንዕ እንተበለ በቲ ኩነታት ተደኒቑ "ከመይ ዝበላ ብልሓተኛታት ኢየን፡ንምኳኑ ነዚ ሓሳብ ዝመሃዘኸ መን ኮን ይኸውን፧" በለ። እታ እንቁርዶብ ከኣ ኣቐዲማ ነዚ ሓሳብ ብምምሃዝ ኩርዓት እናተሰምዓ "ኣነ እየ" ክትብል ኣብ ኣፋ ሒዛቶ ዝነበረት ዕንጨይቲ ብምግዳፍ ኣብ ምድሪ ወዲቓ ሞተት።

ትዕቢት ኣነ እየ ዘብል ርእስኻ ናይ ምልዓል ባህሪ ኢዩ።ትዕቢት ወቐሳ ዘለዎ መሲልዎ ሰቐ ዝብል፡ምስጋና ዘሎ መሲልዎ "ኣነ እየ" ዝብል ጠባይ'ዩ።ካብ ዝኾንናዮ ንላዕሊ ንገዛእ ርእስና ምስ እንግምት ትዕቢት የምጽእ።ገዛእ ርእስና ብሚዛን ቃል ኣምላኽ ምርኣይ ክንስእን ከለና ብትዕቢት ሓጢኣት ንወድቕ።ትዕቢት ምስ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ምስ እግዚኣብሄር'ውን ከይተረፈ ዝወዳደር ናይ ጸልማት ኣተሓሳስባ ኢዩ።ትዕቢት ካበይ ከምዝመጻእናን ናበይ ከምእንኸይድን የረስዓና፡ትዕቢት ልዕሊ ርእስና ንፋስ ደኣ'ምበር እግዚኣብሄር ከምዘሎ ኣይቅበልን'ዩ።ትዕቢተኛ ንእግዚኣብሄር ከምልኽ ብፍጹም ኣይከኣሎን፡ምኽንያቱ ንእግዚኣብሄር ንምምላኽ ንገዛእ ርእስኻ ካብ ምምላኽ ኣቀዲምካ ክትላቐቕ የድሊ።ንድያብሎስ ካብ ክብሪ ዘዋረደን ካብ ናይ መላእኽቲ ዓለም ዘውጽኣን ትዕቢት ኢዩ።ናቡከደነጾር ከም ከብቲ ሳዕሪ ክግህጽን ናይ ቁጥዓ ማዕበል ዘውረደሉን ትዕቢት'ዩ።ንፈርኦን ምስ ሰራዊቱ ኣብ ባሕሪ-ኤርትራ ዘጥሓለ ናይ ልቢ ኩርዓት ኢዩ።እግዚኣብሄር ንትሑታት ጸጋ ክውስኽ ከሎ ንትዕቢተኛታት ግን የዋርድ።

ትዕቢት ንመልኣኽ ሰይጣን ዝገበረ፡ካብ ናይ ምስጋና ኣዳራሽ ኣውጺኡ ናብ ሲኣል ዘደርበየ ኣተሓሳስባ ኢዩ።ትዕቢት ንዘይብልና ከምእንደሊ ዝገብር፡ንዘለና ከኣ ብብቕዓትና ከምዝረኸብናዮ ዘሕስበና ኣዳማዊ ውድቀት'ዩ።ትዕቢት ከሳሲ፡ውዳሴ ከንቱ ዝደሊ፡መወዳእታ ከኣ ቀታሊ ነፍሲ ዝገብር'ዩ።ትዕቢተኛ ናይ ገዛእ ርእሱ ዕብየት ዝቕበል ናይ ካልኦት ምንእኣስ ብምእማን'ዩ።ትዕቢተኛ ንገዛእ ርእሱ ባዕሉ ዝሾመ ስለዝኾነ ክብሪ የብሉን።ናይ ኣፍ ፍቕሪ ደኣ'ምበር ናይ ልቢ ፍቕሪ ዘይረክብ ከኣ ኢዩ።

እግዚኣብሄር ዋና ናይ መንፈሳዊ ጸጋና ጥራይ ዘይኮነስ ቀንዲ ዋና ናይ ስጋዊ ህያባትና'ውን ኢዩ።ብመንፈሳውን ስጋውን በረኸት ዝባርኸና ናይ ነፍስናን ናይ ስጋናን ዋና ዝኾነ ሓደ እግዚኣብሄር ኢዩ።ሎሚ ንዘካየድናዮ ኣሳልጦ ንገዛእ ርእስና ከም መበገሲ ምስእንገብሮ ኣብቲ እዋን'ቲ ሒዙና ዝጸንሐ መለኮታዊ ኢድ ፈኒዩ ይገድፈና።ብልሓትና

ከምቲ ብኣፍ ማይ ደርሆ ዝተታሕዘ ዝነኽስናዮ ዕንጨይቲ ኢዩ፡ኣነ ኢልና ምስእንዛረብ እንፍንዎን ዝፍንወናን ከኣ'ዩ።እግዚኣብሄር ምስ እንብል ግን ብዘይ ርብርብ-ኢድ፡ብዘይደክም ቅልጽሙ ኣዐርዩ ኢዩ ዝሕዘና።ንባዕልና ድምጺ ንኽንህብ ዝደፋፍኣና ስለቲ ዝተሰርሐ ስራሕ ዝውሕዝ ኣድናቐት ኢዩ።ንዝሓገዙና ወገናት ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝሓገዘና ጐይታ'ውን ክሒድና ብስስዕቲ ምስጋና ንባዕልና ጥራይ ምስ እንወስድ፡ካብ ሰብን ካብ እግዚኣብሄርን ኢና እንንጸል።ትዕቢት ንዓይንና ኣዕዊሩ ንገዛእ ርእስና ኣልፋ ኦሜጋ ጌርና ንኽንዕዘቦ'ዩ ዝደፋፍኣና።

ኣብ ራእይ ዝዓበየ ዕንቅፋት ትዕቢት ኢዩ።ኣብ ኣሳልጦና ኣእምሮ ሰብ ክማረኽ ከሎ ኣድናቆት ከኣ ምስዝውሕዝ ሽዑ ልብና ብትዕቢት ይፍተን። ኣብዚ እዋን'ዚ እምበኣር ናባና ንዝመጸ ናይ ምስጋና ቀስቲ ኣንፈቱ ናብ ሰማይ ክንቅይሮ ይግብኣና።እንተዘይኮነ ኣምላኽነት ኣብ ዘይብልና ኣምልኾ ክኸብደና ናይ ግድን ኢዩ።ንሙሴ ኣይክእልን ምባል ናብ ራኢኡ ንምእታው መሰናኽል ኮኖ።ድሒሩ ከኣ ናብ'ቲ ናይ ራእይ ወሰናስን ክቐርብ ከሎ "ኣነ" ብዝብል ቃል ተሰናኺሉ ተረፈ።ኣነ ዝብል ቃል ኣብ መፈጸምታ ራእይና ንኽይንበጽሕ ዝዕንቅፍ መሰናኽል ኢዩ።ኣብ ራእይ ዕንቅፋት ዝኾኑ ብዙሓት ነገራት ኣለዉ።ገለ ገለ ከይፈለጥናዮም ከም ፈታዊ ምሳና ሓቢሮም ዝነብሩ ኣተሓሳስባ'ዮም።ገለ ከኣ ፈቲና እንለብሶም ኢዮም።

ዕንቅፋት ራእይ ኣብ ሰለስተ (3) ከፊልና ክንሪኦም ኢና፡-

1ይ/ እቶም ናይ መጀመርታ ዕንቅፋት ቅድሚ ራእይ ዘለዉ ኢዮም።እዚኣም ንናይ ራእይና ናይ ጻውዒት መልሲ ንኽይንህብ ዝድርኹና ናይ ህድማ ሓሳባት ከም ኣይክእልን ምባል ዝኣመሰሉ ኢዮም።

2ይ/ ኣብ ውሽጢ ጉዕዞ ናይ ራእይ ዝለዓሉ ዕንቅፋት ኢዮም።

3ይ/ መወዳእታ ድማ ኣብ መፈጸምታ ናይ ራእይ ዝለዓሉ ዕንቅፋት ኢዮም።ናይዚኣም ምምቕቓል ብነኣሽቱ ዓወታት ዓጊብካ ንቅድሚት ኣይንኽይድን ምባል ኢዩ።

እቶም ናይ መጀመርታ ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኣብ ሰለስተ (3) ክፋል ኣቕሚጥናዮም ኣለና።ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣቀማምጣ ዕንቅፋት ድማ ኣብ ክልተ (2) ክፋል ከነቐምጦም ኢና።ማለት ካብ ገዛእ ርእስና ዝብገሱ ዕንቅፋትን ካብ ደገ ዝመጹ ዕንቅፋትን ኢልና ክንከፍሎም ክንጅምር ኢና።መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ናይ ደገ ዕንቅፋታት ነቒሕና ክንጽበዮ ከለና እቲ ዘይንጥንቀቕሉ ናይ ገዛእ ርእስና ግን ንራእይ ዓቢ ዕንቅፋት'ዩ ዝኸውን። ካብዚ ቀጺልና ከኣ ናይ ውሽጢ ዕንቅፋት ክንርኢ ኢና።

1. <u>ንባዕልኻ ካብ መጠን ንላዕሊ ምርኣይ</u>

ሰብ ንገዛእ ርእሱ ብክልተ ሽነኻት ካብ መጠን ንላዕሊ ክርኢ ይኽእል።ንገዛእ-ርእሱ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልዒሉ ክርኢ ከሎን፡ብኣንጻሩ ድማ ንርእሱ ካብ መጠን ንታሕቲ ኣንኢሱ ይርኢ።ንባዕሉ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣዕብዩ ዝሪኤሉ ናይ ትዕቢት መንፈስ ብዓቢ ንባብ ርኢናዮ ኢና።ኣብዚ ዓንቀጽ እንዕዘቦ ግን ካብ መጠን ንታሕቲ ገዛእ-ርእስኻ ኣንኢስካ ምርኣይ

ዕንቅፋት ናይ ራእይ ከምዝኾነ ኢና ክንዕዘብ።ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ ቆይሙ ክዛረብ ከሎ“ኣነ ንሓቂ ክምስክር ምእንትዚ ተወለድኩ።ነዚ ክብል ከኣ ናብ ዓለም መጻእኩ፡ካብ ሓቂ ዝኾነ ኩሉ ከኣ ድምጸይ ይሰምዕ”ክብል ተዛረበ(ዩሃ 18፡37)።ጎይታ ዝተወልደሉን ናብ ዓለም ዝመጽኣሉን ኣብሪሁ ተዛረበ።ዝነብረሉ ቀንዲ ዕላማ ከኣ ሓቂ ንምምስካር ነበረ።ኩሉ ሰብ ድማ ዝተወለድኩሉን ናብ ዓለም ዝመጻእኩሉን ምኽንያት እንታይ ኢዩ፤ ኢሉ ክሓትትን ነዚ ገሊጹ ክዛረበሉን የድልዮ።ነዚ ክንዛረብ እንኽእል ድማ ራእይ ጨቢጥና ምስእንሕዝ ጥራይ ኢና።ንገዛእ ርእስና ካብ መጠን ንላዕሊ ኣንኢስና ምርኣይናን ካብ ራእይ ምህዳምናን ንዝተወለድናሉን ናብ ዓለም ዝመጻእናሉን ምኽንያት ከንቱ ምግባር ማለት ኢዩ።ናይ ራእይ እቲ ቀንዲ ዕንቅፋት ንገዛእ ርእስኻ ካብ መጠን ንላዕሊ ብምርኣይ፡ኣይክእልን ብዝብል ስምዒት ካብ ራእይ ምህዳም ኢዩ።

በዓል ራእይ ማለት ፍጹም ማለት ኣይኮነን።ውድቀቱ ዝፈልጥን ኣብ ውድቀት ንዘሎ ዝርህርህን’ዩ።ድኻም ዘይፈልጥ ንድኹማት ክርህርህ ኣይክእልን ኢዩ።ሰባት ካብቲ ዝኾንዎ ንላዕሊ ንገዛእ-ርእሶም ብትዕቢት ይገልጽዎ፡ከምኡ’ውን ንገዛእ-ርእሶም ካብቲ ዘለዉዎ ንታሕቲ ርእሰ-ምትሓት ስምዒት ይገልጽዎ።ምናልባት ነዚ ስምዒት’ዚ ከምትሕትና ይቆጽርዎ ይኾኑ ኢዮም።ትሕትና ግን ንገዛእ ርእስኻን ንከባቢኻን ብዝግባእ መጠን ምኾባል ደኣ’ምበር ስቓይ ኣብ ዘለዎ ብዝተሓተ ስምዒት ምቅላስ ኣይኮነን።ጐቦን ስንጭሮን ሜዳ ክኾኑ ኣይክኣልን ኢዩ።ከም ጐቦ ዝኾነ ትዕቢት ከም ስንጭሮ ዝበለ ናይ ትሕትና ስምዒት ንራእይ ከንቀሳቕስ ኣይክእልን ኢዩ።ትዕቢት ንዝተጀመረ ራእይ የደርብየካ።ናይ ትሑትነት ስምዒት ድማ ናብ ራእይ ንኸይትቐርብ ብፍርሒ ይዋግኣካ።

እግዚኣብሄር ኣብ ዘዘመኑ ሰባት ናብ ራእይ ምጽዋዕ ኣየቋረጸን።ሰባት ግን ንገዛእ ርእሶም ኣዐርዮም ብምጥማት ነቲ ጻውዒት ክቃወምዎ ይፍትኑ ነበሩ።እግዚኣብሄር ንጐደልኣም መሊኡ ኣብ ጉድለቶም ምሉእ ስራሕ ይሰርሕ ምኂኑ ብዘይምርድኣም ብዛዕባ ገዛእ-ርእሶም ከረድኡ ይፍትኑ ነበሩ።ገሊኦም “ኣነ ሓጢኣተኛ ኢየ፡ብቑዕ ኣይኮንኩን”ኢዮም ዝብሉ።ቅድሚ’ዚ ብብቕዓቶም ከምዝነብሩ ዝነበሩ ኣይብቑዑን’የ ክብሉ ንጻውዒት ይቃወሙዎ።እግዚኣብሄር ክጽውዓና ክንብሎ ዘለና ግን “ንክብርኻ ክቐውም ኣይኽእልን’የ በዓል ሞያ ስለዝኾንካ ግን ሰሪሕካ ክትጥቀመለይ ስለትኽእል፡ሰሪሕካ ተጠቀመለይ።ንስኻ እንተዘይደሊኻኒ ንዓይ ምስ መንነተይ ዝቕበለኒ የብለይን” ጥራይ ምባል’ዩ ዘድሊ።

ካልኦት ድማ ዝሓለፉ ታሪኾም ስለዝዝክሩ ነዚ ታሪኽይ ኣብ ቅድሚ ዝፈልጡ ሰባት፡ኣብ ቅድሚኦም ብኽመይ ክቐውም ይኽእል፤ ይብሉ።እግዚኣብሄር ግን ምስ ናይ ሎሚ ሕራይ ምባልና ደኣ’ምበር ምስ ታሪኽና ርክብ የብሉን።ንሱ ይቕረ እንተኢሉልና ክኸሰና ዝኽእል መን’ዩ፤ናቱ ሕድገት ሓጢኣት ኣብ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሰማይ’ውን ዝጸንዐ ኢዩ።እኳ ደኣ ዝሓለፈ ታሪኽና ክፉእ ምንባሩ ንኽምዚ ዝበለ ዝቕበል ኣምላኽ ምኂኑ ዓቢ ምስከርነት ስለዝኾነ ክንፈርሕ ኣይግበኣናን’ዩ።እቶም ንክርስቶስ ኣዚዮም ዝፈትውዎ ዝነበሩ ሰባት ብብዙሕ ሓጢኣት ዝሓለፉን ሓጢኣቶም ይቕረ ዝተባህለሎምን’ዮም ዝነበሩ (ሉቃ 7፡47)።ተቓወምቲ ናይ ራእይና ንራእይና ክነቋርጾ ምኽሮም ሂቦምና ምስእንኣብዮም ሕሉፍ ታሪኽና ኣብ ኣደባባይ ብምግላጽ ከቃልሉና ኢዮም ዝጅምሩ።

እግዚኣብሄር ጉድለት ሰብ ምስዝዛረብ ደኣ’ምበር፡ሰብ ጉድለት ሰብ ክዛረብ ከሎ ኣዝዩ’ዩ ዘስደምም።ምኽንያቱ ሰብ ዘበለ ኩሉ ጐደሎ ስለዝኾነ ኢዩ።ሓደ ሓደ ግዜ ሰባት ምሂዞም ነቲ ምስ እግዚኣብሄር ኣብ ዝሓለፈ ዝተዓረቕናሉ ጉዳይ ከም መርትዖ ጌሮም ከቕርብዎ ይኽእሉ ኢዮም።ንገዛእ-ርእስና ምሕረት እግዚኣብሄር ካብ ኣርኣናዮ ግን ንዝኾነ ክንፈርሕ ኣይግበኣናን ኢዩ።ነቲ ዘፍርሕ እግዚኣብሄር ካብ ዘይፈራሕና ግን ነቲ ፈራሕ ዝኾነ ወድሰብ ምፍራሕና ኣይተርፍን ኢዩ።ሰይጣን ኩሉ ግዜ ከሳሲ ኢዩ፡ናይ ክሲ ዕላምኡ ድማ ኣብ ገዛእ-ርእስና ፍጹም ተስፋ ቆሪጽና ንኽንጠፍእ ኢዩ።ስለዚ ጸላኢና ሰይጣን ሓጢኣትና ክዝርዝር ከሎ “ኣንታ ሰይጣን እዚ ኩሉ ሓጢኣት ደኣ ከምዝተሰረዘለይ ኣይፈለጥካን ዲኻ፤እዚ ኩሉ ሓጢኣተይ እምበኣር ብደም ክርስቶስ ተደምሲሱ ኢዩ’’ኢልና ከነሕፍሮ ኣለና።

ኣብ ዓለም ከም ዘለዉ ናይ ስልያ ብድሆታት ከምኡ ኣብ ቤትክርስትያን ነውሪ ናይ ሰብ ክከታተሉ ዝውዕሉ ብዙሓት ነውራማት ኣለዉ።ንሰብ ብሓጢኣቱ ዘይኮነ ብፍቕሪ ክንሕዞ እናተገብኣና፡ኣብታ ምሕረት እትሰብኽ ቤተ ክርስትያን ንሰብ ብሓጢኣት ክንሕዞን ክንከሶን ምድላይና ብጣዕሚ ዘሕዝንን ኣብ ዝባንና ዘሎ ዕዳን’ዩ።በዓል ራእይ ግን ድሕሪት ንዘሎ እናረስዐ ንቕድሚት ክመጣጠር ኣለዎ (ፊሊ 3:13)።

ብዙሓት ናይ እግዚኣብሄር ሰባት እግዚኣብሄር ክጽውዖም ከሎ መንነቶም ብምርኣይ እምቢ በልዎ።እግዚኣብሄር ግን “መንነትካ እፈልጦ’የ፡ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ ዘብለኒ ድማ እናፈለጥኩኻ ምጽውዐይ’ዩ፡ኣብ ኢድ ሰራሒ-መሬት ዘሎ ዕትሮ መሊሱ ንኽዕረ ዕድል ኣለዎ፡ንስኻ ከኣ ኣብ ኢደይ ኢኻ’ሞ መሊሰ ክሰርሓካ ይኽእል’የ ይብል።ስለዚ ኣፍቅደለይ እሞ መሊሰ ክሰርሓካ ካብዚ ከኣ ክግለጸካ እየ ብዝብል ድምጺ ከይተዛረበ ኣይተርፍን እዩ።ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ምስ ክእለትና ዘይኮነ ፍቓደኛታት ምስ ምኻና ኢዩ ሕብረት ዘለዎ።ንሱ ነቲ ምሉእ’የ ዝበለ ባዶ ከምዝገብሮ፡ነቲ ባዶ ድማ መሊኡ ንኽብሩ ከንብሮ ይኽእል’ዩ።እግዚኣብሄር ነቲ በዓል ጥዑይ ኣፍ ንኣሮን ገዲፉ ንሙሴ ነቲ በዓል ጸያፍ ኣፍ ክጽውዖ ከሎ “ነይታይ ኣነ ኣፈይ ወታእ’የ ልሳነይ ኮርታዕ’የ’ሞ፡ትማልን ቅድሚ ትማልን ሕጂ’ውን እንተኾነ ንባርያኻ ካብ ትዛረበኒ ጀሚረ ኣፈይ ብቕዕ ኣይኮነን በለ’’።እግዚኣብሄር ድማ “ኣፍ ሰብ ዝፈጠረ መን ድዩ፤ ኣነ እግዚኣብሄር’ዶ ኣይኮንኩን፤በል ሕጂ ኪድ ኣነ ኣፍ ክኾነካ እየ፥እትብሎ ዘበለ ከኣ ኪቃንዓልካ’የ” በሎ (ዘጸ 4:10-12)

ሙሴ ንእሽቶ ምኻኑን፡በዓል ጥዑይ መልሓስ ዘይምኻኑን ረኣየ።ከም ሙሴ ኤርምያስ ድማ ንህጻንነቱ ረኣየ “ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣነ ቆልዓ’የ ክዛረብ ኣይክእልን’የ” በሎ (ኤር 1:6)።እግዚኣብሄር ግን “ቆልዓ’የ ኣይትበል’’ በሎ (ቁ. 7)።እግዚኣብሄር ክጽውዓና ከሎ ኣብ ገዛእ ርእስና ዘሎ ድኻም ከሰናኽለና ኣይግብኦን።ምኽንያቱ ንሱ “ንስኻ ስጋኻ ሃበኒ ኣነ ድማ መንፈሰይ ክህበካ’የ፡ካብኡ ክሰርሓካ ኢየ’ዩ ዝብለና”።

ኣብ ዕድሜና ኮነ ቀደም ካብ ዝሓለፈ ዘመናት መንነቶም ከይረኣዩ ንጻውዒት እግዚኣብሄር ብምእዛዝ ውጽኢታውያን ዝኾኑ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።“ዝጠፍኣት ገነት” ዝተባህለት መጽሓፍ ዝጸሓፈ ሚልተን ነዚ ኣደናቒ መጽሓፉ ብ1652 ዓይኑ ድሕሪ ምዕዋሩ ኢዩ ጽሒፉዋ።ኣይዛክ ዋጅስ ዝተባህለ ድማ ጎደሎ-ኣካል’ኳ እንተኾነ ኣብ እንግሊዝ ፍሉጥ ሰባኽን ኣቦ መዝሙርን ተባሂሉ ዝፍለጥ’ዩ ነይሩ።እዚ ሰብ እዚ ንገዛእ ርእሱ ክሓዝን ኮፍ

ከይበለ፡ልዕሊ 600 ዝኾኑ መዛሙራትን ብዙሓት ግጥምታትን መጻሕፍቲ ስነ መለኮትን ጸሓፈ።ፉኒ ክራስቢ ዝተባህለት ሰበይቲ ከኣ ካብ ዝተወልደትሉ ኣብ 6ይ ሰሙና ሃንደበት ብሓደጋ'ኳ እንተዓወረት፡ንምዕዋራ ኣስኒፋ ካብ 800 ንላዕሊ ዝኾኑ መዛሙራት ከተበርክት ከኣለት።እዞም ሰባት እዚኦም ገዛእ-ርእሶም ብምምልካት ብጉድለቶም ካብ ምሕዛንን ተስፋ ካብ ምቑራጽን ዝያዳ ብዘለዎም ናይ ተፈጥሮ ክእለት ክጥቀሙ ስለዝመረጹ ልዕል ብምባል ብርሃን ኮይኖም ሓለፉ።ንሕና'ውን ዝኾንና ንኹን ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት እግዚኣብሄር ጠቕምቲ ክገብረና ይኽእል ኢዩ።ብዙሓት ትምህርቲ ስለዘይተረድኦም፡መምህራኖም'ውን ስለዝነቐፍዎም፡ቤተሰቦም ከኣ ናይ ሂወት እቲ እንኮ ኣማራጺ ትምህርቲ መሲልዎም ተስፋ ስለዘቑረጽዎም ኣነ ኣይረብሕን'የ ኢሎም ንገዛእ ርእሶም ዝጸልኡን ኣብ ርኽሰትን ዓመጽን ዝሸመሙን ውሑዳት ኣይኮኑን።

ንዓለም ብምዕባለ ብምሕደራ ዘመዓራረዩ ሰባት መብዛሕቲኦም ብሰባት ካብ ቤት ትምህርቲ ዝተሰጉን ኣይርድኣኩምን ተባሂሎም ዝተናዕቁን'ዮም።እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጦም ንዘቕመጦ ዓቢ ህያብ፡ቤት ትምህርቲ ሓጹርን ከልካልን ኮይንዎ ነበረ።ካብ ቤት ትምህርቲ ምስወጹ ግን ነጻ ኣብ ዝኾነ ጎልጎል ክእለቶም ኣፍሰሱ።ክእለቶም ከኣ ብስርዓት ትምህርቲ ተቐሪጹ(ተዋዲዱ) ተምሃሮ ክመሃሩሉ ይበቅዕ።ትምህርቲ ኣይርደኣኩምን ዝተባህሉ ሰባት ናይ ብዙሓት መምህራን ክኾኑ ከኣሉ።ፍልጠቶም ዝሓዙ ዘበሉ ከኣ ዝዓበየ መዓርግ ክሕዙ ከኣሉ።

ሓደ ነገር ዘይምኽኣል ማለት ኩሉ ነገር ዘይምኽኣል ማለት ኣይኮነን።ጽሑፍ ኣንቢብካ ዘይምሓዝ ማለት ተግባር ካባይ ኣይውለድን ማለት ኣይኮነን።እግዚኣብሄር ጎደሎታት ናይ ዓለም እናረኣየ ንሰባት ዝተፈላለዩ ህያባት'ዩ ዝህብ።ንሕና ንካልእ ሰብ ክንመስል ዘይኮንና ንዝተዋህበና ስራሕ ክንከውን ከኣ'ዩ ፈጢሩና።ጉድኣት ኣካላት፡ናይ መምህራን ዝተሓተ ነጥቢ፡ንዕቀት ናይ ሰባት፡ምሳና ናይ ዝዓበዩ ላግጺ፡ናይ ቤተሰብና ምፍርራሕ፡ስንክልና፡ታሪኽና ክኣስረናን ክጭብጠናን ፈጺሙ ኣይግቦኡን።ንቕድሚት ክንግስግስን ንዝተወለድናሉ ዕላማ ክንነብርን ከኣ ይግብኣና።

2.ፍጽምና ምድላይ

ኣብ ራእይ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ምንባር'ውን እንተኾነ ፍጹምነት ምድላይ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ኢዩ።ፍጽምና ዝደልዩ ሰባት ልዕሊ ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ንንእሽቶ ጉድለት ኣጉሊሖም ስለዝርእዩ፡ጉሁያት ተዓዘብቲ ጉድለት፡ካብ ሰብ ናብ ሰብ ካብ ቤተክርስትያን ናብ ቤተክርስትያን ክገላበጡ ዝነብሩ፡ቅድስና ዝጠመዩ ዋናታት ስምዒት ሕሜት ኢዮም ዝኾኑ።ኣብ ሂወት ንገዛእ-ርእሶም ይቕረ እናለመኑ ንኻልእ ናይ ምውጋዝ ክሲ ብምምጻእ ፍጽምና ኣብ ምንዳይ'ዮም ዝነብሩ።ደለይቲ ፍጽምና መሲሎም ኣብኣቶም ንዘየለ ፍጽምና ካብ ካልኦት ዝደልዩ፡ከይተፈለጦም ናይ ክትዕ መንፈስ ዝጸመዶም መቕበዝበዝቲ ሰባት'ዮም።ኣዝዮም ዝጠራጠሩ ብምኺኖም ንጽቡቕ ዘበለ'ውን ብሕማቕ ስለዝትርጉምዎ፡ካብ ሓጎስ ርሒቖም ይነብሩ።ብሓቅነቶም ዝተፈልዩ ስለዝመስሎም ከኣ ኣጉል ሓበን ይስምዖም።ክጎዓዙ ይውዕሉን ይነብሩን፡እንተኾነ ከምቲ ዝደልይዎ ፍጹም ሰብ ኣይረኽቡን።ኣብ እግዚኣብሄር ንዝርከብ ፍጽምና ካብ ሰባት ስለዝደልዩዎ ንስሓ ዘድልዮም ሰባት'ዮም።ንኽጽልዩ ግዜ ዘይብሎም ናብ ሓሜት ክዞሩ ገዛእ ርእሶም ዘርከሱ ኢዮም።ሂወቶም ድማ ብብርቱዕ ዘየቋርጽ ስቓይ ዝተወግኣት ኢያ።

ፍጽምና ምድላይ ሓደ ካብቶም ካብ ውሽጥና ክብገሱ ዝኽእሉ ዕንቅፋት'ዩ።እዉ ነገራት ኩሎም ዝተቃንዑ ክኾኑ፡ጉዕዞ ዘበለ ከኣ ዘይኩርኩሕ ክኸውን ምድላይ ናይ ፍጽምና ስምሚት ኢዩ።ፍጽምነት ዝደልዩ ሰባት ብዘይ ጥንሲ ንምውላድ፡ብዘይ ቃልሲ ንምስዓር ዝደልዩ ሰባት'ዮም።ኣብ ሞንጎ መበገስን መዕለብን ራእይና ብዙሕ ዘዳኽሙን ንልቢ ዘረብርቡን ነገራት ኣለዉ።ነዞም ነገራት ክርእዩን ክሰምዑን ዘይደልዩ ሰባት ከኣ ፍጽምና ይጸምኡ።በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ራኢኦም ኣብ ምጅማሩ ዕንቅፋት ይገጥሞ።ኣብዚ ዓለም'ዚ ናብ ፍጽምነት ዝዓቢ ደኣ'ምበር ኣብ ምጅማር ፍጹም ዝኾነ ነገር የለን።ተፈጥሮ ናይ ገዛእ-ርእሱ ባህርያት ኣለዎ፡ሓደ ካብኡ ድማ ቀስ ብቐስ ምዕባይ ኢዩ።ልዕሊ ተፈጥሮ ዝሰርሕ ከኣ እግዚኣብሔር ጥራይ ኢዩ።ሓደ ሓደ ግዜ ኣምላኽ ካብ ተፈጥሮ ንላዕሊ ዝኾነ ተኣምራት ንሰባት ይገብረሎም ኢዩ።እንተኾነ ሕጊ ተፈጥሮ'ውን ናይ እግዚኣብሔር ገደብ ስለዝኾነ ንተፈጥሮኡ ኣይጉንጽን'ዩ።ፍጹምነት ክንደሊ ከለና ምስ ገዛእ ርእስና ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሕጊ ተፈጥሮን ኣብ መወዳእታ'ውን ምስ እግዚኣብሔርን ኢና እንጻላእ።

ፍጹምነት ጽቡቕን ኣድላዩን'ኳ እንተኾነ ኣብ መጀመርታ ግን ፍጹም ዝኸውን ነገር የለን።ከይተዓንቀፈ ዝስጉም፡ከይኮርትዐ ኣጽርዩ ዝዛረብ ህጻን የለን።ህጻን ከምዚ እንተዘይኮነ ከኣ ዘሰንብድ ኢዩ ዝኸውን።ተፈጥርኡ ክሕሉ ከሎ ግን ዝለመድናዮን እንቕበሎን ሓቂ ኢዩ።እቲ ህጻን ዝበጽሖ ዓወት ፈስታ ዘግብር ደኣ እምበር ብሓንሳእ ከም ውሕጅ ዝፈስስ እንተደኣ ኮይኑ ክንቅበሎ ስለዘጸግመና ብዙሕ ኢና ነዕለብጥ።ናብ ፍጹምነት ዝዓቢ ደኣ'ምበር ፍጹምነት ዝለበሰ ራእይ ማንም ዝተቐበለ የለን።ናትና ኮነ ናይ ራእይና ፍጹምነት ንጽባሕ ዝተቐጽረ ደኣ'ምበር ሎሚ ዝኸውን ኣይኮነን።ኣብ ውሽጢ ራእይና ድማ ራእይና ጥራይ ዘይኮነ ሂወትና'ውን'ዩ ዝስራሕ።ፍጽምና ብምጽባይ ትዕግስቲ ስኢኑ ዝሕንቅቕ መንነትና ከኣ ይፍወስ።ፍጽምና ምድላይ በይንኻ ይገብረካ (ተነጽሎ የስዕበልካ)፡ደላዪ ምኽንያት ከኣ ትኸውን።ንሰባት ሓደ ዕድል ጥራይ ክንህብ ተዳሊና ስለእንቕርቦም ሰባት ቀልጢፎም ይሃድሙና።ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣባና ንዘየለ ፍጹምነት ካብ ሰባት ምድላይና ዝዓበየ ዕሽነት ኢዩ።

ንህጻን ኣብ ዝተወልደሉ ግዜ ብቐጥታ ጎበዝ ክኸውን ትጽቢት ምስ ዝግበረሉ ንተፈጥሮ ምቀኑዋም ኢዩ።ራእይ ከኣ ተማሂርና ምስእንውድእ ንቐጸሮ ስራሕ ኣይኮነን።እንታይ ደኣ እናተመሃርና እንነብሮ ሂወት ኢዩ።ኣብ ራእይ ፍጽምና ምጽባይ ንራእይ ክበላሾ ይገብሮ።ንልቢ ካብ ዝሰብሩ ነገራት ፍጹም ሰብ፡ፍጹም ቤተክርስትያን፡ፍጹም መራሕን ኩነታትን ምጽባይ ኢዮም።እንተኾነ ንሕና ፍጹማት ዘይምኳንና ምስእንርዳእ፡ፍጹምነት ምድላይና ጌጋ ምኳኑ ዝዓበየ መልሲ ኢዩ።

ኣብ ምጅማር ራእይናን፡ኣብ ማእከሉ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ መዕለቢኡ ክነብጽሖ ከለና ፍጽምና ምድላይና ዕንቅፋት ይኾነና ኢዩ።ብዙሓት ነገራት ጀሚርና ንምግዳፍ፡ንብዙሓት ሰባት ኣላሚድና ንምብታን፡ብዙሓት ተስፋታት ከይጨበጥናዮም ምትራፎም ፍጽምና ምድላይ ዝዓበየ ናይ ዕንቅፋት ምኽንያት ስለዝኸውን ኢዩ።

3. <u>ካብ ዝነኣሰ ነገር ክትብገስ ዘይምድላይ</u>

ናይ ጽቡቕ ነገር ኮነ ናይ ክፉእ መበገሲኡ ንእሽቶ ነገር ኢዩ።ጉዕዞ-ሓቀኛ ዕብየት ድማ ካብ ንእሽቶ ናብ ዓቢ ኢዩ።መግለጺ ናይ ውድቀት ግን ካብ ዓቢ ናብ ንእሽቶ ኢዩ።ካብ ንእሽቶ ናብ ዓቢ ዝጅምር ጉዕዞ ከም ጸሓይ ወጋሕታ ዝደምቕን ምሉእ መዓልቲ

ንምውዓል ዝቀላጠፍን ጉዕዞ ኢዩ።ብዙሓት ሰባት ዓቢ ዕላማ ይምነዩ'ኳ እንተኾኑ፡ነቲ ንእሽቶ መበገሲ ግን ንዓይኖም ክሪኡዎ ኣይደልዩን'ዮም።ምኽንያቱ ኣብቲ ዕላማ ኮፍ ኢሎም ክጅምሩ'ዮም ዝጽበዩ፡እንተኾነ ካልእ ክሰርሓሎም ዝጽበዩ'ዮም ዝመስሉ።ካብ መወዳእታ ምጅማር ኣይከኣልን፡ምኽንያቱ ካብ መፈጸምታ ምጅማር ምኽላስ ደኣ'ምበር ራእይ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።ካብ መጀመርታ ናብ መወዳእታ ዝካየድ ጉዕዞ ግን ብዙሕ መሰናኽላት ዘለዎ ኮይኑ ነዚ መሰናኽል ንምሕላፍ ሓይሊ እነማዕብለሉ፡መቓሊት-ባሕሪ ንዝኾነት ኣጻብዕቲ እግዚኣብሔር እንርእየሉ፡ምስ ሞት ብኣካል ተራኺብና መሊስና እንነብረሉ፡ብዙሕ ታሪኽን ብዙሕ ትዝታን፡ብዙሕ ዝዝረብ ናይ ዓወት ቃልን ብዙሕ ብሉጽ ምኽሪ ዘለዎ ጉዕዞን ኢዩ።ከይጸዓርና ኩሉ ነገር ክኾነልና ምምናይ፡ኣብ ልዕሊ ውጺኢት-ጻዕሪ ንዘሎ ዕግበት ከይረኽብናዮ ክንተርፍ ምምናይ ማለት ኢዩ፡፡ብዘይ ጻዕሪ እንረኽቦ ነገር ቀልጢፉ ዝሃልኽ ደኣ'ምበር እንጥንቀቕሉ ቀዋሚ ነገር ኣይኮነን።ብዘይ ጻዕሪ ዝተረኽበ ከምዝመጸ ደኣ'ምበር ከመይ ኢሉ ከምዝመጸ ስለዘይንፈልጦ ዝኾነ ይኹን ታሪኽ ኣይህልወናን።ኣጠቓቕምኡ ዘይንፈልጦ ነገር፡ኣብ ሎሚ ዝተርፍ ንጽባሕ ዘይንርእየሉ ነገር ኢዩ።ንህይወትና ብኣጉል ትጽቢትን ብርኽሰትን እነጥፍኣሉ ውግእ ዘይብሉ ዓወት'ውን ኢዩ።

ንሚልዮናት ኣብ ዕስክርና ዘኽተቱ ናይ ናጽነት ተቓለስቲ፡መበገሲኡም ሓደ ሰብ ኢዩ።ሓደ ሰብ ሓደ ኣይኮነን፡ኣብ ውሽጡ ዘርኢ ኣለዎ።ምኽንያቱ እቲ ራእይ ንልቢይ ምስገዝኡ ኣነ ናይ'ቲ ራእይ ሓደ መኽሰብ'የ፡ራእይ'ውን ክስዕር ጀሚሩ ኣሎ ማለት'ዩ።ራእይ ንናይ ቀረባ ቤተሰብና ምስ ዘስዕብ ዘይጠፍእ ሓዊ ምንዳዱ ኢዩ።ንሱዳንን ንግብጽን ዘስቲ ፈለግ ኣባይ መበገሲኡ ኣብ ከበሳታት ኢትዮጲያ ዝርከቡ ነኣሽቱ ወሓይዝ ኢዮም።ናይ ቢልዮን ቁጽርታት መበገሲ ድማ ሓደ ኢዩ። ኣብ ዓባይ ፈረስ ክንውጣሕ እንኽእል ከኣ ንንእሽቶ ርኻብ ብምርጋጽ ኢና።

ሰባት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንኽንብቡ ንነግር ኢና።እዞም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ግን ነቶም ሰባት ኣብ ገዝኡም ንኽኣትዉ ጻዕሪ ኣይነካይድን ኢና።ጽሑፋት ደኣ ናብ ቤቶም ይእተው'ምበር ንሳቶም ነቶም ቅዱሳት ጽሑፋት ዘንብብሉ ግዜ ምስበጽሐ እግዚኣብሄር ከበራብሮም ኢዩ።ሽዑ እቶም መጻሕፍቲ ናይ ለይቲ መምህራን ኮይኖም ክኸብሩ ኢዮም።መጻሕፍቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ምእታዎም ንናይ መጀመርታ ጉያ እኹል ኢዩ።ሰባት ንዝነገርናዮም ሓቂ ደጊሞም ንኽነግሩና ርድኢቶም ንሓትት ኢና፡ርድኢቶም ምስ ነገሩና ከኣ ከምዝኸሰብናዮም ነረጋግጽ።እቶም ዝቃወሙና'ውን ሎሚ እናተቓወሙና ምስዝሰምዑና እቲ ናይ መጀመርታ ዕማም ተኻይዱ ኣሎ ማለት'ዩ።ምኽንያቱ ሰባት ንዝሰምዕዎ ሓቂ ካብ ልቦም ናይ ምሕካኽ መሰል የብሎምን።ኣብ ዝጸገሞም መዓልቲ እቲ ዝነገርናዮም ክቡር ነገር ኣማራጺ ክኾኖም ክኽእል ኢዩ።ብዙሕ ህዝቢ ከይተኣከበ ምምሃር ዘሸግረና እዋን ኣሎ፡እንተኾነ ንሓደ ሰብ ብትኽክል እንተደኣ ኣገልጊልናዮ፡ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰብ ዝተቐመጠ ሓቂ ንወለዶታት ዘይጠፍእ ምኽኑ ስለዘይንፈልጦ ኢዩ።ስለዚ 'ሀ' ከይበልካ 'ፐ' ንምባል ንኣድናቐት ኢና እንህወኽ።ሰባት ንሓደ ኣብ ቦታኡ ከይሶኽዑዎ ነቲ ካልእ ኣብ ዘይቦታኡ ይጥቀሙሉ።ልዕሌና እቶም መናፍቓንን ከሓድትን ንሓደ ሰብ ክብሪ ይህብዎ።ንሓደ ሰብ ምስመሃሩ ከኣ ሃገር ምሉእ ዝማረኹ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖም።

እነበርክቶ ነገር ንኢሱ ስለዝረኣየና ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና እንኹርመየሉ እዋን ኣሎ።እንተኾነ ግን ናይ ህያብ ነገር ንኢሱ ዓብዩ ከይበልካ ከምትቐበል ስለዘይንፈልጥ

ኢና።እቲ ንዓና ንእሽቶ ኮይኑ ዝረኣየና ነቲ ካልእ ሰብ ግን ዓቢ ነገር ኢዩ።ሎሚ ዘለዉ ደቂ ሰባት ግን ንእሽቶ ተግባር ጥራይ ዘይኮነ ንእሽቶ ቃል ማለት“ኣጆኻ” ንእትብል ናይ ዓወት ቃል ዝጠመዩ ኢዮም።ንዘይብሉ ሰብ ንእሽቶ ተግባርን ንእሽቶ ቃልን ንዕኡ ዓቢ ነገር ኢዩ።

ኣብ ራእይ ብንእሽቶ ነገር ክትብገስ ዘይምድላይ ዓቢ ዕንቅፋት ኢዩ።ናይ ዓቢ ነገር ኣጋጣሚታት ከምጽባይ ዝበለ ባልዕ ከኣ ፈጺሙ የለን።ልዕሊ ስራሕ ውርሻ ከምጽባይ ዝበለ ብደውካ ሞት’ውን የለን።ክንሰርሑ ንዝግበኣና እናነዓቕና ንዘይንኽእሎ ከም ምምናይ ዝበለ ስንፍና’ውን ፈጺሙ የለን።ንናይ ካልኦት ዕዮን ኣሳልጦን እናኣድነቕና ከም ምንባር ዝበለ ገደብ ዘይብሉ ጽግዕተኛነት ከኣ ፈጺሙ የለን።እንኽእሎ ምግባር ንዘይንኽእሎ ናብ ናይ ምፍጻም ሓይሊ ይመርሓና።ንዝፈትዉና ምፍታው ከኣ ንዝጸልኡና ናብ ናይ ምፍቃር ሓይሊ የብጽሓና።ኣብ ንእሽቶ እሙናት ምኻን ድማ ኣብ ዓቢ ነገር ክንሸየም የኽእለና።

ዕለታዊ ስራሓትና ናእሽቱ ኢዮም።እቶም ናኣሽቱ ጉዳያት እንተዘይተፈጺሞም ግን ዓቢ ጸገም’ዮም ዝወልዱ።ንእግዚኣብሄር ወይ ንወለዶ ዓቢ ነገር ክገብሩ ዝሓስቡ ሰባት ብዙሓት’ዮም።እዞም ሰባት እዚኦም ክሓስቡዎ ዝግብኦም ክልተ ንጹራት ነጥብታት ኣለዉ፦

ነይ/ ዓበይቲ ነገራት ኣብ ሂወትና ዝገጥሙና ሓደ ወይ ክልተ ግዜ ምኻኑን፡ኣብ መመዓልቱ ግን ንኣሽቱ ጉዳያት ከቢቦምና ምህላዎምን።

2ይ/ ናኣሽቱ ጉዳያት ክሳለጡ ከለዉ ዓቢ ተግባር ከምዝኾኑ ክሓስቡ ይግብኦም።

ስራሕ ናይዚ ዓለም’ዚ ንዓይኒ ብዘይመልእ ደቀቕቲ ነገራት ዝካየድ ክኸውን ከሎ፡ፈጸምቲ ስራሕ ናይዚ ዓለም’ዚ ድማ ናይቶም ንምርኣይ ዓይኒ ዘየዕግቡ ነገራት ሰብ ሓደራ ኢዮም።ብንእሽቶ ዘይተጀመረ ዓቢ ኣይከውንን ኢዩ።ናይ ሃገርና ዓበይቲ ሃብታማት ናይ ሃብቶም መበገሲ ብሸቐጥ እንቋቑሑ ከምዝነበረ ክዛረቡ ኢና ንሰምዖም።ነቲ ድሒሮም ዝበጽሑዎ ዕብየት ትጽቢት ስለዝነበሮም ከኣ ን50 ዓመታት ዝኣክል ክጽዕሩ ከኣሉ።

ከም ደመና ገንዘብ ዝዘነበሎም ናይ ዘመንና ሃብታማት ድማ ብሊፍት ደይቦም ብሊፍት ዝወርዱ፡ተራእዮም ንምጥፋእ ዝህንደዱ፡ካብ ምስራሕ ውድቀት ዝቕድሞም ኮይኖም ኢና እንሪኦም።ሕጊ ናይ ዕብየት እንተዘይተጸቢና ውጽኢትና ዘዕርፍ ዘይኮነ ዘፍርሕ ኢዩ ዝኸውን።ናይ ዕብየት እኹል ግዜ ዘይረኸቡ ኣትክልትን ስጋን ውጽኢቶም ንጥዕና ኣስጋእቲ ምኻኖም ንፈልጥ ኢና።ተፈጥራዊ ዝኾኑ ነገራት ምስ ተፈጥሮና ዝገናዘቡ ከምኡ ክባራት ምኻኖም ኢና እንፈልጥ።እግዚኣብሄር ልዕሊ ዓቢ ስራሕና እሙናት ምኻንና የኽብር፡ተኣማንነትና ዓቢ ስራሕ ይወልድ።

ኣብ ለጋስ ቤተሰብ ዝዓበየ ወይ ርህራሄ ዝለበሰ ተፈጥሮ ዘለዎ ሰብ ንእሽቶ ነገር ዘይፈቱ ይኸውን፡ንእሽቶ ነገር ካብ ምሃብ ከኣ ዘይምሃብ ይመርጽ።ከምዚ ዝበለ ባህሪ ኣብ ራእይ’ውን ይረአ ኢዩ።ብንእሽቶ ምጅማር ዘይፈቱ ባህሪ ዕንቅፋት-ራእይ ኢዩ።ብዛዕባ ሽሕ ህጻናት ምሕጋዝ ምሕሳብ ግቡእ’ዩ፡ንእግዚኣብሄር ሓይልና ጌርና ክንዛረብ’ውን ግቡእ’ዩ፡እዚ ተግባር’ዚ ግን ሎሚ ክንፍጽሞ ኣይንኽእልን ኢና፡እንተኾነ ሕጂ ክንጅምሮ ንኽእል ኢና።ንሓደ ጽጉም ህጻን ብምዕባይ ከኣ ነቲ ራእይ ክንጅሮ ይግባኣና።ብዝተመረቐ መንገዲ ብዙሓት ከምዝሓለፉ፡ብዝተኸፍተ ራእይ ድማ ብዙሓት’ዮም ዝተሓባበሩ።ሎሚ ንዝተጸገመ ህጻን ኣብ ቤትና ምዕባይ እንተዘይከኣልና ሕጉሳት ንኹን፡ኣብ ሑቐፊ ኣዲኡ ዘሎ ህጻን ግን

ብብዝሒ ክንረክብ ኢና።ሎሚ እንኽእሎ እንታይ ኢዩ፧ኢልና ስራሕ ምጅማርና እምበኣር ባህሪ ናይ ራእይ ኢዩ።

ብዙሕ ህዝቢ ስለዘይተኣከበ ኣብ ሓደ ሰብ ግዜ ከጥፍኡ ዘይደልዩ ኩሎም ሰብ-ራእይ ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም፡ምኽንያቱ እዚኣም ብዛዕባ'ቲ ራእይ ዘይኮነ ብዛዕባ ብዝሒ ቁጽሪ ሰብ ዝጭነቑ ኢዮም።ብዝሒ ጻዕሪ ከምጽእ ኣይክእልን ኢዩ፡እምበኣር ጻዕሪ ንብዙሓት ስለዘፍሪ በዓል ራእይ ዋጋ ናይ ሓደ ሰብ ክፈልጥን ክጽዕረሉን ይግብኦ።ናይ ዓቢ ዱር ባርዕ መበገሲ ሓንቲ ክርቢት'ያ።ዘተኣማምን ባጀት፡ዝጸበቖ ኣዳራሽ እንተዘይሃልዩ ራእይ ከምዘሎ ኮይኑ ኣይመስለናን'ዩ።እንተኾነ ክንሰርሕ ምስእንጅምር እቲ ውሑድ ነገር መሊሱ ይበዝሕ።

ምሉእ ሂወት ናይ ክርስቶስ ምስ ምሉእ ሂወትና እነነጻጽሮ ምሉእ ሂወትና ኢዩ።ክንዲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኣክል በዓል ራእይ'ኳ እንተዘይሃለወ ንሱ ንዓቢ ኣገልግሎቱ ኣብ 12 ሰባይ'ዩ ኣሕሊፉዎ።ዝወቀበ ኣዳራሽን ጽቡቕ ኣትሮንስን ዘይኮነ ኣብ ኩሉ ጐደናታት፡ኣብ ጐልጐል፡ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ኣብ ቤት ጸሎት ናይ ኣይሁድ ኮይኑ'ዩ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉዎ።ንዕኡ እቲ ምቹእ ኣዳራሽ ዝተዳለወ ልቢ ነበረ።ኣገልግሎቱ ኣብ ስራሕ ዘይኮነ ኣብ ሂወት ስለዝነበረ ንሱ ኣብ ዝነበረሉ ዘበለ ኩሉ ኣገልግሎት ነበረ።ዝተመርጸ ዘበለ ንእግዚኣብሔር ከምዝግባእ እኳ እንተፈለጠ፡ዝተንቀሳቐሉ ብንእሽቶ ጀልባ፡ዝነበሮ ናብራ ድማ ካብ የዕዋፍ ሰማይ ብዝነኣሰ መሕደሪ ዘይብሉ ኮይኑ ኢዩ(ማቴ 8:20)።

በዓል ራእይ ስርሑ ብንእሽቶ ነገር ዝጅምር ክኸውን ከሎ ንዕብየት ገዛእ ርእሱ ኢሉ ዘይደክም'ዩ።ጥምየትን ጽምእን ዕርቃንን ክህሉ ይኽእል'ዩ።ክርስቶስ ብድኽነቱ ከም ዝተመከሐ በዓል ራእይ'ውን ንመምህሩ ክመስል ኣለዎ (ማቴ 8:20)።ብዘለዎ ነገር ክሰርሕ ዘይወላወል ስለዝኾነ ክምነ ጥራይ ኣይውዕልን።ናብ ብዝሒ ንምብጻሕ ድማ ኣብ ጥቕኡ ካብ ዘሎ ሰብ ከምዝብገስ ኣይርስዕን'ዩ።

ንብጹእ ኣቡነ መርሃ-ክርስቶስ እተገልግሎም ሓንቲ ቤተሰቦም ነበረት፡ንሶም ድማ ብተራኦም ብቃል እግዚኣብሔር እናገልገሉዋ ከለዉ ሓደ ብመዓርግ ክንድኡም ዝኾኑ ኣቦ መጺኡም "ኣቦና ናብ ሓደ ዓቢ ቦታ ተጸዊዕና ስለዘና ተበገሱ በልዎም።ኣቡነ መርሃ ክርስቶስ ግና ኮፍ እሞ በሉ ጀሚረዮ ንዘለኹ ቀዲመ ክውድእ ኢሎሞም ስርሖም ቀጸሉ።እቶም ኣቦ ነቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምስምዖም ተገሪሞም፡- "ክንድዚ ዝኸውን ዓቢ ቁምነገር ድኣ ኣብ ጉባኤ ሊቃውንቲ ዝንገር ድኣ እንበር ብኽመይ ነዛ ንእሽቶይ ቆልዓ እትህብዋ"፤በልዎም።ኣቡነ መርሃ ክርስቶስ ድማ፡-ንሳ እንተ ድሒናትለይ'ከ መዓስ ውሒዱኒ! በልዎም ይበሃል።እወ ራእይ ንማንም ኣይንዕቕን እዩ።ነቲ መልእኽቱ ኣብቲ መዕቆሪ ዝኾነ ልቢ ከቕምጥ'ዩ ዝተግህ።ተቐበልቲ ራእይ ብጀካ እግዚኣብሄር ካልእ ትምክሕቲ ዘይብሎም ምኺኖም ይኣምን።እግዚኣብሄር ነቶም ክቡራት ዝኾኑ ናይ ቤተ መቕደስ ወርቃውያን ንብረት ኣብ ውሽጢ ዱንኳን (ደብተራ ኦሪት) ኣቕሚጥዎም ነበረ።በዓል ራእይ ድማ ነቲ ክቡር መልእኽቱ ንዓይኒ ኣብ ዘየዕግቡ ነገራት ግን ኣብ ልቢ እቶም ዝተመርጹ ሰባት እዩ ዘቕምጦ።

ራእይ ንዝተወሰነ ዓመታት ተቐባሊ ከይረኽበ ኣብ ሓደ ሓደ'ውን ኣብ ውሱናት ተረከብቲ ጥራይ ክውሰን ይኽእል'ዩ።ሓሓሊፉ'ውን በዓል ራእይ ክሳብ ዝመውት ዘይረኣየሉ እዋን ኣሎ።ካብ መዓልቲ ሕልፊት እቲ በዓል ራእይ ግን ኩሉ ክፈርሕ ይጅመር።እቲ ራእይ ከኣ በዓል ራእይ ብሂወቱ ከሎ የበራብሮምን ጸሎቱ ይትንክፎም ኣብ

ዝነበሩ ሰባት ተቐባልነት ይረክብ።ስለዚ ራእይ ኣብ ልዕሊ መቓብር በዓል ራእይ ክዕንብብ ይጅምር።ከም ኣቐዲሞም ዝሰምዕዎን ቆጸራ ዝሓዙሉን ነገር ነቲ ራእይ ምስ ሰምዕዎ ብዙሓት ናብኡ ክውሕዙ ይጅምሩ።ሎሚ ዝርኣዩ ዓበይቲ ናይ ራእይ ኣሳልጦታት ካልኦት ዝጸዓሩሎምን ከይረኣዩዎም ዝሓለፉን እዮም።በዓል ራእይ እንበኣር ካብ ግዜኡ ወጺኢ ውን'ዩ ዝዕወት!ነይታና እየሱስ ክርስቶስ፡-ሓደ ይዘርእ እቲ ሓደ ከኣ ይዓጽድ ዝበሎ ቃል ኣብዚ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ።ኣነ ንስኻትኩም ኣብ ዘይደኽምክምሉ መታን ክትዓጽዱ ልኢኸኩም ኣለኹ።ካልኦት ደኸሙ ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ድኻሞም ኣቶኹም'ውን በለ(ዮሃ 4፡35-38)።ራእይ ንሕና እኳ እንተ ሓለፍና ዝቕጽል ድኣ እንበር ምሳና ዝሓልፍ(ዘብቅዕ) ሂወት ኣይኮነን።

ብዙሓት ሰባት ገንዘብ እንተልዩዎም ራእይ ክህልዎም ከም ዝኽእል'ዮም ዝኣምኑ።ራእይ ግን ካብ ኣብ ምልኣትና ኣብ ጉድለትና'ዩ ዝወሃድ።ናይ ትግራይ ሊቀ ጳጳስ ዝነበሩ ኣቡነ የውሃንስ ሓደ ተመሃራይ ትምህርቲ ኣቋሪጹ ረኽብዎ።ንምንታይ ድኣ ኢኻ ትምህርቲ ዘይትምሃር፤ ከኣ በልዎ። ንሱ ኸኣ ኣቦና እንታይ በሊዐ እሞ ክምሃር፤በሎም።ንሶም ከኣ፡-እንታይ እንዳ በላዕካ ዲኻ ዶንቂርካ፤በልዎ ይብሃል።ንትምህርቲ ተባሂሉ ዝብላዕ ተወሳኺ መግቢ ፈጺሙ የለን።ኣወ ንምንባር ዝብላዕ መግቢ ንትምህርቲ እኹል'ዩ።ሎሚ'ውን እንታይ በሊዐ'የ በዓል ራእይ ክኸውን ዝኽእል ዝብሉ ውሑዳት ኣይኮኑን።ከምዚ ምባሎም ከኣ ካብ ምፍታው ገዛእ ርእሶም ዘይምልቃቕምን ንራእይ ካብ ዘግዝፍ ዘህስስ ርዳኢት ከምዘለዎምን የረድኣካ።

ቻይናውያን፡-ናይ ሓደ ሽሕ ኪሎመተር መበገሲኡ ሓደ ስጉምቲ እዩ ይብሉ።ከምዚ ምባሎም ከኣ መበገሲ ናይ ዓቢ ነገር ንእሽቶ ምኽኑ ንምግላጽ እዩ።ብሓቂ ካብ ንእሽቶ ነገር ኪትብገስ ዘይምድላይ ዕንቅፋት ናይ ራእይ እዩ።ነይታ፡-ኣብ ንእሽቶ ዝተኣመነ ኣብ ብዙሕ ውን ይእመን፡ኣብቲ ዝነኣሰ ዝዕምጽ ከኣ ኣብ ብዙሕ ዓመጸኛ እዩ ዝበሎ ቃል ከነስተውዕሎ ይግበኣና(ሉቃ 16፡10/ 19፥17)።ሓንቲ ሰበይቲ ሰባት ዝምገቡሉ ሽሓንታት ብጥንቃቐ ኣጽርያ ትሓጽብ ነበረት።ንሳ ነቲ ንብረት ኣጽርያ እንተዘይሓጺባቶ ናይ ብዙሓት ሰባት ጥዕና ይጥቃዕ ነበረ።ስለዚ እግዚኣብሄር ይርእያ ከም ዘሎ ኮይና ኣጽርያ ትሓጽቦ ነበረት።ኣብቲ ልዕሊ ትሓጽበሉ መንደቕ ከኣ ሓደ ጥቕሲ ሰቒላ ነበረት“እቲ ጥቕሲ ከኣ ኣብዚ ቦታ ኩሉ ግዜ ዝተቐደሰ ኣገልግሎት'ዩ ዝወሃብ”ዝብል ነበረ።ስለዚ ኣብ ዘለናዮ ኣገልግሎት እሙናት ምስ እንኸውን ኣብ ዓቢ ነገር ከምንሸየም ክንተኣማመን ኣለና።

ጨው ኣብ ጸብሒ ዘለዉ ስጋን ጠስምን ንዝሓዝዎ መቐረት ክወጽኡ ከም ዝገብር፡ ራእይ'ውን ንተግባራትና ብምሉእ ሓይሊ ንኽንሰርሖ ይገብረና።ራእይ ንጽቡቓት ነገራት'ውን ቅንዕናኦም ኣዛዪዶም ኮግልሑ ኢዩ ዝገብር።ዝያዳ እቶም ብኣጋጣሚ ዝስርሑ ነገራት ብራእይ ዝስርሑ ጽቡቓት ነገራት ዓስቢ ኣለዎም።ብዘይፍልጠት ዝስራሕ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ስራሕ ዓስቡ ንእሽቶ ኢዩ።ሃገር ክንዲ ምምራሕ ዝኣክል ተኣማንነት ሽሓኒ ምሕጻብ ዓስቡ ብዙሕ'ዩ።ልዕሊ'ቲ ዝሰራሕናዮ ዓቢ ነገር ዝሰራሕናሉ ልቢ'ዩ ዝረኣ።መመዘኒ ናይ ዓቢን ንእሽቶን ስራሕ ገንዘብ ካብ ኮነ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ስራሕ ወንጀል'ዩ።ዝተወለድናሉን ናብ ዓለም ዝመጻእናሉን ስራሕ ንምክያድ ግን ብዘይ ገንዘብ'ዩ ሓጎስ ዝህብ።ዝተፈላለ'ዩ ሰበኽቲ ከምዘለዉ ዝተፈላለዩ ሓጸብቲ ሽሓኒ'ውን ኣለዉ።ንሕና ዝተቐበልናዮ ስራሕ ሰባት'ውን ይቐበልዎ።ንሕና ዘይተቐበልናዮ ሰባት ክቐበልዎ ምግዳድ ግን ግቡእ ኣይኮነን።

ክዓቢ ዘይረኣናዮ ነገር ዘሕጉስ'ዩ ኢልና ከነዘንትወሉ ኣይንኽእልን።ቆልዓ ምስ ዓበየ ንቐበሎ እንተንኸውን ፍቕርናን ህርፋናን ምውሓደ ኔሩ።ክዓቢ ስለ ዝረኣናዮ፡ኣብ ጉብዝናኡ ቁልዕነቱ፡ኣብ ናይ ሎሚ ሓይሉ ከኣ ናይ ቀደም ተኣዛዝነቱ ስለ እንዝክር ንርህርሃሉ።ኣብ ናይ ሎሚ ብልሽታት ተስፋ ክንቆርጽ ኣይንኽእልን።ዓብዩ ካብ ዝተቐበልናዮ ራእይ ንላዕሊ ነቲ ክዓቢ ዝረኣናዮ ራእይ እንፈትዎ ዋጋ ስለ ዝኸፈልናሉ ቀልጢፍና ተስፋ ኣይንቐርጸሉን ኢና።ካብ ዝነኣሰ ምብጋስ ናይ ዓቢ ዕላማ ካልኣይ መግለጺኡ ኢዩ።ክልተ ጫፋት ኣለዉ ናይ ምጅማር ጫፍን ናይ መፈጸምታ ጫፍን።ናይ መፈጸምታ ጫፍ ናይ መጀመርታ ገጹ ንእሽቶ ስራሕ እዩ።ናይ ብሓቂ ካብ ዝነኣሰ ስራሕ ክትብገስ ዘይምድላይ ናይ ራእይ ዝዓበየ ዕንቅፋት እዩ።ቅድሚ ራእይ ካብ ዝለዓሉ ዕንቅፋት ከኣ ሓደ እዚ እዩ።

4 ሱር ዘይምስዳድ

ዘረባኻ ምጽብባቕ ሂወትካ ግን ዘይምምዕርራይ፡ቅልጡፍ ምኻን ጥንቁቕ ግን ዘይምኻን ፍልጠት ኣኪብካ ተግባር ኣልቦ ምኻን፡ንኽፉእ ምቅዋም ንጽቡቕ ግን ዘይምቕባል፡ብዙሕ ምዝራብ ውሑድ ግን ዘይ ምስማዕ፡ብዙሕ ምኽሪ ምሃብ ውሑድ ምኽሪ ግን ዘይ ምቕባል፡ ማዕበል ሰባት ምዝሓል ናይ ባዕልኻ ሸውታ ግን ዘይምህዳእ፡ብውሑድ ሓጎስ ምስርሳር ብቕሩብ ሓዘን ምኹርማይ ሱር ናይ ዘይምስዳድ ጸገም'ዩ።ሱር ዘይሰደዱ ዘበሉ ዋላ'ኳ እንተመልከው ኣብ ጽባቒኦም ኣይጸንዑን'ዮም፡ካብ ዝተራእዩሉ ከም ቅጽበት ክጠፍኡ ከኣ'ዮም ዝህወኹ።በዓል ራእይ ማለት ተጠቂምና እንድርብዮ ናይ ሓደ ጌዜ በዓል ጽቡቕ፣ከም ሽምዓ እናወደአ ዘብርህ፣ምስ ኣብቀዐ ዘብቅዕ ኣይኮነን።በዓል ራእይ ምስ ሓይሉ ከሎ ሰራሕተኛ ኣብ ዝደኽመሉ ከእ ተሓታቲ (መኻሪ)ኢዩ።ኣብ ግዜ ጉብዝኡ ጎያዪ ኣብ ቃንዝኡ ህያው ኣብነት እዩ። በዓል ራእይ ከም መድፍዕ ሓደ ግዜ ድምጺ ኣስሚዑ ዝጠፍእ ኣይኮነን። በዓል ርእይ ናይ ሕሹኽታ ቃሉ ከይተረፈ ዝስማዕ እዩ።በዓል ራእይ ኣብዘይ ሃለወሉ ግዜ ውን እንተኾነ ብተተካእቱ ፥"ኣይሞተን"ዝበሃለሉ ድኣ እንበር ምሕላፉ ዘተክዝ ኣይኮነን።በዓል ራእይ ጠፊኡ ዘብርህ ዘይኮነ እናነበረ ዘብርህ እዩ።ነዚ ኩሉ ግን ሱር ምስዳድ የድሊ።

ሱር ዘይሰደደ ሰብ ጽጉብ እዝኒ (ጀሮ-ጠገብ) ደኣ እንበር ካብ ፈላጣት ፍልጠትን ምስጢርን ዝወሰደ ኣይኮነን።ዝሰምዖ ንምውራይ ይህወኽ ደኣ ምበር ዝነብረሉ ዘለኹ ዕላማ እንታይ እዩ?ኣይብልን እዩ።ሱር ዘይሰደደ ሰብ ንሓጉስ ኮነ ንሓዘን ደረት የብሉን።ብንእሽቶ ጸገም ይጽልምቶ።ብዙሕ ናይ መፍትሒ ቃላት ሒዙ ውሑድ ናይ ኣፈታትሓ ብልሓት ይሓጽሮ።ሰላም ክኽውን ከሎ ጥራይ ሰላም ዝስምዖ ደኣ'ምበር ጸልማት ዝስዕር ብርሃን ግን የብሉን።መከራ ናይ ዓለም ናይ መወዳእታ ሓይሊ ጌሩ ስለዝወስዶ ቀልጢፉ ኢዱ ይህብ።ሱር ምስዳድ ግን ኣብ ዝኾነ ገጻት ናይ ሂወት ኣድላይን ኣገዳሲ ምኻንካን ዝሕብር መሰረት'ዩ።

ሓደ ህንጻ በቲ ዝርኣ ኣካሉን መልክዑን ዘይኮነስ በቲ ዘይረኣ ክፍሊ መሰረቱ'ዩ ዝጸንዕ።መሰረቱ ንምህናጽ ብሊኮቲ ከም ምጽፍጻፍ ቀሊልን ዘሐጉስን ኣይኮነን።መሰረት ካብ መሬት ንታሕቲ ምኹዓት ዝሓትት ጭቃ ዝበዝሑ፡ማይ ዝመልኣ፡ሙቐት ዝዛየዶ ቦታ ኢዩ።ዝማርኽ ትርኢት(ትዕዝብቲ) የብሉን።ስርሑ ከኣ ኣዝዩ ኣድካሚ ኢዩ።ነቲ ህንጻ ምስ ኩሉ ነግራቱ ተሰኪሙ ዘንብሮ ከኣ እዚ መሰረት'ዚ ኢዩ።መሰረት እንተዘይጸኒዑ ከኣ እቲ ህንጻ ደው ክብል ኣይክእልን'ዩ።

ራእይ ድማ ከም ኣካልን መልክዕን ብዝረአ ቅርጽን ኣቃውማን ደው ዝብል ኣይኮነን።ጽንዓት ናይ ራእይ ሱር ምስዳድ ኢዩ።በቲ ራእይ ምብሳል ብጽፉፍ ከምዝጨበጠና ምርግጋጽ፡መሰረት ወለዶ ምስራት ዝሓትት ኢዩ።ህንጻ ኣብ ዝኣረገሉ መንደቕ ይጽገን።መሰረት ግን ክሳብ ዘይፈረሰ ስለዘይጽገን ብጥንቃቐን ብድልዳሌን ምስራት ይሓትት።ኣብ ጸጽባሕ ሓደስቲ ሓሳባት ተቐቢልና ብምእንጋድና፡ራእይ መኣከቢ ሳንዱቕ ርእይቶ ንኸይከውን፡ክንድቲ ንሱ ምሳና ዝወሰዶ ግዜ ደሚቑ ብፍሉይ ክረኣየና ይግቦኡ።መሰረት ምስራት ኣዝዩ ኣድካሚ ኢዩ።መሰረት ዝረአ ጽቡቕ ነገር ስለዘይብሉ ብዘይካ በዓል ሞያ ኣጋይሽና ዝስሕብ ኣይኮነን።ኣብ መሰረት ደው ኢሉ ጉልላት ዝረኣዮ ከኣ በዓል ራእይ ጥራይ ኢዩ።ኣብ እዋን መሰረት ናይ ሰባትን ምትብባዕን ምብርትዖምን ምርካብ ከቢድ ኢዩ።ኣብ እዋን መሰረት በኣንጻሩ ዕንቅፋትን ምጉንዳብን’ዩ ዝበዝሕ።ናይ ጥንቃቐ ሰባት እቲ ናይ ጥንቃቐ ትምህርቶም ክበዝሕ ከሎ ዘፍርሕ ትምህርቲ ስለዝኸውን ምፍርራሖም ይስማዕ።ናይ ራእይ ገዛ ግን እግዚኣብሔር ስለዝሰርሖ ምዝዛሙ ኣየጠራጥርን ኢዩ።

ኣግራብ ሱር ዝሰዱን ዘይሰዱን ኢልና ኣብ ክልተ ንኸፍሎም።ሱር ዘይሰዱ ኣግራብ ምጉባዞም ቅልጡፍ ክኸውን ከሎ፡ዕድሚኦም ድማ ሓጺር ኢዩ።ንኣብነት ከም በዓል ቆልቃል ዝኣመሰሉ ኣግራብ ምስእንዕዘቦም ቀልጢፎም’ዮም ዝዓብዩን ዝቕጽሉን።እንተኾነ ንፋስን ማዕበልን ኣብ ዝመጽኣሉ ቀልጢፎም ይወድቁ።ዕብየቶምን ምቕጻሎምን ዝህቦ ሓጎስ ከኣ ከም ዕድሜኦም ግዝያዊ ኮይኑ ይተርፍ።ሱር ስለዘይሰዱ ድማ ንዝኾነ ነገር ክስከሙ ኣይክእሉን ኢዮም።ሱር ዝሰዱ ኣግራብ ግን ቆጽሎም ከርእዩ ስለዘይህወኹ ሱር ይሰዱ።ሱር ንምስዳድ ከኣ ካብ መሬት ናብ መሬት ካብ ጭቃ ናብ ጭቃ ተጓዚዞም ማይ ክደልዩ ይንቀሳቀሱ።

ዋጋ ምኽፋል ዘይደልዩ፡ስራሕ ዝጸልኡ ተሓጺቦም ክቐርቡ ዝደልዩ፡ምጭንናቕ ኣይፈቱን እናበሉ ኣብ ጭንቀት ካልእ ዝረባረቡ፡ተቐላጢፎም ብሻምብቆ ጊድጊዳ ዝሰርሑ፡ብኹሉ ግልብልብ ዝብሉ ፍልጠቶምን መንፈሶምን ዝተዳህለ፡ንእግዚኣብሄር እናሕዘኑ ኣእምሮ ሰብ ክማርኹ ዝደልዩ፡ንስራሕ ገዛእ ርእሶም ዓስቢ (ደሞዝ) ዘዳልዉ፡ናይ ውዳሴ-ከንቱ ዝተዘርገ ማይ ሰትዮም ክዓግቡ ዝህቅኑ ኣብ ራኢኦም ሱር ምስዳድ ዝጸልኡ ወገናት’ዮም።ብግዚያዊ ዓወት ጥራይ ክነብሩ ስለዝደልዩ ብዛዕባ ብስለት ዘለዎ ነገር ክሰምዑ ኣይደልዩን’ዮም።

ኣብ ራእይ ሱር ክሰዱ ዘይደልዩ ክንሶም ሰብ-ራእይ ኢና ዝብሉ ብዙሓት’ዮም።እዚኦም ብዙሕ ሰዓቢ ምፍራይን፡ብዝጸብቐት መኪና ምዝዋርን፡ብሰዓብቶም ተዓጂቦም ምውጻእን ምእታውን’ዮም ዝጭነቕ።ኩሉ ዝቕንኣሎም ስለዝመስሎም ከኣ ብኣፎም ጸላኢ የጥርዩ።ክረኣዩ ስለዝደልዩ ከኣ መወዳእትኡ ሰልችይዎም ይተርፉ።እዞም ሰባት እዚኦም ተዋሳእቲ ደኣ’ምበር ሰብ ራእይ ኣይኮኑን።ብዝሒ ቀረባት፡መሳለጢታት፡ ኣብ ጋዜጣን መራኸቢ ብዙሃንን ፍሉጥ ምኻን ናይ ራእይ ሓገዝ ደኣ እምበር ዕላማ ክኸውን ኣይክእል’ዩ።እዞም ነገራት እዚኦም መታለልትን ሰብ ዝናን ክረኽቡዎም ይኽእሉ’ዮም።መለክዒ ራእይ ግን ሱር ምስዳድ ኢዩ።ሱር ዘይሰደዱ ሰባት ካብ ገዛእ ርእሶም ሓሊፎም ንናይ ካልኦት ራእይ ርእይቶኦም ዘብዝሑ ስሱዓት’ዮም።

ሓደ ሰብኣይ“ንእገሌ ተላለይዎ ርድኢታዊ ሰብ’ዩ’ ኢሉ ንሓደ ፈላጥ ምስ ነገሮ“ንስኻ ንባዕልኻ መዓስ ርድኢታዊ ኮይንካ፧”በሎ ይበሃል። ብዛዕባ ዝርዳእ ሰብ ምስክር ካብ ምኽን ኣቐዲሙ ንዓና ክርደኣና ይግብኡ። ካብ ራኢኦም ሓሊፎም ብራእይ ካልኦት ሰባት ድቃስ ዝስእኑ ሰባት ኣለዉ። መጀመርታ ናይ ፍልጠት ‘ ሀ ሁ’ እምበኣር ድኻም ገዛእ ርእስኻ ምፍላጥ ኢዩ።ብዙሕ ፍልጠት’ኳ እንተኣከብና ድኻም ገዛእ ርእስና ዘይነለሊ ካብ ኮንና ግን ገና ዘይፈልጡን ሱር ዘይሰደዱን ኢና ዘለና።ኣብ ራእይ ድማ እዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ኣደናገርቲ ስለዝኾኑ ፍልጠት ንዘይብሎም ሰባት ከታልሉን ልቦም ክማርኹን ኢዮም ዝነብሩ።

ሱር ንምስዳድ ከኣ ንኹሉ ከይነዓቕካ ምስማዕ፡ናይ ትማሊ ታሪኽ ምስትንታን፡ኣረኣእያን ባህልን ሕብረተ-ሰብ ምምርማር፡ብሒዝናዮ ብዘለና ጐደና ዝሓለፉ ሰባት ምጽናዕ፡ካብ ናይ ትማሊ ድኻም ምምሃር፡ካብ ውድቀት ካልኦት ንገዛእ ርእስኻ ካብ ዝዕንቅፍ ምሕላው፡ብዙሕ ካብ ምዝራብ ብዙሕ ምስማዕ፡ኣብ ብዙሕ ካብ ትረአ ብዙሕ ምስራሕ፡ብዙሕ ተስፋ ካብ ምሃብ ሓደ ጭቡጥ ነገር ምምሕላላፍ፡ንሽመትን ስልማትን ክትሕረ ከለኻ ኣይግባኣንን ምባል፡ሓደራ ክወሃበና ከሎ ከኣ ኣይክእሎን’የ ግን ብጸሎት ሓግዙኒ ምባል ይግባእ።

※ ሱር ዝሰዱ ኣግራብ ክልተ (2) ዓይነት ቀዋሚ ባህሪ ኣለዎም፡-

<u>1.ንፋሳትን ማዕበላትን የንቀሳቕሱዎም ደኣ’ምበር ኣይሰብሩዎምን’ዮም</u>፡- ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ብርትዐ እቲ ንፋስ ዝተላዕለ መሬ’ኳ እንተተንከፉ መሊሶም ናብ ቦትኡም’ዮም ዝምለሱ።ካብ ብርቱዕ ንፋሳት ዝተላዕለ ብዙሓት ህንጻታት ክፈርሱ ከለዉ ኣግራብ ኣይነቓነቕን’ዮም።ኣብ ድሬዳዋ ኣብ ደቡባዊ ኦሮሞ ብዝወረደ ናይ ህቡብላ ሓደጋ ልዕሊ ገዛውቲ እቶም ሱር ዝሰደዱ ኣግራብ’ዮም ጸኒዖም ዝተረኽቡ።ሱር ዝሰደዱ ኣግራብ ብንፋስን ማዕበልን ኣይናወጹን’ዮም።

<u>2.ዕብየቶም ኣየቋርጽን</u>፡-ሱር ዝሰደዱ ኣግራብ ዕብየቶም ቀጻሊ ኢዩ። ንኣብነት ቀላሚንጦስ ምስእንርኢ ቀዲሙ ሱር ይሰድድ፡ዕብየቱ ከኣ ክሳብ 100 ዓመት ዝቕጽል።

ሱር ዝሰደዱ ሰብ ራእይ ከኣ ኣብ ፈተናን መከራን ጽኑዓት’ዮም።ሰብ ከም ምኽኖም በቲ ዝበጽሖም ፈተናን መከራን’ኳ እንተሓዘኑ ኣይስበሩን’ዮም።እንተበኽዩ’ውን ዓይኖም ኣይዓውርን’ዩ።እንተተቐጥዑ’ውን ኣይጸረፉን።ከምቲ ሸፋቱ ኣቐዲሞም ነቲ ሰብ ኣድብዮም ጸኒሖም ሃሪሞም ዝሓዞ ንብረት ዘሕድግዎ፡ጸላኢ ድማ ንበዓል-ራእይ ሃሪሙ ነቲ ራእይ ኣግዲፉ፡ንጓሳ ኣቑሲሉ መጓሰ ንምብታን ኢዩ ዝተግህ።ንበዓል-ራእይ ግን እቲ ፈተና ዘይፈልጦ ነገር ንኽፍልጦን ካብ ደረጃ ናብ ደረጃ ከሰጋግሮ ከምዝኽእልን ተረዲኡ በዚ ክጸንዕ ይግብኡ።

ሱር ዝሰደዱ ሰብ-ራእይ ገዛእ-ርእሶም ብፍልጠት፡ብብልሓት፡ብስልቲን ዝሓጸሩ ኣይኮኑን።ብኣንጻሩ ብዝመሃር መንፈስ ዝነብሩ፡ገዛእ ርእሶም ኣብ ኩሉ ዓይነት ኩነታት ዘዕብዩ እዮም።ፍልጠት ኣይንዕቁን፡ሰሪሐ ኢየ ብምባል ኽይሰርሑ ኣይዓግቡን፡እግዚኣብሄር ኣብ ፍጥረቱ ዘበለ ንዘቕመጦ ክቡር ነገር ከኣ ይምርምሩ።ኣብ ህጻናት ንዝተቕመጠ ኣደናቒ ነገር’ውን የጽንዑ።ብዓይኖም ጥራይ ዘይኮኑ ብልቦም እናረኣዩ ከኣ ይጓዓዙ።ንንእሽቶ ይኹን ንዓቢ ኩሉ ብጽሞና ይሰምዑዎ፡ብሰናይ ስራሕ ከኣ ኣብ ጸጽባሕ ይዓብዩ።ንዝገበርዎ ሰናይ

ነገር መሊሶም ደኣ ይውሰኽሉ’ምበር ከይሞቱስ ሰናይ ዘበለ ምስራሕ ኣየቋርጹን’ዮም።ኣብ ዘለዉዎ ቦታ ዘበለ ከኣ ራኢኦም ኣብኡ ይህሉ።ራኢኦም ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ዝተሓጽረ፡ኣብ መድረኽ ጥራይ ዝረአ እይኮነን።ዘየቋርጽ ዕብየት ከኣ መግለጺ’ቲ ህይወት ዘለዎ ራእይ ኢዩ።

ኣብ ራእይ ሱር ምስዳድ ኣድላዩ ኢዩ።ሱር ምስዳድ ኣብ ፈተና ንምጽናዕን፡ብዘየቋርጽ ዕብየት ንምንባር ይሕግዝ።ብርግጽ ሱር ምስዳድ ናይ ሕጂ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ዝመጽእ ምርኣይ ይሓትት።ብራኢኦም ንናይ ዕለታዊ ኣስቤዛ ዝጥቀሙ ሰባት ሱር ምስዳድ ኣይኮነሎምን ኢዩ።ሱር ምስዳድ ንገዛእ-ርእስኻ ትሕት ኣቢልካ ብናይ ተማሃራይ መንፈስ ምንባር ብምኽኑ ንብዙሓት ፈተና ይኾኖም።ኣብ ዝሓዝዎ ነገር ብዙሕ ግዜ ክጸንሑ ዘይደልዩ፡መደብ ዘብዝሑ፡ክረኣዩ ዝደልዩን ኣብ ራእይ ሱር ምስዳድ ይጸልኡ።ራእይ ከኣ ሱር ንዘይሰደዱ ሰባት፡ናይ ናብራ መተዓራረይን ዘይተተንከፈ ሓድሽ ጎልጎልን ኢዩ።

5. ዝመስል ነገር

ዕድመ ወድ-ሰብ ብብላሽ ዝውዳእ፡ብሉጽ’ዩ እናተባህለ ዝጸባበቕን ዘታልልን፡ኣለኹ እናበለ ዘይነብር፡መጻእኹ እናበለ ዝተርፍ፡ዝናብ ዘይብሉ ደመና፡ዘፈራርሕ ሃንደበት ደሮና፡ክኸይድ ዘይዱንጊ ናይ ሓሰር በለላ፡ዘሎ ዝመስል ጽላሎት. . . ኢዩ።

ኣብ ጉዕዞ ሂወት ጸሓይ ዝጋርዱ ናይ ገያሻይ ምንጻፍ ዘዕጽፉ፡ዕዳጋ ዝብትኑ፡ድሙቕ ምልክት ዝገብሩ፡ብርግኣት ንዝተኣከበ ዝብትኑ፡ንመጓዕዝቶም ብታህዋኽ ልቡ ዝትኩስዎ፡ማይ ንዝጸምአ ከየርወዩ ተራእዮም ዝጠፍኡ፡ድምጺ ኣስሚዖም ዝሞቱን ዝናብ ዘይብሎም ደመናታት ዝመስሉ ሰባት ኣለዉ።እወ ንኸይዘንቡ ጸሓይ ዝኽልሉ፡ከይሓርሱ ጸልማት ዝነልብቡ፡ከይበጽሑ ዝቖረበ ዘርሕቑ፡ከይወረዱ ዝተዘርግሐ ዘዕጽፉ፡ቀስ ኢሉ ንዝኸይድ ዘጋልቡ፡መጻእኩ እናበሉ ዝተርፉ፡ንዝጸምአ መቕዲሕኡ ዘይመልኡ፡ንዝተኣማመነሎም ዘሕፍሩ፡ቆጸራ ሒዞም ዘይርከቡ፡ንብዙሓት ሕሙማት ኣጸብዮም፡ስምዒት ኣንሂሮም፡ዘኒቦም ከርውዩና እዮም ተባሂሎም ከብቅዑ ብርሑቕ ተራእዮም ዝተርፉ ዝናብ ዘይብሎም ደመናታት ኣለዉ።

ካብ ምጽላሞም ዝተላዕለ ምፍርራሕ፡-ሰብ ኩሉ ገዲፉ ክጽበዮም ከይመጹ ዝተርፉ፡ፈኪሮም ከይዘነሙ ዝምለሱ፡ንፋስ ዝብትኖም ውሽጦም ባዶ ዝኾኑ፡ንሓጋይ ክረምቲ ዘምስሉ፡ኣብ መንጎ ብርሃን ኣትዮም ዘጸልምቱ፡ሰላማዊ ኣኼባ ዝዘርጉ፡ብታህዲዶም ብዙሕ ንብረት ዝዘምቱን ዝናብ ዘይብሎም ደመናታት ኣለዉ።ክምድሩ በረኽት ዝሓዙ ዝመስሉ፡ክጸላለሙ ዘርውዩ ዝመስሉ፡ምጽላሞም ተዓጊሱ ዝናቦም ንዝተጸበየ ህልም ኢሎም ዝጠፍኡ ሰብ ራእይ ኣለዉ።ምቕልጣፎምን፡ኣኼባ ምብዝሖምን ተዓጊስና ጽቡቕ ውጽኢት ክርከቦም እዩ ኣብ እንብለሉ ከኣ ተስፋና ኣሕፊሮም ዝምለሱ ሎሚ’ውን ኣለዉ።

ኣቤሰሎም ነቡኡ ዳዊት ንምጥፉኡ ብኽንቱ ዝኾነ ትሕትና ልቢ ናይ ህዝቡ ከምዝሰረቖ ከምኡ ከም ተመን እናተለማለሙ ኣካል ኣህሲሶም ዝነኽሱ ኣስኪሮም ዝሰርቁ፡ኣደንዚዞም ዝዘምቱ፡ልቢ ተጓሰይቲ ብሕብሪ ፍቕሪ ዘሸፍቱ ሎሚ’ውን ኣለዉ።ጸጥታ ክሰፍን ዘይፈትዉ፡ኣገልግሎተይ ምሕማስ እዩ፡ራእየይ ከኣ ምብጽባጽ እዩ እናበሉ፡ዘንደድዎ ሓዊ ንኻልኦት ከሕርር ንሶም ክሞቑ ዝጽበዩ፡ነዚ ከኣ ኣገልግሎት ኢሎም ዝቖጽሩ ብዙሓት እዮም።ንሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ዘፋትሑ ውሽማታት፡ምስ ኣባጊዕ ዝተጸንበሩ ተኺሉ፡ብኣሳጉማ በጊዕ እናሰንሙ ርእሶም ዝሰወሩ፡በላዕቲ ስጋ እንከለዉ ንዕላምኦም ክብሉ ሳዕሪ ዝበልዐ፡ልቢ ጓሳ ምስ ተሰነፈሎም ምልመላ ዝጅምሩ፡በዓል ራእይ ክሳብ ዝጽላእ ብለይቲ ከይተረፈ ናብ

ኣባጊዕ ሶሊኾም ዝኣትዉ፡ነተን ጥሪት ካብ ጓስአን ምስ ፈለይወን ገዲፎመን ዝስወሩ፡እንተኾነ ሰብ-ራእይ ዝኾኑ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም።እንበኣር ሓደ ካብ ዕንቅፋት ራእይ ዝመስል ነገር ኢዩ።

ናይ ሎሚ ወዲ-ሰብ ሓቀኛ ንምኽን ሓሳብ ዘይብሉ እናሃለወ ንገዛእ-ርእሱ ብዝመስል ነገር ኣሲሩ ይነብር።ንጽቡቕ ስራሕ ብጽቡቕ ኣዘራርባ ተኪኡ ዝነብር ምስ ሓቂ ንኽይጽንበር ተጠንቂቑ ዝነዓዝ እዩ።ሎሚ ሓቂ ዘይኮኑ፡እንተኾነ ሓቂ ንኽመስሉ ዝተጻዕረሎም ሓሶታት በዚሑም ይርከቡ።ሓቀኛ ምኽን ከም ደረቕኛ፡ምምስሳል ከኣ ከም ምዕባለ ኣብ ዝቀሩጸረሉ ዘመን ኢና ዘለና።“ዕቡድ ሓቂ እዩ ዝዛረብ” እናበልና፡ጥዕና ናይ ዘለዎ መግለጺ ግን ሓሶት ምኽኑ ዝኣመና ኢና ንመስል።ንዓና ዘይገልጹ ቃላትን ኣከዳድናን ተግባርና ንምሸፋን’ኳ እንተ ተጠቕምናሎም፡መሸፈኒታት ዘበሉ ግን ናይ ምሸፋን ዓቕሞም ደኺሙ እዩ ዝተርፍ ዘሎ።ብዙሓት ዝሓበርዎ ሓሶት ከም ሓቂ ተቐጺሩ ዝድገፉሉ እዋን ኢና ዘለና።ነዚ ናይ ምምስሳል ጉዕዞታት ኣዋፈርቱን መንቀሳቐስቱን ከኣ መብዛሕትኦም ናይ ሃይማኖት ሰባት እዮም።እዚኦም ብገንዘብን ብፍቕሪ ከብዶምን ዝሰኸሩ ስለዝኾኑ ጉዕዝኦም ክቕጽሉ ንመራሕቲ ሃገር ኣጋግዮም ዝሓልፉ እዮም።ኩሉ ግዜ ብውዳሴ ከንቱን ብቕብጥርን ስለዝነብሩ ንብርሃን ጸልማት፡ንጸልማት ከኣ ብርሃን እናበሉ ንምድሪ ብብርቱዕ ስቓይ ክዋግእዋ ንርኢ ኣለና።

ብዝመስል ነገር ትሑዝ ምኽን ዓቢ እሱር-ቤት እዩ፡ብዙሓት ከኣ ብካባ ሃይማኖት ተሸፊኖም ገዛእ-ርእሶም ከታልሉ ይነብሩ።ኣብ ቅድሚ ሕልንኦም ዘይኮነ ኣብ ቅድሚ ሰብ ሓቀኛታት ንምኽን እዮም ዝጽዕሩ። ከምቲ ሰራቒ ብርሃን ዘይፈቱ እዚኦም ከኣ ወንጌል ክሰምዑ ከለዉ ይትክዙ፡ንሰባኺ ከኣ ብሉጽ ስም ሂቦም ይንእድዎ።ቅዱስ ቅዱስ ዝብልዎም ናይ ባዕሎም መምህራን’ውን ይእክቡ (2 ጢሜ 4፡-1-5)።ብደረጃ ሃገር ከኣ ሃገር ይፈቱ እየ እናበሉ ህዝቢ የናዕቡ፡ንዝወደቐ ዜጋ ጎስዮሞ ዝኸዱ፡ንኽብሪ ሰብ ዝውኽል ባንዴራ ዝስዕሙ ብዙሓት ግቡዛት ኣለዉ።

ኣብ ራእይ ብዝመስል ነገር ዝተታሕዙ ብዙሓት እዮም።ራእይ ማለት ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢልካ ምስጓም፡ብዝተወጠረ ስምዒት ምስራሕ፡ ትንፋስ ንምውሓጥ ግዜ ምስኣን ዝመስሎም ብዙሓት እዮም።እዞም ሰባት እዚኦም ራኢኦም ንምግምጋም፡መኽሰቦምን ክሳረኦምን ንምፍላጥ ግዜ የብሎምን።እቲ ዘባኸንዎ ሓይሊ ግን ከምቲ ሓቀኛታት ሰብ ራእይ ዘውጽእዎ ሓይሊ ብምኽኑ ብዘይ ዓስቢ ንኽይተርፉ ደው እንተዝብሉ ጽቡቕ ነይሩ። “ንመጸውዒ-ስማ ተቐኒና” ከምዝባሃል ንሓንቲ ንእሽቶ ተግባር ኩሉ ግዜ ከውርዩላ ዝነብሩ።መጺኡ ከይዱ ኢሎም ንዝተገረሙሉ ምንቅስቓስ ዝደጋግሙ፡ካብ መጠን ንላዕሊ ኣጋኒኖም ዘውርዩ ብስርሖም ልቢ ሰብ ንምስሓብ ዝጽዕሩ ሰባት ብዝመስል ነገር ዝተታሕዙ ሰባት እዮም።ኣብ ራኢና ክንሰርሕ እንኽእል ኣብቲ ዝሰራሕናሉ ከም ዘይሰራሕና ኮይኑ ምስዝመስለና ጥራይ እዩ። ከም ዝሰራሕና ኮይኑ እንተተሰሚዑና ግን ደው ኢልና ኣለና ማለት እዩ።

ዝሰርሕ በቲ ዝሰርሖ ዓጊቡ ኣይኩርመን’ዩ፡ምኽንያቱ እቲ ንፉዕ ዓያዪ ፈጺሙ ኣይዓግብን’ዩ።እቶም ክሰርሑ ዘይደልዩ ብውሑድ ነገር ገድሎም ተጻሒፉ ንኽነብር ታሪኾም ብወርቂ ቀለም ንኽስነድ እዮም ዝደልዩ።ንናይ ሎሚ ወለዶ ጠቕምቲ ከይኮኑ ንዝመጽእ ወለዶ ታሪኽ ንኽጽንሑ ይጭነቑ።ብዙሓት ነገስታትን መሳፍንትን ብሂወቶም ጥራይ ዘይኮነ ድሕሪ

ሞቶም'ውን ደሚቐም ንኽነብሩ ብዙሕ'ዮም ጽዒሮም።ሎሚ ግን ኣብ ክንዲ ምድናቕ ብኣንጻሩ ተወቀስቲ ኮይኖም ይዝከሩ ኣለዉ።ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ንሕና ከም እንሓስቦ ኣይከውንን'ዩ።ንሎሚ ጠቓሚ ሰብ ኮይና ንምውዓል ምስ እንጽዕር ጥራይ ኢና ንሕልና ነጻ ንገብሮ።እቲ ሎሚ ኣዕጋቢ ዝኾነ ድማ ጽባሕ ተቐባልነት ክረክብ ናይ ግድን ኢዩ።

<u>ነስተውዕል</u>

- ትዕቢተኛ ናይ ባዕሉ ዕብየት ዝኣምን ናይ ካልኦት ምንእኣስ ስለዝኣምን ኢዩ።
- ነቲ ዝፍራሕ ኣምላኽ ክሳብ ዘይፈራሕና፡ክፍርሑ ንዘይግቡኦም ሰባት ምፍራሕና ኣይተርፍን ኢዩ።
- በዓል ራእይ ዝሓለፈ እናረሰዐ ንቐድሚት ዝውንጨፍ ኢዩ።
- እግዚኣብሄር ምስ ክእለትና ዘይኮነስ ምስ ሕራይ ምባልና እዩ ሕብረት ዘለዎ።
- ዝኾና ንኹን ኣብ ዘለናሉ ቦታ እግዚኣብሄር ጠቐምቲ ክገብረና ይከኣሎ ኢዩ።
- ንሕና ፍጹማት ዘይምኳና ምርዳእ፡ንፍጽምና ምድላይና ዓቢ መልሲ ኢዩ።
- ናብ ዓቢ ፈረስ ንእሽቶ ርኻብ ረጊጽና ኢና እንስቀል።
- እንኽእሎ ምግባር ናብ ዘይንኽእሎ ናይ ምስራሕ ዓቐሚ ይመርሓና።
- በዓል ራእይ ስርሑ ካብ ዝነኣሰ ነገር ዝጅምር ኮይኑ ንዕብየት ገዛእ-ርእሱ ዘይደክም ኢዩ።
- ራእይ ንሕና ምስ እንሓልፍ ዝቐጽል ደኣ'ምበር፡ምሳና ዘብቅዕ ነገር ኣይኮነን።
- ሱር ዘይሰደዱ ዘበሉ ምልኩዓት እኳ እንተኾኑ፡ኣብ መልክዖም ግን ግዜ ኣይወስዱን እዮም።
- ራእይ እነልሐ ደኣ'ምበር እናጠፍአ ኣይኮነን ዝመጽእ።
- ኣብ ራኢና ክንሰርሕ እንኽእል ዘይሰራሕና ኮይኑ ምስ ዝመስለና ኢዩ።

ምዕራፍ 22

ውሸጣዊ ማዕበላት

ኣብ'ዚ ዓለም ንነብረሉ ቀንዲ ዕላማ ኣድናቒ ዘይኮነ ሰራሒ፡ተራኺ ዘይኮነስ ፈጻሚ ታሪኽ ንምኽን'ዩ።ዕላምኣም ዝፈልጡን ዝሃርሙን ውሑዳት ተመኩሮ ዝነበሮም ከዋኽብቲ ኣብ ልብና የብርሁ ኢዮም።ማዘር ትሬዛ፡ማህተማ ጋንዲ ኢልና እነልዕሎም ውሑዳት ከለዉ ዘኹርዕ ተግባር ካብ ዝሰርሑ ኣብነታውያን ሰባት ኢዮም።ኩሉ ወድ-ሰብ ከምዚኦም ዕላምኡ ፈሊጡ ጉቡኡ እንተዝፍጽም ኔሩ ኣብ ዓለም ካብቲ ዝድለ ንላዕሊ ሰናይ ነገር ምበዝሓልና ኔሩ።ካብ ርኹብ ምውላድን ካብ ብሉጻት ምውላድን ዘይሃርፍ ራእይ ጥራይ ኢዩ።ብሉጽ ምኽንን፡ፈላጥ ምኽንን ከም ዘይዓረበ ጸሓይ ሎሚ ዝተዓደልናዮ መጀመርታ ኢዩ።ብዛዕባ ራእይ እነጽንዓሉ እዚ መጽሓፍ'ዚ ብዛዕባ ስልትታት፡ብዛዕባ ትካላዊ ግዴታታት ዝዛረብ ዘይኮነስ ብዛዕባ ዝተፈጠርናሉ ዕላማ ዝዛረብ ኮይኑ፡ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ንኽንነብር ዘነቓቕሓና መጽሓፍ ኢዩ።ካብ ብዙሓት ሰብ ራእይ በረኸት ተኻፊልና ኢና፡ንራእይ ክንደግም ከኣ የድልየና።ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ጽጉማት ቆልዑ ኣብ ዝዓብዩሉ መእለይ ተረኺቦም "እዛ ሞግዚት ምስ ኣዕበየትኩም ንስኻትኩም ከኣ ሞግዚት ክትኮኑ ኣለኩም" ክብሉ ተዛረቡ ይበሃል። መርከብ ቅኑዕ ኣንፈታ እንተሒዛን ሞተር እንተዘይተበላሸዩን ኣብ ወደብ ትበጽሕ፡ንሕና ከኣ ሓቀኛ ራእይ ክሳብ ዝሓዝና፡ሞተር ማለት ፍርሃት እግዚኣብሄር ክሳብ ዘለና ናብ ዕላማ ህይወት ምብጻሕና ኣይተርፍን።ንጽባሕ ብራእይ ክንሪኣ ስለእንኽእል፡ሎሚ እዋን-ዘርኢ፡ጽባሕ ከኣ እዋን ዓጺድ ምኽኑ ክንፈልጦ ይግባኣና።ንጽባሕ ብናይ ሎሚ መንእሰያት ጌርና ኢና እንሪኣ፡ምኽንያቱ ናይ ጽባሕ ኣቦታት ንሳቶም'ዮም።ንጽባሕ ብናይ ሎሚ ደቂ-መዛሙርቲ ኢና እንሪኣ፡ምኽንያቱ ናይ ጽባሕ መምህራን ንሳቶም ኢዮም።ስለዚ ንሎምዓንቲ ብትኽክል ክንጥቀምላ፡ንመንእሰያትን ደቀመዛሙርትን ክንኩስኩሰላ ይግበኣና።ሎሚ ክንሰርሖ ዝግበኣና ንጽባሕ ምጽናሕ ኣብ ሂወት ዓቢ ጥፍኣት ከምዝስዕብ ክንፈልጥ ኣለና።በጃኹም ክቡራት ኣንበብቲ ንምኽሪ ብሕጂ ብሕሱር ዋጋ እንተዘይገዚእኩማ ኣብ መጻኢ ብኽቡር ዋጋ ከይትገዝኡዋ ሕጂ ኣስተውዕሉ፡-

ብዛዕባ ራእይ ብዙሕ ተባሂሉ ኢዩ፡ራእይ-ኣልቦ ሰባት'ውን ዘፍርሑ ምኽኖም ብብዙሕ ተገሊጹ ኢዩ፡-

- ሓደ ሰብ ዝለዓለ ሓይሊ ክህልዎ ዝኽእል ኣብ ራእይ ምስዝህሉ ኢዩ፡ራእይ ዘይብሉ ግን ገለ'ኻ የብሉን።
- ኣብ ሂወት ዘፍርሕ እቲ ዝዓበየ ነገር ሞት ዘይኮነስ፡ብዘይ ራእይ ምንባር ኢዩ።
- ብልሹው ሂወትን ብልሹው ራእይን ሓደ ኢዮም።
- ዓይኒ ክሪኦ ካብ ዝኽእል ሓሊፉ ክርኢ ዝኽእል ራእይ ጥራይ ኢዩ።
- ጠመተ ውጽኢት-ዓይኒ ኮይኑ፡ራእይ ድማ ናይ ልቢ ውጽኢት'ዩ።
- ኣተሓሳስባ ወለዶ ኣብ ውሽጢ ራእይ ይግለጽ።
- ራእይ ናብ ምልኣት እንበጽሓሉ ቅኑዕ መንገዲ ኢዩ።
- ሓቀኛ ራእይ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ዝገጥሞ ዕንቅፋት ሓይሊ ኣለዎ።
- ዕግበት ዘለካ ክትከውን ትደሊ'ዶ፧ራእይ ይሃልኻ።
- ራእይ እንተልዩካ ኩሉ ካብ ምፍታን ክትቁጠብ ትኽእል።

- ቅኑዕ ራእይ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ መስዋእቲ ይሓተካ'ዩ።
- ራእይ ዘይብሉ ኣተሓሳስባን ብዘይ ተስፋ ምንባርን ሓደ ኢዮም።

ሓይልና፡ሃብትና፡ቁመናና ናይ ውሽጥና ባሮት(ኣገልገልቲ) ኢዮም።ውሽጥና ወሰን ዘይብሉ ራእይ ምስዝሕዝ ድማ ሓይልና ኣብ ቅኑዕ ኣገልግሎት ከነውዕሎ ንኽእል።ንራእይ ሓይሊ ምስዝቐረበሉ ኩሎም ነገራት ጽቡቕ ፍጻሜ ይሕዙ።ንሰባት ኣብ ዘይምርግጋእ ዘንብር ራእይ ዘይምህላው ኢዩ።ልዕሊ'ቶም ብዘይ ራእይ ዝነብሩ፡እቶም ኣብ ራእይ ዝሞቱ ሰባት ዝያዳ ድሕሪ ሞቶም ክዝከሩ ይነብሩ።ስለዚ ራእይ ዘይምህላው ልዕሊ ሞት ክንፈርሖ ይግበኣና። ራእይ ጉዕዞ ጀሚሩ ክበላሾ ይኽእል ኢዩ፡ዘይተወድአ ራእይ'ውን ኣብ ሂወት ጽልዋ ከምጽእ ይኽእል'ዩ።ንራእይና ዘግድፉና ነገራት ሓጎስ ናይ ራእይ ክትክኡ ስለዘይክእሉ ሓዘንተኛታት ይገብሩና።

ጉልሕ-ጉልሕ ዝበላን ርሕቀት ክሪኣ ዝኽእላ የሚንትን ቀንዲ ነገር ናይ ሂወትና ክሪኣ ኣይክእላንየን።መንነት ሂወት ከኣ ልዕሊ ኣብ ግዙፍ ኣብ ውሽጢ እቲ ረቂቕ'ዩ ዝርከብ፡ነዚ ዝርኢ ከኣ ራእይ ኢዩ።ራእይ ዘይብሉ ሰብ ንዝነብራ ሂወት ጋሻ ኮይኑ ዕድሚኡ ይውድእ።<u>ብልቢ ምርኣይ ከኣ ራእይ ይበሃል</u>።ንወለዶታት ዘለና ጽቡቕ ኣተሓሳስባ ብራኢና'ዩ ዝግለጽ፡ንጽባሕ ዝተርፍ ከኣ ሃብቲ ዘይኮነስ ራእይ'ዩ።ምሉእ ብምሉእ ንራእይ ዝጀመሮ ሰብ የለን፡ራእይ ግን ናብ ምልኣት ዘብጽሕ፡ንመንፈሳዊ ብጽሕነት ዘብቅዕ ጉዕዞ ኢዩ።ንራእይ ደው ዘብሎ ከኣ ራእይ ዘይምህላው ጥራይ ኢዩ።

ሓይሊ ራእይ ልዕሊ ዕንቅፋት'ዩ፡ዕግበት ዘለዎ ኣሳልጦ ዝርከብ ከኣ ኣብ ውሽጢ ራእይ ኢዩ።ዘየዕግብ ኣሳልጦ ግን ብዘይ ራእይ'ውን ክርከብ ይኽእል'ዩ።እናረኣዩ ዘይሪኡ፡እናሰምዑ ዘየስተውዕሉ ሰባት እንተልዮም እዚኣም ራእይ ዘይብሎም ሰባት'ዮም።ስለዚ ንኽንነብር ዘለና ህርፋን ኣብ ራእይ'ዩ ተቐሚጡ ዘሎ።ፈተነታት ሓይልን ግዜን ዝውድኡ ንልቢ ዘየዕርፉ መገዲ ንምጅማር ፍቓድ ወረቐት ዘይህቡ ኢዮም።ካብ ብዙሓት ፈተነታት ግን ብራእይ ኢና እንድሕን።ራእይ ንኽህልወና'ኳ እንተጸዓርና ፈተነ ንኽይህልወና ምጽዓር ግን ኣይኮነልናን'ዩ።ህይወትና ሃሰስ ብምባል ብዙሕ ዑደት'ያ ትገብር፡ራእይ ከይተረኽበ ግን መገዲ ኣይጅመርን'ዩ።ናይ ራእይ ሓደ ሓቀኛ መለክዒ ብዙሓት ተቐወምቲ ምስዘለዓዕል'ዩ፡በዓል ራእይ ምኽንካ ድማ ራእይ ብዘይብሎም ሰባት ትግፋዕ።

ራእይ ኣብ ተፈጥሮ'ያ ተሳኢላ ዘላ፡ማለት ዓሳታት ባሕሪ ብምርኣይ መርከብ ናይ ምስራሕ ቅንኢ፡የዕዋፍ ሰማይ ብምርኣይ ከኣ ኣየር ናይ ምስራሕ ትምኒት ኣብ ሰብ ይቕረጽ።ተፈጥሮ ንገዛእ-ርእሱ መምጽኢ ራእይ'ዩ።ብዘይ ራእይ ዝተረኽቡ ጽቡቓት ምዕባሌታትን ጠቓምነቶም ዝቐጸሉ ርክባትን የለዉን።ጥይት ክትሰርሕ ምኽኣል ፍልጠት ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ራእይ ግን ኣይኮነን።ኣቶሚክ-ቦምብ ምቅማም ሳይንሳውነት ክኸውን ይኽእል'ዩ፡እንተኾነ እዚ'ውን ራእይ ኣይኮነን።ኣየር(ኣውሮፕላን)ምስራሕ ግን ራእይ ምኽኑ ኣይንጠራጠርን ኢና።

ዕላማ ራእይ ናይ ግልና ምኾት ምሕሳብን ናትና ንዝኾኑ ቤተሰብ ነጻ ምውጻእን ኣይኮነን።ምኽንያቱ ራእይ ዶብ ዘይብሉ መደብ ኢዩ፡ገዛእ ርእስኻ ብምኽሓድ ዝርከብ ከኣ'ዩ። ራእይ ካብ ጉድኣተይ ጉድኣት ካልኦት ይብርትዕ ካብ ዝብል ፍቕሪ ዝውለድ ድማ ኢዩ።

ኣብ ሂወት ናብ ፍጻሜ ዝመርሑ ሰለስተ ትምኒታት ኣለዉ።

1. እግዚኣብሄር ዝሓስበልና
2. ንሕና ንባዕልና ዝሓሰብናዮ
3. ሰባት ነዓና ዝሓስቡልና

ራእይ እግዚኣብሄር ንዓና ዝሓስበልና ነገር ኢዩ፡መስርሑ ከኣ ካብ ኣእምሮና ኣትሒዞም ዘለዉ ክፍልታት ኣካላትና'ዩ ዝካየድ።እግዚኣብሄር ዝሓስበልና ክኾነልና ከሎ፡ ንሕና ንባዕልና ዝሓሰብናዮን ሰባት ንዓና ዝሓሰቡልናን ኣብ ውሽጢ ሓሳብ እግዚኣብሄር ተጠቓሊሉ ክንረኽቦ ንኽእል።ራእይ ዘለዎ መደቡ ባዶ-ደመና ኣይኮኖን'ዩ።ታሪኽን ዝናን ሓይሊ ናይ ራእይ ኣይከውንን'ዩ፡ሓቀኛ ሓይሊ ግን ካብ ራእይ ዝመጽእ መለኮታዊ ጸጋ ኢዩ።

ኣብ ራእይ ተስፋ እንቕርጸሉ እዋን ብዙሕ'ዩ፡እንተኾነ ራእይ ኣብ ውሽጢ ተስፋ ምቑራጽ ካልእ ተስፋ ንኽውለድ ይሕግዝ።ራእይ ናይ መጀመርታ መዓልቱ ፍቕሪ ኮይኑ፡ናብ ጉያ ኣብ ዝኣተናሉ ከኣ ቅንኣት ብምሕሳብ ሓይሊ የሐድስ።ናብ መፈጸምታ ዝበጽሑ መደባትን ሰንከልከል ዝበሉ ራኢታትን ዝቐጸሉ፡ነቲ ናይ መጀመርታ መዓልቲ ናይ ራእይ መንፈስ ብምሕሳብ ኢዮም።ራእይ ኣብ መጀመርታ ዝትመን ክሳራ ብምኽኑ ብጉድለታትን ብመከራን ብፈተናን ኣይደሃልን'ዩ።ንገዛእ-ርእሱ ዝሃበ በዓል ራእይ ከኣ ንብረቱ ኣብ ምውራስን ስሙ ምጽላምን ኣይስንብድን'ዩ።መሊሱ ብዙሕ ዋጋ ከምዝኽፍል እናሓሰበ ከኣ ይብርትዕ።

ናይ ውሽጢ ማዕበላት

ኣብ ውሽጢ ሓንቲ መርከብ ክለዓል ብዝኽእል ማዕበል ሰላም ምስኣን፡ ሕማም፡ስግኣት . . ከስዕብ ይኽእል።ካብታ መርከብ ወጻኢ ክትንስእ ዝኽእል ድማ ማዕበል፡ሓደገኛ ንፋስ፡ናይ ባሕሪ ሽፋቱ. . ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።ኣብ ራእይ ከኣ ብውሽጥን ብደገን ዝለዓሉ ዝተፈላለዩ ማዕበላት ኣለዉ።ንኹሎም ምግላጽ'ኳ እንተዘይከኣልና ዝተወሰኑ ክንርኢ ግን ናይ ግድን'ዩ፡-

1. ኣብ ሓደ ግዜ ፍጹምነት ምድላይ

ቀስ ብቐስ ምዕባይ ናይ ተፈጥሮ ቀዋሚ ሕግን መልክዕን'ዩ።ጐይታና ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ኣምላኽ ከም ምኽኑ መጠን ኣብ ሓደ መዓልቲ ምዕባይን ዋጋ ምኽፋልን ይከኣሎ ኔሩ'ዩ፡እንተኾነ ግን ናይ ዕብየት ሕጊ ሓልዩ ቀስ ብቐስ ዓበየ።ኩሉ ነገር ኣብ ገግዚኡ ንክኸውን ከኣ ተጠንቀቐ።ራእይ'ውን ቀስ ብቐስ'ዩ ዝዓቢ'ምበር ኣብ ምጅማሩ ፍጹም ኣይከውንን።ንነፍስ-ወከፍ መዓልቲ ኣጋይሽ ኣብ ዝኾናሉ ዓለም ዘይንፈልጦ ነገር ብዙሕ'ዩ፡ዘይንፈልጦ ፈተና'ውን ስለዘሎ ናይ ሎሚ ፍጹምነት ንጽባሕ ኣይሕግዛን'ዩ።ንራእይ ጌና ኣብ መጀመርትኡ ፍጹም ክኸውን ምድላይ ንራእይ ሕልሚ ጌሩ ዘትርፍ'ዩ፡ስለዚ ንራእይ ቅድሚ ምግላጽና ንኽግለጸልና ክንጽሊ ይግባእ።

2. ምጅማር ጥራይ ምፍታው

ብጽቡቐ ነገራት ቀልጢፎም ዝትንከፉን ቀልጢፎም ከኣ ከተግብርዎ ዝህወኹን ንምፍጻም ሓይሊ ዘይብሎም ሰባት ኣለዉ።እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብ ወርሒ ሰነ ዘሪኦም ብዘይ ጻዕሪ ታሕሳስ ንምዕጻድ ዝህንደዱ ሓረስቶት'ዮም ዝመስሉ።እዚኦም ንዝሰምዑዎ

ጽቡቕ ነገር ተዓጊስካ ምቕማጥ ኣይኮነሎምን፡ንልቢ ኣለዓዒሎም ዝስወሩ መራሕቲ ከኣ'ዮም።ኩሉ ግዜ መሰረት ኣብ ምስራት ጥራይ ስለዝርከቡ፡ኣብ መመረቕታ ዘይርከቡ ጀመርቲ ኢዮም።ኣብ ራእይ ድማ ከምዚ ዝበለ ጸገም ይረአ ኢዩ።ሕጂ ዝተሰምዖምን ዝሰምዑዎን ራእየይ ኢዩ ኢሎም ዝእክቡዎ፡ንቕልጡፍ ውሳነ ዘይፈርሑ፡ሰባት ኣኪቦም ይመርሑ ኣለዉ ተባሂሎም ትጽቢት ክግበረሎም ከሎ ኣብ ኣድራሽኦም ዝሰኣኑ፡ነዚ ኩሉ ኣመልኪቱ ንዝሓቶም ሰብ ንዕኡ ጸሊኦም ብስምዒት ዝዓበዱ ኢዮም።ከምዚ ዝበለ ባህሪ ከኣ ንራእይ ዓቢ ዕንቅፋት ኢዩ።ምጅማር ብዙሕ ሕልኽላኽ የብሉን፡ምፍጻም ግን ከም ትቃለስ ይገብር።እዞም ሰባት እዚኦም ንድሕሪት ዝብሉ ቃልሲ ፈሪሖም ዘይኮነስ ምስልቻው ኢዩ ኣብ መገዲ ዘትርፎም።

እዚኦም ትማሊ ንዝጀመርኩዎ ኣይወዳእኩዎን'ሞ መጀመርታ ንዕኡ ክውድእ ካብ ምባል ሕጂ ዝጅመር እንተረኺቦም እናድነቐ፡ኣብ ዝሰምዕዎ ጸምብሩኒ ምባል ይፈትዉ።መደባቶም ብዙሕ ኮይኑ ውጽኢቶም ግን ውሑድ ኢዩ።ነቲ ሓደ ከየስተማቐሩ ነቲ ካልኣይ ንምጥዓም ዝሕንቅቑ ናይ ምጥዓም ሊቃውንቲ'ዮም።እዚ ባህሪ እዚ ከኣ ሓሰውቲ የቕጽሮም።ሓሶት ከኣ ንስርቂ የሕሊፉ ይህቦም።ንዝሪኦም ልቢ-ሰብ ዘየዕርፉ፡ባኒ ክልሕሱ ዝነብሩ ኣመለኛታት ግን ከኣ ባኒ ዘይጸግቡ ናይ ዘመናት ጥሙያት ኢዮም።እዚ ኣብ ራእይ ዘርእይዎ ሕንቃቐ ኣብ ሓዳሮምን ማሕበራዊ ሂወቶምንውን'ዩ ጽልዋ ዘምጽኣሎም።ንራእይ ኢልና እንለማምዶ ባህሪ ንራእይ ኣይጠቅምን ኢዩ።ንራእይ ዘድልዮ መሰረታዊ ለውጢ ደኣ'ምበር ቅብኣት ናይ ሕብሪ'ውን ኣይኮነን።

3.ንምጅማር ምፍራሕ

ከምቲ ናይ ምጅማር ንፉዓት ዘለዉ፡ናይ ምጅማር ፈራሓት'ውን ኣለዉ።ምጅማር ሞት ዝኾኖም፡ካብ ኮፍ ሓሊፉ ዘኮራምዮም፡ዝተጀመረ ምስረኽቡ ክጽምበሩ ዝጽበዩ፡ኣብ ጉያ ኣብ መጀመርታ ዘይኮነስ ኣብ ማእከል ክሕወሱ ዝደልዩ፡ናይ ጽግዕተኛነት ሙቐት ዘይጸግቡ ሰባት ኣለዉ።እዚ ባህሪ'ዚ ንራእይ ዓቢ ዕንቅፋትን ውሽጣዊ ማዕበልን ኢዩ።እዞም ሰባት ብጽግዕተኛነት መንፈስ ዝዓብዩን ንናይ ጽግዕተኛነት ዕብየቶም ናብ ምንባር ቀይሮም ዝጐዓዙ ሰባት ኢዮም።ኩሉ ግዜ ዝደልይዎ ሰብ፡ንድኻሞም ዝሸፍነሎም ደኣ'ምበር ካብዚ ድኻም'ዚ ንኽወጹ ሓይሊ ክረኽቡ ኣይውከስዎን'ዮም።ሕብረት ክግድዶም ከሎ ብሓይሊ መስተን ዕብዳንን ብምድፋር'ዮም ዝወጹ፡ዝጽግዕዎ ሰብ እንተዘይረኺቦም ከኣ ናብ ኣመናዝር'ዮም ዝለግቡ።ንግሆ ሓፋር ዓይኒ፡ምሸት ምሸት ድማ ንጉስ ዝኾኑ ሰብ ክልተ-ገጽ ሰሌዳ ኢዮም።ብዛዕባ ገዛእ-ርእሶም ከኣ ካልኦት ክዛረቡሎምን ክጅምሩሎምን ከኣ ይደልዩ።

ኣብዞም ሰባት ዘሎ ናይ ተፈጥሮ ጸጋ ዓቢ'ዩ፡ሰይጣን ግን ንኽይሓልፉ ጋረዱ ብፍርሃት ይዋግኦም።ንነገራት ሓቅነቱ ይኣምኑሉ'ዮም፡እንተኾነ ካብኡ ወጻኢ መፍትሒ ከምዘየለ ኮይኑ ይርድኦም።ራኢኦም ንምጅማር ኮፍ ካብ ዝበሉዎ መቐመጢ ኣይትንስኡን'ዮም።ምኽንያቱ ምጅማር ፈሪሖም'ዮም ኮፍ ኢሎም።"ኣለዉ ዝበሃሉ መሳሪሒታት ኣቐሪብና . . . ልቢ ምቐራብ ግን ኣይንኽእልን ኢና" ከም ዝተባህለ ነዞም ሰባት ድማ እግዚኣብሔር ንልቢ ከቕርብ ከም ዝኽእል ንነግሮም ኣሎና።ብምጽላይ በብቑሩብ ልምምድ ክገብሩ ይግብኦም።እዞም ሰባት እዚኦም እንተደኣ ጀሚሮም ንምዝዛም ብቑዕ ሓይልን ናይ ተፈጥሮ ጸጋን፡ዝጸበቖ ስራሕን ኣለዎም።መኪና ብቑዳማይ ማርሺ ደኣ'ምበር ብዜሮ ኣይኮነትን እትኽይድ።ስለዚ ከኣ ምጅማር የድሊ።እስራኤላውያን ኣብ

ግብጺ ከለዉ ዘይኮነስ ካብ ግብጺ ክወጹ ስጉምቲ ምስወሰዱ ኢዮ ባሕሪ ዝተጨደሎም።ስጉምቲ ንባሕሪ ይመቅል፡ምብጋስ ድማ ሕጊ ናይ ራእይ ኢዩ።

4. <u>ከይብሉኒ ምባል</u>

እንታይ ኮን ክብሉኒ'ዮም እናበልካ ምንባር፡ካልኦት ንዝኣመኑሉ ነገር ምንባር ስለዝኾነ ሓይል'ካ'ዩ ዝውድእ።ሰባት ዝፈትዉዎ'ኳ እንተገበርናሎም ካብ ምዝራብ ግን ንድሕሪት ኣይብሉን'ዮም፡ምኽንያቱ ንወቐሳ ኢዮም ዝነብሩ።ስለዚ እምበኣር ዝብልዎ ክነስእኑ ኢልና እነካይዶ ምንቅስቓስ ዕውታት ኣይገብረናን'ዩ።ክገብሮ ዘለዎ ዘይፈልጥ ሰብ ካርታ ናይ መንገዱ ኣብ ስምዒት ሰባት ኢዩ ዘመዓራርዮ።ንእግዚኣብሄርን ንሕልናናን ዘሐጉስ ክንገብር ክንደሊ ከለና ሰባት ዝብልዎ ደው ከነብሎ ይግብኣና።ቀዋሚ ዝኾነ ውሳኔና ኣበሃህላ ሰባት ይዓጹ፡ብቐረባ ክንሰምዖ እንኽእል እግዚኣብሄርን ሕልናናን ስለዘለና፡ስምዒት ሰባት ማለት እቲ ዘይስማዕ ምጉርምራም ካብ ምስማዕ ንድሕን፡ብስራሕና ከኣ ሕጉሳት ንኸውን።

ቆልዑ ከለና ወለድና ንፋጥና ክሕብሱልና ከለዉ "ንፋጥ ርስሓት ኢዩ" እናበሉ ዘይኮኑስ "ወዲ እገሌ ነፋጥ ክብሉኻ'ዮም" እናበሉ'ዮም ዝሕብሱልና ዝነበሩ።ስለዚ ንባዕልና እንበልዕን እንሰትን ኮይንና፡ንሰባት ከኣ እንነብር ኮይና ተሪፍና።ከይብሉኒ ዝዓበናሉን ርእስና ዝሃነጽናሉ ባህልናን ኢዩ።ከይብሉኒ ኩሉ ግዜ ሓቂ ኣይኮነን።ጽቡቕ እንገብር ሰባት ስለዝሪኡናን ስለዝሰምዑናን እንተኾይኑ ጽቡቕ ስራሕና ዓስቢ ክስእን'ዩ።

ከይብሉኒ ምባል ንራእይ ዕንቅፋት ኢዩ ዝኾኖ፡ሰባት ንራኢኦም ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ብከይብሉኒ ይእሰሩ።ናይ ዝሓለፈ ታሪኾም ብምዝካር ነዚ ራእይ ሒዘ እንተወጻእኩስ ናይ ቅድም መንነተይ ዝፈልጡ ሰባት እንታይ ክብሉኒ'ዮም፧ኢሎም'ውን ይጭነቑ።ከምኡ'ውን ንዝሓለፉ ሓለፍቶም ብምዝካር ንሳቶም ዘይሰርሕዎ ኣነ ክሰርሖ ከለኹስ ኮን እንታይ ክብሉኒ'ዮም፧ዝብል ከይብሉኒ ይኣስሮም።ኣብ ዓለም እምበኣር ብዙሕ እሱርቤታት ኣሎ፡ሓደ ካብኣቶም ከኣ ከይብሉኒ ናይ ምባል እሱርቤት'ዩ።ስለዚ ንዝደሓረ ካብ ዘይረሳዕናዮ ናብ ዝቕጽል ጽቡቕ መደብ ክንንቀሳቐስ ኣይንኽእልን ኢና።ሎሚ ካልእ ሰብ ምኳንና ምቕባል የድልየና፡ምኽንያቱ ናይ ትማሊ ቅንዕና ኮነ ክፍኣት ኣብ ሎሚ ፈጺሙ ኣይጠቅምን'ዩ።ሎሚ እምበኣር ዓቕምና ዝፈቕዶ ዝበለጸ ነገር ክንገብር ኣለና።እግዚኣብሄር ቀያሪ ታሪኽ ምኳኑ ልዕሊ ቃላትና ህይወትና ምስክር ክኸውን ከሎ መዘና ዘይብሉ ጭቡጥ መርትዖ ኢዩ።

<u>5.ብልሹው ስነ ምግባር</u>

ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝግበር ናይ ሓላፍነት ምርጫታት፡ስነ ምግባር ዓብን ቀንዲ መምዘንን ናይ ተመራጺ ኣካል'ዩ።እቲ ክምረጽ ዘለዎ ንቤተሰቡ ብትኽክል ክመርሕ ምኽኣሉን ሓዳሩ ምኽባሩን እንኮላይ'ዩ ዝርአ።ምኽንያቱ ኣብ መሪሕነቱ እቲ ናይ መጀመርታ ጽልዋኡ "ኣርኣያ"(ኣብነታዊ) ምኳን ኢዩ።በዓል-ራእይ ከኣ መራሒ ኢዩ፡ኣቐዲሙ ዝረኣየ መራሒ ስለዝኾነ ናይ ግድን ሰዓብቲ ዘድልዮዎ መራሒ ኢዩ።በዓል ራእይ ካብ ዘዳልዎ ንብረት ንላዕሊ ናቱ ግሉጽ ስነ ምግባር'ዩ ዝምዘን።ንበዓል-ራእይ ስርሑ ምስቃወሞ ግን ዋላ'ኳ ደገፍቲ እንተብዝሐ ተመስኪሩሉ ኣይሓልፍን'ዩ፡ሰብ ብብዝሒ ተቓዊሙዎ እቲ ስራሕ እንተመስኪሩሉ ግን ናይ ምሸት ተዓዋቲ'ዩ ዝኸውን።ጠቕምቲ ነገራት ጠቕምቲ ዝኾኑ ብስነምግባር ጥራይ'ዮም።ሃብቲ ጠቓሚ ኢዩ፡ሃብቲ ጠቓሚ

ዝኸውን ግና ብስነምግባር ጥራይ'ዩ፡እንተዘይኮይኑ መቀላጠፊ ሞት ኢዩ ዝኸውን።ፍልጠት'ውን ጠቓሚ ኢዩ፡ፍልጠት ጠቓሚ ክኸውን ዝኽእል ግን ብስነ ምግባር ጥራይ'ዩ፡እንተዘይኮይኑ ናይ ዕብዳን ኣፍደገ'ዩ ዝኸውን።ኣብ ዓለም ካብ ዘይተማህረ ደንቆሮ ዝተማህረ ደንቆሮ ዝተጸልአ ምኽኑ ብዙሕ ግዜ ይዝረብ'ዩ።ዝተማህሩን ዘይተማህሩን ሰባት ስነ-ምግባርና'ዮም ዝሪኡ።ስነ ማግባር ንምግምጋም ከኣ ትምህርቲ ኣየድልዮን'ዩ፡ምኽንያት ስነ ምግባር ሂወት'ዩ።

ብልሹው ስነ-ምግባር ዓቢ ዕንቅፋት ናይ ራእይ'ዩ።በዓል ራእይ ኣይጋገን ኣይንብልን ኢና፡እንተኾነ ንስሓ ኢዩ ዝኣቱ።ንዝበደሎ ናይ ካልኦት ሕልናን ኣብኡ ንዝነበሮም ትምኒት ንዝነድኣም ወገናትን ይቕሬታ ይሓትት።ኣብ ጸልማት መብራህቲ ዝበርሆም ናይ ፕላሶታት ቤት ጽሕፈት ብርሑቕ'ዮም ዝረኣዩ፡ካብ ሰራሕተኛ ብድሕሪት ተሪፉ ዝሰርሕ ሓደ ትጉህ ሰብ ከምዘሎ ድማ ይሕብር።ራእይ ኣብ ዘይብሉ ጸልማት ዓለም ከኣ ሰብ ራእይ ብርሑቕ'ዮም ዝረኣዩ

6.ምስልቻው

ቅኑዕ ነገር ጀሚርካ ናይ ዘይምውዳእ ሕማም ንብዙሓት ሰባት'ዩ ዝጐድእ።በዓል ራእይ ምኽን ግን ነዚ ድንዛዜ ይሰብር፡ምኽንያቱ ኣብ መወዳእታ ኮይንካ ምጅማር ብሉጽ ባህሪ በዓል ራእይ ኢዩ።ምስልቻው ዘይምጅማር ኣይኮነን፡እንታይ ደኣ፧ግድን ጀሚርካ ብፍጹም ንምውዳእ ዘይምድላይ'ዩ።ስልቹዋት ንናይ ትጉሃት ፍረ ዘለዎ ወይኒ የድንቕን ይበልዑን፡ወይነይ'ከ መዓስ ኢዩ ዝጠዓም፧ዝብል ኒሕ ግን የብሎምን።ጌና ክሓስቡ ከለዉ ዝደኽሙ፡ዘንጥብ ሃጓፍ ንኽይዓጽዉ ኣብ ዘየንጥብ ቦታ ከይዶም ዓራቶም ዘንጽፉ፡ብዝጐዩ ሰባት ዝግረሙ፡ቦትኣም ተመሊሶም መና ዝጽበዩ ኢዮም።

እስራኤላውያን ማና ክወሃቦም ዝኸኣለ ክሓርሱን ክኹዕቱን ኣብ ዘይክእሉሉ ኣብ ምድረበዳ ስለዝነበሩ ኢዩ።ሃገሮም ኣትዮም ፍረ ና'ታ ምድሪ ክበልዑ ኣብ ዝጀመሩሉ እዋን ግን ማና ደው በለ።ሃካያት ከይሰርሑ ይርብርቡ፡መገዲ ጀሚሮም ከኣ ኣይፍጽሙዎን።ብናይ ካልእ ሓጐስ ገጾም ክበርህ፡ብመስዋእትነት ካልኦት ናጽነቶም ክእወጅ'ዮም ዝደልዩ፡ዕድላት ናብኣም'ኳ እንተመጹ ኣይጥቀሙሎምን'ዮም።ሰብ ራእይ ግን ዕድል ይፈጥሩ ደኣ'ምበር ኣይጽበዩን'ዮም።ኣብ ራእይ ምስልቻው ዝዓበየ ዕንቅፋት ኢዩ፡ተግባርና ብሞያ ጥራይ ዘይኮነስ ብትዕግስቲ እውን ኢና ክንፍጽሞ እንኽእል፡ምኽንያቱ ራእይ ብነጻ ተቐቢልና ብዋጋ እንፍጽሞ ነገር ኢዩ።

7.ዝሑል መንፈስ

ምዝሓል መንፈስ፡ካልኣይ ጫፍ ናይ ስምዒታውነት ኢዩ።ንኹሉ ነገር ኣነ ክገብሮ ዝብል ታህዋኽ ከምዘሎ፡ንኹሉ ነገር እንተኾነ ይኹን ዝብል ምዝሓል መንፈስ'ውን ኣሎ። ምዝሓል መንፈስ ናይ ምትግባር ዘይኮነ ናይ ምሕሳብ ዋጋ'ኳ ክኸፍል ዘይደሊ ልሙስ ጠባይ'ዩ።ብዙሓት ዝሑላት መንፈስ ዝኾና ኣዴታት ኣለዋ፡እዚኣን ከኣ ንደቀን ምትንካፍ'ኳ ዘይደልያ፡ደቅኽን ክበሃላ ዝስንብዳ፡ኣብ ዝበልዓሉ ዝድቅሳ፡ውላደይ ኢለን ንድሕሪት ዘይሪኣ ኣዴታት ኢየን።ዝሑል መንፈስ ነቲ ጥንቃቐን ፍቕርን ዝደሊ ውላድ'ኳ ንኽትርስዖ'ዩ ዝገብር፡፡ እዞም ሰባት እዚኦም ካልእ ይግበረለይ ዝብል ትጽቢት'ውን የብሎምን፡እንተኾነ ይኸውን እንተዘይኮነ ከኣ ኣይኹን ኢሎም ዝድቅሱ ሰባት'ዮም።ናይዞም ሰባት እዚኦም ኣነባብራ ክንርኢ ከለና ፍጥረቱ ዘንብር ለዋህ ጐይታ ከምዘሎ ነስተውዕል።እዞም ሰባት

እዚአም ብመልሓሶም ዘቐይሙ፡ኣብ ኣነባብራ ሰብ ውሳኔ ንሃብ ዝብሉ ስለዘይኮኑ ፍቱዋት'ዮም።ንኣድማን ተንኮልን ስሚዒቶም ቀልጢፉ ስለዘይብገስ ንባእሲ ድሉዋት ኣይኮኑን፡ስለዚ ከኣ ተንኮለኛታት ኣይቀርቡዎምን'ዮም።

ምዝሓል መንፈስ ንራእይን ጸጋን የጥፍእ፡ናይ ራእይ ሓዊ ንኽጉህር ግን ምንቅስቓስን ሕብረትን የድልዮ።ዝሑላት መንፈስ ግን ካብ ዘለውዎ ዘይነቓነቕ ስለዝኾኑ ንራእይ የሰንክልዎ።ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ "መንፈስ ኣይተጥፍኡ" ይብል (1ተሰ 5፡19)። መንፈስ ኣብ ጸጋ ኢዩ ዘሎ፡ንጸጋ ከኣ ብሓዊ መሲልዎ።ሓዊ ሓመድን ማይን ምስዝድፍኦ ይጠፍእ፡ጸጋ ከኣ ድኹም ብዝኾነ ምዝሓል መንፈስን ብኣጉል ፍርሕን ይጠፍእ።እግዚኣብሄር ብምኽንያት ዓመጽ ንጸጋ ክወስዶ ከሎ ንጸጋ ብዘይምክንኻን ከኣ ባዕሉ ይኸይድ፡፡ራእይ ድማ ጸጋ ስለዝኾነ ብምዕፋን ይሃስስ።ምዝሓል መንፈስ እምበኣር ህላወ ናይ ራእይ ዘጥፍእ ናይ ሞት መንፈስ'ዩ።

8.ምድንጓይ

እግዚኣብሄር ነቲ እዋን ዝግብኡ ሰብ ራእይ'ዩ ዘተንስእ፡ሰብ-ራእይን ራእይን ከኣ ኣብ ግዜኡ እዮም ጠቕምቲ ዝኾኑ።ቅድሚ ግዜኡም ዝተበገሱ ብዙሓት ጸላእቲ የትርፉ፡ድሕሪ ግዜ ዝተበገሱ ድማ ዝኾነ ሰዓቢ ኣይረኽቡን።ከምቲ ኣብ እትጉዓዝ መርከብ እንግዶት ዝገብሩ ሰራሕተኛታት ዘለዉ ንሕና ድማ ኣብዚ ዘጐዓዝ ሂወትን ዓለምን እንሰርሕ እቶም ናይ ራእይ ሰባት ኢና።ሰራሕተኛታት እታ መርከብ ኣብ ወደብ ምስበጽሐት ዘይኮነስ ኣብ ማእከል ባሕሪ እናተጓዕዘት ከላ ኢዮም ዘድልዩ።መርከብ ወደብ ምስበጽሐት ግን እቶም ተሳፈርቲ መሬት ክረግጹ'ዮም ዝደልዩ'ምበር ንእንግዶት ኣይጽበዩን'ዮም።ንሕና ኣድለይቲ እንኸውን ከኣ ብሂወት ክሳብ ዘለናን ወለዶ ክሳብ ዘሎን ጥራይ ኢና።ኣብ ግዜና ዓባሳት ኮይንና ኣብ ዘይግዜና ተዛረብቲ ምስእንኸውን ለፍላፊ ወይ ዕቡድ ኢና እንበሃል።ኣብ ዘመንና ኮፍ ኢልና ኣብ ዘይዘመንና ንስራሕ ምስእንለዓል ከኣ እነሳልጦ ስርሕ ውሑድ'ዩ።

ካብ ዕንቅፋት ራእይ ሓደ ምኽንያት ምድንጓይ ኢዩ፡ንምድንጓይ ከኣ ግዜኡ ክመጽእ'ዩ ዝብል ተስፋ'ዩ ዝወልዶ።ግዜ ተውሂቡና ግዜ ምጽባይ ምድንጓይ የምጽእ።ኣብ ግዜ ንእስነት ሓጐስ፡ኣብ ግዝያዊ ምቾት ምትላል፡ንምድንጓይ ይወልድ።እወ ራእይ ወቕታዊ መልእኽቲ ኢዩ፡፡ሃጸይ ቴዎድሮስ ንኢትዮጲያ ሓንቲ ናይ ምኳን ራእይ ነበሮም፡እዚ ራኢአም ከኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ቀንዲ ጉዳይ ነበረ።ማርቲን ሉተር ኪንግ ማዕርነት ጸለምቲ ንምርኣይ ራኢኡ ነበረ፡ እዚ ራኢታት ግን ሎሚ ዘድሊ ኣይኮነን።ምኽንያቱ መሰል ጸለምቲ ተኸቢሩ ኢዩ፡ ኢትዮጵያ'ውን ሓንቲ ኮይና'ያ።ራእይ ጠቕሚ ዝኸውን ሰራሕተኛኡን እቲ ስራሕን ተጠቃሚ ወለዶ ክረኽቡ ከለዉ ጥራይ ኢዩ፡ስለዚ ምድንጓይ ኣይግባእን'ዩ።

ወለዶ ከም ሓደ ሓወልቲ ቆይሙ ዝነብር ዘይኮነስ ንኽሓልፍ ዝህወኽ ፉጡር ኢዩ። ዕድሜና'ውን ዝተሰፍረ ደኣ'ምበር ብሓይልና እንውሰኾ ኣይኮነን።ምስ እንዱንጉ ወለዶ የምልጠና፡ክንሰርሓሉ እንኽእል ግዜ ከኣ ይሓጽረና።ምድንጓይ ናይ ራእይ ዕንቅፋት'ዩ፡ ምድንጓይ ንምትራፍ ስለዝወልድ ኣብ ዕማምና ክንቅልጥፍ ይግበኣና።

9. ኮፍ ኢልካ ምሽቃል

※ ኣብ ናብራ ኣርባዕተ (4) ዓይነት ሰባት ኣለዉ፡-

1. ብዝኾነ ዘጋጠመ-ነገር እናተገረሙ ዝነብሩ ስምዒታውያን፡
2. ገንዘብ ኣዋህሊሎም ኣብ ሓጹር ተጋሪዶም ክነብሩ ዝደልዩ ስሱዓት፡
3. ፍልጠት ኣኻዕቢቶም ንምፍኻስ ዝህንደዱ ድኹማት፡
4. ራእይ ሒዞም ንጸልማት ዓለም ዘብርሁ ብሩሃት ልቢ ኢዮም።

“ኮፍ ኢልካ ምሽቓል” ዝፈትዉ ኣብ ናይ ፈለማ መደብ ዝርከቡ ስሚዒታውያን’ዮም።ንኹሉ ነገር ብምሕዛን ብግዚያዊ ረስኒ ዝፍጽሙዎ ዝመስሎም ኣብ ሂወት እናነበሩ ሂወት ዘይተረድኦም ኢዮም።“ዓቕሚ እንተዝነብረኒ ኔሩ” እናበሉ ብዘለዎም ዓቕሚ ካብ ምስራሕ ክህልዎም ንዘለዎ ኣየር እናመላለሱ ዝልውሁ፡ኣቤት ሓደ ሓው እንተዝርከብ እናበሉ መስዋዕቲ ዝኸውን ሰብ ዝናፍቑ፡ከምስሉ ንብዓት ሓርገጽ ዝነብዉ ሕሱራት ልቢ ኢዮም።ራእይ ጌና ብንግሁኡ ንነፍስና ከይፈለጥናያ ኣብ እዋን ህጻንነትና ዝተቐበልናዮ ኢዩ፡በዓል ራእይ ንምኻን ትምህርቲ ክሳብ እንውድእ ምጽባይ ኣየድልየናን’ዩ።ቤት ትምህርታት ራእይ ናይ ምሃብ ዓቕሚ የብለንን፡እኳ ደኣ ናይ ፈራሓትን ኮፍ ኢሎም ብትምኒት ዝዳኸሙ ወይ ተኸራኸርቲ ሰባት’የን ዘፍርያ።“ምምሃር ምፍላጥ ጥራይ ስለዘይኮነ” ምምሃር ምድንቋር ዝኾነሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ።ራእይ ሜላ ወይ መቕለሊ ናብራ ኣይኮነን፡ራእይ እግዚኣብሄር ንሰባት ብዝርኤሉ ዓይኒ ክትርኢ ምኽኣል’ዩ።ብእንሪኦ ካብ ምፍራድ ብልቢ ናይ ምርኣይ ክእለት’ዩ።ራእይ ንኽሰልጥ’ውን ብዙሕ ሰብ ኣየድልን’ዩ።

ንልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ዝኣክል ዝነበረ ብዝሒ ህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጽኦ ሙሴ ኢዩ፡ንከንኣን ዘእተዎም ከኣ ሓደ ኢያሱ ኢዩ።ራእይ ብዝሒ ሓይሊ ኣይጠልብን፡በትርን ቃል ኣምላኽን ጥራይ ንዕኡ እኹል’ዩ።ሙሴ በትር’ኻ ሓዝ ተባህለ፡ንኢያሱ ከኣ ቃል ተዋህቦ (ኢያ 1፡4)።ኮፍ ኢልካ ምሽቓል ዕንቅፋት ራእይ ኢዩ።ንኻልእ እናለዓዓልካ ምትራፍ ከኣ ዘይምፍላጥ’ዩ፡መስዋእትነት ካልእ ሰብ ምምዳብ’ውን ከንቱነት’ዩ።

10. መደብ ምብዛሕ

እግዚኣብሄር ፍሉጣት ሰባት ዘይኮነስ ጠቕምቲ ሰባት ክንከውን’ዩ ፈጢሩና።እግዚኣብሄር ንኹሉ ናይ ዓለም ሽግር ክንፈትሕ ስለዘይፈጠረና፡ዝተዋህበና ግቡእ ክንፍጽም ጥራይ ይግበኣና።ኢየሱስ ክርስቶስ ናብዚ ዓለም’ዚ ኣብ ዝመጸሉ ግዜ ዘርኣየና ኣብነታውነት ኣደናቒ’ዩ፡፡ኢየሱስ ክርስቶስ እናኸኣለ ዘይሰርሖም ነገራት ምስእንዝክር ድማ ክሰርሖ ዝግበኦ ኣነጻጺሩ ስለዝፈለጠ ምኻኑ ይርድኣና።መዕለቢኡ ዝረኣየ ብጐደና ደኣ ይኸይድ እምበር ኣብ መንገድታት ኣይዘውርን’ዩ።ምፍጣርና ዋጋ ክህልዎ ዝኽእል ንምን’ታይ ከምዝተፈጠርና ምስ እንፈልጥ’ዩ።ክንዲ ንፍልጠት እነጽንዖ ዝኣክል ንምኽንያት ምፍጣርና ከነጽንዕ ኣገዳሲ’ዩ፡ምኽንያቱ ንምን’ታይ ከምዝተፈጠርና ምርዳእ ዘሐጉስ ኢዩ።

ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ፡-መደብካ 80% እንተኾይኑ ውጽኢትካ 20% ይኸውን፡መደብካ 20% እንተኾይኑ ግና ውጽኢትካ 80% ይኸውን ይበሃል።መደባት እንተበዚሑ ውጽኢት ይውሕድ፡መደብ እንተውሒዱ ግን ውጽኢት ይበዝሕ።ብዙሓት ሰባት ብዙሕ መደባት’ዩ ዘለዎም፡ንኹሉ ክትንክፉ ከኣ’ዮም ዝደልዩ።ብዝተዘራረገ መደባቶም ከኣ ንዝተዘራረገ ሃብቲ የፍርዩ።መገድታት ብዘበለ ከኣ’ዮም ዝኸዱ እምበር ኣብ ዕላማ ከብጽሑም ዝኽእል መገዲ ኣይረኣዮምን ኢዩ።ሰብ ውጺኢታዊ ክኸውን ዝኽእል ብዙሕ ነገር ስለዝጅምር ኣይኮነን፡ ካብዚ ሓሊፉ ነቲ ሓደ ብብቕዓት ክዛዝሞ ክኽእል ከሎ ጥራይ’ዩ።ሃብታም ንምኻን’ውን ዓበይቲ ስርሓት ምጅማር ኣየድልን’ዩ፡ምኽንያቱ መርፍእ

ዘማጽኡ ሚልዮነራትን መትሓዚ መፍትሕ ዝሸጡ ሃብታማት'ውን ኣለዉ።ብዙሕ ጀሚርካ መደብካ ምብዛሕ ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኢዩ።

11. <u>ስምዒታውነት</u>

ሓደ መንእሰይ ምስ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ከምዝተዓራረኸ ነገረኒ፡እዚ ወዲ ብስጋዊ ፍልጠቱ ዝሓሸን ዝተማህረን'ዩ።ስጋዊ መግቢ ናይ ምርካብ ፍልጠት ደኣ'ምበር ንፍልጠት ናይ ህይወት ግን ጌና ነበረ።ኣብ ዓለምለ'ካዊ ትካል ስለዝሰርሕ ደሞዙ እኹል'ን ንሱ ዝዓግበሉን'ዩ ኔሩ።እዚ መንእሰይ ንዓርኩ ብጣዕሚ ከምዘፍቅራን ቅንዕናኣ ንምግላጽ ድማ ቃላት ይሓጽሮ ምኂኑን ነገረኒ፡-"ክንደይ ዝኣክል ግዜ ጸኒሕኩም፧"ምስ በልክዎ "ሰለስተ ወርሒ" በለኒ።ኣብ ሰለስተ ወርሒ ክንድዚ ዝኣክል ሰፊሕን ምዕሩይን ምስክርነት ምሃቡ ከኣ ኣተሓሳስበኒ።ብምቐጻል ከወልዱዎ ንዘለዎም ቆልዓ ዝኽደኖ ክዳን ከተስፍየሉ ደልያ ክዘራረቡ ከለዉ ከኣ ብቀይሕን ቀጠልያን ፈትሊ ከምዘይተሰማምዑ ምስነገረኒ ከምዘይቅንዩ ተረድኣኒ።ቁልዕነት ከይወዳእካ ቆልዓ ክትወልድ ምሕሳብ ብጣዕሚ ዘገርም'ዩ።ድሕሪ ክልተ ወርሒ ምስ ወዮ መንእሰይ ኣብ ሓደ ቦታ ተራኸብና፡እናተሰከፈ ጉድለታት ናይታ ጓል ዘርዚሩ ከምዝተፈላለዩ ነገረኒ።ድሕሪ ምፍልላዮም ሕጉስ ከምዘሎ'ውን ገለጸለይ።

ስምዒት ክንሪኦ ንዝግበኣና ንኸይንሪኦ ዝኽልክል፡ንነገራት ብሓቀኛ መልክዖም ዘይኮነ ብመስትያት ስምዒት ክንሪኦም ዝገብር መጋገዪ ጠባይ ኢዩ።ንስሚዒታውነት ሃብትን ትምህርትን ኣየትርፎን'ዩ፡እዚ ናይ ምንባር ቅልውላው ዝኾነ ስምዒት ብስሕለት መንፈስ ቅዱስ ይቕረጽ፡ብናይ ናብራ ጨንገር ከኣ ይተርፍ።ስምዒት ቀልጢፉ'ዩ ዝምስክር፡ቀልጢፉ ከኣ ይፈርድ።ስምዒት ትዕዝብቲ ስለዘይፈርሕ ዝፈተኹዎ ፍተዉ እናበለ ጽዕነት የሰክመካ።ዝጸላእኩዎ ዘይጸላእኩም ኢሉ ከኣ ይቕየመካ።ስምዒት ንበይኑ ንነገራት ከሰላስል ዘይክእል፡ብዘይ ጉድለ ምንባር ከም ሞት ዝቐጽር ባህርይ'ዩ።ከም ህበይ-በረኻ ተኸቢቡ ክወጽእን ክኣቱን ዝደሊ ናይ ህዋ ንግስነት'ዩ።

ስምዒት ኣብ ራእይ ዓቢ ዕንቅፋት'ዩ ዝፈጥር፡ንነገራት ከይተረደኣና ክንጅምሮን ከነቋርጸን ከኣ ይደፋፍኣና።ስምዒት እቲ ጠንቂ ካባይ'ዩ ካብ ምባል ኣብ ኩነታት፡ኣብ ራእይ፡ ኣብ ሰባት ከሳብብ ይፈቱ።ስምዒታውያን ንሓቂ ዘይኮኑስ ንክበሃለለይ ኢዮም ዝእዘዙ። ብስምዒት ክፉእ ምዝራብ፡ብስምዒት ቃል ምእታው፡ብስምዒት ምጅማር ቀጺልካ እንታይ ደኣ'የ ኮይነ ኢልካ ምጥዓስ ናይ ስምዒታውያን ስቓይ'ዩ።ስምዒት ጽቡቕ'ኳ እንተገበረ መሊሱ ስለዝሻቐል ኣብ ልቡ ሓጐስ፡ካብ እግዚኣብሄር ከኣ ዓስቢ የብሉን።ካብ ዕንቅፋታት ራእይ ሓደ ስምዒት'ዩ፡ ራእይ ዝጅምር ከኣ ስምዒት ተሓግሒጉ ምስዝጠፍእ ጥራይ'ዩ።

12. <u>ክትውስን ዘይምኽኣል</u>

"ኣብ ግዜኡ ዝተባህለ እምቢታ ክንዲ ሕራይ ምባል'ዩ" ይበሃል።ሕራይ እናበልካ ሰባት ክተዐሹ ካብ ምንባር እምቢ ኢልካ ቁርጺ ምንጋር ናይ ሰባት ግዜን ተስፋን ዘኽብር ስለዝኾነ ዓቢ ህያብ ኢዩ።ከም ፖለቲከኛታትን ዲፕሎማሰኛታትን ሕራይን እምብን ዘይብሉ ዘሸካዕልል ሂወት ምንባር ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ።"ቁርጺ የጽግብ" ከምዝበሃል፡ቁርጺ ውሳኔ ኣዕጋቢ መላሲ ምኂንካ ዝገልጽ መለለዩ ኢዩ።ሂወት ናትና ውሳኔ እትሓትት ኣካል'ያ፡ሓደ ካብ ክብርታት ሰብኣውነትና ክንውስን ምኽኣል'ዩ።ክውስን ዘይክእል ሰብ ድማ ነጻ ዘይኮነስ ባርያ ኢዩ።መብዛሕቲኦም ክውስኑ ዘይደልዩ ሰባት ካልኦት ሰባት

ከውስኑሎም ኢዮም ዝደልዩ።ካልኦት ኣብ ብዙሕ ነገራት ከውስኑልና'ኳ እንተኾኣሉ ንራእይን ነፍስናን ዝምልከት ግን ከውስኑልና ኣይክእሉን'ዮም።

ንውሳኔ ዘድልየና ናይ መጀመርታ ነገር ንሓቂ ምፍላጥ ኢዩ፡ቀጺሉ ናይ ቅኑዓትን ኣስተውዓልትን ሰባት ምኽሪ ምርካብ'ዩ።ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ፍቓድ እግዚኣብሄር ምሕታት'ዩ።ሓደ ሓደ ግዜ ንሓቂ ፈሊጥና ምውሳን ንሸገር ኢና፡ለውጢ ናይ ህይወት ግን ካብ ዝወሰንናሉ ሰዓት ጀሚሩ'ዩ ዝብገስ።ኣብ ራእይ ክትውስን ዘይምኽኣል ዓቢ ዕንቅፋት ኢዩ።ፍልጠት ቀሲሞም ጽናሕ ጽባሕ፡ጽናሕ ሎሚ ክብሉ መዓልቲ ከለዎም መዓልቲ ዝጽበዩ፡ውሳኔ ዘይብሎም ለፍለፍቲ ናይ መበራበሪ ድምጺ ዘይተኣወጀሎም፡ዘለዉ ዝመስሉ ግን ዝሞቱ ብዙሓት'ዮም።ናብ'ዚ ዓለምዚ ተመሊስና ኣይንመጽእን ኢና፡ምኽንያቱ ንሓልፍ ደኣ'ምበር ንነብር ኣይኮናን ዘሎና።ዓለም ናይ ኣቋራጭ መንገዲ ኢያ፡ኣብ ውሳኔ ዓለም እንተዘይወሲንና ኣበይ ክንውስን ደኣ ኢና፤ ሰማይ እሞ ናይ ውሳኔና ደሞዝ (ዓስቢ) እንቕበለላ ስፍራ ኢያ። ስለዚ ዘይምውሳን ዓቢ ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኢዩ።

13. ሓይሊ ንኹሉ ይሰርሕ'ዩ ኢልካ ምእማን

ገንዘብ ንሕቶ ገንዘብ ጥራይ'ዩ ዝምልስ፡ካብኡ ሓሊፉ ግን ገንዘብ ናይ ሰላምን ፍቕርን ርግኣትን ሕቶ ክምልስ ኣይክእል'ዩ።"ገንዘብ እንተሎ ብሰማይ መንገዲ ኣሎ" ስለዝበሃል ብገንዘብ መንግስተ ሰማይ ክወርሱ ዝሓስቡ ሰባት ብዙሓት ኢዮም።ብገንዘብ ጌርካ ብኣውሮፕላን ምኻድ ይከኣል'ዩ፡ናብ ሰማያዊ ቤት ክትኣቱ ግን ኣይከኣል'ዩ።ገንዘብ ኣብ ምድሪ'ውን እንተኾነ ዘየማልኦም ነገራት ብዙሓት ኢዮም።ብዙሓት ሰባት ብገንዘቦም ዋርድያ ክቕጽሩ ኪኢሎም'ዮም፡ውሽጣዊ ትብዓት ግን ክረኽቡ ኣይከኣሉን።ብገንዘቦም ብዙሓት ወደስቲ ኣዕሲቦም'ዮም፡ንናይ ሕልና ወቕሳ ምርሓቕ ግን ኣይከኣሉን።ብገንዘቦም ብዙሓት ሰራሕተኛታት ቆጺሮም'ዮም፡ውሑዳት ናይ ልቢ ፍቕሪ ዘለዎም ሰባት ግን ከትርፉ ኣይከኣሉን።ብገንዘቦም ብኣውሮፕላን ምብራር ኪኢሎም'ዮም፡ኣብ ጐደና ግና ብእግሮም ብትብዓት ክንቀሳቐሱ ኣይከኣሉን።ብገንዘብ ልስሉስ ፍርናሽ ክገዝኡ'ኳ እንተኾኣሉ፡ድቃስ ክገዝኡ ግን ኣይከኣሉን።ብገንዘቦም ፈላጣት ሓካይም ምርካብ'ኳ እንተኾኣሉ፡ጥዕና ግን ክረኽቡ ኣይከኣሉን።ገንዘብ ናይ ንብረት ሕቶ ደኣ'ምበር ንመንፈሳዊ ሕቶ ክምልስ ኣይክእልን'ዩ፡ ዓቕምን ብቕዓትን ከኣ የብሉን።ዓቕሚ እንተዝህልወኒ ከምዚ ዝበለ ራእይ ነይሩኒ እናበሉ ዝዛረቡ ሰባት ኣለዉ፡ራእይ ብሓይሊ ጥራይ ክነብር ከምዝኽእል ኮይኑ ከኣ'ዩ ዝመስሎም።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓቢ በዓል ራእይ ነበረ፡እንተኾነ ርእሱ ዘጸግዓሉ ገዛ'ኳ ኣይነበሮን።ንደቀ-መዛሙርቱ ኣብ ዕዳጋን ኣብ ሕርሻን እናመሃረ ከኣ ኣሰልጠኖም።መዘኻኸሪ ሓዙ ኢሉዎም ኣይፈልጥን እንተኾነ ትምህርቱ ካብ ልቦም ኣይጠፍእን ነበረ።መራሒ መደብ ኣይነበሮን መደባቱ ግን ተዘራሪጉ ኣይፈልጥን ነበረ።ኣገልግሎት ኣብ ንብረት ዘይኮነ ኣብ ጸጋ ጥራይ ኢዩ ዝምስረት።ራእይ'ውን ኣገልግሎትን ክንሰርሖ ዝተመደበ ዕዮን ኢዩ፡መሰረት ራእይ ከኣ ጸጋ ጥራይ ኢዩ።ራእይ ዓቕሚ ስለዘሎ ኣይኮነን ዝመጽእ፡ብዙሓት ሰብ-ዓቕሚ ንሰብ ራእይ ከጥፍኡ ክጓየዩ ንሪኦም ኢና፡ሰብ ራእይ ግን ነቶም ሰብ-ዓቕሚ መገዲ ይሕብሩ።

14. ስስዕቲ

ልዕሊ ዝሓለፈ ወለዶታት ናይ ምብላዕ ድለየትና ኣይወሰኽን፡እኳ ደኣ ጐዲሉ'ዩ ዘሎ።ሓካይም'ውን ዋርድያታት ናይ መግቢ ኮይኖም ገደብ ጌሮምልና ኢዮም፡እንተኾነ ካብ ዝሓለፈ ዘመን ንላዕሊ ኣብ ስስዕቲ ኢና እንርከብ።ዝብላዕ ውሑድ፡እቲ ጭንቀት ግን ብዙሕ'ዩ።ብመስኮት ተለቭዥን ዝቐርቡ ሓበሬታታት ንመንፈስ ናይ ሰብ ናብ ዘይፈልጦ ጉያ ጸምቢሮሞ ኢዮም።ኣብ ገዛና ዝዓደምናዮም ኣጋይሽ ንኽነዕልሎም እንጥቀመሉ እቲ ቀንዲ ኣርእስቲ መደብ-ተለቪዥን ኢዩ።መብዛሕትኡ ሰብ ብምዕባለ ንዓለም-ምሉእ ቀዲሙ ንበይኑ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መስመር ዘሎ ኮይኑ'ዩ ዝመስሎ።መንፈሱ ይጐዪ'ኳ እንተኾነ ናብ ዝኾነ ቦታ ግን ኣይተንቀሳቐስን።ካብቶም ኣብ ተለቭዥን ዝረኣዩ ሓበሬታታት 99% ኣይንጥቀመሎምን ኢና፡እንተኾነ ግን ብልብና ኢና እንከታተሎም፡ኣብ ገዛና'ኳ ከይተረፈ ገዛእ ርእስና ክንርኢ ኣይከኣልናን።ኣብ መደቀሲ ክፍሊ ገዛእ ርእስና'ኳ እንተረኣና ኣብቲ መዕረፊ ክፍሊ ግን ብዙሓት ጋዜጠኛታት ወረ ሰኒቕም'ዮም ዝጽበዩና።

ካብ ገዛና ምስ ወጻእና ድማ ኣብ ዓበይቲ ሓጻዊን ዝተለጠፉ ሓበሬታታት ኣብ ጎደና ናይ ምሕሳብ ነጻነትና ገፊፎምና'ዮም።ብዛዕባ ቢራ ሓሲብና ከይወዳእና ብዛዕባ ለስላሳ ቀጺሉ ብዛዕባ መገዲ-ኣየር ንርኢ።ንዓና ዘይምልከቱ ግን ከኣ ኣይንለቀኩምን ዝብሉና ናይ ምሕሳብ ናጽነትና ዝገፈፉና ብዙሓት ትርኢታት ናይ ሓሶት መነባብሮ እምበኣር፡ምስ ገዛእ ርእስና ናይ ምርኻብ ዕድል ዘይብልና እነሕዝን ሰባት'ዮም ጌሮምና።መወዳእታ ናይዞም ትርኢታት'ዚኣም መንነቱ ናብ ዘይርድኣና ናይ ሕልና ፊልሚን ናብ ዝኸፍኡ ስስዕትን ኣሕሊፉ'ዩ ሂቡና።ልቡን ኣካሉን ብሕብረት ጠሚሩ ክንቀሳቐስ እንረኽቦ ሰብ'ውን ኣዝዩ ውሑድ'ዩ።ብእኡ መጠን ከኣ ዝተረጋገአ መንነት ዘለዎ ሰብ እናወሓደ ይኸይድ ኣሎ፡ስለዚ ናይ መብዛሕቲኡ ገጽ-ሰብ ከኣ ተጨማዲዱ ኢኻ እትሪኦ፡ሰሓቕ ደኣ'ምበር ሓጎስ ግን ጠቕሊሉ'ዩ ስኢኑዎ።

ስስዕቲ ሓደ ዕንቅፋት ራእይ ኢዩ፡ኣብ ሃገርና "እናጎየዩ ዝተዓጥቁዎ እናጎየዩ ይፍታሕ" ይበሃል፡ስለዚ ቅድሚ ምጉያይ ደው ናይ ምባል ዋጋ ከፊልካ ብግቡእ ምዕጣቕ'ዩ ዝግባእ።ከምኡ ከይሓሰቡ ንምዝራብ ዝህወኹ፡ነቲ መልእኽቲ ብግቡእ ከይሰምዑ ከበጻጽሑ ዝህወኹ፡ኣብ ሰብነቶም እግሪ ናይ ምልዓል ደኣ'ምበር ርእሲ ናይ ምልዓል ዓቕሚ ዝሰኣኑ ወገናት ብዙሓት'ዮም።ራእይ ንእግሪ ከመርሑ ከሎ መፈጸምትኡ ይጽብቕ፡እግሪ ቀዲሙ ራእይ ድሒሩ ምስዝስዕብ ግን ውጽኢቱ ክሳራ ምስካም ይኸውን።ግቡእ ናይ እግሪ ምትግባር-ራእይ ደኣ'ምበር ራእይ ምፍጣር ኣይኮነን፡ስለዚ እግሪ ልኡኽ ክኸውን ከሎ ራእይ ግን እቲ መልእኽቲ ኢዩ።

15. ግዝያዊ ስምዒት

ኣብ ዝተሰምዐ ክጽምበሩ ዝፈትዉ፡ንሓድሽ ፖለቲካ፡ንሓድሽ ሃይማኖት፡ንሓድሽ ሰባኺ፡ንሓድሽ ጸበል ኣድነቕቲ ዝኾኑ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።ብዛዕባ ጉያ ክዝረብ ዕጥቂ ገዚኣም ክጐዩ ዝጅምሩ፡ብዛዕባ ፖሎቲካ ክለዓል ከሎ ጐደና ዓጽዮም ምሕላፍ ዝኸልኡ፡ምእንቲ ፍትሒ ኣድማ ምሕሳም መግቢ ክግበር ከሎ ክሳብ ሰዓት 6 ዝጸንሑ፡ድሕሪ ሰዓት 6 "ተሰማሚዕካ ምንባር'ዩ ዝሓይሸ" ኢሎም ባዕሎም ዝሸምገሉ፡ናይ ሃይማኖት ስብከት ክመሓላለፍ ከሎ ባንዴራ ለቢሶም ዘኣንግዱ (ዝቐበሉ)፡ሰላማዊ ሰልፊ ክሪኡ ዘሊሎም ኣትዮም ፈኸራ ዘስምዑ፡ካብ ማእከል እቲ ሰልፊ ኣብ ክዳኖም ማክያ

(ርስሓት) ክነግፉ ዝወጹ፡ብኽያት ክገጥሞም ከሎ ጸሊም ለቢሶም ዋይ-ዋይ ዝብሉ፡ዝስዕስዕ ከሐጉሶም ከሎ ኣብ ክሳዶም ዘሎ ኣዋርኞ ናይ ሰብ ኣውጺኦም ዝስልሙ፡ብዘይ መስዋኣቲ ከይተዋግኡ ዝስዕሩ ኮይኑ ዝስምዖም፡ንብረት ሰብ ኣብ ምዕዳል ዝልውሁ፡መልክዕ ሪኦም ዝምርዓዉ፡ኣብ ሓዳር ምስበጽሑ ቀልጢፎም ዝጠፍኡ፡ኩሉን ኣብ ኩሉን ምኽን ዝምስጦም፡ብደጊኦም ሰብ ዝማርኹ ምስኦም ንዝነብር ግን ከም ሬሳታት ሰኽም ዝኾኑ፡ብግዝያዊ ሙቐት ዝሸባሸቡ ሰባት ብዙሓት'ዮም።

በዚ ኣመል'ዚ ራእይ ጀሚሮም ክቕጽሉ ዘይከኣሉ ሰባት ብዙሓት'ዮም።ምኽንያቱ ራእይ ቀዋሚ ኣድራሻ'ዩ ዝደሊ፡ቀዋሚ ቤት ጽሕፈት ዘይኮነስ ቀዋሚ ልቢ'ዩ ዝደሊ።ስለዚ ኣብ ጸጽባሕ ኣፍሪሶም ዘዐርዩ ዘበሉ ሰብ-ራእይ ክኾኑ ኣይክእሉን'ዮም።ናይ ብሓቂ ከኣ ግዝያዊ ስምዒት ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኢዩ።ሰብ ብመስተ ጥራይ ኣይኮነን ዝሰክር፡እንታይ ደኣ ብስምዒት'ውን ይሰክር'ዩ።እዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ከኣ ዘዝተመርጸ ንዓይ ዝብሉ፡ኩሉ ሰብ ንዕኦም ከምዝተፈጥረ ጌሮም ዝግምቱ፡ከም ጨው ኣብ ዝኾዱዎ ሓቂቕም ዝተርፉ፡ተስፋ ዝተመልኡ ዝመስሉ ናይ ተስፍኦም ሓይሊ ግን ድኻም ዝዓብለሎ ወገናት ኢዮም።ስለዚ እምበኣር እዚ ባህሪ'ዚ ዓቢ ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኢዩ።

16.<u>ምምኽናይ</u>

ምኽንያታውነት ኣብ ገነት ዝጀመረ ባህሪ ሰብ'ዩ (ዘፍ 3፡12-13)።ንዝተኸስቱ ጉድለታት ሓላፍነት ዘይምውሳድ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ባህሪ ሰብ ኮነ።ወድ-ሰብ ንዘይሰርሖ ጽቡቕ ስራሕ ናቱ ጌሩ ከውሪ ከሎ፡ንዝሰርሖ ክፉእ ስራሕ ግን መቓቒሉ ንባዕሉ ንእሽቶ ብጽሒት ክወስድ'ዩ ዝፈቱ።ብዙሓት ሰባት ራእይ ንምጅማር ኢሎም ብድድ ክብሉ ከለዉ ምኽንያት ንምዝላቕ ዕንቅፋት ይኾኖም'ዩ።ራኢኦም ክጅምሩ ብዘይምድላይ ዘምጽኡዎ ምኽንያት፡-ጥዕናይ፡ሓይለይ፡ሓዳረይ፡ትምህርተይ፡ተቐዳዲመ ጀሚረ እንተቋረጽኩዎ'ኽ፤ሰባት እንተዘይተቐበሉኒ'ኽ፤. . ወዘተ ዝብል ኢዩ።ራኢኦም ጀሚሮም ንዘይምፍጻም ዘቕርብዎ ምኽንያት ከኣ፡-በዓል እገሌ ልዕሌና ደኺሞም እንታይ ረኺቦም፤ተቓወምትና ኣዚዮም ይብርትዑ ኣለዉ፡እቲ ጸገም ይዛይድ ኣሎ፡ዝደኽምናሎም እንታይ ጥዑይ መልሲ ረኺብናሎም፤ . . .ወዘተ ዝብል'ዩ።

ኣብ ራእይ እቲ ከም ምኽንያት እነቕርቦ ነገራት፡ራእይ ንምፍጻም ጥራይ ደኣ'ምበር ንዘይምፍጻም ምኽንያት ኮይኑ ክቕርብ ግን ብቕዓት የብሉን።ኣብ ራእይና ተፈላጥነት ድሕሪ ምርካብና፡ድሒርና ብዘይ ራእይ ክንከውን ከለና ተቐባልነት ኣይንረክብን ኢና።ኣብ ዙርያና ዘሎ ግፍዒ'ኳ እንተወሰኽ፡ምሳና ሓቢሮም ዝሰርሑ'ውን ሃካያት እንተኾኑ፡ንሕና ጥራይ እንጐዱ ዘለና ኮይኑ ኣብ ዝስምዓና እዋን ንቕድሚት ክንግስግስ ጥራይ'ዩ ዝግበኣና።ስለዚ ራእይ ኣይኮነን ብምኽንያት ብሰይፊ'ውን ኣይቋረጽን ኢዩ።

17. <u>ብውሑድ ምዕጋብ</u>

ካብቶም ኣብ ራእይ ዝገጥሙና ሕልኽላኻት ሓደ ብንእሽቶ ነገር ምዕጋብ'ዩ።ነኣሽቱ ግዝኣታት ክትቆጻጸር ከለኻ ባንዴራ ሰቒልካ ከተብዕል ምሕሳብ፡ውሑዳት ሰባት ክቀባበሉኻ እኹል'ዩ ኢልካ ተዛኒኻ ኮፍ ምባል፡ንዝተወሰኑ ወገናት ክትነብር ስለዝኽልኣካ ነዚ እናተረኽካ ምንባር ዓቢ ዕንቅፋት ናይ ራእይ'ዩ።ብንእሽቶ ነገር ዝዓግቡ ሰባት ካብ ጸልማት ብምውጽኦም ይዓግቡ፡እንተኾነ ምሉእ ብምሉእ ብርሃን ከይሓዙ'ዮም ዝዛነዩ።ካብ ግብጺ ብምውጽኦም ይዝምሩ፡ከነኣን ንምእታው ግን ይህከዩ።ብውሑድ ምስእንዓግብ ብርሃንና

ናብ ጸልማት ክልወጥ፡ናጽነትና ናብ ባርነት ክቐየር ይኽእል’ዩ።ብንእሽቶ ዓወት ዝዓግቡ ሰባት ድሕሪ’ቲ ንእሽቶ ነገር ክጋደሉ ኣይፈትዉን፡ዝበለጸ ነገር ንምርኣይ’ውን ኣይህወኹን’ዮም።እዚኣም ብንእሽቶ ዓወት እናዓገቡ ምቕጻል ምስተሳእኖም ናብቲ ዝነበርዎ ባርነት ክምለሱ ይደልዩ።ቀሊል ኮይኑ ዝስምዖም ጥራይ ይገብሩ ደኣ’ምበር ሓቂ ኣበይ ኣላ፧ ኣይብሉን ኢዮም።

ሓደ ጥቕሲ ሒዞም ዝዋግኡ ተመሃሮ፡ውሑድ ፍልጠት ጨቢጦም ንመምህራኖም ዝንዕቁ ደቀ መዛሙርቲ፡ውሱን ሃብቲ ደሊቦም ንኣሕሉቕም ዘዋርዱ ሓደስቲ ቅዳሓት፡ሓደ ንእሽቶ ነገር ሰፍዮም ንዕኡ ክትርኹ ዝነብሩ ሰብ ራእይ ብንእሽቶ ዝዓግቡ ኢዮም።ብኽምዚ ምዕጋቦም ናብ ምርግጋእ ይልወጥ’ሞ ሓደገኛታት ይኾኑ።እወ ታሪኽም፡ዝማረኹዎ ግንባር፡ዘሕለፍዎ ቁዘማ እናተረኹ ንሓድሽ እዝኒ ከስደምሙ ይነብሩ፡ንዝለመዶም ግና የሰልችዉ።እወ ብንእሽቶ ምዕጋብ ዕንቅፋት ናይ ራእይ ኢዩ።

18. ክትጽገም ዘይምድላይ

ንሓቂ ዘይኮነስ ንምኾት ዝተፈጠሩ ኮይኑ ዝስምዖም ሰባት ብዙሓት’ዮም።ንሓቂ ክደልዩዋ ከለዉ’ውን ህርፋኖም ምኾት ንምስትምቓር’ዩ።ኣብዚ ዘመን’ዚ ብዙሓት ኣመንቲ ንቤተ ክርስትያን ይውሕዙ ኢዮም፡መብዛሕትኦም ግን ናይ ቅብጥሮት ስብከታት ተኸተልቲ ኢዮም።ንሎሚ ንምርሳዕ ደኣ እምበር ካብ ሓጢኣት ንምፍዋስ ሓሳብ ዝበሃል የብሎምን።ዝዛረቡዎ ኮነ ክሰምዕዎ ዝደልዩ ናይ ሕንቃቕ ወረታት’ዩ።ሕይል ንዝበሉ ናይ ሂወት ሓቅታት ክዛረቡ ኮነ ክሰምዑ ኣይደልዩን’ዮም፡ሕይል ዝበለ ነገር ካብ ምውራይ ላዕለ ላዕሊ ምንባር፡ስጋኡ ካብ ምብላዕ መረቕ ምስታይ፡ሕንባሽኡ ካብ ምጽጋብ ሕምባሻ ምልሓስ፡ናብ ግዝኣት ካብ ምሕላፍ ኣብ ዶባት ምዝዋር’ዮም ዝፈትዉ።ጸገማት ሰባት ክሰምዑ ስለዘይደልዩ ክሕግዙ ኣይክእሉን’ዮም።ንግስቲ ዓዲ ኢንግሊዝ ህዝቢ ጠምዩ ምስ በሉዋ፡“ንምንታይ’ከ ኣይስክሬም (Icecream) ዘይበልዑ፡ክሰኣን ክሰኣን ኣይስክሬም’ዶ ይሰኣን’ዩ በለት ይበሃል።ንሳ ጎዲልዋ ስለዘይፈልጥ ንስእነት ክትርድኣ ኣይከኣለትን።ዝወሓደ ወጻኢኣ ናይ ኣይስክሬም ክፍሊት ኢዩ፡ንኹሉ ከም ባዕላ ስለዝረኣየቶ ከኣ ፈጺማ ክትሓዝን ኣይከኣለትን።

ክሸገሩ ዘይደልዩ ሰባት ሰብ ራእይ ክኾኑ ፍጹም ኣይክእሉን’ዮም።ንራእይ ኮነ ንዝኾነ ካልእ ጽቡቕ ነገር ዝስዕብዎ ከኣ ዋጋ ክሳብ ዘየኽፈሎም ጥራይ’ዩ።እንተኾነ ራእይ ግን ብባህሪኡ ዋጋ’ዩ ዘኽፍል።ዝኾነ ይኹን ናይ ዘመን ምዕባለ ንናይ ራእይ ዋጋ ከትርፎ ኣይክእልን’ዩ።ንራእይ እናፈተና ንዝሓቶ ዋጋ ምኽፋል ክንጸልእ ኣይግባእን’ዩ፡“ሰብኣይ ደሊኺ ጭሕምን ጸሊእኪ” ከምዝበሃል ድማ ኢዩ።ጭሕሚ ዘይብሉ ወዲ ክትረክብ ከቢድ ከም ምኺኑ፡ንራእይ ድማ ዋጋ ብዘይምኽፋል ክትረኽቦ ኣዚዩ ከቢድ’ዩ።ክጽገሙ ዘይደልዩ ሰባት እምበኣር ናይ ራእይ ሰባት ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም።

19. ሕሉፍ ታሪኽን ልምድን

ክርስትና ንቕድሚት እንጐዓዘሉ ናይ ቆራጽነት ጎደና’ዩ።ናይ ኩላትና ዝሓለፈ ታሪኽና ክንሪኣ ከለና ዘኹርዕን ብርሃን ዝለበሰን ኣይኮነን።ብዙሕ ናይ ጸልማት መጋረጃታት፡ብዘይ ፍላጥ ዝተሰከምናዮም ነገራት ሓደ ሓደ ግዜ ርእሲ ዘድንን ታሪኽ ኮይኖም ይዝከሩና ኢዮም።ታሪኽና ንዓና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዙርያና ንዘለዉ’ውን ቅሉዕ ክኸውን ይኽእል’ዩ።ሓቀኛ ነባሪ ግን ካብ ትማሊ ደኣ ይመሃር እምበር ብትማሊ ከስቆርቁር

ኣይነብርን’ዩ።ኣብ ታሪኽ ምድንጓይ ከኣ ኣብ ሓመድ ምንግርጋር’ዩ።ናይ ትማሊ መዓልቲ ኣብ ሎሚ ኣምጺእና መሊስና ክንነብረላ ወይ ከነመዓራርያ ፈጺምና ኣይንኽእልን ኢና።ሎሚ ምልዋጥ ግን ንናይ ትማሊ ጉድለት ምኽሓስ’ዩ።ነዚ ታሪኽ’ዚ ሒዘ ከመይ ኢለ በዓል ራእይ ክኸውን’የ ዝብሉ ብዙሓት’ዮም።ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሕማቕ ታሪኽ እንተሊዩና፡ናትና ናይ ኣደባባይ ንስሓ ዝጽበዮ’ውን ብዙሓት ካብ ኮኑ፡ብግላዊ ታሪኽና ራእይና መታን ከይሰናኸል ናይ ኣደባባይ ንስሓ ክንፍጽም ይግበኣና።ራእይ’ኳ እንተዘይነብረና ንስሓ ምእታው ሓደ ራእይና ክኸውን ይግበኣ።

ንራእይና ዕንቅፋት ክኾኖ ዝኽእል ታሪኽና ጥራይ ዘይኮነ ልምድና’ውን’ዩ።ብኽብሪ ምንባር እንተደኣ ለሚድና ኣብ ራእይ ግን ብኣንጻሩ ኣኽበርቲ ክንከውን ክንግደድ ኢና።መሰልና ንምኽባር ጥራይ ንነብር ዝነበርና ብኽብርና ተኻቲዕና ዘይንፈልጥ ሰባት ክንከውን ክንክእል ኢና።ጠጥዑሙ ምብላዕ ዝለመድና፡ክሳብ ዝመውት ካብ መኣደይ እዚ መግቢ ኣይጠፍእን ኢልና እንፍክር ዝነበርና፡ድሒርና ግን ራእይ ሙማት ከምዝሓትት ክንርዳእ ክንክእል ኢና።ስለዚ ንራእይ ዕንቅፋት ክኾኖ ዝኽእል ልምድና ክነወግዶ ኣለና።

20.ግዜ ዘይምሃብ

ራእይ ዘይደልዮ ነገር ጥራይ ዘይኮነ ዝደልዮ ነገር’ውን ኣሎ፡ንዕንቅፋት ምጥንቃቕ ጥራይ ስለዘይኣክል እንስውኦ ነገር’ውን ኣሎ።ንራእይ ዘይግባእ ነገራት ኣጽኒዕና ብዛዕባ እቶም ዘድልዩ ነገራት ከይፈለጥና ስቕ ምስእንብል ራእይ ዝተማልአ ኣይከውንን’ዩ።ማለት ክኸውን ዘለዎ ነገር እንተተረሲዑ እቲ ድኻም ብላሽ’ዩ።ንሕማቕ ኣልዩ (ኣጽርዩ) ንጽቡቕ ዘየእተወ ባዶ ከምዝኾነ ቤት ከኣ ኢዩ ዝቑጸር።ኣብ ዓለም ድማ ከም ባዶ ምኻን ዘፍርሕ ፍጹም የለን (ማቴ 12:43-45)።

ራእይ ዘድልዮ ቀንዲ ነገር ግዜ ኢዩ፡እግዚኣብሄር ካብ ዝሃበና ቀንዲ ህያባት’ውን ግዜ ኢዩ።ንራእይ ግዜ ምሃብ ድማ ዓቢ ባጀት ምስላዕ’ዩ።ግዜ ምስዝህሉ እንሰርሑ ይረኣየና፡ ዝተረፈና ከኣ ንፈልጥ።ግዜ ምስዝህሉ ንራእይ ክንዕዘብ ንኽእል።ናይዚ ዓለም’ዚ ናብራና ብግዜ ዝተዓቀነ ኢዩ፡ንጥፈታትና ድማ ኣብ ውሽጢ ግዜ ኢና እነሳልጦም።ንጥፈታትና ንምትግባር ጥራይ ዘይኮነ ምስ እግዚኣብሄር’ውን ኣብ ውሽጢ ግዜ ኢና እንራኽብ። ብተመሳሳሊ ምንባርና ኣብ መንጐ ሂወትን ሞትን ብመጻብዐ ከም ምሕላፍ ስለዝኾነ ግዜ ንሂወት ዓቢ ነገር ኢዩ።ጥበበኛ ሰለሞን ምቅይያር ናይ ዓለም ኣብ ዝገለጸሉ ኣንቀጽ፥-“ንኹሉ ግዜ ኣለዎ”በለ (መክ 3:1)።ንኹሉ ግዜ ካብ ሃለዎ፡ንዘይንደልዮ ውድቀትን መስበርትን ግዜ ኣለዎ፡ነቲ ክንደልዮ ዝግበኣና ራእይ ድማ ግዜ ወሳኒ ኢዩ።ግዜና ኣብ ራእይ እንተዘይውዒሉ ንኻልእ ክፉእ ነገር ክውዕል ናይ ግድን’ዩ፡ስለዚ ግዜ ክነኽብሮ ዘለና መቕረት ናይ ዕድመ ኢዩ።ግዜ እንተዘይሰራሕናሉ ግና ግዜ ባዕሉ ተመሊሱ ሰሪሑና ክሓልፍ ይኽእል ኢዩ።

ራእይ ህይወትናን ኣገልግሎትናን ገንዘብናን’ዩ ዝጠልብ።ገንዘብ ናይ ኣገልግሎት፡ ኣገልግሎት’ውን ናይ ሂወት ተካኢ ኣይኮነን።እዞም ዝተጠቕሱ ነገራት በብተርኡም’ዮም ዘድልዩና።ኣገልግሎት እንብሎ ግዜ ምሃብ’ዩ፡ንራእይና ገንዘብ መዲብና ግዜ እንነፍገሉ ክንከውን ፍጹም ኣይግባእን’ዩ።እኳ ደኣ ኣብ ዝሓልፍ ዕድመ ዘይሓልፍ ነገር ንምስራሕ ክንብገስ ኣለና።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ብዙሓት ናይ ግዜ መሳኪን'ዮም ዘለዉ፡ዝሓስቡዎ ስለዝበዝሕ ከኣ ውድኢቱ እናወሓደ ይመጽእ።ደድሕሪ ክልተ ክንዮ ንሓደ ምሓዝ ተሳኢኑዎም ናይ ግዜ ክብርን ኣጠቓቕማን ብዘይምፍላጥ ግዜኦም የባኽኑ።ጉድለት ዘይብሉ ህያብ እግዚኣብሄር እንተልዩ ግዜ ኢዩ።ግዜ ክቡር ምኺኑ ጥራይ ዘይኮነ እግዚኣብሔር ጥራይ ዝህበና ህያብ'ውን'ዩ።ንግዜ ምጥቃምን ምምጣጥን ክልቲኡ ይከኣል'ዩ።እዚ ከኣ ኣብ ኢድና ዘሎ ዕድልን ምርጫን ኢዩ።ራእይ ኣለኒ እንተኾነ ግዜ የብለይን ዝብሉ ሰባት ይህልዉ ኢዮም።ግዜ ተዋሂብዎም ከዕነንዩ ዝመስዮም፡ዝሰርሑ እናመሰሎም ገዛእ-ርእሶም ከታልሉ ዝውዕሉ ይህልዉ'ዮም።ግዜ ምስኣንን ግዜ ምብኻንን ክልቲኡ ዓቢ ጸገም'ዩ፡ግዜ ምሉእ ህያብ እግዚኣብሔር ካብ ኮነ ብኸመይ ክሓጽረና ይኽእል፤ግዜ የብለይን ምባል'ከ ሓቀኛ ቃል ዲዩ፤ ናብ ዝረኣኻዮ ብምጉያይ ብዘይዕረፍቲ ምንባር ፍቓድ እግዚኣብሔር ድዩ፤ኢልና ክንሓትት ይግበኣና።ንፍቕሪ ምስ ገንዘብ ንራእይ ከኣ ምስ ንብረት ዘወዳድሩ ዘረባኡም ዘበለ ሕሳብ ስለዝኾነ ከኣ ንፍቕርን ንራእይን ግዜ ክህልዎም ኣይክእልን'ዩ።ብሓቂ ከኣ ከም ጽቡቕ ነገር ግዜ ዝሓትት ነገር ፈጺሙ የለን።

ኣብ ሕጸን ሓዳርን ሃጓፍ ዝፍጠር ግዜ ብዘይምሃብ'ዩ።ራእይ'ውን ግዜ ብምስኣን ስምብራት ክገጥሞ ይኽእል'ዩ።ኣብዚ ዘመን'ዚ ሰይጣን ንሰባት ናይ ግዜ መሳኪን እናገበሮም ይርከብ፡ዓለም'ውን ግዜ ክትጠልብ ከላ ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ግዜ ከምዘይተርፈና ብምግባር'ያ ትጥቀመሉ።ስለዚ ንግዜ ብዝተለምደ ኣካይዳ ጥራይ ዘይኮነ መስዋእትነት ወሲኽና ኢና ክንረኽቦ እንኽእል።

ራእይ ገንዘብን ሓይልን ብምድላው (ብምቕራብ) ዘይኮነ ሂወት ብምቕራብ'ዩ ዝጅመር።ስለዚ ሂወት ዝቕረበ ግዚኡን ጥቕሙን ንምግዳፍ ኣይፍተንን'ዩ።ወርቂ ዝሃበ ብነሓስ ከምዘይጠራጠር፡ዝበለጸ ዝቕረበ ድማ ብዝነኣሰ ኣይጠራጠርን'ዩ።ጠቕላላ ግዜ ከምዘይብሎም ዝዛረቡ ሰባት ኣለዉ፡ገሊኦም ግዜኦም ኣብ ዘይረብሕ ብምብኻን'ዮም ከምዚ ዚብሉ።ካልኦት ድማ ገዛእ ርእሶምን ግቡኦምን ፈልዮም ብዘይምፍላጦምን ግዜ የብለይን ምባል ምዕባለ ስለዝመሰሎምን ግዜ የብልናን ይብሉ።ገሊኦም ከኣ ውሳኔ ኣብ ዘይገበሩሉ ነገር ግዜኦም ይውዳእ፡ምኽንያቱ ግዜ እንተዘይተጠቒምካሉ ይውዳእ'ዩ።ግዜ ንዝተጠቐሙሉ ካብ ኣድማስ ይርሕቕ፡ካብ ባሕሪ ይዓሙቕ፡ካብ ሰማይ ይሰፍሕ።

ንሕና ኣድለይቲ እንኾነሉ ቦታ ፈሊና ምፍላጥን ንዕኡ ግዜ ምምዳብን ዝበለጸ ትዕድልቲ ኢዩ።ከምኡ'ውን ንእነድልዮ ውጽኢታውያን እንኾነሉ ግዜ ኣሎ።ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ካብ ደቀመዛሙርቱ "ጐይታይ ከይደ ነቦይ ቀቢረዮ ክመጽእ ፍቕደለይ ምስ በሎ ጎይታ ከኣ ሙታት ንሙታት ይቕበሩዎም" በሎ (ማቴ 8:21-22)።ጐይታ ከምዚ ምባሉ"ስርዓት ናይ ብኽያትን ኣገናንዛ ሬሳን ናይ ቀብሪ መርሃ ግብርን ዘበለ ካባኻ ንላዕሊ ዝፈልጡን ዘነባብሩን ኣለዉ፡ኬድካን ኣይከድካን ሓደ'ዩ፡ውጽኢት ናብ እትስእነሉ ቦታ ኬድካ ግዜኻ ኣይተጥፍእ።ብዝበለጸ ድማ ንስኻ ኣብ ዘይትህልወሉ ብውክልና ንዘይስራሕ ናይ ነፍሲ ስራሕ ፍለጥ" ማለቱ ኢዩ።ኣብ ካልእ ቦታ ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ሓደ'ኳ ክዓየላ ዘይከኣሎ ለይቲ ትመጽእ ኣላሞ፡መዓልቲ ከላ ግብሪ እቲ ዝለኣኸኒ ክሰርሕ ይግበኣኒ'ዩ" በለ(ዩሃ 9:4)።መዓልቲ ዝበሎ ንዕድል'ዩ።ዕድልን ቅኑዕ ንጉስን ከለዉ ምትጋህ ኣገዳሲ'ዩ።ንጉስን ናይ ግዜ ዕድልን ምጥቃም ግቡእ'ዩ፡ምኽንያቱ ቀልጢፎም ክሓልፉ ስለዝኽእሉ'ዮም።ጎይታ ሓደ'ኳ ክዓየላ ዘይከኣሎ ግዜ ትመጽእ ኣላ በለ።ኣብ ብዙሓት ሰባት ዝፍጠር ሻቕሎት ክዓዩሉ ኣብ ዝኽእልሉ ግዜ ዘይገበርዎ ክዓዩሉ ኣብ ዘይክእልሉ ግዜ ስለዝዝክርዎ'ዮም።ንግዜ ከመ ምኽሳር ዝበለ ዕሽነት ከኣ ፈጺሙ የለን።

ብዛዕባ ግዜን ሰዓትን ደቒቕን ዘይሓስብ ሰብ ብዛዕባ ዕድመ ኣዝዩ'ዩ ዝጭነቕ።ደቒቕን ሰዓትን ተዋህሊሎም ዕድመ ምኽኖም ዝሓስብ ሰብ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ።ኣብ ሃገርና ንንጉስ ሽሕ ዓመት ንገስ ከም ዝባሃል መንእሰይ ውን ከም ማቱሳላ ዕድሜኻ የንውሓዮ ክባሃል'ዩ ዝምነ።ከምኡ ኸኣ ናይ ዝበዝሐ ሰብ ምጽዋት ነዊሕ ዕድመ ዝህብ ምርቓ ንምስማዕ'ዩ።ዕድመ ዝምነዩ ንምልዋጥ ዝሓስብዎ ብቐጸራ እንበር ብውሳኔ ኣይኮን፡ሎሚ ክገብርዎ ንዝኽእሉ ንዝመጽእ ዕድመ ክገብርዎ ይምነዩ።ንሓጢኣት ኣይጸገብክዎን ካብ ምባል ዕድመ ንንስሓ ሃበኒ ኢሎም ይጽልዩ።ግዜ ብጣዕሚ ስለዝተናውሐ ኣይስርሓሉን ዘሎ፡ስለ ዝሓጸረውን ከይተሰርሓሉ ኣይተረፈን።ንሎሚ ከም ናይ መወዳእታ መዓልቲ ጌርና እንተ ንነብር ግን ዕላማ ምፍጣርና ኣማሊእና ዕድመ ጸጊብና ምሓለፍና ኔርና።ማቱሳላ '969' ዓመት ገበረ እኳ እንተተባህለ ከምዚ ሰሪሑ ግን ኣይብሃልን ኣይተጻሕፈን'ውን።መንእሰይ እስቲፋኖስ ግን ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሰይፊ ኮይኑ ሓለፈ።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣኺሉ ካብ ዝተርፎ ናይ ባዕሉ ህያብ ዝኾነ ዕድመ'ኣብዚ ዓለም "33 ዓመትን 3 ወርሕን" ጥራይ'ዩ ገሩ።መልእኽትኻ እንተ ፈጺምካ ኣብዚ ዓለም ብዙሕ ምጽናሕ ከምቲ ዝድለ ጠቓሚ ኣይኮነን።

ንጉስ ህዝቅያስ ዕድሚኡ ከም ዘብቅዐ ምስተነግረ ኣምሪሩ በኽየ፡እግዚኣብሄር ከኣ ራህሪሁ 15 ዓመት ኣብ ዕድሚኡ ወሰኽሉ (ኢሳ 38፡1-5)።ህዝቅያስ ሓደ ግዜ ጥራይ ኢዩ ዕድመ ተወሲኹሉ፡ንሕና ግን ብዙሕ ግዜ ዕድመ ተወሲኹና'ዩ።ኣብ ዝተወሰኸ ዕድመ ንነብር ስለ ዘለና እምበኣር ዕድሜና ንእግዚኣብሄር ከነረክቦ ኣሎና።

ናይ ዓለምና ቁጽሪ 1 ዝኾነ ሃብታም ቢልጌት ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ሰራሕተኛታት'ዩ ዘመሓድር።እዚ ሰብ እዚ ካብ ብዝሒ ሃብቱ ዝተላዕለ ግዜ ኣለዎ ኢልካ ምግማት ከቢድ ይኸውን'ዩ።ነዚ ከኣ'ዮም ጋዜጠኛታት ትርፊ ግዜ ኣሎካ'ዶ ኢሎም ዝሓተትዎ፡ንሱ ኸኣ ከምዚ ክብል መለሰ፡-ስርሐይ ዝሰርሓሉ፡መጻሕፍቲ ዘንብበሉ፡ኣብ ጽምዋ ዝኾነሉ፡ምስ ቤተሰበይ ዘሕልፈሉ፡ኣጋይሽይ ዝቕበለሉ፡ስርሐይ ዝቆጻጸረሉ እኹል ግዜ ኣሎኒ በለ።ግዜ ከምዘይብልና እንሓስብ ሰባት ካብዚ ሰብ'ዚ ዝያዳ ዶኾን ጎይና ንኸውን፡ግዜና እነውጽኣሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ እኳ እንተ ሃለወና ኣብ ዓመት ውን እንተተኽታተልናዮ፡እቲ ብዙሕ ግዜ እነጥፍኣሉ ነገር ኣብ ልብና ዓቢ ቦታ(ስፍራ)ዝሃብናዮ ነገር ምኽኑ ምተረድኣና ኔሩ።ብዙሕ ግዜ እነጥፍኣሉ ፊልሚ ወይ ጸውታ ኩዕሶ እንተድኣ ኮይኑ ኣብ ልብና ዓቢ ስፍራ ዝሓዘ እዚ ማለት'ዩ።ራእይና ንሂወትና ምስ ዝርከቦ ግን ንግዜና ብግቡእ'ዩ ዝረኽቦ።

ኣብ ሃገርና ዘሎ ኣጠቓቕማ ግዜ ክንርኢ ምስ እንኽእል 24 ሰዓታት ብኽመይ ከም ዝተታሕዘ በዚ ዝስዕብ ክንርዳእ ንኽእል፡-

8ተ ሰዓት ንስራሕ

8ተ ሰዓት ንድቃስ

3ተ ሰዓት ንጉዕዞ

1ደ ሰዓት ንምጽብባቕ

2ተ ሰዓት ንመግቢ(ቁርሲ፡ምሳሕ፡ድረር)

30 ደቒቕ ዜና ንምስማዕ

30 ደቒቕ ምስ ብጾትና ንምዕላል

ብጠቕላላ ከኣ 23 ሰዓት ይወስደልና።እዚ'ውን ውሑድ ግምት ኢዩ። ንምኺኑ ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ዝተርፈና ክንደይ ሰዓት ይኸውን፡ምስ እንብል ሓደ ሰዓት ጥራይ'ዩ።እዚ ዓመት ምሉእ ምስ እንድምሮ 365 ሰዓት ይኸውን።እዚ ናብ መዓልቲ ምስዝልወጥ ከኣ ኣብ ሓደ ዓመት 15 መዓልታን 20 ሰዓትን ይኸውን።ኣብ ውሽጢ 1 ዓመት 15 መዓልቲ እንተኾይኑልና ኣብ 40 ዓመት ድማ 600 መዓልቲ ወይ 2 ዓመት ዘይመልእ ይኸውን።ነብይ ዳዊት ኣብ ዘመኑ ንዝነብሮ ናይ ዕድመ ዓቕን ክዛረብ ከሎ 80 ዓመት ነበረ፡ንሕና ከም ለውሃቱ 80 ዓመት እንተጸኒሕና ንዝተፈጠርናሉ ዕላማ ዝህልወና 4 ዓመት ጥራይ ማለት ኢዩ።ኣብ ሂወት ንዕኡ ንኽንከውን ንዝፈጠረና ጐይታን ንዝተፈጠርናሉ ራእይን ዘለና ግዜ እምበኣር ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ።

ግዜ የብለይን ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ኢና፡ብርግጽ'ውን ብዘይንፈልጦ ምኽንያት ግዜ ስኢንና ተዋጢርና ንኸውን ኢና፡ኣብ ውሽጢ ግዜ ክህልዉና ዝኽእሉ ጉዳያት ግን ሰለስተ(3) ኢዮም።ንሳቶም ከኣ፦

1. ዘየድሊ ዘየሀውኽ
2. ዘድሊ ዘየሀውኽ
3. ዘድሊ ዘሀውኽ

ሓደ ሓደ ጉዳያትና ፈጺምና ክንድርብዮም ዝግበኣና ኮይኖም ዘየድልዩናን ዘየሀውኹናን'ዮም።ካልኣይ ድማ ኣድላዪ'ኳ እንተኾነ ግዜ ዘድልዮ(ዝወሃቦ) ዘየሀውኽ ኢዩ። እቲ ሳልሳይ ግን ህጹጽ ዝኾነን ዘሀውኽን'ዩ።መብዛሕቲና ግን ኣብ ተራ ቁጽሪ 1ን 2ን ኣብ ዘለዉ ጉዳያት ኢና ግዜና እነጥፍእ።ኣብ ዘየድልን ኣብ ዘየሀውኽን ጉዳያት ግዜና ኣጥፊእና፡ ዘድልን ዘሀውኽን ጉዳይ ትዝ ክብለና ከሎ ግን ወይ ኣነ ግዜ'ኮ ስኢነ! ኢና ንብል፡ስለዚ ነዞም ሰለስተ ጉዳያት በዚ ዝስዕብ ነጥብና ክንህብ የድልየና፡-

- ዘየድሊ ዘየሀውኽ x
- ዘድሊ ዘየሀውኽ ½
- ዘድሊ ዘሀውኽ √

ዘየድልን ዘየሀውኽን ብትብዓት ምስራዝ፡ዘድሊ ግን ዘየሀውኽ ንኻልእ ግዜ ቆጸራ ምምሕላላፍ፡ዘድልን ዘሀውኽን ሎሚ ምስእነሳልጦ ግዜ ኣኺሉ ይተርፈና።ከምኡ'ውን ብዙሕ ናይ ግዜ ሃጓፍ ስለዝህሉ እንምልኦ ነገር ኣቐዲምና ክንሓስብ ይግበኣና።ካልእ ኣብ ምስላዕ ግዜ ነቲ ክቕድም ዝግብኦ እንተኣቐዲምና ንዝስዕብ ግዜ ኣለዎ ማለት ኢዩ።

ነዚ ከኣ ዝተለምደን ቀሊል ምሳሌን ነቕርብ፡-

- ዓቢ እምኒ
- ኩረት
- ሑጻ
- ስሚንቶ
- ማይ

እዞም ነገራት እዚኦም ኣብ ሓደ ገፊሕ ዝኣፉ መቕረቢ ማይ ከነቕምጦም ምስእንጅምር፡ ኣቐዲምና እቲ ዓቢ እምኒ ኣብ ታሕቲ ኮፍ ነብል።ቀጺልና ነቲ ብቁሩብ

ዝንእስ ኩረት ኣእቲና ኣብ ማእከል እቲ እምኒ ንሰኹዖ፡ኣብ ሃጓፍ ናይ ኩረት ከኣ ሑጻ ንስግሰግ፡ኣብ ሃጓፍ ናይ ሑጻ ከኣ እቲ ዝደቐቐ ስሚንቶ ምስነእቱ ምሉእን ገለ ዘይውሰኽን ዝኾነ ይመስል።እንተኾነ ግን ካብ ስሚንቶ ዝደቐቐ ዓቑን ዘለዎ ማይ ምእታው ይከኣል።እዚ ሳንኬሎ እዚ ነዚ ኩሉ ክቐበል ዝኽኣለ እቲ ክቐድም ዝግበኡ ምስ ቀደመ ኢዩ።ኣብ ካልኣይ ገፊሕ ዝኣፉ ሳንኬሎ ቀጺሉ ብዘሎ ዝርዝር በብተራ ምስእነእትዎ ግን ውጽኢቱ ምፍሳስ የኽትል፡-

- ማይ
- ስሚንቶ
- ሑጻ
- ኩረት
- እምኒ

ኣብ ሂወትና'ውን እቲ ክቐድም ዝግበኡ ምስ ዝቐድም ንዝቐጽል መደብ ግዜ ይህልወና።ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ “ቅድም መንግስቱን ጽድቁን ድለዩ፡ካልእ ከኣ ክውሰኽልኩም'ዩ” በለ (ማቴ 6፡33)።ኣብ ሂወትና ጉድለት ዘጥቅዓና ነቲ ካልኣይ ቀዳማይ፡ ነቲ ቀዳማይ ከኣ ካልኣይ ጌርና ስለእንሰርዖ ኢዩ።

ሰይጣን ኣብዚ እዋን'ዚ ንሰባት ካብ ጽቡቕ ስራሕ ዘበለ ዝፈልዮም ዘሎ ንግዜኡም ብምውጋእ ኢዩ።ንሱ ምስ በረኽታትና ባእሲ የብሉን፡ኣብ ግዜና ግን ብዝመስል ነገር ጌሩ ብምድንጋር ድሕሪ ሞት ንዘልኣለም ናቱ ንኽንከውን ኢዩ ዝቃለሰና።ኣብ ዙርያ ዓለም ዝነብሩ ሰባት ግዜ ብምስኣን ምስ ነብሶምን ቤተሰቦምን ምስ እግዚኣብሄርን ንዘለዎም ርክብ እናተቐረጸ ይመጽእ ኣሎ።ግዜ ኣብ ምስኣን ምስእንኣቱ ኣብ ናይ ሰይጣን ቀንዲ ናይ ውግእ ቦታ ኣቲና ማለት ኢዩ።ሰይጣን ንሰባት ግዜ ዘይብሎም ዝገብሮም ኣእምሮኡም ብምውጣር፡ ኣብ ዕዳ ንኽኣትዉ ጌሩ ዕድኡም ንምኽፋል ብምጉያይ፡ተፈጥሮ ብምድናቕ ንእግዚኣብሄር ንኽይሪኡ ዓይኖም ብምሸፋን፡ስራሓት ኢድ-ሰብ ንዝኾነ ነገር ኣመልኪዑ ብምርኣይ፡ ብጸወታን ቁማርን ኣንፈቶም ብምራኣይ፡ተስፋ ዝህቡ ብዝመስሉ ነገራት ብምሸብሻብ ‘ስራሕ’ ብዝብል ምኽንያታውነት ይጠልፎም።ምኽንያቱ ዕላማ ሰይጣን ንዝሃድአ ኣእምሮ ምንዋጽን ንቤተሰብ ምግጫውን ካብ እግዚኣብሄር ምፍላይን ኢዩ።

ሰይጣን ኣብ ራእይ ግዜ ዘይብልና እናገበረ “ዝተወልደ ንኽይዓቢ” ይዋግኣና።ንዘየዕብዮ ውላድ ከምዝወለደ ተወቃሲ ኣቦ ክገብረና ከኣ ይቃለስ።ሰይጣን ኣብዚ እዋን'ዚ ትኽ ብዝበለ ስልቲ፡ብስሕለት ሰይፊ፡ብጽዋእ ሰማእትነትን ካብ እግዚኣብሄርን ካብ ራእይናን ናይ ምፍላይ ሜላ ኣይጥቀመሉን'ዩ።በዚ ዝተጠቕሰ ሜላ ሰባት ብቐሊሉ ውዲቱ ክፈልጥዎ ስለዝኽእሉ ኣብ ሓሳቡ ኣይጥቀመሉን ኢዩ።ስለዚ ብዝመስል ነገር ግዜ ኣልቦ እናገበሮም፡ንግዜ ብዝበልዕ ዘመናዊ ባልዕ ወይ ነቕዝ የጓይዮም።ሰይጣን ነቲ ዘለናዮ ኩነታት ንኣእምሮና ከም ዝኣምነሉ ምስገበረ፡እግዚኣብሄር'ውን ነቲ ኩነት ከምዝኣምነሉ ጌሩ የቕርበልና።ብጣዕሚ ዘገርም ከኣ ግዜ የብልናን ዝብሉ ዝነበሩ ወገናትና ሎሚ ብሂወት የለዉን፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ንሞት ክጽውዖም ከሎ ግዜ የብልናን ኢሎም ክተርፉ ኣይከኣሉን።

ራእይ ግዜ ይደሊ ኢዩ፡እኳ ደኣ ናይ ዘመናት ስፍሪ ኣብ ዝጻበበሉ እዋን ኣብዚ ኣብ መወዳእታ እዋን ግዜ ምሃብ የድልየና።ነገራት ሃንደበት ጸጥ ክብሉ ኢዮም፡እወ ነገስታታ ኣኼባኡም ከይወድኡ ሓደ ንጉስ ኣረፍተ-ነገር ክጅምር “ኣ” ክብል፡ኣውሮፕላን

ንዝሓዝኡም ተሳፈርቲ ኣብ ቦታኡም ከየብጽሓ ማለት ኣብ ጠፈር ከለዋ፡ጐየይቲ ገመድ ናይ ጉያ ከይበተኹ ጌና እናጐየዩ፡ ደራሲ ኣንቀጹ ከይዛዘመ፡ለይቲ ዝሕሉ ዋርድያ ገዝኡ ከይተመልሰ፡ኣንባቢ ናብ ዝቐጽል ምዕራፍ ከይሰገረ፡ከብቲ ዝሓልብ ካልኣይ ጡብ ከይጨበጠ፡ዝዋግኡ ወተሃደራት ሰዓርን ተሰዓርን ከይተፈልጠ . . . ኩሉ ነገር ሃንደበት ጸጥ ክብል ይኽእል’ዩ።

እወ እግዚኣብሄር ደው ይበል ክብል ከሎ ዝቐጽል ኣይርከብን ኢዩ።

ናይ ራእይ ዕንቅፋታት ኢልና ዝጠቐስናዮም እዞም ናብ 20 ዝጽግዑ ዝርዝራት እቶም ቀንዲ ደኣ’ምበር ኩሎም ዘይክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።እዚኣም ቅድሚ ራእይን ድሕሪኡን ክለዓሉ ዝኽእሉ ውሽጣዊ ማዕበላት እዮም።ስለዚ በዞም ማዕበላት ተደፊእና ካብ ሓቀኛ ሂወት ከይንወጽእ ክንጥንቀቕ የድልየና።

<u>ነስተውዕል</u>

- መርከብ ብትኽክልን ብቐጥታን ኣንፈታ እንተደኣ ሒዛ ከምኡ ሞተር እንተዘይተበላሸዩ ኣብ ወደብ ትበጽሕ።
- ሎሚ ክንሰርሖ ዝግበኣና ንጽባሕ ምጽባይ ኣብ ሂወት ዓቢ ጥፋኣት ከምዘስዕብ ክንፈልጥ ኣለና።
- ካብቶም ብዘይ ራእይ ዝነብሩ ንላዕሊ እቶም ብራኣይ ዝሞቱ ዝያዳ ክዝከሩ ይነብሩ፡ ልዕሊ ሞት ከኣ ራእይ ኣልቦ ምኻን ዝያዳ ክንፈርሖ ይግበኣና።
- ሓጎስ ዘለዎ ኣሳልጦ ብራእይ ጥራይ’ዩ ዝርከብ፡ዘየዕግብ ኣሳልጦ ግን ብዘይ ራእይ’ውን ክርከብ ይኽእል ኢዩ።
- በዓል ራእይ ምኻን በቶም ራእይ ዘይብሎም ይግፋዕ።
- ታሪኽን ንብረትን ሓይሊ ናይ ራእይ ኣይከውንን፡ሓይሊ ናይ ራእይ ግን ካብ ራእይ ዝውጽእ መለኮታዊ ጸጋ ኢዩ።
- ኣብ ነፍስ ወከፍ መዓልቲ ጋሻ ኣብ ዝኾንናሉ ዓለም ዘይንፈልጦ ነገር ብዙሕ ኢዩ፡ ዘይንፈልጦ ፈተና’ውን ስለዘሎ ናይ ሎሚ ፍጹምነት ንጽባሕ ኣይሕግዝን ኢዩ።
- መኪና ብቐዳማይ ማርሺ ደኣ’ምበር ብዜሮ ኣይትኽይድን’ያ፡ስለዚ ብዘለና ዓቕሚ ምጅማር ኣድልዩ ኢዩ።
- ራእይ ኣብ ዘይብሉ ጸልማት ዓለም፡ሰብ ራእይ ብርሑቕ ይረኣዩ።
- ሰብ ራእይ ዕድል ደኣ ይፈጥሩ’ምበር ዕድል ኣይጽብዩን ኢዮም።
- ራእይ ብነጻ ኢና ንቕበሎ፡ብዋጋ ከኣ ንፍጽሞ።
- ምዝሓል መንፈስ ቃልሲ ናይ ራእይ ዘጥፍእ ናይ ሞት መንፈስ ኢዩ።
- መዕለቢኡ ዝረኣየ ኣብ ጐደና ደኣ ይኽይድ’ምበር ብዝገጠሞ መንገድታት ኣይከይድን ኢዩ።
- ራእይ ንእግሪ ክመርሖ ከሎ መወዳእትኡ ዝጸበቐ ኢዩ፡እግሪ ካብ ራእይ ቀዲሙ ምስ ዝምጽእ ግን ክሳራኻ ምቕጻር የስዕብ።
- ራእይ ቀዋሚ ኣድራሻ ይደሊ፡ቀዋሚ ቤት-ጽሕፈት ዘይኮነስ ቀዋሚ ልቢ ከኣ’ዩ ዝድሊ።
- ራእይ ገንዘብን ሓይልን ቀሪብካ ዘይኮነስ ሂወት ቀሪብካ ኢዩ ዝጅመር።

ምዕራፍ 23

ደጋዊ መሰናኽላት

ሓደ ግዜ ደመናን፡ስስዕትን፡ተባህለን ብሓደ ተጓዕዛ፡ደመና ጎቦ ምስረኽበት ክተዕርፍ ንስስዕትን ንተባህለን ተሰናቢታተን ተረፈት።ስስዕትን ተባህለን ብሓባር እናተጓዕዛ ከለዋ ድማ ድግስ ምስረኽባ፡ስስዕቲ መዕረፊ ቦታይ እዚ'ዩ ኢላ ኣብኡ ተረፈት።ተባህለ ግን መዕረፊ ስኢና ካብ ኣፍ ሓደ-ሰብ ናብ ኣፍ ሓደ-ሰብ ክትቀያየር ነበረት ይበሃል።

ተባህለ ዝብል ወረ ብጥበበኛታት ዝጥርጠር፡ብዘይፈልጡ ዝእመን ወረ እዩ።ተባህለ ብናይ ዓለም ሰባት ዝኽበረ እዩ፡ብእግዚኣብሄር ግን ርኹስ'ዩ።ተባህለ ረቂቕ ገዲፉ ንገዚፍ ዝንእድ፡መወዳእታ ዘይብሉ ምጅማር እዩ።ተባህለ ንሕልና ዘርክስ ንዝተቐበሉዎ ንመንፈሳዊ ሞት ኣሕሊፉ ዝህብ ዘረባ እዩ።ተባህለ ጥበበኛታት ብእዝኖም ዝሰምዑዎ፡ዘይፈልጡ ግን ብልቦም ዝቐበሉዎ ወረ እዩ።ተባህለ ንቆጽሊ ጥራይ ዘመልክዕ ኣብ ዉሽጡ ፍረ ዘይብሉ ሓሰር እዩ።ተባህለ ብሰይፊ መግናሕቲ ዝወድቕ፡ንትዕግስተኛታት ዘይረትዕ ጽልዋ እዩ።

ተባህለ ዝበሃል ዕላል ክህሉ ይኽእል እዩ፡ሓቂ ናይ ተባህለ ግን ፈጺሙ የለን፡ ምኽንያቱ ሓቂ ናይ ሓቀኛ ገዛእ ርእስኻ ምርኣይ እዩ።ኣድማ ናይ ተባህለ ክህሉ ይኽእል እዩ፡ ሕብረት ናይ ተባህለ ግን ፈጺሙ የለን፡ምኽንያቱ ሓቀኛ ሕብረት መሰረቱ ንኻልእ ምጽላእ ዘይኮነ ንሓድሕድካ ምፍቓር እዩ።ናይ ተባህለ ክሲ ክህሉ ይኽእል እዩ፡ናይ ተባህለ ወቐሳ ግን የለን፡ምኽንያቱ ክሲ ንኻልእ ወቐሳ ግን ንባዕልኻ ስለዝኾነ።ናይ ተባህለ ነቐፌታ ክህሉ ይኽእል እዩ፡መስትያት ናይ ተባህለ ግን የለን፡ምኽንያቱ ሓቐኛ መስትያት ገዛእ ርእስኻ ምርኣይ እዩ።ብተባህለ ወረ ይዋቓዕ'ዩ፡ፍርዱ ግን ኣይጸንዕን እዩ።ብተባህለ ሓመይቲ ሰባት ስራሕ ይበዝሑም'ዩ፡ብተባህለ ግን ንግስነት ኣይቀውምን'ዩ።ተባህለ ናይ ፎኮስቲ መረዳእታ እዩ፡ተባህለ ክገዝእ ዘይክእል ጽዕነት ናይ ንፋስ እዩ።

ተባህለ ኣየር ከምዝመልአ ፓላንችና ዘንከባልል እዩ፡ክጭብጡዎ ግን ዝነፍስ ናበይ ከምዝኸደ ዘይፍለጥ ነገር'ዩ።ተባህለ ሓቂ ክሳብ ዝመጽእ ዝጸንሕ ስራሓት ኢድ ሰብ እዩ፡ሓቂ ምስ ዝመጽእ ግን ዝሰዓር ግዝያዊ ሓይሊ እዩ።ተባህለ ንግዝይኡ ንሓቂ ዘኽሕድ ክኸውን ከሎ ንባዕሉ ግን ንዘለኣለም ዝግናሕ ዘይጽኑዕ ነገር እዩ።ተባህለ ንኣፍ ደኣ'ምበር ንመጽሓፍ ዘይበቅዕ ትርጉም ዘይብሉ ወረ እዩ።ተባህለ ተኣማሚኖም ዘውርዩዎ'ኳ እንተኾነ ተኣማሚንካ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፍር ነገር ግን ኣይኮነን።ተባህለ ቡን ዘቕሉ፡ዓቢዩ ንዝመስል ነገር ኣብነት ጌሩ ዝረቁሕ መምሰሊ ዘረባ እዩ።

ተባህለ ካብ ምርኣይ ብምስማዕ ንዝነበር ንናይ ሎሚ ወለዶ እወ ነቲ ጽምኢ ወረ ንዘለዎ ወለዶ ንጉስ እዩ፡ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ግን ኣጸያፊ እዩ።ተባህለ ንሓመይቲ ቅዱስ ሕሜታ መሳሊ፡ንጋዜጠኛታት ናይ ወረ ናፍቐት ዝውስኽ ዕላል እዩ።ተባህለ ንዘየስተውዕሉ ነገስታት ናይ ግጭት ኣርእስቲ ይኾኖም።ብመንፈስ ቅዱስ ንዘይምርሑ መራሕቲ ሃይማኖት ከኣ መበገስን መዕለብን ዘይብሎምን፡ንቅኑዕ ፍርዲ ካብ ናይ ፍርዲ ኣደባባይ ዘርሕቑን ይገብሮም።

ኣቡነ ቴዎፍሎስ ዝተባህሉ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ካልኣይ ፓትርያርክ ዝነበሩ ጳጳስ ብዙሕ ዝዝረበሉ ፍሉይ ጠባይ ነበሮም።ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ዝኽሪ ንሓደ ኣሳስዩ ጸዊዖም"እገሌን እገሌን እንታይ ኮይኖም'ዮም ናብዚ በዓል ዘይመጹ፧በሉዎ።እቲ ኣሳሳዩ ከኣ፡-"ኣነ ናብዚ ንኽይመጹ ስለዝኽልከልኩዎም'ዮም ዘይመጹ በሎም።ንምንታይ ደኣ ከልከልካዮም፧"ምስበሉዎ፡-"ንሳቶም ስምኩም ዘጸለሙ ሰባት ኢዮም፡ነዓኹም ከኣ ወሊዶም ኢዮም. . . . እናበሉ ስምኩም ከኽፍኡ ምስ ሰማዕኩዎም

ከልኪለዮም” በለ።ኣቡነ ቴዎፍሎስ ከኣ፡- “እሞ ንስኻ እንዶ ደኣ ብግልጺ ትጸርፈኒ ኣየለኻን፤በል ከይትኽልክሎም ኢለካ ኣለኹ ኢሎም ኣዘዙዎ ይበሃል።እወ እቶም ሰባት ስለዝሓፈሩ ብርሑቕ ኮይኖም ተዛረቡ፡ንሱ ግን ብቐረባ ነቲ ጽያፍ ዘረባ ደገሞ።“ዝሓመየ ኣኽቢሩኒ፡ዝነገረኒ ግን ንዒቕኒ”ዝበሃል ከኣ ከምዚ ስለዘጋጥም እዩ።

ወረኛታት ልዕሊ ኩሉ ንእዝኒ’ዮም ዘንግሱዎ፡መሊስና ምስእንጸርፎም ከኣ ሓጎሶም ወሰን የብሉን።ከምዚ ኢሎምና ኢልና ምስእንዛረብ ገዛእ ርእሰና ንጸርፍ።“ንበዓለገ ሓንሳእ ጽረፎ፡ከምዚ ክብል ጸሪፉኒ ኢሉ ባዕሉ ንባዕሉ ክጸርፍ ክነብር’ዩ”ዝበሃል ምስላ’ውን ኣሎ።ሓደ ሰባኺ ክብሎ ዝሰማዕኩዎ ክነግረኩም፡-እቲ ታሪኽ ኣብ ዓዲ ጸዓዱ እዩ።ሓደ ቀሺ ካብቲ ዘገልግለሉ ቤተ ክርስትያን ናብ ካልእ ቤተ ክርስትያን ብመገሻ ተንቀሳቐሰ።ንሱ ናብኡም ንኽመጽእ ዝጸዓሩ ብዙሓት ፈተውቱ ከኣ ኣዝዮም ተሓጎሱ።እታ ቤተ ክርስትያን ከኣ ሓዳስ ስለዝነበረት እቶም ሰባት ብዛዕባ’ቲ ኣብታ ቤተ ክርስትያን ዘሎ መንፈሳዊ ምንቅስቓሳት ምስገለጹሉ ድሒሮም ግን ሓደ ዘጨንቐም ጉዳይ ከምዘሎ ነገሩዎ።እዚ ንልቦም ዘጨነቐ ጉዳይ ከኣ ሓንቲ መዕገርገሪት ሰበይቲ ኣብቲ ቤተ ክርስትያን ምህላዋን፡እታ ሰበይቲ ንኣገልገልቲ ሕሊናኡም ዝትንክፍ ኣዘራርባ ጌራ ንምድኻምም እትጽዕር ምኳናን ነገሩዎ።ንሱ ንዓኣ እንተዳኣ ተዓጊሱ እቲ ኣገልግሎት ብሉጽ ከምዝኸውን ኣረድእዎ።ንሱ ከኣ፡-“እዚ ቀሊል እዩ፡ ኣይትጨነቕ” ኢሉ ኣረጋግኡም።

እቲ ቀሺ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝተላለየሉን ዝሰበኸሉን ናይ መጀምርታ መዓልቱ ከኣ እታ ሰበይቲ ኣብኡ ነበረት።ድሕሪ እቲ ጉባኤ ከኣ በቲ ዝተኻየደ ትምህርቲ ዝተሓጎሰ ህዝቢ “እንቋዕ ደሓን መጻእካልና” እናበለ ሰላም እናበሎ፡ወያ ሰበይቲ ናብኡ ቕርብ ኢላ ናብ እዝኑ ሕሹኽ እናበለት፡-“ከምዚ ዝበለ ኣቐያሚ ትምህርቲ ሰሚዐ ኣይፈልጥን፡ገዛእ ርእስኻ ኣመሓይሽ” በለቶ።ንሱ ድማ እታ ዝሓበሩዎ ሰበይቲ ምኳና ፈለጠ’ሞ ከምዘይሰምዐ መሲሉ፡-“ብጣዕሚ ጽቡቕ ኣለኹ፡ንስኺ’ኸ ከመይ ኣለኺ፤”ኢሉ ሰዓማ።ንሳ ከኣ፡-“ዘይሰማዓኒ ደኾን ኮይኑ እዩ ኣብ ዝቕጽል ሰሙን ክነግሮ እየ በለት”።ኣብ ሰሙኑ ጉባኤ ተዛዚሙ ንህዝቢ ክሰናበት ከሎ’ውን ወያ ሰበይቲ ከም ልምዳ ናብቲ ቀሺ ቕርብ ኢላ፡-“ናይ ሎሚ ትምህርቲ ትዕግስቲ ዘወድእ እዩ፡ጠቕሊሉ’ውን ኣይምስጥን ኔሩ በለቶ።” ንሱ ከኣ ዘይሰምዐ ብምምሳል “ሓቅኺ ኢኺ እዚ ሰማይ ጸሊሙ ኣሎ’ሞ ዝናብ ከይመጸ ቀልጢፍካ ምኻድ’ዩ ዘድሊ” በላ።ንሳ ከኣ ብጣዕሚ ጉህያ፡-ለካ ዝጽዕሮ ዘለኹ ምስ ዘይርዳእ ደንቆሮ ኢየ ኢላ” ነቐፈታኣ ኣቋረጸት በለኒ።

እቲ ሰብ’ቲ ንነቐፍቲ ብምስምዖም ከምዝበራትዑ ተረድኡ፡ተጻረርትና ዓወት ዘይረኽቡ ከኣ ምስ ዘይንሰምዖም ጥራይ እዩ።እታ ሰበይቲ ቅድሚኡ ብዙሓት ስለዝሰመዑዋ ብኣኣ ሓዚኖም ኢዮም ብኣኣ’ውን ዓዲ ዝቐየሩ ኣይስኣኑን ኢዮም።ንሳ’ውን ስለዝሰምዑዋ ኢያ ዘረባኣ ትቕጽል ዝነበረት።ዝሰምዓ ምስ ሰኣነት ግን ክትእረም ከኣለት።

ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ንዝሰርሑ ሰባት ምንቃፍ ስራሕና ኢሎም ኢዮም ዝሕዝዎ።ከምቲ ሰረቕቲ ስራሕና ኢሎም ንነሆ ዝወጹ፡ለመንቲ ድማ ስራሕና ኢሎም ንነሆ ኣብ መንበሮም ከምዝቕመጡ፡ነቐፍቲ ድማ ስራሕና ኢሎም ሃነፍነፍ ክብሉ ይውዕሉ።ኣብ ናይ ስነ-ልቦና ዓለም ከምዝእመን ሕሜታ ዝተሓተ መንፈስ ዝወልዶ ጠባይ ምኳኑ’ዩ ዝግለጽ። ሰባት ዝበለጾም ኮይኑ ንዝመስሎም ሰብ ብሒሜታ ኣትሒቶም ክገልጹዎ ከለዉ ምስ ገዛእ-ርእሶም ማዕረ ከምዝኾነ ስለዝመስሎም ዕረፍቲ ይስምዖም።ስለዚ ከምቲ፡-“ንሕና ኣይንድቅስ ሰብ ኣይነደቅስ”ዝባሃል “ንሕና ኣይንሰርሕ ንሰብ ኣይነስርሕ”ዝብሉ ብዙሓት ዋጦት ኣለዉ።ንወረ ዝተፈጥሩ ስለዝመስሎም እንተዘይኣውሪዮም ኣእምሮኦም

ዘይነቓቕሓሎም ናይ ሕሜታ ዋንጫ ዘዙሩ ሰባት ኣለዉ።ሕሜታኦም ቅዱስ ንምምሳል ብሃይማኖት ዝቕንኡ ዝመስሉ፡ንሓቕኛ ፍትሒ ዝግደሱ ዝመስሉ ኣብዚ ናይ ሒመታ መንፈስ ዝተቕረኑ ውሑዳት ኣይኮኑን።ነቲ ብጸሎት ዝጸንዕ ቤት-እግዚኣብሄር ክስልዩ ንሓለዋ ዝትንስኡ፡ካብ ሓቕኛ ኣገልግሎት እናሃደሙ ወረ ንምዝርጋሕ ግን ዝህንደዱ፡በዓል እገሌ ደመኛታት ኢዮም እናበሉ ሕልና ሰብ ዝቕትሉ ኣብ ከባቢና ኣለዉ።እዞም ሰባት ከምዚ ክኾኑ ዝኽኣሉ ንእዝኖም ስለዘንገስዎ ኢዮም።እዝኒ ኣብ ዝስኣኑሉ መዓልቲ ከኣ የብቅዑ።

ኣብ ጉዕዞ-ራእይ ካብ ዝለዓሉ ደጋዊ ዕንቅፋታት ሓደ ነቐፈታ እዩ።ንጽቡቕ ጽቡቕ ምባል ዘይተዓደሉ፡ንክፉእ ግን ክፉእ እዩ ንምባል ነቒሑም ዝጽበዩ፡ንምስጋና ዝተዓብሱ ኣፈኛታት መርገም ኣብ ዝተፈልየ ግዜ ኔሮም'ዮም ሕጂ'ውን ኣለዉ።ንሳቶም ስለዘይሰርሑ ኣይጋገዩን፡እቶም ዝሰርሑ ግን ስለዝጋገዩ ነቲ ንእሽቶ ጌጋ እናጋነኑ ግዱሳት፡ደረስቲ፡ሓቀኛታት ከኣ ይመስሉ፡እንተኾነ እዞም ሰባት ንግዝይኡ'ኳ እንተሃልዉ ዝነብሩ ግን ኣይኮኑን።ምኽንያቱ ኣብዚ ዓለም ብዙሓት ሕልኽላኻት ኣለዉ እንተኾነ ኣይነብሩን እዮም። ሕልኽላኻት ነበርቲ'ኳ እንተዘይኮኑ ነቶም እናኣንከባለሉ ዝነብሩ ሰባት'ዮም ዝቕትሉ።እቶም ንምንባር ብቕዓት ዘይብሎም ንምቕታል ግን ብቕዓት ዝኾኑ ሰባት ጉድለት'ኳ እንተዘይብሎም፡ግን ብሓቅነት ዝኽሱ ኢዮም።ንናግራም ሰብ ከመይ ሓዲርካ ምባል ንዕኡ እኹል መበገሲ ነገር እዩ።ምኽንያቱ"ጽቡቕ እንተሓደርኩን እንተዘይሓደርኩን እንታይ ኣእተወካ፧" ክብል ናይ ጸርፊ ሓሳቡ ዘመሓላልፈሉ መበገሲ ኢዩ ዝኾኖ።ነዞም ሰባት እዚኦም ጽቡቕ ነገር ጌጋ እዩ።ንበዓል ራእይ ሰራቒ፡ንትሑት መምሰሊ፡ንነበዝ ህውከተኛ፡ ወረ ንዘይቅበል ፈላልዩ፡ኣድማ ንዘይፈቱ ፖለቲከኛ. . . እናበሉ ስም ከጸልሙ ዝቕለሎም ሰባት ኢዮም።ሕሊናኦም ግን ኣብ እዝኒ ዝተመርኮሰ ኢዩ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣደባባይ ጲላጦስ ብሓቂ ተኽሰሰ።ብገበኑ ዘይኮነስ ብሓቅነቱ ከም ወንጀለኛ ተቐጽረ።"ወዲ እግዚኣብሄር'የ" እዩ ዝብል ብምባል ኣብ ቅድሚ ሊቀ-ካህናት ተኽሰሰ፡ብርግጽ ከኣ ወዲ እግዚኣብሄር ነበረ።ወዲ-እግዚኣብሄር ተባሂሉ ክምስገን እናተገብኦ ኣብ ክንድዚ ተኽሰሰ።ሰብ ራእይ ድማ ከም ጎይትኦም ክነኣዱሉ ብዝግብኦም ነገር ስሞም ይጽልም።ክምስገኑሉ ብዝግብኦም ነገር ተኽሲሶም ከም ገበነኛታት ኣብ ፍርዲ ይቕርቡ።ስለዚ በቲ ንዕቀት ንዘበለ ንዒቕ ዓወት ረኺቡ ኣብ ዙፋኑ ንዝነገሰ ጎይታ ስለእነምልኽ ደስ ክብለና ይግባእ።ንጎይታ እቶም ተቓወምቲ ኣብ ሊቀ-ካህናት ሃይማኖታዊ ክሲ፡ኣብ መራሒ ሃገር ከኣ ፖለቲካዊ ክሲ ኣቕረቡሉ።እቶም ተቓወምቲ ክልተ ዓይነት ሰይፊ'ኳ እንተነበሮም ዕላምኦም ግን ሓደ'ዩ ኔሩ።ንሱ ከኣ ጎይታ ንምቕታል ነበረ።እቶም ተቓወምቲ ናይ ምእራም መደብ ኣይነበሮምን፡መደቦም ግን ንጎይታ ካብ ሂወት ዓለም ንምድምሳስ ነበረ።ነቲ ጉድለት ዘይኮነ ነቲ በዓል ጉድለት ምጥፋእ፡ጽቡቕ ነገር ምስቲ ቅኑዕ ሰብ ምጥፋእ ዕላምኦም ነበረ።ንገበነኛ ክጥፍኡ'ኳ እንተደለዩ ንገበን ግን ክትነብር'ዮም ዝደልዩዋ።ንጽቡቕ ነገር ግን ምስዘይፈትዉዎ ክነብር ኣይደልዩዎን'ዮም።ምኽንያቱ ህላወ ናይ ጽቡቕ ነገርን ምንባር ናይ ቅኑዓት ሰባትን፡ንህላወኦም ዝቃወሞ ኮይኑ እዩ ዝመስሎም።ካብ ናይ ሕልናኦም ወቕሳ ንምድሓን ከኣ ንቕኑዓት ሰባት ምጥፋእ ናይ ኩሉ ግዜ ስርሖም ነበረ።

ምድሓን ብዙሕ ዋጋ እዩ ዘኽፍል፡ምቕታል ግን ካብ ኣብ ትሕቲ ሞት ዝተቕብረ ኣተሓሳስባ ኢዩ ዝምንጩ።ዋጋ ሂወት ዝፈልጥ ሰብ ከኣ ብሂወት ዝነብር ዘሎ ሰብ ጥራይ እዩ።ጎይታና ናይ ምድሓን ራእይን ናይ ስላሴ መደብን ሒዙ ናብ ዓለም ክመጽእ ከሎ ጌና ብንጉሆኡ ብዙሓት ዕንቅፋታት ገጠሙዎ።"ዝልውጥ ፍቕሪ" ኣብ ዝብል መጽሓፍ

ጠቓሚ ነገር ተጠቒሱ ይርከብ።ነዚ ሓሳብ'ዚ ከኣ የብርህ፡-"ንስኻ ስራሕካ ስራሕ! ሄሮዶስ ጌና ኣብ ህጻንነትካ ክቕትለካ" ክለዓል ይኽእል እዩ፡ናይ ዜግነትካ ክብሪ ክገፈካ'ውን ይኽእል'ዩ።ምንም ዘይብልካ ድኻ'ኳ እንተኾንካ ቤተሰብካ ከኣ ዝኸበሩ ዘይኮኑስ ዝተናዕቁ ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።ናይ ቀረባ ኣዝማድካ ከይተረፉ ብዘይ ርህራሄ የቕሰሉኻ'ኳ እንተኾኑ፡ንሒልና ብዙሓት ምጉት ክትከውን ኢኻ።ንዘይርሕቁኻ ቅኑዕ ሰብ ኢኻ፡ንዘይቀርቡኻ ከኣ ዝተነቐፍካ ሰብ ኢኻ።ንሓሳብካ ካብ ዝስዕቡን ዘድንቕን ዘየዕግቡኻ ብዙሓት ሰባት ክትእክብ ትኽእል ኢኻ።ናይ ፈተና ንፋስ ዝብትኖም ብዙሓት ሓሰር ዝኾኑ ክእከቡኻ ይኽእሉ እዮም።እቶም ምሁራት ከኣ ብለይቲ ደኣ ይመጹ'ምበር ብቕትሪ ምሳኻ ክረኣዩ ኣይደልዩን'ዮም።ኣብ እትኽሰሰሉ ዋዕላ ሓደ ሓደ ደገፍቲ ትረክብ ኢኻ፡እንተኾነ ብዛዕባኻ ብትብዓት ምክታዕ ይፈርሑ. . .

እወ! ዘኾለስካዮ ይነኽሰካ፡ብኣኻ ዝነብር ዝነበረ የሕሊፉ ይህበካ፡ምኽንያቱ ቦታኻ ዝፈልጥ ንሱ ስለዝኾነ።ሆሳእና ዝበለ ህዝቢ ካብ ሓሙሽተ መዓልቲ ንደሓር ይሰቕል ይብለካ፡ምኽንያቱ ህዝቢ ኣየስተውዕልን'ዩ።ኣብዚ ኩሉ መከራ እግዚኣብሄር ዝገደፈካ ኢዩ ዝመስለካ፡ብትብዓት ከኣ ትጽሊ።ጫካ ናይ ጌተሰማኒ ግርማ ናይ ለይቲ ብስምባደ ይመልኣካ፡ደገፍ ኣብ እትደልየሉ ሰዓት ብርሑቕ ፋና ናይ ብርሃን ይረኣየካ፡እቲ ዝረኣኻዮ እናቕረብ ክመጻ ከሎ ግን እቲ እትፈልጦ ይሁዳ ኮይኑ ይጸንሓካ።ክስዕመካ ከሎ ብድሕሪኡ ወተሃደራት ኣኽቲሉ ስለዝመጻካ፡እዚ ኩሉስ ንዓይ፡እንታይ በዲለ፡ኢልካ ዝሓተትካዮ ሕቶኻ ከይመለሰ የትሕዘካ።

እቲ ዋዕላ ናይ ድኻ ብኽያት ንምስማዕ ብቕትሪ ኣይርከብን'ዩ፡ንስኻ ሓንቲ መዓልቲ ንኽይትነብር ግን ቀትሪ ገዲፉ ብለይቲ ይእከብ።ወኪል ናይ እግዚኣብሄር ከለኻ ሊቀ-ካህናት ይጸርፈካ፡እቲ ፈራዲ ጲላጦስ ከኣ ፍትሒ የቕንነልካ።ተጻሊኦም ዝነብሩ ዝነበሩ ጲላጦስን ሄሮዶስን ኣብ ሞትካ ይዕረቑ፡መስቀል ኣሰኪሞም ከኣ ይቕጥዑኻ።ጴጥሮስ ክኽሕደካ ከሎ ዮሃንስ ብርሑቕ ይስዕበካ።መንነትካ ዘይፈልጥ ስምኣን-ቀረናዊ ግን መስቀል ንምስካም ይሕግዘካ።ከምቲ ኣብ ክርስቶስ ዝኾኖ ከኣ ኣባኻ ይፍጸም፡ነዓኻን ንነይታኻን ክፉት ቦታ መብልዒ ማልን መስቀልን ጥራይ እዩ።እንተኾነ ንስኻ ግን ስራሕካ ስራሕ፡እግዚኣብሄር ከተንስኣካ እዩ ይብል. . /ዝልውጥ ፍቕሪ ብ 1997 ዓ.ም ገጽ 31-32/።

ጎይታና ኣብዚ ዓለም'ዚ ክነብር ከሎ ፈተውቱ ጥራይ ዘይኮነ ተቓወምቱ፡ሰዓብቱ ጥራይ ዘይኮነ ከሰስቱ ኣእንገደ።ንኹሉ ከኣ ብትዕግስትን ብፍቕርን ተቒበሎ።እሞ'ኸዳኣ ንሕና'ኸ ካብኡ ብምንታይ ንበልጽ፧ፈታዊ ጥራይ ይሃልወኒ፡ኩሉ ከኣ የመስግነኒ ክንብል ከመይ ጌርና ንደፍር፧ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዙሕ ነቐፈ,ታታት ኣእንገደ።ንዝንስሑ እዝኑ ክህብ ከሎ ንተቓወምቱ ግን ኣይሰምዖምን።ወዲ-እግዚኣብሄር ምኳኑ ድማ ጠቕሊሎም ከሓድዎ።ናይ ስልጣኑን ተኣምራቱን ምንጪ ካብ ሓለቓ ኣጋንንቲ ምኳኑ ተዛረቡ።መራሕቲ ሃይማኖት ኣገልገልቲ ቅንኢ ኮይኖም ኣወገዙዎ፡ኣብ መወዳእታ ከኣ ንሞት የሕሊፎም ሃቡዎ። ንሱ ግን ካብ መንግስቲ ስላሴ ንዝወጸት ናይ ምድሓን ተልእኾኡ ንምፍጻም ተግሀ።ንናይ ሰማይ መልእኽቲ ብሕልኽላኻት ናይ ምድሪ ደው ከብሎ ኣይደለየን።ልዕሊ ተቓውሞ ጸላእቲ ነቲ ናይ ሰማይ መልእኽቲ ሸለል ምባል ዝገደደ ጌጋ ምኳኑ ይፈልጥ ነበረ።ጎይታና ንኻልኦት ብምድሓን ኣብ ስራሕ ንዝተጸምዱ ኣርኣያኡ ፍጹም ነበረ፡ምኽሩ ድማ ተስፋ ኣብ ምቕራጽ ሓይሊ እዩ።ብዝተመረቐ መንገዲ ብነጻነት ከምዝጎዓዝ ተጓዓዚ፡ናይ ንጉስ ፊቶውራሪ ብዝኸዶ መገዲ-ራእይ ብሓጎስ ክንጎዓዝ ኢና።ካብ ዝቃወሙ

ዘድሕነና፡ካብ ዝነቐፉና'ውን ዝቕበለና ጎይታ ይበልጽ።ምኽንያቱ ሓሳብ ሰብ ብፍቓድ ስላሴ ትግደብ፡ፍቓድ ስላሴ ግን ብድልየት ሰብ ኣይትግደብን ኢያ።

ዕንቅፋት ራእይ ብውሽጥን ብደገን እዩ።ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ናይ ቤተ-ክርስትያን ጸላእቲ ብውሽጥን ብደገን ምንባሮም ይንገር።ካብ ናይ ክርስቶስ ዘመነ-ስጋዌኡ ኣትሒዙ ክሳብ ቆስጠንጢኖስ ነጻነት ሃይማኖት ዝኣወጀሉ "313" ዓ.ም፡ቤተ-ክርስትያን ንደቃ ብስሕለት ሰይፊ፡ብነበልባል ሓዊ፡ብብርቱዕ መከራ ኢያ ስኢናቶም።እዞም ናይ ቤተ-ክርስትያን ናይ ደገ ጸላእቲ ንብዙሓት ኣመንቲ'ኳ እንተህለቑ፡ሓድነትን ቅድስናን ቤተ-ክርስትያን ግን ኣዝዩ ጸንዐ።ጸላኢ ዘለዎ መጓሰ ሓደ ኢዩ ዝኸውን።ምርስሳዕ ዝበሃል ስለዘየለ ናይ ሕብረት ቅድስና ኣብ ውሽጢ ይዕንብብ።ንቤተ-ክርስትያን ዝጎድኡዋ ግን ናይ ውሽጢ ጸላእታ ዝኾኑ መናፍቓን ኢዮም።እዚኣቶም ንጥቕሞም ዝሓድሩን ብፍቕሪ ሽመት ዝሰኽሩን ናይ ቤተ-ክርስትያን መምሃራንን ጳጳሳትን ካብ ጽባሕ-ዕረፍቲ ጀሚሮም ንቤተ-ክርስትያን ከፋፊሎማ ኢዮም።ኣረሜናውያን ነገስታት ንቤተ-ክርስትያን ካብ ዝጎድኡዋ ከኣ እዞም ናይ ሑቕ'ፋ ጸላእቲ ዝጎድኡዋ ይብርትዕ።

ኣብ ራእይ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ዕንቅፋት ኣለዉ፡ናይ ውሽጢ ዕንቅፋት ዝበልናዮ ካብ ርእስናን ስምዒትናን ዝብገስ ከንቱ ነገር ክኸውን ከሎ፡ደጋዊ ዕንቅፋት ግን ኣብ ርሑቕ ካብ ዘለዉ ናይ ራእይ ተቓወምቲ፡ንጥቕሞም ካብ ዝነበሩ ስሱዓት ሰባት ዝብገስ እዩ።ልዕሊ ናይ ደገ ዕንቅፋት እቲ ናይ ውሽጢ ዕንቅፋት ካብ ርእስና ዝለዓል ማዕበል ንራኢና ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኑ ይርከብ።

<u>ነቐፌታ</u>

ተዛሪብና ክሳብ እንውድእ፡ገሊጽና ክሳብ እንፍጽም ክዕገሱና ዘይክእሉ ነቐፍቲ ሰባት ኣለዉ።ናይ ቃላትና ጫፍ ሒዞም ክጎዩ ዝደልዩ፡ኣርእስቲ ምስዝረኽቡ ኣብሪሆም ከኽፍኡ ዝደልዩ፡ንጸባ ኣጸሊሞም ንመዓር ዕረ ጌሮም ክዛረቡ ዘየጸግሞም ብዙሓት ነቐፍትን ተቓወምትን ናይ ራእይ ኣለዉ።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡-"ከም ኣባጊዕ ናብ ማእከል ቶኺሉ እሰደኩም ኣለኹ" ዝበሎ ዘገርም ቃል'ዩ(ሉቃ 10፡3)።ጎይታ ቶኺሉ ምስተወድኡ ክልእከኩም'የ ኣይበለን፡ ብኣንጻሩ ናብ ማእከል ቶኺሉ ክልእከኩም'የ እዩ ዝበለ።ነቐፍቲ ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናት ኔሮም'ዮም፡ኣወዳድቓኣም ግን ንድሕሪት ኮይኑ'ዩ ተሪፉ።

ነቐፍቲ ፍሬኡ ምጽባይ ስኢኖም ክንደይ ጽቡቕ ቆጽሊ ኣርጊፎም'ዮም! ንሃገር፡ንቤተ-ክርስትያን ብዙሕ ፍረ ንዝሓዙ ውፉያት በቲኖም'ዮም።ኣብ ኣፍደገ ናይ ማህጸን ኮይኑ ጌና ክውለዱ ከለዉ ክቕርጽ ከምዝጽበ በዓል-ሴፍ፡ንሃገርን ንቤት-ክርስትያንን ንዝውለዱ ህጻናት(ናጽላ)ኣህሊቕም'ዮም።እዚ ጠባይ'ዚ ቀደም ጥራይ ዘይኮነ ሕጂ'ውን ገኒኑ'ዩ ዝርከብ፡እወ ብሰላም ምንባር ስለዘይተኻእለ ጸልማት ዘንግስ ስርዓት ኣስፋሕፊሑ ይርከብ።ጣልያን ካብ ሃገርና ድሕሪ ምውጽኡ ንሃገሮም ብዙሕ መስዋእትነት ዝኸፈሉ ሓርበኛታት ዝግብኦም ክብርን ሞገስን ኣይረኽቡን ነበሩ።ካብ ስደት ንዝተመልሱ እቲ ንጉስ ከምቲ ዝግባእ ስለዘይገበረ ቅሬትኦም በዝሐ።ክቡር ንኩብራት ዝወሃብ እምበኣር ካብቲ ናይ ክብሪ ጎይታ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።እዚ ዓለም'ዚ ግን ንክብሪ ክሰርቕ'ዩ ዝነብር።ንክቡር ካብ ዝተዋረደ ዘይፈሊ፡ሚዛን ናይ ሓቂ ዝደርበየ ዓለም'ዩ።ሰራቒ ኣብ ሃገርን ዓድን ተፈሪሑ፡ጠንቋልን ኣስማተኛን'ውን ከቢሩ ይነብር ኣሎ።እቲ ጭዋ እናተናዕቀ ምሁር ከኣ መናፍቕ እናተባህለ ይነብር ኣሎ።ሓቀኛ ምዕባለ ንሰብ ኣብ ዝግብኦ ስፍራ ዘቕምጥን ዘመዓራርን እዩ።ሰረቕቲ ብገንዘቦም ከም መኳንንቲ ኢድ ካብ ተነስኣሎም፡ዘይፈልጡ

ብድፍረቶም እሙናት ካብ ተባህሉ ሓቀኛ ብሰላም ክነብር ኣይክእልን እዩ።ምኽንያቱ ሓቀኛ ሰላም ምስ ሓቀኛ ፍትሒ እዩ ዝነግስ።

ሓደ ግዜ ሓደ ምሁርን ዘይተማህረን ተራኸቡ'ሞ እቲ ዘይተማህረ ነቲ ምሁር፡-"ኣንታ ደንቆሮ"ኢሉ ጸረፎ።እቲ ክትዕ ናብ ዝገደደ እናኸደ ከሎ ሓደ ሽማግለ ብኡ ክሓልፉ ከለዉ፡ክብላሉ ምስረኣዮዎም ጸዊዖም ከረዳድኡዎም ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ተጸግዑ።ሓደ ሰብ ከኣ ብኡ ክሓልፍ ከሎ ነቶም ሽማግለ፡-ኣይደሓንኩምን ዲኹም ደኣ ኣብዚ ጸሓይ ኮፍ ኢልኩም" በሎም።እቶም ሽማግለ ከኣ፡-"ጸርፊ ዘይቦትኡ ቀይሩ ጸኒሑስ ናብ ቦትኡ ክሳብ ዝመልሶ ኢየ ኣብ ጸሓይ ዘለኹ፡በዚ ከኣ'የ ዶንግየ በሉዎ" ይበሃል።ዘገርም'ዩ እቲ ዘይፈልጥ ንገዛእ ርእሱ ከም ምሁር ቆጺሩ ባዕሉ "መሃይም" እናሃለወ ይጸረፍ፡እቲ ምሁር ከኣ ዳኛ ስኢኑ ንዝጸረፉዎ ዝግባእ ጸርፊ ተሰኪሙ ይነብር።እወ ሎሚ'ውን ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኢና ዘለና፡ንኣማኒ ከሓዲ፡ንምሁር መናፍቕ እናተባህለ እዩ ዝውገዘ።

እቶም ዘይፈልጡ ስሞም ብኽቡር እናተጸውዐ ኣብ ሕቑፊ ህዝቢ ኮፍ ኢሎም ይርከቡ።ባህልን ሃይማኖትን፡ወንጌልን ኦሪትን ዘይፈልዩ ድማ ኣመንቲ ተባሂሎም ይጽውዑ።ነቶም ነዚ ኩሉ ፈልዮም ዝፈልጡ ምሁራት ከኣ ከሓድቲ ተባሂሎም ይንጸሉ።ሎሚ'ውን ጸርፊ ቦታ ቀይሩ ኢና እንረኽቦ፡ናብ በቦትኡ ዝመልስዎ ደያኑ ከኣ ይጽበ ኣሎ።ኣብቲ ብዝሒ ስብከትን ሰበኽትን ናይ መጠንቀቕታ ኣዋጅ ዝእውጁሉ ኣብ ዘጻበብዎ ኣደባባይ፡ሓቀኛታት ቦታ ስኢኖም ገዝኡም ተቐሚጦም ይርከቡ።እቶም ናይ መድረኽ ነቐፍቲ ነቶም ሓቀኛታት ከይተወድኡ ኣይንገድፎምን ኢና ኢሎም፡ካብዚ መድረኽ'ዚ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ገዝኡም'ውን ክነውጽኦም ኢና ኢሎም ኣድማ ከልዕሉ ይውዕሉ ኣለዉ።ሰብ ብዜግነቱ'ኳ ክነብር ዝኽእል ምኂኑ ዘይተረድኦም ወገናት፡እቲ ከም ገደል ዝኾነ ድንቁርናኦም ከስምዑ ዝህንደዱ ጉዳመኛታት'ያ ሃገርና ተሰኪማ ዘላ።

ሎሚ ንእንነቕፎም ትማሊ ወዲስናዮም፡ምስጋናን መርገምን እናተኸታተለ ተሓዋዊሱና ይነብር ኣሎ።ንወድ ሰብ ካብቲ ናይ መጀመርታ ፍቕሩ ዳሕራዋይ ጽልኣቱ ምሕያሉ ብጣዕሚ'ዩ ዘሕዝን።እወ ሰብ "ሆሳዕና፡ይንገስ ይግቦኣ እዩ" ብዝበለሉ ኣፍ "ይሰቐል"ክብል ኣይጽገሞን'ዩ።ጳውሎስ ገያሻይ ኮይኑ ናብ ሮማ ክኸይድ ከሎ፡ኣብ ሓደ ስፍራ ክሓድር ኣዕረፈ፡እቲ ግዜ ቆራሪ ስለዝነበረ ሓዊ ኣንዲዶም ክሞቑ ጀመሩ፡ሓዊ ኣንዲዶም ክሞቑ ከለዉ ተመን ካብ ውሽጢ ሓዊ ወጺኡ ንጳውሎስ ተጠምጠሞ፡እቶም ሰባት ነዚ ሪኦም፡-"እዚ ሰብ'ዚ ብርግጽ ቀታሊ ነፍሲ እዩ፡ካብ ባሕሪ'ኳ ብድሓን እንተወጸ ፍርዲ-እግዚኣብሄር ግን ብሂወት ክነብር ኣይሓደጎን" በሉ።ጳውሎስ ግን ነቲ ተመን ካብ ኢዱ ነጸነ፡ገለ'ውን ኣይጎድኣን፡ክሓብጥ እዩ፡ሕጂ ክመውት'ውን'ዩ ኢሎም ክጽበዩዎ ከለዉ ገለ ለውጢ ኣይረኣዩን።ሽዑ ንሽዑ ከኣ፡-"እዚ ኣምላኽ እዩ" በሉ (ግብ.ሃ 28፡1-6)።ዘገርም ኢዩ ! ኣብ ሓደ ግዜ ካብ ቀታሊ ነፍሲ ናብ ኣምላኽነት ኣደየቡዎ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንተመንን ዕንቅርቢትን ናይ ምርጋጽ ስልጣን ክህብ ከሎ፡- "ካብ ሰባት ተሓለዉ" በለ(ማቴ 10፡17)።ኣብ ሰብ ዘይሓደረ ሰይጣን ስም እግዚኣብሄር ክጽዋዕ ከሎ ይርሕቕ፡ኣብ ሰብ ዘሎ ሰይጣን ግን ብቐሊሉ ኣይከይድን'ዩ።ናይ ሰባት ምስጋንኡም ኮነ መርገሞም ከድንቕናን ከሰምብደናን ኣይግብኦን እዩ።ንኽልቲኡ መግለጺኡም ብጥንቃቕ ክንዕዘቦ ይግባኣና።ብዙሓት ግን ብሰንኪ ካብ ሰባት ዝወረዶም ዘይተጸበዮዎ ነቐፌታ ምኽንያት ጌሮም፡ንዓቢ ራኢኡም ገዲፎም ዕጥቆም ኣራጊፎም ኢዮም።

ሰብ ናይዚ ዓለም'ዚ ክወግሕ ከም ባንዴራ ይሰቕለካ፡ክመሲ ከኣ የውርደካ።ከምቲ ፍቕሩ ብቕዓት ዘይምህላዉ ጽልኡ'ውን ብቕዓት የብሉን።ሰባት ብዙሕ ሰብ ምስዝፈትወና ይፈትዉና፡ብዙሕ ሰብ ምስዝጸልኣና ከኣ ይጸልኡና፡ምኽንያቱ ናይ ዓለም ፍቕሪ ብድምጺ ብልጫ'ዩ።ስለዚ ሰባት ክፈትዉና ከለዉ ብዘይ ፍላጥ ብምኽኑ፡ክጸልኡና ከለዉ ድማ ሰኣን ፍላጥ እዩ።ዓለም ንዘመስገነቶ ሰብ መሊሳ ክሳብ እትረግሞ ድቃስ ኣይወስዳን'ዩ፡ምኽንያቱ ድሕሪ ምስጋናኣ መርገማ'ዩ ዝስዕብ።ዓለም ንሓሶት ስለእትእዘዝ ንሓሰውቲ እያ እተመስግን፡ ንክርስቶስ ስፍራ ዘይብላ ዓለም ስፍራኣ ምጽባይ ከኣ ዕሽነት እዩ።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡- "ሰባት ጽቡቕ ክዛረቡልኩም ከለዉ ወይልኹም፡ኣቦታትኩም ንሓሰወቲ ነብያት ከምኡ ከኣ'ዮም ዝገብሩ ዝነብሩ" በለ (ሉቃ 6፡26)።

ኣብ ዕድሜና ከምዝረኣናዮ ዘመስገነና ህዝቢ ጸርፉ ክሳብ ዝውድእ ንግረም ኔርና ኢና።ዝፈልጡና ሰባት ጥራይ ዘይኮኑ መኣድና ዝበልዑ፡ቀረባና እንብሎም፡ብዙሕ ኣቋሲሎምና'ዮም።እንተኾነ ንሳቶም ካብ ዘውረዱልና መከራ ንላዕሊ ምድናቕና ዓቢ መከራ ኮይኑና ምንባሩ ንዝክሮ ኢና።እዛ መምሰሊት ዓለም ንዝሞቱ ጻድቃን ክትዝክር ከላ ንዘለዉ ጻድቃን ግን እትቐትል ዓለም ኢያ።

ሓደ ናይ ጓሶት ምስላ ኣሎ፡-"እቲ ገመል ይኸይድ፡እቲ ከልቢ ከኣ ይነብሕ!" ይብሉ። ገመል ጉዕዙኡ ምቕጻል ስርሑ እዩ፡እቲ ከልቢ ምንባሕ ከኣ ስርሑ ኢዩ።እቲ ገመል ካብቲ ናይቲ ከልቢ ምንባሕ ዝርሕቕ ምስዝኸይድ'ዩ።ደው ምስዝብል ግን ብዝያዳ ናይቲ ከልቢ ምንባሕ ይሰምዕ።ንሕና ድማ ንኸይድ ኢና፡ነቕፍቲ ከኣ ይነብሑ፡ንምንባሕ ዝተፈጥሩ መሲሉዎም ከኣ ይነብሑ።ደው ምስእንብል ዝያዳ ንሰምዖም፡ምስእንጓዓዝ ግን ድምጾም እናሃሰሰ ይመጽእ።ምንባሕ ስርሖም ስለዝኾነ ምስ እንጎዓዝን ደው ምስእንብልን እዮም ዝነብሑ፡ስለዚ ንሶም ስርሖም ይስርሑ ንሕና ከኣ ስራሕና ንቕጽል።

ኣብ ጉዕዞ ራእይ ብዙሓት ነቕፍቲ ኢና እነኣንግድ፡እንሰርሖ ስራሕ ብግቡእ እንተድኣ ፈሊጥና ግን ፍጹም ኣይንደናገርን ኢና።ሰባት ክነቕፉና ዝኽእሉ እቲ ስራሕና ጌጋ ኮይኑ ዘይኮነስ ነቲ ንሳቶም ክሰርሑዎ ዝግባእ ስራሕ ስለእንሰርሖ ብቕንኢ ክለዓሉ ይኽእሉ ኢዮም።ነቶም ዝሞቱ ሰባት ማንም ክወቕሶም ኣይክእልን ኢዩ'ሞ ሰባት የልዕሉና ካብ ኮኑ ብሂወት ኣለና ማለት ስለዝኾነ ክንሕነስ ይግባኣና።ሰባት ብዛዕባና ኩሉ ግዜ ኣይኮኑን ዝዛረቡ፡ ስለእነሰልችዎም ታረኛ ሰብ ክሳብ ዝመጽእ ጥራይ ኢዮም ዘልዕሉና፡ካብዚ ግን ይገድፉና። ብሓቂ እምበኣር ብግዝያዊ ነቕፌታ ነባሪ ዕላማ ምግዳፍ ዕሽነት እዩ።

ነቕፌታ ካብ ሰብ ዝመጽእ ውሽጡ ጥርሑ ዝኾነ ክትዕ'ዩ።ንሳቶም ንዝዛረቡዎ ነቕፌታ ኣማኽርትና ክዛረቡዎ'ኻ እንተኾኣሉ፡ዕላማ ነቕፍቲ ግን ንሕና ንኸይንህሉ ደኣ'ምበር ጽቡቕና ምድላይ ስለዘይኮነ ነቕፌታ ሓጢኣት ብምኹኑ ክነድህበሉ ዘይብልና ተቓውሞ እዩ።ናይ ነቕፍቲ ነቕፌታ ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ከውጽኣና'ውን ኣይክእልን'ዩ።ዕላማ ነቕፍቲ ንዓና ኣብ ሕሊና ሰባት ስፍራ ምኽላእ'ኻ እንተኾነ፡በዓል ራእይ ግን ካብ ስፍራ እግዚኣብሄር ንኸይወጽእ ጥራይ ክፈርሕ ኣለዎ።

ነቕፌታ ንነቕፍቲ'ኻ ጽቡቕ እንተዘይኮነ ንበሊሕ ሰብ ግን ጽቡቕ ትምኒት'ዩ ዝኾነሉ።ኣብ በሪኽ ዘላ መብራህቲ ንኹሉ'ኻ እንተዘይርኣየት ኩሉ ስለዝሪኣ ግን ኣብ ውሽጢ ትርኢት ምኳና ነቕፌታ የረድኣና፡ስለዚ ክንጥንቀቕ ንብገስ።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡-"ሰባት ንወድ-ሰብ መን ይብሉዎ፧" ኢሉ ሓተተ (ማቴ 16፡13)፡ጎይታ ሰባት መን

ከም ዝብሉዎ ንምስማዕ ድፍረት ነበሮ።ሰባት ኣባና ገለ ንኽይብሉ ዘኽእል ስልጣን የብልናን'ሞ፡እቲ እንበሃሎ ምስማዕን ነቲ ጌጋ ምእራምን ግቡእ እዩ።ናይ ሃገርና ናይ ቀደም ነገስታት ጓሳ እንታይ በለ፤ ኢሎም ይሓቱ ነበሩ፡ንገዛእ ርእሶም ምስ ጓሳ ክረኽቡዎ ምድላዮም ዘገርም ከኣ እዩ።

ንጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣደባባይ ጲላጦስ ከሰስቱ ዝዛረቡዎ በደል ምስ ሰኣኑሉ፡-"ወዲ እግዚኣብሄር ኢየ ይብል" ክብሉ ከሰሱዎ፡ብርግጽ ንሱ ከኣ ወዲ-እግዚኣብሄር እዩ።ክርስትያን ከኣ ከም መምህሩ ብሓቅነት ክኽሰስ ኣለዎ።ብሕመኽ፡ብስርቂ፡ብዝሙት ክኽሰስ የብሉን፡ከም ዮሴፍ ምስ ሓጢኣት ኣይሓብርን'የ ኢሉ ዝኽሰስ ክኸውን ኣለዎ (ዘፍ 39፡1)።ነቐፍትን ከሰስትን ከሲሶም ኣብ ቅድሚ ጎይታ ስለዘብጽሑና ክንሕጎስ ይግባኣና (ዮሃ 8፡1-11)።ሓደ ሓደ ግዜ ጉድለትና ዝዛረቡ ዘለዉ እናመሰሎም ጽድቅና ከዛረቡ ይኽእሉ ኢዮም። "እቲ ዘገርም ከኣ ገንዘብ ሰብ ኣይበልዑን" እናበሉ ክኸሱና ይኽእሉ ኢዮም።ጽገሬዳ መልክዐኛ ኢያ፡ዝኾነ ሰብ ከይቅንጥባ ከኣ ኣብ ማእከል እሾኽ ተቐሚጣ ትርከብ።ነቐፍትና ከኣ ቅድስናና መታን ክንዕቅብ ኣብ ዙርያና ከምእሾኽ ከቢቦምና ይርከቡ።ንነቐፍትና እግዚኣብሄር ይጥቀመሎም እዩ፡ምኽንያቱ ነቓፊ ኣብዘለወሉ ግዜ ተነቃፊ ገዛእ ርእሱ ኢዩ ዝሕሉ።

ኣብ ጎንደር መምህር ኤስድሮስ ዝበሃሉ ነበሩ።ሓደ ግዜ እዞም መምህር እዚኣም ንመምህር ወልደ-ኢየሱስ ዝተብህለ ተመሃራዮም መሪቐም ክሰዱዎ ደለዩ።ኣብቲ እዋን እቲ መመረቕታ ናይ ዲፕሎማን ዲግሪን ወረቐት ብምሃብ ዘይኮነ፡ናይ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሊቃውንቲ ብምጽዋዕ እዩ መሪቐካ ዝፋኖ ዝነበረ።እቲ ተማሃራይ ከኣ ኣብ ዝኾዱ ዘበለ ናይ እገሌ ተማሃራይ'የ ብምባል መምህሩ ብፍሉይ ዝፍለጠሉ ቅኔ ብምጥቃስ ተቐባልነት ይረክብ ነበረ።ስለዚ መምህር ኤስድሮስ ብዙሓት ሊቃውንቲ ጸዊዖም ንተማሃራዮም መምህር ወልደ-ኢየሱስ ክምርቐዎ ተንስኡ "ዝወደይ ክሳብ ሎሚ ዘይነገርኩኻ ምስጢር ኣለኒ'ሞ ሕጂ ስምዓኒ" በሉዎ።እቲ ተመሃራይ ግን፡- "ዘይነገርኩምኒ ምስጢር የለን ኩሉ ነጊርኩምኒ ኢኹም በሎም" ካብ ከከባቢኡ ዝተጸውዑ ሊቃውንቲ ከኣ "እስከ ስምዓዮም በጃኻ፡ኣየ ናይ ቆልዓ ነገር" በሉዎ፡ንሱ ከኣ ተንበርኪኹ ክሰምዖም እዝኑ ጸለወ።መምህር ኤስድሮስ ከኣ፡- "ዝወደይ!ደጋፊኡ ብዙሕ ስለዝኾነ ከይስዕረካ መታን ምስ መሃይም ኣይትጻላእ" በሉዎ ይበሃል።

እቲ ፈላጥ ኣስተውዓሊ መብዛሕትኡ ግዜ ቦታ የብሉን፡ብኣንጻሩ እቶም ልዕል ኢሎም ዘይሕተቱ ትሕት ኢሎም ዘይሓቱ ሰባት ግን ይኽብሩ ኢዮም።ኣብ ራእይና ምስዘየስተውዕሉ ግጭት ኣብ ዝፍጠረሉ ደገፍቶም ብዙሓት ስለዝኾኑ ስደት ክበዝሓና ይኽእል እዩ።እንተኾነ ሰባት ጻድቕ ምስ ዝብሉና ጻድቕ፡ሓጥእ ምስዝብሉና ከኣ ሓጥእ ክንከውን ከምዘይንኽእል ክንፈልጥ ኣለና።እቲ ክንኮኖ እንኽእል እቲ ንሕና ኮይናዮ ዘለና እዩ፡ካብ ሽሕ ደገፍቲ ከኣ ሓንቲ ሓቂ ጥራይ ሓራ ክተውጽኣና ክትክእል እያ።

ኣብ ሃገርና እቲ ካብ ቀደም ዝነበረ ባህልና ንኻልኦት ኣኽቢርካ ንብጻይካ ምውራድ እዩ።ሎሚ'ውን ፍረ ናይ ሀገርና ንዝኾኑ ኣገልገልትን ደረስትን እናጸላእና ንናይ ካልኦት ደቂ ከባቢ ኢና እነሞግስ።ሃለቃ ኪዳነ ክፍለ፡-. . . . "ሃይማኖት ኣበው ቀዳምት" ኣብ ዝተባህለ መጽሓፎም ጠባይ ሀገርና ክገልጹ፡- "ንሳ ብጠባያ ካብ ምስ ደቃ መግቢ ጓና እትፈቱ ወረኛ በዓልት ቤት ስለዝኾነት ንኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈን ኣብዚ ግዜ እዝን ክግለጽ ዘይከኣል መለክዒ ዘይብሉ ሓዘን ተጠቒዓ፡ኣደዳ ውርደትን መስሓቕ-ሰብን ኮይና ትርከብ ኣላ በሉ (ገጽ 22)።

ጽቡቕ ራእይ ሒዝና ምስእንብገስ ጠባይ ናይ ሃገርናን ክበጽሓና ንዝኽእል ጎነጽን ኣቕዲምና ክነጽንዕ ይግባኣና።ንስራሕና ናይ ቀረባ ወገናትና ከነቓንቕዎን ኣርከብናኩም ክንብሎም ቀዲሞም ዘረኻኽቡልናን፡ንጓኖት ዝተኸፍተ ማዕጾ ንዓና ክዕጸወና ከምዝኽእል ክንግምት ይግባኣና።ብጉድለት መራሕቲ ሃይማኖት ንሃይማኖት ጠቕሊልካ ምጽላእ፡ ብጉድለት መራሕቲ ሃገር ንሃገር ምሉእ ጠቕሊልካ ክትጸልእ ኣይግባእን'ዩ።ስለዚ ንኹሉ ነገር ኣመዛዚንካ ምርኣይ'ዩ ዝግባእ።ሓደ ሰብ ምስጎድኣና ኩሉ ሰብ ኣድማ ከምዝገበረለና ምሕሳብ፡ ኣብ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ምስሰኣና ኣብ ሰማይን ምድርን ከምዝተኾነንና ክንርድኣ ኣይግባእን'ዩ።ሃገርና ልዕሊ ደቃ ንሃብታማትን ደቂ ወጻኢ እትፈቱ፡ካብ ባህርያዊ ፍቕሪ ንናይ ወረ ፍቕሪ ዋጋ እትህብ'ኳ እንተኾነት ሃገርና ምፍቃር ግቡእና እዩ።ናይ ውላድ ፍቕሪ ናይ ባህሪ ፍቕሪ'ዩ፡ናይ ጓና ፍቕሪ ግን ናይ ወረ ፍቕሪ እዩ።ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነት ከኣ ጉድኣት እንተዘይኮይኑ ጥቕሚ ከምዘይተረኽበ ታሪኽ ብእዝኒ፡ዓይኒ ከኣ ብመረጋገጺ ይምስክር።

ኣብ ራእይ ንነቕፍትና እነበርትዖም ንሕና ኢና፡ምኽንያቱ ንወረኛታት መውረይቲ እንገብሮም እዝንና ብምሃብ ኢዩ።ስለዚ ናይ ነቕፍቲ ነቕፌታ ናብ ውሽጥና ኣትዩ ክህውኸና ክነፍቅደሉ የብልናን።ንነቕፍትና ክነዕብዮም እንኽእል እዝንና ምስ እንህቦም ኢና። መብዛሕቲኡ ሰብ ገዛእ ርእሱ ዘይፈልጥ ብምኻኑ ብዙሕ ተቓውሞ'ኳ እንተለዓዓለ ከሰንብደና ግን ኣይግብኦን።ብሕልፊ ከኣ ኣብ ሃገርና ሓድሽ ንዝኾነ ነገር ምቅዋም ባህሊ ስለዝኾነ ከምዚ'ውን ተባሂሉ ስለዝምሰል ማለት፡-"ካብ ዘይለመዱዎ መንፈስ ቅዱስ ዝለመድዎ ሰይጣን ይሓይሽ" ስለዝበሃል ራእይና ሓድሽ ብምኻኑ ብዙሕ ነቕፌታ ክመጸ ይኽእል እዩ።ብመሰረቱ ገለ ነገር'ኳ እንተዘይተለምደ ግን ካብ መንፈስ ቅዱስ ሰይጣን ክምረጽ ኣይግባእን።ዝጸንሐ ዘበለ ኩሉ ሓቂ፡ሓድሽ ከኣ ሓሶት ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።ንሕና ንዘይንፈልጦ'ውን ሓድሽ ኢዩ ክንብል ኣይግባእን።እቲ ዘይምፍላጥና ኢዩ ሓድሽ ምበር እቲ ነገር'ሲ ናይ ቅድም'ዩ።ኣይኮነን ራእይና እቲ ናይ ጥንቲ ኢየሱስ ክርስቶስ'ኳ ከም ሓድሽ ጋሻ ኮይኑ ስለዝረአ ክንድነቕ ኣይግብኣናን'ዩ።

ጸልማትን ብርሃንን ንሓድሕዶም ብምቅዋም ደኣ'ምበር ብምስምማዕ ነቢሮም ኣይፈልጡን'ዮም።እዚ ከኣ ኩነት ዝፈጥሮ ሓደጋ ዘይኮነ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ኢዩ።በዓል ራእይ ጉይኡን ናይ ተቓወምቱ ተጻብኦን ተፈጥሮኣዊ ብምኻኑ ዕርቅን ዲፕሎማሲያዊ መፍትሕን ክረክብ ኣይክእልን'ዩ።ሓድሽ ወለዶ ግን ናብቲ ሰፊሕ ጎልጎል ብምርኣይ፡ዝኸበረ ንምምራጽ ከምዝወጽእ ንኣምን ኢና።ኣብ ራእይና ከኣ ነቕፍቲ ኣየፍርሑናን ኢዮም፡ካብዚ ንላዕሊ ግን ክልተ ነገራት ከፍርሑና ይግባእ፡-

1. ውዳሴ ከንቱ ን
2. ከይተረድኦም ዝድግፉና ን

1.ውዳሴ ከንቱ

ሓደ ግዜ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተፈጸመ ታሪኽ ኣሎ፡ተመሃሮ ት/ቲ ሰንበት በዓል ናይ ሆሳዕና ብፍሉይ ንምብዓል ንሓንቲ ካብ ንዕዳጋ ዝመጻ የእዱግ ብዕስራ ብር ተኻርዮም ነቲ በዓል ኣትረፍዋ።ወጋሕታ ሰንበት ድማ እታ ኣድጊ ሪኣቶ ብዘይትፈልጥ ግምጃ ክብሪ ኣልበሱዋ።ድሕሪ ቅዳሴ ከኣ ንሓደ ምልኩዕ መንእሰይ ካባ ኣልቢሶም ኣብታ ኣድጊ ተወጢሑ ነቲ ቤተ-ክርስትያን ክዘውር ከሎ ኩሎም ምእመናን ኣጣቕዑሉ፡ተማሃሮ ቤት ት/ቲ ሰንበት ከኣ፡- "ሆሳዕና ኣብ ኣርያም" እናበሉ ቆጽሊ እናንጸፉ ዑደት ክገብሩ ከለዉ፡-ሓደ ነቲ ኩነታት ዝከታተሎ ዝነበረ ደብተራ በቲ ኩነታት ተደኒቑ ናብ'ቲ መንእሰይ

ጽግዕ በለ'ሞ፡- "ሎምስ ኣጸቢቑልካ ኣሎ ናይ ዓርቢ መከራኽ ትወጸ ዲካ፡ምኽንያቱ ሆሳዕና ምስተባህለ ይሰቐል ምባል ድሒሩ ዝስዕብ ጭርሑ ናይ ህዝቢ'ዩ።ሰንበት ሆሳዕና ዝተባህለሉ ጎይታ'ውን ዓርቢ ይሰቐል ተባሂሉ እዩ ዝሞተ" በሎ።

ብዙሕ ኣገልጋሊ ትምክሕቱ ስጋዊ ኮይኑ'ዩ ተሪፉ፡ብጸጋ ዘይኮነስ ብፍልጠት ከኣ'ዩ ከገልግል ዝደፍር።እዉ ንንስሃ ዘይኮነ ንኽዳኑ ኢዩ ዝጭነቕ፡ንክርስቶስ ዘይኮነ ስእሉ ንኸርኢ'ዩ ዝቃለስ።ምኽባብ ናይ ህዝቢ፡ጽዕቂ ናይቲ መደብ፡ብዝሒ ናይ ግብጃ ናይ ምትንፋስ ግዜ ኣስኢኑዎ፡ጨብጨባን ዕልልታን ከኣ ንልቡ ኣሸፊቱዎ፡መልኣኽ ኮይኑ ውዒሉ ንበይኑ ግን ሰብ ኮይኑ የምሲ፡እቲ ግዜ ምስሓለፈ ከኣ ሰብ ጥራይ ምኳኑ ይፍለጦ።መልኣኽ ኮይኑ ዝተሰምየ መንነት ከኣ እናሰንበደ ይገድፎ።

ንዝኾነ ስጋ-ለበስ እዚ ከባቢ'ዚ የሐጉሶ እዩ፡ኣነ'ውን እንተዝረኽቦ ኣይምጸላእኩዎን ኔረ ይኸውን።ንልበይ ክሰምየ ከለኹ፡እወ ነዚ ከንቱ ነገር'ዩ ዝደሊ።ከንቱ'የ'ሞ ጎይታይ ይቕረ በለለይ! ከም ተጸባዩ ናይ ሊፍት፡በይነይ ኮይነ ዝደየበ ክሳብ ዝምለስ ኣብ ኮፍ መበሊየይ ይጽበ ኣለኹ።ዝደየበ ዘበለ ምውራድ ስለዘይተርፎ ናይ እግሪ መፍቀሪ ኮይነ እነብር ኣለኹ።በዚ ከምዚ ዓይነት ድኻምን ኣድናቑትን ንዝቕጽል መከራ ዘይርድኡ ብጣዕሚ'ዮም ዘሕዝኑ።"እንተኾነ ኢየሱስ ነቶም ሰባት ይፈልጦም ነበረ፡ካብ ሰብ ማንም ክምስክረሉ ኣይደልን ስለዝነበረ ኣይተኣማመነሎምን ነበረ።"ሰብ ብዛዕብኡ ዝብሎ ይፈልጥ ነበረ"ዝብል ከነስተውዕለሉ ይግበኣና(ዮሃ 2፡24-25)።ሎሚ ከይተረድኡም ብዙሓት ይድግፉና ይኾኑ'ዮም፡ እንተኾነ ጽባሕ ከኣ ከይተረድኡም'ዮም ዝነቕፉና።ብደገፍቲ ምትእምማን ከኣ ብሰባር ወንበር ምድያብ ከም ማለት'የ።ኪንዮ'ዚ ነቶም ዝተነቕፉ፡ዝተጸልኡ፡ዝተሶጉ ፈተውቶም ምኳን ይበልጽ። ሆሳዕና ኢሉ ዘኽበረና ህዝቢ ይሰቐል ኢሉ በቃ ይሙት ኢሉ ክፈርደና ከሎ ፍርሃት እግዚኣብሄርን እንታይ ከይብሉኒ ዝብል ስክፍታን የብሉን።ስለዚ ኣብ ራእይ ውዳሴ ከንቱ ዓቢ ፈተና ኢዩ።

ኣብ ሓደ ቤተ-ክርስትያን ክምህር ዝተመደበ ሰባኺ ናብ መድረኽ ቅድሚ ምድያቡ፡ እቲ መራሒ መደብ ነቶም ህዝቢ እዚ ሰባኺ ምሁር ስነ-መለኮትን፡ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብቑዕ ኣፍልጦ ዘለዎን ምኳኑ ነገሮም።እቲ ሰባኺ ድማ፡-"ኦ ጎይታ እዚ ሓወይ ካብ ዝኾንኩዎ ንላዕሊ ብዛዕባይ ስለዝተዛረበ ይቕረ በለሉ፡ንዓይ ከኣ ንሱ ክዛረብ ከሎ ልበይ ይሕጎስ ስለዝነበረ ይቕረ በለለይ" ኢሉ ጸለየ ይበሃል።

ውዳሴ ከንቱ፡-ሰባት ካብ ዝኾናዮ ንላዕሊ ዝዛረቡልና፡ኩሉ ካባኹም፡ኩሉ ብኣኹም፡ኩሉ ከኣ ነዓኹም'ዩ ዝብሉሉ ንእግዚኣብሄር ዝግባእ ክብሪ ንዓና ዝህቡሉ ነቲ ዋና መልእኽቲ ረሲዖም ነቲ ልኡኽ ዘድንቑሉ፡ከመስግነካ ኣመስግነኒ ዝብሉሉ ከንቱ ዝኾነ መግለጺ ድኻም ናይ ሂወት እዩ።ውዳሴ ከንቱ ማለት ከንቱ ውዳሴ ማለት ኢዩ፡እግዚኣብሄር ከኣ ከምቲ ሰባት ዝብሉና ኣይኮነን ዝብለና፡ናይ ድጋፍ ፌርምኡ'ውን መንግስቱ ኣየውርስናን'ዩ፡እግዚኣብሄር ናይ ባዕሉ ሚዛን ኣለዎ፡ውዳሴ ከንቱ ከኣ ነቲ ዝተቐበሎ ሰብ እዩ ዝጎድኣ።ውዳሴ ከንቱ ዝቐበል ሰብ ተግሳጽ ይጸልእ ካብ ሓቀኛ ሰብ ከኣ ይርሕቕ፡ኣብ ኣየር ድማ ይንሳፈፍ።ብዘይኮኖ ነገር ብሓሶት ደስ ይብሎ፡ገንዘቡ ንመታለልቲ ይብትን፡ንዋጣ ይስልም፡ካብ ግሁድ ዓለም ወጺኡ ናይ ባዕሉ ዓለም ይምስርት፡ሓሶት ተቐቢሉ መሊሱ ይዛረበሉ፡ውዳሴ ከንቱ ኣጸናትዩ ወድሱኒ እናበለ ይጉስጉስ፡ውዳሴ ክተርፎ ከሎ ከም ህጻን ይኹራ፡ዓለም ምሉእ ከኣ ንዕኡ ከምዘድንቕ ኮይኑ ይመስሎ፡ብሓቂ ንዝገንሑዎ ዝቕንኡሉ ኮይኑ ይስምዖ፡ንኽምለኽ ዘኽእሎ መደብ እናሓንጸጸ ድሕሪ ሞቱ'ውን ከይተረፈ ስሙ ከንግስ ይጽዕር።ኣብ ራእይ ውዳሴ ከንቱ ዓቢ ዕንቅፋት እዩ::ፈታዊ

ዘስእነካ፡ምስ መንጢሎም ንምህዳም ዝለማለሙ ዘላግብ ክፉእ ነገር'ዩ።ውዳሴ ከንቱ ካብ ኣብ ካልእ ቦታ ብዝያዳ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ነጊሱ ይርከብ፡ከም ኣምልኾ ኮይኑ ከኣ ይነብር ኣሎ።

ንጽቡቕ ጽቡቕ ምባል ባህሪ ናይ ቅኑዕ ሰብ'ኳ እንተኾነ ኩሉ ግዜ ውዳሴ ምብዛሕ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን።ንዘድነቕናዮ ነገር ክንስዕቦ ደኣ'ምበር ክንውድሶ ጥራይ'ሲ ረብሓ የብሉን።ክንድቲ ንነቐፈሉ ክንሃድም ዝግባኣና ንውዳሴ ከንቱ ከኣ ከምኡ ክንርሕቆ ይግበኣና።ምኽንያቱ ውዳሴ ከንቱ ንገዛእ-ርእስኻ ዘየርኢ ሃሳስ መስትያት እዩ።ንጉድለትና ባዕልና ተሓተቲ ምኽን፡ንጽቡቕ ነገርና ግን መበገሲኡ እግዚኣብሄር ምኽኑ ምግላጽ ፍሉይ መልክዕ የልብሰና።ኣብ ራእይና ካብ ዝኾናዮ ንላዕሊ ካብ ዝገልጹና ሰባት ክንጥንቀቕ ኣለና፡ስጋ ብባህሪኡ ውዳሴ ከንቱ ከምዝደሊ ከኣ ክንስሕቶ የብልናን።ሰይጣን ብትብዓት ኣብ ዓቢ ጸድፊ ክድርብየና ዝደሊ ብውዳሴ ከንቱ ምስዝጠልፈና እዩ።ንራእይና ብናይ ኣገልጋሊ መንፈስ ክንፍጽም ደኣ ይግባኣና'ምበር፡ሰብ ጽቡቕ ስራሕ ኮይኑ ክስምዓና የብሉን።ጎይታ፡-"ንስኻትኩም ዝተኣዘዝኩሞ ምስገበርኩም፡ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ኢና፡ክንገብሮ ዝግባኣና ኢና ዝገበርና በሉ"ዝበሎ መምርሒና ክንገብሮ ይግባኣና (ሉቃ 17፡10)።

2.ከይተረድኦም ዝድግፉና

ሓደ ግዜ ሓደ ዘይተማህረ ጭዋ ሰብኣይ ኣብ ጥቓ ቅኔ ዝግበረሉ ምስ በዓል-ቅኔ ተጻጊዑ ይሰምዕ ነበረ።በዓል ቅኔ ቅኔኡ ከቕርብ ከሎ ሰሚዑ፡-"የኔታ ጽቡቕ ቅኔ ኣውዲቕኩም" በሎም።እቶም በዓል-ቅኔ ከኣ "ንስኻ'ስ እንታይ ፈሊጥካን ተረዲእካን ከምዚ ክትብል ክኢልካ፧"ጽቡቕ'ዩ እትብል በሉዎ።እቲ ሰብኣይ መሊሱ፡-"ካብ ኣፍኩም ሕማቕ ነገር ኣይወጽእን'ዩ ኢለ እንደኣለይ በሎም" ይበሃል።

ቅኔ ከቕርብ ከሎ ንቅኔ ዝተረድኡን ብኡኡ ዝተመሰጡን ሰባት ጽቡቕ ኔሩ፡ ጽቡቕ እዩ እንዳበሉ'ዮም ዘድንቑዎ።እዚ ሰብኣይ ግና ናይ ዝተረድኦም ኣዘራርባ ተጠቂሙ ከም ዝተረድኦ ጽቡቕ ኔሩ በለ።ብዙሓት ሰባት ከይተረደኦም ንዘይተረድኦም ከይመመዩ ጽቡቕ እዩ ክብሉ ይደፍሩ፡ሰብ ዓቢ መልሓስ፡ውሽጦም ግን ዝፈኾሰ ይኾኑ።ከይጸሓፉ ደራሲ፡ ከይተማህሩ መምህር ክበሃሉ ዝደልዩ፡ናይ ካልእ መስዋእትነት ከም ናይ ባዕሎም ጌሮም ከቕርቡ ዝደልዩ ብዙሓት ኢዮም።ናይ ክብሪ ጻውዒት ኣብ ዘለዎ ዓለም ናይ ክብሪ ስርቂ'ውን ኣሎ።ከይተረድኦም ክሳዶም ዝንቕንቕን ከይሰምዑ እዎ ዝብሉን ብዙሓት ኢዮም።ኣብ ከባቢ ጸሮና "ኣው"(እወ) እትብል ቃል ናይ ኣምሓርኛ ጥራይ ዝፈልጥ ሓረስታይ፡ናይ ደርጊ ወተሃደራት ናብቲ ዝነብሮ ሕርሻ መጽዎ፡እቶም ወተሃደራት ከኣ፡-"ኣብዚ ከባቢ ሸፋቱ'ዶ ርኢኻ፧ በሉዎ። ንሱ ከኣ "ኣው" (እወ) በሎም።መሊሶም፡-"ሰብ'ዶ ይቐትሉ ኔሮም፧ በሉዎ፡ ንሱ ከኣ "ኣው" (እወ)፧ በሎም።ሕጂ'ውን መሊሱ "ኣው" (እወ) ምስበለ፡እቶም ወተሃደራት ነቲ ሰብኣይ ዝበልካዮ ዘይርዳእ ምኽኑ ፈሊጦም ገዲፎሞ ከዱ ይበሃል።ዝተሓተቱዎ ከይሰምዑ መልሲ ዝህቡ ንዘየሎ ነገር ከም ዘሎ ጌሮም'ዮም ዘቕረቡ፡ንገዛእ ርእሶም ከኣ ንዘይተረድኡዎ ነገር መስዋእቲ ጌሮም የቕርቡ።መስዋእትነት ከሐጉሰና ዝኽእል ንምንታይ ዋጋ ንኽፍል ከምዘለና ምስ እንፈልጥ ጥራይ ኢና።ብሓቂ ከም ዝተረድኦ ሰብ ምምሳልን ዝተረድኦ ሰብ ምኽንን ግን ዓቢ ፍልልይ ኢዩ ዘለዎ።

ክንድ'ቶም ሕብሪ ዓይንና ኣጽሊኡዎም ዝቃወሙና፡ከይተረድኦም ዝስዕቡና'ውን ብዙሓት ኢዮም።ንዓና ስለዝፈትዉና ጥራይ ንሕና ንዝሓዝናዮ ዘበለ ክፉእ ወይ ጽቡቅ

ምኽኑ ከይተረድኦም ዝስዕቡና ወገናት ብዙሓት ኢዮም።እዞም ሰባት እዚኦም እምበኣር ዘፍርሑ ኢዮም።ካብቶም ከይተረድኦም ዝድግፉና እቶም ዝቃወሙና ይበልጹ።እዞም ፍቕርና ጥራይ ዘስርሖም ሰባት፡ስለዝለመዱና ጥራይ ዘይፍለዩና ሰባት ድሒሮም ዘይተጸበናዮም ዓንቀፍትና ኢዮም ዝኾኑ።ስለዚ ኣብ ራእይ ብውዳሴ ከንቱ ዝኸቡናን ከይተረድኦም ዝድግፉናን ሰባት ክንድቶም ዝነቕፉና ሰባት ዝኣክል ክንጥንቀቕሎም ይግበኣና።

ነስተውዕል

- ብዝተመረቕ መገዲ ብነጻነት ከምዝነዓዝ ኣጋር፡በቲ ነይታና ዝሓለፎ፡ፊቶራሪ ናይ ንጉስ ብዝሓለፎ መገዲ-ራእይ ብሓነስ ክንነዓዝ ኣለና።
- ዙርያና ብሰራዊት'ኳ እንተተኸበ ውሽጥና እንተደኣጸኒው ግን ኣብ ዕላማ ራእይ ክንበጽሕ ንኽእል ኢና።
- ዓለም ሰራቒት ክብሪ ሰብ ኢያ፡ንዝኸበረ ካብ ዝተዋረደ ዘይትፈሊ፡ናይ ሓቂ ሚዛን ዘይብላ ኢያ።
- ሓቀኛ ምዕባለ ንሰብ ኣብ ዝግብኦ ቦታ ዘቕምጥን ዘመዓራርን ኢዩ።
- ውዳሴ ከንቱ ከም ጣንጡ ካብ ሓደ ናብ ሓደ እናሰገረ ትምኒቱ ክገልጽ'ዩ ዝነብር።
- ውዳሴ ከንቱ ነቲ ዝቕበሎ ሰብ እዩ ዝጎድኦ፡ውዳሴ ከንቱ ዝተቕበለ ሰብ ከኣ ተግሳጽ ይጸልእ፡ካብ ሓቀኛ ሰብ ድማ ይርሕቕ።
- ዋጋ ንምንታይ ንኽፍል ከምዘለና ምስእንርዳእ፡መስዋእትነት ከሐጉሰና ይኽእል።

※ ※ ※

ምዕራፍ 24

<u>ተቓውሞ</u>

መራሒ ዓዲ እንግሊዝ ዝነበረ ወኒስቶን ቸርችል(wensten cherchl) ኣብ ክእለት ኣዘራረብኡ ኣደናቒ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።ዌንስተን ቸርችል ክዛረብ ከሎ ብዙሕ ህዝቢ ተኣኪቡ ይሰምዕ ነበረ።ሓደ መዓልቲ ሓደ ጋዜጠኛ ንዌንስተን ቸርችል፡ንስኻ ክትዛረብ ከለኻ ብዙሕ ህዝቢ ክሰምዓካ ይእከብ፡እሞ'ኽ ደኣ እንታይ ይስማዓካ፧ኢሉ ሓተቶ፡ንሱ ከኣ፡-"ተፈሪደ ክስቀል ከለኹ'ውን ካብዚ ዝበዝሕ ህዝቢ ከምዝእከብ ኮይኑ ይስማዓኒ በለ" ይበሃል።ህይወት ሎሚ ብዘጋጠመ ጥራይ ከምእንፈልጣ ኮይና ኣይተሰርሐትን፡ቅድመ ኩነት ንመጻኢ እንርኤሎም ብዙሓት መነጸራት ኣለዉ።

ትንቢት፡ቅዱስ መንፈስ፡ምስትውዓል፡ፍልጠት፡ታሪኽ፡ብምንባር ዝቐደሙና ናይ ምንባር ልምዲ ዘለዎም፡ዘሕለፍናዮ ታሪኽ ንጽባሕ እንርእየሉ መንጽር'ዩ።ሰባት ካብ ምስጋንኡም መርገሞም ከምዝበዝሕ፡ካብ ፍቕሮም ጽልኡም ከምዝሕይል፡ናይ ምፍቃርን ምጽላእን ግዜ ከምዘለዎም እንተ ዘይፈሊጥና ተጎዳእቲ ኢና ንኸውን።ናይ ደገፍ ድምጾም ናይ ውደሳ ቃላቶም፡ናይ ቀረባ ምልምላሞም፡ሓመድ ይኽደነኒ እናበሉ ቀጺሎም ሓመድ ከብልዑና ኢዮም ኢልካ ምግማት ዘጸግም ኢዩ።እንተኾነ ግን ኣስቢሑም ከም ብዕራይ'ዮም ዝሓርዱና።እዚ መከራ'ዚ ንሕና እነቀላጥፎ ዘይኮነስ ክትግበር ዝጸንሐን ሕጂ'ውን ኣብ ካልእ ዝትግበር ዘሎን ኢዩ።ኣባና ክበጽሕ ከሎ ዓለም ሓድሽ ኣመል ዘምጽኣት ኮይኑ ይመስለና ደኣ'ምበር እዝስ በብመዓልቱ ዝካየድ ዘየቋርጽ ተጻብኦ ኢዩ።ኩሉ ግዜ ምእካብ፡ክዝረብ ምእካብ፡ክስቀል ምእካብ፡ተኣኪብካ ምሕላፍ ናይ ብዙሓት ህይወት ኢዩ።ኣብ ናይ ሎሚ ኣድናቐት ኮይንካ ንጽባሕ ምርኣይ ግን ዝበለጸ ዕብየት ኢዩ።ዘደንቕ ኣብ እንዛረበሉ ካብ ዝወጽእ ህዝቢ ንላዕሊ፡ፍርዲ ስኢንና ክንስቀል ከለና ዝበዝሐ ህዝቢ ይወጽእ።

ራእይ ናይ ልደት ዘመኑ ክቀርብ ከሎ ብዙሕ ቃንዛን ጭንቀትን ኢዩ ዝርኣ።ኣብ ጎድንና ሕልኽልኽ ንዝብሉ ብዝሒ ፈተውትና ምርኣይ ይስልችወና።ብምቕጻል ናይ ፈታዊ ኣሰር ክሳብ እንናፍቕ እገለ እንተዝተርፈለይ እንታይ ምበለኒ ክሳብ ንብል ኩሉ ይርሕቕ።ራእይ ግን ብማእከል'ዚ ሓሊፉ ዝኸይድ መለኮታዊ ሽቶ ኢዩ።ጳውሎስ ዓቢ ራእይ ዝነበሮ ሃዋርያ ኮይኑ፡ንዓለም ወንጌል ንምብጻሕ እምነት ሒዙ ዝተበገሰ፡ህይወቱ ከኣ ንዓወት ዕላማ ገሩ ዝሃበ ሃዋርያ ኢዩ።ኣብ ከተማ ቆሮንጦስ ኮይኑ ከኣ ሮማን ስጳኛን ይረኣይኦ ነበራ(ሮሜ 15፡24)።ኣቐዲሙ ዘይፈልጦም ሃገራትን ህዝብን እኳ እንተኾኑ ራኢኡ ግን ጫፍ ናይ ምዕራብ ይርኢ ነበረ።ጳውሎስ ነዚ ናይ ወንጌል ራእይ ንምብጻሕ ክብገስ ከሎ ጉዕዝኡ ሙቹእ ብዘይምንባሩ ብዙሕ መከራን ፈተናን ተቐበለ።እዞም ኩሎም ተወዳደርቲ ቅልሳት ግን ንጳውሎስ ከምዘየሰነፍዎ ንሕና ምስክር ኢና፡ባዕሉ ጳውሎስ'ውን ነቲ ዝገጥሞ መከራ ብዝርዝር ድሕሪ ምጽሓፍ እታ ቀንዲ እተታሓሳስቦ እታ ራኢኡ ዝኾነት ቤተክርስትያን ምኻና ገለጸ።

በለ ከኣ፡-"ሕልፎም ዝጸዓርኩ፡ብዙሕ ግዜ ዝተኣሰርኩ፡ብዙሕ ግዜ ዝተገረፍኩ፡ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣፍ ሞት ዝበጻሕኩ፡ሓሙሽተ ግዜ ነርበዓ ሓደ ጎደል ብጭጉራፍ ኣይሁድ ተገረፍኩ፡ሰለስተ ሳዕ ብሽመል ተዘበጥኩ፡ሓደ ሳዕ ብዳርባ እምኒ ተቐጥቐጥኩ ፡ሰለስተ ሳዕ እታ ዝነበርኩዋ መርከብ ተሰብረትኒ፡ሓደ መዓልትን ሓደ ለይትን ኣብ ባሕሪ ገበርኩ፡ብዙሕ ግዜ ከኣ መንገደኛ ኮይነ ነበርኩ።ብውሕጅን ብኽተርትን

ተጨነቐኩ፡በቶም ሓሰውቲ ኣሕዋት ተጨነቐኩ ብዕዮ፡ብጻዕሪ፡ድቃስ ለይቲ ብምስኣን ብጥሜት፡ብጽምኢ ፡ብስእነት መግቢ ኣብ ጥራይ ዝባነይ ቁሪ ይቕበል ነበርኩ፡ኣብ ርእሲ፡ዚ ኩሉ ከኣ እቲ ብዛዕባ ኩለን ኣብያተ ክርስትያን ዘለኒ ሓልዮት ኣብ ጸጽባሕ የጽብበለይ ኣሎ” በለ(2 ቆሮ ፲፡23-28)።

ጳውሎስ ብምልኩዕ ክዳን፡ብጽቡቕ መደረብታ፡ብካባን ዘይኮነስ በቲ ንራእይ ዝኸፈሎ ዋጋ፡ዩ ተመኪሑ።ሓቀኛ በዓል ራእይ ከኣ ብወርቂ ዘይኮነስ ብዝኣረገ፡ዩ ዝምካሕ፡መለለዩ ናይቲ ሓቀኛ በዓል ራእይ ዘውዲ ዘይኮነስ ኣኽሊል ናይ እሾኽ ኢዩ።ጳውሎስ ብዙሕ ዓይነት ፍርሒ ከምዝኣንገደ ጽሓፈ፡እዞም ፍርሕታት ከኣ ሸሞንተ ነበሩ።ንናይ ሕጂ በዓል ራእይ ሓይሊ መታን ክኾኑ ከኣ ክንዝክሮም ኢና፡-

1.ውሕጅ	4.ኣረማውያን	7.ባሕሪ
2.ከተርቲ	5.ከተማ	8.ሓሰውቲ ኣሕዋት
3.ወገን	6.ምድረበዳ	

እዞም ፍርሕታት፡ዚኣም ሎሚ፡ውን ኣለዉ፡ኣብ ህይወት ሰብ ተመሳሳሊ ተቓውሞ ስለዘሎ ኢዩ ከኣ ተመኩሮ ናይ፡ቲ ሓደ ነቲ ካልኣይ ትምህርቲ ዝኾኖ።ንጳውሎስ ዘሕመሞ ከኣ ነዓና የሕመና ብምኻኑ ኢና ክንሪኦ ዘድልየና።

1, ፍርሒ ውሕጅ

ጳውሎስ መነባብርኡ ንምምሕይያሽ ዘይኮነ፡ወንጌል ንፍጥረት ሰብ ንምብጻሕ ክንዓዝ ከሎ ብዙሓት ፍርሕታት፡ዮም ገጢመሞ፡ካብቶም ፍርሕታት ሓደ ከኣ ፍርሒ ውሕጅ ኢዩ።ውሕጅ ሰጊርካ ክሳብ ዘሎ ንቑጽ መሬት ርሕቀቱ ሓጺር፡ኳ እንተኾነ ኣጨናቒን ዘፍርሕን፡ዩ።ዋንኣ ንዘይካኣላ ጃልባ ነቲ ካልእ ምስኪን ብዝበለጸ ኢያ እተጨንቕ።ኣብ ሞንጎ እቲ ውሕጅ ክበጽሑ ከለዉ ጋሻ ውሕጅ፡ኣራዊት ናይቲ ውሕጅ፡ደው ዝብሉሉ ስፍራ ምስኣን ፡ካብ ጎድንኻ ውሕጅ ንዝወስዶ ብጻይ ምሕጋዝ ዘይከኣለሉ ቅጽበት፡ናብ ሞት ምጽጋዕ ኩሎም ፍርሕታት፡ዮም።ንጳውሎስ ከኣ እዞም ኩሎም ከይገጠሙዎ ኣይተረፉን።እግዚኣብሄር ግን ተመንዚዕካ ካብ ምኻድ፡ኣብ ማይ ካብ ምጥሓል፡ብኣራዊት ካብ ምብላዕ ካብ ሞት ኣድሓኖ፡ክዛረብ ምብቅዑ ድማ ናይ ምድሓኑ መረጋገጺ ምስክርነት ኢዩ።

ውሕጅ ትኽ ኢሉ ዝፈስስ ዘየቋርጽ ሓጋዚ ዘየድልዮ ሓይሊ፡ዩ።ምርግጋእ ስለዘይብሎም ጃልባን ዋንኣን ክንድቲ ኣይጠቕሙን፡ዮም፡ብጣዕሚ ንፉዓት ሓንበስትን ዘወርትን እንተዘይኮይኖም ነቲ ውሕጅ በዲሆም ከምልጡ ኣይክእሉን።ውሕጅ ዘየቋርጽ ፈተና ናይ ህይወት፡ዩ።ፈተና ናይ ህይወት ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ ኮይኑ ከም ጨግራፍ ዝተታሓሓዘ፡ከም ሰንሰለት ዝተሓላለኸ፡ከም ሓረግ ከኣ ነዊሕ ኢዩ።ኣብ ውሽጢ፡ዚ ፈተና፡ዚ ከም ጋሻ ውሕጅ ጸሪጉ ዝወስድ ክፉእ መዓልቲ ኣሎ፡ድልየት ናይ፡ዚ ፈተና፡ዚ ከኣ ንዕድመ ምቕንጻል፡ዩ።እቲ ግዜ ሓጺር፡ኳ እንተኾነ ብሞት ናይ ምስዓር ቃልሲ ዝሓትት፡ዩ።እግዚኣብሄር ግን ካብዚ ዓይነት ፈተና፡ውን፡ዩ ዘድሕን፡ሜዳኞ ንዘይትዘሎ ጎዶሎ መዓልቲ፡እግዚኣብሄር ከሳግረና ብዙሕ ግዜ ኢና ሪኢና።ኣገልጋሊ ናይ ጽድቂ ብምኻን፡ኣብ ፈተና ምጥሓልን ብፍርሒ ምንባርን ሓደ ናይ ሂወት ገጽታ፡ዩ።ደው እንብለሉ ቦታ ክሳብ

እንስእን ኩሉ ነገር ዘጠራጥር፡ኩሉ ሰብ ተዋጋኢ መሲሉ ዝርኣየሉ ግዜ ኣሎ፡ካብ ጎድንና ከኣ ብዙሕ ፈታዊ የዝልቐ።ከምቲ ሓደ ብእሙን ብጻዮም ዝተጠልሙ ዝገጠሙዎ ከኣ'ዩ፡-

"ንፈታዊኻ ኣይትበሎ ንኽፉእ መዓልቲ ክኾነኒ'ዩ፡

ምስተተሓዝካ ከይክሕደካ ሰብ ወዲ ጴጥሮስ'ዩ"።በሉ

ሓደ ነቲ ሓደ ክሕግዝ ዘይክእለሉ፡ቤት ዘበለ ብኽያት ዝኾነሉ ግዜ ኣሎ።ፍርሒ ናይ ውሕጅ ኣባና'ውን ይበጽሕ ኢዩ።ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ኣንፈት ናይ ውሕጅ ኣጽኒያም ምሕንባስ ከምዝኽእሉ፡ናይ'ዚ ዘመን'ዚ መታለሊ ቴክኖሎጂ ኣጽኒያም ንሓቂ ዘይኮነስ ከም ዘመን ዝንቀሳቐሱ ሰባት ክንርኢ ከለና ከምኣቶም ስለዘይኮንና ንፈርሕ ኢና።ናይ ዘመና ወለዶ ንቴክኖሎጂ ዝተዋህበ፡ብምፍታው ገዛእ ርእሱ ዝበጽሖ ዘይብሉ ብውሕሉል ቃላት ዝወቀበ ኣብ ልቡ ግን ሓቂ ዘይርከቦ በዓል ባዶ ልቢ ኢዩ።ወለዲ ብናይ'ዚኣም ታህዋኽ ተማሪኾም፡ሓዳርና ምርሑልና ኢሎም ኣሕሊፎም ሂቦምዎም ከብቅዑ፡እዞም ውሉድ እዚኦም ግን ናይ ቴክኖሎጂ ደኣ'ምበር ፍልጠት ናይ ምንባር ፈጺሞም ኣይፈልጡዎን ኢዮም።ቅልጣፈኦም እግዚኣብሄር ዘይብሉ ብምኻኑ ከኣ ከም ጽላሎት ቀልጢፎም ይሓልፉ።ንሕና ከምዚኣቶም ክንከውን ብዘይምኽኣልና ክንነብር ዘይንኽእል ኮይኑ ስለዝመስለና ኣዚና ንፈርሕ፡ብቐዕ ምንባር ግን ብእግዚኣብሄር ኢዩ።ምስዚ ዘመን'ዚ ስምን ወርቅን ኢና ኢሎም ዝሓስቡ ኣብ ምድሪ ከም ዘየለዉ ኮይኖም ኣብ ኣየር የንሳፍፉ፡ንሞት ከኣ ትምኒተኛታት ስለዝኾኑ ድራር ሓዊ ኮይኖም ይተርፉ፡ትሕዝትኦም ከኣ ሃንደበት ይውዳእ።

ናይ ሎሚ ወለዶ እዚ ተግሳጽ'ዚ'ኳ ምቐባል እንተኸበዶ ኣብ መስርሕ ዘሎን ዝውዳእ ዘሎን'ዩ።ኣብ መጽሓፍ መዝሙር "ንቐተልቲ ሰብን ንሓሰውትን ኣብ ፈረቓ ዕድሜኦም ከይበጽሑ ኣብ ዓሚቕ መቓብር ተጽድፎም"ይብል(መዝ 55፡23)።ዕድመ ሰብ እንተበዝሐ ሰማንያ ኢዩ(መዝ 90፡10)ስለዝተባህለ፡ናይ ሓሳዊ ዕድመ ግን 40 ኣይመልእን ማለት'ዩ።ሎሚ መቐስ ንዕድመ ኣብ 40 ክቐርጾ ከሎ ኢና እንዕዘብ ዘለና።ኣብ ራእይ ሓጸርቲ ዝኾኑ ግን ከበድቲ ፈተና ናይ ውሕጅ'ውን ኣለዉ።ካብዚኣም ከኣ ብሓይሊ ኣምላኽ ጥራይ ኢና ንሓልፍ።

2, ፍርሒ ከተርቲ (ሽፋቱ)

ከተርቲ እንብሎም ሰረቕቲ ዘይኮኑስ ካብ ሰረቕቲ ዝኸፍኡ ሰረቕቲ'ዮም።ሰራቒ ሰብ ኣብ ዘለዎ ዝነብር ንሰብ ከም ናይ ኣታዊ ምንጩ ጌሩ ብምቑጻር ክሳብ ዘይተፈልጠ ፈታዊ፡ምስተፈልጠ ከኣ ሓፋር ዝኸውን ኢዩ።ሽፍታ ግን ካብ ሰብን መንግስትን ርሒቑ ኣብ ዱርን ጸድፍን ዝነብር ንኹሉ ከም ጸላኢኡ ዝርኢ ኣብ ጣሻ-መገዲ ከቲሩ ዝዝርፍ፡ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ ህይወት'ውን ዝሰርቕ ኢዱ ብደም ዝተጨማለቐ ሰብ ኢዩ።

ሰረቕቲ ምትላል ይጥቀሙ፡ሽፋቱ ግን ሓይሊ'ዮም ዝጥቀሙ።ሰረቕቲ ክነብሩ'ዮም ዝደልዩ፡ሽፋቱ ግን ኣጥፊኦም ዝጠፍኡ ኢዮም።ሰረቕቲ ንጹባ ወዲ ተባዕታይ ካብ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ኣዐርዮም'ዮም ዝፈልጥዎ።ህዝቢ ኣብ ጥርሑ ጁባ ከምዝዝንጥ ወይ ቁጻር ከም ዘይርከቦ ኣዐርዮም ንኽፈልጡ፡ናይ ኣእምሮ ሓይሎም ንጥፉእ ዕላማ ዝጥቀሙ ኢዮም፡ሽፋቱ ግን ስቓይ ናይ ህዝቢ ኣብ ምፍላጥ ዘይግደሱ ኮይኖም እናሳቐዩ ብጭካነ ዝዓግቡ'ዮም።ሰራቒ ሰራቒ እናተባህለ ከምዘይሰመዐ ይሓልፍ ደኣምበር ብምክርኻር ገዛእ ርእሱ ኣየጋልጽን።ሰራቒ ዘረባ ናይ ሰብ ሰሚዓ ከም ትደግም

ፓፓጋሎ፡ተሰሪቹና ኢሎም ዘእውዩ ሰባት ክሰምዕ ከሎ ንሱ፡ውን የእዊ፡ሰራቺ ኢሎም ክሃርምዎ ከለዉ ከኣ ሰራቺ'የ ኢሉ ይህረም፡ሸፍታ ግን ደው በሃሊ ኢዩ፡ኣይኮነን ንዝጸረፍዎ ሓራሳት ከብትኻ ለኣኸለይ ኢሉዎ የብለይን ንዝበሎ ሓረስታይ'ዩ ዝቕትል።ሸፋቱ ሓዳር ዝኸሓዱ፡ሰብኣይ ቀቲሎም ሰበይቲ ዝሰርቁ ኢዮም።ሰረቕቲ ሓሰውቲ ኢዮም፡ንሸፋቱ ግን ክሕስዉ ዘይክሕስዉ ክሓቶም ዝኽእል ሰብ የለን።ሰረቕቲ ክሰርቁ ዝሓዞም ሃሪሙ ይሰዶም ደኣምበር ኮሪያም ኣይከዱን፡ሸፋቱ ግን ከይተቐደሙ ቀዲሞም ዘጥቅዑ ኢዮም።ሰረቕቲ ኣብ ዝሰረቑሉ መዓልቲ ካብ ገንዘቦም ንለማኒ ይምጽውቱ፡ሸፋቱ ግን ንማንም ኣይርህርሁን'ዮም።ሰረቕቲ ንመግቢ ከረጺቶም የዳልዉ፡ሸፋቱ ግን ብምብላዕ'ዮም ዝኣምኑ።ሰረቕቲ ካብ ቤት ኣዲኦም ኣይርሕቁን፡ሸፋቱ ግን ዱር'ዩ ገዝኦም።ሰረቕቲ ደረጃኦም ሓሶት ኢዩ፡ሸፋቱ ግን ብነፍሰ ቅትለትን ብስርቅን ብጭካነ ኢዮም ዝፍለጡ።

ጳውሎስ ወንጌል ንምምሃር በረኻን ዱርን ከቋርጽ ከሎ ብዙሕ ግዜ ሸፋቱ ገጢሞሞ ኢዮም።ንብረትን ህይወትን ዝሰርቁ ሸፋቱ'ኳ እንተገጠመዎ እግዚኣብሄር ግን ብዙሕ ግዜ'ዩ ከድሕኖ ክኢሉ።ሕጂ'ውን ዓለም ዱር መሲላቶም ህይወት ሰብ እናቕንጸሉ ንምዕማጽ ዝንቀሳቐሱ ሸፋቱ ኣብ ህይወትና ይገጥሙና'ዮም።ዝበልዕዎ ዘበለ ዝሰማምዖም፡ሓይሎም ንምልዓል ዘይኮነስ ንምድርባይ ዝጥቀሙሉ፡ከም ዝተበደለ ሰብ እናፋጠጡ ዝነብሩ ፡ብጭውነት መልሓሶም ዝፍለጡ፡ዓመጽ ክፍጽሙ ደው ኢሎም ዝሓድሩ፡ካብ ሓደ ሰብን ሓደ ብርን ክበሃሉ ንሓደ ብር ይበልጽ ዝብሉ፡ዋጋ ቁምነገር ዝጠንጠኑ ሰባት ብዙሕ ግዜ'ዮም ዝፍርሑ።ምፍራሕ ግን ብስልቱ ንዝነብር ሰብ ዘይኮነስ ፍርሃት እግዚኣብሄር ንዘለዎ ሰብ'ዩ ዝግባእ።ንገዛእ ርእሱ ዝዋጋእ ይሰዓር፡እግዚኣብሄር ዝዋጋኣሉ ግን ኣይሰዓርን'ዩ፡ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ክለዓል ናይ ስጋ ሓይሊ ክቐውም ኣይክእልን'ዩ።ነብዩ ዳዊት፡-"እግዚኣብሄር ይልዓል ጸላእቱ ከኣ ይበተኑ"ከምዝበሎ ኢዩ(መዝ 68፡1)።ኣብ ራእይ ብዙሓት ጨካናት የጋጥሙና'ዮም፡ናይ ጨካናት ብዝሒ ግን ንራእይ ደው ከብሎ ኣይክእልን ኢዩ።

3 ፍርሒ ኣዝማድ

ዘመድ መጸግሚ ኢዩ፡ዘመድካ ከሳድደካ ከሎ ግን ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ።ዘመድካ ክጭክነልካ ከሎ ካብ ጓና ይገድድ።ንጳውሎስ ካብቶም ኣዝማዱ ኣይሁዳውያን ብዙሕ ሕልኽላኽን ስደትን'ዩ ወሪድዎ፡ንጓና ከኣ'ዮም ኣሕሊፎም ሂቦሞ።እዚ ኩሉ ዝገበርዎ ብሃይማኖት ከም ዝቕንኡ ኢዩ ዝመስል፡ሃይማኖት ግን ሙቱ ደኣምበር ቅተሉ ኣይትብልን'ያ።ጳውሎስ ኣቐዲሙ ኣኽራሪ ኣይሁዳዊ ስለዝነበረ፡ነዚ ኩሉ ገዲፉ ክርስትያን ስለዝኾነ ቤተ-ሰቡ ከም ከሓዲ ቆጸርዎ።መሊሶም ጸላኢ ጸላኢ'ዩ፡ኣቐዲምካ ግን ንጳውሎስ ምቕታል'ዩ ዝሓይሸ በሉ፡ስለዚ ካብቶም ብግፍዒ ዝገዝኡዎም ሮማውያን ኣብሊጾም ንጳውሎስ ጸሊኦም የሳድዱዎ ነበሩ።ኣኽረርቲ ሃይማኖታውያን ንዝጸልኡዎ ሰብ ካብ ምድሪ ከጥፍኡዎ'ዮም ዝደልዩ፡ብዜግነቱ ክነብር መሰል ከምዘለዎ'ኳ ፈጺሞም ይርስዕዎ።ከማይ ካብ ዘይሓሰብካ ጥፋእ ምባል ናይ ሃይማኖት ጸገም ጥራይ ዘይኮነ፡ምሉእ ሰብኣውነት ናይ ዘይምህላው ጸገም'ውን ኢዩ።እግዚኣብሄር ከማን ከምዚ ኣይበለን።

ቀደም ጳውሎስ ክርስትያን ከጥፍእ ከሎ ሓቀኛ ኣማኒ ይብልዎ ነበሩ፡ድሒሩ ንሞት ድሉው ምስ ኮነ ግን ከሓዲ በሉዎ።ነቲ ናይ ትማሊ ናብራ ንሱ ብላሽ'ዩ ይብሎ፡ቤተሰቡ ከኣ ነቲ ናይ ሎሚ ናብርኡ ዝተበላሸወ ይብልዎ።ሚዛን ሰብ ከምዘዋህለሎ ኢዩ፡እግዚኣብሄር ግን ናይ ሓቂ መዛኒ ኢዩ።ሎሚ'ውን ንፍርሒ ቤተ-ሰብ ብዙሓት'ዮም ዝሓልፍዎ ዘለዉ።ዝሰክር ዝነበረ ስኽራን ምስዝገድፎ ስም ይወሃቦ፡ጠንቂልን ኣስማተኛን ከቢሮም

እናነበሩ ወንጌል ዝተሰከሙ ይስንጉ።ኣመንዝራታት ዝወቕሶም ስኢኖም ሓቀኛታት ሰበኽቲ ግን ይኽሰሱ።ትማሊ ዝማሃሩዎ ሎሚ ከሳሲ ክኸውን ከሎ፡ትማሊ ንኽኣምን ዝተሰብከ ሎሚ ከሓዲ ክብል ከሎ፡ትማሊ ዘብልዕዎ ሎሚ ክነክስ ከሎ ዘፍርሕ፡ኻ እንተመሰለ እግዚኣብሄር ግን ካብዚ፡ውን ኢዩ ዘድሕነካ።ኣቐዲሞም ሓድነትና ኣብ ቅድሚ ዝፈልጡ ኣረማውያን ክትጻላእ ከለኻ ኣዝዩ ዘፍርሕ፡ዩ፡እንተኾነ ሓቂ ካብ ዘምጽኣቶ ምቕባል ወጺእካ ንመከራ ቅርጺ ምውጻእ ኣይከኣልን፡ዩ።ንጳውሎስ እዚ ኩሉ ፍርሒ፡ኻ እንተበጽሐ ሎሚ ንዕኡን ንሰንጉትን ኣይኮናን እነድንቕም፡ናይቶም ሰንግቲ ሓይሊ ሎሚ የለን።ናይ ጳውሎስ ናይ መልእኽቱ ሓይሊ ግን ሎሚ፡ውን ስለዘሎ ነዚ ኢና እነድንቕ።

ክርስትያን ክስንግ ዝግብኦ ኣሳዳዲ፡ክመውት ዝግበኦ ቀታሊ፡ተሰካሚ መስቀል ክኸውን እናተገብኦ ኣሰካሚ መስቀል እንተኾነ ብጣዕሚ፡ዩ ዘሕዝን።ልዕሊ እዚ ኩሉ ኣይሁድ ንክርስቶስ ኣቐዲሞም ካብ ሙክራቦም ሰንጉዎ፡ሎሚ ብስሙ ካብ ዝተሰምየት ቤተክርስትያን ክስንግ ከሎ ግን ብጣዕሚ፡ዩ ዘሕፍር።ኣብ ራእይ ካብ ዝለዓሉ ደጋዊ ተቓውሞታት ሓደ ብቤተ ሰብ ዝለዓል ተቓውሞ ኢዩ።ናይ ርሑቕ ተቃወምቲ ንባዕሎም ጥራይ ዘይኮነ ንሓዳርናን ንወለድናን ከይተረፈ ተቓወምቲ ጌሮም የለዓዕልዎም፡ዮም።ናትና እንብሎም ከይተረፉ ነዓና ንጓና የሕሊፎም ብምሃብ፡ዮም ዝዓግቡ።ንቕትለትና ከኣ ምስቶም ኣቐዲሞም ዝነቕፉዎም ዝነበሩ ሰባት ይሰማምዑ።እንተኾነ ንሕና በዚ ፎኪስን ቀልጢፉ ዝሕልፍ ተቓውሞን ክንስንብድ ኣይግባእን።

4 ካብ ኣህዛብ ዝመጹ ፍርሒታት

ብብዝሒ ጣኦታት ዝኣምኑ እሞ ፈጺሞም እምነት ዝበሃል ዘይብሎም ኣህዛብ ንጳውሎስ ጥራይ ዘይኮነ ንብዙሓት ኢዮም ዘፍርሑ።"ሂውም" ዝተባህለ ፍላስፋ እግዚኣብሄር የለን ኢሉ ይዛረብ እኳ እንተነበረ ኣብ ህይወቱ ግን ልዕሊ ኩሉ እግዚኣብሄር የለን ንዝብሉ ሰባት ይፈርሕ ነበረ።እዚ ፍላስፋ፡ዚ ሃይማኖት ካብ ዘይብሎም ሰባት ተጠንቀቕ፡እዞም ሰባት ኣብ ዘመን ሂወትካ እንተ ኣጋጢሞምኻ ካብ ኣራዊት ብቕሩብ ጥራይ ከምዝፍለዩ ፍለጥ ከኣ ይብል ነበረ።

ጳውሎስ ናይ ኣህዛብ መምህር ብምኻኑ ኣገልግሎቱ ድማ ዱር ምምሓውን በረኻ ምልማዕን ብምንባሩ ከቢድ፡ዩ ኔሩ።እግዚኣብሄር ግን ኣብ ዝለኣኸና ስፍራ ጸግኡ ዳኣ የብዝሓልና፡ምበር በይንና ስለዘይገድፈና ጳውሎስ ኣዚዩ በርተዐ።ኣረማውያን ሓቀኛ እምነት ስለዘይብሎም ካብ ሞራላዊ ሕጊ ወጻኢ ኮይኖም ብሰይፊ ዘእምኑ ኢዮም።ንጳውሎስ፡ውን በቲ ዝሰብከሎም ክርስቶስ እምነቶም ዝጠፍእ እናመሰሎም ምቕጥዖም ኣይተረፈን።ኩሉ ኣብ ግዝኣቱ ጅግና ስለዝኾነ ኣብ ግዝኣቶም ክኣቱ ከሎ ፈኸራን ምፍርራሕን ናብ ጳውሎስ ካብ ምልኣኽ ኣይተረፉን።ብሰንኪ እዚ ከኣ ጳውሎስ ካብ ወገን ኣህዛብ ፍርሒ ነበሮ።ንናይ ሎሚ ዓለም ዓበይቲ-ሃገራት፡ክርስትና ሓባራዊ ሃይማኖት ክኾኖም ምኽኣሉ፡በዓል ጳውሎስ ብኽምዚ ዝበለ ሓደጋ እናሓለፉ ዝሰበኹዎ ወንጌል ምኻኑ ዘገርም ኢዩ።

ኣረማውያን ሰብ ምስ ነጻ ሓሳብ ከምዝተፈጥረ ስለዘይግንዘቡ፡ብሰይፊ ንኽእምኑ ይለዓዓሉ።ናይ ወዲ ተባዕታይን ጓልኣንስተይትን ናይ ክብሪ ተፈጥሮ ብመስርዕ ዘይርድኡ ናይ ገንዘብን ሰይፍን ሓይሊ ዝጥቀሙ ብምኻኖም ብዙሕ ትምህርቲ ክንልግሰሎም ኢና ንግደድ።ከምኡ ከኣ ሎሚ ዘይተጠመቐ ወገናት ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ስግኣት ኮይኖምና ይነብሩ ኣለዉ።ንሕና ወንጌል ንዝሓዘ ብጻይና ገፊዕና፡ንዕኡም ከነቕርቦም ክንደሊ ከለና ከኣ ከምቲ ዝፈተናዮም ኣይፈትዉናን።መሊስና ከኣ "ንሶም ይሕሹ" እናበልና ኢና ንዛረብ፡ናይ

ምሓሸ መምዘኒ ካብ ወሰድና ብስም ክርስትና ዝተጸወዐ፡ኾ ኣይሕሸናን፡ምኽያቱ እንተወሓደ ክርስትያን ኣይሓርደናን ኢዩ።

ሎሚ ናይ ኢትዮጵያ ቤተ ክርስትያን ዓቢ ፈተና ኣብ ቅድሚኣ ተገቲሩ ይርከብ።ናይ ክርስትያን ናይ ሓድሕድ ምፍልላይ ንኣህዛብ ክሕይሉ ስለዘኽኣሎም፡ሃጓፍ መዓልቲ ይጽበዩ ኣለዉ።ቤተ ክርስትያን ንስሓ ኣትያ ስራሕ ወንጌል እንተዘይኣቀላጢፉ፡እግዚኣብሄር ኣሕሊፉ ከምዝህበና ፍሉጥ ኢዩ።ኣብ ዝተዛወርናሎም ከባቢታት፡ኣኾሸሽትን መነኮሳትን ብገንዘብ እናተታለሉ እምነት ክርስትና ክኽሕዱ ንዕዘብ ኣለና፡ካብ ኩሉ ዘሕዝን ከኣ ሓደ መንፈሳዊ ሕጊ ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓዙ ክርስትያናት ሓደ ነቲ ሓደ ከም ከሓዲ እናኾጸሮ፡ብዓቢ ነገር ይፈላለዩ ብምህላዎም ነቲ ዝመጽእ ሓደጋ ክሪኡ ኣይከኣሉን።

ኣብ ራእይ፡ውን ብፍርሓት እግዚኣብሄርን ብፍኾሪ ክርስቶስን ዘይዳነዩ ኣረማውያን ፍርሒ ዝኾኑና ግዜ ብዙሕ ኢዩ።ኣብ መንገድና ሓሊፎም ከኣ ኣይነሕልፍን ይብሉና ኣለዉ።ሃይማኖት ስለዘይብሎም መረዳድኢ ቃልን፡ናይ ቅንዕና ጸጋን እናሰኣናሎም ይጻብኡና።እግዚኣብሄር ግን ካብ ዝረአ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ዘይረአ ጸላኢ፡ውን፡ዩ ዘድሕነና።

5,ፍርሒ ከተማ

ከተማታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንግስቲ ዝርከብ ኮይኑ ብዙሕ ዝንቀሳቐስ ህዝብን ብቑዕ ሓላዊ ዘለዎን ዝሰልጠነ ሕጊ ዝኽብረሉን ኢዩ።ኣብ ውሽጢ ከተማ ግን ፖሊስ ዘይቆጻጸሮ ብዙሕ ዘፍርሕ ነገራት ይርከብ ኢዩ።ካብዚ ፍርሕታት ሓደ ናይ ናብራ ፍርሒ ኢዩ፡ጳውሎስ ብፍርሒ ከተማ ዝሓለፈሉ ግዜ ኔሩ፡ዩ።ህዝቢ እናማዕበለ ፖሊስ ብሓይሊ እናሓለወ ብኽመይ፡ዩ ኣብ ውሽጢ ከተማ ፍርሒ ዝኽውን፡ንብል ንኽውን፡እዚ ግን ኣብ ውሽጢ ምንባር ዘጋጥም ሓደ ክፋል ፍርሒ ኢዩ።

ፍርሒ ቃንዛ፡ዩ፡ንኹሉ ነገር እንፈርሓሉ ግዜ ኣብ ምንባርና ይገጥመና፡ዩ።ካብ ገዛና ንምውጻእን ንዘድንቕና ንምርካብን እንፈርሓሉ ግዜ ኣሎ፡ንፍርሒ እንተሃዲምካሉ ይገንን ድኣ፡ምበር ደው ኣይብልን፡ዩ፡ከምዚ ዝበለ ኩነታት ክገጥመና ከሎ ኣብ ብዙሓት ዝነበረ ምኽኑ ፈሊጥና ክንስንብድ ኣይግባኣናን።ቀስ ኢልና ብምስላይ ሓገዝ ካብቲ ናይ ነጻነት ኣምላኽ ብምልማን ክንገላገል ይግባኣና።ብዙሓት ዓጀብቲ እናሃለዉና እንፈርሓሉ፡ኣብ ውሽጢ ሓዳር ብበይናውነት እንናወጸሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ።ዘፍርሕ ዘየለ ከኣ ብዙሕ ግዜ ኢና ፈሪሕና፡ኩሉ ሰብ ፈራሕ ኢዩ ንመሳርያ ዝሓዘ ከኣ ኩሉ ይፈርሑ፡ንሱ፡ውን ፈሪሑ መሳርያ ምሓዙ እግዚኣብሄር ይፈልጥ፡ዩ።ስልጣንን ሃብትን ድፍረት ዝህብ፡ኳ እንተመሰለና፡እዞም ነገራት እዚኣም ግን ቀንዲ ናይ ፍርሒ ጫካታት ኢዮም ዝኾኑና።

ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ናይ ምፍራሕ ስልጣን ኣለና፡ገለ ኣብ እንደልየሉ ክንፈርሕ ንኽእል፡ከምዚ እንተዝኽውን፡ኪ ኢልና ክነንቀጥቅጥ ንኽእል፡እንተኾነ ኩሉ ግዜ ፍርሕና ሓቀኛ ኣይኮነን።ፍርሒ ብቑዕ መረጋገጺ ዘይብሉ ጥርጣረ ኢዩ።ኣብ ጎድንና ዘለዉ ሰባትን ዝጨበጥናዮ ዓስብን እንተኽዱ፡ኽ ኢልና እንፈርሓሉ ግዜ ብዙሕ፡ዩ።ንዘይከይድ ጎይታ እንተዘይሒዝናዮ ናይ ዓለም ነገር ካብ ፍርሒ ኣየድሕነናን፡ዩ።ኣብዚ ዓለም፡ዚ እቲ ናይ መወዳእታ ዘፍርሕ ሞት ኢዩ፡ንሞት ስለዝፈራሕናዮ ግን ኣይተርፈናን፡ዩ።ሞት ርስቲ ስለዝኾነ ብፍርሒ ትሻዓተ ግዜ ካብ ሙማት ንሓደ ሞት ሓደ ግዜ ሙማት ናይ ተፈጥሮ ጸጋ ኢዩ። እወ እምነትና ክደክም ከሎ፡ፍርሒ ኣብ ውሽጥና ክብርትዕ ይጅምር።

ሓደ ሰብ'ዩ፡-"ሓጹር ብሕጹሩ፡ናይ መቆጻጸሪ ካሜራ ተሰቒሉ፡ከልቢ ይሕሉ፡ጠበንጃ ኣብ ትሕቲ መተርኣሰይ ተቐሚጡ ከሎ ሰባት ከጓይዩኒ ሓዲሮም፡ጽልግልግ ኣሸጊሩኒ በለ" ይበሃል።እወ እዚ ኩሉ ካብ ፍርሒ ኣየድሕንን።ገዛእ ርእስናን ነገራትን ኩሉ ንእግዚኣብሄር ብምግዳፍ ጥራይ ኢና ተብዓት ሰባት እንኸውን።እሞ በሉ እቲ ሓጹር ካብ ፍርሒ ካብ ዘይኣድሓነና "ኣነ ኣብ ዙርያኻ ሓጹር ናይ ሓዊ ክኾነካ'የ፡ኣብ ውሽጥኻ ከኣ ንኽብሪ ክኸውን'የ ብዝብል ቃል እግዚኣብሄር ክንዓርፍ ይግበኣና(ዘካ 2፡5)።ዘብዐኛ ኣየሕልፍን እንተበለና "እግዚኣብሄር ከተማ ካብ ዘይሓለወ፡ሓላዊ ንኸንቱ ይተግህ" ዝብል ቃል ክንኣምን ይግበኣና(መዝ 126፡1)።ሰብ ከፍርሓና ከሎ "ብእግዚኣብሄር ኣመንኩ፡ኣይፈርሕን'የ ሰብ'ከ እንታይ ከይገብረኒ፧" ክንብል ኣሎና(መዝ 55፡11)።ኣብ ራእይ ናይ ከተማ ፍርሒ ይገጥመና ኢዩ፡ካብ ነቐፌታን እንባሃሎን ዝተላዕለ ከኣ ካብ ከባቢኡ ክሳብ እንርሕቕ እንርበሸሉ ግዜ ብዙሕ'ዩ።ዘፍርሕ ነገር ከይገጠመና ፍርሒ ባዕሉ ዝመጻና ግዜ'ውን ብዙሕ'ዩ።እቲ እንኣምኖ ኣምላኽ ግን ካብ ብዙሕ ፍርሕታት ዘድሕን'ዩ።ንሕና ንሸግርና ስም ስለእንስእነሉ ንጭነቕ፡እግዚኣብሄር ግን ካብቲ ስም ዘይብሉ መከራ የድሕነና።

6,ፍርሒ ምድረ በዳ

ምድረ በዳ ማለት ዝረአ ነገር ዘይብሉ ደረቕ መሬት ማለት'ዩ።ዝረአ ነገር ዘይብሉ ጥራይ ዘይኮነ ድምጺ ዘይብሉ ምኽኑ'ውን ዘፍርሕ ኢዩ።እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ክወጹ ከለዉ ምድረበዳ ገጢሙዎም ነበረ፡ን40 ዓመት ዝኣክል ከኣ ፈተና ኮኖም።ብዘይምእማኖም ነቲ ዝሓለፍዎ መንገዲ ዳግማይ ብምምልላስ ናይ በረኻ ምኩላል ኣድከሞም።ካብ ሓጢኣትን ሞትን ንዝደሓኑ ክርስትያን እዛ ዓለም'ዚኣ ምድረበዳ'ያ።ዝረአን ዘየድግብን ዘየዕግብን ነገር ከኣ ኣለዋ፡እንተኾነ እግዚኣብሄር ንእስራኤላውያን ኣብ በረኻ ብዙሕ ክንክን ከምዝገበረሎም፡ሎሚ'ውን ዓለም በረኻ ንዝኾነቶም ምእመናን መናን ዝሑል ማይን ኣለዎ።ንሱ ከኣ ቃል እግዚኣብሄርን መንፈሳዊ ሕብረትን ባዕሉ ክርስቶስን ኢዩ።እንርእዮን እንሰምዖን ክንስእን ከለና ብፍርሒ ንዋሓጥ፡ቤተ ክርስትያን ከይተረፈት ምድረ በዳ ኮይና ዝተራእየቶም ብዙሓት ክርስትያን'ኳ እንተሃለዉ እግዚኣብሄር ግን ንህዝቡ ከምዘይድርብዮ ከስተውዕሉ ይግብኦም።ምኽንያቱ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ጥራይ ዘይኮነ ካብ ፍርሒ'ውን'ዩ ከድሕነና ተወሊዱ።

ኣብ ራእይ ብተደጋጋሚ ዝፍጸሙ ጉድለታት ዝገጥሙና ግዜ ብዙሕ'ዩ።ካብ ዘለናዮ ቦታን ኣቐዲምና ካብ ዝነበርናዮ ኣድራሻን ምንቅስቓስ ስኢና ኮለል እንብለሉ ግዜ'ውን ውሑድ ኣይኮነን።ኣብ እንነብረሉ ከተማ መገዲ ምርኣይ ስኢና በረኻ እንዘረሉ ዓመታት ብዙሕ ኢዩ።ሰባት ስለዝነቐፉና ጥራይ ዘይኮነስ ባዕልና እንነቐፎ ናይ ገዛእ ርእስና ባህሪ'ውን ኣሎ።ካብዚ መንነት'ዚ መዓስ ኢና እንላቐቕ፡ካብ ሕቡእ ብኽያተይ'ከ መዓስ'የ ዝገላገል፡እናበልና ንጭነቕ ኢና፡እግዚኣብሄር ግን ካብ ጭንቀት ገዛእ ርእስና ኣውጺኡ መገዲ የርእየና።

7,ፍርሒ ባሕሪ

ተጓዓዝቲ ናይዚ ዓለም'ዚ ንቐጽ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነስ ባሕሪ'ውን ከቋርጹ ግድን'ዩ።ምኽንያቱ ዓለም ንቐጽ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነት ብእግሪ ዘይርገጽ ብመርከብ ዝስገር ባሕሪ'ውን ኣለዋ።ጳውሎስ ኣብ ባሕሪ መርከብ እናተስብረቶ ብዙሕ ግዜ ገበረ።ኣብ ባሕሪ ንዓበይቲ መራኽብ ከይተረፈ ኣናዊጹ ኣንፈተን ዝቐይርን መሊሱ'ውን ዘጥሕል ማዕበል ኣሎ።እወ ማዕበል ንመራኽብ ኣብ ባሕሪ የጥሕለን፡ይሰብረን፡ይደፍነን።ማዕበል

ዘበለ መርከብ ዝሰብርን ዝደፍንን እንተዝኸውን ኔሩ ግን መርከብ ትብሃል ኣብ ባሕሪ ኣይምተራእየትን ኔራ።ማዕበል ክመጽእ ከሎ ኣንፈት ናይታ መርከብ ብምቕያር መልሕቕ ኣብ ጽኑዕ ገመድ ኣሲርካ ብምድርባይ፡ወርሓት ዝኣክል ካብ ምጥሓል ከገላግላ ይኽእል።

ዓለም ባሕሪ ኢያ፡ከምቲ ባሕሪ ርጉእ ዘይምኽኑ ዓለም'ውን ብዙሕ ነውጽታት ኣለዋ።ኣብ ጸጽባሕ እንኪታተሎ ዜና ናይ ተፈጥሮን ስራሓት ኢድ-ሰብን ዝኾነ ሓደጋ ከምዝተፈጸመ ኢና ንሰምዕ።በዚ ፍጻመታት'ዚ ብፍርሒ እንናወጸሉ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን ።መልሕቕና ዝኾነ እምነት ኣብቲ መሰረት ዝኾነ ክርስቶስ ብምድርባይ ነዚ ሓላፊ ዓለም'ዚ ምሕላፍ የድልየና።ማዕበል ዘየቋርጽ እንተዝኸውን ደው ዝበለ ገረብ፡ደው ዝበለ ገዛ ኣይምሃለወን ኔሩ።ንዝሓልፍ ማዕበል እምበኣር ጽኑዕ እምነትና ከይንገድፍ ምጥንቃቕ የድልየና።ኣብ ራእይ'ውን እንተኾነ ንድሕሪት ከይንምለስ ዘባኽናዮ ግዜ ይረኣየና፡ንቕድሚት ከይንስጉም'ውን ማዕበል እናናወጸና ዝተጨነቕናሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ።ናይ ምጅማር ኣምላኽ ናይ ምፍጻም ኣምላኽ ስለዝኾነ ንልብና ከነበርትዖ ይግብኣና።

8,ብሓሰውቲ የሕዋት ምፍራሕ

ሓሰውቲ የሕዋት ዝባሃሉ ኣብ ክርስትና ምፍልላይን ጥርጥርን ዝዘርኡ ሰባት ኢዮም።እዞም የሕዋት እዚኦም እግሪ ሃዋርያት እናሰዓቡ ጌጋ ዝምህሩ፡ፍሉይ ወንጌልን ናይ ፈጠራ ዕላላት ዝምህሩ ኢዮም።ጳውሎስ ከኣ እዞም ሰባት'ዚኦም ነቲ ናይ ወንጌል ንጹህ ዘርኢ እምነት ብዝመስል ዕላል ከይብርዙሉ ይፈርሕ ነበረ።ኣገልጋሊ ምኽን ብጣዕሚ ጽቡቕ ኢዩ፡እንተኾነ ግን ኩሉ ግዜ ቅልውላው ኣለዎ።ሓደ ሓቀኛ ኣገልጋሊ ካብ ኣደ ንላዕሊ ይሓስብ ፡ኣደ ንወዳ ካብ እትሓስቦ ንላዕሊ እቲ ኣገልጋሊ ብህዝቡ ይሓስብ።ኣደ ንወዳ ንስጋዊ ኣካል'ያ ትሓስበሉ፡ኣገልጋሊ ግን ብዛዕባ ነፍሲ ተገልገልቱ'ዩ ዝሓስብ።

ካብቶም ኣገልገልቲ ኮይና እነገልግሎም ምእመናን ብዙሕ ፍርሕታት ኢና እነኣንግድ።እንተኾነ ግቡእና ከየቋረጽና ኣብቲ ሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ካብ ሰረትናዮምን ግቡእ ናይ ምህናጽ ኣገልግሎት ካብ ፈጸምናሎምን ክንፈርሕ ኣይግባኣናን'ዩ፡ምኽንያቱ ምዕባይ ካብ እግዚኣብሄር ኢዩ።

ሓደ ካብቶም ኣብ ራእይ ዝገጥሙና ፍርሕታት፡ኣብ ጎድንና ምህላዎም ሪኢና ጽባሕ እንተዝኸዱ እንብሎም ክውሕጡና ዝደልዩ ስሱዓት ሰባት ምህላዎም'ዩ።ኣብ ራእይ ናይ መወዳእታ ዕላማና ንሰባት ፈተውትና ምግባር ኣይኮነን።ስለዚ ሰባት ንሓቂ ምርዳእ ኣብዮም፡ዝሰማዕናዮ ኣብ ህይወትና ኣይንሰኽዖን ካብ በሉ ብሓጎስ ደኣ ክንገድፎም ይግባኣና 'ምበር ክንፈርሕን ክንርበሽን ኣይግባኣናን።ተወላወልቲ ምስ ዝኾኑ ሰባት ህይወትና ክነተኣሳስር ኣይግባኣናን፡ብህይወት ክመሃሩ ከነፍቅደሎም ደኣ ኣለና'ምበር ብዝኾነ ነገር ምስኦም ምትእስሳር ክህልወና ኣይግባእን።ምኽንያቱ ናይ ራእይ ሓይሊ ብድሌት እምበር ብግዴታ ኣይኮነን ዝካየድ።ብዙሓት ሰብ-ራእይ ኢና ዝብሉ ናይ ሰባት ክፉእ ኣመል ተቐቢሎም ምስኦም ሓቢሮም ክነብሩ ዝደልዩ ኣለዉ፡እዚ ግን ናይ ፖለቲካ ኣሰራርሓ ደኣ'ምበር ናይ ራእይ መስመር ስለዘይኮነ ካብዚ ክንርሕቕ ይግባኣና።እግዚኣብሄር ኩሉ ድኹም ምኽኑ ስለዝፈልጥ ብዛዕባና ክዛረብ ዘጸብቕሉ ንሱ ጥራይ ኢዩ።ጳውሎስ ብዙሕ ፍርሕታት ዝኸበቦ ኣገልጋሊ ነበረ፡ኣብዚ ኩሉ ፍርሕታት ዘተሓሳስቦ ዝነበረ ህላወ ማሕበር ምእማናን'ዩ ኔሩ።ኣብ ራእይ ድማ ልዕሊ ጉድኣትና ንወገናትና ዝበጽሖም ጉድኣት ከተሓሳስበና ይግብኣ።

ተቓወምትና ብዘይፈልጡ ሰባት ጌሮም ከጨንቕና ይኽእሉ ኢዮም።ንጉዳይና ብኽፍኣቶም ካብ ቤት ጽሕፈት ናብ ኣደባባይ፡ካብ ሓፋሽ ናብ ሃገር ከውጽእዎ ይኽእሉ፡ዮም።ብዙሕ ግዜ ዝገበረ ትጽቢቶም ከርውዩ ንዓና ምስ ቀበሩ ዊስኪ ንኽነጻጸጉ ከጥፍኡና ክለዓሉ ይኽእሉ፡ዮም።"ንብዓት ውሕጅ-ኣባይ" ከምዝበሃል ከምስሉ ብኣና ክበኽዩ ይኽእሉ፡ዮም።ሰባት ንኽእምኑ ከኣ ድራማ ዘበለ ኩሉ ክገብሩ ይኽእሉ፡ዮም።ሓሶት ዝኾነ መርትዖታት ምሂዞም "ጉድለት እምነትን ተግባርን" ኢሎም ብመልክዕ ክሲ ከቕርቡልና ይኽእሉ ኢዮም።ሕልናኦም ንዝሸጡ ሰባት መሰኻኽር ጌሮም ከለዓዕሉልና ይኽእሉ ኢዮም።ኣብ ሃገር ዉሩያት ኮይና መዕለልን መስተዪ ቡንን ክንከውን ንኽእል ኢና።መልክዕናን ድምጽናን ዘይፈልጡ ሰባት ንሕና ካልእ መሲልዎም ብዛዕባና ዝውረ ወረ ነዓና ክነግሩና ይኽእሉ ኢዮም።ፍሬኖኣ ከምዝተበትከ መኪና ከምእትኽዶ ኮይና ደው ምባል ክሳብ እንስእን ክንግረም ንኽእል ኢና።ጸላእትና ንሰይጣን ከገልግልዎ ንኽፍኣት ድቃስ ዝስእኑሉ ግዜ ብዙሕ ኢዩ፡ንሕና ምትጋህ ስለዝሰኣና ከኣ ገዛእ ርእስና ክንዕዘቦ ኢና።ሓደ ሓደ ግዜ እንሰርሖ ስራሕ ምስላጥ ስለዝኣብየና፡ጸላእተይ ነዓይ ንገዛእ ርእሰይ፡ዮም ዝጸልኡኒ ክሳብ ምባል ንበጽሕ ።ራእይ ኣብ ዝነበረና ግዜ ጸላእትና ማዕረ ማዕሪኡ ኔሮም ኢዮም።ምኽንያቱ ንራእይ ብዘይተቓወምቲ ምርካብ ከቢድ ኢዩ።

ተቓወምቲ ኣብ ራእይ ጠቐምትና፡ዮም፡ሃዋርያ ጳውሎስ "ዓቢ ኣፍደገ ተኸፍቱለይ ኣሎ ተጻረርቲ ከኣ ብዙሓት፡ዮም"በለ(1ቆሮ 16፡9)።ተቓዋሚ ንግዝይኡ ኣይቃወምን ኢዩ፡ማለት ድሒሩ ግን ዝረኣየ ሪኡ፡ዩ ዝቃወም።ምኽንያቱ ተቓዋሚ ካባና ንላዕሊ ንሕና ክንበጽሖ ዘለና ደረጃ፡ዩ ዝረኣዮ።ካብ መገድና ክዕንቅፈና ከኣ ብብዙሕ ጭፈራ ይለዓል።ሞት ንዘይክልክሎ ራእይ ጭፈራ ይኽልክሎ፡ዩ ኢልካ ምሕሳብ ግን ዕሽነት፡ዩ።ንራእይ ኩሉ ሰብ ዝሰምዖ ወይ ዝቃወሞ ኮይኑ ዝመስለና እዋን ኣሎ፡እንተኾነ ንራኢና ዘይሰምዑ ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ዘበሉ ኩሎም ብድምጺ ተቓወምትና፡ዮም ክሰምዑ ዝኽእሉ።ስለዚ <u>ተቓወምትና ንራእይና ብነጻ ዘመሓላልፉ ቅልጡፍ ሓበሬታ ኢዮም</u>።ተቓወምትና በቲ ካባና ዝሰምዑዎ ከምዚ ይብል ኣሎ ኢሎም ብዓቢ ድምጺ ከውርዩልና ከለዉ፡ከም ናትና ኣታሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ብጻይ ረኺብና ኢሎም ካብ ዘለዉዎ ክደልዩና ይለዓዓሉ።ኣብ ራእይ ቤተ ሰብ ዝኾኑ ንምርኻብ ክሕግዝ ዝኽእል ከም ተቓዋሚ ስለዘየለ፡ተቓዋሚ ሓጋዚ ኢዩ።ተቓወምትና ብዙሕ ሰፊሕ ኣገልግሎት ሒዞምልና ስለዝመጹ ብዛዕባ ኣገልግሎትና ደኣ'ምበር ብዛዕባ ተቓወምትና ክንስንብድ ኣይግብኣናን።

ካልእ ናይ ተቓዋሚ ጥቕሚ ከኣ ንኽይንዝንግፅ ይሕግዘና፡ንስራሕና መሊስና ደጊምና ክንሪኦን ብጻዕሪ ክንፍጽሞን ከኣ የንቅሓና።ናይዚ ግዜ'ዚ ወለዶ፡ኳ እንተዘይተቐበሎ ዝቕጽል ወለዶ ክቕበሎ'ዩ እናበልና ንዓሰርተ፡ንዕስራ፡ንሚእቲ ዓመታት ንኽንምድብ ንቕድሚት የሰጉመና።ንተቓወምትና ከም ናይ ጻዕሪ ምቁጽጻር ጌርና ክንዕዘቦም ጽቡቕ፡ዩ፡እንተኾነ ግን ኣብ መወዳእታ ሓቂ፡ያ ትፈርዶም።ቃሉ፣-"በቶም ዝቃወምኹም ኣይትሰንብዱ፡ከመይ እዚ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ንዕኡም ናይ ጥፍኣት፡ንኣኻትኩም ግና ናይ ድሕነት ርኡይ ምልክት ኢዩ።እቲ ተዋሂቡኩም ዘሎ ጸጋ ከኣ ብእኡ ክትኣምኑ ጥራይ ዘይኮነስ ምእንትኡ'ውን መከራ ክትቅበሉ ኢዩ፡ስለዚ ናይቲ ኣባይ ዝረኣኹም ሕጂ፡ውን ኣባይ እትሰምዑዎ ገድሊ ተኻፈልቲ ኢኹም ይብል (ፊልጵ 1፡28-30)።

ሓንቲ ሰበይቲ ሓመድ ኣብ እትንስንሰሉ ግዜ ገብሪኤል መልኣኽ ንተቓወምተይ ብኽምዚ በትነለይ ትብል ነበረት።መርገማ ከየቋረጸት ከኣ ንብዙሕ ግዜ ጸንሐት።ሓደ መዓልቲ ሓመድ እናበተነት "ገብሪኤል መልኣኽ ሓለቓ መላእኽቲ ንተቓወምተይ ብኽምዚ

በትነለይ"ኢላ እናተመለሰት ገብሪኤል ሊቀ መላእኽቲ ኣብ ቅድሜኣ ደው ኢሉ ረኽበቶ፡ሕፍሪ እናተሰምዓ ከኣ፡-"እዚ እንተ ደኣ ዘይክኢልካስ ንምንታይ ደኣ ሓለቓ ኮይንካ"ኢላቶ ይበሃል።

ተቓውሞ ሓደ ካብቶም ኣብ ውሽጢ ራእይ ዝለዓሉ ናይ ደገ ዕንቅፋታት ኢዩ።ሎሚ ናይ ሓያላት ሃገራት ወግዓዊት እምነት ዝኾነት ወንጌል ብዙሕ ተቓውሞ ዘአንገደት ኢያ።ኣብ ዝኾነ ይኹን ዘመን ንሓቅን ንወንጌልን ዕንባባ ሒዙ ዝተቐበለ የለን፡ሓደ ሊቅ፡-"ወንጌል ኣብ ዝኾነ ዓዲ ክትኣቱ ከላ ድንን ኢላ'ያ እትኣቱ፡በዚ ከኣ ናይ ቤተ-መንግስቲ ወግዓዊት ሃይማኖት ትኸውን"በሉ።ካልኦት ኣብ ዝዓብዩሉ ራእይ ተቓዋሚ ኣሎ፡ተቓውሞ እንተዘይተጻወርና ደኣ ብኸመይ ሰብ ራእይ ክንከውን ክኢልና፤

ተቓውሞ ዝኸረረ ነቐፌታ፡ግሉጽ ጽልኣት፡ቃልሲ ዘለዎ ምስጓግ ኢዩ።ሰብ ብባህሪኡ ምቅዋም ዝፈቱ'ኳ እንተኾነ፡ተቓወምቲ ግን ብዙሕ ግዜ ብምትላል'ዮም ዝቃወሙ።ነይታና ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ ከሎ፣-"ንኸይትሰናኸሉ ከምዚ እብለኹም ኣለኹ፡ካብ ቤተ-ጸሎቶም ከውጽኡኹም ኢዮም፡እረ እቲ ዝቐትለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ መስዋእቲ(ኣገልግሎት) ዘቕርበሉ ከምዘሎ ዝመስሎ ግዜ ክመጽእ'ዩ" በለ(ዮሃ 16፡1-2)።

ተቓወምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመን ኔሮም'ዮም፡እንተኾነ ንሓቂ ከጥፍኡ ኣይከኣሉን።ኩሉ ሓይሊ ናይ ምድሪ ኣብ ኢዶም ኣትዩ ንሓቀኛታት'ኳ እንተጥፍአ፡ሓቂ ግን ብሞት ደቃ እናሰዓረት ኣብ ሎሚ ክትበጽሕ ከኣለት።ምኽንያቱ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ራእይ ከተጥፍአ ኣይከኣልን'ዩ።ብሓይሉም ዝተበገሱ ክወድቁን ዘልዕሎም ክስእኑን ይኽእሉ'ዮም፡እግዚኣብሄር ዘተንስኦ ግን ማንም ኣየውድቕን'ዩ።ፈላጥ ብሉይ ኪዳንን መምህር ናይ ጳውሎስ ሃዋርያን ዝነበረ ገማልያል ብዛዕባ ንደቂ መዛመርቲ ጎይታ ዝቃወሙ ክዛረብ ከሎ፣-"እዚ ዘረባ'ዚ ካብ ሰብ እንተኾይኑ ክጠፍእ'ዩ፡ካብ እግዚኣብሄር እንተኾይኑ ግና ከተጥፍእዎም ኣይትኽእሉን ኢኹም፡ስለዚ ምስ እግዚኣብሄር ምብኣስ ከይኮነኩም"ዝበሎ ነዚ ኢዩ(ግ.ሃዋ 5፡38-39)።ሓዊ ናይ ሽምዓ ብንፋስ ክጠፍእ ከሎ ሓዊ ናይ ሸግ ግን መሊሱ'ዩ ዝነድድ።ተቓውሞ ንስሚዒት ከጥፍእ ይኽእል'ዩ፡ንራእይ ግን መሊሱ'ዩ ዘንድዶ።ብስርዓት ኮሚንስትን ብብዙሕ መከራን ክርስትንኣም ንኽገድፉ ዝተገደዱ ክርስትያን ነበሩ፡እንተኾነ ግን ኣብ ቆራጽነት ተረኽቡ።ኮሚንስትታት ንገዛእ ርእሶም፡-"ክርስትያንን መስማርን ኣብ ዝተሃርመሉ እዋን መሊሱ ይለግብ"ኢሎም ክሳብ ዝምስክሩ ክርስትያናት ብጽንዓት ደው በሉ።ሰብ ከኣ ሓይሉ ወሲኹ ደው ዝብል ምስ ዝግፉዕ ኢዩ።

ሞት ንበዓል ራእይ መወዳእትኡ ኣይኮነን፡ኢየሱስ ክርስቶስ ነዊሕ እዋን ኣብ ምድሪ ክጸንሕ ኣይደለየን።ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሞተ፡ካብ ብህይወቱ ከሎ ዘድሓኖም ከኣ ምስ ሞተ ዘድሓኖም ይበዝሑ።መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሳምሶን ክዛረብ ከሎ፣-"ካብቶም ብህይወት ከሎ ዝቐተሎም ምዉታት ምስ ሞተ ዝቐተሎም ሙውታት ይበዝሑ"ይብል(መሳ 16፡30)።ብትምህርትና ካብ ዝሰሓቡ ብጽንዓትና ዝሰሓቡ ብዝያዳ ማንም ኣይንቕንቕምን።ዓለውቲ ነገስታት ኣብ ኣደባባይ ክርስትያናት ክስይፉ ከለዉ፡ብዙሕ-ህዝቢ ንኽፈርሕ እቲ ፍጻሜ ክትግበር ከሎ ብግልጺ ይርኣ ነበረ።እንተኾነ በቲ ናይ ሰማእታት ጽንዓት ኩሉ ህዝቢ ክርስትና ሓቂ'ዩ ኢሉ ክምስክር ከሎ ተታሒዙ ይስየፍ ነበረ።ካብቶም ዝቐትሉ ነገስታት ኣይክሕድን ኢሉ ንዝሞተ ክርስትያን ከኣ ዓወት ፈጺሙ ይበሃል ነበረ።ግን ወላ'ኳ እንተ ሞተ፡ዓወት ማለት ምንባር ዘይኮነስ ብጽንዓት ምሕላፍ'ዩ።ስለዚ በዓል ራእይ

ናብ ሞት'ኳ እንተቐረበ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ድሕሪ ሞቱ ምኽኑ ክኣምን ኣለዎ።እዚ ኩሉ ካብ ዘመናት ዝነበረ ኣሰራርሓ እግዚኣብሄር ኢዩ።

ሎሚ'ውን ብዙሓት ዝግፍዑ ደቂ ቤተ ክርስትያን እንተተዓዚብና፡ጉድለት እንተፈጸሙስ ኣይመኽሩዎምን ድዮም'ከ፧ከሳሲ ዳኛ ኮይኑ ብኽመይ ይቐጽዕ፧ኢልና ክንሓትት ይግብኣና።

እንፈትዎም ክጋገዩ ከለዉ ስቕ ኢልና ሓሊፍና፡ዘይንፈትዎም ሰባት ጌግኡም ምጉላሕ ሓቀኛታት ኣየብለናን'ዩ።ምኽንያቱ ሓቂ ብገጽ-ርኢ ኣይተዳሉን'ያ።ከምኡ'ውን ናይ ባዕልና ዓንዲ ሓጢኣት ዘይተራእየና ናይ ካልኦት ጎዱፍ ከነጋንን ግቡእ ኣይኮነን።ከምዚ እንተደኣ ጌርና ግን እቲ ዝገደደ ጌጋ'ውን ምሳና ኣሎ፡ካልኦት ንእግዚኣብሄር ካብ ዝበደሉዎ ንላዕሊ'ውን ንገዛእ-ርእስና በዲልናያ ንርከብ።

ብጽልኢ፡ቂም፡ተንኮል፡ዝሙት፡ሓሜት፡ጥንቆላና ንብዙሓት ጎዲእናዮም ኢና።ንብጾትና ካልኦት ካብ ዝጎድኡዎም ንላዕሊ ከኣ ንሕና ዝጎዳእናዮም ይገድድ።ብኢድና'ኳ ይሙት እንተ ዘይበልና ንዕኡ ንሂወት ዝኽውን ነገር ግን ኣይቀረብናሉን፡ስለዚ ቤትና ክንፍትሽ ኣለና።

ኣብ ኣሜሪካ ሓደ ሰባኺ፣-"ቴለቭዥን ምርኣይ ሓጢኣት ኢዩ፡ስለዚ ኣብ ገዛኹም ንዘሎ ቴሌቭዥን እለይዎ ኢሉ ሰቢኹ ስለ ዝነበረ፡ሰዓብቱ ነናብ ገዝኡም ምስተመልሱ ብጥይት-ሽጉጥ ተሌቭዥኖም ሰባበሩ፡ኣብ ውሽጢ ገዝኡም ግን ካብ ቴሌቭዥን ዝገድድ ሓጢኣት ኔሩ'ዩ።ሎም'ውን ኣብ ግጉይ ነገር ክፍረድ ብዘይምኽኣሉ፡ጌጋ ኣብ ዘይኮነ ነገር ክፍረድ ይረአ ኣሎ፡በዓል ራእይ ግን በዚ ተቓውሞን ድራማን ክድነቕ የብሉን።ናይ ከሰስቱ ክስን "በቃ ይሙት" ዝብል ፍርዶምን ከሰንብዶ ኣይግባእን።ኣብ ኣኼባ ኣዛብእ ኣድጊ ብቕንዕና ስለዘይፍረድ በዓል ራእይ ንሞት ከም ናይ መወዳኣታ ክቕጽሮ የብሉን።ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብትምህርቱ ንእስራኤል ኣገልገለ፡ብሞቱ ከኣ ንዓለም ኣድሓነ።ሞት በዓል ራእይ ናይ መጀመርታ ስርሑ ኢዩ።

በዓል ራእይ ከይሞተ ክነብር ከምዘይክእል ክሓስብ ኣለዎ።በዓል ራእይ ከምቲ ዮሃንስ ኣፈወርቂ፣-"ንምድሪ ርሑቓት ንሰማይ ቀረባ ኢና" ዝበሎ እናዘከረ ክግፋዕ ከሎ ክሕጎስ ይግብኣ።ሰብ ኣብ ዘይሃገሩ ስለዘይከብር በዓል ራእይ ናብ ሃገሩ ከይበጽሐ ክብሪ የብሉን።ኣብዚ ዓለምዚ ዝኸብሩ ሃገሮም ኣብዚ'ዩ፡ሃገር በዓል ራእይ ግን ኣብ ሰማይ ኢዩ።ከምኡ'ውን እቶም ክፉኣት ነቶም ቅኑዓት ዝጸልእዎም ነቲ ክፍኣቶም ኣበርቲዖም ከምዘጉልሑሎም ስለዝመስሎም ምኽኑ በዓል ራእይ ክዝንግዕ የብሉን።

ተቓውሞ ካብቶም ሃይማኖታውያን ሰባት ዝለዓል ጥራይ ዘይኮነስ፡ወገኖም ንዘይኮነ ኣካል ዝጸልኡን፡ዘዐንቅፉን ዘሳጉጉን'ውን ኣለዉ።ናይ ቀረባ ፈተውትና ሓደ ብሓደ እናወሰኹ ክኸዱ ይኽእሉ'ዮም፡እንተኾነ ካብ ጽንዓት ዘይብሉ ብዝሒ፡ዝተባረኸ ምጉዳል ኣዚዩ ይምረጽ።ምኽንያቱ መከራ ንራእይ ይሕግዞ ኢዩ፡ማለት ነቶም መምሰልቲ ኣርሒቑ ነቶም ጽሩያትን ድልዱላትን ሰባት ምሳኻ ከምዝጸንዑ ኢዩ ዝገብር።ብምኽንያት ኮሚኒዝማዊ ኣረኣእያ ዓለም፡ኣብ ሩማንያ ዝነበረ ክፉእ ናይ ስደት ዓመታት ብዙሕ ኣባል ንምውሳኽን ምጉዳልን ዘፈራረቐ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።ሓደ ግዜ ዕጡቓት ወተሃደራት ናብ ሓደ ናይ ኣምልኾ ስፍራ ኣትዮም፡ብክርስቶስ ኣይንኣምንን እትብሉ ብሰላም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም ምስ በሉዎም፡ፍርቂ ዝኾኑ ካብቲ ስፍራ ወጺኦም ከዱ።እቶም ዕጡቓት

ከኣ ነቶም ዝተረፉ ክርስትያን፡-"ንሕና ከማኻትኩም ክርስትያን ኢና፡ካብ ሕጂ ሓቢርና ኣምልኾና ክንፍጽም ንኽእል ኢና"ምስቶም ተወላወልቲ ኮይና ከነምልኽ ስለዘይንደሊ ኢና ዘውጻእናዮም በልዎም።ስለዚ እምበኣር መከራ ንራእይ ክጻረ ይሕግዞ ኢዩ።

ተወላወልቲ ጥራይ ዘይኮኑስ እቶም ዕላማና ከይተረድኡም ዝስዕቡና ካብ ተቓወምትና ንላዕሊ ኣስጋእቲ ኢዮም፡ስለዚ ዕላማ ዘይብሎም ሰባት ናይ ጸላእትና ናይ ውሽጢ ኣምባሳደራት ኮይኖም ክንጥንቀቕሎም ዘይንኽእል ዘይጽኑዓት ሰዓብትና ኢዮም።በዓል ልሙስ እግሪ ነቲ በዓል ጥዕና ሰኽምን ጽዕነትን ከም ሙኺኑ፡ዕላማ ዘይብሎም ከኣ ንራእይ ሰኽም ኢዮም ዝኾኑዎ።ሮማውያን ኣብ ውግእ ምስ ዝስዕሩ ነቶም ምሩኻት ከይሃድምዎም መታን ዝሞተ ሬሳ ኣስኪሞም ይወስድዎም ኔሮም ይበሃል።ከይተረድኡ ዝድግፈና ካብቲ ከይተረድኡ ዝቃወምና ብዙሕ ፍልልይ የብሉን።ሓደ ሓደ ግዜ ራእይና ኣብ ቤተ ሰብና ጥራይ ይተሓሓዝ'ዩ።ንዓና ዝፈትዉ ሰባት ምእንታና ኢሎም ነቲ ራእይና ተቓቢሎም ክጎዓዙ ይረኣዩ፡እዚ ፍቕሪ'ዚ ግን ክፉእ መዓልቲ ዘየስግር ምኺኑ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ክፉእ መዓልቲ እንተተቃለሰ'ዉን ክብሪ ዝብሃል የብሉን።

ብርሃን-ወንጌል ብብዝሒ ተቓወምቲ ስለዘይጽልምት ኣብ ራኢና ብዝገጥመና ተቓውሞ ክንፈርሕን ክንስንብድን ኣይግባኣናን'ዩ።ዓወት ናይ በዓል ራእይ ናይ እግዚኣብሄር ዓወት ኢዩ።ኮሚንዝም ብፍክራ ሰብ ከምዝለዓዕል ስለዝርዳእ ብፍክራ'ዩ ሰባት ዝገዝእ ኔሩ።ንሕና'ውን ኣብ ራእይና መለኮታዊ ፍክራ ክንፍክር የድልና፡መጽሓፍ ቅዱስ ራእይ ንዘለዎም ዝኸውን ናይ ዓወት ቃላት ዝመልአ ኢዩ፡ከምዚ ከኣ ይብል፡-

"ኣይትፍርሁ ጽንዑ፡ነቲ እግዚኣብሄር ሎሚ ዝገብረልኩም ምድሓን ረኣዩ፡እዞም ሎሚ እትርእዩዎም ግብጻውያን ደጊም ንዘልኣለም ኣይክትሪኡዎምን ኢኹም'፡እግዚኣብሄር ክዋገኣልኩም'ዩ እሞ ህድኡ በሎም (ዘጽ14፡13-14)።

"እግዚኣብሄር ተዋጋኣይ'ዩ ስሙ ኸኣ እግዚኣብሄር 'ዩ"(ዘጽ 15፡3)።

"ምሉእ ዕድሜኻ ዝቃወመካን ሰብ ኣይክህሉን ኢዩ፡ከምቲ ምስ ሙሴ ዝነበርኩ ምሳኻ ክኽውን'የ፡ኣይገድፈካን ኣይክጥንጥነካን'የ"(ኢያ ፡5)።

"እዚ ኩናት እግዚኣብሄርን ጌደዎንን ኢዩ ኢሎም ጨደሩ"(መሳ 7፡20)።

"ኣብ ዝኾነ ነገር ዘበለ በቲ ዘፍቀረና ክርስቶስ ዓወት ብምርካብ፡ካብቶም ዝሰዓሩ ንበልጽ"(ሮሜ 8፡37)።

ነስተውዕል

- ካብ ዘደንቕ ነገር ክንዛረብ ከለና ናብ ኣደባብይ ዝወጽእ ህዝቢ ንላዕሊ፡ፍርዲ ስኢና ክንስቀል ከለና ዝበዝሐ ህዝቢ ይወጽእ።
- ሓቀኛ በዓል ራእይ ብወርቁ ዘይኮነስ ብስእነቱ ኣዝዩ ይምካሕ፡ምልክት ናይ ሓቀኛ በዓል ራእይ ዘውዲ ዘይኮነስ ኣኽሊል እሾኽ'ዩ።
- ክርስትያን ክሱነግ እናተገብኦ ሰጓጊ፡ክመውት እናተገብኦ ቀታሊ፡ተሰካሚ መስቀል ክኸውን እናተገብኦ ኣሰካሚ መስቀል ካብ ኮነ ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ።
- ንፍርሒ እንተደኣ ሃዲምካሉ ይገንን ደኣ'ምበር ኣይዝሕልን ኢዩ።

- ነቲ ካባና ዘይከይድ ጎይታ እንተዘይሒዝና ናይዚ ዓለም'ዚ ነገር ካብ ፍርሒ ኣየድሕነናን ኢዩ።
- ንራእይ ሓይሊ ክኾኖ ዝኽእል ድልየት ደኣ'ምበር ግዴታ ኣይኮነን።
- ንራእይና ዘይሰምዑ ኣብ ርሑቕ ዘለዉ፡በቲ ናይ ተቓወምትና ምጭዳር ክሰምዑ ይኽእሉ፡ተቓወምትና እንበኣር ንራእይና ዝዝርግሑ ናይ ብጥርሑ ሓበሬታ ኢዮም።
- ተቓወምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመን ኔሮም ኢዮም፡እንተኾነ ንሓቂ ከጥፍኡ ኣይከኣሉን።
- ተቓውሞ ንስምዒት ከጥፍኦ ይኽእል'ዩ፡ንራእይ ግን መሊሱ'ይዘበርትዖ።

※ ※ ※

ምዕራፍ 25

ግፍዒ

ልኻይን መዓርን ተኻትዓ ይበሃል፡ሽዑ መዓር ንልኻይ ከምዚ ኢላ ሓተተታ፡- "ኣቦኺ ዝመቀርኩ ኣነ'የ ሰባት ግን ነዓኺ'ዮም ኣብ ርእሶም ዘቕምጡኺ'ሞ እቲ ምኽንያት እንታይ'ዩ፧በለታ፡ልኻይ ድማ ከምዚ ክትብል መለሰት፡-"ኣነ ውን ናብ ርእሲ ምድያበይ ፍታወይ ኣይኮነን፡ሰባት ሓቕኖም-ሓቕኖም'ዮም ኣብ ርእሶም ዘደይቡኒ"በለታ ይበሃል፡ምኽንያቱ ጸባ ምስ ተሓቕነ'ዩ ልኻይ ዘውጽእ።

መብዛሕቲና ኣብ ተፈጥሮና ክንዓግበሉ ዝተኣዘዝናሉ ነገር ኣይንዓግበሉን ኢና፡ናይ መዓልቲ መግቢ፡ናይ ዓመት ክዳን እንተሊዩና እኹል ምኽኑ'ኳ እንተተኣዘዝና ንሕና ግን ብሕግብግብ ኢና እንነብር (1ጢሞ6፡6-10)።ዶብ ናይ ሰብ ኣስፈሕና ኣምልኾ እግዚኣብሄር ብምፍራስ ሰላም ንስእን።ንኽይንኾርዓሉ ኣብ ዝተኣዘዝናሉ ነገር ከኣ፡በቃ እኹል'ዩ ኢልና ብዝሰራሕናዮ ሓደ ነገር ዕድሜና ምሉእ ብኡኡ እናተሓበና ንነብር።ብሓደ ጽቡቕ ነገር ዓጊብና ከም መድፍዕ ሓንሳእ ብዓቢ ድምጺ ተሰሚዕና ስቕ ክንብል ኣይተፈጠርናን።ከመይ እቲ መድፍዕ ስራሕ ሰብን ትምኒቱን ስለዝኾነ ስቕ ይብል፡ንሕና ግን መደባት ናይቲ ሰናያቱ ዘይውዳእ ለዋህ እግዚኣብሄር ስለዝኾና ስቕ ክንብል ኣይግባኣናን ኢዩ።

ኣብ ዘለናዮ ቦታ፡ብዝሓዝናዮ ፍልጠት፡ብዝሰራሕናዮ ሓደ ሰናይ-ነገር ማሚቕና ንዑኡ እናተረኽና ብማሰኛ እናተወደስና ክንነብር እንውስነሉ እዋን ብዙሕ'ዩ።ኣብ ዘለናሉ ቦታ ድማ ብሓደ ዜማ ዕድሜና ክንውድእ ኢና ንጭክን።እግዚኣብሄር ግን ብሓይሊ ኣትዩ ነቲ እናሞትና ንምንባር ዝመደብናዮ ናይ መቓብር ኪዳን ኣፍሪሱ፡ኣብ ሓደ ቦታ ረጊእና ንምብስባስ ዝመደብናዮ ናብራ ኣኽሒዱ ኣብሊጹ ይሰርሓና።"ካብዚ ዝበልጽ ነገር ክትርኢ ኢኻ ዝብል ጽሑፍ'ውን ኣሎ"(ዮሓ 1፡50)።ምጉናጽ ኣይምቹእን'ዩ፡ክብሪ ዝሓለወ'ውን ኣይኮነን፡እግዚኣብሄር ግን ናብቲ ዝመደበልና ቦታ እናደፍኣ'ዩ ዘብጽሓና።መብዛሕቲኡ ንሕና ብዘይ ንግምቶ፡ሓደ ሓደ ግዜ'ውን በቶም ክፉኣት ሰባት እንብሎም እናተጠቕመ ናብቲ ናይ በረኸት ምድርና የብጽሓና።ንኣብነት ፈርኦን ንእስራኤላውያን እንተዘየጨንቕም ኔሩ ዝጣዓሞ ባርያ ንምኽን ተዳልዮም ነበሩ፡እግዚኣብሄር ግና ብድፍኢት-ፈርኦን ናብ ናይ ናጽነት ምድሮም መርሖም።ንፈርኦን፡-"ግና'ኸ ሓይለይ ብኣኻ ክገልጽ ስመይ ድማ ኣብ ኩሉ

ምድሪ ምእንቲ ክፍለጥ ምእንትዚ ኣተንሳእኩኻ በሎ”(ዘጸ 9፡16)።ስለዚ ኣብ ኩሉ ዘመናት ገፋዊ ከምዘሐይል ኢና ንርዳእ።

ኣብ መሬት ተተኺልና ደው እንብል ምስ እንጉነጽ’ዩ፡ዘይረኣናዮ ዓለም እንርኢ’ውን ምስእንጉነጽ’ዩ።ሕጂ ኣብ ዘለናሉ ቦታ መወዳእታ ናይ ሓጎስ መሲሉና ክንታለል ንኽእል ኢና።“ኣንጭዋ ካብ ጉድጓዳ ወጻኢ ካልእ ዓለም ዘሎ ኣይመስላን”ከምዝበሃል ንሕና’ውን ንእግዚኣብሄርን ንሰናይ ነገራትናን ኣብ ዘለናዮ ቦታ ሓጺርናዮ ምስእንነብር፡-እግዚኣብሄር ግን ጎኒጹ ካልእ ዝበለጸ ዓለም የርእየና።ገፋዕቲ መዕረፍቲ ሙኺኖም’ውን ክነስተውዕል ኣለና፡ምኽንያቱ ካብ ዘለናሉ ቦታ ክደፍኡና ከለዉ ናብ ዝሓሸ ስፍራ፡ካብ ምድሪ ክገፍዑና ከለዉ ድማ ናብ መንግስተ ሰላሴ’ዮም ዘእትዉና።

ካብ ዝተሓባእናሉ ዘውጽኡና፡ካብ ምርጋእን ምሽታትን ኣውጺኦም ከም ውሕጅ ብዘይ ዶብ ክንፈስስ ዝገብሩና ግፍዐኛታት’ዮም።ገፋዕቲ ነቲ ምስዝኾነ ኣካል ከይንተናኸፍ ኢልና ዘቐመጥናዮ ናይ ዶብ እምኒ ብምልዓል ይትንክፉና፡ንሕና’ውን ንኻልኦት ብናይ በረኸት ኢድ መታን ክንትንክፎም፡መሊስና ድማ ለካ ከምዚ ኸማይ ፍርዲ ዝነድሎም ኣለዉ ኢልና ንፍትሒ ክነድምጽ፡ብሕብሪ ዓይኖም ንዝተጸልኡ ሰባት መሊስና ክንዝክሮምን ብጾት ክንገብሮምን የኽእለና።

እግዚኣብሄር ከም ጳውሎስ ደኣ ኣይስርሓዮም እምበር ከም ፈርዖን ዝሰርሓሎም (ዝጥቀመሎም) ገፋዕቲ ሎሚ’ውን ኣለዉ።ዝንቀፍ ክፉእ-ነገር ዘይብሎም ዝመስሉ ንጽቡቕ ግን ዝነቐፉ መምለኽቲ ጣኦት፡ወንጌል ንዝሓዘ ዝቃወሙ፡ናይ ዝሙት ጽሑፋት እናተዓገሱ ንናይ ምጽንናዕ መጻሕፍቲ ዝውግዙ፡ንጓይላ ባህላውን ዘመናውን እናበሉ ንመዝሙር ግን ከም ሜልኮል ዝቃወሙ፡ጸልማት ተጎልቢቡ ከም ዝወጽእ ኣራዊት ኣብ ኣደባባይ ዝወጹ ብዙሓት’ዮም።ስለዚ ሰባኺ ብዙሕ ንኽሰብኽ፡ደራሲ’ውን ብዙሕ ንኽጽሕፍ እዚኣም ስለዘድልዩ ብዙሕ ክንሕጎስ ይግብኣና።ዝፈርሐ ንኽደፍር፡ብጻይ ዘይነበሮ ምስሓዉ ክላለ፡ዝመሳሰል ዝነበረ ናይ ብሓቂ ወዲ መዝሙር ንክኸውን ስለ ዝገብሩዎ ገፋዕቲ ኣድለይቲ’ዮም።ገፋዕቲ ስለዝመሓሩዎ ሓቂ ዝደርበየ ሰብ፡መሊሶም ምስገፍዑዎ ግን ንሓቂ ብኽቡር ዋጋ’ዩ ዝገዝኣ።ነጻነት ንምዕቃብን ነጻነት ንምጉንጻፍን ዝግበር ውግእ ፍልልይ ኣለዎ።እዉ ኣቦታትና ነጻነት ንምዕቃብ ንብዙሕ ዓመተት ኣብ ዓድዋ ብዘይ ዓወት ተቐመጡ፡ ደቡብ-ኣፍሪቃውያን ግን ናጽነት ንምጉንጻፍ ን400 ዓመት ተቓለሱ።ናይ ገፋዕቲ ፍቕሪ ብምድላይ፡ሰይጣን ፈታዊ ዝኸውን መሲልዎ ንሓቂ ዝደርበየ ሰብ፡እንደገና ንሓቂ ብኽቡር ዋጋ ገዚኡ ገንዘቡ ይገብራ።ንሓደ መዓልቲ ምውጋእን ን400 ዓመት ምውጋእን ማለት ከኣ ከምዚ’ዩ።

ገፋዕቲ ክገፍዑና ከለዉ ንታሕቲ ዘውርዱና ዘለዉ መሲሉዎም ይሕጎሱ፡ንሕና’ውን ንሓዝን፡ንግፍዖም ደው ምስ ኣበልዎ ንዓና ኣብ ዝለዓለ ቦታ ስለዝረኽቡና ንዕኣም ሓዘን ነዓና ግን ናይ ዓወት መዝሙር ይኾነልና።ኣብቲ ግፍዐኛታት ኣይግባኣኩምን’ዩ ዝበሉዎ ዝለዓለ ቦታ ምስእንርከብ፡ሓለፍቶም ኮይና ብላዕሊ ምስእንመጽእ ከኣ ንኹሉ ዘደንቕ ለውጢ ኮይኑ ክትረኽ ይነብር።እግዚኣብሄር ሓይሉን ጥበቡን ከርእየና ደልዩ ገፋዕቲ’ኳ እንተለዓዓለ ኣብ መወዳእታ ናይ መስርሑ መዓርግ ምስ እንርኢ ግን ኣዚና ንሕጎስ።ክርስትያን ኣብ ሂወቱ ክልተ ሓጎስ ተመዲቡሉ ይርከብ፡ንሱ ከኣ ቅድመ-ኩነት ብተስፋ፡ድሕሪ ናይ ጻዕሩ ውጽኢት ድማ ብእምነት ንኽሕጎስ ስለዝተፈቕደሉ ደስ ክብሎ ይግቦኣ።ክፉእ ነገር ገፋዊ ድኣምበር ተገፋዊ ስለዘይኮነ ዝተገፋዕኩም ዘበልኩም ናብ ናይ

በረኽት ምድሪ ትኣትው ስለዘለኹም ክትሕነሱ ይግባኣኩም! ካብዚ በረኻ ቀጺልኩም ከኣ መዓርን ጸባን እተውሕዝ ምድሪ ክትሪኡ ኢኹም።

ስሞም ዘይፍሉጥ ዝነበሩ ሰባት ግኑናት ክኾኑ ዝኽኣሉ፡ንበይኖም ዝነበሩ ብጾት ክረኽቡ ዝኽኣሉ፡ዝተረሰዑ መሊሶም ዝተደለዩሉ ምኽንያት ብናይ ገፋዕቲ ድፍኢት ስለዝኾነ ብጣዕሚ ክንሕነስ ይግበኣና።እቲ እግዚኣብሄር ክጥቀመሉ ዘለዎ ሰብ ገፋዕቲ ይተናኾሉዎ፡ንበረኽቱ ከይድቅስ'ውን ከይተረድኦም የበራብሩዎ፡ስሙ ንዘይፍለጥ ዝነበረ ኽኣ ርእሲ ጌሮም የፍልጡዎ።እገሌ ከምዚ'ዩ እናበሉ ዝዛረቡ ዝነበሩ እቶም ቅድም ናይቶም ግፍዐኛታት በትሪ ዝጠዓሙ ዓበይቲ ሰባት ኣበይ ኣሎ እናበሉ ነቲ ሰብ የናድዩዎ፡ግፍዐኛታት እምበኣር ካብ ዝነድኡዎ ዝጠቕሙዎ ይበዝሕ።ካብ ዘፍረሱዎ ሕብረት መሊሶም ኣቑሞም ዘሐየሉዎ ከም ዝበለጸ ኣብ ዕድሜና ርኢና ኢና።ስለዚ እቲ ኩሉ መሳርሒኡ ዝኾነ፡ብኣድጊ በለዓም ዝዛረብ፡በእማን ቢተንያ ዝዝመረሉ ጎይታ ስሙ ብሩኽ ይኹን!

እወ ከም መዓር ዝጠዓሙን ፈላጣት ዘረባን ምልኩዓትን ንላዕሊ ኣይደየቡን፡እቶም ከም ልኻይ ዝተነነጹ ግን ኣብ ርእሲ ክወጹ'ዮም ክኢሎም።እዞም ግፉዓት ነዚ ስፍራ ንባዕሎም ኣይተመነዩዎን፡ጸላኢ ግን ገፊዑ-ገፊዑ ይግባኣኩም'ዩ ኢሉ ኣቡኡ ኣብጸሐም።ሓደ ገጣሚ ከምዚ ክብል ገጠመ፡-

"ግፍዒ ጽቡቕ'ዩ ምሒር ንኽይትወድቁ፡

ግፉዓት ደው ክትብሉ ዝገፍዑ'ዮም ዝወድቁ፡" በለ።

ልኡል ራእሲ ካሳ ሃይሉ ተጣባቒ መሰል-ውጹዓት ነበሩ ይበሃል።መኳንንትን መሳፍንትን ከኣ ጥርዓኖም ሒዞም ናብኦም ይቕርቡ ነበሩ።ሓደ መዓልቲ ሓደ መስፍን ናብ ራእሲ ካሳ ሃይሉ ብምምጻእ፡-"ተበዲለ፡በዓል እገሌ በዲሎምኒ ዝግባኣኒ ሽመት'ውን ተሓዲገ" በሎም።ንሶም ዘረብኡ ድሕሪ ምስምዖም፡-"እንተትብደል ኔርካ'ሞ ምዓበኻ ኔርካ፡ስለዚ እቲ ዝገፍዓካ ላንጋላንጋ ገፋዒ'ዩ" በሉዎ ይበሃል።ገፋዒ ከምዘዕቢ ካብ ቀደም ጀሚሩ ተፈቲኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ'ዩ።ካብ መናብርትን ስልጣናትን ንላዕሊ ዝበለጸ ክርስቶስ'ውን ብሰብ ዝተጸልአን ዝተገፍዐን ነበረ (ነጴጥ 2፡6-8)።

ንሕና እንታይ ከምእንኽውን ባዕልና ካብ እንፈልጦ ንላዕሊ ጸላኢና እንታይ ከምእንኽውን ኣጸቢቕ ኢዩ ዝፈልጥ፡ስለዚ ኣብ መፈጸምታ ንኽይንበጽሕ መሰናኽል የብዝሓልና።እንተኾነ ዕንቅፋት-ጸላኢ ካብቲ እግዚኣብሄር ዝሓሰበልና ነገር ኣየትርፍናን።ዝሞቱ ሰባት ስለዝሞቱ ጸላኢ ዝበሃል የብሎምን፡ብሂወት ንዘለዉ ግን ጸላኢ ኣለዎም፡ሰባት ጸላኢ ክበዝሑም ከሎ ስለዝተናዕቑ'ኳ እንተመሰሎም ብጸላኢኦም ግን ስለዝተፈርሑ'ዮም ዝግፍዑ።

ንመንእሰይ ዮሴፍ ዘጋጠሞ'ውን ከምዚ'ዩ ነይሩ፡የሕዋቱ ንዘይፈልጡዎም ሰባት'ኳ እንተሸጡዎ ንሱ ግን ናይ ግብጺ ቀዳማይ ሚኒስተር ክኸውን ከኣለ፡ምኽንያቱ ገፊዖም ገፊዖም ናብ ዙፋን ኣደየቡዎ።ከይተረድኦም ቦታኻ ኣብዚ ኣይኮነን፡ናይ ራኢኻ መፍትሒ ደኣ ውረስ ይብሉዎ ነበሩ።እንተዘይሸጡዎ ኔሮም ግን ሓላዊ ኣባጊዕ ምድሪ-ፍልስጤም ኮይኑ ምተረፈ ኔሩ።እግዚኣብሄር ክፉእ ብዝመስል ተግባር-ክፉኣት ጌሩ ሰናይ ነገራት'ዩ ዝሰርሕ።ባዕሉ ዮሴፍ ከምዝመስከሮ፡-"ንስኻትኩም ክፉእ ነገር ሓሰብኩምለይ፡እግዚኣብሄር ግን ከምዚ ሎሚ ኮይኑዎ ዘሎ ብዙሕ ህዝቢ ክድሕን ብምግባር ንጽቡቕ ሓሰበ"በሎም (ዘፍ 50፡20)።ኣብ ራእይ እምበኣር ኣባና ዝበጽሕ ግፍዒ

ንጥፍኣት ዘይኮነስ ንምፍራይን ንምድልዳልን ዝሕግዘና ብምኽኑ ክንሕጎስ ይግባኣና።“ሰብ ንዝፈትዎ እግዚኣብሄር ይፈተዎ” ካብ ዝብል ግጉይ ዕላል ወጺእና፡ብዙሕ ሰብ ንዝጸልኦ እግዚኣብሄር ዝተቐበሎ ምኽኑ ብምስትውዓል ኣብ እንግፍዓሉ ክንደሃል የብልናን።ንጥቕሚ ግፍዐኛታት ኣመልኪቶም ገደበ ሚካኤል፡-

“ሰብ ክብድለኩም ኣይትነድሩ፡

ጸላኢ ኣይትጽልኡ ክፉእ ሰብ ኣፍቅሩ፡

ክፍኣት’ቲ ክፉእ-ሰብ ጥቕሚ’ዩ ትርፉ፡

ከነቓቕሓኩም’ውን’ዩ ንኸይትድቅሱ፡” ብምባል መሰሉ።

ግዝያዊ ዓወት ጸላኢ

ተቓዋሚ ንጽበዮ ነገር ብምኽኑ እንድነቐሉ ኣይኮነን።እንተዘይተጸቢናዮ ግን ክፉእ ነገር ጥራይ ዘይኮነ ጽቡቕ’ውን ከሰንብደና ክኽእል’ዩ።ምኽንያቱ ዕንቅፋት ነቓፍን ተቓዋምን ጥራይ ኣይኮነን።ግዝያዊ ዓወት ጸላኢ ሓደ ካብቲ ንልቢ ዝትንክፍ ዕንቅፋት’ዩ።ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ብዛዕባ ክህነት መልከጼደቅ ክዛረብ ከሎ፡-“ኣብቲ ዘይበርስ ሓይሊ ሂወት ምሻሙ ይዛረብ (ዕብ 7፡16-17)።ክህነት መልከጼደቅ ምሳሌ ክህነት ክርስቶስ እዩ።እዚ ክህነት’ዚ ካብ ናይ ኣሮን ክህነት ዝበለጸሉ ምኽንያት ኣብቲ “ዘይሓልፍ ሓይሊ ሂወት” ዝገነነ ብምኽኑ እዩ።ክህነት ኣሮን ግን ብኣንጻሩ “ኣብ ዝሓልፍ ሓይሊ ሂወት” ዝተደኮነ ነበረ።ኣሮናውያን ኣብ 25 ዕድመኦም ናብ ናይ ክህነት ኣገልግሎት ይመጹ’ሞ ኣብ መበል 55 ዕድሜኦም ድማ ምዱብ ኣገልግለቶም ይውድኡ ነበሩ።ቅድም’ዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ ድማ ኣገልግሎቶም ብሞት ክቋረጽ ይኽእል’ዩ።ብልብሲ ክህነቶም፡ብዓቢ ክብሮም፡ብልዑል ቃላቶም ክረኣዩ ከለዉ ዝደኽሙ ኣይመስሉን፡እንተኾነ ዝሓልፍ ሂወትን ሓይልን ነበሮም።

ከምኡ ኣብ ራእይና ፊት-ንፊት ደው ኢሎም ዘሳጉጉና ሰባት ዘይሓልፍ ሕልናን ዘይደክም ሓይልን ዘለዎም ኮይኖም’ዮም ዝመስሉና፡እንተኾነ እግዚኣብሄር ቅልጽም ዘይኮኖም ናይ ድኹማት ድኹማት’ዮም።ኣሳደድትና ካብ ንስሪ ዝቕልጥፉ ኮይኖም ካብ ዶብ-ሃገር ከርሕቑና፡ኩሉ ሰብ ክሰምዖምን ክስዕቦምን ንናኣምን ምፍርራሖምን ድማ ሓቂ’ዩ ክብሎም ይኽእል’ዩ።ንሕና’ውን ካብዚ ሂወትን ሓይልን ዝተላዕለ ክንስምብድን ራእይና ክንገድፍን ክንደናደን ንኽእል ኢና፡እንተኾነ እዚ ዝሓልፍ ሓይልን ሂወትን ምኽኑ ክንርስዖ የብልናን።እቲ ካብ ሽመት መልከጼዴቅ ንላዕሊ ናይ ዘልኣለም ካህን ዝኾነ ዝድግፈና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዘይሓልፍ ሂወትን ሓይልን’ዩ ዝነብር።

ኣይሁድ ንክርስቶስ ሕጎም ስለዝተቓወሞ ዝቐተሉዎ’ኳ እንተመሰሎም፡ናይ ገዛእ ርእሶም ሕጊ ግን ንዕኣም ይቃወሞም ነበረ።ንሳቶም ንቕንኣት-ሃይማኖቶም ክብሉ ናብ ሃይማኖት ኣጸግዑዎ።ብሓሶት ምምስካር’ኳ ሓጢኣት እንተኾነ ንእግዚኣብሄር ናይ ሓጢኣት ተሓባባሪ ጌርካ ምቑጻር ግን ዝገደደ ሓጢኣት’ዩ።ኣይሁድ ንክርስቶስ ዝጸልኡሉ ‘4’ ዓበይቲ ምኽንያት ነበሮም፡ንሱ ከኣ፡-

1. ትምህርቱ ቅኑዕ፡ሂወቱ ጎደሎ ዘይብሉ ብምንባሩ ቅንዕንኡ ንኽፍኣቶም፡ፍቕሩ ኸኣ ንፍትወት ገዛእ ርእሶም ስለዘጋለጾ፡

2. እቲ ንሱ ዝሰብኮ ዝነበረ ናይ ምጽንናዕ ወንጌል ንብዙሓት ስለዘዕረፈን ካብቲ ንሳቶም እናፈራርሑ ቤት-መበለታት ምዝማቶም ስለዘትረፈን፡
3. ንሱ ብነጻ ሕሙማት ከሕውን ሙታት ከተንስእን ከሎ፡ንሳቶም ግን ኣብ ሕሙማትን፡ኣብ ቀብሪ ሙታትን ዝረኽቡዎ ዝነበሩ እቶት ስለዝጎደሎም፡
4. ንሱ ፍቐሪ ብምኽኑ ብዙሓት ምስፈተዉዎ፡ንሶም ግን ቁጽሪ ፈተውቶም ስለዝጎደለ በዚ ምኽንያት ቀኒኦም ጸልኡዎ።

መኣዲ-ሓጎሶም ኣብ መቓብሩ ክሳብ ዘይኮነ፡ብሂወት ክሳብ ዘሎ ንዝርጋሔኡ ክቆጻጸሩዎ ከም ዘይክእሉ ብግልጺ ተዛረቡ።ዓቢ መለኮታዊ ክብሪ ገዲፉ ምምጽኡ ረሲዖም ብዝቀያየር ናይ ዓለም ክብሪ ስለዝጠርጠሩዎ፡ንሞት ኣሕሊፎም ሃቡዎ።በዚ ድማ ግዝያዊ ዓወት ረኺቡ።ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ኣብ መቓብር ዓጸዉዎ፡ብጾቱ ከሓዱዎ፡ዝኣመኑዎ ጠርጠርሩዎ፡ዝመስከሩሉ'ውን ተሓብኡዎ፡ካብ ግርማ ኣይሁድ ተላዒሎም ደቀ-መዛመርቱ ገዝኡም ዓጸዉ፡እቲ ኩሉ ዝስዕቦ ዝነበረ ህዝቢ'ውን ተስፋ ቐረጸ።ደቂ-መዛምርቱ ነቲ ቅድሚ ምሟቱ ብዛዕባ ትንሳኤኡ ዝነገሮም'ኳ እንተረሰዑዎ፡ጸላእቱ ግን ኣይረስዑዎን፡ኣይተጠራጠሩን ከኣ።ስለዚ ሰለስተ ናይ ሓለዋ ጥንቃቐታት ገበሩ።ንሳቶም ከኣ፡-

1.ንመቓብሩ ብዓቢ እምኒ ዓጸዉዎ፡

2.ወተሃደራት ገበሩሉ፡

3. ኣብ ዝትንስኣሉ ንትንሳኤኡ ዘጋግዩ ሰባት ብገንዘብ ኣዳለዉ(ማቴ 28፡15)።

ለካ ጸላኢ መከራን ስደትን ዘለዓዕለልና ስለዝነዓቐና ዘይኮነስ ስለዝፈርሓና'ዩ።እዉ ንሕና ክንድቲ ንገዛእ-ርእስና ኣንኢስና እንርእያ፡ጸላኢ ኣነኣኢሱ ኣይሪአናን'ዩ።ጸላኢና ልዕሌና ነቲ እግዚኣብሄር ኣባና ዘለዎ ዕላማ ይርኢ።ኣብ ስፍራ መቓብር ንዘለዉ ጸላኢ የብሎምን፡ንስሞም'ውን ዘልዕሎ (ዝዝክሮ) የለን።ንምንታይ፧ምስእንብል ፈጺሞም ሞይቶም ስለዝኾኑ።ስለዚ ንሕና ጸላኢ እንተሊዩና ብሂወት ኣለና ማለት ኢዩ።

ኣይሁድ ነዚ ኩሉ'ኳ እንተገበሩ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዝረኽቡዎ ግዝያዊ ዓወት ካብ ሰንበት ኣይሓለፈን።ክርስቶስ ግና መቓብር ክፈቱለይ፡መግነዝ ፍትሑለይ ከይበለ ካብ ሞት ተንሰአ፡ካልኣይ ሞት ከይሓዞ'ውን ዘልኣለማዊ ትንሳኤ ተንሰአ።ዝተበተኑ ተኣከቡ፡ ዝተጠራጠሩ'ውን ካልኣይ ኣመኑ።እዉ ኣብ ራእይና ግዝያዊ ዓወት ጸላእትና ከሰንብደና የብሉን፡ምኽንያቱ ዓወቶም ካብ ሰለስተ መዓልቲ ኣይሓልፍን'ዩ።ኣብ መወዳእታ ዝስዕር ከኣ ሓቂ ጥራይ እዩ።ሓይሊ ነገስታት ዘይኣሰሮ ሓቅነት-ወንጌል ብዝሒ ተቓወምቲ ኣይኣስሮን'ዩ።ብኣንጻሩ ተቓወምትና ጥንቁቓት ክንከውን ኢዮም ዘንቅሑና፡ጉድለትና ክንርኢ ኸኣ ይሕግዙና።ስለዚ እምበኣር እግዚኣብሄር ብተቓወምቲ ከምዝጥቀም በዚ ነስተውዕል።

<u>ምምቐቓል ራእይ</u>

ኣብ ጉዕዞና ናይ ደገ ዕንቅፋት ክንከላኸል ክንብል በሊዑ ዝወድኣና ናይ ውሽጢ ምኽኑ ብዙሕ ግዜ ተዓዚብና ኢና።ናይ ደገ ብጽልኣት'ዩ ዝለዓል ኢልና ብጽቡቕ ዘይንጽበዮ ብምኽኑ እቲ ቀስቲ ንኣካል ደኣ'ምበር ንመንፈስ ኣይረኽቦን'ዩ፡እቲ ናይ ውሽጢ ግን ብጽልኣት ይለዓል'ዩ ኢልና ዘይንጽበዮ ብጽቡቕ ጥራይ እንጽበዮ ብምኽኑ እቲ ፍላጻ

ንኣካል ዘይኮነ ንውሽጢ ናይ ምጉዳእ ዓቕሚ ኣለዎ።ብፈታዊ ዝመጽእ ቁስሊ ብርቱዕ እዩ፡እንተኾነ ኣብ ዓለም ዝደጋገም ደኣ'ምበር ሓድሽ ነገር ስለዘየለ በዚ ክንሕጎስ ይግብኣና።እቲ ዝኸውን ዘሎ ዝኸውን ዝነበረ ደኣ'ዩ እምበር ኣባና ዝጀመረ ኣይኮነን፡እንተኾነ ሓሶት ብምትላል ንብዙሓት ኣኽቲላ ትጎዓዝ'ያ።ኣብ መወዳእታ ግን እቶም ንሓሶት ኣሚኖም ዝሰዓቡ ዘበሉ ብዓቢ ሻቕሎት'ዮም ዝምለሱ።እወ ውድቀት ዝረኣየን ክሒዱ ዝተመልሰን ከም ጴጥሮስ እሙን ወደ-መዝሙር ክኾነልና እዩ።ኣብዚ ንምብጻሕ በቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝሓለፎ ጎደናን በቲ ብዙሓት ሰብ ራእይን ብዙሓት ነብያትን ኣገልገልትን ዝሓለፉሉ ዝጠጥሐ ጎደና ስለንሓልፍ ኣይንፈሪሕን ኢና።ጎይታ! ኣይክሕደካን'የ ዝበሎ ጴጥሮስ ክኽሕዶን ይሁዳ ንኽትሕዞ ክስዕሞ ከሎን ረኣየ።ጎይታ ግን ንኹሉ ብፍቕሪ ብምርኣዩ ጴጥሮስ ንንስሃ በቐዐ፡ይሁዳ ግን ብስጋዊ ሻቕሎት ንገዛእ-ርእሱ ቀጽዐ።ንሕና'ውን ካብ ጎድንና ንዝተፈልዩ መልስና ፍቕሪ ጥራይ ምስዝኸውን፡ገሊኡም ንንስሃ በቒዖም ክምለሱ'ዮም፡ካልኦት ድማ ንጽህናና እናኣወጁ ገዛእ ርእሶም እናኾነኑ ክነብሩ ኢዮም።

ራእይ ናይ ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ፈታዊ ጽልኣት'ውን የእንግድ'ዩ፡ናይ ጸላኢ ጽልኣት ፈተና ኣይኮነን፡ናይ ፈታዊ ጽልኣት ግን ፈተና እዩ።ስለዚ ኣብ ራእይና ብብርቱዕ ክንፍተን ንኽእል ኢና።ንራእይ ኣብ መጀመርታ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መወዳእታ'ውን ፈተና የጋጥሞ'ዩ።እወ ናይ ቃልስና ምዕራፍ ተወዲኡ'ዩ ክንብል ከለና ፈተውትና ካብ ሞንጎና ብኣድማ ክለዓሉ ክጅምሩ ይኽእሉ ኢዮም።ባህሪ ብዙሓት ሰባት ኣብ ክፉእ መዓልቲ ምኽሓድ ጥራይ ኣይኮነን፡ኣብ ሰናይ ምዓልቲ ጸላእቲ ኮይኖም ዝለዓሉ ሰባት'ውን ኣለዉ።እቶም ራእይ ናብ ሽትኡ መታን ክበጽሕ ሓቢሮም ክበኽዩ ዝጸንሑ፡ድሒሮም ግን ሓቢሮም ነቲ በረከት ምብላዕ ይሰኣኖም።

ሰብ ኣብ ውሽጡ ከምዘሎ ከይፈለጠ ሒዙዎ ዝነብር ጠባይ እንተሎ ቅንእን ተንኮልን'ዩ።ስለዚ ካብዚ ፈተና ክንወጽእ ኣበርቲዕና ክንጽሊ ኣለና።ንርእስና'ውን ብጽቡቕ ዕድል ናይ ሰባት ዝበሳጮ ከይከውን ሓልወኒ ምባል ዓቢ ጸሎት'ዩ።ቅንኣት ክፉእ ገዛኢ ስለዝኾነ ኣብ ዝመጸና መዓልቲ ገዛእ ርእስና ምቁጽጻር ንስእን፡ምኽንያቱ ቅንኣት ኣዕጽምቲ ዘንቅዝ ክፉእ መርዚ'ዩ።ኣብ ራእይ'ውን መራሕቲ ራእይ ዝገነኑ ኮይኑ ዝመስሎም ሰባት፡ንሕና ተረሲዕና ኢሎም ብቕድሚኦም ንዘሎ ሰብ ሓሊፎም ቀዳሞት ንምኳን ጉያ ይጅምሩ።እዚ ከኣ ኣብ ራእይ ምምቕቓል ይፈጥር።ኩሉ ዘርኢ ስለዘለዎ ቀነኣት'ውን ዘርኦም ሒዞም ክጽዕሩ ይደልዩ፡እቲ ሓቀኛ ዘይኮነ ግን ቀዲሙ ዝተዛረበ ከም ሓቀኛ ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ በዓል ራእይ ከም በዓል ጉድለት ይቑጸር።

እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ራእይ ናይ ጥፍኣት ዕላማ ሒዞም እናተላዕሉ "ንሕና ናብ ራእይ ኢና ኣቕኒዕና ዘለና እናበሉ፡ናይ ሓሶት ንብዓት ሓዊሶም ናይ ጥፍኣት ዕላምኦም ኣብ ሽቱኡ ንምብጻሕ ይተግሁ።ከውድቑዎ ንዝሓሰቡ ሰብ እናሸለሙ ኣብ ቅድሚኡ'ውን ጽቡቕ እናተዛረቡ ብድሕሪት ኮይኖም ናይ ተንኮል ስርሖም የሳልጡ።ነቶም ዝመልመሉዎም እናጋደሉ ገዛእ-ርእሶም ብምትላል ዓረቕቲ ብምምሳል ዝፋን ምምዕርራይ ይጅምሩ፡ንሰበይቲ ካብ ሰብኣያ ዝፈልዩ ውሽማታት'ዮም ፍቕሮም ግን ዕድመ የብሉን።ተጠቒሞም ዝድርብዩ ኣመንዝራታት ናይ ጠባይ ዘመውቲ ከኣ'ዮም።ንፋስ ኣብ መሬት ተመዓራርዩ ንዝተቐመጠ ፎኪስ ንብረት ኣልዒሉ ኣብ ኣየር እናንሳፈፈ ይወስዶ፡ሜዳ ኣብ ዘበለ ተሰኪሙ ድማ ኣብ ጸድፊ ደርብዩዎ ይኸይድ።እዞም ሰባት እዚኦቶም'ውን ሰረገላታት ንፋስ'ዮም፡ንመጓሰ ካብ ጓሳእን ፈልዮም ድሒሮም ደርብዮመን ዝኸዱ ዕሱባት'ዮም፡ስለዘይወለዱ ኣውዲቕም ንምሕራድ'ውን ጨካናት'ዮም።

እዞም ሰባት'ዚኦም ውሽጣዊ ምንቕናቕ ዝፈጥሩሉ ምኽንያት ብዙሕ'ዩ፡ተቐበልቶም'ውን ዝተፈልየ መልክዕ ኣለዎም።ውሽጣዊ ምንቕናቕ ዘለዓዕሉሉ ምኽንያት ከኣ፡-

1. **መምህራኖም ብምንዓቕ'ዩ**፡-ሓድሽ ክርስትያን ካብ ጳጳስ ኣይበልጽን'ዩ፡እንተኾነ ዝበልጽ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖ።ሓደስቲ ሰብ-ራእይ ድማ እቲ በዓል-ራእይ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ንኢሱ ስለዝረኣዮም ንሕና ብዝበለጸ ክንመርሕ ንኽእል ኢና ምባል ይጅምሩ።ንባዕልኻ ምሻም መጀመርታ ምዕራፍ ናይ ሞት ናይ ምኳኑ ካብዞም ሰባት ክንርዳእ ንኽእል፡ምኽንያቱ ንሽመት ይግባኣኩም'ዩ ከይተበሃልና ይግባኣና'ዩ ምስእንብሎ ኣርሒቕ ይድርብየና።"ከበሮ ኣብ ኢድ-ሰብ ምቁር፡ክሕዝዎ ግን የደናግር" ከምዝበሃል እዞም ሰባት ንግቡእ በዓል-ራእይ ብርሑቕ ኮይኖም ክሪኡዎ ከለዉ ቀሊሉ'ዩ ዝረኣዮም፡ስለዚ ነቲ ራእይ ንምርባሽ ናይ ወንበር ምጉንናጽ ይጅምሩ።እንተኾነ ራእይ ብጸጋ ደኣ'ምበር ብሞያ ዝሰምር ነገር ኣይኮነን።ራእይ ብወረቐት ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ዘይኮነ ሰማያዊ ቅብኣት ዘለዎ ኣምበሳዳርነት እዩ።ብቕመት ስጋ ናእሽቱ ኣብ ዝመስሉ ሰባት እግዚኣብሄር ዓቢ ስራሕ ዝሰርሓሉ ኣገልግሎት ኢዩ።
2. **ብሕብረት ምንባርን ምቕርራብን ፈተና ይኾኖም፡-** ሓቢርካ ምንባር ናይ ምንዕዓቕ ኣርእስቲ ከኸውን ብፍጹም ኣይግብኦን።እንተኾነ ዝኸረመ ብጻይ ከምዝኸረመ መስተ-ወይኒ ዋግኡ ክቡር ምኳኑ እቶም ቀለልቲ ሰባት ኣይርድኡዎን'ዮም።ስለዚ ብጻይ ሎሚ ካብ ናይ ሎምዓንቲ ጽጋብ ተበጊሱ ንኹሉ ኩነታት በዓል-ራእይ ኢዩ ዝትንትኖ። ኣለዎ ደኣ'ምበር ይስእን'ዩ ኢሉ'ውን ኣይሓስብን'ዩ፡።ብሕብረት ዝነብር ሰብ ናይ ሎሚ ዘይኮነስ ዝሓለፈ'ዩ ዝዝክር።ምቕርራብ ኣየነዓዕቕን'ዩ።ምኽንያቱ ብሉጻት ሰባት ክንፈልጥ ከለና ብዝያዳ ክንፈትዎም እዩ ዝገብረና፡ንቐለልቲ ሰባት ግን ምቕርራብ ምንዕዓቕ'ዩ ዝፈጥረሎም።
3. **ቅንእን ተንኮልን ጸላእቲ ገሩ የለዓዕሎም፡-** ከይተጸላእካ ንጽልኢ ዝወልድ፡ብዘይ በደል ንቂም ዘለዓዕል ጠባይ ቅንኢ'ዩ።እዞም ሰባት እዚኦቶም ከኣ ክንቱ ብዝኾነ ጽልኢ'ዮም ዝለዓዓሉ፡ንናይ ሕሊናኦም ወቕሳ ብዘይምስምዖም ክብሉኒ'ዮም ከይበሉ ጸላእቲ ንምኳን ይለዓሉ።እዚ ሰብ'ዚ ከይሞተ ኣነ ኣይነብርን'የ ዝብል ሰይጣናዊ መንፈስ ድማ ይምልኡ።ስእሉ ንዝሰዓሙዎ ሰብ (ኣካሉ)ህላዌኡ ክድምስሱ ይእድሙ።ካብ ጎድንና ዘይፍለዩ ሰባት ምስ ከምዚኦም ዝበሉ ምዕጣቕም ምስእንሰምዕ ልብና ይስምብድ'ዩ።እንተኾነ ኣብ ውሽጢ መጋረጃ ጴጥሮስን ይሁዳን፡ካብ መጋረጃ ወጻኢ ድማ ሃናን ቀያፋን ምጽባይ ናይ ግድን'ዩ።
4. **ራእይ ዘፍርሕ ኮይኑ ብዝብል ስጋዊ ጅግንነት ይለዓሉ**፡- ራእይ ብስጋዊ ሓይሊ ዘይኮነ ብመንፈሳዊ ሓይሊ'ዩ ኣብ መዕለቢኡ ዝበጽሕ፡ምኽንያቱ ራእይ ኣብ ግዜ ሰብ ዘይኮነስ ኣብ ግዜ እግዚኣብሄር ዝፍጸም ነገር እዩ።እዞም ሰባት እዚኦም ግን ክንታለል የብልናን፡ብትብዓት ንውጻእ ክብሉ፡ግደፉ ንዝብልዎም ሰብ-ራእይ ድማ ከም ጸላኢ ክርኢዎም ይጅምሩ፡ኣብ ፍክራኦም ከኣ "ከይተዘርገ ኣይጸርን" ኢዮም ዝብሉ፡።እንተኾነ ንሕና ባዕልና ዝዘረግናዮ ክጸሪ ተራእዩ ኣይፈልጥን'ዩ።እግዚኣብሄር ግን ዘሪጉ ከምዘጸሪ ንፈልጥ ኢና፡ከምኡ'ውን ከይዘረገ ከጽሪ ከምዘኽእል'ውን ንፈልጥ ኢና። "ሓባጥ ይተኮስ" በሃልቲ ዝኾኑ ሰባት ግን ናታቶም ምህዋኽ ሰላም ዘምጽእ ኮይኑ ስለዝመሰሎም በዞም ምኽንያታት'ዚኦም ራእይ ንምክፋል(ንምምቕቓል) ሰባት የለዓዕሉ።ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ብዙሓት ሕብረት

ብዘተፈላለየ መገዲ ክከፋፈል ይጅምር ኣሎ፡እቲ ሕብረት'ውን ዝተፈላለየ መልክዕ'ዩ ዘለዎ፡ካብቲ ዝተፈላለየ መልክዕ ዘለዎ ሕብረት ቀጺልና ክንርኢ ኢና፡-

- ፍጹም ጸላኢ ኮይኑ ካባና ዝፍለ ተቓዋሚ፡- ጽልኢ ካብ ዝመሃዘ ሰብ ንላዕሊ ነቲ ዘአንገዶ ሰብ ዝያዳ የሐይሎ።ካብቶም ቀንዲ ተቓወምትና ንላዕሊ እቶም ፈተውትና ዝነበሩ ሓደስቲ ምልሙላት ተጠርኒፎም ይጸርፉና፡እገሌ ደኣ እንታይ'ዶ ኢሉኒ'ዩ፤ ክሳብ ንብል ካብ ናይ መመህር ናይ ደቀ-መዛሙርቱ ፈተና ይገደና።ካብ ቀንዲ ተቓወምትና ካብ እንሰምዖ ካብቶም ወከልቲ ኮይኖም ተለኣኻቲ እሞ ናይ ባዕሎም ጽልኢ ዘይብሎም ልኡኻት፡ልቢ ዝሰብር ዘረባ ኢና ንሰምዕ።እወ እንተድኣ ሰሪሕና ጸላኢ ኣሎ እንተዘይሰሪሕና ግና ጸላኢ ኣይህሉን'ዩ፡እንተኾነ ጸላኢ ኣለና ኢልና ሞይትና ኣይንጸንሓን ኢና።ከም ሰብ ጉድለት ክህልወና ይኽእል'ዩ፡እንተኾነ ካብ ከይሰራሕካ ፍጹምነት እናሰራሕካ ጉድለት ይሓይሽ።
- ብዘይ ኣፍልጦ ካባና ተፈልዩ ዝቃወም ተቓዋሚ፡-ብዘይፍላጥ ዝፈትዉና ሰባት ብዘይፍላጥ ከኣ'ዮም ዝጸልኡና።እዞም ሰባት'ዚኣም ተቐላጢፎም ብዘጋጠመ ዝሓርቁ፡ወጺኦም ንምእታዉ ናይ ሂወት ኮምፓስ ዘይብሎም፡ዝቐደመ ዝወስዶም፡ከም ሻምብቆ በረኻ ዝወዛወዙ ሰባት እዮም።ድስቲ ሓጺን ናብ ሓዊ ምስተሰቐለ ቀልጢፉ ከምዝረስን ምስወረደ'ውን ቀልጢፉ ከምዝዝሕል እዞም ሰባት እዚኦም ከኣ ስምዒታውያን ስለዘኾኑ'ዮም ዝቃወሙና።ነቶም ቀዳሞት ብጽንዓት ክንጸንሖም ከምዝግባኣና ከምዝተማሃርናዮ፡ነዚኦም ግን ብናይ ይቕሬታ-ልቢ ኢና ክንጽበዮም ዝግባኣና።እዞም ሰባት ምሳና ቁሩብ'ኳ እንተጸንሑ ምኻዶም ኣይተርፍን'ዩ'ሞ ብምኻዶም ክንሓዝን ኣይግባእን'ዩ፡ምኽንያቱ ብድምጺ ብልጫ ዝፈትወና ብድምጺ ብልጫ እዩ ዝጸልኣና።
- ንሓበሬታ(ንኽስሊ)ምሳና ዝተርፍ ብጻይ፡-ካባና ንኽይከዱ ፍቕርና ዘገድዶም ንኽይተርፉ ዕላማ ዘይምህላዎም እናተጻብኦም ልቦም ሸፊቱ ኣካሎም ምሳና ዝተርፍ ወገናት ኣለዉ::እዞም ሰባት ምሳና እናበልዑ ምስ ካሊእ ዝውሕጡ፡ምስ ጸላኢ ብሬድዮ-ርክብ እናተዛረቡ ኣብ ሞንጎና ቦምባ ዝድርብዩ ብጾት'ዮም።ስኖም እናጻዕደዉ፡መልክዖም እናጸበቐ፡ነቲ ዘራኽበና ዓቢ ዕላማ ረሲዖም ብንእሽቶ ህያብን ክብሉኒ'ዮም ብዝብል ስክፍታን ተታሒዞም ይተርፉ።እዚኦም ፈተውቲ ዘይኮኑስ ፍረ-ኣልቦ በለስ እዮም።
- ኣድማ ኣብ ዝለዓለሉ ብሓጎስ ዝሰራሰር ብጻይ፡-እዞም ሰባት እዚኦም ምስ ጸላእትና ኣይከዱን'ዮም፡ናይ ዝኾነ ወገነኛ ኣይኮንኩን ከኣ'ዮም ዝብሉ።ብቕድሚት ኮይኖም ምቅላስ ኣይፈትዉን፡ንጥቕሞም ኣኽቢሮም ክነብሩ ጥራይ'ዮም ዝደልዩ።ልዕሊ ኩሉ ናይ ራእይ ምርባሽ ስለዘሐጉሶም "እንቋዕ" እናበሉ ብሓጎስ ይዘሉ።ሃለቃ ገብርሃና ውሽማ ናይ ሰበይቶም ዝነበረ ሰብ ኣብ ዝሞተሉ መዓልቲ ስሙ ደስታ ይበሃል ነበረ'ሞ ብስሙ ጌሮም "ደስታይ፡ደስታይ" ኢሎም በኽዩ ይበሃል።ኣብ ራእይ'ውን ደስታይ እናበሉ ዝበኽዩ ሰባት ነኣንግድ ኢና።

ክጸሓፍን ክዝረብን'ኳ ቀሊል እንተመሰለ ንምንባርን ንራእይን ኣጋይሽ ኣብ ዝኾናሉ ዘመን ናይ ውሽጢ ጸላእቲ ከተኽዙና'ዮም ዝነብሩ።ግዜ ምስሓለፈ ግን ብተንኮሎም ዘይኮነ ብዝኽፈልናዮ ናይ ብሽጭት ዋጋ ኢና እንሓዝን።ኩሉ ነገር ክመጽእ ከሎ ዘይሓልፍ ኮይኑ'ዩ ዝመስል፡እንተኾነ ኣይሓልፍን ኢሉ ዘሸገረና ክፉእ ነገር ክሳብ ሎሚ ስለዘይረኣና ክንሕጎስ ይግባኣና።ቁሩብ ክንዕገስ እንተደኣኺኢልና እቶም ኣባና ዝተላዕሉ ንሓድሕዶም

ክጣፍኡ ኢና እንርኢ፡ምኽንያቱ "ስምምዕ ሰራቒ ክሳብ ዝሰርቕ'ዩ፡ጸኒሑ ዝሰረቕ ክማቐል ይጸላእ" ክምዝበሃል'ዩ።

ከምቲ ኩሉ ነገር ዘርኢ ዘለዎ ቀናኣት'ውን ዘርኢ ኣለዎም።እቲ መንፈስ ዝኾነ ሰይጣን'ኳ ዘርኢ ኣለዎ ተባሂሉ ተጻሒፉ ኣሎ (ዘፍ 3፡15)።ስለዚ ምስ ቀናኣትን ዘርኦምን እንገብሮ ምጽባእ ዘደንቕ ጌርና ክንቆጽሮ ኣይግብኣናን'ዩ።መልስታትና ዘበለ ከምቃሉ ምስዝኸውን ድማ ኣብ መወዳእታ ሕልናና ንኽስብ፡ምኽንያቱ ሰብ ካብ ምኽሳብ ንላዕሊ ሕሊናኻ ምኽሳብ ዝበለጸ ሓጎስ ኣለዎ።በዓል ራእይ እዚ ኩሉ እናወረዶ ከሎ ነቶም ተጻባእትን ተቓወምትን ረጊኡ ከዘራርቦም ክኽእል ኣለዎ።እቲ ዝሰምዕ ክሰምዕ ዝደለየ ስለዝኾነን፡ንኽይሰምዑዎ'ውን ክሰምዑዎ ዝኽእሉ ከምዝህልዉ ክግምት ኣለዎ።እንተኾነ ዝኽሰቡ ሰባት ስለዘህልዉ ምዝርራቡ ወሳኒ እዩ።በዓል ራእይ ካብ ኣድማ ናይዞም ሰባት'ዚኣም ተላዒሉ ቅድስንኡ ብምድርባይ፡ጸሎት ገዲፉ ብስጋ ምውጋእን ምብስጫውን ከንቱ ኣዘራርባን ከይጥቀም ክጥንቀቕ ይግባእ።"ከምዚ ምስእትብሉዎ ክጸልኣኩም ክኽእል'ዩ" ኢሎም ናይ ኣድማ መኳንንቲ ንዝልእኩዎም ልኡኻት ብትዕግስቲ ክቕበሎም(ከአንግዶም) ይግባእ።በዓል ራእይ "ምሳኻትኩም ዘየንብር ጠባይ እንተልዩኒ፡ምስ ካልኦት'ውን ስለዘየንብረኒ ጉድለተይ ንገሩኒ" ክብል ይግብኦ።ብዛዕብኡ ዝሰምዑዎ ዘበለ ከም ብሓድሽ ክትንትኑሉን ዘዝሓልዎ መሲሉዎም ሓዊ ክደፍኡሉን ስለዝኽእሉ በዓል ራእይ ብትዕግስቲ ከአንግዶም (ክቕበልም) ይግባእ።

ሰራቒ ወርቂ ንዝሓዘ'ዩ ዝሃድን፡ጥራይ ኢዱ ንዘሎ ግን ኣይደልዮን'ዩ።በዓል ራእይ ድማ ኩሉ ስደት ዝእወጀሉ ክቡር ነገር ዝሓዘ ስለዝኾነ ክሕጎስ ይግቦኦ።ካብ ናይቶም ቀናኣት ዝበለጸ ኣዕጋቢ መልሲ ብምሃብ ኣእምሮ ክማርኽ ኣለዎ።ኣብ ውሽጢ ቤት-እግዚኣብሄር ኣብቲ ናይ ብርሃን ድንኳን፡ኣብ ራእይ ክፈላልየና ዝኽእል ውልቃዊ ጥቕሚ ጥራይ'ዩ።ብኣንጻሩ ናይ ኩላትና ሓሳብ ንእግዚኣብሄር ምኽባር እንተኾይኑ ግን ኣይንፈላለን ኢና።ከምዝመስለኒ ዘይኮነ ቃሉ ከምዝብሎ ዝብል መምርሒ እንተልዩና ሓድነትና ዝሓለወን ዘጽንዐን'ዩ ዝኸውን፡ምኽንያቱ እቶም ዝፈላልዩና እቶም ዝመሰሉና ነገራት እዮም።ናይ ሓሳብ ምግርጫው ብጽልኢ ክፈላልዩና ኣይግባእን'ዩ፡ማእከላውነትና ሓቅን ፍቕርን ክሳብ ዝኾነ ናይ ሓሳብ ግጭታት ናብ ዝበለጸ ሓድነት ከብጽሓና ይኽእል።ሰባት ሓሳባቶም ብሰላም ክሳብ ዝገለጹልና ክንቅበልም ይግባኣና፡እቲ ሓሳብ ድኹም እንተኾነ'ውን ብመልክዕ ሓሳብ ካብ ቀረበ ነቲ ወሃቢ-ሓሳብ ከም ጸላኢ ክንሪኦ ኣይግባኣናን'ዩ።ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ሓሳብ ግጭታት ብጣዕሚ ስለእንፈርሑ ዓፊናዮ ኢና ንነብር፡ዝተሸፈነ ሓሳብ ግን ኣብ መወዳእታ ሓደጋ'ዩ ዝፈጥር።ሓድሽ ኣረኣእያ ንዝሓዙ ሰባትን ንራእይና ዝቃወም ዝመስል ሓሳብ ንዝሓዙ ሰባትን ቀልጢፍና ክንቃወሞም ኢና እንደሊ።ዕላማና ሰባት ንምኽሳብ እንተድኣ ኮይኑ ግን ነዞም ሰባት እዚኣም'ውን ደርቢናዮም ክንከይድ ዘይኮነስ ክንሰምዖምን ገንዘብና ክንገብሮምን'ዩ ዝግባእ።

ካብ ኩሉ ዘገርም ምክፍፋል-ራእይ ናይቲ ራእይ መደምደምታ ኣብ ዝቃረበሉ እዋን ብምኻኑ ክንሕጎስ ይግባእ።ጽቡቕ ድግስ ብድርኡ ስለዝፍልጥ ብሉጽ ገጻት ናይቲ ድግስ ዝተራእዮም ሰባት ብድሩኡ ብዙሓት ጸላእቲ ኮይኖም ይለዓሉ።ነቲ ራእይ ከምዝፈትዉዎ ብምዝራብ ነቲ በዓል ራእይ ንምጥፋእ ዝለዓዓሉ ተቓወምቲ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን።ናይ ደገ ተቓወምቲ ነቲ ራእይ ብደገ ክቃወሙዎ ከለዉ፡ናይ ውሽጢ ተቓወምቲ ድማ ንበዓል ራእይ ብቐረባ ይቃወሙዎ።እንተኾነ ራእይን በዓል ራእይን ምፍልላይ ስለዘይከኣል ናይ ክልቲኦም ዕላማ ሓደ ምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ።ካብ ኩሉ ዘሕዝን እቶም ናይ

ውሽጢ ተቓወምቲ ምስቶም ትማሊ ዝቃወሙዎም ዝነበሩ ሓቢሮም ንዝዓበዩሉ እንዳ-ራእይ ንምፍራስ ይነቃቐሑ ምኻኖም'ዩ።እንተኾነ ራእይ ናይ ምምቕቓል ሓደጋ'ኳ እንተገጠሞ ኣይጠፍእን'ዩ፡ምምቕቓል ራእይ ስምዒት'ኳ እንተጎድአ ዝበለጸ ዓወት እናረኣናሉ እንኽይድ ዓይንና ዘውደቕናሎም ሰባት ተሪፎም፡ ዘይተጸበናዮም ወገናት ሓገዞም እንሪአሉ፡እግዚኣብሄር ንዝኽፈቶ ክዓጽዎ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ እነረጋግጸሉ መገዲ-ዓወት ኢዩ።

ኣብ ሓደ ከተማ ሓንቲ ናይ ገዛ ሰራሕተኛ እቲ ገዛ ብዘይ ንሳ ገዛ ከምዘይከውን ስለዝመሰላ ነቶም ሰብ ቤት ብጭካኔ ኣሳቐየቶም።ድሒራ'ውን ካብዚ ኣይሕለፉ ኢላ ነቶም ስድራ ገዲፋቶም ወጸት።ብዘይካይ'ከ እንታይ ክኾኑ'ዮም ኢላ ዝኾኑዎ ክትርኢ ኣብ ኣፌት ኮፍ ኢላ ክትከታተል ከላ፡እታ ዋና ገዛ ግርምብያለ ተዓጢቕ ናብ ክሽነ ከይዳ ክትሰርሕ ጀመረት።ኣብቲ ኣፌት ኮፍ ኢላ ዝነበረት ሰራሕተኛ ትኪ ምስረኣየት፡- "ኣነ ኣብ ዝወጻእኩሉ ገዛኽ ትኪ'ዶ ይተክኽ ኢዩ፤" ኢላ ተመልሰት ይበሃል።ከምኡ ድማ ንሶም ወጺኦም ራእይ ዝቕጽል ዘይመስሎም፡ክገብሩዎ ዝኽእሉ ግቡእ ሓደ-ነገር ጥራይ እናሃለወ ንኹሉ ክጥቕልሉዎ ዝሓስቡ ሰባት ካብ ምጽናሕ ምስዝኽዱ ኢዮም ዝመሃሩ።"ንዝፈርሓኪ ተፍርሒ ኢኺ"ከምዝበሃል እዞም ሰባት እዚኦም ገለ ዘፍርሕ ዘይብሎም ንዝፈርሖም ግን ዘፍርሑ ኢዮም።በዓል ራእይ ግን ናብ ዕላምኡ ብምቅልጣፍ፡ልዕሊ ምጽራፍ ብምስራሕ ጥራይ ከምዝስዕር ከስተውዕል ይግብኦ።

<u>ነስተውዕል</u>

- እግዚኣብሄር ናብቲ ዝሓሰበልና ቦታ እናደፍአ እዩ ዘብጽሓና።
- እግዚኣብሄር ከም ጳውሎስ ደኣ ኣይስረሓዮም'ምበር፡ከም ፈርኦን ዝሰርሓሎም ገፋዕቲ ሎሚ'ውን ኣለዉ።
- ንክርስትያን ክልተ ሓጎስ ተመዲቡሉ ኣሎ፡-ንሱ ከኣ ቅድሚ ኩነት ብተስፋ፡ድሕሪ ኩነት ከኣ ብእምነት ክሕጎስ ብላዕሊ ስለዝተፈቕዱሉ ክሕጎስ ይግቦኦ።
- ንሕና እንታይ ከምእንኽውን ልዕሌና ጸላኢ ኣዐሪዩ ይፈልጥ።
- እግዚኣብሄር ቅልጽም ዘይኮኖ ናይ ድኹማት ድኹም እዩ።
- ኣብ መወዳእታ እትስዕር ሓቂ ጥራይ ኢያ። ሓይሊ ነገስታት ዘይኣስሮ ሓቅነት ወንጌል፡ ብዝሒ ተቓወምቲ ኣይኣስሮን እዩ።
- እቲ ሓቐኛ ዘይኮነ እቲ ቀዲሙ ዝዛረብ ከም ሓቀኛ ኣብ ዝቕጸረሉ ዓለም፡በዓል ራእይ ከም በደለኛ ይቕጸር።
- ራእይ ብጸጋ ደኣ'ምበር ብሞያ ዝሰምር ኣይኮነን፡ወረቐት ዝረኣየሉ ቤት-ጽሕፈት ዘይኮነ ሰማያዊ ቅብኣት ዝረኣየሉ ኣምባሳደርነት'ውን እዩ።
- ብድምጺ ብልጫ ዝፈትወና ብድምጺ ብልጫ ይጸልኣና።
- ሰራቒ ነቲ ወርቂ ንዝሓዘ'ዩ ዝሃድን፡ጥራይ ኢዱ ንዝኾነ ሰራቒ ኣይደልዮን እዩ።
- ዓወት ምንባር ዘይኮነ ብጽንዓት ምሕላፍ'ዩ።
- ራእይ ናይ ምምቕቓል ሓደጋ'ኳ እንተጋጠሞ ፈጺሙ ኣይጠፍእን።

※ ※ ※

ምዕራፍ-26

ናይ ምመወዳእታ ጎያዪ

ምቅብባል በትሪ ሓደ ካብ ጸወታታት ስፖርት ኮይኑ ብተደጋጋሚ ዘይነዘውትሮ ዓይነት ጉያ እዩ::ውድድር ምቅብባል-በትሪ ሓደ ሰብ ጀሚሩ ዝውድኡ ዘይኮነ ብሕብረት ብዝካየድ ጉያ ዝርከብ ዓወት እዩ።ኣብዚ ጸወታ'ዚ ጎየይቲ ንሓድሕዶም ብዝተወሰነ ርሕቐት ኣብ መስመሮም ጠጠው ኢሎም ኢዮም ዝጽበዩ።እቶም ሓደ ነቶም ዝጽበዩዎም ከይድንጉይዎም፡እቶም ተጸበይቲ ከኣ እቶም ዝመጹዎም ከይድንጉይዎም ብህርፋን ኢዮም ዝጸባበዩ።እቲ ዘረክብ እንተ ደንጉዩን ብእዋኑ በትሪ እንተዘይኣረኪቡዎን እቲ ዝቐጽል ኣካል ድማ ይድንጉ።እቲ ጎያዪ ነቶም ዝጽበዩዎ ቀልጢፉ ነታ ሒዙዋ ዘሎ በትሪ ምስዘየረክቦም፡ንሳቶም ድማ ንዝጽበዩዎም ክድንጉይዎም ይግደዱ፡ምኽንያቱ እቲ ዝድለ ዓወት ጎያዪ ነታ በትሪ ጨቢጡ ብምሓዝ ብፍጥነት ምስዝነዪ ኢዩ ዝርከብ።ኣብዚ ጸወታ'ዚ ጎያዪ ብዘይ በትሪ ምስ ዝቐልጥፍ ወይ ከኣ ነታ በትሪ ሒዙ ምስዝድንጉ ኣብ ውድድር በዓል ዓወት ኣይከውንን'ዩ፡ምኽንያቱ እቲ ዝነዪ ብትኽክል ነታ በትሪ ጨቢጡ ንተረካቢ ኣካል በትሪ ብትኽክል ምርካብ ናይ'ዚ ጸወታ'ዚ ቀንዲ መምርሒ እዩ።ኣብ መመስመሮም ዝርከቡ ተረከብቲ ማዕረ ምስዝኾኑ፡እቲ ናይ መወዳእታ ጎያዪ ቁልጡፍ ክኸውን ኣለዎ።እቲ ናይ መወዳእታ ጉያዪ ቁልጡፍ እንተዘይኮይኑ ግና ዓወት ኣይህሉን'ዩ።

ጉዕዞ ህይወት ከም ጸወታ ምቅብባል በትሪ ክምሰል ግቡእ እዩ።ምቅብባል በትሪ ሓደ ሰብ ባዕሉ ጀሚሩ ዝውድኡ ውድድር ኣይኮነን፡ብተመሳሳሊ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ድማ ንሕና ጀሚርና እንውድኡ ነገር የለን።ጉዕዞ ህይወት ሎሚ ዝተጀመረ'ኳ እንተዘይኮነ ዝጣጥሐን ንብዙሕ ሚልዮን ሕዝቢ ናይ እግሪ ዋሕዚ ዘለዎ ጎደናን እዩ።ኣብ ናይ ህይወት ጉዕዞ ንሕና ጀሚርና ንሕና ንውድኡ ነገር የለን፡ንሕና እንተደኣ ጀሚርናዮ እቲ ካልእ ኣካል ይውድኡ፡ ንሕና እንፍጽሞ ድማ ብኻልእ ተጀሚሩ ዝጸንሐ ኢዩ።ካብ ነፍስ ወከፍና ዝድለ ከኣ ኩልና ነቲ ዝሓዝናዮ ናብ ዝግባኣና ርሕቀት ፈንተት ምባል ጥራይ ኢዩ።ኣብ ስነ-ጽሑፍ፣ስነ-ጥበብ፣ ፍልስፍና፣ቴክኖሎጂ. . . ወዘተ ብናይ ባዕሉ ጀሚሩ ዝወደአ ወለዶ ፈጺሙ የለን።ኣብ ውሽጢ ህይወት ዓወት ናይ ውልቂ እዩ፡ጉያ ግን ናይ ሓባር እዩ።እቶም ቀዳሞት ወለዶ ናይ ገዛእ ርእሶም ጉያ ጎይዮም ሓሊፎም እዮም፡ኣብ ውሽጢ ታሪኽ ድማ ይሙጎሱ ወይ ይንቀፉ ይነብሩ ኣለዉ።ንሕና ድማ ክንምጎስ ወይ ክንቀፍ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ኢና ንርከብ ዘለና፡ዝቐደሙ ኣብ ዘሰነዩዎ ነገር ንሕና ዋጋ ኣብ ምኽፋል ንርከብ ኣለና።

ናይ ዝቐደሙ ስራሕ ምስ እንሰርሕ ንቐጻሊ ውለዶ ስራሕ ነሰንየሉ ኣለና ማለት ኢዩ።ናትና ምድንጓይ ከኣ ንቐጻሊ ወለዶ ብርቱዕ ናይ ገዛ ስራሕ'ዩ ዝኾኖ። ኣብ ዓለም ናይ ህይወት ጉያ ካብ ዝጅምር ብዙሕ ዘመናት'ዩ ሓሊፉ፡እዚ ጉዕዞ ግን ዋጋ ዝርከበሉ መፈጸምታ ኣለዎ።ህይወት ምኽንያት ኣልቦ፣መእሰሪ ዘይብላ ዝተበተነት ማእዶ፡ዕላማ ዘይብሉ ከንቱ ጉያ ኣይኮነትን፡ዋጋ ህይወት ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ። ኣብ ስፖርት ምቅብባል በትሪ ነፍስ-ወከፍ ተወዳዳሪ ኣብ መስመሩ ኮይኑ ካብ ድሕሪት ንምቕባልን ንቕድሚት ሒዙ ንኽጎዩ ብዘኽእሎ ኣገባብ ተዳልዩ ይጽበ።ኣብ ህይወት ድማ ካብ ትማሊ ንቕበሎ ንጽባሕ እነመሓላልፎ ነገር ኣሎ::ሎሚ ዘለና ብትማሊ ኢዩ፡ትማሊ ከኣ ብሎሚ ኢዩ ክዝከር ክኢሉ፡ስለዚ ንሎሚ ክንዕቃ የብልናን።ናይ ትማሊ ክዝክሩ እናደለዩ ንሎሚ ግን ዋጋ ዘይከፍሉ ይህልዉ ኢዮም፡እንተኾነ ንትማሊ ምዝካር ደሊኻ ንሎሚ

ንዒቕካ ኣይከውንን ኢዩ።ኣብ ናይ ሎሚ ጥራሕ ተወሲኖም ንትማሊ ክረግሙ ዝደልዩ ኣብ ካልእ ጫፍ ቆይሞም ከኣ'ዮም ዝርከቡ።

ኣብ ስፖርት ጸወታ ምቕብባል በትሪ ኣነ ኣየቕብልን (ኣይህብን)፡ኣነ ባዕለይ ሒዘ ክውድኦ ኣለኒ ዝብል ተወዳዳሪ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ።ከምዚ ዝብል ምስዝህሉ ግን ዓወት ኣይረክብን'ዩ።እቲ ከጋጥሞ ዝኽእል ዕድል ከኣ ምስቶም ኣብ ቅድሚኡ ዘለዉ ሰባት ምግጫው ጥራይ ኢዩ።ኣብ ጉዕዞ ህይወት ከኣ እቶም ዝቕደሙ ኣቦታት ወድ ሰብ ኩሉ ግዜ ከም ዘይብርትዕ ብምርዳእ፣ብግዜ ዝተገደቡ ፍጡራት ምኳኖም ብምስትውዓል ንቕጻሊ ወለዶ ትሕዝቶኦም ከረክቡ ይግብኦም።ኣይህብን ኣብ ትብለሉ እዋን ብግዴታ ምሕዳግ ውርደት'ዩ ዘስዕብ፡ከም በዓል ራእይ መጠን ምርካብ ግን የኽብረካ እዩ።ንምኽሪ ዘበለ ድማ ተደላዪ ሰብ ክትከውን የኽእለካ፡ድሕሪ መጋረጃ ኮይንካ ናይ ምምራሕ ጸጋ'ውን የነናጽፈካ።

ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ብኡኡ ዝኣመኑ ካብኡ ዝበለጸ ክሰርሑ ፈቐደሎም(ዮሓ 14፥12)።ንዓና ዝርከቡና ድማ ካባና ብዝበለጸ ንኽሰርሑ እንተፍቂድናሎም ኣብ'ዚ ግዜ ሓቀኛታት ሰብ ራእይ ምኳና ንፍለጥ፡እዚ ከኣ ዝተለምደ ናይ ህይወት ኣሰራርሓ እዩ።ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ኣውጽኦም፣ኢያሱ ግን ርስቶም ኣእተዎም።ኤልሳዕ ካብ ኤልያስ ዝበለጸ ዕጽፊ በረኸት ኣገልገለ።ስለዚ ከምዚ ዝበለ ምቕብባል ብሰላም እንተተፈጺሙ ጥራሕ'ዩ ሃገርን ቤተ ክርስትያን ካብ ጥፍኣት ዝድሕና።

ኣብ ምቕብባል በትሪ በትሩ ከይሓዘ ዝነዪ የለን፡እንተተረኺቡ'ውን ንውድድሩ መሰናኽሊ ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣድናቕት ኣይህልዎን።ኣብ ውሽጢ ህይወት'ውን ሓደራኦም ኣዐርዮም ከይጨበጡ ዝነዪ ብዙሓት ህዉኻት ኣለዉ።እወ ከይሰምዑ ዝዛረቡ፡ከይተማህሩ ዝምህሩ፡ከይተመርሑ ዝመርሑ፡ከይተሰብኩ ዝሰብኩ፡ከይተነስሑ ዘነስሑ፡ከይወለዱ ኣቦ ዝበሃሉ ከይተቐደሱ ዝቕድሱ ሰባት ኣለዉ።ነዞም ሰባት እዚኦም ሓቂ ብኽመይ ኮን ትዕዘቦም ትኽውን፧ምስ እንብል እዚኦም ደጋዊ ታህዋኽ ጥራይ ዘይኮነ ውሽጣዊ ነውጺ'ውን ከምዘለዎም'ዩ ዝረጋገጽ።ኣብ ምቕብባል በትሪ ነታ በትሪ ሒዙ ዝነዪ ሰብ፡ኣብ መስመሩ ምቕምን ንናይ ድሕሪትን ቅድሚትን ምቁጽጻርን በትሪ ብትኽክል ብምሓዝን ቀልጢፉ ክነዪ ይግባእ።ኣብ ናይ ህይወት ሰልፊ ከኣ እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሕጋጋት ቀወምቲ'ዮም፡-

- ንኻልእ የዐንቂፍካ ከይተውድቕ ኣብ መስመርካ ደው ምባል፡
- ዝጸረየ ናይ ህይወት መረዳእታን ዕላማን ምሓዝ፡
- ዝሓዝካዮ ኣብ ቦትኡ ንምብጻሕ ምቅልጣፍ፡
- ንታሪኽን ንጽባሕን ምጽናዕ ግድን እዩ።

ኣብ ውድድር ምቕብባል በትሪ እቲ ጎያዪ ብዙሕ ክነዪ እኳ እንተደለየ፡ተወዳዳሪ ካብ ዝተወሰነሉ መስመር ስለ ዘይሓልፍ ኣብ ዘለዎ ውሑድ ጉዕዞ ቅልጡፍ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሂወት ወድ-ሰብ ከኣ ዕድመ ዝበሃል ዘየሕልፍ መስመር ኣሎ፡ዋላ እኳ ሓይሊ እንተሃለወና እቲ መስመር ዕድመ ጠጠው የብለና።ስለዚ ውሑድ ግዜ ከም ዘለና ተረዲእና ቅልጡፋት ክንከውን ይግባኣና።ነቢይ ዳዊት፡-"ምውሓድ ዕድመይ ንገረኒ" በለ(መዝ 105፥23)።እዚ ነብዩ ዝነብሮ ውሑድ ዘመን ምኳኑ ተረዲኡ ኣብ ጉዕዙኡ ንኽቕልጥፍ ንውሽጠይ ኣዘኽሮ ማለት እዩ።ኣስተውዕሉ! ዓወት ዝርከብ በትሪ ሒዝካ ኣብ

ምቕልጣፍ እዩ፡ብቕልጣፈ ጥራሕ ግን ዓወት ኣይርከብን ኢዩ።ሓደ ሓደ ሰባት በትሪ ሒዞም ኮፍ ይብሉ፡እቶም ካልኦት ከኣ በትሪ ብትኽክል ከይሓዙ ብቕልጡፍ ጉዕዞ ይጅምሩ።

ኣብ ህይወት ከይተረደኦም ቀልጢፎም እወ ዝብሉ፡ንዘይተረደኦም ነገር ንምምሕልላፍ ዝህወኹ፡ንምድንቋር ዝጎዩ ብዙሓት እዮም።ጥራይ ኢድካ ምቕልጣፍ ጥቕሚ የብሉን፡መጽሓፍ ቅዱስ'ውን "ኩሉ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ ንምዝራብ ደንጓዱ ይኹን" ይብል(ያዕ ፡19)።ተፈጥሮና'ውን ከነስተውዕለሉ ከለና ክልተ እዝኒ ሓደ ኣፍ እዩ ዘለና።ብዙሕ ክንሰምዕ ውሑድ ክንዛረብ ወይ ንምስማዕ ቁልጡፋት ንምዝራብ ድንጉያት ክንከውን ከም ዘለና የረድኣና።ሎሚ ብብዝሒ ንሪኦ ዘለና ኣፍ እምበር እዝኒ ዝተፈጠረሎም ዘይመስሉ ሰባት፡ብሓይሊ ሓበሬታ ብድምቀት ምትላል ዝኸበሩ፡ኣብ ኣየር ገዛ ዝሰርሑ፡ገኒኖም ንምጥፋእ ዝጎዓዙ እዮም።መሰረት ዘለዎምን፡ንቑጻሊ ወለዶ ዝሰጋግር ስራሕ ዘለዎምን ሰብ ራእይ እናሰኣና ንመጽእ ኣለና።ገለ ገለ ንብረት ሓንሳብ ተጠቒምና ከምእንድርብዮም ኮይኖም'ዮም ዝስርሑ።ራኢታትና ድማ ከምኡ ከም ንብረት ከይኮኑ የስግኡ ኢዮም።ዘመና ብዘይተረድኦም ነገር ትንታኔ ዘብዝሑ፡ብታህዋኽ ዝዳፈሩ፡ውሕሉል መልሓስ ዘለዎም ስለዝበዝሑ ንዓለምና ባዶነት ኣጥቂዑዋ ይርከብ።

እግዚኣብሄር ናይ ናብራ ሜላ ክርዳኣና ዘይኮነስ ናይ ምንባር ዕላማ ክርዳኣና እዩ ዝደልየና።ንሕና ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሜላ ኢና ንሓስብ፡እግዚኣብሄር ግን ሓቅነት'ዩ ዝሓስበልና።እቲ ቀንዲ ዘድሊ ከኣ ነዊሕ ዘመን ምግልጋል ዘይኮነስ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበልናዮ ሓዳራ ብትኽክል ምግላጽን ንኻልኦት ምምሕላላፍን እዩ።ሙሴ ዘገልገሎ ኣርባዓ ዓመት እዩ፡ሰማንያ ዓመት ግን ንኣገልግሎት ብቑዕ ንምኳን ዝተሰርሓሉ ግዜ ኢዩ።ሙሴ ንሰማንያ ዓመታት ዝኣክል ናይ ህይወት ምስጢር ከይተረደኦ ነበረ።ናይ ህይወት ምስጢር ክርድኦ ዝኸኣለ ድማ ንትዕቢቱ ክመውትን ንእግዚኣብሄር ሰሚዑ ክወጽእ ምስጀመረ እዩ።ሙሴ ካብ ኣንነቱ ጠቕሊሉ ነጻ ምስ ወጸ ህዝቢ ነጻ ከውጽእ ካብ እግዚኣብሄር ተላእከ።ምኽንያቱ ንባዕሉ ነጻ ዘይወጸ ንኻልእ ነጻ ከውጽእ ኣይክእልን'ዩ።<u>እቲ ዝዓበየ ባርነት ናይ ድልየትካ እሱርን፣ ንፍትወት ገዛእ ርእስኻ ብትዕቢት ምሩኽ ምኳንን እዩ።</u>

ኣብ መንፈሳውነት እቲ ዝዓበየ ነገር ጉያ ዘይኮነ በትሪ (ዕላማ) ምሓዝ እዩ።ከምኡ እቲ ዝዓበየ ነገር ከኣ ጉያ ዘይኮነ ሰሚዕካ ምጉያይ እዩ።ከይሰምዐ ዝጎዩ ቀልጢፉ ኢዩ ዝበጽሕ መልእኽቲ ግን ይጠፍኡ፡እንደገና ድማ እናጎየየ ንድሕሪት ይምለስ፡መኽሰቡ ከኣ ቁጠዓ፣ ድኻም፡እምነት ምጉዳል ኮይኑ ይተርፍ።ታህዋኽ ናይ ምድንጓይ ጠንቂ ዝኾነሉ ግዜ ብዙሕ እዩ።ንኣብነት እተን ብኽቱር ንጥፈት ዝበራ መካይን ሓደጋ ገጢሙወን ንዘመናት ኣብቲ ቦታ ተገልቢጠን ኢየን ዝነብራ።ኣብ ጉዕዞ ሂወት ከኣ መጀመርያ ፍጥነት ዘርእዩ ሰባት ኣብ ዓወት ክበጽሑ ኣይረኣዩን ኢዮም።እቲ ቀንዲ ነገር ከኣ ምብጻሕ ጥራሕ ዘይኮነ ዓወት ምርካብ ኢዩ።ብዙሓት ሰባት ፈላጣትን ሃብታማትን ሰበ ስልጣንን ኮይኖም ኢዮም፡እንተኾነ ግን ዕላማ ስለዘይብሎም ዝሰርሑዎ ዘይፈልጡ ኮይኖም ተረፉ።እዚኣቶም ኩሎም መወዳእትኦም ካብ እንዳ መስተ ኣይሓልፍን ኢዩ።ካብ ራእይ ንዝሰኣኑዎ ክብሪ ካብ ሙዚቃ ንምርካብ ካልኣይ ስም ወስኹለይ እናበሉ ድቃስ ስኢኖም ይሓድሩ።ዕላማ ዘይብሉ ዓወት ድቃስ ይኽልእ፡እፎይታ'ውን ኣይርከቦን፡ብዕላማ ገዲፍካ ብንብረት ክትኮርዕ ከኣ'ዩ ዝገብረካ።ገንዘብ ኣብ ዝተወድኣሉ መዓልቲ ከኣ ናይ ደረፍትን መዐሸውትን ምስጋና ሓቢሩ ይውዳእ። በዓል ራእይ ግን ሰቕ ኣብ ዝብለሉ ከይተረፈ እናተዘከረ

ይነብር።ብምርካብን ብምስኣንን ከይተጸልወ ልዕሊ ኩነታት ይነብር።ንኹነታት ይስሕቆም ደኣ'ምበር ኣይስሕቁዎን፡ሃብቲ ይኹን ድኽነት ኩነታት እዩ፡ራእይ ግን ሓቅነት እዩ።

ጳውሎስ ሓድሽ ራእይ ተቐበለ።እቲ ቀዳማይ ራእይ ንኻልእ ኣብ ምጥፋእ ዝተመስረተ ነበረ፡ድሒሩ ዝተቐበሎ ራእይ ግን ካልእ ክነብር ካብ ተደለየ ሞት ዝሓትት ነበረ።ጳውሎስ ናብ ሓዱሽ ራእይ ክሰጋገር ከሎ ብቐጥታ ጉያኡ ኣይጀመረን።ኣብ በረኻ ዓረብ ኮፍ ኢሉ ዕላምኡ ምስ ባዕሉ ኣዋሃዶ።ንምውህሃድ ዝወሰደሉ ግዜ ድማ ሰለስተ ዓመት ነበረ ።እኹል ምድላው ስለዝገበረ ከኣ ኣብ ዕላምኡ ክዕወት ከኣለ (ገላ፡17)።

ኣብ ጸወታ ምቅብባል በትሪ እቲ ዘረክብ ኣካል ንተረካቢ በትሪ ምስ ኣረከቦ ደሓር ቁሩብ መንገዲ ሓቢሩ ምስኡ ይጎዓዝ፡ብትኽክል በትሪ ከምዘረከቦ ምስ ኣረጋገጸ ከኣ ንደሓር ይምለስ።ኣብ ጉዕዞ ሂወት ድማ ንተረከብትና ምስ ኣረከብናዮም ቁሩብ ክነለማምዶም ኣለና። ጎይታና ነቲ ዓብዩ ሓደራ-ወንጌል ስበኹ ኢሉ ንደቂ መዛምርቱ ቅድሚ ምእዛዙ ባዕሉ እናሃለወ ብምልኣኽ ኢዩ ኣለማሚዱዎም(ሉቃ 10፡1-20)።እሞ ንሕና'ኸ እግዚኣብሄር ኣባና ንዘለዎ ዕላማ ብጽቡቕ ንምዝዛምን ንኻልኦት ንምምሕላፉን ክንደይ ዝኣክል ቆራጽነት ኮን ይህልወና፤ሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ግዜ ከምዝቃወመና እንፈልጥ'ከ ክንደይ ኢና፤ህይወት ከም ነዊሕ ርሕቀት ናይ ጉያ ኣይኮነትን፡ናይ ርሑቕ ጉያ ኣብ ባዕሉ ጀሚሩ ኣብ ባዕሉ ኢዩ ዝውድእ።ሕይወት ግን ከም ጸወታ ምቅብባል በትሪ እያ።ክሳብ ምምጻእ ክርስቶስ ዝነበረ ናይ ወለዶ ሓረግ ምስእንዕዘብ ቅብብል ከም ዝነበረን፣ኣብ'ዚ ምቅብባል እዚ ዓቢ መድሓኒት ከም ዝተወልደን የረድኣና(ማቴ ፤፡1-20)።ኣብርሃም ንይስሃቅ፡ይስሃቅ ንያዕቆብ፡ያዕቆብ ንዮሴፍ፡ብትኽክል ተኽታቲሎም ይርከቡ።ብስጋ ጥራሕ ዘይኮነ ብመንፈስ'ውን ኢዮም ተወሊዶም።

ሓደ ናይ ጥንቲ ግሪኻዊ ፈለስፋ "ብደሓን ናይ ምንባርን ብደሓን ናይ ሙማትን ጥበብ ሓደ እዩ፡-" በለ ይበሃል።እወ ቅኑዕ ሞት ውጽኢት ጽቡቕ ኣነባብራ እዩ።ኣብራሃም ከም ዝሞተ ሓሲብና ካብ ምሕዛን ካብ ሞቱ ማራኺ ዝኾነ ነገር ኢና እንደሊ።ኣብርሃም መነብብሮኡ ጽቡቕ ስለዝነበረ ሞቱ'ውን ጽቡቕ'ዩ ኮይኑሉ።በትሪ ንዝጨበጡ ሰባት ህይወትን ሞትን ጽቡቕ ኢዩ።ማራኺ ኣካል ዘለዎምን ቅልጡፋት ጎየይትን እንተደኣኮይና፣በትሪ ግን ኣብ ኢድና እንተዘይሃሊዩ እቲ ጉያ ናይ ሰዓረት ጉያ እዩ ዝኾውን።ኣብ ምቅብባል በትሪ ናይ ሓደ ሰብ ጉድለት ንኹሉ ዘቕጽዕ ምኽኑ ዘገርም እዩ።ኣብ ህይወት'ውን ናይ ሓደ ሰብ ጉድለት ንብዙሓት ምኽንያት ጉድኣት ክኾውን ይኽእል'ዩ።ሓደ ኣዳም ንዘርኢ ደቂ ሰባት ናይ ሞት ኣፍደገ ነበረ፡ሓደ ክርስቶስ ድማ ናይ ህይወት ምኽንያት ኮነ።እወ ናይ ሓደ ሰብ ጉድለት ንብዙሓት መቕጽዒ ይኾውን።እቲ ዓብዩ ናይ ህወት ሃጓፍ ከኣ ጉድለተይ ንዓለም እንታይ ጉድኣት ከየምጽኣላ ኢልና ስለ ንሓስብ እዩ።እንተኾነ ጸጋማይ እግሪ ክሕንክስ ከሎ የማናይ'ውን ክዱንጊ'ዩ ዝግደድ።ንሕና ራእይ ኣልቦ ምስእንኸውን እምበኣር ንብዙሓት ኢና ካብ ራኢኦም ነሰናኽሎም።

ኣብ ጉያ ጸወታ ምቅብባል በትሪ ክውገዱ ዘለዎም ምኽንያት ምስእንጠቅስ፡

1) በትሪ ምድርባይ
2) ዘይግቡእ ኣቀባብላ በትሪ
3) ክትጅምር ከይተፈቕደልካ ምጅማር
4) ንኻልእ ተወዳዳሪ ብዘይ ኣገባብ ምቕዳም
5) መንገዲ ብምዕጻው ንኻልእ ምጉናጽ

6) ብፍቓድ ይኹን ብዘይ ፍቓድ ብኻልእ መንገዲ ተጠዊኻ ምጉያይ ካብ ውድድር ውጻኢ ይገብር።

ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ካብ ናይ ህይወት መስመር ዘውጽኡ ነገራት ድማ፡-

ነ)ዕላማኻ ምስሓት

2)ኣቐዲምካ ንጽቡቕ ዘይኮነ ንኽፉእ ምሓዝ

3)ንግዜ ፈሊኻ ዘይምፍላጥ

4)ብዘይ መንገዱ ንኽብሪ ምድላይ

5) ናይ ካልኦት ሰዊእካ ናይ ባዕልኻ ናብራ ምምዕርራይ

6) ናይ ካልኦት መሰልን ጥቕምን ምድፋእ፡ካብ መስመር ህይወት ኣውጺኡ ካብ ዓወት ይፈልየካ መፈጸምታኻ ከኣ ይበላሸወልካ።

ኣብ ምቅብባል በትሪ ካብቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ጀሚሩ ንቕድሚት ዝወዳደሩ ጎየይቲ ናይ ጉያ ፍጥነቶም እናዓበየ ዝኸይድ ጎየይቲ እዮም።መጀመርያ እቲ ድሓን ዝኾነ፣ ብምቕጻል እቲ ዝሓሸ፣ቀጺሉ ግን እቲ ዝቐልጠፈ እዩ ቀዲሙ ዝስራዕ።ናይ መወዳእታ ጎያዪ ቅልጡፍ እንተዘይኮይኑ ዓወት ስለዘይርከብ ናይ መወዳእታ ቅልጡፍ ክኸውን ኣለዎ።ንሕና'ውን ኣብ መወዳእታ ዘመን ኢና ዘለና።ናይ መወዳእታ ጎየይቲ ስለዝኾና ቅልጡፋት ክንከውን ይግባእ።ኣስተውዕሉ! በትሪ ማለት ናይ እግዚኣብሔር ቃል ኪዳንን ራእይን ኣደልዲልና ሒዝና ብምቕጻል፡ብፍጥነት ንዝቕጽል ወለዶ ክነመሓላልፎ ኣለና።

ነስተውዕል

- ኣብ ጉዕዞ ሂወት ዓወት ናይ ሓባር እዩ።
- ህይወት ምኽንያት ኣልቦ፣መእሰሪ ዘይብላ ዝተበተነት ማእዶ፡ዕላማ ዘይብላ ከንቱ ጉያ ኣይኮነትን፡-ናይ ሂወት ዋጋ ባዕሉ እግዚኣብሄር እዩ።
- ኣብ ውሽጢ ህይወት ካብ ትማሊ ዝተቐበልናዮ ንቐጻሊ ነመሓለልፎ ነገር ኣሎ።
- እግዚኣብሄር ናይ ናብራ ሜላ ዘይኮነ ናይ ምንባር ዕላማ ክርድኣና ይደሊ።
- እቲ ቀንዲ ዓብዪ ነገር ነዊሕ ዘመን ምግልጋል ዘይኮነስ፡ዝተቐበልናዮ ናይ እግዚኣብሄር ሓደራ ብትኽክል ምግላጽን ንኻልኦት ምምሕላላፍን እዩ።
- ንባዕሉ ነጻ ዘይወጸ ንኻልእ ነጻ ምውጻእ ኣይክእልን ኢዩ።ዝዓበየ ባርነት ከኣ ናይ ድልየትካ እሱርን ናይ ፍትወት ገዛእ-ርእስኻ ናይ ትዕቢት ምሩኽን ምኻን እዩ።
- ራእይ ዘይብሉ ዓወት ድቃስ ይኸልእ፣ዕረፍቲ'ውን የብሉን።
- ሃብትን ድኽነትን ተቐያያሪ ኩነታት እዩ፡ራእይ ግን ሓቂ እዩ።
- ኣብ ውሽጢ ህይወት ናይ ሓደ ሰብ ጉድለት ንብዙሓት ምኽንያት ጉድኣት ይኸውን።
- ዓብዪ ናይ ህይወት ሃጓፍ፡-ጉድለተይ ንዓለም እንታይ ጉድኣት ከየስዕበላ፤ኢልና ምሕሳብና እዩ።

መጠቓለሊ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ እንረኽቦም ቅዱሳትን ሰብ ራእይን መናእሰይ ሓደ ዮሴፍ እዩ።መንእሰይ ዮሴፍ ብኣሕዋቱ ዝተገፍዐ እግዚኣብሄር ግን ኣብ ምድሪ ስደት ተቐቢሉ ዘኽበሮ ሰብ እዩ።ዮሴፍ ኣሕዋቱ እኳ እንተሸጥዎ ዘይፈልጦ ንጉስ ዙፋኑ ዝለቐቐሉ፣ካብ ሃገሩ ተነጺጉ ኣብ ዝተሰደደሉ-ሃገር ናይ ምንባር ማዕርነት ዝረኽበ ሰብ

ኢዩ።ኣሕዋቱ ጌና ብንግሆኡ ዝጸልኡዎ ሕልሙ ስለ ዝነገሮም ከባና ንላዕሊ ክኸውን እዩ ብምባል ስለ ዝሰግኡ እዩ(ዘፊ 37)።ዮሴፍ ነቲ ከም ዋዛ ዝነገሮም ሕልሚ ንሳቶም ከም ዋዛ ኣይሰምዕዎን።ሕልሙ ክዉን ከምዝኸውን ከኣ ኣመኑ።ስለዚ ነቲ ዝሓለመ ሕልሙ ንምትዕንቓፍን ናይ ሕሊናኦም ዕረፍቲ ንምርካብን ንነጋዶ ብገንዘብ ሸጥዎ።ንሳቶም ንሕልሙ ዝደፍኑዎ እኳ እንተመሰሎም ብኣንጻሩ ግን ናብ ምፈጸምታ መፍትሒ ሕልሙ ኣቕረብዎ።እግዚኣብሄር ዝበሎ ስለ ዘይተርፍ ድማ ኣሕዋቱ ንዮሴፍ ሰገዱሉ (ዘፍ 43፡26)።

ዮሴፍ ነቲ ሕልሙን መፍትሒኡን ኣስተውዓለ።ዝተሸጠ ዮሴፍ ነሕዋቱ ኣብ ዘይዓዱ ተቐበለ።ኣብ ዘመን ጥምየት ኣሕዋቱ ካብ ሞት ንኽተርፉ ምኽንያት ኮነ።እቲ ንሞት ዝፈረድዎ ህይወቶም ዘድሕን ኮነ።ዮሴፍ ናይ ምድሪ ዘመኑ ጠቕሊሉ ንኽጓዓዝ ውሑድ ምስተረፎ “ኣነ ክመውት እየ፣እግዚኣብሄር ድማ ምሳኹም ክኸውን ኢዩ፣ካብዛ ምድሪ እዚኣ’ውን ከውጽኣኩም እዩ፡ንኣብርሃምን ይስሃቕን ያቆብን ናብ ዝመሓለሎም ምድሪ ከኣ ከብጽሓኩም ኢዩ በሎም።ዮሴፍ ንደቂ እስራኤል፡-እግዚኣብሄር ይሓግዝኩም ኣዕጽምተይ ካብ’ዚ ኣውጺእኩም ምሳኹም ውሰዱዎ ኢሉ ድማ ኣምሓሎም (ዘፍ 50፥24-25)።

ደቂ ያእቆብ ናብ ግብጺ ዝመጹ ንዮሴፍ ደልዮም ዘይኮነ ጥምየት ስለ ዝበርቶዖም እዩ።ኣብኡ ከኣ ንበዓል ራእይ ዮሴፍ ቀዳማይ ምኒስተር ኮይኑ ረኽቡዎ።እቲ ዝሸጥዎ ሓዎም ድማ ብጥበብ እግዚኣብሄር ዋሕሶም ኮነ።ዝተሰጌ ሰብ ክቕበል ከሎ፣ ዝቕተለ ሰብ ከንብር ከሎ ንገፋዒ ምስካም እምኒ፣ንዝተገፈዐ ግን ውጽኢት ዓወት ኢዩ። ኣብ ምድሪ እንጀራ ንምርካብ ንዝተቐመጠ ወገን ሓንቲ መዓልቲ በዓል ሃገርን በዓል በረከትን ከምዝኸውን ዮሴፍ ብትንቢቱ ተዛረበ።“ኣነ ክመውት እየ፣እግዚኣብሄር ግን ብሓቂ ኽበጽሓኩም እዩ፡ካብዛ ምድሪ እዚኣ ኸኣ ናብታ ንኣብራሃምን ይስሃቕን ያእቆብን ዝመሐለሎም ምድሪ ክመልሰኩም እዩ በሎም።ዮሴፍ መሊሱ ንደቂ እስራኤል ኣምላኽ ክበጽሓኩም ኢዩ እሞ ኣዕጽምተይ ካብ’ዚ ምሳኻትኩም ከምእትወስዱዎ ግበሩ ኢሉ ኣምሓሎም (ዘፍ 50፥24-25)።ዮሴፍ ንሂወቱ ኣብ ጽባሕ ብብሩህ ዝርኢ ራእይ ዝመልኦ ሰብ ነበረ።

ራእይ ሕጂ ብዓይንና ካብ እንሪኡ ነገር ንላዕሊ ኣማዕዲና እንሪኡ ጽሩይ ነገር እዩ።እዚ ማለት ድሕሪ መግዛእቲ ዘሎ ነጻነት፣ድሕሪ ድኽነት ዘሎ ሃብቲ ምርኣይ ኢዩ።ንሕናኸ ኣብ ወለዶና እንሪኡ ነገር እንታይ እዩ፤ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ነቲ ዝረኣናዮ ኢዩ ዘውርሰና።ዝረኣናዮ ብሩህ ነገር እንተሎ እምበኣር ፈሊና ነውጽኣዮ።ንተዋዘይቲ ናይ ዕብዳን ቃል እኳ እንተመሰለ ናይ ጽባሕ ሓቂ ስለዝኾነ ብእምነት ንዝረኣዮ፡ፍሬኡ ከኣ ንቐጻሊ ወለዶ ክበጽሕ እዩ።ራእይ-ዮሴፍ ከምዝተጨበጠ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና።ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ተጠርነፎም ወጹ፡ዮሴፍ ከኣ ኣምላኽ ከየውጽኣኩም ኣይተርፍን’ዩ እሞ፣ኣዕጽምተይ ካብ’ዚ ምሳኻትኩም ኣውጽኡዎ ኢኹም ኢሉ ንደቂ እስራኤል ኣምሒሉዎም ስለዝነበረ ሙሴ’ውን ንኣዕጽምቲ ዮሴፍ ምስኡ ተማልኦ”ይብለና (ዘጽ 13፥18-19)።ምኽንያቱ ናይ ራእይ ቃላት ንፋስ ወሲድዎም ዝተርፉ ዘይኮኑስ ኣብ ግዜኣም ሓደ መዓልቲ ዝፍጸሙ ኢዮም።ንሕና’ውን ብራእይና ርግጸኛታት ክንከውን ኣለና።

<u>ናብ ራእይ ዘይኣተና ሰባት ናብ ራእይ ንምእታው፡-</u>

- ብዕላማ ከምዝተፈጠርና ንእመን፡
- ራእየይ እዚ እዩ ኢልና ራእይና ፈሊና ነውጽእ፡

- ንራእይና ኣብ ቦትኡ ንምብጻሕ ቃል-ኪዳን ንፈጽም፡
- ንራእይና ሕጂ ብዘለና ነገር ንንቀሳቐስ፡
- ንኣምላኽና ጥራይ ተስፋ ገይርና ንበገስ፡
- ግዜና ንሃብ፡
- ንተቓውሞ ብጽንዓት ነአንግድ፡
- ንተተካእቲ ቦታ ንምግዳፍ ኩሉ ግዜ ምድላው ንግበር።

ኣብ ጎደና ራእይ እንርከብ ሰባት ራእይና ንግምግመሉ ናይ ግዜ መለከዒ፣ ራእይና ኣተግብረሉ ናይ መደብ መስርሕን የድልየና።ንራእይና ብሓጎስን ብተስፋን ጀሚርናዮ ብከይብሉኒ ተሓጺርና ንቕድሚት ንግስግስ ንህሉ ኢና።ናይ ከይብሉኒ ጉዕዞ ኣድካሚ ስለዝኾነ ዝቐደመ ተስፋና ብምሕዳስ እንደገና ብብርቱዕ ሓይሊ ክንለዓል ይግብኣና።

እወ! ራእይ ዘለዎ ወለዶ መን ከምዝፈጠሮ ዝፍለጠ ምስመን ከም ዝነብር ዘስተውዓለ ናበይ ከም ዝኸይድ ብንጹር ዝረኣየ እዩ።መን ከም ዝፈጠሮ ዘይፈልጥ ግን ንምንታይ ከምዝነብር ምኽንያት እናሰኣነ ናበይ ከም ዝኸይድ እናተጠራጠረ ይጭነቕ።ራእይ ዘለዎ ወለዶ መሰረቱ ንእግዘኣብሔር ምፍላጥን ምምላኽን እዩ።

ጸሎት

እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ንዓይ ብራእይ ንምኽባር ማንም ኣይሓበረካን፣ስለዚ ባዕልኻ ስለዝጸዋዕካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ።እዚ ዝተመነኻለይ ከኣ ተግባር ዘይብሉ ክብረት ዘይኮነ ናይ ራእይ ክብሪ ስለዝኾነ ካብ ባዶ ክብሪ ንኽድሕን ስለዝረዳእካኒ ኣመስግነካ ኣለኹ።ሎሚ ኢለ ዝጽውዓ መዓልቲ ናይ ካልእ ሰብ ከም ዝኾነት እናመሰለኒ ናተይ ንዝብላ ምዓልቲ እጽበ ስለዘለኹ በጃኻ መዓልተይ ከይተወድአ ንዝተፈጠርክዎ ዕላማ ኣንብረኒ።ምቹእ ልቢ ደኣምበር ምቹእ ግዜ ስራሕ ስለዘይሰርሕ ንራእይ ዘተቓጸለ መንፈስ ሃበኒ።ህይወተይ ዘይተኣስረ እንዳእቲ ኮይኑ ፍረኡ እናባኽነኒ፡ጉዕዞይ በዚሑ ሓጎሰይ እናነኣሰኒ ተሸጊረ ኣለኹ'ሞ ጎይታይ ራእይ ሃበኒ።ዓብዩ ስራሕ ብዓብዩ ነገር ዝስራሕ እናመሰለኒ ንዓብይ ነገር ክጽበ ዓመታት ሓሊፎም'ዮም፡ስለዚ ጎይታይ ንስኻ ብበትሪ ባሕሪ እትኸፍል፣ክንዲ ኢድ ብእትኸውን ደመና መሬት እተረስርስ፣ብሓደ ሰብ ኣሸሓት ትጠቅም ምኽንካ ኣፍልጠኒ።ንምጅማር ይሓስብ'ሞ ቅንዕ ክብል ከለኹ ብሓጺን በትሮም ንምውቃዕ ዝጽበዩኒ ንሓለውቲ መቓብር ይፈርሕ'ዮ'ሞ በጃኻ ናይ እምነት ትብዓት ሃበኒ።

ኩሉ ግዜ ኣይብርትዕን'የ ንኻልኦት ቦታ ንኽህብ ምሃረኒ።ጎይታይ ይከኣለካ እዩ'ሞ ከምዘይደክም ጌርካ ኣበርትዓኒ፣፡ከምዘይሓዝን ጌርካ ኣጸናንዓኒ ከምዘይሓምም ጌርካ ፈውሰኒ። ሂብካ ዘይውድኣካ ኩሉ ዝርከበካ፣ካባኻ ለሚነ ኣይሰኣንኩን'ሞ ንዘልኣለም ኣለም!!

ኣሜን።

።።።።።። ተፈጸመ ።።።።